NEW LINES INSTITUTE
FOR STRATEGY AND POLICY

ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት
ንስትራቴጂን ፖሊሲን

# ፅንተት ኣብ ትግራይ፡

# ከበድቲ ጥሕሰታት ዓለምለኻዊ ሕጊ ኣብ ኲናት ትግራይ፣ ኢትዮጵያ ከምኡ እውን ኣንፈታት ተሓታትነት

ሰነ 2016 ዓ.ም.

# ፅንተት ኣብ ትግራይ፡ ከበድቲ ጥሕሰታት ዓለምለኻዊ ሕጊ ኣብ ኲናት ትግራይ፣ ኢትዮጵያ ከምኡ እውን ኣንፈታት ተሓታትነት

ሰደቓ ትሕዝቶ

ትሕዝቶ ........ 7ፅ
መቕድም ብተርጎምቲ ........ 4
መቕድም ........ 5
መእተዊ ........ 8
ኣበርከትቲ ........ 10
I. መፍትሕ ቓላት ........ 14
II. ፅማቝ ሓሳብ ንፈፀምቲ ........ 15
III.መእተዊ ........ 17
IV. ኣበጋግሳ ጎንፂ ትግራይ ........ 22
ሀ. ናብ ጎንፂ ትግራይ ዘምርሑ ታሪኻውያንን ህልዋትን ፈተናታት ........ 22
ለ. ከይዲ ግዜ እቲ ጎንፂ ........ 24
V. ፅንተት ዝምልከቱ ርኽበታት ........ 27
ሀ. ፅማቝ ሓሳብ ሕጊ ፅንተት ........ 27
1. ብሔራዊ ዓለም-ለኸ ሕጊ ........ 27
2. ዓለም-ለኻዊ ሕጊ ገበን ........ 29
ለ. ተጋሩ ከም “ከለላ ዝተገበረሉ ጉጅለ” ........ 30
ሐ. ፅማቝ መደምደምታት ........ 31
መ. ተጋሩ ብምኸኖም ጠቕሊልካ ወይ ከዓ ብኽፋል ናይ ምጥፋእ ፍሉይ ሓሳብ ........ 32
1. ፌደራል መንግስቲ ኢትዮጵያን ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን ........ 37
2. ሰብ መዚ ክልል ኣምሓራን ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ........ 53
3. ሃገረ ኤርትራን ሓይሊ ምክልኻል ኤርትራን ........ 59
ረ. ተጋሩ ከለላ ከም ዝተገበረሎም ጉጅለ ኣብ ልዕሊኦም ዝተፈፀሙ ዝተኸልከሉ ተግባራት ........ 63
1. ኣባላት ከለላ ዝተገበረሉ ጉጅለ ምቕታል ........ 64
2. ከቢድ ኣካላዊ ወይ ካዓ ኣእምሮኣዊ ጉድኣት ምብፃሕ ........ 75
3. ኣብቲ ጉጅለ ሙሉእ ንሙሉእ ወይ ከዓ ብኽፋል ኣካላዊ ህልውንኡ ንምጥፋእ ዝተሰልሑ ኩነታት ሂወት ኮነ ኢልካ ምውራድ ........ 81
4. ኣብቲ ጉጅለ ወሊድ ንምዕጋት ተሓሲቦም ዝተወሰዱ ስጉምትታት ........ 101
ሰ. ቀጥታውን ህዝባውን ምልዕዓል ንገበን ፅንተት ........ 105
1. ፅንተት ንኽፍፀም “ቀጥታዊ” ምልዕዓል ........ 106

2. “ህዝባዊ” ምልዕዓል ንፅንተት ........ 108

3. ተፈፃምነት እዘም መትከላት ኣብ ትግራይ ........ 108

VI. ርኽበታት ኣብ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት........ 113
ሀ. ፅማቝ ሓሳብ ሕጊ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ........ 113

ለ. ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ........ 115

1. ምስቓይ ........ 116

2. ኣገዲድካ ምድፋር፣ ምስ ጎንፂ ዝተትሓሓዘለ ፆታዊ መጥቃዕቲ፣ ከምኡ እውን ካልኦት ወሲባዊ መጥቃዕትታት........ 120

3. ግዱድ ምፍንቓል (ምብራርን ብሓይሊ ምስግጋርን)........ 125

4. ዘይሕጋዊ ማእሰርትን ኣገዲድካ ምስዋርን........ 127

5. ቅትለታት ........ 133

VII. ርኽበታት ኣብ ገበን ኲናት ........ 134
ሀ. ፅማቝ ሓሳብ ሕጊ ኣብ ገበን ኲናት........ 134

ለ. ፀረ ተጋሩ ዝተፈፀሙ ገበናት ኲናት........ 136

1. ኣካይዳ ተፃብኦታት ........ 137

2. ጥሜት ከም ገበን ኲናት........ 142

ሐ. ብህ.ወ.ሓ.ትን መሻርኽቲ ሓይልታትን ዝተፈፀሙ ገበናት........ 144

1. ጥሕሰታት ሕግታት ኣካይዳ ተፃብኦታትን፣ ጥሕሰታት ሓበራዊ ዓንቀፅ 3ን ........ 144

2. ኣገዲድካ ምድፋርን ምስ ጎንፂ ዝዛመድ ፆታዊ መጥቃዕትን........ 147

VIII. ኣንፈታት ተሓታትነት........ 150
ሀ. ተሓታትነት ሃገርን ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሕን........ 153

1. ፅንተት ዓርሱ ኽኢሉ ዘስዕቦ ተሓታትነት........ 155

2. ግዴታ ምክልኻል ፅንተት........ 156

ለ. ውልቃዊ ገበናዊ ሓላፍነት........ 158

1. ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን........ 158

2. ካልኦት ዓለም ለኻውያን ፍሉያት ኣብያተ ፍርዲ ገበን ........ 159

3. ኣድማሳዊ (ዓለምለኻዊ) ስልጣን ደንነት ........ 160

መዛዘሚ ሓሳባት........ 161

# መቕድም ብተርጎምቲ

ዕለት 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ኣብ ትግራይ ዘጋጠመ ኲናት ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት፣ ንብረትን መሰረተ ልምዓትን መጠን ዘየብሉ ዕንወት ኣስዒቡ እዩ። ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ዕላማ እቲ ኲናት ሕጊ ብምኽባር ኣብ ሓፂር እዋን ሰላምን ምርግጋዕን ንምስፋን ዝዓለመ ወፍሪ ከምዝኾነ ተገሊፁ እዩ። እዙይ ብፍላይ ብቐዳማይ ሚኒስቴር ኢትዮጵያ ዶ/ር ኣብዪ ኣሕመድ ተፃሒፉ ኣብ ወርሒ ለካቲት 2013 ዓ.ም. ኣብ ዝተፈላለዩ ማዕኸናት ክሕተምን ክዘዋወርን ብዝተገበረ ሓደ ፅሑፍ ንዓለምለኽ ማሕበረሰብ ወፍሪ ምኽባር ሕጊ እዩ ብዝብል ንምእማን ብዙሕ ፃዕሪ ተገይሩ እዩ።[1] ግን ከ እቲ ዝተገበረ ምድላውን ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት፣ ንብረቶምን መሰረተ ልምዓት ትግራይን ዝተፈፀመ ጨፍጫፍን ዕንወትን ልዕሊ ምኽባር ሕጊ ዝኾነ ዕማም ምንባሩ የነፀር። ነዙይ ንምምልኻት ድማ ሚካኤል ጋቪን ዝተባህለ ፀሓፊ ነቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ወፍሪ ሕጊ ምኽባር ዝበሎ "ካብ ወፍሪ ምኽባር ሕጊ ውሽጢ ዓዲ ዝዘለለ ጫውጫው"[2] ብምባል ገሊፁዎ። እቲ ኲናት ካብ መፈለምትኡ ንተጋሩ ንሚኢቲ ዓመትን ልዕሊኡን ንምድምሳስ ዝዓለመ ከምዝነበረ መራሕቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ወርሒ ለካቲት 2013 ዓ.ም. ነጊሮምኒ ብምባል ሚኒስቴር ወፃእ ጉዳያት ፊንላድን ናይ ሽው ወኪል ሕብረት ኤውሮጳን ፔካ ሃቪስቶ ንፓርላማ ኤውሮጳ ካብ ዝሃቦ ምስክርነት[3] ምርዳእ ይካኣል እዩ።

እዚ ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ንስትራቴጂን ፖሊሲን ብዘካየዶ ዓሚቚ መፅናዕቲ መሰረት ገይሩ ዘውፅኦ ፀብፃብ ኣብ እዋን እቲ ኲናትን ብድሕሪኡን ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝተፈፀሙ ተግባራት ገበናት ኲናት፣ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ገበን ዘርኢ ፅንተትን ብእሩይ ቁጥር ፀብፂቡ ዝሓዘ ከም ተጋሩ ንቐፃሊ ኣብ ልዕሌና ንዝበፅሐ ጨፍጫፍ ኣብ ቅድሚ ዓለም ፍትሒ ክንረክብ ንእንገብሮ ፃዕሪ ከም መሰረታዊ መበገሲ ኮይኑ ዘገልግል ሰነድ እዩ። ስለዝኾነ ድማ፣ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ትግራይ ከምኡ ድማ ኣብ ኩሉ ክፋል ዓለም ዘሎ ትግራዋይ ኢሉ እውን ፍትሒ ክነግስ ባህጊ ዘለዎ ተዛራቢ ልሳን ትግርኛ ኩሉ ብዛዕባ እቶም ዝተፈፀሙ ተግባራት ገበን ተመሳሳሊ ግንዛበ ኣብ ምሓዝን ንቐፃሊ ብዝሰመረ ኣተሓሳስባ ናብ ኣለሻ ፍትሒ ብሓባር ንምውፋር ሓጋዚ እዩ ኢልና ብምእማን እዚ ፀብፃብ ካብ ልሳን እንግሊዝ ናብ ልሳን ትግራይ ተርጒምና ናብ ህዝቢ ኣቕሪብናዮ ኣለና። ንመንበብቲ እዚ ዝተተርጎመ ፀብፃብ እዙይ ክንገልፆ እንደልዮ ሓደ መሰረታዊ ሓቂ ኣሎ። ንሱ እውን ህዝቢ ትግራይ ብዓይኑ ንዝረኣዮ፣ ኣብ ልዕሊኡ ንዝተፈፀመን ብተግባር ንዝፈልጦን ገበን ተርጒምካ ምንጋር እንታይ ተወሳኺ ሓዱሽ ነገር ክውስኽ እዩ ዝብል ሕቶ ክለዓል ዝኽእል ከምዝኾነ እዩ። እንተኾነ ግን፣ ንሕና እዚ ኹሉ ግፍዒ እንትፍፀም ኣብ ትግራይ ከምዝነበርና፣ ዝሬእናን ዝሰማዕናን ተጋሩ መጠን ነዚ ናይ ትርጉም ስራሕ ንምስራሕ ካብ ገፅ ናብ ገፅ እዚ ሰነድ እንዳመላለስና ኣብ ዘንበብናሉ ወቕቲ ናይ ብሓቂ "ከምዙይ እውን ተገይሩ እዩ ለካ!" እንዳበልና ወትሩ ሓዱሽ ጓሂ ወትሩ ሓዱሽ ኣግራሞት እንዳፈጠረልና ኢና ተርጒምናዮ። ስለዝኾነ ድማ፣ እዚ ሰነድ ናይ ብሓቂ ሕድሕድ ትግራዋይ ኣብ ልዕሊኡ ንዝበፅሖን ኣብ ስድርኡ፣ ፈተውቱ፣ ኣዕርኽቱን መቕርቡን እንትበፅሕ ንዝረኣዮን ግፍዒ እንዳኣገናዘበ መጠን ስፍሓትን ዕምቆትን እቶም ዝተፈፀሙ ተግባራት ግፍዒ ብሕፅረትን ንውሓትን ግዜ እንተይተወሰነ ብልክዑ

[1] ኣብይ ኣሕመድ ፣ "ጉዕዞ ሰላማዊ ስርዓት ቀርኒ ኣፍሪካ" (ጆርዳን ታይምስ፣ 2 ለካቲት 2013 ዓ.ም)፤ ቤትፅሕፈት ቐዳማይ ሚኒስቴር ፌዴራላዊት ዴሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ፣ "ጉዕዞ ሰላማዊ ስርዓት ቀርኒ ኣፍሪካ - ብኣብይ ኣሕመድ" (ለካቲት 4፣ 2013 ዓ.ም)፤ ኣብይ ኣሕመድ ፣ "ኣብይ ኣሕመድ፡ ጉዕዞ ሰላማዊ ስርዓት ቀርኒ ኣፍሪካ" (ዘ ኣፍሪካ ሪፖርት፣ 4 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[2] ሚካኤል ጋቪን፣ "ጎንፂ ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ፡ ክፍለጥ ዘለዎ" (3 ለካቲት 2013 ዓ.ም፣ ካውንስል ኦን ፎረይን ሪሌሽንስ)።

[3] ምስክርነት ፔካ ሃቪስቶ ተወከስ፣ <https://www.youtube.com/watch?v=dnXwurdG6aw>።

ብምርዳእ ንቐፃሊ ፍትሒ ንምርካብ ስሙር ቃልሲ ንኽገብር ኣስተዋፅኦ ክህልዎ እዩ ኢልና ንኣምን። ስለዝኾነ ድማ፣ እዚ ሰነድ ናብ ኩሉ ክባፃሕ ኩልና ተጋሩን ፈተውቲ ተጋሩን ክንተሓባበር ንላቦ።

በዚይ ኣቢልና ድማ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀሙ ከበድቲ ገበናት ጥሕሰት ዓለምለኸ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላትን ሰብኣውነትን ብዕምቆት ብምፅራይ ነዚ ፀብፃብ እዚይ ንዘበርከቱ ኣስማቶም ኣብቲ ፀብፃብ ብቐደም ሰዓብ ዝተዘርዘሩ ምሁራት ልዑል ምስጋና ኣለና። ከምኡ ድማ፣ ነዚ ፀብፃብ ናብ ትግርኛ ክንትርጉም ንዘቕረብናዮ ሓሳብ ብኣወንታ ገምጊሙ ንዝፈቐደልናን ንዝደገፈናን ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ንስትራቴጂን ፖሊሲን ምስጋናና ልዑል እዩ። ኣብ መወዳእታ እዚ ስራሕ ትርጉም እዚይ እንትንሰርሕ ዓቕምና ክንዲ ዝፈቐዶ ንቓላትን ምሉኣት ሓሳባትን እንግሊዝኛ ብዝመዓራረ ትግርኛ ክንትርጉም ልዕሊ ኹሉ ድማ ኣብ ከይዲ ትርጉም መሰረታዊ ትሕዝቶ እቲ ፀብፃብ ንዘይምዝባዕ ልዑል ፃዕሪ ገይርና ኢና። እንተኾነ ግን፣ ካብ ልሳን ናብ ልሳን ዝግበር ትርጉም ፍፁም በሰር ኣልቦ ይኸውን እዩ ኢልና ንምእማን ስለእንፅገም ዝተፈፀሙ ሓደ ሓደ ጌጋታት ክህልዉ ከምዝኽእሉ ርዱእ ገይርና መንበብቲ እዚ ሰነድ ነቲ ሓፈሻዊ ዓውዲ ብምግንዛብ ኣቓኒያም ክርድኡልና ብኽብሪ ንላቦ። ሓደ ነገር ግን፣ ኣብቲ ፀብፃብ ዘለዉ ብዙሓት ኣሕፅሮተ-ቓላት ንኣብነት ንሰራዊት ኢትዮጵያ ንምግላፅ (ENDF) ንሰራዊት ኤርትራ ንምግላፅ (EDF) ንፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ንምግላፅ (ASF) ከምኡ ድማ ነባራትን ሓደሽቲ ዝተጣየሹን ዓለምለኸ ትካላት ንምግላፅ ንኣብነት ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ንምፅራይ ዝተጣየሸ ዓለምለኸ ኮሚሽን ንምግላፅ (ICHREE) ከምኡ ድማ ተመሳሰልቲ ኣብቲ ፀብፃብ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ ካልኦት ኣሕፅሮተ-ቓላት ብትግርኛ ብዙሕ ዘይተለመዱ ኮይኖም ስለዝረኸብናዮም ምድንጋር ከይፈጥሩ ብዝብል ብተመሳሰልቲ ኣሕፅሮተ-ቓላት ምትካእ ገዲፍና ብትርግኛ ምሉእ ኣስማቶም ፅሒፍና ሓሊፍናዮም ኢና። በዚይ ምኽንያት እቶም ኣብቲ ፀብፃብ ዘለዉ ኣሕፅሮተ-ቓላት ብዘይካ ውሑዳት ኣብዚ ትርጉም እዚይ የለዉን። ኮይኑ ግን፣ እዚይ ንትሕዝቶ እቲ ፀብፃብ ይቕይሮ እዩ፣ ወይ መልእኽቲ የዛብዕ ዝብል እምነት ከምዘየብልና እንዳገለፅና ሰናይ ንባብ ንምነ።

ለኣከ መኮነን ተስፋይ
ወንድም ምዕሾ ኣብርሃ
ገ/ሂወት እንተሃዉ ደስታ

ሚያዝያ 2018 ዓ.ም፣ ኣኽሱም።

## መቕድም

እዚ ባህሊ ልዑል ፅልዋ መፅናዕትን ምኽርን ዝዓቀበ ሓዱሽ ፀብፃብ ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ኣብ ዓለምለኸ ሕጊ ገበንን ሰብኣዊ መሰላትን ብዝተሰመዩ ጉጅለ ሰብ ሞያ ዓለምለኸ ሕጊ ዝተዳለወ እዩ። ብስፍሓትን ዕምቆትን ትንታኒኡ ፍሉይ ኮይኑ፣ ካብ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ክሳብ ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም. ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተኻየደ ብረታዊ ጎንፂ ኣንፃር ተጋሩ ተፈፂሞም ንዝተባህሉ ገበናት ኣብ ዝህሉ ጉዕዞ ተሓታትነት መሪሕ ስጉምቲ ክኸውን ተኽእሎ ኣለዎ።

እዚ ፀብፃብ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ብዛዕባ ዝተፈፀሙ ገበናት ንዘለዉ ተኣመንቲ ስምዕታታት ምስ ዓለምለኸ ስምምዕ ፅንተት ከምኡ ድማ ኣብ ዓለምለኸ ሕጊ ገበን ምስ ዘለዉ ተዛመድቲ ቀኖናታት ኣገናዚቡ

ኣቐሚጡዎም እዩ። ኣብ ከይዲ እዙይ ኢትዮጵያ ከም ዓዲ ተሓታቲት ክትከውን እትኽእለሎም መሕበርታታትን ኣድላዪነት ምሉእ ምፅራይ ገበንን ኣእንፈቱ እዩ። እዚ ፀብፃብ ጃምላዊ ቕትለት፣ ጥሜትን ዕንወት ቕንዲ መሰረተ-ልምዓትን ከምኡ ድማ ቁፀሪ ብዘይብሎም ፍፃመታት ኣገዲድካ ምድፋርን ካልኦት ተግባራት ፆታዊ ዓመፅን ሓዊሱ ኣንፃር ተጋሩ ከም ብሔራዊ ጉጅለ ፅንተት ከምዝተፈፀመ እንተነኣሰ ብምኽንያታዊ ገምጋም ንምእማን ዘኽእሉ መግለፅታት ብዘእምን ኣቀራርባ ኣነፂሩ እዩ። ሕቶ ፅንተት ናብ ቅድሚት መዳዳ ብምምፃእ፣ እዚ ፀብፃብ ናይዚ ብዙሕ ዘይተፀብፀበ ጎንፂ እዙይ ግዳያት ዝበፅሖም መጉዳእትን ስቅያትን ክብደቱን መጠኑን ብምሉእ ንምርዳእ በሪ ከፊቱ እዩ።

ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ቅድም ክብል ኣብ ዩክረይን ከምኡ እውን ኣንፃር ሮሂንጂያ ኣብ በርማ/ማያንማርን ኣንፃር ዊኹር ኣብ ቻይናን ተፈፂሞም ንዝተባህሉ ገበናት ፀብፃብ እንትሰርሕ ከምዝዳህሰሶ፣ ፆታ-ተኮር መጥቃዕቲ ሳሕቲ እዩ ምሉእ ወይ እኹል ኣፍልጦ ዝረክብ። ነዞም ገበናት ዝተዋህበ ፍትሒ እውን ዛጊድ ስሑው እዩ። ብዘሰክሕ ኩነታት፣ ምስ ካልኦት ፍልፍላት እውን ብዝሳነ፣ እዚ ፀብፃብ እዙይ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን መላፍንቱ ሓይልታት ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ጉጅለ ምልሻታትን ንተጋሩ ካብ ምዕራብ ትግራይ ንምስጓጉ ጥራሕ እንተይኮነ ንተጋሩ ከም ጉጅለ ጠቕሊሎም ንምጥፋእ መድፈርትን ፆታዊ ዓመፅን ከም መሳርሒ ኲናት ከምዝተጠቐሙ ዘእምኑ ምኽንያታት ኣቕሪቡ እዩ። ግዳያት እዞም መስካሕካሕቲ ተግባራት ዝኾና ኣንስቲ ትግራይ ዛጊድ ተደክየንን ካብ ሕብረተሰብ ተነፂለንን ይነብራ ኣለዋ። እቲ ጎንፂ ካብ ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም. ጀሚሩ ጠጠው እንተበለ እውን፣ ብድሕሪኡ እውን ኣገዲድካ ምድፋርን ፆታዊ ዓመፅን በቶም ቀዳሞት ፈፀምቲ ምፍፃም ከም ዝቐፀለ እሙናት ስምዕታታት ብተደጋጋሚ ይገልፁ ኣለዉ።

ኣንፃር ተጋሩ ፅንተት ከምዝተፈፀመ ንምእማን ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ ኢልካ ኣፍልጦ ምሃብ ንባዕሉ ጥራሕ እንተይኮነ መውፃእቲ ፖሊሲ ግቡእ ምላሽ ንኽሕንፅፁ ስለዝሕግዝ ጠቓሚ እዩ። ብመንፅር ዓለምለኸ ሕጊ፣ ብዛዕባ ፅንተት ንዝቐርቡ እሙናት ስምዕታታት ሓደሽቲ ኣንፈታት ተሓታትነትን ምእረምታን ምሕባር ጥራሕ እንተይኮነ ኣባላት ዓለምለኸ ማሕበረሰብ ነዞም ውፅኢታት እዚኦም ንምሕላቕ ዘለዎም ግቡእ ትኹረት ክወሃቦ ዝገብሩ እዮም። ብመንፅር ግዳያትን ዝተበደሉ ማሕበረሰባትን፣ ፅንተት ከምዝተፈፀመ ንምእማን ምኽንያት ከምዘሎ ኣፍልጦ ምሃብ ስቓያቶም ንምግምጋምን ናይ ዳግም ሕውየት ድሌታቶም ንምምላእን ንዝግበር ስራሕ ክመርሕ ዝግብኦ እዩ።

ብቐንዱ፣ እዚ ፀብፃብ ሃገራትን ዓለምለኸ ማሕበረሰብን ኣብ ኢትዮጵያ ፍትሓውን ርጉእን ሰላም ንኽህሉ ንምሕጋዝ ክወስድዎም ከምዝግባእ ኣብ ግምት ከእትዉዎም ዝግብኦም ፈላሞት ጭቡጣት ስጉምትታት ሓቢሩ እዩ። ልዕሊ ኹሉ፣ እዚ ነቲ ብዘሕዝን ኩነታት ደውታ ገጢሙዎ ዘሎ ከይዲ ምውፃእ ሓቅን ተሓታትነትን ዳግም መፅናዕቲ ክግበረሉ ዝጠልብ እዩ። እዙይ ብክልተኣዊ ርክባት፣ ኣብ ስምምዕ ፅንተት ዘለዉዎም ግቡኣት ብምፍፃም፣ ዘይሸራዊ ምፅራይ ገበን ክፍፀም ብምሕላቕን ብመሰረት ዘቤታዊ ሕግታተን ኣግባብነት ኣብ ዘለዎም ዋኒናት ዓለምለኻዊ ስልጣን ዳንነት ብምትግባርን ሓዊሱ ብዝተፈላለዩ ኣግባባት ክፍፀም ይኽእል እዩ።

ምናልባት ግን፣ ናይዚ ፀብፃብ ብጣዕሚ ጠቓሚ መልእኽቲ ንቐንዲ መትከላት ዓለምለኸ ሕጊ ኣብ ምሕላቕን ምሕላውን ተወፋይነትን ስሙርነትን ክህሉ ዘቕረቦ ምሕፅንታ እዩ። ሓደ ጎንፂ ኣብ እግሪ እቲ ካልእ ዝከታተለሉ ኣብ ዝመስል ዓለም፣ ንዓለምለኸ ሕጊ ዝግዝኣ ዓድታት ነዚ ኽይዲ ዝዓግታሉ ዝኾነ መንገዲ ክፈጥራ ኣለወን። ዓለምለኸ ማሕበረሰብ ብቐፃልነት ካብ ሓደ ኣጋጣሚ ናብ ካልእ ኣጋጣሚ ዝድረኽ እንተኾይኑ ፍትሒ ፈፂሙ ኣይነግስን እዩ። ትግራይ መርኣያ እያ። ግን ድማ ገና ኣይመሰየን፤ ኣብ ትግራይ ንፍትሕን ተሓታትነትን ጥንኩር መሰረት ንምህናፅ ዕድል ገና ኣሎ እዩ። እዙይ ንምግባር ዓድታትን መውፃእቲ ፖሊሲን ነዚ ፀብፃብ ከምመደረኽታ ክጥቀሙሉ ይግባእ።

**ባረንስ ሄለና ኬነዲ ኣማኻሪት ንጉስ**

ዳይሬክተር

ትካል ሰብኣዊ መሰላት ዓለምለኸ ማሕበር ጠበቓታት

## መእተዊ

ብበዝሒ ሞት እንተተለኪዑ፣ ሕይወት ልዕሊ 400,000 ወታደራትን 300,000 ዝኾኑ ሰላማውያንን ዝበልዐ ኲናት ትግራይ ናይ መበል 21 ክፍለዘበን እቲ ቀታሊ ዝበሃል ድሕሪ ምዝዛም ዝሑል ኲናት ድማ እቲ ደማዊ ዝበሃል ብረታዊ ጎንፂ እዩ።[1]

ፅውቕ ዝኾነ ሰብኣዊ ስቅያት እኳ እንተበፅሐ፣ እዚ "ዝተረስዐ" ኲናት እዙይ ክንዲ እቲ ኣዝዩ ዝግብኦ ዓለምለኻዊ ኣቓልቦ ኣይረኸበን። ዓለም ፈላሞት ፃዕርታታ ንኽይትቕፅል ድልውቲ ዝኾነትሉ ዘይምቹው ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ። ዓለምለኸ ኮሚሽን ሰብሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ስራሕቱ እንተይዛዘመ ተኾሊፉ ኣሎ። ኤሜሪካ ኣብቲ ክልል ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ከምዝሞቱን ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ገበናት ኲናትን ከምዝተፈፀሙን እንተኣረጋገፀት እኳ፣[2] ገንዘባውን ቁጠባውን ደገፋታ ቅድሚ ኲናት ናብ ዝነበሮ መሊሳቶ ኣላ። ብተመሳሳሊ፣ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብቲ ክልል ንዝተፈፀሙ መጠነ ሰፋሕቲ ግሕሰታት ተሓታትነት ገና እንተይረተጋገፀ ምስታ ሃገር ዝነበራ ናይ 680 ሚልዮን ዶላር ኤሜሪካ ትልሚ ደገፍ ልምዓት ናብ ዝነበሮ መሊሳቶ ኣላ።

ከም ውፅኢቱ ድማ ከበድቲ ጥሕሰታት ዓለምለኸ ሕጊ ንምርግጋፅ ዝግበሩ ፃዕርታት ግቡእ ክትትል ወይ እኹል ደገፍ ኣይተገበረሎምን። ግዳያት ናይዚ ንስሙ እኳ ተፃብኦ ብ2015 ዓ.ም. ጠጠው እንተበለ ርጉእ ሰላም ግን ዘይኣምፅአ ጎንፂ እዙይ ፍርሕን በደልን ኣብ ውሽጦም ተሸኪሞም ክነብሩ እዮም። ሕይወት ሚልዮናት ምጥፍኡ ቀፂሉ ኣሎ፤ ብዙሓት ሚልዮናት ድማ ከምሳዕቤን እቶም ወተሃደራዊ ወፍርታት ብስእነት ውሕስና ምግቢ ምስቓዮም ይቕፅሉ ኣለዉ። ሞት ኣማኢት ኣሽሓት ተጋሩ ንዘስዓቡ ፍፃመታት ዕፅዋ ሰብኣዊ ቐረባት ንምፅራይን ተሓታትነት ንምርግጋፅን ጥራሕ እንተይኮነ ነቶም ብሰፊሑ ከም ዝተፈፀሙ ዝተፀብፀቡ ጃምላዊ መቕተልቲ፣ ኣገዲድካ ምድፋር፣ ግዱድ ምስዋር፣ ኣካላዊ ግሕሰትን ምስቓይን ከምኡ ድማ ከም ቀረባት ሓለዋ ጥዕና ንዝኣመሰሉ ቐንዲ ሲቪላዊ መሰረተ-ልምዓት ዕላማ ናይ ምግባር ፍፃመታት እውን ንምፅራይን ተሓታትነት ንምርግጋፅን ብዙሕ ግዜ ክወሃብ ኣለዎ።

እዚ ብኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ንስትራተጂን ፖሊሲን ዝቐረበ በኳር ፀብፃብ ንመዳርግቲ ኣካላት ብዛዕባ እቶም ተፈፂሞም ዝተባህሉ መጠነ-ሰፋሕቲ ተግባራት ገበን ብምሕባር፣ ነቶም ኣግባብነት ዘለዎም ስምዕታታት ብፍሉይ ብመንፀር ስምምዕ ፅንተት ትንታነ ሕጊ ብምቕራብን ከምኡ ድማ ብብርኪ ዓለምለኸን ውሽጢ ዓድን ኣብ ተግባር ክውዕሉ ዘለዎም ኣንፈታት ተሓታትነት ብምሕባርን ነዚ ሓጓፍ እዙይ ንምምላእ ዝዓለመ እዩ።

እዚ ፀብፃብ ኣብ ከም ዓለምለኸ ሕግታት ሰብኣዊ መሰላትን ዓለምለኸ ሕጊ ገበንን ዝኣመሰሉ ዓውድታት ብዝተሰመዩ ኣባላት ጉጅለ ሰብሞያ ዓለምለኸ ሕጊ ዝተዳለወ እዩ። ካልኦት ተመሳሰልቲ ፀብፃባት ተመሳሰልቲ ጭቡጣት ስምዕታታት ዝምልከት ኣብ ተመሳሳሊ መደምደምታ ዝበፅሑ እንተኾኑ እኳ፣ ፀብፃብ ኒው ላይንስ

---

[1] https://www.ft.com/content/2f385e95-0899-403a-9e3b-ed8c24adf4e7

[2] https://usun.usmission.gov/remarks-by-ambassador-linda-thomas-greenfield-at-the-un-security-councilstakeoutfollowing-a-closed-meeting-on-the-situation-in-ethiopia/

ኢንስቲትዩት ግን ንፈለማ ግዜ ነዞም ስምዕታታት ምስ ስምምዕ ፅንተት ዘዛመደን ብኡኡ መሰረት ድማ ናብ ተግባር ንኽኣትዉ ዝፀወዐን እዩ።

እቲ ፀብፃብ ኣብ ከይዲ እቲ ጎንፂ ኩሎም ሓይልታት (ኢትዮጵያውያንን መላፍንቶምን፣ ሓይልታት ትግራይን) ገበናት ኩናት ከምዝፈፀሙ ዘረጋገፀ እንትኾውን፣ ኢትዮጵያውያንን መላፍልቶም ሓይልታትን ብፍላይ ድማ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ካልኦት ሓይልታትን ድማ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ተግባራት ፅንተትን ከም ዝፈፀሙ ዘርኢ እዩ።

እዞም ተግባራት ፅንተት እዚኣቶም መቕተልቲ፣ ከቢድ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን መጉዳእቲ ምብፃሕ፣ ወሊድ ንምኽልካል ዝዓለሙ ተግባራትን ኮነ ኢልካ ተጋሩ ክጠፍኡ ዝኽእሉሉ ኩነታት ሕይወት ክበፅሖም ምግባርን ዝሓወሱ እዮም። እቲ ፀብፃብ፣ ብተወሳኺ፣ ዝተወሰኑ ውልቀሰባት ፅንተት ክፍፀም ዘለዓዕሉ ቀጥታውን ህዝባውን መግለፅታት ከምዝሃቡ ኣረጋጊፁ እዩ።

እዚ ግሉፅ ተግባር ኢትዮጵያውያንን መላፍንቶም ሓይልታትን እዙይ ከም ኣካል ትልሚ ኮይኑ ዝተፈፀመ ድዩ ወይ ድማ ብላዕለዎት ኣመራርሓ ዝተደገፈ ድዩ ነይሩ ብዘየገድሽ፣ ኢትዮጵያ ከምመጠን ፈራሚት ስምምዕ ፅንተት ተግባራት ፅንተት ከይፍፀሙ ንምክልኻልን እንተተፈፂሞም ነቶም ተግባራት ንምቕፃዕን ውፅኢታዊ ስጉምቲ ክትወስድ ግቡእ ነይሩዋ እዩ።

ከም ውፅኢቱ ውልቀ ዓድታት ብመሰረት ስምምዕ ፅንተት ዓንቀፅ 9 ናብ ዓለምለኽ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ብዘቕርብኦም መሰማዕታታት እውን ሓዊሱ ዓለምለኽ ማሕበረሰብ ተግባራዊ ስራሕ ክሰርሕ ይግደድ እዩ። ብተወሳኺ፣ ሃገራትን ዓለምለኽ ማሕበረሰብን ዓለምለኻዊ፣ ዘይሸራውን ነፃን ምፅራይ ገበን ምክያዱ ንኸረጋግፃ፣ ዓለምለኻዊ ስልጣን ዳንነት ዝከኣል እንትኸውን ተግባራዊ ክገብራ፣ ኣብ መወዳእትኡ ድማ ኣብ ትግራይ ንዝተፈፀሙ መእለያ ዘየብሎም ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ፍትሒ ክረጋገፅ ስጉምቲታት ክወስዳ ኣለወን።

**ዶ/ር ዓዚም ኢብራሂም ኦቢኢ**

ላዕለዋይ ዳይሬክተር

ኒው ላይንስኢንስቲትዩት ንስትራተጂን ፖሊሲን

## ኣበርከትቲ

እዚ ፀብፃብ ኣብ ትሕቲ ፅላል ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ዝተዳለወ እዩ። ብቕደም ሰዓብ ፊደል ኣስማቶም ተሰሪዖም ነዞም ዝስዕቡ ውልቀ ሰብ ሞያ ንኣበርክቶኦምን ምኽሮምን ምስጋናና ልዑል እዩ።

### ዶ/ር ክርስትያን ሁክ

ዶ/ር ክርስትያን ሁክ ኣብ ማእኸል ኤሮዥያ ጉባኤ ኣትላንቲክ ብትርፊ ሰዓት ዝሰርሓ ላዕለወይቲ በዓልቲ ሞያ እየን። ኣብ ዋኒናት ፅንተትን ጃምላዊ ጨፍጫፍን፣ ሓደሽቲ ቴክኖሎጂታትን ዳግም-ህንፀት ድሕረ-ኲናትን ብፍሉይ ዘፅንዓ እየን። ኣብ ዩክሬይንን ርክብ ዩክሬይንን ሩስያን ፍልይቲ በዓል ሞያ ኮይነን፣ ኣብ ዓድታት ምብራቕ ኤውሮጳ፣ ዓድታት ባልካን፣ ማእኸላይ ምብራቕ፣ ምብራቕ ኣፍሪካ፣ ደቡብ ምብራቕ ኤስያን ካሪብያንን ንልዕሊ 25 ዓማውቲ ሰሪሐን እየን።

### ዶ/ር ዓዚም ኢብራሂም ኦቢኢ

ዶ/ር ዓዚም ኢብራሂም ኦቢኢ ኣብ ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ንስትራተጂን ፖሊሲን ላዕለዋይ ዳይሬክተር ኮይኖም ንኽፍሊ መፅናዕቲ ጅምላዊ ጨፍጨፋትን ዓለምለኽ ሕግን ኣቦ ወንበር ኮይኖም ይሰርሑ። ካብ ዩኒቨርሲቲ ካምብሪጅ ናይ ዶክትሬት ዲግሪ ድሕሪ ምቕባሎም ኣብ ዩኒቨርሲተቲታት ኦክስፎርድ፣ ሃርቫርድን ዬልን ምሕዝነታዊ መደባት መፅናዕቲ ፈፂሞም እዮም። ዶ/ር ኢብራሂም ሽልማት ዓለምለኽ ማሕበር ምሁራን መፅናዕቲ ፅንተት 2011 ዓ.ም. ዝተቐበሉሉ **"ሮሂንጂያውያን፡ ሕቡእ ፅንተት ኣብ ሚያንማር (ሃርስት 2008 ዓ.ም.)"** ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ መፅሓፍ ዝደረሱ እዮም።

### ባረንስ ሄለና ኬነዲ ኣማኻሪት ንጉስ

ባረንስ ሄለና ኬነዲ ኣማኻሪት ንጉስ ካብቶም ፍሉጣት ሰብ ሞያ ሕጊ ብሪታንያ ሓንቲ እየን። ሙያዊ ሂወተን ኣብ ስርዓት መንግስቲ ዝተሓተ ዓቕሚ ንዘለዎም ድምፂ እንዳኾና፣ ንሲቪላዊ ናፅነታት እንዳተሓለቓን ሰብኣዊ መሰላት እንዳኣቃልሓን ዘሕለፋ እየን። ብዛዕባ ማሕበራዊ ፍትሒ ብፍቶት፣ ብተውህቦን ሰብኣውነትን ንምክታዕ ብዙሓት ህዝባዊ መድረኻት ዝተጠቕማ ኮይነን ብ1969 ዓ.ም. ናብ ቤት ምኽሪ ልዑላን ተመዚዘን እየን።

### ኒክ ሊዲ

ኒክ ሊዲ ካብ 2014 ዓ.ም. ጀሚሮም ኣባል ትካል ሌጋል ኣክሽን ወርልድዋይድ እንትኾኑ ሓላፊ ዋኒናት ክትዕ እዮም። ኒክ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ውሽጢ ዓድን ዓለምን ምኩር ተኻታዓይ እዮም። ቅድሚ ኣባል ትካል ሌጋል ኣክሽን ወርልድዋይድ ምዃኖም ኒክ ኣብ ቤትፅሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ዓለምለኽ ቤትፍርዲ ገበን በዓል ሞያ ክስን ሞጎትን ኮይኖም ኣብ ዓድታት ትሕቲ ሰሃራ ኣፍሪካ፣ ኤውሮጳን ደቡብ ምብራቕ ኤስያን ዝተፈፀሙ ገበናት ኲናትን ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ኣፃርዮምን ከሲሶምን እዮም።

### ዶ/ር ሜላኒ ኦ'ብሬይን

ዶ/ር ሜላኒ ኦ'ብሬይን ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕጊ ዩኒቨርሲቲ ምዕራብ ኣውስትራልያ ተሓባባሪት ፕሮፌሰር ዓለምለኽ ሕጊ እየን። ፕረዚዳንት ዓለምለኽ ማሕበር ምሁራን መፅናዕቲ ፅንተት ከምኡ ድማ ናይ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ኣውስትራልያ ኮሚቴ ዓለምለኽ ሕጊ ሰብኣውነት ምዕራብ ኣውስትራልያ ኣባል እየን። ትኹረት መፅናዕትን ምምኻር መፅናዕትን ዶ/ር ኦ'ብሬይን ዓለምለኽ ሕጊ ገበን፣ መፅናዕቲ ፅንተት፣ ዓለምለኽ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት፣ ዓለምለኽ ሕጊ ሰብኣውነት፣ ተሓላቕነት ኣንስታይ ክልሰ-ሓሳብ ሕጊ (ፌሚኒስት ሌጋል ቲኦሪ)፣ ዓለምለኽ ብሔራዊ

ሕጊ፣ ንፅፅራዊ ሕጊ ገበን፣ ምኽባር ሰላምን ወታደራዊ ሕግን የጠቓልሉ። ዶ/ር ኦ'ብሬይን ኣብ ዙርያ ግዱድ መርዓ ዝሰርሕኦ ስራሕ ብዓለምለኽ ቤትፍርዲ ገበን ዝጥቀስ እንትኾውን ኣብ ዓለምለኽ ቤትፍርዲ ገበን ወሃቢት ርእይቶ መሓዛ ቤትፍርዲ ኮይነን ዝሰርሓ እየን።

### ዶ/ር ኢቭሊና ዩ ኦሃብ

ዶ/ር ኢቭሊና ዩ ኦሃብ ተሓላቒት ሰብኣዊ መሰላት፣ ደራሲትን መጣይሽቲ ጥምረት ምላሽ ፅንተትን (ኮኣሊሽን ፎር ጄኖሳይድ ሪስፖንስ) እየን። ዶ/ር ኦሃብ ኣብ መፅናዕተን ኣብ ዓለም ዘለዉ ውሑዳት ብሔራውያንን ሃይማኖታውያንን ጉጅለታትን ዝበፅሖም ወፅዓ፣ ብፍላይ ድማ ተግባራት ፅንተት ዳዕሽ ኣብ ሶርያን ዒራቕን፣ ተግባራት ጨፍጫፍ ቦኮ ሓራም ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ፣ ኩነታት ኣስላም ሮሂንጂያውያን ኣብ ሚያንማርን ዊኹር ኣብ ቻይናን የጠቓልሉ።

### ፕሮፌሰር ጆን ፓከር

ፕሮፌሰር ጆን ፓከር ኣብ ፋካልቲ ሕጊ ዩኒቨርሲቲ ኦታዋ ኖይበርገር-ጂሲን ፕሮፌሰር ኣተኣላልያ ዓለምለኽ ጎንፅታትን ከምኡ ድማ ዳይሬክተር ማእኸል መፅናዕትን ትምህርትን ሰብኣዊ መሰላት እዮም። ኣብ ሃገራት ዒራቕ፣ ኣፍጋኒስታንን በርማ/ሚያንማርን ዝተፈፀሙ ከበድቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ምፅራይ ሓዊሱ ንልዕሊ 20 ዓማውቲ ኣብ ዓለምለኽ ትካላት (ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት መንግስታት፣ ዓለምለኽ ትካል ሽቃሎ፣ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮኒሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ ክፍሊ ዋኒናት ፖለቲካ ሕቡራት መንግስታት፣ ትካል ድሕነትን ምትሕብባርን ኤውሮጳ) ስሪሖም እዮም። ቅድም ክብል ኣብ ቤትፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ዋኒናት ውሑዳን ብሔራት ትካል ድሕነትን ምትሕብባርን ኤውሮጳ ላዕለዋይ መማኸሪ ሕግን ፈላማይ ዳይሬክተርን ነይሮም እዮም። ፕሮፌሰር ፓከር ኣብዚ ዕማም እዙይ ከም ቀንዲ መማኸሪ ኾይኖም ኣገልጊሎም እዮም።

### ኢሚሊ ፕረይ

ኢሚሊ ፕረይ ኣብ ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ንስትራተጂን ፖሊሲን ዳይሬክተር ፖሊሲ ስነ-ፆታ እየን። ካብ ቤት ትምህርቲ ሕግን ዲፕሎማስን ፍሌቸር ብትንተና ስነ-ፆታን ሰብኣዊ ድሕንነትን ማስተርስ ዲግሪ ዘለወን ኮይነን ኣብ ፅንተትን ፍትሒ ስግግርን ብፍሉይ መፅናዕቲ ዝገበራ በዓልቲ ሞያ ስነ-ፆታ እየን። ***ፅንተት ዊኹር፡ መፅናዕቲ ጥሕሰት ስምምዕ ፅንተት ኣብ ቻይና*** ከምኡ ድማ ***ዘይሽራዊ ትንታነ ሕጊ ብፌዴሬሽን ሩስያ ኣብ ዩክሬይንን ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት ስምምዕ ፅንተትን ሓለዋ ናይ ምግባር ግቡእን*** ንዝብሉ ዘይሽራውያን ፀብፃባት ሰብ ሞያ ኣበርክቶ ገይረን እየን። ኣብዚ ዕማም እዙይ ከም መማኸሪት ኮይነን እየን ኣገልጊለን።

### ኣምባሳደር ኣለን ሮክ

ኣምባሳደር ኣለን ሮክ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኦታዋ ፕረዚዳንት ኤሚሪተስን ፕሮፌሰር ሕግን እዮም። ኣብ ብዙሓት ናይ ካቢኔ ሓላፍነት በታታት ናብ ዘገልገሉሉ ፓርላማ ቅድሚ ምምራፆም ን20 ዓማውቲ ናይ ፍርዲ ጠበቓ ኮይኖም ኣገልጊሎም እዮም። ዳሕራይ ድማ ኣብ ኒውዮርክ ኣምባሳደር ካናዳ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኮይኖም ኣብ ዘገልገሉሉ ግዜ ኣባላት ሕቡራት መንግስታት ዝኾና ዓድታት ሓለዋ ናይ ምግባር ግቡእ ንዝብል ሰነድ ሕቡራት መንግስታት ብምሉእ ድምፂ ንኸፅድቕኦ ብካናዳ ንዝተገበረ ፃዕሪ መሪሖም ኣዕዊቶም እዮም።

### ኤረን ፌረል ሮሰንበርግ

ኤረን ፌረል ሮሰንበርግ ኣብ ኮሌጅ ሕጊ ዩኒቨርሲቲ ሲንሲናቲ ኣብ ዝርከብ ትካል ሰብኣዊ መሰላት ኣርባን ሞርጋን ተዓዳሚት በዓልቲ ሞያ እየን። ኣብ ዓለምለኸ ሕጊ ገበንን መትከሊ እግርን ፍሉይ ፍልጠት ዘለወን ጠበቓ ኾይነን ኣብ ዓለምለኸ ቤትፍርዲ ገበን ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ ከምኡ ድማ ኣብ ዓለምለኸ ቤትፍርዲ ገበን ንዓሰርተ ዓማውቲ ዝሰርሓ እየን። ቅድም ክብል ኣብ ቤተ-መዘክር ፅንተት ኣይሁድ ኤሜሪካ ናይ ዝርከብ ማእኸል ምክልኻል ፅንተት ላዕለወይቲ መማኸሪት ኮይነን እንተገልግላ ***ምክልኻል ብተግባር፡ ድንጋገ ግሁእ ምክልኻል ስምምዕ ፅንተት ኣብ በርማ ከመይ ይሰርሕ*** ናይ ዝብል ተኸታታሊ ፀብፃብ መሪሕ ደራሲት ነይረን።

## ኣምባሳደር ፕሮፌደር ዴቪድ ጀይ. ሼፈር

ኣምባሳደር ፕሮፌደር ዴቪድ ጄ ሼፈር ቅድም ክብል ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኖርዝዌስተርን ቤት ትምህርቲ ሕጊ ፕሪዝከር ዳይሬክተር ማእኸል ዓለምለኸ ሰብኣዊ መሰላት (1998 ዓ.ም -2011 ዓ.ም.) ኮይኖም ኣገልጊሎም እዮም። ሎሚ ድማ ኣብቲ ዩኒቨርሲቲ ፕሮፌሰር ሕጊ መየር ብሮውን/ሮበርት ኤ ሄልማን ኮይኖም የገልግሉ ኣለዉ። ካብ 1983 ዓ.ም. ክሳብ 1989 ዓ.ም. ኣብ ኮሚቴ ተወከልቲ ብሔራዊ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ዘገልገሉ ኮይኖም ብ1989 ዓ.ም. ድማ ላዕለዋይ ኣምባሳደር ኤሜሪካ ኣብ ዋኒናት ገበናት ኲናት ኮይኖም ምስ ተሰየሙ ዓለምለኸ ቤት ፍርዲ ገበን ናብ ዝመስረተ ሕቡራት መንግስታት ጉጅለ ተወከልቲ ኤሜሪካ መሪሖም እዮም። ካብ 2004 ዓ.ም. ክሳብ 2010 ዓ.ም. ፍሉይ በዓልሞያ ዋና ፀሓፊ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ዋኒናት ደገፍ ሕቡራት መንግስታት ንኸይዲ ፍርዲ ኽመር ክራሃም (ኽመር ሬዥ) ኮይኖም ኣገልጊሎም እዮም።

## ኣኒካ ወይስ

ኣኒካ ወይስ ኣብ ብሔራዊ ዓለምለኸ ሕጊ፣ ዓለምለኸ ሕጊ ገበንን ዓለምለኸ ሰብኣዊ መሰላትን ፍሉይ ሞያ ዘለወን በዓልቲ ሞያ ዓለምለኸ ሕጊ እየን። ኣብ ዓለምለኸ ቤት ፍርዲ ገበን፣ ኣብ ዋኒናት ፍትሒ ነባሪ ኣየርን ኣብ መሰል ህፃናትን ምስ ዝሰርሑ ዘይመንግስታዊ ትካላትን ከምኡ ድማ ከም ውልቀ መማኸሪት ዘለወን ልምዲ ኣጣሚረን ዝሓዘ እየን። ካብ ቤት ትምህርቲ ስነ-ቑጠባ ለንደን (ዩናይትድ ኪንግደም) ብብሔራዊ ዓለምለኸ ሕጊ ብማስተርስ ዲግሪ፣ ካብ ዩኒቨርሲቲ ኽሮኒንገን (ኔዘርላንድስ) ብሕጊ ዓለምለኸን ኤውሮጳን ብባችለር ዲግሪ ከምኡ ድማ ካብ ዩኒቨርሲቲ ከተማ ለንደን ብሕጊ ዲፕሎማ ድሕረ-ምረቓ ተማሂረን እየን።


The Tigray Region of Ethiopia
ERITREA
Asmara
Red Sea
Tessenei
Mendefera
SUDAN
Shiraro
Adi Dairo
Adigrat
Aksum
Idaga Hamus
Shire
Kafta Humera
Tigray
Indabaguna
Adi Ramets
Wukro
Kola Tambien
Hagere Selam
Dansheha
Abiye Adi
Tsegede
Mekele
Afar
Amhara
Maychew
Gondar
Alamata
Lake Tana
ETHIOPIA
SAUDI ARABIA
SUDAN
ERITREA
YEMEN
DJIBOUTI
Addis Ababa
SOUTH SUDAN
ETHIOPIA
Indian Ocean
SOMALIA
KENYA
300 km
150 mi
Bati
Dese
60 km
30 mi
Source: Esri, Maxar, Earthstar Geographics, and the GIS User Community, Esri,CGIAR, USGS
© 2024, The New Lines Institute for Strategy and Policy

# I. መፍትሕ ቓላት

ኢ.ሰ.መ.ኮ - ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ

ህ.ወ.ሓ.ት - ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ

ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ - ናይ ኢትዮጵያ ህዝብታት ወያናይ ዴሞክራሲያዊ ግንባር

ፋኖ - ዘይስሩዓት ሓይልታት ምልሻ ብሔር ኣምሓራ

## II. ፅማቕ ሓሳብ ንፈፀምቲ

1. ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ንኢትዮጵያ ብምውካል፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ንዕኦም ተኣመንቲ ዝኾኑ ጉጅለታትን፣ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ኢሉ እውን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህ.ወ.ሓ.ት)፣ ሓይልታት ምክልኻል ትግራይን ንዕኦም ተኣመንቲ ዝኾኑ ሓይልታትን ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ዝፈፀሙዎም ተግባራት ዓለምለኸ ሕጊ ሰብኣውነትን ዓለምለኸ ሕጊ ሰብኣዊ መሰልን ከም ዝጣሓሱ ዘረጋግፁ ብዙሓት፣ መጠነ-ሰፋሕትን ተኣመንትን ዘይሽራውያን ፀብፃባት ኣለዉ እዮም።[1]
2. እዞም ጥሕሰታት እዚኣቶም ፍፃመታት ገበናት ኲናት ከምኡ ድማ/ወይ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ዝባሃሉ ከም ዝኾኑ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ። እዚኣቶም ኣብ ሓበራዊ ዓንቀፅ 3 ስምምዓት ጄኔቫ ዝተኽልከሉ ተግባራት ሓዊሱ ብዙሓት ፍፃመታት ኢ-ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ፣ ከምኡ ድማ ጥሕሰታት ግቡኣት ፈሊኻ ምጥቃዕን ምጥቃም ተመጣጣኒ ሓይልን ዘጠቓልሉ እዮም። ማዕረ ማዕረኡ ድማ ዘለዉ መርትዖታት ኢትዮጵያ ኣብ ዘይዓለምለኻውያን ብረታዊ ጎንፅታት እውን ማዕረ ተፈፃሚ ብዝኾነ ልማዳዊ ዓለምለኸ ሕጊ መሰረት ብዘለዋ ግቡእ መሰረት ብዜጋታታ ወይ ብዕጡቓት ሓይልታት ወይ ድማ ኣብ ግዝኣታ ንዝተፈፀሙ ገበናት ኲናት ናይ ምፅራይ፣ ኣድላዪ እንትኸውን ድማ ጥርጡራት ፈፀምቲ ገበን ናይ ምኽሳስ ግቡኣታታ ንምፍፃም እኹላት ፃዕርታት ከም ዘይገበረት ዘመላኽቱ እዮም።[2]
3. ብፍላይ እዚ ፀብፃብ እዙይ ካብቶም ዝተፈፀሙ ተግባራት ዝተወሰኑ ወይ ኲሎም መመዘኒ ገበን ፅንተት የማልኡ ዶ ኣየማልኡን ዝብል መርሚሩ እዩ። እዙይ ፅንተት ምፍፃሙ እንድሕር ተረጋጊፁ ክህሉ ዝኽእል ውልቃዊ ተሓታትነት ጥራሕ እንተይኮነ ብመሰረት ብ1940 ዓ.ም. ዝፀደቐ ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት (ድሕሪ ሕዚ ስምምዕ ፅንተት ዝባሃል) (ኢትዮጵያ ናይዚ ስምምዕ ፈላሚት ፈራሚት እያ፣ ካብ 24 ሰነ 1981 ዓ.ም. ጀሚራ ድማ ኣባልነታ ዘፅደቐት ሃገር እያ) ዘለዉ ግቡኣትን ተተሓሒዞም ዝለዓሉ ተሓታትነታትን ስለ ዘመላኽት ኣገዳሲ እዩ። ብተመሳሳሊ፣ ኢትዮጵያ ብመሰረት ልማዳዊ ዓለምለኸ ሕጊ ተመዓራረይቲ ግቡኣት ኣለዉዋ።
4. እዚ ፀብፃብ እዙይ ሕዚ ብዘለዉ መርትዖታት መሰረት ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ፅንተት ከምዝፈፀሙ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ከምዘሎ ደምዲሙ እዩ።
5. እንተነኣሰ ዝተወሰኑ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ወይ ምስ ፌዴራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተኣሳሰሩ ሲቪል ሰበ ስልጣን፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ወይ ድማ ምስ ተዛመድቲ ሓይልታት ምልሻ ዝተኣሳሰሩ ሲቪል ሰበ ስልጣን፣ ከምኡ ድማ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንተጋሩ ብመንነቶም ከም ብሔራዊ ጉጅለ ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ከም ዝነበሮም ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።

---

[1] *ብፍሉይ ተወከስ፣* ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ክፋል 9።

[2] *ተወከስ፣* ዓለምለኸ ኮሚቴ ቀይሕ መስቀል፣ ልማዳዊ ድንጋገታት ዓለምለኸ ሕጊ ሰብኣውነት፣ ድንጋገ 158 (ተዳነፅቲ ሓይልታት ኣብ ዓለመለኻውያንን ዘይዓለምለኻውያንን ብረታዊ ጎንፅታት ብማዕረ ተፈፃምነት ዘለዎ ኣብ ግዝኣታተቶም ተፈፂሞም ዝተባህሉ ገበናት ኲናት ናይ ምፅራይ ግቡእ ከምዘለዎም ዘገንዝብ)። *ብተወሳኺ ተወከስ፣* ኮሚሽን ካሕሳ ኤርትራ-ኢትዮጵያ፣ ክፋል ውሳነ፣ እሱራት ኲናት፣ ሕቶ ካሕሳ ኢትዮጵያ 4፣ "ኣብ ሞንጎ ፌዴራላዊት ዴሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያን ሃገረ ኤርትራን" (24 ሰነ 1995፣ ኮሚሽን ካሕሳ ኤርትራ-ኢትዮጵያ)፣ ቀዋሚ ቤትፍርዲ ሽምግልና፣ ዘ ሄግ፣ ዓንቀፅ 31-32 (ብመሰረት ልማዳዊ ዓለምለኸ ሕጊ ምስ ቃልኪዳናት ኪዳናት ጄኔቫ ተመሳሰልቲ ግቡኣት ከም ዘለዉን ከምኡ ድማ ክልቲኦም ኢትዮጵያን ኤርትራን ከምዝተሰማምዑ ዝገልፅ ውሳነ)።

6. እቲ ኣብ ላዕላይ ዝተገለፀ ሓሳብ ሒዞም ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ገበን ፅንተት ዘረጋግፁ ኣርባዕተ ተግባራት፡ ንተጋሩ ምቕታል፣ ከቢድ ኣካላዊ ወይ ስነ-ኣእምሮኣዊ መጉዳእቲ ምብፃሕ፣ ጥፍኣቶም ብምዕላም ንተጋሩ ኮነ ኢልካ ኣብ ሕሱም ኩነታት ሕይወት ክወድቁ ምግባር፣ ከምኡ ድማ ኣብ ሞንጎ ተጋሩ ወሊድ ከይህሉ ንምኽልካል ዝዓለሙ ስጉምትታት ናይ ምውሳድ ተግባራት ከም ዝፈፀሙ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።
7. እንተነኣስ ብዝተወሰኑ ውልቀሰባት ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ተዋሂቦም ዝተባህሉ መግለፅታት ዘርኢ ፅንተት ንኽፍፀም ቐጥታውን ህዝባውን ናይ ምልዕዓል ተግባር ተፈፂሙ እዩ ንምባል ክማልኡ ዝግብኦም መለክዕታት ዘማልኡ ከምዝኾኑን፣ ዘርኢ ፅንተት ንምፍፃም ክማላእ ዝግብኦ ዘርኢ ፅንተት ናይ ምፍፃም ሓሳብ ኣማሊኦም ዝተፈፀሙ ከምዝኾኑን ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።
8. ግድን እዚ ተግባር ንኽፍፀም ስሩዕ ትልሚ ነይሩ እዩ ወይ ድማ ላዕለዎት ሰበስልጣን ኣብቶም ተግባራት ተሳቲፎም እዮም ምባል እኳ እንተዘይተኻእለ፣ እዙይ ኢትዮጵያ ከም ዓዲ ብዘለዋ ተሓታትነት መሰረት እዞም ተግባራት ናብ ኢትዮጵያ ተሓታትነት ናይ ምምፃእ ዘለዎም ተኽእሎ ዝኽልክል ኣይኮነን።
9. ካብዚ ብዝሓለፈ፣ እቲ ዘርኢ ፅንተት "ኣብ ብርኪ ታሕተዋይ መዋቕር" ዝተፈፀመ እኳ እንተዝኸውን ነይሩ፣ ብተወሳኺ ድማ ከም ሃገር ምስ ኢትዮጵያ ይተሓሓዝ ኣይተሓሓዝ ብዘየገድሽ፣ ኢትዮጵያ ከም ሃገር ብዓለምለኸ ሕጊ ተመሳሰልቲ ተግባራት ከይፍፀሙ ናይ ምክልኻል ግቡኣ ከም ዘይፈፀመት ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ። እዚ ጉድለት እዙይ ተግባራት ዘርኢ ፅንተት ናይ ምፍፃም ቅሉዕን ከቢድን ሓደጋ ብቕፃልነት ንኽንፀላሉ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ። ብተመሳሳሊ፣ ኢትዮጵያ ነዞም ተግባራት ገበን እዚኣቶም ናይ ምቕፃዕ ግቡኣ ከም ዘይፈፀመት ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ።
10. ብዝኾነ ኩነታት፣ ብብርኪ ሃገር ኣብ ዝህሉ ተሓታትነት ዘለዉ ሕቶታት ብዘየገድሽ፣ ነቶም ኣብ ላዕላይ ዝተገለፁ ተግባራት ተሓተትቲ ዝኾኑ ውልቀሰባት ብውልቆም ብገበን ተሓተትቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብርግፅ፣ እቶም ዝግለፁ ዘለዉ ተግባራት መለክዕታት ገበን ፅንተት ኣየማልኡን እንተዝበሃሉ እውን፣ እቶም ፍሉይ ክብደትን ስፍሓትን ዘለዎም ገበናት ሓዊስካ ብገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ከምኡ ድማ/ወይ ገበናት ኲናት ከሕተቱ ዘለዎም ተኽእሎ ግን ብጣዕሚ ዝለዓለ እዩ። እዚኣቶም ምስቓይን ካልኦት ኢ-ሰብኣዊ ተግራት ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን፣ ከምኡ ድማ ሰላማውያን ብሕይወት ንኽፀንሑ ወሰንቲ ዝኾኑ ነገራት ብምኽልካል ዝተፈፀመ ተግባር ገበን ኲናት ዝኾነ ንዓፀቦ ምቅላዕ የጠቓልሉ።
11. **በዙይ መሰረት፣ ዓድታት ነዞም ዝስዕቡ ከተግብራ ይግባእ፡-**

**11.1. እንተነኣሰ ኣብ ኢትዮጵያ ኣንፃር ተጋሩ ዘርኢ ፅንተትን ካልኦት ተዛመድቲ ተግባራትን ከም ዝተፈፀሙ፣ ከምኡ ድማ ነዞም ተግባራት ዝህሉ ተሓታትነት ከም ዓዲ ናብ ኢትዮጵያ ክተሓሓዝ ከም ዝኽእል ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ከምዘሎ ኣፍልጦ ምሃብ፤ ከምኡ ድማ፣**

**11.2. ኢትዮጵያ ከም ዓዲ ንዘርኢ ፅንተትን ካልኦት ተዛመድቲ ተግባራትን ተሓታቲት እንተዘይኮነት እውን እንተነኣሰ ግን ነቶም ዝተፈፀሙ ተግባራት ከይፍፀሙ ናይ ምክልኻልን**

**ምስ ተፈፀሙ ናይ ምቕፃዕን ግቡኣ ከም ዘይፈፀመት ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ከምዘሎ ኣፍልጦ ምሃብ፤**

**11.3. ምስ ኢትዮጵያ ሓዊሱ ምስ ካልኦት ዓድታት ዝህልዉዎም ክልተኣዊ ዝምድናታት ምስ እዞም ኣብ ላዕላይ ዝተገለፁ ነባራዊ ኩነታት ክጠዓዓሙ ምግባር፤**

**11.4. ከከም ኣድላዪነቱ ብመሰረት ዓንቀፅ 9 ስምምዕ ዘርኢ ፅንተት ኣብ ቅድሚ ዓለምለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ መሰማዕታታት ምቕራብ ሓዊሱ ብውልቀኦን ክወስዶኦም ዝግብኡወን ስጉምትታት ክወስዳ፤**

**11.5. እቶም ዝተፈፀሙ ተግባራት ብዓለምለኸ ቤትፍርዲ ገበን ወይ ብኻልእ ዝምችው ኣግባብ ዓለምለኻዊ፣ ናፃን ዘይሸራውን ዝኾነ ምፅራይ ንኽግበረሎም ንምርግጋፅ ኣብ ዝህሉዉዎም ሕብረ-ተዛምዶኣዊ መድረኻት ግቡኣት ስጉምትታት ክወስዳ፤ ከምኡ ድማ፣**

**11.6. ዘርኢ ፅንተት ከምኡ ድማ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውንትን ገበናት ኲናትን ዝኣመሳስሉ ተግባራትን ፈፂሞም ተባሂሎም ኣብ ልዕሊ ዝተጠርጠሩ ውልቀሰባት ብመሰረት ተፈፃምነት ዘለዎም ዘቤታዊ ሕግታተን ዓለምለኻዊ ስልጣን ዳንነት ኣብ ተግባር ምውዓል።**

## III. መእተዊ

12. ብዕለት 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፣ ኣብይ ኣሕመድ፣ ኣንፃር "መኽረርቲ ባእታታት" ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህ.ወ.ሓ.ት.) "ወፍሪ ምኽባር ሕግን ስርዓትን" ከምዝኸፈተ ኣፍሊጡ። እዚ ድማ ቅድሚ ሓደ መዓልቲ ኣብ ልዕሊ ዕጡቓት ሓይልታት ኢትዮጵያ ተፈፂሙ ንዝተባህለ መጥቃዕቲ ምላሽ ተባሂሉ ዝተወሰደ እዩ ነይሩ።[3] ኮይኑ ግን፣ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ቀፂሉ ዝወሰዶ ወፍሪ ኣብ "ምኽባር ሕጊ" ዝተወሰነ ዓይነት ተግባር ኣይነበረን። እኳዳኣስ፣ ኣወዳድባ እቶም ዝተሳተፉ ዕጡቓት ሓይልታት ከምኡ ድማ መጠን እቲ ዝተኻየደ ጎንፂ እንትርአ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ጀሚሩ እንተነኣሰ ኣብ ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም. ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦታት ክሳብ ዝፍረም ዝቐፀለ ዓለምለኻዊ ዘይኮነ ብረታዊ ጎንፂ ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ህ.ወ.ሓ.ትን ተኻይዱ እዩ።

13. ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ምስ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ተመሳሰልቲ ሓይልታት ክልል ዓፋርን ከምኡ ድማ ተዛመድቲ ሓይልታት ምልሻን ኮይኑ እዩ ተሳቲፉ። ከም ስርዓት ከም ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ዝበሉ ዕጡቓት ጉጅለታት ኣብ ትሕቲ ዝምልከቶም ክልላዊ መንግስትታት እኳ እንተኾኑ፣ ከም ውፅኢቱ ድማ ተግባራቶም ብቐጥታ ምስ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ (ብኻልእ ኣገላልፃ ምስ ሃገረ ኢትዮጵያ) ዘይተሓሓዝ እኳ እንተኾነ፣ ዘይሸራዊ መፅናዕቲ ሰብ ሞያ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ምስ ሰራዊት ምክልኻል

---

[3] *ተወከስ*፣ ቤትፅሕፈት ቀዳማይ ሚኒስቴር ፌዴራላዊት ዴሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ፣ "ኣብ ትግራይ ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ምኽባር ሕግን ስርዓትን፡ ምኽንያታቱን ዕላማታቱን፣" 5 ሕዳር 2013 ዓ.ም። ካልኦት ግን እቲ ዝተባህለ መጥቃዕቲ ምፍፃሙ ወይ ድማ በቶም ቀዳማይ ሚኒስቴር ከም ዝተገለፀሉ ኣግባብ ምፍፃሙ ኣብ ሕቶ የእትዉዎ እዮም። *ተወከስ*፣ ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ረድኢት ኲናት ናይ ኢትዮጲያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም፣ ገፅ 1-3 ("ብመንግስቲ ኢትዮጵያን መላፍንቱን ኣብ ሕዳርን ታሕሳስን 2013 ዓ.ም. ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተፈፀመ ተግባር ኣብ ቁፅፅር ምውዓልን ዕንወትን ንነዊሕ እዋን ምድላው ዝተገበረሉን ዝተጠጀአን እዩ ነይሩ"፤ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ እቲ ኲናት ይመፅእ ከምዘሎን ክንደየናይ መዕነዋይ ከምዝኸውንን ፈሊጦምዎ ኔሮም እዮም፤ ዝብሉ ትንታነታት)፤ ሸቲል ትሮንቮል፣ "ቅርፂ ኲናት ሕድሕድ ኢትዮጵያ" (2015 ዓ.ም)፣ 121 ከረንት ሂስትሪ፣ ገፅ 163 ("ምምሕዳር ክልል ትግራይ ዝብሎ ሰበስልጣን መንግስቲ ፌዴራል ንኣመራርሓ እቲ ክልል ንምእሳር ቅድም ኢሉ በቲ ዕለት ጉጅለ ኮማንዶ ብምልኣኽ ንዝኣወጆ ወፍሪ ዝተወሰደ ተግባር ዓርሰ-ምክልኻል እዩ")።

ሃገር ኢትዮጵያ ተዋዲዶም ከምኡ ድማ/ወይ ብጥምረት ከም ዝሰርሑ ኣረጋጊፁ እዩ።[4] ብተወሳኺ፣ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ብሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ተደጊፉ እዩ።[5]

14. እቲ ኣብ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ዝተጀመረ ጎንፂ ድምር ውፅኢት ብዙሓት መበገሲታት እዩ። እዚኣቶም ድማ ኣብ ሞንጎ ብሔራውያን ጉጅለታት ዘሎ ሱር ዝሰደደ ንሕንሕ፣ ድሕሪ ሓፀያዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ከመይ ዝበለት ዓዲ ትኹን - ናይ መን ከ እያ - ኣብ ዝብሉ ነጥብታት ስምምዕ ዘይምህላዉ፣ ከምኡ ድማ ንሱ ንባዕሉ ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ካብ 1990 ዓ.ም. ክሳብ 1992 ዓ.ም. ዝፀንሐ ኲናት ክለዓል ምኽንያት ዝነበረ ታሪኽ ርክብ ኢትዮጵያ ምስ ኤርትራ (ፈለማ ከም ክልል፣ ደሓር ድማ ከም ናፃ ሃገር) እዮም።[6] ካብዚ ናይ ቀረባ እዋን ጎንፂ ንምውፃእ ዝህሉ መንገዲ ነዞም መሰረታውያን መስመራት ጎንፂ እዚኣቶም ከተዓርቕ ከምኡ ድማ እቲ ናይ ቀረባ ተግባር ዝህልዎ ትርጉም ክንፅር ዘለዎ ይኸውን።[7] ብዘይካ እኹል ኣፍልጦ ምሃብን መከሓሓስን ናብ ዘላቒ ሰላም ወይ ዕርቂ ዝወስድ ዕዉት መንገዲ ዝህሉ ኣይመስለን።

15. ከም ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን ዝኣመሰሉ ዓለምለኻውያን ዘይመንግስታውያን ትካላት ከምኡ ድማ ብዙሓት ትካላት ሕቡራት መንግስታት ምስ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ብምትሕብባር እውን ሓዊስካ ኢሉ ድማ ዓለምለኽ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ክልላት ትግራይ፣ ዓፋርን ኣምሓራን ሓዊሱ ኣብ ግዜ ኲናት ትግራይ ተፈፂሞም ንዝተባህሉ ተግባራት ገበን ብምፅራይ፣ ብምትንታንን ብምግላፅን ብውልቆኦምን ብጥምረትን ብዙሓት ፀብፃባት ኣውፂኦም እዮም።[8] ሕድሕድ ፀብፃብ ኣፈላላይ ሽፋን ግዜን በታን እኳ እንተሃለዎ፣ መብዛሕትኦም ብሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን መላፍንቶምን (ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ተዛመድቲ ሓይልታት ምልሻ ፋኖን፣ ሽፋኑ ውሑድ ዝበለ ብኽብደቱ ግን ዘይነኣኣስ ድማ ፍሉይ ሓይሊ ዓፋር) ኣንፃር ተጋሩ፣ ከምኡ

[4] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 91 ("ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ፍሉይ ሓይሊ ዓፋርን ብፍሉይ ምስቲ ጎንፂ ብዝተተሓሓዘ ተረቍሖም ኣለዉ" ብዝብል ይድምድም)።

[5] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 90 (ዕጡቓት ሓይሊ ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ትግራይ ንኽዋፈሩ ዝተፈረሙ ስሩዓት ስምምዓት ምህላዎም እኳ ቀፀልቲ ምፅራያት ዘድልዩ እንተኾኑ እቲ ኮሚሽን "[ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ]ን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ኣብ መሬት ናይ ጣምራ ወፍርታት ከምዘካየዱን ኲሉግዜ ናብ ከተማታትን ገጠራትን ኣብ ሓደ ግዜ ይኣትዉ ከምዝነበሩን ከረጋግፅ ክኢሉ እዩ" ብዝብል ይድምድም)።

[6] ቃለ-መሕትት ብደራሲ።

[7] *ተወከስ*፣ ሸቲል ትሮንቮል፣ "ቅርፂ ኲናት ሕድሕድ ኢትዮጵያ" (2015 ዓ.ም)፣ 121 ከረንት ሂስትሪ፣ ገፅ 163 ("[....] እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘጋጠመ ኲለመዳያዊ ጎንፂ ብግዜን ብቦታን ዝተጋጣጠሙ ኣርባዕተ ውግኣት ሕድሕድ [ኣጠቓሊሉ ዝሓዘ] እዩ። እዞም ውግኣት እዚኣቶም ነናይ ባዕሎም ፍሉይነት ብዘለዎም ፖለቲካዊ-ታሪኻዊ ተረኻት ዝተቓነዩ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ዕላማታት ዘለዎም እዮም፣ ዝተፈላለዩ ተቓለስቲ ሓልታት ዘሳተፉ ድማ እዮም። ሕድሕድ ጎንፂ ኣብ ሓደ ግዜ ኣብ ሞንጎ እቶም ዝተፈላለዩ ተዳነፅቲ ሓይልታት ዝተሓላለኹ ግዝያውን ዘላቕን ፅምዶታት እዩ ዝፈጥር")።

[8] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ *ፀብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኹሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኽ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን* (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፤ ዓለም ለኽ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኽ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (9 መስከረም 2015 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./51/46፣ ዓለም ለኽ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኽ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም፣ ሓጉ/ጉሰመ/54/55)፤ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ጉጅለ ጥምረት ውድባት ፓርላማ እንግሊዝ ንዓለምለኽ ሕጊ፣ ፍትሕን ተሓታትነት፣ *ሰለስተ ጋለብቲ ኲናት ትግራይ፡ ጅምላዊ ቕትለት፣ ፆታዊ ዓመፅን ግዱድ ጥሜትን* (መስከረም 2016 ዓ.ም)። ቀፂሉ ኣብ ታሕታይ ብተወሳኺ ከምዝተገለፀ፣ ዓለምለኽ ኮሚሽን ሰብሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዝገበሮ ጎስጓስ/ለበዋ እዩ ስርሑ ጠጠው ከብል ተገዲዱ።

ድማ ብሓይልታት ትግራይ ኣንፃር ተወለድቲ ብሔር ኣምሓራን ዓፋርን ገበናት ኲናትን ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ከም ዝተፈፀሙ ደምዲሞም እዮም።[9]

16. ካብዞም ኣንፃር ተጋሩ ኣብ ዝተፈፀሙ ገበናት ኣተኲሮም ዝተሰርሑ ፀብፃባት ዓርሱ ክኢሉ ውልቀ ተሓታትነት ፈፀምቲ ገበን ንምርግጋፅ እኹል እንተዘይኮነ እውን ዓለምለኻዊ ምፅራይ ንኽግበር ከም መለክዒ ሚዛን ዝውሰድ፣[10] ዘርኢ ፅንተት ከም ዝተፈፀመ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ከምዘሎ ብግልፂ ዝደምደመ የለን። ግን ከ እዙይ ብሰፊሑ ብማሕበራት ሓፋሽ ምስ ዝተገበሩ ትንታነታት፣[11] ከምኡ ድማ ምስ ሓሳባት ግዳያት እቲ ጎንፂ ብንፁር ዝጋጮ እዩ። ብተመሳሳሊ፣ ፀብፃብ ጉጅለ ጥምረት ውድባት ፓርላማ እንግሊዝ ብናይ ኢትዮጵያ "ትካላዊ ዓቕምታት ዝተፈፀሙ ገበናት" "ዘርኢ ፅንተት ከማልኡ ከም ዝኽእሉን" እዙይ ድማ "ተወሳኺ ትኹረትን ምፅራይን" ከም ዘድልዮን ኣፍልጦ ሂቡ እዩ።[12]

17. በዙይ መሰረት፣ እዚ ፀብፃብ እዙይ ኣብ ክሊ ኲናት ትግራይ ኣንፃር ተጋሩ ኣብ ስምምዕ ፅንተት ኣብ ዓንቀፅ 2 ብዝተደንገገ መሰረት ገበን ፅንተት ክባሃል ዝኽእል ከምኡ ድማ ኣብ ዓንቀፅ 3 ዝተደንገጉ ካልኦት ተግባራት ፅንተት ንኽፍፀም ቐጥታውን ህዝባውን ምልዕዓል) ከም ዝተፈፀሙ **ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ** ምህላዉን ዘይምህላዉን ብፍሉይ ትኹረት መርሚሩ እዩ። ብመንፅር ስምምዕ ፅንተት ኣብ ዝተገበረ መፅናዕቲ ብዝምልከት፣ እቲ ትኹረት ኣብ ተወለድቲ ብሔረ ትግራይ ከይኑ ኣብቲ ተግባር ዝተፈፀመሎም እዋናት ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ኮይኖም ካብ ክልል ትግራይ ወፃእ ዝነበሩ እውን ዘጠቓልል እዩ፤ ኣብ ትግራይ ዝነብሩ ደቂ ካልእ ብሔር ዝኾኑ ሰባት ኣየጠቓልልን፤ ንኣብነት ኣምሓሩ። ኣብ ክሊ እዚ ዓውዲ እዙይ ኮይኑ ግን፣ እዚ ፀብፃብ ተመሳሳሊ ክብደትን ስፍሓትን ኣብ ዘለዎም ከም ምስቓይን ካልኦት ዘይሰብኣዊ ተግባራት ገበንን ከምኡ ድማ ንሰላማውያን ሰባት ብሕይወቶም ንኽቕንዩ ወሰንቲ ዝኾኑ ነገራት ብምኽልካል ዝፍፀም ናብ ዓፀቦ ምቅላዕን ትኹረት ገይሩ ገበናት ኲናትን ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ዝበሃሉ ወይ ክበሃሉ ዝኽእሉ ጥሕሰታት ዓለምለኸ ሕጊ እውን መርሚሩ እዩ።

---

[9] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 91 ("ኣብ ግዜ እቲ ጎንፂ ሓይልታት መንግስቲ ኢትዮጵያ ንሽሙ ተፀዋዕነቶም ንመንግስታት ክልላት ኢትዮጵያ ዝኾኑ ፍሉያት ሓይልታት እውን የጠቓልል ነይሩ። ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ዓፋርን ብቐንዱ ተጋደልቲ ትግራይ እውን መጥቃዕቲ ከፈቶምለን ኣብ ዝነበሩ ምስ ትግራይ ዝዋሰኑ ክልላት ዝነብሩ ምስ ምዃኖም ተተሓሒዞ ኣብቲ ጎንፂ ብፍሉይ ተፀሪሖም እዮም፣ ኮይኑ ግን ካብ ካልኦት ክልላት ዝመፅኡ ፍሉያት ሓይልታት እውን ብዛዕባ ምስታፎም እሙናት ፀብፃባት ኣለዉ እዮም"))።

[10] ንኣብነት፣ ኣባል ብዝኾነት ዓዲ ወይ ብቤትምኽሪ ፀጥታ ተመሪሑ ምፅራይ ገበን ንኽጅመር እቲ ዓቃቢ ሕጊ ኣብ ስልጣን እቲ ቤትፍርዲ ዝወድቁ ገበናት ከምዝተፈፀሙ "ዝእምን ምኽንያታዊ መበገሲ" ምህለዉ ክኣምን ኣለዎ፡ ድንጋገ ዓለም-ለኸ ቤትፍርዲ ገበን፣ ዓንቀፅ 53። እዙይ ግን ኣብ ከይዲ ምፅራይ ዝውሰን ስለዝኾነ፣ ናይ ዝኾነ ውልቀሰብ ተሓታትነት ዘመላኽት ኣይኮነን። ብተወሳኺ ተወከስ፣ ዓለምለኸ ኮሚሽን ሰብሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብዓለምለኸ ኮሚሽን ሰብሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም፣ ሓጉ/ጉሰመ/54/55)፣ ዓንቀፅ 6 ("እቲ ክስተት ወይ ስልታዊ ተግባር ከምዝተፈፀመ በቲ ዝተገለፀ ብርኪ ምኽንያታዊ ጥሉልነት ንሓደ ትኩርን ሚዛናውን ጥንቁቕ ተዓዛባይ ዘእምን" ሓቃዊ ሓበሬታ)።

[11] ሄለን ክላርክ፣ ሚካኤል ላፐስሊን ዴቪድ ኣልተንን፣ <u>"ምልክታት ስግኣት ፅንተት ኣብ ኢትዮጵያ፡ ዓለም ንምክልኻል ክትንቀሳቐስ ኣለዋ"</u> *(ዘ ጋርድያን፣* 07 ሕዳር 2014 ዓ.ም)፤ ዴቪድ ሾሎድዝኮ፣ <u>"ኣብ ትግራይ ፅንተት ይፍፀም ኣሎ፣ ግን ዝኾነ ሰብ ኣይዛረበሉን ዘሎ"</u> *(ዘ ኔሽን፣* 02 ጉንበት 2014 ዓ.ም)፤ ቤተ-መዘክር ፅንተት ኣይሁድ ኣሜሪካ፣ "<u>ቤተ-መዘክር ኣብ ኢትዮጵያ ክልል ትግራይ ዝለዓለ ሓደጋ ዘርኢ ፅንተትን ጅምላዊ ጨፍጨፍን ከምዘሎ ኣጠንቀቑ</u>" (05 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፤ ዶ/ር ኢቭሊና ዩ ኦሃብ፣ "<u>ዝለዓለ ሓደጋ ፅንተት ኣንፃር ተጋሩ ኣብ ኢትዮጵያ</u>" (*ፎርብስ፣* 06 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፤ ጀፍሪ ዮርክ፣ "<u>ሰብሞያ ኮሚቴ ተወከልቲ ህዝቢ ካናዳ ኣብ ኢትዮጵያ ክልል ትግራይ ፅንተት ምፍፃሙ ኣፍልጦ ክህብ ኣጥቢቖም ሓቲቶም</u>" *(ዘ ግሎብ ኤንድ መይል፣* 27 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፤ ጉጅለ ጥምረት ውድባት ፓርላማ እንግሊዝ ንዓለምለኸ ሕጊ፣ ፍትሕን ተሓታትነት፣ <u>*ሰለስተ ጋለብቲ ኲናት ትግራይ፡ ጅምላዊ ቕትለት፣ ፆታዊ ዓመፅን ግዱድ ጥሜትን*</u> (መስከረም 2016 ዓ.ም)።

[12] *ተወከስ*ጉጅለ ጥምረት ውድባት ፓርላማ እንግሊዝ ንዓለምለኸ ሕጊ፣ ፍትሕን ተሓታትነት፣ <u>ሰለስተ ጋለብቲ ኲናት ትግራይ፡ ጅምላዊ ቕትለት፣ ፆታዊ ዓመፅን ግዱድ ጥሜትን</u> (መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ገፅ 76 (ትኹረት ዝተወሰኸ)።

18. እዚ ፀብፃብ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ተፈፂሞም ዝተባህሉ በደላት ዘትኮረ ስለ ዝኾነ፣ ኣብ ልዕሊ ከም ኢሮብን ኩናማን ዝኣመሰሉ ጉጅለታት ተፈፂሞም ዝተባህሉ ገበናት ኣይረኣየን።[13] ኮይኑ ግን፣ እዘም ስምዕታታት እዚኣቶም እውን ብተመሳሳሊ ተወሳኺ ምፅራይ ዘድልዮም እዮም።
19. እዚ ፀብፃብ እዙይ ብዛዕባ ኣንፃር ተጋሩ ኣብ ዝተፈፀሙ ፅንተትን ካልኦት ተዛመድቲ ተግባራትን ትኹረት ምግባሩ ተጋሩ ባዕላቶም ኣባላት ህ.ወ.ሓ.ት.፣ ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ፣ ወይ ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ (ወይ ካልኦት ተዛመድቲ ጉጅለታትን ውልቀሰባትን) ብምዃን ዓለምለኽ ሕጊ ዝጥሕሱ ገበናት ብምፍፃም ተሓተትቲ ክኾኑ ኣይኽእሉን ዝብል መልእኽቲ የብሉን። ብጫቡጥ እውን እዚ ፀብፃብ ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ትግራይ ዝቐረቡ ዝተወሰኑ ስምዕታታት እውን ኣፃርዩ እዩ። ኮይኑ ግን ቀንዲ ትኹረት እዚ ፀብፃብ ነዚ ኣብ ላዕላይ ዝተነፀረ ፀቢብ ሕቶ መፍትሒ ምላሽ ምቕማጥ እዩ፤ ኣብቶም ሰፋሕቲ ዛዕባታት ርእይቶ ኣየቕምጥን።
20. ብተመሳሰልቲ ምኽንያታት፣ እዚ ፀብፃብ ዓለምለኽ ሕጊ ዝጥሕሱ ዝተወሰኑ ገበናት ከም ዝተፈፀሙ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ከምዘሎ ከምኡ ድማ እዘም ፈፀምቲ ብውልቆም ብገበን ተሓተትቲ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ዝደምደመ እንትኸውን ብንፁር ነቶም ውልቀሰባት ፈልዩ ንምልላይ ኣይፈተነን። እኳደኣስ፣ እዚ ፀብፃብ ከም ዘቕረቦ ምኽሪ ሓሳብ፣ እቲ ተግባር ንሱ ብናፃ ምፅራይ ገበን ክስራሕ ዘለዎ እዩ።
21. እዚ ፀብፃብ እዘም ዝስዕቡ ኣርባዐተ ዕላማታት ኣለዉዎ።
    1. ብዛዕባ ሳዕቤናት ኩናት ትግራይን ኣፋፍኖታት ተሓታትነትን ዓለምለኻዊ ፅምዶን ትኹረትን ከም ሓዱሽ ምልዕዓል፤
    2. ዓድታት ኣብ ዝህልዉወን ክልተኣዊ ተዛምዶታትን ከከም ኣድላዪነቱ ብመሰረት ዓንቀፅ 9 ኣብ ቅድሚ ዓለምለኻዊ ቤትፍርዲ ፍትሒ መሰማዕታታት ምቕራብ ሓዊሱ ብመሰረት ስምምዕ ፅንተት ብውልቀኣን ብዘለዉወን ግቡኣት መሰረት ብውልቀን ክወስዶኦም ዝግብኡ ስጉምትታት ክወስዳ ምፅዋዕ፤
    3. ፅንትተን ካልኦት ቐንዲ ዓለምለኽ ገበናትን ተፈፂሞም እዮም ንዝብሉ ስምዕታታት ብዓለምለኽ ቤት ፍርዲ ገበን ወይ ካልእ ዝምቸው ኣግባብ ዓለምለኻዊ፣ ዘይሸራውን ናፃን ምፅራይ ክግበር ምፅዋዕ፤ ከምኡ ድማ
    4. ዓድታት ፅንተት ከምኡ ድማ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውንትን ገበናት ኩናትን ዝኣመሰሉ ቐንዲ ዓለምለኽ ገበናት ፈፂሞም ተባሂሎም ኣብ ልዕሊ ዝተጠርጠሩ ውልቀሰባት ብመሰረት ተፈፃምነት ዘለዎም ዘቤታዊ ሕግታተን ዓለምለኻዊ ስልጣን ዳንነት ኣብ ተግባር ከውዕላ ምፅዋዕ።
22. እዚ ፀብፃብ ብዕለት 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ኣብ ትግራይ ኩናት ካብ ዝውላዕ ኣትሒዙ ብዕለት 23 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም. ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦታት ክሳብ ዝተፈረመሉ እዋን ዘለዉ መርትዖታት ተንቲኑ

[13] ኣብ ማሕበረሰብ ኢሮብ ብዛዕባ ዘሎ ኩነታት ሓፈሻዊ ሓበሬታ ንምርካብ *ተወከስ*፣ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 410-425። ወታደራት ኤርትራ ናብ ኢሮብ (ወረዳን ብሔርን እያ) ምእታው ምኽልካል ከምዝቐፀሉ፣ ከምኡ ድማ ንኣባላት ብሔር ኢሮብ ከምዝቐተሉን ኣገዲዶም ከምዝሰወሩን መረዳእታ ኣሎ፡ “ህዝቢ ኣብ ክባ፡ ኣብ ትግራይ ዘሎ ኲናት ኢትዮጵያ ንምንታይ እዩ ዘይተወድአ?” *(ዘ ጋርድያን*፣ 30 ሓምለ 2015። ብዛዕባ ማሕበረሰብ ኩናማ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ንምርካብ ተወከስ፣ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 426-428።

እዩ። ቐንዲ ትኹረት እዚ ፀብፃብ እዙይ ኮይኑ ድሕሪ እቲ ስምምዕ ተወሲኽቲ ገበናት ቀፂሎም እዮም ዝብሉ ስምዕታታት እውን ካብ ዋኒን ናብ ዋኒን መሰረት ገይርካ ተመርሚሮም እዮም።[14]

23. እዚ ፀብፃብ እዙይ ብቐንዱ ኣብ ጠረጴዛ ኮፍ ኢልካ ዝግበር መፅናዕቲ (ዴስክ ሪሰርች) መሰረት ዝገበረ እዩ፤ ግን ድማ ቀጥታዊ ሓበሬታ ከምኡ ድማ ካልኦት ዝርዝራት ሓበሬታታት ክህቡ ምስ ዝኽእሉ ሰባት ዝተገበረ ቃለ-መሕትት እውን ዘጠቓልል እዩ። ኣብ ጠረጴዛ ኮፍ ኢልካ ዝግበር መፅናዕቲ (ዴስክ ሪሰርች) ፀብፃባት ፍሉያት ዘይመንግስታውያን ትካላት፣ መንግስታትን ሕብረ-መንግስታውያን ትካላትን ከምኡ ድማ ስራሕቲ ምርመራ ቕሉዓት ሓበሬታታት (ሳተላይት ምስልታት፣ ቪድዮታትን ስእልታትን የጠቓልል)፣ ኢሉ እውን ምሁራዊ ትንታነታት፣ ዓምድታት ዜናን ልጣፋት መርበብ ሓበሬታን የጠቓልል።

24. እቶም ዝተጠቐሱ ኣብነታት፣ ከምኡ ድማ ኣብዚ ፀብፃብ ዝተኻተቱ ካብ መጥቃዕቲ ብሕይወት ዝወፅኡን ግዳያትን መሰኻኽርን ዝሃቡዎ ሓበሬታን ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ጥራሕ ዝቐረቡ እዮም። ካብቶም ኣብዚ ፀብፃብ ዝተጠቐሱ ስራሕትታት ምፅራይ ኣብ ትግራይ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ እንተይኣውፅኡ ዝተሓተሙ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፣ ቤትፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታትን ዓለምለኽ ኮሚሽን ሰብሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያን ይኹኑ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን ኣብ ትግራይ ብዛዕባ ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት ዝቐረቡ ስምዕታታት ንምፅራይ እኳ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ስሩዕ ሕቶ እንተኣቕረቡ ክኣትዉ ኣይተፈቕደሎምን።[15]

25. ከም ውፅኢቱ፣ ብኹሉ ወገን ዘለዉ ብዙሓት ግዳያት ታሪኾም ክገልፁ ኣይከኣሉን፤ ብዙሓት ሓበሬታታት ዕላዊ ከይተገበሩ ተሪፎም እዮም። ኣብዚም ነባራዊ ሓቅታት ኮይንካ እውን እንተኾነ፣ ኣብ ክሊ እቲ ኣብ

[14] ኣብ ሰነ 2015 ዓ.ም. ሂዩማን ራይትስ ዎች ብዕለት 23 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም. ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ እንተተፈረመ እውን ብሓይልታት ኣምሓራን ከባቢያዊ ሰበስልጣንን ኣብ ምዕራብ ትግራይ ዝፍፀም ንተጋሩ ናይ ምፅራይ ወፍሪ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2015 ዓ.ም. እውን ከምዝቐፀለ ኣረጋጊፁ እዩ። እቶም ሂዩማን ራይትስ ዎች ቃለ-መሕትት ዝተገበረሎም ኣብ ከም ሑመራ፣ ራውያንን ኣደባይን ዝኣመሰሉ ከተማታት ምዕራብ ትግራይ ምስ ካልኦት ኣሽሓት ተጋሩ ተኣሲሮም ፀኒሖም ብሓይሊ ዝተሰጎጉ እዮም፤ *ተወከስ*፣ ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ <u>ኢትዮጵያ፡ ኣብ ትግራይ ድሕሪ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ እውን ምፅራይ ዘርኢ ቀፂሉ ኣሎ</u> (24 ጉንበት 2025 ዓ.ም)። ኣብ ነሓሰ 2015 ዓ.ም፣ ሓኻይም ንሰብኣዊ መሰላት ዝተባህለ ትካል ወታደራት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ትግራይ እንተነኣሰ ክሳብ ሰነ 2015 ዓ.ም. መጠነ-ሰፊሕን ስርዓታውን ወፍሪ ፆታዊ መድፈርቲ ከምዝቐፀሉ ኣረጋጊፁ እዩ፤ *ተወከስ*፣ ሓኻይም ንሰብኣዊ መሰላትን ትካል ንፍትሕን ተሓታታይነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን፣ *<u>ዝተጠልሙ መፅብዓታት፡ ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፃት ቅድምን ድሕርን ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ኣብ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ</u>*(ነሓሰ 2015 ዓ.ም)። እዙይ ዘመላኽቶ እቶም ብሔር-ተኮር ጎንፅታት ገና ከምዘይተፈትሑ ጥራሕ እንተይኮነስ መንግስቲ ፌዴራል ብመሰረት ድንጋገታት ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ይፍፅም ከምዘየለ እዙይ ድማ ኣብ ኩነታት ድሕንነት ተጋሩ ሓደገኛ ሳዕቤን ዘለዎ ከምዝኾነ እዩ። *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም ለኽ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኽ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፤ ዓንቀፅ 96 (እዚ ፀብፃብ እዙይ ክሳብ ዝተፃሕፈሉ ግዜ፣ ድሕሪ ምፍራም ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ህልዉና ሓይልታት ኤርትራን ኣምሓራን ንልዕሊ 10 ኣዋርሕ ምቕፃሉ "ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘሎ ናይ ዘይተሓታትነትን ንኸበድቲ ጥሕሰታት ናይ ምዕጋስን ፖሊሲ" ዘመላኽት እዩ ዝብል ሓሳብ)።

[15] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ *<u>ፀብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኹሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኽ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን</u>* (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 20-22 (ንሰራሕተኛታት ምግፋዕን ምፍርራሕን፣ ኣብ ርክብ ዝተገበሩ መንግስታዊ ክልከላታትን ንጉዐዞ ዝወሃብ ናይ ፀጥታ ፍቓድ ይሕለፍን ሓዊሱ ንስራሕ ዘጋጠሙ ዕንቅፋታት ዝገልፅ ፀብፃብ)። ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 23፣ 25 ("ናብ ኢትዮጵያ ንምእታው ፍቓድ ኣይተረኽበን እንትበሃል መብዛሕትኦም ቃለ-መሕትታት እቲ ኮሚሽን ብርሕቐት ዝተሓየዱ እዮም፣" "እቲ ቤትምኽሪ 2013 ዓ.ምን 2014 ዓ.ምን ዘይተገደበ ፍቓድ ክህሉ ፃውዒት ዝገበረ እኳ እንተኾነ፣ እቲ ኮሚሽን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ኮይኑ ሓቂ ንምፅራይ ናብ ኢትዮጵያ ክኣተው ብዘይምኽኣሉ ይጣዓስ እዩ። እቲ ኮሚሽን ናብ መንግስቲ ንምርኻብ፣ ሓበሬታ ንምቕባልን ናብ ውሽጢ ዓዲ ኣትዩ ናይ ምፅራይ ስራሕቱ ክሰርሕን ክፍቀደሉን ብተደጋጋሚ ሓቲቱ እዩ።")፤ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *<u>"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ</u>*" (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 11፤ *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም ለኽ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኽ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 5፣ 10። ብቤትፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ዋኒናት ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታትን ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያን ዝወፅአ ፀብፃብ ውፅኢት ጥሙር ጉጅለ ምፅራይ ዝተወሰኑ ክስተታት ኣካቲቱ ንኻልኦት ድማ ዝገደፈ ብምኳኑ ተነቒፉ እዩ። *ተወከስ* ጃን ኒይሰን፣ <u>"ዋዕላ መርበብ ሓበሬታ (ዌብናር)፡ ስነዳ ሰላማውያን ግዳያት ኣብ ኲናት ትግራይ"</u> *(ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዎ*፣ 11 ጥሪ 2015 ዓ.ም) (ነቲ ጥሙር ጉጅለ ምፅራይ ኣብ ፀብፃብ ልዕሊ 90% ጨፍጨፋት ብዘይምክታቱ፣ ሓደ ተዋጋኢ ሓይሊ ኮይኑ እንዳሃለወ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ጥራሕ ብምስርሑ፣ ነቶም ፈላሞት፣ ዝተፋናቐሉ ህዝቢ ቃለ-መሕትት ብዘይምግባሩ ዝቐረበ ነቐፌታ፤ እቲ ፀብፃብ ቐንዲ ተሓታታነት ናብ ሓይልታት ኤርትራን ትግራይን ምጥቋሙ "ምድዕዓስ" እዩ ዝብል ሓፈሻዊ ግንዛበ ከምዘሎ ዝገልፅ ሓሳብ፤ ዓለምለኽ ኮሚሽን ሰብሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ መሬት ወሪዱ ክሰርሕ ከምዘይተፈቐደሉ ዝገልፅን ከምኡ ድማ መንግስቲ ኢትዮጵያ እንተዘይሰመረሉ እኳ ነቲ ኮሚሽን ገንዘብ ከይብጀቶ ኣብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት መንግስታት ከምዝፈተነ ዝገልፅ)። እቲ ጥሙር ጉጅለ ምፅራይ ነፃነቱን ዘይሸራውነቱን እውን ኣብ ሕቶ ኣትዩ እዩ፤ ብመሰረት ኣሶሼትድ ፕረስ ዝገለፆ ሽሙ ዘይገለፀ ፍልፍል ሓበሬታ ናይቲ ናይ ኢትዮጵያ ኮሚሽን መራሒ "ኣብቶም በደላት ዘሎ ናይ ኣምሓሩ ጥፍኣት ኣናኢሱ ከቕርብ ፈቲኑ እዩ፣ እቶም ብወገን ትግራይ ዝነበሩ ግን ከም ፈፀምቲ ገበን ንኽማላኸቱ እዩ ነይሩ እቲ ሓሳብ"፤ *ተወከስ*፣ ቲም ቫንደን በምት፣ ሰፌ ኣኒስ፣ እምነት ነጋሽ፣ ሮቢን ሂኪረን ጃን ኒይሰንን፣ *<u>ትግራይ፣ ጎንፂ ሓደ ዓመት - ጉድኣት ዕጥቃዊ ጎንፂ፣ 2013-2014 ዓ.ም - ትግራይ (ኢትዮጵያ)</u>* (ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዋ፣ 2014 ዓ.ም )፣ ገፅ 9 (ብተወሳኺ ንፀብፃብ እቲ ጥሙር ጉጅለ ምፅራይ "ዘይመዛዘኑ ከመዛዝን ዝተገደደ፣ ሚዛናውነትን ፍትሓውነትን ዝተሓዋወሰ፣ ከምውፅኢቱ ድማ እቶም ዝተመርመሩ ክስተታትን መትከላዊ ጥሕሰታትን ኣብ ምምራፅ ዘይሚዛናዊ ዝኾነ እዩ። እቲ ጥሙር ጉጅለ ምፅራይ ብትኽክል መን ተሓታቲ ክኸውን ከምዘለዎ ስሒቱ "ክልቲኦም ወገናት" ኣብ ዝብል መፃወድያ ዝኣተወ ይመስል" ብምባል እውን ዝነቅፍ)።

ትግራይ ዝነበረ ጎንፂ ፅንተትን ካልኦት ዓበይቲ ዓለምለኸ ገበናትን ከምዝተፈፀሙ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያተዊ መበገሲ ዘረግጋፁ እኹላት መረዳእታታት ኣለዉ እዮም። እዙይ ውፅኢታውን ናፃን ምፅራይ ገበን ንኽካየድ ጥራሕ እንተይኮነ ዓድታት ግቡእ ስጉምቲ ንኽወስዳ (ኣብ ዝምችዉ ዋኒናት ዓለምለኻዊ ስልጣን ዳንነት ኣብ ተግባር ምውዓል፣ ኢሉ ድማ ኣብ ዓለምለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ሓዊሱ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናታተን ክውሰዱ ዝግብኦም ተግባራት ኣብ ግምት ከእትዋ) ዝፅውዕ እዩ።

## IV. ኣበጋግሳ ጎንፂ ትግራይ

### ሀ. ናብ ጎንፂ ትግራይ ዘምርሑ ታሪኻውያንን ህልዋትን ፈተናታት

26. ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ እትርከብ በሪ ባሕሪ ዘየብላ ኢትዮጵያ፣ ካብ ኣፍሪካ ነዊሕ ዕድመ ናፅነት ዘለዋ ዓዲ እያ። ህዝባ ድማ ብበዝሒ ካብ ኣህጉር ኣፍሪካ ካልኣይ እዩ።
27. ርእሰ ከተማኣ መቐለ ዝኾነት ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ እትርከብ ትግራይ፣ 97% ተወለድቲ ብሔረ ትግራይ፣ ከምኡ ድማ ብቑፅሮም ውሑዳት ዝኾኑ ካልኦት ከም ብሔር ኢሮብን ህዝብታት ኩናማን ዝነብሩላ ክልል እያ። መብዛሕትኦም ነበርተን ብሔሮም ተጋሩ ኮይኖም ኣብ ትግራይ እተን ቐንዲ ህዝቢ ዝነብረለን ማእኸላት ዝበሃላ መቐለ፣ ዓድዋ፣ ኣኽሱም፣ ዓድግራትን ሽረን እየን፤[16] ኮይኑ ግን ቁፅሩ ዘይነዓቕ ማሕበረሰብ ትግራይ ኣብ ርእሰ-ኸተማ ኢትዮጵያ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ይነብር እዩ።[17] ብድምር፣ ኣባላት ብሔረ ትግራይ ከባቢ 120 ሚልየን ካብ ዝኸውን ህዝቢ ኢትዮጵያ ዳርጋ 6 ሚኢታዊ ከምዝኾኑ ዝግለፅ እንትኾን ካብቶም ልዕሊ 90 ዝኾኑ ዓሌታትን ብሔራትን ሓደ እዮም።[18] ተጋሩ ብኣብዝሓ ኣመንቲ ኦርቶዶክስ ክርስትና እንትኾኑ፣ ብቑፅሮም ውሑዳት ድማ ኣመንቲ እስልምና ኣለዉዎም።
28. ናይ ትግራይ ናይ ስራሕ ቋንቋ ትግርኛ እዩ፤ እዙይ ድማ ኣብ ከበሳ ኤርትራ ብኣብዝሓ ምስ ዝዝረብ ቋንቋ ተመሳሳሊ እዩ።[19] ብተወሳኺ እውን ትግርኛ ኣብ ኢትዮጵያ ሓደ ናይ ስራሕ ቋንቋ እዩ፣ ኣብ ኤርትራ ድማ ብሕታዊ መረዳድኢ ቋንቋ እዩ። ኣብ ሞንጎ ሓፀይ ምኒልክን ባዕዳውያን ገዛእቲ ጣላይንን ዝተገበረ ስምምዕ እዩ ነዞም ብሔራዊ ጉጅለ እዚኦም ነንበይኖም መቒሉዎም።[20]
29. እቲ ኣብ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ዝተወልዐ ጎንፂ ቀጥታዊ ሳዕቤን ብቐዳማይ ሚኒስቴር ኣብይ ኣሕመድ ዝምራሕ መንግስቲ ፌዴራልን ንመንግስቲ ክልል ትግራይ ዝመርሑ ዝነበሩ ህ.ወ.ሓ.ትን ዝነበረ "ሕገ-መንግስታዊ ዘይምስምማዕን ንሕንሕ ስልጣንን"[21] እዩ።
30. ካብ 1983 ዓ.ም. ክሳብ 2010 ዓ.ም. ኢትዮጵያ ህ.ወ.ሓ.ት. ዓብላላይ ብዝነበረሉ ጥምረት ኣርባዕተ ውድባት ብዝነበረ ብናይ ኢትዮጵያ ህዝብታት ወያናይ ዴሞክራሲያዊ ግንባር (ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ) እያ ተመሓዲራ። ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ. ከም ስርዓት ንብሔራት ሓርነት ዝሃበን ነታ ዓዲ ቅርፀ ምሕደራኣ ብመሰረት

---

[16] ኦምና ትግራይ፣ "ሓፈሻዊ ዳህሳስ ትግራይ።"

[17] ሚኒስትሪ ጉዳያት ወፃኢ ኔዘርላንድስ፣ ክፍሊ ሓበሬታ ብዛዕባ መበቆል ሃገራት ዳይሬክቶሬት ትሕቲ-ሰሃራዊ ኣፍሪካ፣ *ኣርእስቲ ፅብፃብ ሓበሬታ መበቆል ሃገር ኣብ ትግራይ 2013 ዓ.ም*፣ (ነሓሰ 2013 ዓ.ም)፣ ገፅ 42።

[18] ዳዊት እንደሻውን ካትሪን ሆረልድን፣ "ቀታሊ ማእሰርቲ" (*ሮይተርስ*፣ 10 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[19] *ብተወሳኺ ተወከስ*፣ ሓኻይም ንሰብኣዊ መሰላትን ትካል ንፍትሕን ተሓታታይነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን፣ *ዝተጠልሙ መፅብዓታት፡ ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፃት ቅድምን ድሕርን ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ኣብ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ*(ነሓሰ 2015 ዓ.ም)፣ ናይ እግሪ መዘኻኸሪ 3 (መወከስታት ተገዲፎም እዮም)።

[20] ሚካኤል ወልደማርያም፣ *ጎነፃዊ ክፍፍል ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ፡ ዓመፅን ተቓውሞታቱን*(ቤት ሕትመት ዩኒቨርሲቲ ካምብሪጅ፣ 2010 ዓ.ም)፣ ገፅ 185።

[21] ዊልያም ዴቪድሰን፣ ጄን ኤስበርግን ኣሌክሳንድሮ ኣኮርሲን፣ ፌስቡክ ዝገበሮ (ከምኡ እውን ዘይገበሮ) ኣብ ዘርኣዊ ጎነፅ ኢትዮጵያ ትርጉም ኣለዎ (*ኢንተርናሽናል ክራይስስ ግሩፕ*፣ 17 ሚያዝያ 2015 ዓ.ም)።

ብሔራዊ ኣፈላላይ ዘካለላን እኳ እንተነበረ፣ ብተግባር ግን ፍሉይ ኣረኣእያን ሲቪላዊ ናፅነትን ዝዓፈነ እዩ ነይሩ። እዙይ ኣብ ሞንጎ ብሔራት ወጥሪ ንኸህሉን ኣብ ልዕሊ ህ.ወ.ሓ.ትን ትግራይን ፅልኣት ክፍጠርን ገይሩ እዩ።[22]

31. ነበር ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ብለካቲት 2010 ዓ.ም. ካብ ስልጣኑ ብሰናይ ፍቓዱ ምስ ወረደ፣ ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ናይቲ ዓመት ብባይቶ ተወከልቲ ህዝቢ ቀዳማይ ሚስተር ኢትየጵያ ኮይኑ ዝተሓረየ እንትኾን፣ ምስ ኤርትራ ዝነበረ ርክብ ድማ ናብ ስሩዕ መሊሱ እዩ።
32. ኣብ ታሕሳስ 2012 ዓ.ም፣ ውድብ ብልፅግና ቕድም ኢሉ ኣብይ ኣሕመድ ንዘጥፍኦ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ. ተኪኡዎ እዩ፤[23] ውድብ ብልፅግና እቲ ናይ ውሳነ ኣወሃህባ መሓውር ዝተሰለጠ ንምግባር ብኣብይ ኣሕመድ ዝቐረበ ሓሳብ እዩ ነይሩ። እዙይ ደሓር ናብቲ ውድብ ንኸይኣቱ ብዝወሰነ ህ.ወ.ሓ.ት. ተቓውሞ ቐሪብዎ ነይሩ እዩ።[24] ከቢድ ፖለቲካዊ ዕግርግር ድማ ቐፂሉ።
33. ህ.ወ.ሓ.ት. ከም ኣካል እቲ ገዛኢ ጥምረት ውድባት ኮይኑ ዝፈፀሞም ፅቡቓት ስራሕቲ ወይ ተቓሊሎም ወይ ዋጋ ክስእኑ ተገይሮም እዮም። “ብብሔርን ብፖለቲካን ተነፂሉ” ህ.ወ.ሓ.ት ዝተፈለጠ “ተረካቢ ይዓድዮ” ኮይኑ።[25] ኣብ ሞንጎ ህ.ወ.ሓ.ትን እቲ ሓዱሽ መንግስትን ዝነበረ ሓጓፍ ብመስከረም 2013 ዓ.ም. መንግስቲ ኢትዮጵያ ብምኽንያት ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 መረፃ ክናዋሕ ብዝሃቦን ብወገን ህ.ወ.ሓ.ት. ድማ ዝተነፀገን ውሳነ ተጋዲዱ።[26]
34. ከም ውፅኢቱ፣ “ክልላዊ ምምሕዳር ህ.ወ.ሓ.ት ብዘይካ ሓንቲ መንበር ብምሉእ መንበር ክልላዊ ባይቶ ተዓዊታይ ተባሂሉ ዝተኣወጀሉ ክልላዊ መረፃ ብውልቁ ኣብ ትግራይ ኣካይዱ።”[27] እዙይ ብፓርላማ ፌዴራል ዋጋ የብሉን ተባሂሉ ውድቂ ዝተገበረ ኾይኑ፣ ቐፂሉ ድማ ፓርላማ ምስቲ ክልላዊ መንግስቲ ዝርርብ ኣቋሪፁ ናብቲ ክልል ክለኣኽ ዝነበሮ ድጎማ ገንዘብ እውን ዓጊቱዎ።[28] ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ህ.ወ.ሓ.ት. ጌታቸው ረዳ ኣፈይ-ኣፍካ ክበሃል ብዝኽእል ኩነታት ኣብ ዝሃቦ መልሲ፣ ኣብ ትግራይ ማእኸሉ ንዝነበረ እዚ ሰሜን ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ብመንግስቲ ፌደራል ዝተሸየመ ብርጌደር ጀነራል ተቐባልነት የብሉን ኢሉዎ።[29]
35. ሓደ ሓደ ከም ዝብሉዎ እቲ ኩናት ንመሪሕነት ህ.ወ.ሓ.ት. ካብ ስልጣን ዘግለለ ካብ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ. ናብ ውድብ ብልፅግና ስግግር ስልጣን ድሕሪ ምክያዱ ኣብ 2010 ዓ.ም. ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን

---

[22] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *“ሰብ ምዃነይ ዝተረድኡ ኣይመስለንን”፡ መድፈርትን ካልኦት ፆታዊ ዓመፃትን ኣብ ጎንፂ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ* (5 ነሓሰ 2013 ዓ.ም) ኤ.ኤፍ.ኣር.25/4569/2021፣ ገፅ 9።

[23] ሸቲል ትሮንቮል፣ “ቅርፂ ኲናት ሕድሕድ ኢትዮጵያ” (2015 ዓ.ም)፣ 121 ከረንት ሂስትሪ፣ ገፅ 165።

[24] ኣብሩድ ራሕማን ኣልፋ ሻባን፣ “ገዛኢ ጥምረት ውድባት ኢትዮጵያ ናብ ሓደ ውድብ ንምውሃድ ተጓዒዙ” *(ኣፍሪካ ኒውስ*፣ 7 ሕዳር 2012 ዓ.ም)።

[25] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኩናት ናይ ኢትዮጲያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 152።

[26] ሲሞን ማርክስን ዓብዲ ለጢፍ ዲሃርን፣ “ናይ ኢትዮጵያ ክልል ንቐዳማይ ሚኒስቴር ብምቅዋም ከባቢያዊ መረፃ ኣካይዳ” (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 05 ጳጉሜን 2012 ዓ.ም)። *ብተወሳኺ ተወከስ* ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኩናት ናይ ኢትዮጲያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 182-185።

[27] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *“ሰብ ምዃነይ ዝተረድኡ ኣይመስለንን”፡ መድፈርትን ካልኦት ፆታዊ ዓመፃትን ኣብ ጎንፂ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ* (5 ነሓሰ 2013 ዓ.ም) ኤ.ኤፍ.ኣር.25/4569/2021፣ ገፅ 10።

[28] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *“ሰብ ምዃነይ ዝተረድኡ ኣይመስለንን”፡ መድፈርትን ካልኦት ፆታዊ ዓመፃትን ኣብ ጎንፂ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ* (5 ነሓሰ 2013 ዓ.ም) ኤ.ኤፍ.ኣር.25/4569/2021፣ ገፅ 10፤ *ብተወሳኺ ተወከስ* ሸቲል ትሮንቮል፣ “ቅርፂ ኲናት ሕድሕድ ኢትዮጵያ” (2015 ዓ.ም)፣ 121 ከረንት ሂስትሪ፣ ገፅ 165.

[29] ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ፣ “ናይ ኢትዮጵያ ትግራይ ንኣብይ ብምቅዋም ሸመት ጀነራል ዓጊታ” (ኣልጀዚራ፣ 20 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም)።

ስምምዕ ሰላም ካብ ዝግበር ጀሚሩ ኣብ ምድላው እዩ ነይሩ።[30] እቲ ስምምዕ ኣይተሓተመን፣ ግን ኤርትራውያን ብቐጥታ ካብ ወሰኖም ናብ ትግራይ ንኽኣትዉ ሓባሪ ዝነበረ ይመስል።[31]

36. እቲ ጎንፂ ም ስተወልዐ ብቐጥታ፣ መላእ ክልል ትግራይ ቐረብ ኤሌክትሪክ፣ ርክብ (ብምድሪ፣ ኣየርን ቴሌኮሙኒኬሽንን ሓዊሱ) ኣብ ዘቋረፀ ንግልጋሎት ባንክን ካልኦት መዓልታዊ መሰረታዊ ድሌታትን ኣብ ዝተንከፈ ዕፀዋ እያ ኣትያ።[32] እዙይ እንትባሃል ተጋሩ ኣብ ሓፂር ግዜ እዮም ካብ ምሉእ ዓለምን ካብ ነንባዕሎምን ተቐሪፆም ተፈልዮም፣ ስድራቤታትን ኣዕርኽትን ብዛዕባ ድሕነቶም ነንባዕሎም ሓበሬታ ክለዋወጡ ኣይከኣሉን። ሓደ ፀብፃብ ከምዝብሎ፣ ሓይሊ መብራህቲ ቅድሚ እቲ ውግእ ሰሙን ኣቐዲሙ እዩ ተዓፅዩ፤ እዙይ ድማ ሰባት ነቶም ስዒቦም ዝመፅኡ ገበናት ከይስንዱዎም ዓጊቱዎም እዩ፤ ምኽንያቱ ሽዑ ተንቀሳቐስቲ ስልክታቶም ሓይሊ ባትር ወዲኦን እየን ነይረን።[33]

37. ብተወሳኺ፣ ህ.ወ.ሓ.ት - ከምኡ ድማ መላእ ትግራይ - ምዕራብ ትግራይ ብዝምልከት ነዊሕ ዝፀንሐ "ውጥጥ ግዝኣት" ነይሩዎም እዩ፣[34] በዙይ መሰረት ድማ ሓይልታት ኣምሓራ ናይቲ ግዝኣት ዋንነት ይግብኣና ንምባል ናብቲ ክልል ኣትዮም። ከም ውፅኢቱ፣ ፍሉይ ሓይልን ምልሻን ኣምሓራ ኣንፃር ህ.ወ.ሓ.ትን ተዛመድቱ ሓይልታትን ኣብ ጎኒ መንግስቲ ፌዴራል ተዋጊኦም ደሓር ድማ እቲ ጎንፂ ናብ ጎረቤት ክልል ኣምሓራ እውን ልሒኹ እዩ።[35]

## ለ. ከይዲ ግዜ እቲ ጎንፂ

38. ኣብ ላዕላይ ከም ዝተሓበረ፣ ብኣብዝሓ እቲ ጎንፂ ብዕለት 24 ጥቅምቲ ወይ ኣብቲ ሽዑ ኸባቢ ከም ዝተጀመረ እዩ ዝእመን። ብሓፈሻ እቲ ዝሰዓበ ጎንፂ ኣብ ኣርባዕተ ምዕራፋት ክምቀል ይኽእል እዩ። እቲ ቐዳማይ እቲ ጎንፂ ብዕለት 23 ምሸት ወይ ብዕለት 24 ወጋሕታ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ካብ ዝተጀመረሉ ክሳብ ሰነ 2013 ዓ.ም. ዝሸፍን፣ እቲ ኻልኣይ ካብ ሰነ 2013 ዓ.ም. ክሳብ ከባቢ ታሕሳስ 2014 ዓ.ም፣ እቲ ሳልሳይ ካብ ጥሪ 2014 ዓ.ም ክሳብ ነሓሰ 2014 ዓ.ም፤ እቲ ራብዓይ ካብ ዕለት 18 ነሓሰ 2014 ዓ.ም. ብዕለት 23 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም. ኣብ ሞንጎ ህ.ወ.ሓ.ትን መንግስቲ ኢትዮጵያን ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ክሳብ ዝተፈረመሉ ይሸፍን። ንዕላማ እዚ ፀብፃብ እዙይ፣ እቲ ስምምዕ ብሓቂ ብዕዉት ኩነታት ነቲ ጎንፂ ጠጠው

---

[30] ጃን ኒይሰን፣ "ዋዕላ መርበብ ሓበሬታ (ዌብናር)፡ ስነዳ ሰላማውያን ግዳያት ኣብ ኲናት ትግራይ" *(ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዎ፣* 11 ጥሪ 2015 ዓ.ም)። ንኣብነት፣ ህ.ወ.ሓ.ት. ንፖለቲካውን ውልቃውን ባህጊ ቀዳማይ ሚኒስቴር ኣብይ ስግኣት ኮይኑ፣ ቐዳማይ ሚኒስቴር ኣብዪ "ኣብ መንግስቲ ይኹን ኣብ ላዕለዋይ ፀፍሒ ሰራዊትን ግልጋሎት ፀጥታን ዝኾኑ ተጋሩ ምህላዎም ከም ዝለዓለ ስግኣት ምርኣይ ቀፂሉ፣" ብተወሳኺ ቐዳማይ ሚኒስቴር ኣብይ "ቐዳማይ ሚኒስቴር ካብ ዝኾን ጀሚሩ ጎንፂ ዘይተርፍ እዩ ኢሉ ዝኣመነ ይመስል" ዝብል ክትዕ ቀሪቡ ነይሩ፤ *ተወከስ* ኣንቶኒ ሻው፣ "ኢትዮጵያ ኣብ ኲናት፣" ኣብ ኢሪትርያ ፎከስ ከምኡ ድማ ኦስሎ ኣናላይቲካ፣ *ኲናት ትግራይን ዞባዊ ትርጉሙን፡ ቅፃይ 1* (2013)፣ ገፅ 16-72 ኣብ ገፅ 51 (ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ነዊሕ ግዜ መማኸርን ተዓዛቢ ፖለቲካ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ሽም ብርዒ)። ኣብ ሞንጎ ትግራይን ኣምሓራን ብዛዕባ ዘሎ መሰረታዊ ጎንፂ፣ *ተወከስ*ሽቲል ትሮንቮል፣ "ቅርፂ ኲናት ሕድሕድ ኢትዮጵያ" (2015 ዓ.ም)፣ 121 ከረንት ሂስትሪ፣ ገፅ 167 ("እቲ ኲናት ኣብ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ምስተወልዐ፣ ፍሉይ ሓይልን ምልሻን ክልል ኣምሓራ ንነዊሕ እዋን ኣብ ምድላው ከምዝነበሩ ግልፂ ኾይኑ። ኣብ ምዕራብ ትግራይ ዝነበረ መብዛሕትኡ መጥቃዕቲ 'ተመንጢሎምዎም ዝነበሩ' ሰለስተ ግዝኣታት ወልቃይት፣ ፀገዴን ሰቲት ሑመራን ዳግም ንምቁፅፃር ብዝነበሮም ዕላማ ብዝተለዓዓሉ ሓይልታት ኣምሓራ እዩ ተፈፂሙ")።

[31] ጃን ኒይሰን፣ "ዋዕላ መርበብ ሓበሬታ (ዌብናር)፡ ስነዳ ሰላማውያን ግዳያት ኣብ ኲናት ትግራይ" *(ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዎ፣* 11 ጥሪ 2015 ዓ.ም)።

[32] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሞያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 23 ("ካብ መወዳእታ ሰነ 2013 ዓ.ም. ጀሚሩ፣ መንግስቲ ፌዴራል ነቲ ክልል ምሉእ ብምሉእ እዩ ዓፅዩዎ፣ ከምኡ ድማ እዚ ፀብፃብ ኣብ ዝተፃሕፈሉ (መስከረም 2016 ዓ.ም) ብምሉእነት ዘይተመለሱ እኳ እንተኾኑ፣ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ክሳብ ዝፍረም ግልጋሎታት ዳግም ምሃብ ኣይጀመሩን ነይሮም")።

[33] ዊል ብሮውን፣ "ተዓዋታይ ሽልማት ሰላም ካብ ዝወልዖ ዝሃድሙ ኢትዮጵያውያን ደድሕሪ ደብዳብ ቡንባ ብኻራሩ ወጊኦምና ኢሎም" ( *ቴሌግራፍ፣* 14 ሕዳር 2013 ዓ.ም)።

[34] ዊልያም ዴቪድሰን፣ ጄን ኤስበርግን ኣሌክሳንድሮ ኣኮርሲን፣ "ፌስቡክ ዝገበሮ (ከምኡ እውን ዘይገበሮ) ኣብ ዘርኣዊ ጎነፅ ኢትዮጵያ ትርጉም ኣለዎ" *(ኢንተርናሽናል ክራይስስ ግሩፕ፣* 17 ሚያዝያ 2015 ዓ.ም)። *ብተወሳኺ ተወከስ*ሽቲል ትሮንቮል፣ "ቅርፂ ኲናት ሕድሕድ ኢትዮጵያ" (2015 ዓ.ም)፣ 121 ከረንት ሂስትሪ፣ ገፅ 166 ("ሎሚ ኣብ ውሽጢ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣብ ዘለዉ ግዝኣታት ብኣምሓራ ዝቐርቡ ሕቶታት ቅድሚ 1983 ዓ.ም. ብዝነበሩ ብኣብዝሓ ኣምሓርኛ ዝዛረቡ ምምሕዳራዊ ክልላት ዝኽልሉ ወሰናት መሰረት ብምግባር ዝቐርቡ እዮም")። ብ1983 ዓ.ም. እቲ ግዝያዊ ሕገ መንግስቲ (ቻርተር ግዜ ስግግር) ተዳልዩ፤ እቲ ፌዴራላዊ ሕገ መንግስቲ ድማ ብነሓሰ 1987 ዓ.ም. ፀዲቑ ሎሚ እውን ኣብ ስራሕ ኣሎ፤ *ተወከስ*ክርስቶፍ ቫን ዴር ቤከን፣ "ኢትዮጵያ፡ ሕገ መንግስታዊ ከለላ ውሑዳት ብሔራት ኣብ ብርኪ ክልል፣" (1999 ዓ.ም)፣ 20 *ኣፍሪካ ፎከስ* 105፣ ገፅ 107.

[35] እዚ ፀብፃብ ንተቓለስቲ ትግራይ ንምምልኻት 'ህ.ወ.ሓ.ት' ወይ ድማ 'ሓይልታት ትግራይ' ዝብሉ ኣገላልፃታት ብሓፈሻ ዝጥቀም እንትኸውን፣ ሓደ ሓደ ፀብፃባት ካልኦት መግለፅታት ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም። እዚኣቶም ኣብ ትእምርተ ጥቕሲ ኣትዮም ቀሪቦም ኣለዉ።

ኣቢሎዎ ዶ ዝብል ምውሳን ኣድላዪ ኣይኮነን፣ ግን ተፃራሪ ውፅኢት ዘርእዩ መርትዖታት ኣብዚ ፀብፃብ እዙይ ዝተመርመሩ ሕቶታት ንምምላስ ኣብ ጥቕሚ ውዒሎም እዮም።

39. ኣብቲ ቐዳማይ ምዕራፍ፣ ኣብ ምሉእ ትግራይ ውግእ ተኻይዱ - ፈለማ (ካብ ጥቅምቲ ክሳብ ታሕሳስ 2013 ዓ.ም) ኣብቶም ርሑቓት ናይ ምዕራብ ከባቢታት (ኣብ ከባቢ ሑመራ)፣ ሽራሮን ኣኽሱምን፣ ብድሕሪኡ ድማ (ካብ ጥሪ ክሳብ ለካቲት 2013 ዓ.ም) ኣብቲ ደቡባዊ ኣንፈት። ኣብዚ ኣንፈት፣ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ከባቢ ማእኸላይን ምብራቓውን ትግራይ ብድሕሪኡ ድማ ብደቡብ ናብ ዝለዓለ ብርኪ በፂሑ።[36] ህ.ወ.ሓ.ት. ብዙሕ ሞት/ከቢድ ክሳራ ምስ በፅሖ ብታሕሳስ 2013 ዓ.ም. ካብ መቐለ ለቒቑ እዩ።[37]

40. እቲ ኻልኣይ ምዕራፍ ኣብ ሰነ 2013 ዓ.ም. ሓይልታት ትግራይ ርእሰ ከተማ ትግራይ ንዝኾነት መቐለ ተመሊሱ ምቁፅፃር ሓዊሱ ኣንፃር መንግስቲ ኢትዮጵያን መላፍንቱ ሓይልታትን ፀረ-መጥቃዕቲ ምስ ጀመረ ዝጀመረ እዩ።[38] እዚ ምዕራፍ እዙይ ሓይልታት ትግራይ ናብ ክልላት ዓፋርን ኣምሓራን ዝኣተዉሉ፣ ኣብ ሓደ ወቕቲ ድማ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዝተፀግዑሉ እዩ ነይሩ።[39] ኣብ ነሓሰ 2013 ዓ.ም፣ ህ.ወ.ሓ.ት. ምስ ሰራዊት ሓርነት ኦሮሞ ጥምረት ዝጀመረ እንትኸውን፣[40] ሰበ ስልጣን ፌዴራል ድማ ካብ ትሽዓተ ክልላት ኢትዮጵያ ሓውሲ-ወታደራት ብህዝባዊ ምልዕዓል መልሚሎም ነይሮም።[41] ብድሕሪኡ ሓይልታት ፌዴራል ፀረ-መጥቃዕቲ ገይሮም ንህ.ወ.ሓ.ት. ንድሕሪት ናብ መቐለ መሊሶምዎ።[42] እዚ ምዕራፍ ጎንፂ እዙይ ዝተዛዘመ "ምዕራብ ትግራይ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ሰበስልጣን ክልል ኣምሓራ እንተፀንሐ እኳ፣ ፀረ-መጥቃዕቲ ፌዴራል ኣብ ወሰን ትግራይ ጠጠው ምስ ኣበለ እዩ።"[43]

41. እቲ ሳልሳይ ምዕራፍ ሓይልታት ትግራይ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዝነበሮም ገስጋስ ምስተዓገተ ብምዝሕሓል ቐጥታዊ ጎነፅ ዝግለፅ እዩ ነይሩ።[44] ኮይኑ ግን፣ ፌዴራል መንግስቲ ብዝወሰዶ ምዕጋት ሰብኣዊ ሓገዝ፣ ሰብኣዊ ቕልውላው ተጋዲዱ እዩ። ብዕለት 15 መጋቢት መንግስቲ ፌዴራል ንዘይተወሰነ ግዜ ምቁራፅ ተፃብኦ ዕላዊ ምስ ገበረ ህ.ወ.ሓ.ትን መንግስቲ ፌዴራልን ቀረብ ሰብኣዊ ሓገዝ ንምፍቃድ ብዕለት 16 መጋቢት 2014 ዓ.ም. ተፃብኦ ንምቁራፅ ተሰማሚዖም ተባሂሉ ነይሩ።[45]

42. እቲ ራብዓይን ናይ መወዳእታን ምዕራፍ እቲ ስምምዕ ምቁራፅ ተኹሲ ተጣሒሱ ብዕለት 18 ነሓሰ 2014 ዓ.ም. ኣብ ወሰና ወሰን ትግራይ ሓዱሽ ውግእ እንትውላዕ ዝተራእየሉ እዩ ነይሩ።[46] ህ.ወ.ሓ.ትን መንግስቲ

---

[36] ሶፌ ኣኒስ፣ ቲም ቫንዴን፣ እምነት ተጋሸን ካልኦትን፣ *ትግራይ፡ መሕበሪ ሰብኣዊ ኩነታት* (ቅፂ 2.2፣ ዩኒቨርሲቲ ጌንት፣ ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 44።

[37] ጃሰን ብሩክ፣ "አብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዝተፈፀሙ ግፍዕታት ተቓውሞ ስለዘጋደዱ መናእሰይ ብረት ኣልዒሎም" *(ዘ ጋርድያን*፣ 29 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[38] ክራይስስ ዎች፣ ክትትል ዓለምለኸ ጎንፅታት፡ ሓምለ 2013 ዓ.ም *(ኢንተርናሽናል ክራይስስ ግሩፕ*፣ 28 ሓምለ 2013 ዓ.ም)።

[39] ዊልያም ዳቪሰን፣ "ሓደገኛ ምስፍሕፋሕ ኲናት ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ" *(ኢንተርናሽናል ክራይስስ ግሩፕ*፣ 23 ሓምለ 2013 ዓ.ም)፤ ሶፌ ኣኒስ፣ ቲም ቫንዴን፣ እምነት ተጋሸን ካልኦትን፣ *ትግራይ፡ መሕበሪ ሰብኣዊ ኩነታት* (ቅፂ 2.2፣ ዩኒቨርሲቲ ጌንት፣ ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 23፤ ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም) (ፍልፍላት ተገዲፎም እዮም)።

[40] ኢዲት ኤም ሌደረር፣ *"ቤትምኽሪ ፀጥታ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ጎንፂ ጠጠው ክብል ፀዊዑ"* (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 27 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)።

[41] ዊልያም ዳቪሰን፣ "ሓደገኛ ምስፍሕፋሕ ኲናት ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ" *(ኢንተርናሽናል ክራይስስ ግሩፕ*፣ 23 ሓምለ 2013 ዓ.ም)።

[42] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም) (ፍልፍላት ተገዲፎም)።

[43] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም) (ፍልፍላት ተገዲፎም)።

[44] ዴክላን ዋልሽን ዓብዲ ለጢፍ ዲሃርን፣ "ኢትዮጵያ ንምንታይ ምስ ባዕላ ትዋጋእ ኣላ?" *(ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 07 መጋቢት 2014 ዓ.ም.)፤ ቦቢይ ጎሽ፣ "እቲ ናይ ዓለምና ቀታሊ ኲናት ኣብ ዩክሬን እንተይኮነስ፣ ኣብ ኢትዮጵያ እዩ ዘሎ" (*ብሉምበርግ*፣ 13 መጋቢት 2014 ዓ.ም)።

[45] ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ፣ "ኢትዮጵያ፡ መንግስቲ ምቁራፅ ተኹሲ ምስኣወጀ ተቓለስቲ ትግራይ 'ተፃብኦም ንምቁራፅ' ተሰማሚዖም" *(ዘ ጋርድያን*፣ 16 መጋቢት 2014 ዓ.ም)።

[46] ራቸል ቻሰን፣ "ኣብ ወሰን ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ ተስፋታት ሰላም ዘፀልመተ ውግእ ተወሊዑ" *(ዘ ዋሺንግተን ፖስት*፣ 18 ነሓሰ 2014 ዓ.ም)።

ኢትዮጵያን እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ይካሰሱ ነይሮም።[47] ካብ ዕለት 11 መስከረም 2015 ዓ.ም. ጀሚሩ ቐንዲ መራሕቲ ህ.ወ.ሓ.ት ዝሓቖፈ መንግስቲ ክልል ትግራይ እቲ ጎንፂ ብሰላማዊ መንገዲ ክፍታሕ ዘለዎ መርገፂ ዕላዊ ገይሩ፣ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ክግበር ፀዊዑ፣[48] "ቀጥታዊ ዝኾነን ኣብ ሓበራዊ ስምምዕ ዝተመስረተን ምቁራፅ ተፃብኦ ክግበር" ድማ ሓሳብ ኣቕሪቡ።[49] ኮይኑ ግና፣ መንግስቲ ኢትዮጵያን ኤርትራን ብኤርትራ ናብ ወሰን ትግራይ ከበድቲ ኣፅዋር ብምውፋር፣[50] ኣብ ከባቢ እቲ ወሰን ኣብ ብዙሓት ከባቢታት ፀብፃብ ውግእ ዘለዎ ምሉእ ፀረ-ትግራይ መጥቃዕቲ ብምክያድ፣[51] ከምኡ ድማ ንኸተማታት ሽረ፣[52] ኣላማጣን ኮረምን ብምቁፅፃር[53] ወታደራዊ ዕማማቶም ቀፂሎም። ህ.ወ.ሓ.ት. ተፃብኦ ንምቁራፅ ድልዋት ከም ዝኾኑ ደጊሞም ብምርግጋፅ፣ ኤርትራ ካብ ትግራይ ክትወፅእ ፀዊዖም፤ ኣብ መወዳእታ ድማ እቶም ተዋጋእቲ ሓይልታት፣ ብዘይካ ኤርትራ፣ ሕብረት ኣፍሪካ ዝመርሖ ዝርርብ ሰላም ንምግባር ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ተራኺቦም።[54]

43. 23 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም፣ ፌዴራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህ.ወ.ሓ.ትን ብስሩዕ ተፃብኦ ንምቁራፅ ተሰማሚዖም፤[55] ኮይኑ ግን ፀብፃባት ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ገኒኖም ምስ ወፅኡ እቲ ስምምዕ ከይጠሓስ[56] ጭቡጣት ስግኣታት ከም ዘለዉ ተረጋጊፁ እዩ። እዚኣቶም እውን ንብረትን ጃምላ ማእሰርትን ኣብ ትግራይ፣[57] ብዕለት 26 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም. ብሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ዓብዪ ዓዲ ዝተፈፀመ ደብዳብ፣ ከምኡ ድማ ኣብ ሞንጎ ሓይልታት ትግራይን ሓይልታት ኣምሓራን ኤርትራን ኣብ ዛላምበሳን ዓዲግራትን፣ ከምኡ ድማ ኣብ ጨርጨርን ከበድቲ ውግኣት ምኽያዶም የጠቓልሉ።[58]

44. ብጭቡጥ እውን፣ ዓለምለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ድሕሪ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ እውን እንተኾነ ወታደራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ትግራይ ከምዝፀንሑን ከምኡ ድማ ሓደ ሓደ ግዜ ካብ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ "ብዙሕ ኣብ ዘይረሓቐ" ፆታውን ፆታ-ተኮርን ገበናት ሓዊሱ ተግባራት ገበን ምፍፃም ከም ዝቐፀሉን ኣረጋጊፁ እዩ።[59] መንግስቲ ኢትዮጵያ "ንህዝቡ ብሓይልታት

[47] ራቸል ቻሰን፣ "ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ወሰን ትግራይ ተስፋታት ሰላም ዘፀልመተ ውግእ ተወሊዑ" (*ዘ ዋሺንግተን ፖስት፣* 18 ነሓሰ 2014 ዓ.ም)።

[48] ልጣፍ ትዊተር ቤትፅሕፈት ርክባት ወፃኢ ትግራይ፣ 01 መሰከረም 2015 ዓ.ም፤ ኣሌክስ ዴ ዋል፣ "ትግራይ ምቁራፅ ተፃብኦ ዕላዊ ገይራ፣ ኣብይ ግን መልሲ ኣይሃበን" (*ሪስፖንሲብል ስቴትክራፍት፣* 03 መስከረም 2015 ዓ.ም)።

[49] ኣሌክስ ዴ ዋል፣ "ትግራይ ምቁራፅ ተፃብኦ ዕላዊ ገይራ፣ ኣብዪ ግን መልሲ ኣይሃበን" (ሪስፖንሲብል ስቴትክራፍት፣ 03 መስከረም 2015 ዓ.ም)።

[50] ልጣፍ ትዊተር ክርስትያን ትሪበርት፣ 18 መስከረም 2015 ዓ.ም.

[51] ኣል ጀዚራ፣ "ሓይልታት ትግራይ ኤርትራ መጥቃዕቲ ከፊታ ክብሉ ከሲሶም" (10 መስከረም 2015 ዓ.ም)። ዕላዊ ምስልታት ሳተላይት ከቢድ ወታደራዊ ምንቅስቓስ ኣርእዩ፣ *ተወከስ* ልጣፍ ትዊተር ክርስትያን ትሪበርት፣ 18 መስከረም 2015 ዓ.ም። እቲ ቦታ ብሓይልታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ተታሒዙ እዩ ነይሩ፤ *ተወከስ* ልጣፍ ትዊተር ክርስትያን ትሪበርት፣ 18 መስከረም 2015 ዓ.ም። ኣብ ናይ ውግእ ኣቃውማ ዘሎ መድፍዕ እውን ይረአ ነይሩ፣ *ተወከስ* ልጣፍ ትዊተር ክርስትያን ትሪበርት፣ 18 መስከረም 2015 ዓ.ም።

[52] ካትሪን ሆረልድ፣ "ሰላማውያን ነበርቲ እንትወፅኡ ወታደራት ኢትዮጵያ ስትራተጂያዊ ከተማ ትግራይ ተቖፃፂሮም" (*ዋሺንግተን ፖስት*፣ 07 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)።

[53] ልጣፍ ትዊተር ግልጋሎት ርክብ ኢ.ፌ.ዲ.ሪ፣ 08 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም።

[54] ክራይስስ ዎች፣ ትንታነ ኢትዮጵያ፡ ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም።

[55] ኣሌክሳንደር ዊኒንግን ቲም ኮክስን፣ "ኣብ ኢትዮጵያ ክልል ትግራይ ተዋጋእቲ ሓይልታት ውግእ ንምቁራፅ ተሰማሚዖም" (*ሮይተርስ*፣ 23 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)።

[56] ሳሙኤል ኣየለ በቃሉ፣ "ብዛዕባ ስምምዕ ሰላም ኢትዮጵያ ካብ ዘለዉ መልስታት ሕቶታት ይበዝሑ" (ኤል.ኤስ.ኢ. ብሎግ፣ 06 ሕዳር 2015 ዓ.ም)።

[57] ሮድኒ ሙሕሙዛ፣ "ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ኣብ ኢትዮጵያ ትግራይ ክልል ጭውያን ውራ ንብረትን ከምዘለዉ ይጥቀስ ኣሎ" (*ዜና ኤ. ፒ.፣* 17 ሕዳር 2015 ዓ.ም)።

[58] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ረድኢት ኩናት ናይ ኢትዮጳያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 360።

[59] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 2፣ 46።

ወፃኢ [ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ]፣ ወይ ኣብ ከባቢታት ዘባታት ምዕራብን ደቡብን ብዘለዉ ምልሻ ኣምሓራ ካብ ዝፍፀሙ ጥሕሰታት ንምሕላው ዘለዎ ሕጋዊ ግቡእ ከምዘይፈፀመ" ተረጋጊፁ እዩ።[60]

## V. ፅንተት ዝምልከቱ ርኽበታት

45. ኣብ ካልኦት ብዙሓት መፅናዕትታት ምስ ዝተጠቐሱ ሻቕሎታት ብዝስማዕማዕ፣ እዚ ፀብፃብ ኣብቲ እዋን ኣብ ትግራይ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ተፈፂሙ ዝበሃል ገበን ፅንተት ሕጋውን ሓቃውን መሰረታት ዝምርምር ይኸውን። ንኣብነት ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ ተፈፂሙ ብዛዕባ ዝተብሃለ ገበን ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ዝተመያየጠሉ "ፈፀምቲ ገበን ፆታዊ ዓመፅ ነቲ ገበን ኣብ ዝፍፅምሉ እዋን ነተን ግዳያት ብቐዋሚ ፆታውን ስነ-ተዋልዶኣዊ ጥዕነአንን ንምጥፋእ ኮነ ኢሎም ከም ዝፍፅምዎ ይዘረቡ ምንባሮምን" ከምኡ እውን "ፆታዊ ዓመፅ ሓልሓሊፉ ካብ ሰብነት ብዝውፅ ቃላት እንዳተዓጀበ ዓሌት ተጋሩ ንምጥፋእ" ይፍፅምዎ ምንባሮም" ኣረጋጊፁ እዩ።[61] ከምዚ ዓይነት ሓሳብ መግለፂ ፅንተት እዩ። ብተመሳሳሊ ጉጅለ ኩሎም-ውድባት ቤት ምኽሪ ዩናይትድ ኪንግደም (ዩ.ከይ.ኤ.ፒ.ፒ.ጊ.) ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዘርኢ-ፅንተት ከም ዝተፈፀመ ዘርኢ ''ወሳናይ መረዳእታ'' ተባሂሉ ክጥቀስ ዝኽእል ረኺቡ እዩ።[62]

## ሀ. ፅማቕ ሓሳብ ሕጊ ፅንተት

46. ድሕሪ ኣብ ዓለምና ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣይሁድ ዘጋጠመ ህልቂት ከም ሓዱሽ ቃል ኮይኑ ዝወፅአ "ፅንተት" ዝብል ቃል ንናይ ሓደ ጉጅለ (ብግሪክ *ዘርኢ* ማለት ኮይኑ ዓሌት፣ ህዝቢ ዝውክል) ምጥፋእ (*ፅንተት*፣ ናይ ላቲን ቃል ኮይኑ ቅትለት ዝውክል) ዝገልፅ እዩ። ኣብ ብሔራዊ ዓለም-ለኸ ሕጊ፣ ብቐዳምነት ኣብ ልዕሊ ሃገራት ግቡእ ዘውረደ ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት፣ ከምኡ እውን ኣብ መጣየሽቲ ሕግታት ዓለም-ለኻዊ ፍሉያት ኣብያተ ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳን ናይ ቀደም ዩጎዝልቪያን ኣብ ዓለም-ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበንን ተገሊፁ እዩ። እዘም ድሒሮም ዝመፅኡ ሕግታት ወልቀ-ሰባት ኣብ ገበን ፅንተት፣ ብቐጥታ ኣብ ትሕቲ ልማዳዊ ሕጊ ዓለም-ለኸ (ገበን) ዝሕተትሉ መስርሕ ዘርዚሮም እዮም። እዘም መልክዓት ተሓታትነት እዚኣቶም ዝተፈላለዩን ነናይ ባዕሎም ፍሉይ ባህሪ ዘለዎምን እዮም።

### 1. ብሔራዊ ዓለም-ለኸ ሕጊ

47. ሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት መንግስታት ፅንተት ኣብ ትሕቲ ሕጊ ዓለም-ለኸ ገበን ንኽኸውን ኣብ ውሽጢ ውሳነ 96(1) ብ1938 ዓ.ም ብወግዒ ኣፍሊጡ እዩ። ሃገራት "ፅንተት ኣብ ኩሎም ዘመናት ታሪኽ ኣብ ልዕሊ ወዲሰብ ዘብፀሖ ዓብዪ ጉድኣት" ከምኡ እውን ወዲሰብ "ካብዚ ክፍንፈን ዝግበኦ ሓለንጊ ጥፍኣት" ነፃ

---

[60] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 2።

[61] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" ( 9 መስከረም 2015 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./51/46፣ ዓንቀፅ 62። (ትኹረት ይወሰኽ)።

[62] ጉጅለ ጥምረት ውድባት ፓርላማ እንግሊዝ ንዓለምለኸ ሕጊ፣ ፍትሕን ተሓታትነት፣ *ሰለስተ ጋለብቲ ኲናት ትግራይ፡ ጅምላዊ ቕትለት፣ ፆታዊ ዓመፅን ግዱድ ጥሜትን*(መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ገፅ 76።

ንምውፃእ “ዓለም-ለኻዊ ምትሕብባር ከም ዘድሊ” ብምርዳእ ድሕሪ ክልተ ዓመት 30 ጥቅምቲ 1940 ዓ.ም ስምምዕ ዘርኢ-ፅንተት ኣፅዲቖን እየን።[63] እዚ መግለፂ ኣብዚ ሐዚ እዋን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን።

48. ኢትዮጵያ ካብተን 2 ታሕሳስ 1941 ዓ.ም ቀዲመን ዝፈረማ ሃገራት ኮይና ብቕልጡፍ ኣብ 24 ሰነ 1941 ዓ.ም ኣፅዲቓቶ እያ። ነዚ ዝምልከት መግለፂ ወይ ከዓ ተዓቅቦ እውን ኣየካተተትን እያ።

49. ዓንቀፅ ሓደ ስምምዕ ፅንተት ደጊሙ ከም ዘረጋገፆ “ኣብ እዋን ሰላም ይኹን እዋን ኲናት ዝተፈፀመ ፅንተት ኣብ ትሕቲ ዓለም-ለኸ ሕጊ ገበን እዩ” ከምኡ እውን ፈረምቲ ሃገራት ነዚ ገበን ክከላኸላን ክቐፅዓን ይግደዳ እየን። ኣብ ዓንቀፅ 2 ንፅንተት ዝተውሃበ ትርጉም “ሓደ ብሄር፣ ዘርኢ፣ ዓሌት ወይ ከዓ ሃይማኖታዊ ጉጅለ ጠቕሊልካ ወይከዓ ብኽፋል ንምጥፋእ ዝፍፀሙ ካብዞም ዝስዕቡ ተግባራት ከም፡-

ሀ. ምቕታል ኣባላት እቲ ጉጅለ፣

ለ. ኣብ ልዕሊ ኣባላት እቲ ጉጅለ ሓደገኛ ኣካላዊ ወይ ከዓ ስነ-ልቦናዊ መጉዳእቲ ምብፃሕ፣

ሐ. ኮነ ተባሂሉ ኣብ ልዕሊ እቲ ጉጅለ ህልውንኡ ሙሉእ ንሙሉእ ወይ ከዓ ብኽፋል ዘጥፍእ ኩነታት ሂወት ምፍጣር፣

መ. ኣብ ውሽጢ እቲ ጉጅለ ወሊድ ንምኽልካል ዝዓለሙ ተግባራት ምፍፃም፣

ሠ. ህፃውንቲ እቲ ጉጅለ ብሓይሊ ናብ ካሊእ ጉጅለ ምዝውዋር፣” ዝሓቁፍ እዩ።

50. እዚ ትርጉም ከም ልማዳዊ ሕጊ ዓለም-ለኸ ጥራሕ እንተይኮነስ ብተወሳኺ ከም ኣገዳዲ ልማድ (ኣገዳዲ ሕጊ) ዝረአ እዩ።[64] ብተወሳኺ ኣብ ታሕቲ ተገሊፁ ከም ዘሎ፣ ገበን ፅንተት ኣብ ዓለም-ለኻዊ ሕጊ ገበን - ንኣብነት ዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ገበን ዘጣየሸ ሕጊ ሮም ዓንቀፅ 6 ከም ዝተርጎሞ፣ ብተመሳሳሊ እውን ልማዳዊ ሕጊ ዓለም-ለኸ - ነዚ ትርጉም ከም ዘለዎ እዩ ደጊምዎ።

51. ዓንቀፅ 3 ስምምዕ ፅንተት እዞም ዝስዕቡ ተግባራት ይኽልክል፡-

ሀ. ፅንተት፣

ለ. ፅንተት ንምፍፃም ዝዓለመ ሽርሒ/ምጉጅጃል፣

ሐ. ብቐጥታን ህዝባውን ፅንተት ንምፍፃም ምልዕዓል፣

መ. ፅንተት ንምፍፃም ዝግበር ፈተነ፣

ረ. ኣብ ዘርኢ-ፅንተት ምትሕብባር።

---

[63] ስምምዕ ዘርኢ-ፅንተት፣ መእተዊ። *ብተዋሳኺ ተወከስ* ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፅ 142።

[64] *ተወከስ* ንኣብነት ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፅ 161። *ብወተሳኺ ተወከስ* ዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ተዓቅቦ ንስምምዕ ምክልኻልን መቕፅዕን ገበን ፅንተት*፣ ርእይቶ ኣማኻሪ 20 ጉንበት 1943 ዓ.ም፣ ፀብፃባት ኣይ.ሲ.ጀይ፣ ገፅ 15፣ ኣብ ገፅ 23 (ክሕሰብ ዘለዎ ግልጋሎት ቃል-ኪዳን ዘርኢ-ፅንተት “ብጣዕሚ ተራ ዝኾኑ መትከላት ስነ-ምግባር ንምፅናዕን ምፅቕን እዩ”)፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር-96-4-T፣ ውሳነ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 495፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ምስ ሩታጋንዳ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-3-ቲ.፣ ውሳነ፣ 26 ሕዳር 1992 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 46፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም የጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ምስ ጀሊሲቹ*፣ ኣይ.ቲ.-95-10-ቲ.፣ ውሳነ፣ 4 ታሕሳስ 1992 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 60።

## 2. ዓለም-ለኻዊ ሕጊ ገበን

52. ዋላ እውን ኣብ ስምምዕ ፅንተት ሃገራት ዝህልወን ሓላፍነትን፣[65] ፅንተት ዘብሉ ባህርያትን እንተኣቐመጠ፣ እቲ ስምምዕ ባዕሉ ብቐጥታ ወልቀ-ሰባት ዝህልዎም ተሓታትነት ገበን ኣየቐመጠን።[66] እንተኾነ ግና ኣብ ዓንቀፅ 6 እቲ ስምምዕ ተሓጊጉ ከም ዘሎ እዙይ ኣካል ሕጊ ገበን ኮይኑ ሃገራት (ኣብ ገበን ፅንተት ዓለም-ለኻዊ ስልጣን ዳንነት ክጥቀማ ዝኽእላ) ወይ ከዓ ኣብቲ ተግባር ስልጣን ዳንነት ዘለዎም ዝኾኑ ዓለም-ለኻዊ ኣብያተ-ፍርዲ ወይ ከዓ ፍሉይ ቤት-ፍርዲ ክረአ ዝኽእል እዩ።
53. ኣብ ላዕሊ ከም ዝተገለፀ ፅንተት ተሓታትነት ሃገራት ጥራሕ እንተይኮነስ፣ ብመሰረት ኩሎም ልማዳዊ ሕጊ ዓለም-ለኸን ስምምዕነት ሕግን ብተመሳሳሊ እውን ምስ ስምምዕ ፅንተት ብዝስማዕማዕ ዝወፁ ውሽጣዊ ሕግታት ሃገራት ተሓታትነት ወልቀ-ሰባት (ገበን) ኣርእዩ እዩ።
54. ንኣብነት እዙይ ኣብ መጣየሺ ሕግታቶም ሰፊሩ እንትርከብ፣[67] ልማዳዊ ሕጊ ዓለም-ለኸ ተፈፃሚ ዝገብሩ ግዝያዊ ፍሉይ ኣብያተ-ፍርድታት ብመሰረት ስምምዕ ፅንተት ዝተቐመጠ ትርጉም ኣብ ልዕሊ ፍፃመታት ፅንተት ስልጣን ይህልዎም።[68] ኣብ ዝተጣየሸሉ ሕጊ (ሕጊ ሮም) ብዝተተርጎመ መሰረት፣ ዓለም-ለኸ ቤት-ፍርዲ ገበን (ኣይ.ሲ.ሲ) ምስ ልማዳዊ ዓለም-ለኸ ሕጊ ብጣዕሚ ብዝስማዕማዕ ቃላት ኣብ ገበን ፅንተት ስልጣን ክህልዎ ክኢሉ እዩ።[69]
55. ዋላ እኳ ዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ (ኣይ.ሲ.ጀይ.) ንስምምዕ ፅንተት ናይ መወዳእታ ፈራዲ እንተኾነ - ከምኡ እውን ሃገራት ወይ ከዓ ዓለም-ለኸ ፍሉይ ኣብያተ ፍርዲ ገበን ንናይቲ ስምምዕ ዓንቀፃት ብዝህብዎ ትርጉም ዝግደድ ኣይኹን - እዞም ኣብያተ ፍርዲ ነቲ ተመሳሳሊ ሰነድ ኣብ ምትርጓም ፍሉይ ሰብ ሞያ እዮም ተባሂሉ ስለ ዝውሰድ ስነ-ፍርዲ ዓለም-ለኸ ፍሉይ ኣብያተ ፍርድታት ብጣዕሚ ግቡእን መእመናይን ተባሂሉ ይውሰድ እዩ።
56. ስነ-ፍርዲ ዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሕን ዓለም-ለኸ ፍሉያት ኣብያተ-ፍርዲ ገበንን ብሓባር ኩሎም ኣብ ግምት ብምእታው፣ ፅንተት እንተነኣስ ነዞም ዝስዕቡ ባእታታት ካብ ዝኾነ ምኽንያታዊ ጥርጣረ ብላዕሊ ምርግጋፅ ይደሊ ተባሂሉ ክዝረብ ይኽእል እዩ፡-

---

[65] *ተወከስ* ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ (ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን)*፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፃት 171-174።

[66] ዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን መቕፅዕን ገበን ዘርኢ-ፅንተት ኣብ ዝምልክት ጉዳይ (ቦስንያን ሄርዞጎቭንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶነግሮን)*፣ ውሳነ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፅ 170። *ብተወሳኺ ተወከስ ተፈፃምነት ቃልኪዳን ምክልኻልን መቕፅዕን ገበን ዘርኢ-ፅንተት ኣብ ዝምልክት ጉዳይ* (ክሮሽያ ምስ ቦስንያ)፣ ውሳነ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ፀብፃባት ኣይ.ሲ.ጀይ. 2007 ዓ.ም፣ ገፅ 3፣ ዓንቀፅ 129።

[67] ንኣብነት ፍሉይ ኣብያተ-ፍርድታት ከም ፍሉይ ቤት ፍርዲ ኣብ ሴራ ልዮን (ኤስ.ሲ.ኤስ.ኤል.)ን ፍሉይ ቤት ምኽሪ ኮሶቮ (ከይ.ኤስ.ሲ) ኣብ ዘርኢ-ፅንተት ስልጣን ከይህልዎም ተገይሩ እዩ - መስረቲ እዞም ትካላት እዚ ገበን ተግባራቶም ምስ ዝፍፀምሉ ኩነታት ኣይምልከትን ዝበል ኣረኣእያ ስለዝነበሮም እዩ ተባሂሉ ይግመት። ብተመሳሳሊ ፍሉይ ቤት-ፍርዲ ኣብ ሊባኖስ (ኤስ.ቲ.ኤል.) ገበናዊ ስልጣኑ ሃገራዊ ሕጊ ሊባኖስ ጥራሕ መሰረት ገይሩ ንክሰርሕ ተገዲዱ እዩ፤ ሕጊ ኤስ.ቲ.ኤል.፣ ዓንቀፅ 2።

[68] *ተወከስ ንኣብነት* ሕጊ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም የጎዝላቭያ፣ ዓንቀፅ 4(2) ("ፅንተት ማለት ካብዞም ዝስዕቡ ተግበራት ሓደ ብሄር፣ ዘርኢ፣ ዓሌት ወይ ከዓ ሃይማኖታዊ ጉጅለ ጠቕሊልካ ወይከዓ ብኽፊል ንምጥፋእ ዝፍፀሙ ከም፡ (ሀ) ምቕታል ኣባላት እቲ ጉጅለ፤ (ለ) ኣብ ልዕሊ ኣባላት እቲ ጉጅለ ሓደገኛ ኣካላዊ ወይ ከዓ ስነ-ልቦናዊ መጉደእቲ ምብፃሕ፤ (ሐ) ኮነ ተባሂሉ ኣብ ልዕሊ እቲ ጉጅለ ህልውንኡ ሙሉእንሙሉእ ወይ ከዓ ብኽፋል ዘጥፍእ ኩነታት ሂወት ምፍጣር፤ (መ) ኣብ ውሽጢ እቲ ጉጅለ ወሊድ ንምኽልካል ዝዓለሙ ተግባራት ምፍፃም፤ (ሠ) ህፃውንቲ እቲ ጉጅለ ብሓይሊ ናብ ካሊእ ጉጅለ ምዝውዋር")፣ 4(3) ("እዞም ዝስዕቡ ተግባራት መቕፃዕቲ ዝግበኦም እዮም፡ (ሀ) ዘርኢ-ፅንተት፤ (ለ) ዘርኢ-ፅንተት ንምፍፃም ዝዓለመ ሽርሒ፤ (ሐ) ብቐጥታን ቅሉዕን ዘርኢ-ፅንተት ንምፍፃም ምልዕዓል፤ (መ) ፅንተት ንመፍፃም ዝግበር ሙኮራ፤ (ሠ) ኣብ ዘርኢ-ፅንተት ምትሕብባር")፤ ሕጊ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ ዓንቀፅ 2። ዋላ እውን ብዝተፈለየ ሓረግ ይገለፅ፣ ዘይስሩዕ ቤት-ምኽሪ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ-ፍርድታት ካምቦድያ (ኢ.ሲ.ሲ.ሲ.) ዘጣየሸ ሕጊ ብተመሳሳሊ ኣብ ልዕሊ ዘርኢ-ፅንተት ዝህሉ ስልጣን ብመሰረት ቃል-ኪዳን ዘርኢ-ፅንተት ዘቐመጦ ትርጉም እዩ፡ ሕጊ ዓለም-ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን፣ ዓንቀፅ 4።

[69] ሕጊ ዓለም-ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን፣ ዓንቀፅ 6። ሕጊ ሮም መሰረት ብምግባር ከም ኣብ ዓለም-ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ዝበሉ ንምኽሳስ እቲ ፈፃሚ ሰብ ዝግበሮ ተግባር ኣብ ውሽጢ ግልፂ እናተደጋገሙ ዝፍፀሙ ተመሳሳሊ ኣገባባት ብቐጥታ ነቲ ብሄር፣ ዘርኢ፣ ዓሌት ወይ ከዓ ሃይማኖታዊ ጉጅለ፣ ወይ ከዓ ናይቲ ተግባር ውፅኢት ባዕሉ ከጥፈኦ ብዝኽእል ምፍፃሙ ምኽንያታዊ ጥርጣረ ክፈጥር ካብ ዝኽእል ንልዕሊ ምርዳእ የድሊ። ይኹን ደኣ እምበር እቲ ኣገባብ ፅኑዕ ሰረት ዝሓዘ ንክኸውን ግድን ኣይኮነን - ናብ ናይ ኣይ.ሲ.ሲ. ዓንቀፅ ዝተኣታተው ናይቲ ገበን ባእታታት ፈፃሚ ተግባር ኣፈፃፅማኡ ናይ መጀመርታ ተግባር ኣብ ሓዱሽ ኣገባብ ተማሊኡ እዩ ዘብሉ ተወሰኽቲ ዝርዝራት ኣውፂኡ እዩ። እዚ ረቛሓ ብቐጥታ ካብ ስምምዕ ፅንተት ዝተወሰደ ኣይኮነን፣ ንኣይ.ሲ.ሲ. ከም ፅኑዕ ደረት ስልጣን ረቛሓ ክኸውን ዝኽእል ተባሂሉ ዝሕሰብ እዩ። ብተግባር እውን እንተኾነ ንምምላእ ክኸብድ ዝኽእል ኣይኮነን፣ ከምኡ እውን ምስ ዕላማ ስምምዕ ፅንተት ብዝስማዕማዕ ንሓደ ሓላዋ ዝተገበረሉ ጉጅለ ክበፅሖ ንዝኽእል ወይ ከዓ ዝበፅሐ ተግባር ዝከላኸል እዩ።

- ግዳይ(ያት) ኣባል(ላት) ናይ ሓደ ብሄር፣ ዘርኢ፣ ዓሌት ወይ ከዓ ሃይማኖታዊ ጉጅለ ክኸውን(ክኾኑ) ኣለዎ(ም)፤
- ፈፃሚ ካብቶም ዝተኸልከሉ ሓሙሽተ ተግባራት ፅንተት ሓደ ወይ ከዓ ካብኡ ንላዕሊ ኮነ ኢሉ ክፍፅም ኣለዎ፣ ንሳቶም እውን፦
  - ሓደ ኣባል ጉጅለ ወይ ከዓ ካብኡ ንላዕሊ ምቕታል፣
  - ኣብ ልዕሊ ሓደ ወይ ከዓ ካብኡ ንላዕሊ ኣባል እቲ ጉጅለ ሓደገኛ ኣካላዊ ወይ ከዓ ስነ-ልቦናዊ መጉዳእቲ ምብፃሕ፣
  - ኣብ ልዕሊ ሓደ ወይ ከዓ ካብኡ ንላዕሊ ኣባል እቲ ጉጅለ ኮነ ተባሂሉ ብዝተሰልሐ ህልውንኡ ዘጥፍእ ኩነታት ሂወት ምፍጣር፣
  - ኣብ ልዕሊ ሓደ ወይ ከዓ ካብኡ ንላዕሊ ኣባል እቲ ጉጅለ ወሊድ ንምኽልካል ዝዓለሙ ስጉምትታት ምፍፃም፣
  - ሓደ ወይ ከዓ ካብኡ ንላዕሊ ህፃን ናይቲ ጉጅለ ናብ ካሊእ ጉጅለ ብሓይሊ ምዝውዋር፤
- ፈፃሚ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ተግባራት ኮነ ኢሉ ሙሉእ ንሙሉእ ወይ ከዓ ብኽፋል ነቲ ብሄር፣ ዘርኢ፣ ዓሌት ወይ ከዓ ሃይማኖታዊ ጉጅለ ንምጥፋእ ዝፈፀሞ ክኸውን ይግባእ፡፡[70]

## ለ. ተጋሩ ከም "ከለላ ዝተገበረሉ ጉጅለ"

57. ዕላማን ኣድላይነትን ገበን ፅንተት - ኣብ ላዕሊ ከም ዝተገለፀ ብርግፅ ስምምዕ ፅንተት እውን ንባዕሉ - ንዝኾኑ ዓይነት ጉጅለታት ወዲሰብ ኣካላዊ ሓለዋ ብምግባር ቀፃልነቶም ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ወዲሰብ ክውሕስ ምግባር እዩ። ስለዝኾነ ኣብ ገበን ፅንተት ግዳይ/ያት ዝኾነ ሰብ ብጭቡጥ ሓለዋ ናይቲ ዝተገበረሉ ጉጅለ ኣባል ክኸውንን እቲ ሓሳብ ፅንተት እውን ምስቲ ጉጅለ ዝዛመድ ምዃኑን ምርግጋፅ ኣድላዪ ይኸውን፡፡[71]

58. ስምምዕ ፅንተት ብግልፂ ንኣርባዕተ ማእኸል ዝተገበሩ ጉጅለታት ጥራሕ ንምሕላው ይውዕል፡ ንሳቶም እውን ብሄር፣ ዘርኢ፣ ዓሌት ወይ ከዓ ሃይማኖት እዮም። ዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ደጊሙ ከም ዝረጋገፆ፣ እዞም ጉጅለታት "ፍሉያት ገለፅቲ ባህሪታት ክህልውዎም ይግባእ - ብሄራዊ፣ ዘርኣዊ፣ ዓሌታዊ ወይ ከዓ ሃይማኖታዊ" - ከምኡ እውን "ንሳቶም እንተዘይሃልዮም" ክግለፁ ዘይኽእሉ ክኾኑ ኣለዎም፡፡[72] ብኻሊእ ኣገላልፃ እቲ ጉጅለ "ፍሉይ ዝተነፀረ መንነት"[73] ክህልዎ ይግባእ።

---

[70] ዋላ እውን ዓለም-ለኸ ቤት-ፍርዲ ገበን እቲ ተፈፂሙ ዝተብሃለ ተግባር ዘርኢ-ፅንተት ዝተፈፀመሉ ዓውዲ ግልፂ እናተደጋገሙ ዝፍፀሙ ተመሳሳሊ ኣገባባት፣ ወይ ከዓ ባዕሉ ነቲ ዝተሓለወ ጉጅለ ጠቕሊሉ ወይ ከዓ ብኽፋል ዘጥፍእ ውፅኢት ንክህልዎ ምርግጋፅ ከም ዘድሊ እንተኣቐመጠ፣ ነዚ ረቑሓ ብምቕማጡ ናይዚ መሰታ ኣብ ቃል-ኪዳን ዘርኢ-ፅንተት ወይ ከዓ ልማዳዊ ሕጊ ዓለም-ለኸ ተግባራዊ ዝገብሩ ስነ-ሕጊ ዓለም-ለኸ ፍሉይ ኣብያተ-ፍርደታት ገበን ብዘይምህላዉ ፍሉይ ይገብሮ።

[71] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም የጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ምስ ቶሊምር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 182። ሓለዋ ዝተገበረሎም ጉጅለታት ብሄር፣ ዘርኢ፣ ዓሌት ወይ ከዓ ሃይማኖታዊ ጉጅለታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ተግባር ሓደ ናይ ሰባት ስብስብ ዝኾነ ጉጅለ ብሄር፣ ዘርኢ፣ ዓሌት ወይ ከዓ ሃይማኖታዊ ጉጅለ ምዃኑ ወይ ከዓ ካብቶም ረቑሓታት ኣየናይ የማልእ ዝብል ሕቶ ክኸውን ይኽእል እዩ። *ተወከስ* ዘይስሩዕ ቤት-ምኽሪ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ-ፍርድታት ካምቦድያ፣ *ኑኣን ቻይን ኪኦ ሳምፋን* (ቁፅሪ ፋይል 002/02)፣ 002/19-09-2007/ኢ.ሲ.ሲ.ሲ./ቲ.ሲ፣ ውሳነ፣ 7 ሕዳር 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 792። ("ኣብ [መ]ብዛሕቲኦም ጉዳያት [...] ሓደ ፍሉይ ጉጅለ ሓለዋ ተገይርሉ ምንባሩ ኣብ ዕላማን ኣድላይነትን ቃል-ኪዳን ዘርኢ-ፅንተት ትኹረት ብምግባርን ከምኡ እውን ሕድሕድ ጉዳይ ብምፍታሽን እዩ። ብዛዕባ ሓለዋ ዝተገበረሉ ጉጅለ ብሓፈሻ ተቐባልነት ዘለዎን ትኽክለኛን ትርጓመ ኣብ ዘይብሉ፣ [...] '[ሕ]ድሕድ እዘም ክልሰ-ሓሳባት ምስ ሓደ ፍሉይ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን ዓውድታት መሰረት ብምግባር ይምዘኑ'፡፡ [...] እዙይ ምስ ዕላማን ኣድላይነትን ቃል-ኪዳን ፅንተት ዝጠዓዓም እዩ")፡፡

[72] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፃት 193-97።

[73] ዘይስሩዕ ቤት-ምኽሪ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ-ፍርድታት ካምቦድያ፣ *ኑኣን ቻይን ኪኦ ሳምፋን* (ቁፅሪ ፋይል 002/02)፣ 002/19-09-2007/ኢ.ሲ.ሲ.ሲ./ቲ.ሲ፣ ውሳነ፣ 7 ሕዳር 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 793።

59. ሓደ ጉጅለ ብሄራዊ፣ ዘርኣዊ፣ ዓሌታዊ ወይ ከዓ ሃይማኖታዊ ጉጅለ ዘማልእ ምኳኑ ዝግበር ገምጋም - ካብቶም መግለፂ ባህሪታት እውን መኒኦም ብጣዕሚ ግቡኣት ምኳኖም - ኣብ ናይ ሕድሕድ ጉዳይ ጥረ ሓቅታት ብምድራኽ ክካየድ ይግባእ።[74] ኣብዚ ትንተና እዙይ ብፍሉይ ኣብ ግምት ክኣትዉ ዘለዎም ነገራት እኳ ኣድለይቲ ክኾኑ ዝኽእሉ እንተኾኑ፣ ንሳቶም ርእሶም ክኢሎም እኹላት ኣይኮኑን - ምስ ኣድላይነት ስምምዕ ፅንተት ንኣንፃራዊ ዝተረጋገፀን ቀዋምን ጉጅለታት ንምሕላው ብዝጠዓዓም ሚዛናዊ ወድዓዊ ባህሪያት ምፍላይ የድሊ።[75]

60. ኢትዮጵያ ዝመሰረቶም ተጋሩ ብሔራዊ ጉጅለ እንትኾኑ ኣብ ውሽጢ ትርጉም ስምምዕ ፅንተት ዓንቀፅ 2ን[76] ልማዳዊ ዓለም-ለኸ ሕግን "ሓለዋ ዝተገበረሉ ጉጅለ" ዘማልኡ እዮም። ተጋሩ ዓርሰ-መግለፂኦም ከም ብሔራዊ ጉጅለ ጥራሕ እንተይኮነስ[77] ብሔራዊ ጉጅለ ከማልኦ ዝግባእ ትርጉም ጭቡጥ ረቒሓ ዘማልኡ እዮም።[78] ክስትውዓል ዝግበኦ ንኣብነት "ተጋሩ ማሕበረሰብ ወህድ ኣይኮነን"[79] ነገር ግና ኣባላቱ ሓበራዊ ቋንቋ (ትግርኛ)ን ባህሊ (ኣካላዊ ፀበያት ሓዊሱ ከም "ክልተ መስመር ጥባሓት ኣብ ጥቓ ዓይኒ፣ መብዛሕቲኡ እዋን ኣብ መትልሕ")ን ይካፈሉ።[80] ብተወሳኺ ዘርኢ ተጋሩ ኣብ ብሄራዊ መለለዪ መንነት ወረቐት[81] ንዓታቶም ጥራሕ ዝቐርቡ ሓደ ሓደ ረብሓታት ንምውሓስ ብዝብል ምኽንያት ተገሊፁ እዩ፡[82] ንሕገ-መንግስቲ 1987 ዓ.ም ክበሃል ምጥራር ወሰን ክልላት፣ ትግራይ ሓዊሱ፣ እውን እንተኾነ ብዓብዪኡ ብሄራዊ መስመር መሰረት ብምግባር ዝገበረ ኮይኑ 'ዘርኢ መሰረት ዝተገበረ ፌደራሊዝም' ኣስዒቡ እዩ።[83]

## ሐ. ፅማቕ መደምደምታት

61. በዞም ኣብ ታሕቲ ብዕምቆት ተገሊፆም ዘለዉ ምኽንያታት፣ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ኩሎም ዘርኢ-ፅንተት ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ከም

---

[74] ዘይስሩዕ ቤት-ምኽሪ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ-ፍርድታት ካምቦድያ፣ *ኑኣን ቻይን ኪኦ ሳምፋን* (ቁፅሪ ፋይል 002/02)፣ 002/19-09-2007/ኢ.ሲ.ሲ.ሲ./ቲ.ሲ፣ ውሳነ፣ 7 ሕዳር 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 792። (እንኮላይ ስነ-ሕጊ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳን ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም የጎዝላቭያን ብምጥቃስ)።

[75] ዘይስሩዕ ቤት-ምኽሪ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ-ፍርድታት ካምቦድያ፣ *ኑኣን ቻይን ኪኦ ሳምፋን* (ቁፅሪ ፋይል 002/02)፣ 002/19-09-2007/ኢ.ሲ.ሲ.ሲ./ቲ.ሲ፣ ውሳነ፣ 7 ሕዳር 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 795 (እንኮላይ ስነ-ሕጊ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳን ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም የጎዝላቭያን ብምጥቃስ)።

[76] ኣብ ጉዳይ *ጋምብያ ምስ ምያንማር*፣ ዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ኣብ ትሕቲ ስምምዕ ዘርኢ-ፅንተት ዓርሰ-መንነት መሰረት ብምግባር ንግዝያዊ ስጉምትታት ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ እዩ፤ *ተወከስ ተፈፃምነት ቃል-ኪዳን ምክልኻልን መቕፅዕን ገበን ዘርኢ-ፅንተት (ጋምብያ ምስ ምያንማር)* (2012 ዓ.ም)፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. (ግዝያዊ ስጉምትታት፣ ትእዛዝ 12 ጥሪ 2013 ዓ.ም)፣ ዓንቀፃት 14-15 ("ሙስሊም ሮሂንግያ ዓርሰ-መግለፂኦም ዝተፈለየ ዘርኣዊ ጉጅለ ናይ ዓርሶም ቋንቋን ባህልን ከም ዘለዎም ኮይኑ፣ ከምኡ እውን ምስ ግዝኣት ራክሂን ንነዊሕ እዋን ዝተኣሳሰር ርክብ ከም ዘለዎም ኣፍልጦ ዝህቡ እዮም")፤ ትኹረት ይወሰኽ። "ኣብዚ ትእዛዝ ን'ሮሂንግያ' ናይቲ ቤት ፍርዲ መጣቐሲታት ተገይሩ ክውሰድ ዘለዎ ከም ጉጅለ ዝውሰዱ መጣቐሲታት ዓርሰ-መግለፂኡ ሮሂንግያ ጉጅለ ኮይኑ ምስ ግዝኣት ራክሂን ነዊሕ ዝፀንሐ ምትእስሳር ኣሎ ዝብል እዩ፣ በዚ ኣቢሉ እውን ኣካል ሓድነት ምያንማር ይኸውን")።

[77] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" ( 9 መስከረም 2015 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./51/46፣ ዓንቀፅ 11፤ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወፃኢ ኔዘርላንድስ፣ ክፍሊ ሓበሬታ ብዛዕባ መበቆል ሃገራት ዳይሬክቶሬት ትሕቲ-ሰሃራዊ ኣፍሪካ፣ *ኣርእስቲ ፀብፃብ ሓበሬታ መበቆል ሃገር ኣብ ትግራይ 2013 ዓ.ም*፣ (ነሓሰ 2013 ዓ.ም)፣ ገፅ 45።

[78] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር-96-4-T፣ ውሳነ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 513 ("ዘርኣዊ ጉጅለ ብሓፈሻ ኣባላቱ ሓበራዊ ቋንቋን ባህልን ዝካፈሉ ጉጅለ እዩ ተባሂሉ ክትርጎም ይኽእል እዩ")::

[79] ሚኒስትሪ ጉዳያት ወፃኢ ኔዘርላንድስ፣ ክፍሊ ሓበሬታ ብዛዕባ መበቆል ሃገራት ዳይሬክቶሬት ትሕቲ-ሰሃራዊ ኣፍሪካ፣ *ኣርእስቲ ፀብፃብ ሓበሬታ መበቆል ሃገር ኣብ ትግራይ 2013 ዓ.ም*፣ (ነሓሰ 2013 ዓ.ም)፣ ገፅ 43።

[80] ሚኒስትሪ ጉዳያት ወፃኢ ኔዘርላንድስ፣ ክፍሊ ሓበሬታ ብዛዕባ መበቆል ሃገራት ዳይሬክቶሬት ትሕቲ-ሰሃራዊ ኣፍሪካ፣ *ኣርእስቲ ፀብፃብ ሓበሬታ መበቆል ሃገር ኣብ ትግራይ 2013 ዓ.ም*፣ (ነሓሰ 2013 ዓ.ም)፣ ገፅ 45። ተጋሩ ከም ብሄር፣ ዓሌት ወይ ከዓ ሃይማታዊ ጉጅለ ምግላፅ ግቡእ መሲሉ ኣይረአን። ክስተውዓል ዝግበኦ ክርስትያንን ሙስሊምን እምነት ተጋሩ ኣለዉ፣ ከምኡ እውን ሙስሊም ተጋሩ "ከም ዝተፈለየ ዘርኣዊ ጉጅለ ኣይረኣዩን"፤ *ተወከስ* ሚኒስትሪ ጉዳያት ወፃኢ ኔዘርላንድስ፣ ክፍሊ ሓበሬታ ብዛዕባ መበቆል ሃገራት ዳይሬክቶሬት ትሕቲ-ሰሃራዊ ኣፍሪካ፣ *ኣርእስቲ ፀብፃብ ሓበሬታ መበቆል ሃገር ኣብ ትግራይ 2013 ዓ.ም*፣ (ነሓሰ 2013 ዓ.ም)፣ ገፅ 43። ኩሎም ሙስሊምን ክርስትያንን ተጋሩ ዕላማ ከም ዝተገበሩን ዝተቐተሉን ተፀብፂቡ እዩ፤ *ተወከስ* ጎይትኦም መኮነን ገብረዋህድ፣ *ንምት ዝተሓረየ፡ ፅንተት ትግራይ፣ ዛንታ ውፃእ መዓት* (2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 8።

[81] ሚኒስትሪ ጉዳያት ወፃኢ ኔዘርላንድስ፣ ክፍሊ ሓበሬታ ብዛዕባ መበቆል ሃገራት ዳይሬክቶሬት ትሕቲ-ሰሃራዊ ኣፍሪካ፣ *ኣርእስቲ ፀብፃብ ሓበሬታ መበቆል ሃገር ኣብ ትግራይ 2013 ዓ.ም*፣ (ነሓሰ 2013 ዓ.ም)፣ ገፅ 43።

[82] ዘካርያስ ፋሲል፣ *ፀብፃብ ዜግነት፡ ኢትዮጵያ* (ኢንስቲትዩት ዩኒቨርስቲ ኣውሮጳ፣ 2013 ዓ.ም)፣ ገፅ 23፣ ናይ ታሕቲ መሐበሪ 70።

[83] ክርስቶፍ ቫን ዴር ቤከን፣ "ኢትዮጵያ፡ ሕገ መንግስታዊ ከለላ ውሑዳት ብሔራት ኣብ ብርኪ ክልል"፣ (1999 ዓ.ም)፣ 20 *ኣፍሪካ ፎከስ* 105፣ ገፃት 107-108።

ዝፈፀሙ ዘረድእ ምኽንያታዊ መሰረት ኣሎ ተባሂሉ ይእመን። እዙይ ማለት ግና እዚ ኩነት ንኽጋጥም ስሩዕ ትልሚ ነይሩ ወይ ከዓ ላዕለዎት መኮነናት ኣብዚ ተግባር ተሳቲፎም ንምባል ኣይከኣልን።

62. እንተነኣሰ ሓደ ሓደ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ወይ ከዓ ምስ ፌደራል መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተኣሳሰሩ ሲቪል ሰበ-ስልጣን ብተመሳሳሊ ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ወይ ከዓ ምስ ምሊሻ ወይ ከዓ ክልላዊ መንግስቲ ኣምሓራ ዝተኣሳሰሩ ሲቪል ሰበ-ስልጣን ከምኡ እውን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንተጋሩ ከም ብሄራዊ ጉጅለ ጠቕሊልካ ወይ ከዓ ብኽፋል ኮነ ኢሎም ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ከም ዝነበሮም ዘርእዩ ምኽንያታዊ መሰረታት ኣለው ተባሂሉ ይእመን።

63. ምስ እዚ ሓሳብ እዞም ውልቀ-ሰባት ተግባራት ገበን ፅንተት ዝበሃሉ እንተነኣሰ ንኣርባዕተ፡ ቅትለት ተጋሩ፣ ሓደገኛ ኣካላዊ ወይ ከዓ ስነ-ልቦናዊ መጉደእቲ ብምብፃሕ፣ ኮነ ተባሂሉ ዝተሰልሐ ህልውና ተጋሩ ዘጥፍእ ኩነታት ሂወት ብምፍጣርን ተጋሩ ንኸይወለዱ ዝኽልክሉ ተግባራትን ብምፍፃም ዝሕተትሉ ምኽንያታዊ መሰረታት ከም ዘለዉ ይእመን።

64. ተጋሩ ንምጥፋእ ኮነ ተባሂሉ ብዝተሰልሐ ዝተፈጠረ ኩነታት ሂወት ብዝምልከት ብኽልተ ዋና መንገድታት ከም ዝተፈፀመ ዘእምኑ ምኽንያታዊ መሰረታት ኣለዉ። ንህዝቢ ትግራይ ምግቢ ብምኽልካል ዓፀቦ ከጋጥም ብምግባርን፣ ኮነ ኢልካ ስርዓት ሓለዋ ጥዕና ክዓኑ ብምግባርን እዮም። ኣብ ትግራይ ምስ ዝነበረ ህልው ኩነታት እዞም ንሂወት ዘድልዩ መሰረታዊ ነገራት ንንውሕ ዝበለ እዋን ምኽልካል ንሰላማዊ ህዝቢ ንመሪር ሓደጋ ምቅላዕ ጥራሕ እንተይኮነስ ብጮቡጥ ሰፊሕ ጉድኣትን ሞትን ኣብፂሑ እዩ።

## መ. ተጋሩ ብምኳኖም ጠቕሊልካ ወይ ከዓ ብኽፋል ናይ ምጥፋእ ፍሉይ ሓሳብ

65. ፅንተት ንምርግጋፅ እቶም ኣድለይቲ ተግባራት ፅንተት ንምፍፃም ተሓሲቡ ዝተፈፀሙ ምኳኖም ምርኣይ ኣድላይ እዩ። ብፍላይ እዚ ተፈፃሚ ዝበሃል ዝተኽልከለ ተግባር ኮነ ተባሂሉ ምፍፃሙ ምርግጋፅ ጥራሕ እንተይኮነስ ነቲ ሓለዋ ዝተገበረሉ ጉጅለ ጠቕሊልካ ወይ ከዓ ብኽፋል ንምጥፋእ ዝተሓሰበ ምኳኑ ምርግጋፅ ኣድላይ እዩ።[84] እዚ ፍሉይ ሓሳብ ብጣዕሚ ወሳኒ እዩ፣[85] ኮይኑ ምስ ምስ መንነት እቲ ጉጅለ[86] ክራኸብ ኣለዎ። ብኻሊእ ኣገላልፃ እቲ ፈፃሚ ዝተወሰኑ መግለፂታት ምስቲ ንኽጥፍኦ ዝተመነየሉ ዕላማ ዝተገበረ ጉጅለ ብጮቡጥ መግለፂ[87] ከተሓሕዝ ዝግባእ ኮይኑ እዞም መግለፂታት እውን ሙሉእ ንሙሉእ ባዕላዊ እንተይኮኑስ ወድዓዊ መሰረት ክህልዎም ይግባእ።[88] እዙይ ፅንተት ብፍሉይ ከቢድ ገበን ክኸውን

---

[84] *ተወከስ ንኣብንት* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም የጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲቾ፣* ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ፣ ውሳነ፣ 11 ሚያዝያ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 20፤ ዘይስሩዕ ቤት-ምኽሪ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ-ፍርድታት ካምቦድያ፣ *ኑኣን ቻይን ኪኦ ሳምፋን(*ቁፅሪ ፋይል 002/02)፣ 002/19-09-2007/ኢ.ሲ.ሲ.ሲ./ቲ.ሲ፣ ውሳነ፣ 7 ሕዳር 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 797፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም የጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራዲዚቾ፣* ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 549።

[85] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ (ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን)*፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፅ 188 ("ንፅሩነት ኮነ ተባሂሉ ዝተፈፀመ ምኳኑን ከምኡ እውን ፍሉያት ረቑሓታቱን" ተጠቒሱ እዩ)።

[86] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ስታኪቾ፣* ኣይ.ቲ.-97-24-ቲ፣ ውሳነ፣ 22 መጋቢት 1998 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 20 ("ብምኳኑ" ዝብል ቃል እቲ ገበን [ፅንተት] ስብስብ ሰባት ዝኾነ ፍሉይ መንነት ጉጅለ ዘለዎ ንምጥፋእ ኮነ ተባሂሉ ዝተሰለሐ ምኳኑ ትኹረት ሂቡ እዩ)። *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ምላዲቾ፣* ኣይ.ቲ.-09-92-ቲ.፣ ውሳነ፣ 13 ሕዳር 2010 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 3436።

[87] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም የጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ስታኪቾ፣* ኣይ.ቲ.-97-24-ቲ፣ ውሳነ፣ 22 መጋቢት 1998 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 21-22 ("ፅንተት ካብ መፈለምትኡ [...] ፍሉይ ንፁር መንነት ንዘለዎ ጉጅለ ምጥፋእ ዝምልከት እምበር - ፍሉይ መንንት ዘይብሎም ዝተፈላለዩ ሰባት ምጥፋእ ኣይኮነን [...] ምኽንያቱ ፍሉይ ዝተነፀረ መንነት ዘይብሎም ጉጅለታት ፍሉይ መግለፂ ስለዘይብሎም፣ ጉጅለታት ንፁር ብዘይኮነ ምጥቃስ ድማ መርቀቕቲ ቃል-ኪዳን ዘርኢ-ፅንተት ካብ ዝሓሰብዎ ብተፃራሪ ዝኸይድ እዩ")። ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም የጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ምላዲቾ፣* ኣይ.ቲ.-09-92-ቲ.፣ ውሳነ፣ 13 ሕዳር 2010 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 3436።

[88] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ (ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን)*፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 193-196።

ዝገብሮ እንትኸውን ካብ ካልኦት ከበድቲ ገበናት ንኣብነት ካብ ከም ምስቓይ ዝኣመሰሉ ፀረ ወዲ-ሰብ ዝኾኑ ገበናት ይፍለ እዩ።[89]

66. ክፍለጥ ዝግባእ ብመፅናዕቲ ኣብ ዝተረኸበ "ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ፋኖን ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮን ኣዋልድን ተጋሩ ሰፊሕ ተግባራት ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ፈፂሞም እዮም፣" መብዝሕቲኡ እውን ተጋሩ ደቂ-ኣንስትዮን ኣዋልድን ኮነ ተባሂሉ ንኸይወልዳ፣ እዞም ፈፀምቲ "ዘርኢ ተጋሩ ንምጥፋእ ዝዓለሙ ምዃኖም ዘመላኽቱ ሰብኣውነት ዝቕንጥጡ ቃላት ይጥቀሙ"[90] ምንባሮም ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ኣረጋጊፁ እዩ። ብኻሊእ ኣጋላልፃ እዙይ ተኽእሎ ሓሳብ ዘርኢ-ፅንተት ዘመላኽት እዩ።

67. ዋላ እውን ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ብናይ ሓባር ጥምረት ከም ዝዘመቱ ዘርእዩ ወሰንቲ መርትዖታት እንተሃለዉ፣ ኣብዚ ብርኪ እዚ እዞም ሰለስተ ሰፋሕቲ ጉጅለታት ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ፈፂመምዎ ንዝበሃል ገበን ንዝህሉ ተሓታትነት ኣብ ትሕቲ ሓባራዊ ትእዛዝ ነይሩ ኢልካ ምሕሳብ ዝከኣል ኣይኮነን።[91] ስለዝኾነ ንሕድሕድ ሰለስቲኦም ጉጅለ ዝምልክት ኮነ ኢልካ ናይ ምፍፃም ሓሳብ ዘርኢ መርትዖ ምሕሳብ ከድሊ ኮይኑ እዚኣቶም እውን፡ ብሄራዊ ሰብመዚ ኢትዮጵያን ብሄራዊ መከላኺሊ ሃገር ኢትዮጵያን (ኣብ ትሕቲ ትእዛዝ ፌደራል መንግስቲ ተግባሮም ዝፍፅሙ እንትኾኑ)፣ ክልላዊ ምሕደራ ኣምሓራ፣ ዝኾነ ርክብ ዘለዎ ምሊሻ (ንኣብነት ፋኖ) ሓዋሱ ዕጡቓት ሓይልታት ክልል ኣምሓራን፣ ሓይልታት ኤርትራን (ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ) እዮም።[92] ዋላ እውን ፍሉይ ሓይሊ ዓፋር ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ተሳተፍቲ እንተነበሩ፣ ናይዚ ፀብፃብ ትኹረት ኣይነበሩን፣ ኣባላቱ ኮነ ኢሎም ንምፍፃም ሓሳብ ዝነበሮም ምዃኑ ንምውሳን እውን መደምደምታ ኣይተበፅሑን።

---

[89] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፃት 187። *ንተወሳኺ ተወከስ*ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 551፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ብርዳኒን*፣ ኣይ.ቲ.99-36-ቲ.፣ ውሳነ፣ 26 ነሓሰ 1997 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 699፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲች*፣ ኣይ.ቲ.-98-33-ቲ.፣ ውሳነ፣ 26 ሓምለ 1993 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 553፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ጀኒ ኩፕሪስኪች፡ ካልኦት*፣ ኣይ.ቲ.-95-16-ቲ.፣ ውሳነ፣ 6 ጥሪ 1993 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 636፤ ዘይስሩዕ ቤት-ምኽሪ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ-ፍርድታት ካምቦድያ፣ *ኑኣን ቻይን ኪኦ ሳምፋን*(ቁፅሪ ፋይል 002/02)፣ 002/19-09-2007/ኢ.ሲ.ሲ.ሲ/ቲ.ሲ፣ ውሳነ፣ 7 ሕዳር 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 798 ("ትኽክለኛ ትርጉም ናይቲ ቃል 'ብምዃኖም' ግዳይ [እቲ] ገበን ፅንተት እቲ ውልቀ ሰብ ጥራሕ እንተይኮነስ ባዕሉ እቲ ጉጅለ ኣብ ዝብል የተኩር")።

[90]. ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" ( 9 መስከረም 2015 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./51/46፣ ዓንቀፃት 62፣ 70 (ትኹረት ይወሰኽ)። *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 146 ("ሓዳ ሓደ ዘረባታት እቶም ፈፀምቲ ከም ዘመላኽትዎ ህዝቢ ትግራይ ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ከምዝነበሮም ንምርኣይ ዘኽእሉ እዮም")፣ ዓንቀፅ 482 (ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብሞያታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ "ከም ዝተገንዘቦ ብዙሓት ፍልፍላት ከም ዘርእይዎ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብ ክልል ትግራይ ዘጋጠሙ ቅትለት በቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ጥሕሰታት ዝሰዓቡ ቀጥታዊ ዘይኮኑ ቅትለታት ሓዊሱብ ኣልማማ ናብ ገበን ምጥፋእ ወዲ ሰብን/ወይ ከዓ ዘርኢ-ፅንተት [ነገር ግና] [ብሰንኪ ኣብ ልዕሊ ስርሑ ዘጋጠመ ሕፅረት ግዘን ሃፍትን] ኣብ ትሕቲ ናይ ባዕሉ ምኽንያታዊ ባይታ እቶም መለክዕታትን ርኽበታትን ንምእማን ከምዚ ኢሉ ክውስን ብዘይምኽኣሉ ሙሉእ ሓቅታትን ሕጋዊ ኣንፈታትን ንምውሳን ተወሳኺ ምርመራ ዝጠልብ እዩ::")

[91] *ተወከስ*ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 90 ((ዋላ እውን ሓበራዊ ወፍሪ ምንባሩ ዘርእዩ መረዳእታት እንተሃለዉ ነቲ ዝተፈፀመ ንምብፃሕ ዝዓለመ ወግዓዊ ስምምእነት ምንባሩ ግና ተወሳኺ ምርመራ ዝሓትት እዩ)። *ብተወሳኺ ተወከስ* ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 31 (መወከስታት ተገዲፎም) እዮም (ሓደ ሓደ ጉጅለታት ንኣብነት ከም ፋኖ ዝበሉ "ፌደራልን ክልላውን ሰብ-መዝታታት ዝተዓገስዎ ዝመስል" "ንዘርኣዊ ጉጅለታት ንፆታዊ ዓመፅን ካልኦት ሰብኣዊ ግፍዕን ዕላማ ናይ ምግባር ታሪኽ" ኣለዎ)።

[92] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 31 ("መከላኸሊ ሃገር ኤርትራን ክልላዊ ሓይልታትን ምስኣቶም ዝተቐናጀው ምልሻታትን ኣብ ትሒቲ ብሄራዊ መከላኺሊ ሃገር ኢትዮጵያ ይእዘዙ ምንባሮም ወይ ከዓ ካብኡ መምርሒ ይወስዱ ምንባሮም ግልፂ ዝገብረ ሓሬታ የለን" እንተኾነ ግና" [...] እቶም ሓይልታት ወፍሮም ባዕልቶም ይመርሑ እንተነበሩ እውን ኣብ ጎኒ ወታሃድራት ኢትዮጵያ ኮይኖም ብሓባር ከም ዝፈፀሙ" ዘረድእ መረዳእታ ከም ዘሎ ደምዲሙ እዩ)።

68. ኮነ ተባሂሉ ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ምንባሩ ብኣገደስቲ ኩነታት፣ ንኣብነት ከም ትልምን ምውህሃድን ተግባራት፣ ኣፈፃፀማ ካልኦት ተግባራት ጥፍኣትን ኣገባብ ዝተኸልከሉ ተግባራትን ብተወሳኺ እውን ብቐጥታ ብፖሊሲታት፣ መግለፂታትን ዘረባታትን ምርዳእ ይከኣል እዩ።
69. ሓደ ሓሳብ ናብ ፅንተት ከምርሕ ይኽእል ዶ ኢልካ ኣብ ዝካየድ ዳህሳስ፣ ኣብ ኣእምሮና ሰለስተ ግምታት ክንትሕዝ ይግባእ፦
    - ፍሉይ ሓሳብ ካብ ውልቃዊ ድፍኢት ክፍለ ኣለዎ፣[93] ንኣብነት መሰረት ፅንተት ዝኾኑ ተግባራት ንምፍፃም ዝሀሉ ውልቃዊ ድፍኢት (ንኣብነት ከም ሕነ ምፍዳይ፣ ወይ ከዓ ምስጓም ዝተወሰኑ ዕላማታት ፖሊሲ) ነቲ ከለላ ዝተገበረሉ ጉጅለ ንምጥፋእ ዝሀሉ ፍሉይ ሓሳብ ዝዓግት ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ብማዕረ፣ ከለላ ንዝተገበረሉ ጉጅለ ንምጥፋእ ዝተዛመደ መሲሉ ዝረአ ድፍኢት ፈፃሚ(ምቲ) ነቲ ሓለዋ ዝተገበረሉ ጉጅለ ናይ ምጥፋእ ጭቡጥ ሓሳብ ዝሓዙ ምዃኖም ናይ ምርዳእ ኣድላይነት ከቕረ ኣይኽእልን።[94]
    - ፍሉይ ሓሳብ ፅንተት ሓደ ቦታ ወይ ከዓ ከባቢ "ካብ ዘርኢ ንምፅራይ" ካብ ዝህልው ሓሳብ ክፍለ ኣለዎ - ብፍላይ ሓደ ጉጅለ ካብ ቦትኡ ክዕግዝ ምግባር ወይ ከዓ መሬቱ ምሕዳግ ዝህሉ ድልየት ኩሉ ግዘ ፅንተት ክኸውን ግድን ኣይኮነን።[95] ብተመሳሳሊ "[...] እቲ ፈፃሚ መግለላይ ሓሰብ ስለ ዘለዎ [...] ኣባላት እቲ ጉጅለ ናይቲ ጉጅለ ኣባል ብምዃኖም ዕላማ ተገይሮም ንምባል እኹል ኣይኮነን። ካብዚ ዝዛየደ ዝኾነ ነገር የድሊ። እቶም [ተግባራት መሰረት ፅንተት] ኮነ ተባሂሉ ነቲ ጉጅለ *ንምጥፋእ* ክፍፀሙ ይግባእ።"[96] እዙይ ማለት ግና ተግባራት ምግላል ወይ ከዓ ዘርኢ ምፅራይ ምስ ሓሳብ ፅንተት ክገጣጠም ኣይኽእልን ንምባል ኣይኮነን፣ እንተኾነ ግና እዙይ ጥራሕ ብቑሊሉ ክውሰድ ኣይኽእልን። እንተኾነ ግና ተግባር ፈፃማይ ባዕሉ ብቐጥታ ነቲ ዝተሃቀነሉ ከጥፍእ ኣለዎ ወይ ከዓ ንዑኡ ንምፍፃም ውፅኢታዊ ወይ እውን ውፅኢት ዘምፅእ ክኸውን ኣለዎ ንምባል ኣይኮነን (ሓደ ካብቶም ሓሙሽተ መሰረታዊ ተግባራት እንተኾይኑ)።[97]
    - እቲ ፍሉይ ሓሳብ ነቲ ጉጅለ *ኣካላዊ ወይ ከዓ ስነ-ሂወታዊ* ጥፍኣት ንምብፃሕ ክብርኽ ኣለዎ እምበር "እቲ ጉጅለ ናይ ባዕሉ ፍሉይ መንነት ብምሃብ ካብቲ ዝተረፈ ማሕበሰረሰብ ዝፈልዩ ባህላዊ ወይ

---

[93] ተወከስ ንኣብነት ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ሲምባ ምስ ከሳሲ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር-01-76-ኤ.፣ ውሳነ፣ 17 ሕዳር 2000 ዓ.ዓ፣ ዓንቀፃት 89፣ 269፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ስታኪቾ*፣ ኣይ.ቲ.-97-24-ቲ፣ ውሳነ፣ 22 መጋቢት 1998 ዓ.ም፣ዓንቀፅ 45፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም የጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ጀሊሲቾ*፣ ኣይ.ቲ.-95-10-ኤ፣ ውሳነ፣ 28 ሰነ 1993 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 49፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚቾ*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 54።

[94] *ብተወሳኺ ተወከስ*ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፅ 189 ("ፍሉይ ትኹረት እቲ ፈፃማይ ካብ ዝሓዞም ካልኦት ምኽንያታት ወይ ከዓ ድፍኢት ክፍለ ኣለዎ። ነቲ ሓሳብ ብግልፂ ዘንፀባርቑ ሓቅታት ንምርካብ ልዑል ጥንቃቐ ክውሰድ ኣለዎ")።

[95] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፅ 190 ("ሓደ ከባቢ 'ውህድ ዘርኢ' ንምግባር ከም ፖሊሲ ዝህሉ ሓሳብ ወይ ካዓ ነዚ ፖሊሲ ንምፍፃምም ዝውሰዱ ወፍሪታት ፅንተት ክበሃሉ ኣይኽእሉን፤ መግለፂ ፅንተት ዝኾነ ሓሳብ ሓደ ፍሉይ ጉጅለ 'ጠቕሊልካ ወይ ከዓ ብኽፋል ምጥፋእ' ኮይኑ፣ ዋላ እውን ብሓይሊ ይፈፀም ንኣባላት እቲ ጉጅለ ምግዓዝ ወይ ከዓ ምፍንቓል ምስ ምጥፋእ እቲ ጉጅለ ማዕረ ክኸውን ግድን ኣይኮነን"፤ ትኹረት ይገበረሉ)፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 231፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ብላጎየቪችን ዮኪቾን*፣ ኣይ.ቲ.-02-60-ኤ.፣ ውሳነ፣ 1 ጉንበት 1999 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 123፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲቾ*፣ ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ፣ ውሳነ፣ 11 ሚያዝያ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 33፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ቲ.፣ ውሳነ፣ 2 ታሕሳስ 2004 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 739፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ እኒ ፖፖቪቾ*፣ ኣይ.ቲ.-05-88-ቲ.፣ ውሳነ፣ 25 ጉንበት 2002 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 813፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ስታኪቾ*፣ ኣይ.ቲ.-97-24-ቲ.፣ ውሳነ፣ 24 ሓምለ 1995 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 519።

[96] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፅ 187 (ትኹረት ዝተወሰኸ)።

[97] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲቾ*፣ ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ፣ ውሳነ፣ 11 ሚያዝያ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 33፤ ዓንቀፃት 28-32።

ከዓ ማሕበረሰባዊ መግለፂታት […]" ጥራሕ ንምጥፋእ ዝዓለመ ክኸውን የብሉን።[98] እዙይ "ብቐጥታ" ኣካላዊ ወይ ከዓ ስነ-ሂወታዊ ጥፍኣት ንዘየብፅሑ ከም ምኽልካል ወሊድ ዕላማ ዘለዎም ስጉምትታት ምውሳድ ወይ ከዓ ብሓይሊ ካብቲ ጉጅለ ህፃናት ናብ ካሊእ ጉጅለ ምትሕልላፍ ዝመሰሉ መሰረት ፅንተት ተፈፃሚ ይኸውን።[99] ሐዚ እውን እዞም ተግባራት ኮነ ተባሂሉ ኣካላዊ ወይ ከዓ ስነ-ሂወታት ምጥፋእ ከሰኽዕ ብዝኽእል ክፍፀሙ ይግባእ - ዋላ እውን እዙይ ሞት ኩሎም ኣባላት እቲ ጉጅለ ከስዕብ ኣለዎ ተባሂሉ ክፅዋዕ ግድን ኣይኹን ከምኡ እውን እቲ ጉጅለ ብኻሊእ መንገድታት መሊሱ ባዕሉ ንኽጣየሽ ዝኽልክሉ ኩነታት ክሓቁፍ ይኽእል እዩ።[100]

70. እቲ ፈፃሚ ነቲ ሓለዋ ዝተገበረሉ ጉጅለ ጠቕሊሉ ንኽጥፍእ ክሓስብ ግድን ኣይኮነን። የግዳስ ናይቲ ጉጅለ *ክፋል* ዕላማ እንተተገይሮም እኹል እዩ (ንኣብነት "ኣብ ውሱን ከባቢ")፣[101] እዙይ እውን "ኣገዳሲ ክፋል"[102] እንተኾይኑ - ወይ ካዓ፣ ብኻሊእ ኣባህላ፣ ጥፍኣቱ "ኣብ ልዕሊ እቲ ጉጅለ ብሓፈሻ ወሰናይ እኹል ፅልዋ እንተሃልይዎ።"[103] ከምዚ ዝበለ ዳህሳስ ኣዐርዩ ኣብ ጭቡጥ ሓቂ ዝተደረኸ እዩ።[104] በዞም ናይዚ ጉዳይ ሓቅታት መሰረት፣ ነቲ ተፈፂሙ ዝተብሃለ ሓሳብ ፅንትት እቲ መረዳእታ ክድግፍ ክሳዕ ዝኽኣለ ዋላ እውን ብጠቕላላ ነቲ ጉጅለ ኣይኹን ንኣብዛሓ ክፋል ተጋሩ ናይ ምዝማድ ዕድል ይህልዎ። ክፍለጥ ዝግበኦ ተጋሩ ዕላማ ዝተገበሩ ኣብ ትግራይ ጥራሕ እንተይኮነስ ኣብ ካልኦት ኮባቢታት ኢትዮጵያ እውን እዩ - ከም ኣዲስ ኣባባን ክልል ዓፋርን። እንተኾነ ግና ዝኾነ ሓሳብ ዘርኢ-ፅንተት ኣብ ውሽጢ ክልል ትግራይ ንዝርከቡ

---

[98] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲቹ፣* ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ፣ ውሳነ፣ 11 ሚያዝያ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 25። *ብተወሳኺ ተወከስ ንኣብነት* ዘይስሩዕ ቤት-ምኽሪ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ-ፍርድታት ካምቦድያ፣ *ኑኣን ቻይን ኪኦ ሳምፋን* (ቁፅሪ ፋይል 002/02)፣ 002/19-09-2007/ኢ.ሲ.ሲ.ሲ./ቲ.ሲ፣ ውሳነ፣ 7 ሕዳር 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 800፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ምላዲቹ፣* ኣይ.ቲ.-09-92-ቲ.፣ ውሳነ፣ 13 ሕዳር 2010 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 3435።

[99] ዘይስሩዕ ቤት-ምኽሪ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ-ፍርድታት ካምቦድያ፣ *ኑኣን ቻይን ኪኦ ሳምፋን* (ቁፅሪ ፋይል 002/02)፣ 002/19-09-2007/ኢ.ሲ.ሲ.ሲ./ቲ.ሲ፣ ውሳነ፣ 7 ሕዳር 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 800።

[100] ዘይስሩዕ ቤት-ምኽሪ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ-ፍርድታት ካምቦድያ.፣ *ኑኣን ቻይን ኪኦ ሳምፋን* (ቁፅሪ ፋይል 002/02)፣ 002/19-09-2007/ኢ.ሲ.ሲ.ሲ./ቲ.ሲ፣ ውሳነ፣ 7 ሕዳር 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 801፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ብላጎየቪቸን ዮኪቸ፣* ኣይ.ቲ.-02-60-ቲ.፣ ውሳነ፣ 9 ጥሪ 1997 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 666።

[101] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፅ 199፤ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (ክሮሽያ *ምስ ሰርብያ*)፣ ፍርዲ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 2007 ዓ.ም፣ ገፅ 3፣ ዓንቀፅ 142።

[102] ዓለም-ለኻዊ ተረፍ ስርዓት ንፍሉይ ኣብያተ-ፍርዲ ገበን፣ *ካሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ምሰስ ምላዲቹ፣* ኤም.ኣይ.ሲ.ቲ.-13-56-ኤ.፣ ውሳነ፣ 1 ሰነ 2013 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 572፣ 576፣ 580፣ 582፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚቹ፣* ኣይ.ቲ..-02-06-95-5/18-ኤ.ኣር.98ቢስ.1፣ ውሳነ፣ 4 ሓምለ 2005 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 66፤ ዓፍቤቀዩ፣ ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲች፣ ዓ.ፍ.ቤ.-98-33-ኤ.፣ ውሳነ፣ 11 ሚያዝያ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 8፣12፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚቹ፣* ኣይ.ቲ..-95-5/18-ቲ፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 555። *ብተወሳኺ* ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፃት 198፣ 201፤ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (ክሮሽያ *ምስ ሰርብያ*)፣ ፍርዲ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 2007 ዓ.ም፣ ገፅ 3፣ ዓንቀፅ 142።

[103] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፃት 193፣ 198። *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም የጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲቹ፣* ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ.፣ ውሳነ፣ 11 ሚያዝያ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 8፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ምላዲቹ፣* ኣይ.ቲ-09-92-ቲ.፣ ውሳነ፣ 13 ሕዳር 2010 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 3437፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚቹ፣* ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2018 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 555፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር፣* ኣይ.ቲ.-05-88/2-ቲ.፣ ውሳነ፣ 3 ታሕሳስ 2005 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 749፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ እኒ ፖፖቪቹ፣* ኣይ.ቲ.-05-88-ቲ.፣ ውሳነ፣ 3 ሰነ 2002 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 831-832፤ ዘይስሩዕ ቤት-ምኽሪ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ-ፍርድታት ካምቦድያ፣ *ኪኦ ሳምፋን* (ቁፅሪ ፋይል 002/02)፣ 002/19-09-2007-ኢ.ሲ.ሲ.ሲ./ኤስ.ሲ.፣ ውሳነ፣ 23 ታሕሳስ 2014 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 1630፣ 1633-1637።

[104] ዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ ተፈፃምነት ስምምዕ *ምክልኻልን መቕፅዕን ገበን ፅንተት ኣብ ዝምልክት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዞጎቭንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶነግሮን*)፣ ውሳነ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፃት 199-201፤ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (ክሮሽያ *ምስ ሰርብያ*)፣ ፍርዲ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 2007 ዓ.ም፣ ገፅ 3፣ ዓንቀፅ 142። *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር፣* ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 261፤ ኣይ.ሲ.ቲ.ዋይ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራዲዚቹ፣* ኣይ.ቲ.-95-5/18-ኤ.ኣር.98ቢስ.1፣ ውሳነ፣ 4 ሓምለ 2005 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 66፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም የጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲቹ፣* ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ.፣ ውሳነ፣ 11 ሚያዝያ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 12-14፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ምላዲቹ፣* ኣይ.ቲ.-09-92-ቲ.፣ ውሳነ፣ 13 ሕዳር 2010 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 3437፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራዲዚቹ፣* ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 555። ወሰንቲ ረቛሒታት (1) ናይቲ ዝተጎድአ ህዝቢ ኩሎም ፍፁማውን ተመጣጣኒ ቁፅራዊ መጠን፤ (2) ኣብቲ ውሽጢ እቲ ጉጅለ ናይቲ ዝተጎድአ ህዝቢ ርኡይነት፣ ፍሉይነት ወይ ከዓ ኣድላይነት፤ን (3) ዓቕሚ ፈፃማይን፤ን ዝሓውስ ይኸውን።

ተጋሩ፣ ወይ ከዓ ዋላ እውን ኣብ ምዕራብ ትግራይ ንዝርከቡ ተጋሩ ዝተወሰነ እንተኾነ፣ እቲ ዝተጎድአ ህዝቢ ንኣብዛሓ ክፋል ጉጅለ ዘርኢ ተጋሩ ከም ብሓፈሻ ወኪሉ ክረአ ይኽእል እዩ። ክንርደኦ ዝግባእ እቲ ኣብ ትግራይ ዝነብር ህዝቢ ትግራይ ከም ብሓፈሻ ንጉጅለ ተጋሩ ዝዓበየ ክፋል ዝውክል ኮይኑ ንጉጅለ ተጋሩ እውን ከም መበቆል መሬቶም ኣዝዩ ወሳናይ እዩ።

71. እቲ ከለላ ዝተገበረሉ ጉጅለ “ብመንነቱ ምኽንያት” ንምጥፋእ ዕላማ ተገይሩ ዶ ኣይተገበረን ንምባል ዝካየድ ዳህሰስ ኣዝዩ ኣብ ፍረ-ነገር ዝተደረኸ እዩ። ኣገደስቲ ግምታት ከም ተግባር “ፅልዋ ኣብ ነዊሕ እዋን ህልውና” እቲ ጉጅለ፣ ወይ ከዓ “ሓደገኛ ፅልዋ ኣብ ምርባሕ” ንኣብነት ተመሳሳሊ ፆታ ዘለዎም ብበዝሒ ምቕታል፣[105] ምጥፍኦም ኣብ ህልውና እቲ ጉጅለ ፅልዋ ዘለዎም ፍሉጣት ሰባት ናይቲ ጉጅለ ምጥፋእ ዕላማ ዝገበረ ተግባር፣[106] “ምልክታት” እቲ ጉጅለ ዝኾኑ ሃይማኖት ወይ ከዓ ባህላዊ እሴታት ዕላማ ዝገበረ ተግባር፣[107] ከም ዝሓቁፍ ተረጋጊፁ እዩ። ከጋጥሙ ዝኽእሉ ተቓርኖታት ንኣብነት ብዙሓት ኣባላት ናይቲ ዕላማ ዝተገበረ ጉጅለ ንተግባራት ፅንተት (ከም ቅትለት) ክቃልዑ ዝኽእልሉ ሓቂ ነይሩ ዶ ወይ ከዓ ኣይነበረን እዩ።[108]

72. ሓሳብ ፅንተት ምህላዉ ዝግበር ዳህሰስ ኩሉ ግዘ ኣብ ገምጋም ኩነታት ዝተደረኸ እዩ።[109] እዞም ገምጋማት ካብ ክልተ ዓይነት ነገራት ዝውሰድሉ ተኽእሎ ዘሎ ኮይኑ፣ እዞም ዝስዕቡ ክፋላት እዚ ፀበፃብ ትኹረት ዝህብሉ ይኸውን፦

- መጀመርታ ኣገደስቲ ፈፀምቲ እቲ ተግባራት ኣብ ህዝባዊ መድረኻት ወይ ከዓ ኣኼባ ዘመሓላልፍዎ መግለፂታት ናብ ግምት ክውሰድ ይኽእል እዩ[110] - ዋላ እውን እዚ እቲ ኩነታት ብሓፈሻ ናብ ግምት ብምእታው ክድህሰስ ዝግባእ እንተኾነ፣ ኮይኑ እውን “ብጣዕሚ መለዓዓሊ ቋንቋ” እንተኾነ ባዕሉ ክኢሉ ናይ ምጥፋእ ፍሉይ ሓሳብ ከረድእ ኣይኽእልን።[111] ብፍላይ እዚ “ንሓደ ጉጅለ ህልውንኡ

---

[105] *ተወከስ ንኣብነት* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲች*፣ ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ.፣ ውሳነ፣ 11 ሚያዝያ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 28-29፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 552፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲች፣* ኣይ.ቲ.-98-33-ቲ.፣ ውሳነ፣ 26 ሓምለ 1993 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 595። *ብተወሳኺ እውን ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ተረፍ ስርዓት ንፍሉይ ኣብያተ-ፍርዲ ገበን፣ *ካሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ምስ ካራዲዚች*፣ ኤም.ኣይ.ሲ.ቲ.-13-55-ኤ.፣ ውሳነ፣ 11 መጋቢት 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 729።

[106] *ተወከስ ንኣብነት* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 263-264።

[107] *ተወከስ ንኣብነት* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 230 (ክፍለጥ ዘለዎ እዞም ተግባራት ባዕልቶም ኣብ ተግባራት ፅንተት ዝሕቆፉ ኣይኮኑን)፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራዲዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 553፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲች*፣ ኣይ.ቲ.-98-33-ቲ.፣ ውሳነ፣ 26 ሓምለ 1993 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 580።

[108] ዓለም-ለኻዊ ተረፍ ስርዓት ንፍሉይ ኣብያተ-ፍርዲ ገበን፣ *ካሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ምስ ካራድዚች*፣ ኤም.ኣይ.ሲ.ቲ.-13-55-ኤ.፣ ውሳነ፣ 11 መጋቢት 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 727፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ስታኪች*፣ ኣይ.ቲ..-97-24-ኤ.፣ ውሳነ፣ 13 መጋቢት 1998 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 42።

[109] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 246፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራዲዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-AR98ቢስ.1፣ ውሳነ፣ 4 ሓምለ 2005 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 80፤ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.፣*ጋቹምቢትሲ ምስ ከሳሲ ዓቃቢ ሕጊ፣* ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-2001-64-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 ሰነ 1998 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 40፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ሩታጋንዳ ምስ ከሳሲ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-3-ኤ.፣ ውሳነ፣ 18 ጉንበት 1995 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 525፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ምስ ካዪሽማን ሩዚንዳናን*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-95-1-ኤ.፣ ውሳነ፣ 24 ጉንበት 1993 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 159።

[110] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ጋቹምቢትሲ ምስ ከሳሲ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-2001-64-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 ሰነ 1998 ዓ.ም ፣ ዓንቀፅ 43፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ካሙሃንዳ ምስ ከሳሲ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-99-54ኤ.-ኤ.፣ ውሳነ፣ 9 መስከረም 1998 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 81-82፤ ዘይስሩዕ ቤት-ምኽሪ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ-ፍርድታት ካምቦድያ፣ *ኑኣን ቻይን ኪኦ ሳምፋን*(ቁፅሪ ፋይል 002/02)፣ 002/19-09-2007/ኢ.ሲ.ሲ.ሲ/ቲ.፣ ውሳነ፣ 7 ሕዳር 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 803፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራዲዚች*፣ ኣይ.ቲ..-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 550፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ቲ.፣ ውሳነ፣ 3 ታሕሳስ 2005 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 245።

[111] *ተወከስ ንኣብነት*ዓለም-ለኻዊ ተረፍ ስርዓት ንፍሉይ ኣብያተ-ፍርዲ ገበን፣ *ካሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ምስ ካራድዚች*፣ ኤም.ኣይ.ሲ.ቲ-13-55-ኤ.፣ ውሳነ፣ 11 መጋቢት 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 742-745።

ንምጥፋእ ብግለፂ ንዘይፅውዑ ዘረባታት" ተፈፃሚ ይኸውን። ክፍለጥ ዘለዎ "ዋላ እውን ክውገዝ ዝግበኦ እንተኾነ ዘርኣዊ ኣድልዎ ዘርኢ መረዳእታ ሓሳብ ፅንተት ከረድእ ኣይኽእልን።"[112]

- ካልኣይ ሓሳብ ፅንተት ካብ "ብዙሓት ሓቅታትን ኩነታትን፣ ንኣብነት ከም ሓፈሻዊ ዓውዲ፣ ንሓደ ተመሳሳሊ ጉጅለ ብብልሓት ዝዓለሙ ካልኦት ናይ ጥፍኣት ተግባራት ምፍፃም፣ መጠን ዝተፈፀሙ ህልቂታት፣ ናይ ሓደ ፍሉይ ጉጅለ ኣባል ብምኧኖም ብብልሓት ዕላማ ዝተገበሩ ግዳያት፣ ምድግጋም መጥፋእቲ ወይ ከዓ ናይ መድልዎ ተግባራት፣ ወይ ከዓ ዘሎ ትልሚ ወይ ከዓ ፖሊሲ።"[113] ንባዕልቶም ተግባራት ፅንተት ዘይኮኑ ተግባራት ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ኩነታት ፍሉይ ሓሳብ ምህላው ንምርዳእ ክውዕሉ ይኽእሉ እዮም።[114] እንተኾነ ግና እዚ ዳህሳስ እንትግበር ነቲ ዓውዲ ዝግብኡ ኩሎም መረዳእታት ኣብ ግምት ምእታው ኣድላዪ እዩ - "ዝተኸፋፈለ ቅጥዒ ትንተና ንዝካየድ ትኽክለኛ ምርመራ ከፀልምት ይኽእል እዩ።"[115]

## 1. ፌደራል መንግስቲ ኢትዮጵያን ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን

### *ሀ. ተጋሩ ናይ ምጥፋእ ቀጥታዊ ሓሳብ ዝምልከት መረዳእታ*

73. ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ኣብቲ ትሕቲ ብቐዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ ዝምራሕ ብፌራዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝእዘዝ እዩ።[116] ብኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ፅንተት ምፍፃሙ ዘሎ ተኽእሎ ዝካየድ ዳህሳስ፣ ተግባር ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን ኣድላዪ እንተኾይኑ እውን ዝግበኦም ሰበ ስልጣን ፌዴራል መንግስትን ኣብ ግምት ምእታው ኣድላዪ እዩ።

74. ብሓፈሻ መንግስቲ ኢትዮጵያ "ዘርኢ መበገሲኦም ዝኾኑ ጎንፅታት ኣለዉ ንዝብል ብትሪ ክሒዱ" እዩ።[117] ንኣብነት ኣብ ዝሃቦ መግለፂ "ኣብ ትግራይ ዝወሰዶ ወፍሪ ሕጊ ምኽባር ብዝተኽኣለ መጠን ኣብ

---

[112] ዓለም-ለኻዊ ተረፍ ስርዓት ንፍሉይ ኣብያተ-ፍርዲ ገበን፣ *ካሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ምስ ካራድዚች*፣ ኤም.ኣይ.ሲ.ቲ-13-55-ኤ.፣ ውሳነ፣ 11 መጋቢት 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 745፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ስታኪች*፣ ኣይ.ቲ..-97-24-ኤ.፣ ውሳነ፣ 13 መጋቢት 1998 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 52።

[113] ዓለም-ለኻዊ ተረፍ ስርዓት ንፍሉይ ኣብያተ-ፍርዲ ገበን፣ *ካሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ምስ ካራዲዚች*፣ ኤም.ኣይ.ሲ.ቲ-13-55-ኤ.፣ ውሳነ፣ 11 መጋቢት 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 727፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላብያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 246፣ 248፣ 253፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ጰኒ ፖፖቪች*፣ ዓ.ፍ.ቤ.-05-88-A፣ ውሳነ፣ 22 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 468፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራዲዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ኤ.ኣር.98ቢስ.1፣ ውሳነ፣ 4 ሓምለ 2005 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 80፣ 90፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ሃተገኪማና ምስ ከሳሲ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-00-55B-ኤ.፣ ውሳነ፣ 4 ጉንበት 2004 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 133፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ጋቹምቢትሲ ምስ ከሳሲ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር..-2001-64-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 ሰነ 1998 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 41-42፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ጀለሲች*፣ ኣይ.ቲ.-95-10-ኤ.፣ ውሳነ፣ 28 ሰነ 1993 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 47-48፤ ዘይስሩዕ ቤት-ምኽሪ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ-ፍርድታት ካምቦድያ፣ *ኑኣን ቻይን ኪኦ ሳምፋን*(ቁፅሪ ፋይል 002/02)፣ 002/19-09-2007/ኢ.ሲ.ሲ.ሲ/ቲ.፣ ውሳነ፣ 7 ሕዳር 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 803፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራዲዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 17 መጋቢት 1998 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 550።

[114] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 254።

[115] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 247። *ብተወሳኺ ተወከስ*ዓንቀፃት 230፣ 246፣ 248፣ 253-254፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራዲዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ኤ.ኣር.98ቢስ.1፣ ውሳነ፣ 4 ሓምለ 2005 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 56 ("ሓደ ዝተኸሰሰ ሰብ ንሓደ ሓለዋ ዝተገበረሉ ጉጅለ ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ኣለዎ ዶ ኣይብሉን ንምባል ንሕድሕድ ግቡኣት ተግባራት ፅንተት ነፃፂልካ ኣብ ክንዲ ምርኣይ፣ ነቲ ዋኒን ዝርኢ መጋባእያ ቤት ምኽሪ ኩሎም መረዳእታታት ብሓባር ብምውሳድ ኩነታት ሓሳብ ዘርኢ-ፅንተት ዘርእዩ ምኧኖም ኣብ ግምት ክእቱ ይግባእ")፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ብላጎየቪችን ዮኪችን*፣ ኣይ.ቲ.-02-60-ኤ.፣ ውሳነ፣ 1 ጉንበት 1999 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 123፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ስታኪች*፣ ኣይ.ቲ..-97-24-ኤ.፣ ውሳነ፣ 13 መጋቢት 1998 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 55፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ምላዲች*፣ ኣይ.ቲ.-09-92-ቲ.፣ ውሳነ፣ 13 ሕዳር 2010 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 3435፤ *ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ፍ.ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 550፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም የጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክረስቲች*፣ ኣይ.ቲ.-98-33-ቲ.፣ ውሳነ፣ ሓምለ 26 1993 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 580።

[116] ውሳነ ኑመርበርግ ፍሉይ ቤት ፍርዲ "ኣብ ለዕሊ ሕጊ ዓለም-ለኸ ዝፍፀም ገበን ህልውና ብዘይብሎም ረቀቕቲ ኣካላት እንተይኮነስ ብወዲ-ሰብ እዩ፣ እዞም ገበናት እዚኣቶም ዝፈፀሙ ሰባት ጥራሕ ብምቕፃዕ ድንጋገታት ሕጊ ዓለም-ለኸ ክኽበሩ ይኽእሉ" ክብል ገሊፁ እዩ፤ *ጰኒ ፍራንስን ምስ ጰኒ ግዮሪንግን*(1938)፣ 22 ኣይ.ኤም.ቲ 411፣ ገፅ 466።

[117] ኣንድረስ ሺፓኒ፣ "ኢትዮጵያ 'ንዓመተ-ዓሰርተ ጅምላ መቓብራት ክትኩዕት እያ'፡ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝካየድ ረሳሕ ኩናት" (*ፋይናንሻል ታይምስ*፣ 17 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

ሰላማውያን ጉድኣት ንከይበፅሕ ብልዑል ጥንቃቐ ከም ዝተፈፀመ” ከምኡ እውን “ዝኾነ ተፈፂሙ ዝበሃል ጥሕሰትን ገበንን ሰብኣዊ መሰላት ብዕቱብ ከም ዝከታተሎ” እዩ ገሊፁ።[118]

75. እንተኾነ ግና እዙይ “ፌደራል መንግስቲ ኢትዮጵያን ወታሃድራዊ ሰበ ስልጣንን ህ.ወ.ሓ.ትን ሓይልታት ትግራይን ንምጥቃስ ይጥቀምዎ ምስ ዝነበሩ *ጁንታ፣ ወያነ ዓጋመ* ዝበሉ መናሸዊታት”[119] መደምደምታ ዝስማዕማዕ ኣይኮነን።

76. ብተመሳሳሊ ፔካ ሃቪስቶ (ኣብዚ እዋን ወፃኢ ጉዳይ ሚኒስትር ፊንላንድ) ከም ላዕለዋይ ልኡኽ ሕብረት ኣውሮጳ ኣብ ዝነበሮ ቦታ ንሚድያታት ኣብ ዝገለፆ ምስ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድን ካልኦት ሚንስትራትን ኣብ ዝነበሮ ዕፁው ኣኼባ *“ተጋሩ ንዝቕፅሉ 100 ዓመታት ክነጥፈኦም ኢና”* ክብሉ ተዛሪበምዎ እዮም፤ እዙይ እውን ሃቪስቶ (ሙያዊ ብዘይኮኑ ቃላት) እንተጠንቀቐ “ንዓና ግና ዘርኢ ምፅራይ መሲሉ ይረኣየና።”[120]

77. እቲ ኣኼባ እቲ ጎንፂ ኣብ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ካብ ዝተወለዐሉ ድሕሪ ውሑዳት ኣዋርሕ ጥራሕ ኣብ ለካቲት 2013 ዓ.ም እዩ ተኻይዱ። ትኹረት ክወሃቦ ዝግባእ እዞም ዘረባታት ብቕሉዕ ንዝኾነ ሰብ ይውክሉ ተባሂሉ ኣብቲ እዋን ኣፍልጦ ኣይተውሃቦምን። ዋላ እውን ሃቪስቶ ኣብዚ ጉዳይ ተወሳኺ ኣይዛረብ፣ ኣብቲ ኣኼባ ዘይነበሩ ኮይኑ ግና ምስቲ ናይቲ ዝርርብ ትሕዝቶ ኣፍልጦ ኣለና ዝብሉ ሳልሳይ ወገናት ዘረብኡ ብጣዕሚ ክእመን ዝኽእል እዩ ክብሉ ገሊፆም እዮም።[121] እቲ ቀውሲ ካብ ቁፅፅር ወፃኢ ይስፋሕፋሕ ምህላዉ ብምጥንቃቕ፣ ሃቪስቶ ዝወሰኾ፡

> “መራሕቲ ኢትጵዮያ ኣብ ለካቲት ክረኽቦም ከለኹ ብሓቂ እዚ ዓይነት ቃላት ተጠቒሞም እዮም፣ ንተጋሩ ከም ዝጥፍእዎም፣ ንተጋሩ ን100 ዓመትን ልዕሊኡን ከም ዘጥፍኡዎም:: […] ንኡስ ብሄርኩም ክተጥፍኡ እንተኽኢልኩም፣ ፅቡቕ፣ እንታይ እዩ እዙይ? […] ኩሉ ህዝቢ ክተጥፍእዎ ኣይትኽእሉን፣ ኩሉ ህዝቢ ትግራይ ክተጥፍእዎ ኣይትኽእሉን። ከምኡ እውን እዙይ ግሁድ እዩ ኢለ ይኣምን፣ ንዓና ዘርኢ ምፅራይ መሲሉ ስለ ዝረኣየና ግብረ-መልሲ ክንህብ ኣለና። እዙይ ሓቂ እንተኾይኑ ብጣዕሚ ብጣዕሚ ሓደገኛ ተግባር እዩ።”[122]

78. ኣብዚ ኣኼባ ተጠቒሞምሉ ተባሂሉ ዝተፀብፀበ ሓደገኛ ተኽእሎ ዘለዎ ቋንቋ ንበይኑ ጥራሕ ክትርጎም ኣይኽእልን። ንኣብነት ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ናይ ፌስቡክ ልጣፍ ንተጋሩ መራሕቲ “ክነወግዶም ዝግባእ ‘ካንሰር’ን ‘ፃህያይ’ን” ኢሉ ጠቒሱ ተባሂሉ ይዝረብ፡[123]

---

[118] ኣንድረስ ሺፓኒ፣ “ኢትዮጵያ ‘ንዓመተ-ዓሰርተ ጅምላ መቓብራት ክትኩዕት እያ’፡ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝካየድ ረሳሕ ኲናት” (*ፋይናንሻል ታይምስ*፣ 17 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[119] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 441። *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓንቀፅ 127፣ ናይ ታሕቲ መብርሂ 85 (*‘ወያነ’* ማለት “ረቮሉሽነሪ” ወይ ከዓ “ዓማፂ” ማለት እዩ ብትግርኛ፣ ስለዝኾነ እዚ ቃል ናይ ህ.ወ.ሓ.ት ብትግርኛ ሽም ኣካል እዩ፡ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ። እንተኾነ ግና ኣብቲ እዋን ጎንፂ እቲ ቃል እንዳዓበየ ዝኸደ ኣሉታዊ መልእኽእቲ እዩ ወሲዱ፣ ብፍላይ ሰብመዚታት መንግስቲ መናሸዊ ብዝኾነ ህወሓትን ደገፍቲ ህወሓትን ንምጥቃስ ይጥቀምሉ ነይሮም”)።

[120] *ካራ ኣና*፣ “ልኡኽ ሕብረት ኣውሮፓ፡ መሪሕነት ኢትዮጵያ ተጋሩ ‘ንምጥፋእ’ ፈኪሩ” (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 11 ሰነ 2013 ዓ.ም) (ትኹረት ይወሃብ)።

[121] ብፀሓፊ ዝተኻየደ ቃለ-መሕትት።

[122] ካራ ኣና፣ “ልኡኽ ሕብረት ኣውሮፓ፡ መሪሕነት ኢትዮጵያ ተጋሩ ‘ንምጥፋእ’ ፈኪሩ” (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 11 ሰነ 2013 ዓ.ም) (ትኹረት ይወሃብ)።

[123] *ዴክላን ዋልሽ*፣ “ንሚልዮናት ኢትዮጵያውያን ናይ ሂወት መስመር ዝኾነ ተዓፅዩ” (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 22 ሓምለ 2013 ዓ.ም)፤ ኮድ ዝተገበረ ቋንቋ ምጥቃምን /ወይ ከዓ ውፅኢቱን (ንኣብነት ‘ኢንየንዚ’ ማለት ‘ድድዕ’) እቲ ዘረባ ምስ ሓደ ዘርኣዊ ጉጅለ ንምዝማድ ዝገበር መደምደምታ ኣይኽልክልን፡ *ተመልከት ነኣብነት* ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.፣ *ናሂማና፣ ባራያግዊዛን ንገዘን ምስ ከሳሲ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-99-52-ኤ.፣ ውሳነ፣ 18 ሕዳር 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 739 (ዘረባ “ሙሉእ ትሕዝትኡ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ ከምኡ እውን ኣብ [ናይ ባዕሉ]” ፍሉይ ዓውዲ ክሰፍር ኣለዎ)፣ ገፅ 756 (‘ኢንየንዚ’ ንምፅናት ዝጠቕሱ መፀዋዕታታት ብቐጥታን ቅሉዕን ምንቕስቃስ ዘርኢ-ፅንተት እዩ ክብል ደጊሙ ኣፅኒዑ)።

> “እቲ ፃህያይ ንምንቃል ክንሰርሕ ኣለና። እንተኾነ ግና እቲ ፃህያይ ክንነቅል ከለና ነቲ ስርናይ ንዘይምጉዳእ ኩሉ ዝከኣለና ጥንቃቐ ክንገብር ኣለና። ኣብ ሃገርና ፃህያይ ብመኹዓቲ እዩ ዝንቀል። ደቂ ኢትዮጵያ እንተኾነ ድማ ይገብርዎ ኣለዉ።”[124]

79. ከምዚ ዓይነት ዘረባታት “ዓበይቲ ፖለቲካዊ መራሕቲ” ኢትዮጵያ ዓለም-ለኻዊ ሻቕሎትን ውግዝትን ኣስዒቡ እዩ።[125] ብተመሳሳሊ ፌስቡክ (ሜታ) ኩባንያ ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ “ኢትዮጵያውያን ንህ.ወ.ሓ.ት ‘ንክቕብርዎ’ ዝገበሮ ፃውዒት” ልጣፍ ሰሪዙ እዩ።[126] ካሊእ ምስ ኣይተ ኣብይ ዝተሓሓዝ ፅሑፍ “ካብ ጉድጓዳ ርሒቓ እትወፅእ ዘላ ኣንጭዋ ናብ ሞታ ዝቐረበት እያ” ዝብል መልእኽቲ ዘለዎ ድሕሪኡ ኣብ ሓፂር እዋን ተለጢፉ እዩ።[127]

80. ብኣብይ “ንእኩብ ዳያስፖራ ኣብ ዋሽንግተን፣ ዲሲ፣ ሚኒሶታን ሎስ ኣንጀለስን” ዝተኻየዱ ዘረባታት ብተጋሩ ፀረ-ትግራይ እዩ ዝብል ስምዒት ኣሕዲሩ እዩ።[128]

81. ዋላ እውን መብዛሕቲኦም ዘረባታት ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ ንህ.ወ.ሓ.ት ዝጠቕሱ እንተኾኑ እዞም ዘረባታት ንተጋሩ ዝጠቕሱ እዮም ዝብል ርድኢት ክህልዎም ይኽእል እዩ። ብጫቡጥ “ተረኽ መንግስቲ ፌደራል ከም ዘለዎ ዝውሕጡ ዋላ እውን ለውጢ ንኽየካይድ ካብ ህ.ወ.ሓ.ት ተቓውሞ ይመፆ ከም ዘሎ እንተተቐበሉ“[129] - ቅድሚ እቲ ኲናት ምውልዑ ኣብ 2012 ዓ.ም “እቲ ቐዳማይ ሚንስትር ኣብ ውሽጢ ህ.ወ.ሓ.ት ንዝርከቡ ፀረ-ለውጢ ባእታታት ዕላማ ዝገበረሉ ከይዲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ መጥቃዕቲ ኮይኑ ከይመፅእ ክጥንቀቕ ከም ዘለዎ ኣጠንቂቖም እዮም።”[130] ነበር ሚንስትር ኣባል ካቢነ ቐዳማይ ሚንስተር ኣብይ ዝኾነት ብዘዕባ ኢትጵያውያን ዝበለቶ፦

> “ዘርኣዊ ባእታታት ናይዚ ኲናት ዓብይ ኣካል ከም ዝኾኑ ኣይኣምኑን። **ዋላ እውን ብዙሓት ተጋሩ ህ.ወ.ሓት ዝድግፉ እንተዘይኮኑ፣ ኣብ መንጎ ህዝቢ ትግራይን ህ.ወ.ሓ.ትን ኣፈላላይ ከም ዘሎ ምርኣይ ጠጠው ኣቢሎም እዮም**”[131] ክትብል ገሊፃ እያ።

82. ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ከም ዘረጋገፆ፣ መቐለ ደጊማ ብሓይልታት ትግራይ ክትተሓዝ ከላ (ሰነ 2013 ዓ.ም) ኣብቲ እዋን ዝነበሩ መግለፂታት፡

“ ’ህ.ወ.ሓ.ትን ደገፍቱን’ ዝብል ምስ ህ.ወ.ሓ.ት ርክብ ኣለዎም ተባሂሎም ዝሕሰቡ ዝሓቁፍ ኮይኑ ከም ሲቪላት ደቂ-ኣንስትዮ፣ ሰብኡትን ቆልዑን ከም ዝሓውስ ተገይሩ ሰፊሑ እዩ። እዚ *ለውጢ ቛንቋ ሓደገኛ ብዝኾነ ሙሉእ ህዝቢ ትግራይ ኢትዮጵያ ዕላማ ንኽኾውን ኣስፊሑ እዩ*። እዚ ለውጥታት ተረኽ ዝተርኣየ

---

[124] <u>ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ ኣሕመድ ትዊተር ፅሑፍ</u>፣ 11 ሓምለ 2013 ዓ.ም። እንግሊዝኛ ትርጉም ኣብ *ኣብራሃም መዓርግ፣ ፍሰሃ ተኽለን ኢንስቲትዩት ካቢታን ምስ ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን (2015)* ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ናይሮቢ <u>(ቃለመሓላ ኣብራሃም መዓርግ)</u>፣ ዓንቀፅ 59 ዝተጠቕሰ፣ ኣብ ታሕቲ ኣብ ዓንቀፅ 338 ዝተጠቕሰ። ተወሳኺ ትርጉም እንግሊሊኛ <u>ኣብዙይ</u>።

[125] <u>መግለፂ ሚድያ ብኣሊስ ዋይሪሙ ንደሪቱ</u>፣ ፍሉይ ኣማኻሪ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ምክልኻል ፅንተት፣ ብቐፃልነት እንዳኸፍአ ይኸይድ ዘሎ ኩነታታት ኢትየጵያ (ኒው ዮርክ 23 ሓምለ 2013 ዓ.ም) (“ትግራይ ጎንፂ ንምጥቃስ ምጥቃም መናሸውን ካብ ሰብኣዊ ክብሪ ዘውርድ ቛንቋ ከም ‘ካንሰር፣’ ‘ሰይጣን፣’ ‘ፃህያይ፣’ን ‘ኣጉምን’ ናይ ኣዝዩ መሻቐሊ እዩ“)::

[126] ማክስ ቢራክ፣ <u>“ዓመፅቲ 200 ማይልስ ናብ ጥቓ ዋና ከተማ ኢትዮጵያ ምግስጋሶም እታ ከተማን ብሰፊሑ እቲ ዞባን ናብ ጠርዚ ኣብፂሕዎ እዩ”</u> *(ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 27 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)።

[127] ማክስ ቢራክ፣ <u>“ዓመፅቲ 200 ማይልስ ናብ ጥቓ ዋና ከተማ ኢትዮጵያ ምግስጋሶም እታ ከተማን ብሰፊሑ እቲ ዞባን ናብ ጠርዚ ኣብፂሕዎ እዩ”</u> *(ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 27 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)።

[128] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኲናት ናይ ኢትዮጰያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፃት 154-155። እዞም ቪድዮታት ኣብ ገፅ 394፣ ናይ ታሕቲ መብርሂ 27 ተዘርዚሮም እዮም (እቲ ምስ ሎስ ኣንጀለስ ዝራኸብ ሳልሳይ ቪድዮ ክርከብ ኣይኽእልን)።

[129] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኲናት ናይ ኢትዮጰያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 157።

[130] ኣሕመድ ሶሊማን፣ ብጄምስ ጀፍሪ ዝተጠቕሰ፣ <u>“ናይ ስልጣን ለውጢ ኣብ ኢትዮጵያ ሓዱሽ ወጥሪን ንተጋሩ ፍርሕን ፈጢሩ እዩ”</u> (*ዘ ኒው ሂዩማኒታርያን፣*7 ለካቲት 2011 ዓ.ም)።

[131] ማክስ ቢራክ፣ “<u>ኲናት እንትውላዕ እንተሎ ንሳ ኣብ ናይ ኣብይ ኣሕመድ ካቢነ ነይራ፡ ሕጂ ግን ነቲ ታሪኽ ክትድሕድሖ እያ ትደሊ</u>” (*ዋሺንግቶን ፖስት*፣ 21 ታህሳስ 2014 ዓ.ም) (ትኹረት ይወሰኽ)።

ዓበይቲ ሰብ መዚ መንግስቲ ህዝቢ ፀረ እቲ ኣብ ትግራይ ዘሎ ‘ፀላኢ’ ንዝብልዎ ንኽለዓል ብሄራዊ ወፍሪ ኣብ ዝፅውዕሉ ዓውዲ እዩ።”[132]

83. እንተኾነ ግና ህ.ወ.ሓ.ት ‘ንኽስይጥን’ ብምፍቃድን ከምኡ እውን ‘ትግራይ [ህ.ወ.ሓ.ት] ንምሕናቕ’[133] ብምፍርራሕን፣ ኣብይ “ሰፊሕ ማዕበላዊ ወቐሳን እንኮለይ ፅልኢት”[134] ክጋልብ ክኢሉ እዩ ተባሂሉ ይዝረብ። እዙይ እውን ምስ ልሂቃት ኣምሓራን ኦሮሞን ብምውጋን ዘርኣዊ ክፍፍል ኣጋዲዱ እዩ።[135]

84. ብጭቡጥ እቲ ጎንፂ ኣብ ሕዳር 2013 ዓ.ም ምስ ተወለዐ ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ እቲ ካብ 2010 ዓ.ም ክሳብ 2013 ዓ.ም ዝነበረ እዋን ጎንፂ “ሽርሒታት ህ.ወ.ሓ.ት ኮይኑ እዙይ ኩሉ ኣካል ፖሊሲኡ ኮይኑ ዕላምኡ ድማ ጎንፅታት ብምልዕዓል ተኣማኒነት መንግስቲ ምውራድን ለውጢ ካብ ሃዲድ መስመር ምውፃእን እዩ ዝብል“ ተረኽ ኣስፋሕፊሑ እዩ ተባሂሉ ይዝረብ።[136]

85. ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ብተወሳኺ ሰብ መዚ ፌደራል መንግስቲ ተመሳሳሊ ተኺሳሒ ዘረባ ይጥቀሙ ምንባሮም ኣረጋጊፁ እዩ፥

“ኣብ ነሓሰ 2013 ዓ.ም ሓላፊ ብሄራዊ ግልጋሎት ስለያን ድሕንነትን ‘ኣተሓሳስባ ጁንታ’ ‘ኣብ *ውሑዳት ከይስታት፣ መደናገርቲ፣ ሓሰውቲ፣ ቀተልቲ ዕዋሉን ኣሸበርቲ ጸሉራትን* ጥራሕ ዝተገደበ ኣይኮነን’ ብምባል ህ.ወ.ሓ.ት፣ ተኸተልቱን ስነ-ኣተሓሳስባታቱን ንኽጠፍኡ መዲሩ እዩ። ኣብ ሕዳር 2014 ዓ.ም ምክትል ዳይሬክተር በዓል መዚ ሚድያ ኢትዮጵያ ‘ዕሸኽ’ን ‘ከሓድቲ’ን ኢሉ ብምግላፅ ህ.ወ.ሓ.ት ካብ ኢትዮጵያ ንኽጠፍእ ፀዊዑ እዩ፣ ከምኡ እውን ኩሎም ተጋሩ ብናይ ህ.ወ.ሓ.ት ‘ሕማም’ ዝተጠቕዑ እዮም ብምባል ኣስተማሲሉ እዩ።”[137]

86. ሓደ ዘረባ ኣማኻሪ ማሕበራዊ ጉዳያት ቀዳማይ ሚንትር ኣብይ ዝኾነ ዳኒኤል ክብረት ኩሉ ግዘ ከም “ቅሉዕ [ስብከት] ፅንተት”ዝጥቀስ።[138]

“ወያነ [ትግራይ] ዝኾነ ክንርደኦ እንኽእል ኣይኮነን። ክንፍሕቖ ጥራሕ ኢና እንኽእል። ንኣብነት፣ ኣውስትራልያ። ... ኣብ ደቡባዊ ኣውስትራልያ እትርከብ ታዝማንያ ተባሂላ እትፅዋዕ ደሴት ኣላ። ሓደ ሰብ ጥራሕ ክሳብ ዝተርፍ ንዓሌት ታዝማንያ ክጠፍኡ ገይሮምዎም። ሓደ ሰብ ጥራሕ [ንቐፃልነት] እቲ ዓሌት ተባሂሉ ተሪፉ። ሓደ ሰብ ጥራሕ! ሙሉእ ንሙሉእ ኣጥፊኦምዎም። ክጠፍኡ ጥራሕ ብምግባር እዩ። ኣቐዲመ ከም ዝበልክዎ፣ ወያነነት ዝበሃል ሕማም [ህልውንኡ] ብምጥፋእ ጥራሕ እዩ። ... ብመጀመርታ፣

---

[132] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 441 (ትኹረት ይወሰኽ)።

[133] ሬነ ሌፎርት፣ <u>“ስብከት ሓድነት ግና ድማ በይንኻ ምብራር፡ ትምኒት ኣብይ ለውጢ ኢትዮጵያ ጠጠው ከብሎ ይኽእል እዩ”</u> (*ኢትዮጵያን ኢ ንሳይት*፣ 18 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[134] ሬነ ሌፎርት፣ <u>“ስብከት ሓድነት ግና ድማ በይንኻ ምብራር፡ ትምኒት ኣብይ ለውጢ ኢትዮጵያ ጠጠው ከብሎ ይኽእል እዩ”</u> (*ኢትዮጵያን ኢ ንሳይት*፣ 18 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[135] ሬነ ሌፎርት፣ <u>“ስብከት ሓድነት ግና ድማ በይንኻ ምብራር፡ ትምኒት ኣብይ ለውጢ ኢትዮጵያ ጠጠው ከብሎ ይኽእል እዩ”</u> (*ኢትዮጵያን ኢ ንሳይት*፣ 18 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[136] ኣንቶኒ ሻው፣ “ኢትዮጵያ ኣብ ኲናት፣” ኤርትራ ፎከስን ኦስሎ ኣናሊቲካን፣ *ኲናት ትግራይን ዘበዊ ፅልዋታቱን፡ ቅፂ 1* (2013)፣ ገፃት 16-17፣ ኣብ ገፅ 29። እዚ ተረኽ እዙይ ን113 ምውላዕ ኢትዮያዊ ብሄርተኝነት ጎንፅታት ዝጠቕሰ ኮይኑ፣ ከምኡ እውን ህ.ወ.ሓ.ት መንግስነት መሊሱ ዳግማይ መደብ ምቁፅፃር ዝብል ዝሓቁፍ እዩ - ነዚ ክሲ እዚ ዝድግፍ መረዳእታ ክሳዕ ዘየለ “ኣዝዩ ዘየእምን” እዩ ተባሂሉ ይግመት። ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኲናት ናይ ኢትዮጲያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 161። እዚ ተረኽ ጥራሕ “ድሕሪ ምጅምር ኲናት ኣብ ልዕሊ ዓለም-ለኻውን ውሽጢ ዓድን ሰማዕቲ ሓያል ኣቓልቦ እንዳፈጠረ ቀፂሉ እዩ።” ቶም ጋርድነር፣ <u>“ፃዕሪ ኣብይ ኢትዮጰያ ደኒምካ ንምስራሕ ከመይ ኢሉ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ኲናት ኣስዒቡ”</u> (*ዎርልድ ፖለቲክስ ሪቪው*፣ 29 ሕዳር 2013 ዓ.ም) (ፕረዚደንት ትግራይ ደብረፅዮን ገብረሚካኤል ኣብ መወዳእታ 2012 ዓ.ም ንጠቕላይ ሚንስትር ኣብይ ኣሕመድ ባዕሉን መንግስቱን “ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ” ዝግብር ዘሎ ምምጥጣር ዝብል ክሲ መጠንቀቕታ ዝፀብፀበ ነይሩ)። *ብተወሳኺ ተወከስ* ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኲናት ናይ ኢትዮጲያ ትግራይ* (ሀርስት፣2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 160።

[137] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 442 (ኣብ ውሽጢ እቲ ዋና ቅዳሕ ኢታሊክስ)። *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ” (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 33 (ሚንስትሪ ሰላም “ነቲ ፀላኢ ምጥፋእ” ዝብል ፃውዒት ብምጥቃስ)።

[138] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኲናት ናይ ኢትዮጲያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 337።

ስለ ዝኾነ፣ ብኣካል ከይህሉ ምግባር። … ካልኣይ [ብጣዕሚ] ኣተሓሳስብኡ። ወያነነት ዝብል ኣተሓሳስባ ፈፂሙ ክህሉ ኣይብሉን። ዋላ እውን ብኣተሓሳስባ መልክዕ። … ሰባት "ወያነ" ክብሉ ከለው ዝኾነ ሰብ "በስመ ኣብ"! ክብል ይግባእ [ኦርቶዶክስ ኢትዮጵያ ንዓርስኻ ብምምዕታብ ዝተለመደ ንኽፉእ ዝወሃብ ግብረ-መልሲ] ኩሉ ሰብ [ከምኡ ክብል ኣለዎ]!"[139]

87. እቲ ዘረባ ብመንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ሓዊሱ ብሰፊሑ ሓደገኛ ተባሂሉ ተወቒሱ እዩ።[140] ዳኒኤል ክብረት ባዕሉ 'ንሳቶም' እትብል ቃል "ንኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ወ.ሓ.ት ዝጠቅስ እዩ" ክብል ኣብራህሪሁ እዩ።[141] እንተኾነ ግና ዳኒኤል ንፍሉይ ፖለቲካዊ ጉጅለ እንተይኮነስ ነቲ መሬት ባዕሉ ብምጥቃስ "ኣብዚ ሃገር ነዚ ዓይነት ፃህያይ ክሽከም ዝኽእል መሬት ክህሉ የብሉን"[142] ኢሉ ተባሂሉ ይዝረብ።

88. ዳንኤል ኣባላት እቲ ጉጅለ ብግልፂ ክፈሓቑን ክቕተሉን ጠቒሱ እዩ፡

"ካብ ማህደር ታሪኽ ክስረዙን ክጠፍኡን ይግባእ። ብዛዕብኦም ከፅንዕ ዝደሊ ሰብ እውን ብዛዕብኦም ዝኾነ ነገር ክረክብ የብሉን። *እንተኾይኑ እውን ብዛዕብኦም ክረኽቦ ዝኽእል መሬት ኩዒቱ ክኸውን ኣለዎ።*"[143]

89. ካልኦት ብህዝቢ ዝፍለጡ ወልቀ-ሰባት እውን ተመሳሳሊ ተኺሳሒ ሓሳባት ይዘረቡ ነይሮም እዮም። ከንቲባ ድሬዳዋ (ኣብ ኢትዮጵያ ካብ ኣዲስ ኣበባ ቀፂላ ካሊእ ብሕታዊት ብብርኪ ፌደራል ከተማ ምምሕዳር ዝኾነት ልዕሊ 440,000 ነበርቲ ዘለውዋ) ከድር ጁሃር "ተጋሩ ካብ ሰይጣን ንባዕሉ ዝኸፍኡ እዮም" ክብል ኣብ ብሄራዊ ቴለቭዥን መጒቱ እዩ።[144]

90. ቀረባ ዓርኪ ኣብይ ኣሕመድ እዩ ተባሂሉ ዝዝረበሉ ጋዜጠኛን ተንታኒ ፖለቲካን ካብ ኣምሓራ ዝኾነ ስዩም ተሾመ[145] ኣብ ቃለ-መሕተት ትግራይ ብዝምልከት ተዘሪብዎ ተባሂሉ ዝተፀብፀበ፦

"ብንዳነት ባህሎም እዩ። ኢትዮጵያ ካብ ትግራይ ክፈልያ ይደሊ እየ። እንታይ ትጉዳእ? ኣይትጉዳእን። ኣነ ብግልፂ ዝብሎ ዘለኹ ወልቃይት እዩ ነይሩ፣ ስለዚ ምስ መሬትና ተሪፍና ኣለና። […] ድሕሪ እዚ ዕላማን ሽቶን ኢትዮጵያ ተካይዶ ምንቅስቓስ ኢትዮጵያ ካብ ትግራይ ምፍላይ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ትርፌ እንታይ እዩ ክኸውን? እንታይ ዕዳ ይህልወና? ዕድሚኦም መመላእታ ሃገር ምስ ከሓዱ! ስድታት። ንዘመነ-ሂወት ሃገር ከም ዝሸጡ። ባህሊ ባንዳነትን ዘይተኣማንነትን ምስ ዘፋልጥ ምስ ዝኾነ ሰብ ክነብር ግቡእ ኣይብለይን። ኣውፂእና ክንዛረብ ይግባእ፤ ኢትዮጵያ ካብ ትግራይ ክንፈልያ ይግባእ። ኢትዮጵያ ብናይ

---

[139] ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝተለጠፈ ግና ድማ ኣብዚ ሐዚ እዋን ዝተሰረዘ ዳኒኤል ክብረት ኣብ ጥሪ 2014 ዓ.ም ኣብ ቴለቭዥን ኢትዮጵያ ተጋሩ ንምጥፋእ ዝገበሮ ፃውዒት ዝዘገበ። ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኩናት ናይ ኢትዮጰያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 270፣ ናይ ታሕቲ መብርሂ 53 ዝተጠቐሰ። ብ*ተወሳኺ* ኣብ ናይ ማርቲን ፕላውት፣ "ኣማኻሪ ማሕበራዊ ጉዳያት ቀዳማይ ሚንስትር ኢትዮጵያ ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዝገበሮ ፃውዒት ፅንተት" (ናይቲ ፀሓፋይ ብሎግ (ማእኸል መፈነዊ ውልቃዊ ሓሳብ ኣብ መርበብ ሓበሬታ)፣ 16 ጥሪ 2014 ዓ.ም) ምርኣይ ይከኣል። እቲ ቪድዮ ኣብ https://www.youtube.com/watch?v=8BxA8hJ-dy0 ይርከብ። *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 33 (ናይ ዳንኤል ፃውዒት "ልክዕ ማዕረ ምስ ህዝቢ ታዝማንያ 'ወያነ ክፏሓቕ' ኣለዎ ኢሉ ዝፀወዐሉ ትኹረት ብምሃብ")።

[140] ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ፣ "ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ተጋሩ ምስ ሰይጣን ዘወዳድር ዘረባ ቀረባ ተሓባባሪ ቀዳማይ ሚንስትር ኢትዮጵያ ነፂጋቶ" (*ኣልዓረብያ ኒውስ*፣ 10 መስከረም 2014 ዓ.ም)።

[141] ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ፣ "ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ተጋሩ ምስ ሰይጣን ዘወዳድር ዘረባ ቀረባ ተሓባባሪ ቀዳማይ ሚንስትር ኢትዮጵያ ነፂጋቶ" (*ኣልዓረብያ ኒውስ*፣ 10 መስከረም 2014 ዓ.ም)።

[142] ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ፣ "ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ተጋሩ ምስ ሰይጣን ዘወዳድር ዘረባ ቀረባ ተሓባባሪ ቀዳማይ ሚንስትር ኢትዮጵያ ነፂጋቶ" (*ኣልዓረብያ ኒውስ*፣ 10 መስከረም 2014 ዓ.ም)።

[143] ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ፣ "ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ተጋሩ ምስ ሰይጣን ዘወዳድር ዘረባ ቀረባ ተሓባባሪ ቀዳማይ ሚንስትር ኢትዮጵያ ነፂጋቶ" (*ኣልዓረብያ ኒውስ*፣ 10 መስከረም 2014 ዓ.ም) (ትኹረት ይወሰኽ)።

[144] ተ/ሃይማኖት ገ. ወልደሚካኤል (ተኽላይ) ትዊተር ልጣፍ፣ 13 ታሕሳስ 2014 ዓ.ም (ዘረባ ከድር ጁሃር)።

[145] ገ/ክርስቶስ ገ/ስላሰ ትዊተር ልጣፍ፣ 6 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም (ፍሉጥ ናይ ኣምሓራ ፖለቲካዊ ተንታኒን ናይ ኣብይ ኣሕመድ ዓሊ ቀረባ ዓርክን (ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነበረ ድጋፍ ሰልፊ መተሓባበሪ) ዝኾነ ስዩም ተሾመ "ሐዚ ምዕራብ ትግራይን ራያን ስለዝወሰድና ኢትዮጵያ ባህሎም ሃገር ምኽሓድ ንዝኾነ ተጋሩ ክተባርሮምን ኣይናተይን ክትብሎም ኣለዋ::")

ትግራይ ክሕደት ዝተረፈ ሂወታ እንዳደመየት ክትነብር ስለ ዘይብላ ብዛዕባ እዚ ክንሓስብ ይግባእ። እንታይ ዕዳ ኣለና?"[146]

91. ናይ ስርዓት ድርጊ ጥሮተኛ ብርጌደር ጀነራል ዝኾነ ካሳየ ጨመዳ ደጋፊ መንግስቲ ምስ ዝኾነ ጣብያ ቴለቪዥን ዋልታ ተዛሪብዎ ተባሂሉ ዝተፀብፀበ፦

"ሰብመዚ ወታሃድራውን ደሕንነትን [ክእዝዙ ይግባእ] ነዞም ኣብ ገፀራት [ትግራይ] በትሪን ኣፅዋርን ሒዞም ዘለዉ ዓሪፎም ንኽቕመጡ። እምብለይ እንተይሎም ክቕትልዎም ይግባእ። ይኣክል! እዋን ህፁፅ ኩነት ንርከብ። ካብ ኢትዮጵያ ንላዕሊ [ብጣዕሚ ኣድላይ] ዝኾነ የለን። እቲ ዋና ተመን ኣብ ሕቕኡ ክዉቃዕ ኣለዎ። ካብኡ ሃዲሙ ኣብ መቐለ ኣብ ትሕቲ እምኒ ክርከብ እዩ። ኣብዙይ እቲ ዝርዝር ክህበኩም ኣይደልን፣ እንተኾነ ግና እቲ መንግስቲ! ፅቡቕ ትልሚ ተዳልዩ ክውቅዑ [ክጠፍኡ] ኣለዎም።"[147]

እዚ ጥሮተኛ ጀነራል "ቀረባ ተሓባባሪ ቀዳማይ ሚንስተር ኣብይ ንምኺን ካብ ስደት ናብ [ኢትዮጵ] ተመሊሱ ተባሂሉ ይውረ።"[148]

92. ምስ ብሄር ዝተላገበ ዘረባ ክንደይ ዝኣክል ኣካል ዛዕባ መዘራረቢ ህዝቢ እንዳኾነ ምምፅኡ ነፀብራቕ እንኮላይ መራሕቲ ሃይማኖት ብዛዕባ ህ.ወ.ሓ.ት ክዛረቡ ከለዉ ከም "እቲ ፀላኢ"፣ "ሕማም"፣ን "ካንሰር"ን ዝበሉ ቃላታት ተጠቒሞም እዮም። ሓደ ሰባኺ ንተጋሩ "ኣዛብእ"፣ "ከሓድቲ፣"ን "ጁንታ"ን ኢሉ ፀዊዑ ዝብል ወቐሳ ቀሪብሉ እዩ።[149] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ "ኣብዛሓ ህዝቢ ፅኑዕ ኣማናይ ኣብ ዝኾነሉን መራሕቲ ሃይማኖት ወሰኒ ፅዕንቶ ኣብ ዝትሕዝሉ ኢትዮጵያ፣ ከምዚ ዓይነት ዘረባታት ብጣዕሚ ተኺሳሕቲ ምኺኖም" ኣረጋጊፁ እዩ።[150]

93. ብስሩዕ ሚድያታት ዝግበር ፕሮፖጋንዳ እውን ብሰፊሑ ኣብ ስራሕ ውዒሉ እዩ። ጣብያታት ቴለቭዥን ንኣብነት ኦሮሞ ሚድያ ኔትወርክን ከምኡ እውን ኣብ 2002 ዓ.ም ዓርሱ ዝኸኣለ ዘይመንግስታዊ ሚድያ ፈነወ ኮይኑ ዝተጣየሸ ኢ.ሳ.ት (ኢትዮጵያ ሳትላይት ቴለቭዥን)ን ኣዝዮም ርኡያት ነይሮም። እዘን ጣብያታት እዚኣተን ብስሩዕ ካብ መንግስቲ ነፃ ዋላ እውን እንተኾና ብሓፈሻ ንተጋሩ ዘፅላእልኡ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ምፍናው ሓዊሱ ኣባላት ዓበይቲ ሰብ መዚ ፌደራል መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝኾኑ ወግዓዊ ስምዒትን ዘረባታትን ከንፀባርቓ ተራእየን እየን። ፈነወ ኢ.ሳ.ት ኣብ ከተማታት ኢትዮጵያ ዝርከቡ ገዛውቲ ብሰፊሑ ነይሩ እዩ፡ "ኢ.ሳ.ት ደገፍቲ መንግስቲ ዝኾኑ ካልኦት ሚድያትት ዘቕርብዎ ክስታት ናብ ኣየር ይፍንውን የጉልሕን ዝነበረ እንትኸውን፣ ከምኡ እውን ንህ.ወ..ሓ.ት 'ብከሓዲነት' ከይተወላወሉን ዓው ኢሎምን ብዝኹንኑ ተረርቲ ሓተታ መቕረብቱ ኣቢሉ ካብ ካልኦቶም ንላዕሊ መስመሩ ሓፍ ኣቢሉ እዩ።"[151] ናይ

---

[146] ገ/ክርስቶስ ገ/ስላሰ ትዊተር ልጣፍ፣ 6 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም እዚ ቪድዮ ብኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት መምርሒ ዝተውሃበ ስሩዕ ተርጓሚ ተተርጉሙ እዩ።

[147] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኩናት ናይ ኢትዮጲያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 165 (ኣብ ዋልታ ቴለቪን ከም ዝተፈነዎ ኣብ ትዊተር 1 ሓምለ 2012 ዓ.ም ዝተለጠፈ ቪድዮ ካሳየ ጨመዳ ብምጥቃስ)።

[148] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኩናት ናይ ኢትዮጲያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 165።

[149] ብኦምና ትግራይ ኣብ ትዊተር ዝተለጠፈ፣ 7 መስከረም 2014 ዓ.ም (ኣብ ትዊተር ብዝለጠፎ ፀሓፊ ናብ እንግሊዝኛ ዝተተርጎመ)።

[150] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 445።

[151] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኩናት ናይ ኢትዮጲያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 165፤ *ብተወሳኺ ተወከስ* ገፃት 139-140 (ብዛዕባ ድሕረ ባይታ ኢ.ሳ.ት ጣብያ ቴለቭዥን)።

ኢ.ሳ.ት ፌስቡክ ገፅ ኣብ ዝኾነ "ኢ.ሳ.ት ዋት ኢዝ ኒው" ኣብ ወይ ከዓ ከባቢ 22 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም ነዚ ዝስዕብ ሓሳብ ለጢፉ እዩ ይበሃል፦

> "ንሕና እንዳሞትና ነዞም ከዳዓት ተጋሩ ኣብ ማእኸልና ንምታይ ንፃወሮም? ጎዞሞኹም፣ ፋስኩም፣ ጠበንጃኹም ኣልዒልኩም በብቦታኹም ፀረ እዞም ከሓድቲ ተጋሩ ወፍሪ ወልዕዎ። እቲ ጨፍጫፍ ሓደ ትግራዋይ ናብ ዘይተርፈሉ ነጥቢ ወልዕዎ።"[152]

94. ኣብ ጎንደር ኣብ ሓምለ 2008 ዓ.ም ዝነበረ ዓመፅ ስዒቡ ካሊእ ፈነወ 'ካብ ህዝቢ ጎንደር ክመፅእ ዝግበኦ ፃውዒት ሓድነት' ሓዊሱ፣ እቲ ዓመፅ ከም ዝስዕብ ይገልፆ፦

   > "እቲ ቃልሲ ኣብ መንጎ ንዓና ከጥፍኡ ዝደልዩን ዝለዓለ ኢድ ሒዞም ንዓና ክገዝኡ ዝደልዩ ወሑዳት ዓሌትን ንሕና ስቓይ ነሕልፍ ዘለና [ከማሁ] ህዝቢ ፍፁም ናብ መወዳእታ ኣይመፀን ... እቲ ትልሚ ጥፍኣት ብ5 ሚልዮን ህዝቢ ን95 ሚልዮን ህዝቢ ዝተዳለወ እዩ ... ክሳዕ ሓደ ብሓደ ዘጥፍኡና ክንፅበ ኣለና? ዘሎ መማረፂ ሓደ ጥራሕ እዩ ... ብሓይሊ ስጉምቲ ምውሳድ ... ዝሞተ ዓሳ ካብ ባሕሪ ተወግደሉ ሓደ መንገዲ እቲ ባሕሪ ምድራቕ እዩ።"[153]

95. ብፍላይ ጋዜጠኛ ኢ.ሳ.ት ቴለቭዥን ዝኾነ መሳይ መኮነን ዝፈነዎ፦

   > "ንሕና (ኢትዮጵያውን) ሐዚ ገጢሙና ዘሎ ፀገም ካልኦት ሃገራት ገጢሚወን ከም ዘሎ ኣብ ማእኸል ጨቋኒ መንግስቲ/ስርዓት ኣይኮነን። ንሕና ኢትዮጵውያን ሐዚ ገጢሙና ዘሎ ኣብ ማእኸል ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሓሙሽተ ሚኢታዊ ዝውክል ካልኦት ኣምበርኪኹ ኢትዮጵያ ክገዝእ ዝደሊ ንእሽተይ ንኡስ ጉጅለ ብሄርን ዝተምበርከኸ ህዝብን እዩ። ነቲ ኣብዚ ሐዚ እዋን ገጢሙና ዘሎ መፍትሒኡ 'ነቲ ዓሳ ንምሓዝ (ንምቕታል) እቲ ማይ ምድራቕ እዩ።'"[154]

96. ብመሰረት ርእይቶ ወሃብቲ "ማይ"ን "ዓሳ"ን ዝብል ምስላዊ ዘረባ ከመላኽቶ ዝደለዮ እቲ ዓሳ ንምሓዝ - ኣብቲ እዋን ኣብ ውሽጢ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝነበሩ መራሕቲ ኣባላት ህ.ወ.ሓ.ት - እቲ ማይ ከድርቕ ኣለዎ ድማ "ህ.ወ.ሓ.ት ንምጥፋእ ህዝቢ [ናይ] ትግራይ ምጭፍጫፍ የድሊ ንምባል እዩ። እዙይ ኣባል ህዝቢ ትግራይ ዝኾኑ ውልቀ-ሰባት ንምቕታል ዝተገበረ ፃውዒት እንተይኮነስ ሙሉእ ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ ዝተገበረ እዩ [ከማሁ]።"[155]

97. ብዝበለፀ እቲ መልእኽቲ እቲ ጎንፂ ኣብ ማእኸል ህዝቢ ትግራይን ካልኦት ኢትዮጵያውያን ብሄራዊ ማሕበረሰብን ዝብል እዩ። "ስርዓት ወያነ" ዝብል ኣገላልፃ መንግስቲ ኢ.ህ.ወ.ዲ.ግ ካብ ተጋሩ ጥራሕ

---

[152] *ኣብራሃም መዓርግ፣ ፍሰሃ ተኽለን ኢንስቲትዩት ካቢታን ምስ ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን (2015)* ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ናይሮቢ <u>(ቃለመሓላ ኣብራሃም መዓርግ)</u>፣ ዓንቀፅ 136።

[153] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኩናት ናይ ኢትዮጵያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 391፣ ናይ ታሕቲ መብርሂ 58 ዝተጠቕሰ፣ ንተመሳሰሊ ትርጉም *ብተወሳኺ ተወከስ* ትግሃት፣ <u>"'ነቲ ባሕሪ ምድራቕ": ብኢ.ሳ.ት ዝተፈነወ ፃውዒት ፅንተት"</u> (ትግሃት፣ 2 ሓምለ 2013 ዓ.ም)።

[154] ዘርኣይ ወልቃይት፣ "<u>ኢ.ሳ.ት. ራድዮን ቴለቭዥንን፡ ድምፂ ፅንተት</u>" (ሆርን ኣፌይርስ፣ 17 ነሓሰ 2009 ዓ.ም)።

[155] ዘርኣይ ወልቃይት፣ "<u>ኢ.ሳ.ት. ራድዮን ቴለቭዥንን፡ ድምፂ ፅንተት</u>" (*ሆርን ኣፌይርስ*፣ 17 ነሓሰ 2009 ዓ.ም)።

ዝተሃነፀ ዝመስል ምስሊ ፈጢሩ እዩ።[156] ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ናይ መሳይ ፈነወ ብተወሳኺ "ኣብ ዓፋርን ኣምሓራን ዝርከቡ ኢትዮጵያውያን ናብ ትግራይ ዝወስድ መንገዲ ንኽዓፅው ፀዊዑ እዩ።"[157]

98. ጁሃር መሓመድ ኣብ ኦሮሞ ሚድያ ኔትዎርክ ብመንግስቲ ኢ.ህ.ወ.ዲ.ግ ሃፍቲሞም ኢሉ ዝኣምነሎም "ሓፂር መውቀሲ ቃል" ሽም ትግራይ ተጠቒሙ "ሓሳስ" ኢሉ ፀዊዕዎም እዩ።[158] ናይዞም ሚድያታት እዚኣቶም ሓይሊ ከም መረዳእታ ክውሰድ ዝኽእል - ቅድሚ ሓደ ወርሒ እቲ ኲናት ኣብ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም - ኣብ ትግራይ ግልጋሎታት ባንኪ፣ መብራህቲን ቴሌኮሙኒኬሽንን ከም እውን መነባብሮን ንኽዕፆ - ሓተታ መቕረብቶም ብዝገበርዎ ንግርታዊ ፃውዒት እዩ።[159]

99. ተጋሩ ዘካፍኡ ዘረባታት ካብ ሞንጎ ወታሃደራትን ተራ ዜጋታትን እውን ተፀብፂቡ እዩ፣[160] ብፍላይ ኣብ ቀጥታ መርበብ ሓበሬታ።[161]

100. ዘንሳሓቡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ መንደቕ ኣብያተ ትምህርቲ ግፍዒ ፅሒፎም ገዲፎም እዮም፡ "ትግራይን ኣትማንን ተመሳሰልቲ እዮም"፤ "ትግራይ ክትጠፍእ ኣለዋ"፤ "እታ ሃገር ንኽትምዕብል ትግራይ ክትጠፍእ ኣለዋ"፤ ከምኡ እውን "ትግራይ ጁንታ እዮም" ዝብሉ።[162]

101. ናይ ፀርፊ ቃል "ጁንታ" "ብፍላይ [ን] ተጋሩ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ሓይሊ ፖሊስን ሲቪል ሲርቪስን - እንኮላይ ንምሁራትን ናይ ንግዲ ሰባት ይጥቀምሉ ነይሮም እዮም።"[163] ካልኦት ኣብቲ ዓውደ ጎንፂ ፀረ ተጋሩ ይዝረቡ ዝነበሩ ናይ ፀርፊ ቃላት "ወያነ" -ኣብዚ ፀብፃብ ኣብ ካልእ ከም ዝተጠቕሰን - "ዓጋመ"ን ይሓውስ።[164]

102. ሓንቲ ብሂወት ዝተረፈት ከም ዝተዛረበቶ ናይ መንበሪ ገዛ ዝተኻረየትሉ ውላድ ብተደጋጋሚ "ጁንታ" እንዳበለ ክፅውዓ ጀሚሩ እዩ። እዚ ቃል እዚ "እቲ ቐዳማይ ሚንስትር ተጋሩ ንምፅዋዕ ዝጀመሮ እዩ።"[165] ከም ዝተዛረበቶ፡-

---

[156] ዘርኣይ ወልቃይት፣ "ኢ.ሳ.ት. ራድዮን ቴለቭዥንን፡ ድምፂ ፅንተት" (*ሆርን ኣፌይርስ*፣ 17 ነሓሰ 2009 ዓ.ም)። *ብተወሳኺ ተወከስ* ኣሌክስ ዲ ዋል፣ "ዝረፍ፣ ኣቃፅል፣ ዓምፅ፣ ቅተል" (2013 ዓ.ም)፣ 43(12)፣ ሎንደን ሪቪው ኦፍ ቡክስ፡ "ብተግባር *ወያነ*ንህ.ወ.ሓ.ት ድጋፍ ኣለዎ ተባሂሉ ንዝጥርጠር ዝኾነ ትግራዋይ ዝገልፅ እዩ። እቲ ውድብ ኣብ መስከረም ዝተኻየደ ክልላዊ መረፃ ትግራይ ልዕሊ 90 ፐርሰንት ድምፂ ምሽናፉ ስዒቡ እዙይ ማለት ብመጠኑ ንኩሉሰብ እዩ ዝገልፅ።"

[157] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኲናት ናይ ኢትዮጲያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 391፣ ናይ ታሕቲ መብርሂ 58።

[158] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኲናት ናይ ኢትዮጲያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 139። *ተወከስ* ናይ ጃዋር መሓመድ ትዊተር ልጣፍ፣ 21 ጥሪ 2008 ዓ.ም፣ ("ሓጎስ ብቐትሪ ክዝረፈሉ ዝኽእል ዕድል ቀልጢፉ እንዳተወደአ ስለዝኾነ ፓንቱ እንዳረሓሰ እዩ")።

[159] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኲናት ናይ ኢትዮጲያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 165።

[160] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 32።

[161] *ብተወሳኺ ተወከስ*ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 57። *ብተወሳኺ ተወከስ* ኣብ ታሕቲ ዓንቀፅ 337ን ቀፂሉን (ኣብ ልዕሊ ሜታ ዝነበረ ክሲ)።

[162] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኲናት ናይ ኢትዮጲያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 283።

[163] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 28። ብተዳጋገሚ "ጁንታ" ዝብል ቃል ምጥቃም ብዝምልከት፤ *ብተወሳኺ ተወከስ*ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 103፣ 108፣ 109፣ 119፣ 120፣ 126፣ 127፣ 147፣ 164፣ 168 (ሕቡራት መንግስታት መኽበርቲ ሰላም ብሄር ተጋሩ ብዝምልከት)፣ 185፣ 186፣ 188፣ 195፣ 310፣ 426 (ኲነታት ኲናማ ማሕበረሰብ ብዝምልከት)፣ 435፣ 436፣ 437፣ 438፣ 441፣ 442።

[164] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 32። *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 126፣ 127፣ 147፣ 436፣ 441።

[165] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ *ገፅ 99።* ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ገፅ 73 (ዘረባ ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ ኣሕመድ ብምጥቃስ፡ "እቲ *ጁንታ* ኮነይ መነይ ኣብ ታሪኽ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ሃገሩ ንምብታን ዝተጠቐመሉ ብሕታዊ ጉጅለ እዩ። ... ብርግፀኝነት ክንዛረቦ እንኽእል፣ እቲ *ጁንታ*ደጊሙ ንከጥይጥዕ ብዘውሕስ መንገዲ ክንነቕሎ ኢና። እዙይ ክኸውን ዝኽእል እዚ ወራሪ ፃህይ ኣብ ምውጋድ ክንሓብር እንተኽኢልና እዩ። ... እቲ ፃህያይ ንምውጋድ ክንሰርሕ ኢና")።

“ትግራወይቲ ኢኺ ኢሎኒ፣ ጁንታ እየ ማለቱ እዩ፣ ናብ ምምሕዳር ክጥቁመኒ ከም ዝኽእል ተዛሪቡኒ፣ ክወፅእ እንተዘይክኢለ ክቐትሉኒ ከም ዝኽእሉ እውን። እንኮላይ እውን: “ባዕለይ ብኻራ ክወግአኪ እየ” ኢሉ ተዛሪቡኒ” ትብል።[166]

103. ምስክር ዓይኒ ከም ዝተዛረቦ፡ “ደጊመ ክዛረቦ ዝደሊ ብዛዕባ ተጋሩ ደቂ-ኣንስትዮ ብዙሓት ነገራት ተፃሒፎም እዮም። ብጣዕሚ እዩ ዘሕምም።”[167] ሓንቲ ዝተዓመፀት ጓል 60 ዓመት ብሂወት ዝተረፈት ዓባይ ሰበይቲ ትግራወይቲ ከም ዝበለቶ እቲ ዝዓመፃ ኣባል ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ዝኾነ ወታሃድር “ትግራይን ኩሎም ተጋሩን ክነጥፈኦም ኢና” ክብል ተዛሪቡዋ እዩ።[168]

104. ካሊእ ብሂወት ዝተረፈት ከም ዝተዛረበቶ፡ “ንጓል 4 ዓመት ንእሽተይ ውላደይ ጁንታ ኢሎም ፀዊያምዋ እዮም። [...] ንሳቶም ጥራሕ እንተይኮኑስ፣ እንኮላይ ኣናእሽቲ ውላዶም፣ ኣናእሽቲ ደቂ-ተባዕትዮ ውላዶም ንንእሽተይ ጓለይ የፈራርሕዋ ነይሮም፣ ከምኡ እውን ርእሳ ክቖርፅዋ ከም ዝኽእሉ ተዛሪቦምዋ እዮም። እዞም ቃላታት እዚኣቶም ካብ ወለዶም ዝሰምዕዎምን ዝተምሃርዎምን እዮም ኢለ ይሓስብ። ስለዝኾነ ሓደ መዓልቲ [ብጭቡጥ] ክፍፅምዎ እንተኽኢሎም እንታይ እዩ ክኸውን? ካራ ኣልዒሎም ጓለይ ርእሳ እንተቖሪፆምዋ እንታይ እዩ ክኸውን? ክገድፎ ነይሩኒ፣ ንዓይ ውሕስ ኣይነበረን።”[169]

## *ለ) ኢ-ቅጥታዊ ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ዘረድኡ ኣገደስቲ ኩነታት*

105. ኣብዚ ኣብ ላዕሊ ክፍሊ ዝርከቡ ሓሳባት ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ዕላል ኣብዛሓ ህዝቢ ዝኾኑ መራሰንቲ ዘረባታት ፖለቲካዊ ውጥረት ምስ ብሄር ንምትሕሓዝ ዘገልገሉ ኣብራህሪሁ እዩ። ብተመሳሳሊ ሓደ ወይ ከዓ ካብኡ ንላዕሊ ኣገደስቲ ፈፀምቲ ጠቕሊልካ ወይ ከዓ ብኽፋል ተጋሩ ከም ጉጅለ ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ነይሩዎም እዩ ኢልካ ንምርዳእ ዘኽእል ንምድጋፍ ዝሕግዙ ኮይኖም እዚኣቶም ነቲ ጎንፂ ከቢበምዎ ካብ ዝነበሩ ፍፃመታትን ኩነታትን እዮም።[170] ናብዚ ትንተና እዙይ ክምግቡ ዝኽእሉ ሓሙሽተ መልክዓት ኣለዉ።

106. ብመጀመርታ ተባራዕቲ ዘረባታት ህዝቢ ኣብ ኩሎም መልክዓት ህዝባዊ ሂወት ምግላልን ዓመፅ ተጋሩን ልሙድ ክኸውን ገይሩ እዩ። ብተባራዕቲ ህዝባዊ መግለፅታት ዝተፈጠረ ወጥሪ ብሄር ቀስ ብቐስ ንተጋሩ ካብ መዓልታዊ ሂወት ንኽግለሉ እንትገብር ከምኡ እውን ኣብ ልዕሊኦም ዝለዓለ ግፍዕን ጥቕዓትን ንኽስፋሕፋሕ ኣጋዲዱ እዩ።

---

[166] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 99።

[167] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኩናት ናይ ኢትዮጰያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 283።

[168] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ገፅ 25፣ ዓንቀፅ 465። *ብተወሳኺ ተወከስ* ኣብ ክፋል 5.ረ.4፣ ዓመፅን ፆታዊ ጥቕዓትን ብዝምልከት፣ ንወተሳኺ ዘረባታት (ብኹሎም ፈፀምቲ ሰለስተ ጉጅለታት) ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ዝሕብር።

[169] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 100።

[170] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲቹ*፣ ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ፣ ውሳነ፣ 11 ሚዝያ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 13 (“ፅንተት ዘርእዩ ታሪኻዊ ኣብነታት እንኮላይ ከም ዝሕብርዎ ናይቶም ፈፀምቲ ቦታ ምንቅስቓስን ቁፅፅርን ከምኡ እውን ተኽእሎ ክበፅሕዎ ዝኽእሉ ቦታን ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ። ናይ ጀርመን ናዚ ኣብ ውሽጢ ኣውሮጳ ጥራሕ ዝርከቡ ኣይሁድ ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ጥራሕ ነይርዎ ክኸውን ይኽእል እዩ፤ እዚ ባህጊ እዙይ ኣብ ዝበረኸ ስልጣኑ እውን እንተኾነ እቲ ተግባር ብብርኪ ዓለም ንዝርከቡ ንክሰርሕ ኣይሰፍሕን። ብተመሳሳሊ ፈፀምቲ ዘርኢ-ፅንተት ሩዋንዳ ካብ ሃገሮም ድንበር ወፃኢ ንዝርከቡ ህዝቢ ቱትሲ ንከጥፍኡ ብፅኑዕ ኣይሓሰቡን። *ብፈፃሚ ዘርኢ-ፅንተት ዝተትሓዘ ሓሳብ ምጥፋእ ኩሉ ሻዕ ብዘለዎ ተኽእሎ ዝተገደበ እዩ።* እዙ ረቑሓ እዙይ በይኑ እቲ ዕላማ ዝተገበረ ጉጀለ ኣብዛሓ ምኳኑ ከርኢ ኣይኽእልን፣ - ምስ ካልኦት ረቑሓታት ብሓባር - ነቲ ትንተና ክሕብር ይኽእል እዩ”፤ ትኹረት ይወሰኽ)። *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 146 (“ሓደ ሓደ ዘረባታት እቶም ፈፀምቲ ህዝቢ ትግራይ ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ከም ዝነበሮም ክሕብሩ ዝኽእሉ እዮም“)።

107. ነበር ካቢኔ ሚንስትር ከም ዝተዛረበቶ፡-

“መጀመርታ ብናይ ኣብይ ውድብ ብልፅግና ዓብይ በዓል ስልጣን ቀፂሉ ድማ ብሓደ በዓል ስልጣን ኣብ ወልቀ ቢሮኡ ውሽጢ ኣብ ቢሮኣ ዝርከቡ ኩሎም ተጋሩ - ከምኡ እውን እንኮላይ ኣብ ካልኦት ሚኒስትራት ዝርከቡ - ኣብዚ ቀረባ እዋን ዕረፍቲ ክወፁ ከም ዘለዎም ተዘሪብዋ እዩ። ‘እቲ ቖዳማይ ሚንስትር ደዊሉ ባዕሉ እንተዘይተዛሪቡኒ ወይ ከዓ ብፅሑፍ ክትህቡኒ እንተዘይክኢልኩም ኣይገብሮን’ ‘እየ ኢለ ተዛሪበ’፣ ወሲኻ ከም ዝተዛረበቶ ዝኾነ ኾይኑ እቲ ትእዛዝ ኣብ ትሕቲኣ ዝርከቡ ሓለፍቲ ፈፂመምዎ፡፡”[171]

108. ምውላዕ እቲ ጎንፂ ድማ ምስ ብብሄር ምፍላይ ጎናንጎኒ ከይዱ እዩ፡፡[172] ንኣብነት፣

ሀ. ተጋሩ ብዘርኦም ምኽንያት ዕላማ ይግበሩ ነይሮምን ከምኡ እውን ካብ ስርሖም ተሰጒጎምን እዮም፡፡[173] ኣብ መፈለምታ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን ዘፈር ድሕነትን ተጋሩ ሰራሕተኛታቶም “ኣባሪሮም”፤ ደሓር መንግስታዊ ድሕነትን ሲቪል ሰርቪስን ኣብ ትሕቲኦም ይሰርሑ ንዝነበሩ ተጋሩ ኣባሪሮም፡፡[174] እዚ እቲ ውግእ ምስ ተጀመረ ተጋዲዱ ቀፂሉ እዩ፡፡[175]

ለ. ተጋሩ ሰራሕተኛታት ዝነበርዎም ኩባንያታት ንፅዕፀዉ ወይ ከዓ እቶም ተጋሩ ሰራሕተኛታቶም ናብ ስራሕ ምእታው ንኽኽልከሉ ተገይሩ እዩ። ሓንቲ ብሂወት ዝተረፈት ከም ዝበለቶ፡-

> “ሰበት ትግራወይቲ ምዃነይ ይፈልጡ እዮም። […] ስለዝኾነ ብዙሓት ግህሰታትን ምፍርራሕን ነይሮም። ካብ ናይ ባዕለይ ስድራ ንኽጅምር፣ ኣብ ኣዲስ አበበ ተጋሩ ይሳቐዩ ነይሮም እዮም። ተጋሩ መሳርሕተይ ተኣሲሮም እዮም። ባንኪ ሒሳቦም ዝተዓፀዎም ተጋሩ ኣዕሩኽ ኣለዉኒ፣ ክሳብ ሕጂ ገንዘቦም ከውፅኡ ኣይኽእሉን። ኣቦ ደቀይ ብዙሕ ግዘ ተኣሲሩ እዩ። ክሳብ ሕጂ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ይማስን ኣሎ፡፡“[176]

ሐ. ገደብ ምንቅስቓስ ተነቢሩ ነይሩ እዩ፡፡[177] ኣዲስ ኣባበ ኣብ ሕዳር 2013 ዓ.ም ፖሊስ ንተጋሩ “በብኽልተ መዓልቲ ናብ መንግስታዊ ቤት ዕዮ እንዳኸዱ ምህላዎም ንኽረጋግፁ”[178] ምእዛዝ ጀሚሩ ነይሩ እዩ፣ ንሓደ

---

[171] ማክስ ቢራክ፣ “ኩናት እንትውላዕ እንተሎ ንሳ ኣብ ናይ ኣብይ ኣሕመድ ካቢነ ነይራ፡ ሕጂ ግን ነቲ ታሪኽ ክትድሕድሖ እያ ትደሊ” (*ዋሺንግቶን ፖስት*፣ 21 ታህሳስ 2014 ዓ.ም) (ትኹረት ዝተወሰኸ)፡፡

[172] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ” (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 28፡፡

[173] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኩናት ናይ ኢትዮጰያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፃት 203-204፡፡

[174] ዘካርያስ ዘላለም፣ “መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ ብዘሎ ኩናት ሕድሕድ ብዘርኢ ምፍላይ ተኸሲሱ” (*ዘ ቴሌግራፍ*፣ 25 ሕደር 2013 ዓ.ም) (“ካብ ኣፍሪቃ ናይቲ ዝዓበየ መንገዲ ኣየር ሰራሕተኛታት መንግስቲ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናብ ኩናት ካብ ዝተለከመት ክልል ብምምፅኦም ምኽንያት ብዘርኢ ተፈልዮምን ካብ ስራሕ ተባሪሮምን እዮም”)፣ ሂዩይማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ብብሄሮም ተጋሩ ዝኾኑ ብሓይሊ ተሰዊሮም* (12 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)፡፡

[175] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኩናት ናይ ኢትዮጰያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 204 (“ናይ ኢትዮጵያ ካቢኔ ሚንስትራት ሰራሕተኛታቶም ብቐሊሉ ብብሄሮም ምኽንያት ከባርሩ ተኣዚዞም”)፡፡

[176] ናይና ኤግዚብሽን፣ ትግራይ ኣድቮካሲ ካናዳ፣ 25 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም፡፡

[177] ሲሞን ማርክስስን ዓብዲ ላጢፍ ዳሂርን፣ “ኣብ ትግራይ ኩናት እንትካየድ፣ ግህሰት ብሄር ወሲኹ” (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 3 ታሕሳስ 2013 ዓ.ም) (“ብብሄሩ ትግራዋይ ዋና መካየዲ ስራሕ ሃገራዊ መጓዓዓዚ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ዝኾነ እቲ ዋኒን ተኣፋፊ ብምዃኑ ሽሞም ክጥቀሱ ዘይደሉ ሓደ ኣብቲ መንገዲ ኣየር ኣብራርን ናይ ወፃኢ ሃገር ዲፕሎማትን ከም ዝተዛረብዎ ኣቐድም ኣቢሉ ኣብዚ ወርሒ መጀመርታ ካብ ሃገር ንኸይወፅእ ከም ዝተኸልከለ ተዛሪቦም እዮም። እቲ ኣብራሪ ከም ዝተዛረቦ ዋና መካየዲ ስራሕ ዝኾነ ተወልደ ገብረማርያም ምስ ዓበይቲ ኣባላት ህ.ወ.ሓ.ት ብዘዎ ጥንኩር ርክብ ብ29 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም ናብ ፓሪስ ኣብ ዝነበረ በረራ ንከይበርር ተኸልኪሉ እዩ። ኣይተ ተወልደ ባዕሉ ሓሳብ ንክህብ ምርካብ ኣይተኽኣለን)፡፡

[178] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኩናት ናይ ኢትዮጰያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 220 (እዚ ንፌደራል ይኹን ንከባብያዊ ፖሊስ ይፀርሕ ምህላዉ ግልፂ ኣይኮነን)፡፡

ምስክርነት ዝሃበ እውን ብፖሊስ ኦፊሰር፡ “ዘይትፍርም እንተኾይንካ መፂና ክንኣስረካ ኢና። ኣብ ገዛኻ እንተዘይረኺብናካ ኣብ ልዕሊ ስድራኻ ጉድኣት ክንፍፅም ኢና” ኢሉ ተዛሪብዎ እዩ።[179]

መ. ሓደ ብሂወት ዝተረፈ ከም ዝበሎ ድሕሪ እቲ ምውላዕ ኲናት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሃዋህው ፍርሕን ብብሄር ምፍላይን ነይሩ ይብል፡-

> “ብዙሕ ጥርጣረ ነይሩ፣ ኩሉ ቆላሕ ይብለና ነይሩ። ተጋሩ ካብታ ሃገር ክወፁ ኣይኽእሉን ነይሮም። ዋላ እውን ትኽክለኛ ናይ ጉዕዞ ሰነድ እንተሓዝና ካብ መዕረፎ ነፍርቲ ንምለስ ነይርና። እዙይ ንዓርሰይ ዋላ እውን ኣቐዲሙ ቪዛን በረራ ትኬትን እንተነበረ ክልተ ግዘ ኣጋጢሙኒ እዩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ውሽጢ እውን እንተኾነ ምጉዕዓዝ መጨነቓይ ነይሩ። ፖሊስ ኣብ ዝኾነ ቦታ ጠጠው ኣቢሉ መለለዪ መንነት ክተርእዮ ክሓተካ ይኽእል እዩ። ትግራዋይ ሽም እንተሃልዩካ ይምርምሩኻ፣ ጉቦ ክሳዕ ዘይሃብካዮም ኣየሕልፉኻን።”[180]

ረ. ምርግጋፅ መለለዪ መንነት ብስርዓት ይካየድ ነይሩ፣ ከምኡ እውን መንበሪ ኣባይቲ ብዘይ መፈተሺ ትእዛዝ ይፍተሹ ነይሮም።[181] ፖሊስ ኣብ ሕዳር 2013 ዓ.ም ማሽን ኣፅዋር ሒዙ ናብ መምህር ስነ-ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን ኢትዮጵያ ዝኾነ ልሳነወርቅ ደስታ ብዘይ መፈተሺ ትእዛዝ ኣትዩ ገበነኛ ከብል ዝኽእል ኣቕሓ ንምርካብ ፈቲሹ እዩ።[182] ብሄሩ ትግራይዋይ ከም ዝኾነ እተርኢ ሓንቲ ነገር ጥራሕ መለለይ መንነት ኢትዮጵያ ወረቐት ወሪሰምዎ እዮም።[183]

ሰ. ኣብ መወዳእታ ኣዋርሕ 2020 ኣ.ኣ “ጠቕላሊ ዓቃቢ ሕጊ ኢትዮጵያ ዝኾነ ጌድዮን ጢሞቴዎስ ዝኣመነሉ [...] መኽበርቲ ሕጊ ‘ካብ መስመር ወፃኢ ዝኸድሉ’ ‘ዝተፈለየ ኣጋጣሚታት’ ከም ዝነበረን እንተኾነ ግና መንግስቲ ‘ዛዕባ ብብሄር ምፍላይ/ምንፃል ብጣዕሚ ብዕቱብ’ ይከታተሎ ከምዘሎን እዩ” ተዛሪቡ።[184]

ሸ. እንተኾነ ግና ኣብ 2013 ዓ.ም፣ “[ኣ]ባላትጉጅለ ሓለዋ ንተጋሩ ክእልሹ ነተን ከተማታት ይዘሩወን ከም ዝነበሩ ተፀብፂቡ  እዩ። ገሊኦም ተኣሲሮም ነይሮም፤ ኩሎም ይምርመሩ፣ ግፍዒ ይበፅሖምን ይፈራርሑን ነይሮም።”[185] ደሓር ኣብ ወርሒ ጉንበት 2013 ዓ.ም መንግስቲ ኢትዮጵያ ብወግዒ ንህ.ወ.ሓ.ት ‘ራዕዳዊ’ ጉጅለ ኢሉ ምስሰየመ ወሰን ተወሲኽቲ ፍተሻ፣ ማእስsርትን ክስታትን ክውስኽ ገይሩ እዩ።[186] እቲ ወሰን ምስያም ሰፊሕ ኮይኑ ተግባራውነቱ እውን ምስ ናይ ህ.ወ.ሓ.ት “ሓሳብን ተግባራትን ይተሓባበሩ፣ ዝተኣሳሰሩ ወይ ከዓ ይዛመዱ እዮም ንዝተባህሉ ትካላትን ውልቀ-ሰባትን ይሓውስ እዩ።”[187]

---

[179] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ረድኢት ኲናት ናይ ኢትዮጳያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 220።

[180] ናይና ኤግዚብሽን፣ ትግራይ ኣድቮካሲ ካናዳ፣ 25 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም።

[181] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ <u>*ኢትዮጵያ፡ ብብሄሮም ተጋሩ ዝኾኑ ብሓይሊ ተሰዊሮም*</u> (12 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።

*ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ገፅ 25፣ ዓንቀፅ 174 (“ተኣሲሮም ዝነበሩ ዝተኣሰርሉ ምኽንያት ክፈልጡ ኣይተገበረን መእሰሪ ትእዛዝ እውን ኣይረአዩን“)።

[182] ሲሞን ማርክስስን ዓብዲ ላጢፍ ዳሂርን፣ <u>“ኣብ ትግራይ ኲናት እንትካየድ፣ ግህሰት ብሄር ወሲኹ”</u> (*ኒው ዮርክ ታይምስ፣* 3 ታሕሳስ 2013 ዓ.ም)

[183] ሲሞን ማርክስስን ዓብዲ ላጢፍ ዳሂርን፣ <u>“ኣብ ትግራይ ኲናት እንትካየድ፣ ግህሰት ብሄር ወሲኹ”</u> (*ኒው ዮርክ ታይምስ፣* 3 ታሕሳስ 2013 ዓ.ም)።

[184] ሲሞን ማርክስስን ዓብዲ ላጢፍ ዳሂርን፣ <u>“ኣብ ትግራይ ኲናት እንትካየድ፣ ግህሰት ብሄር ወሲኹ”</u> (*ኒው ዮርክ ታይምስ፣* 3 ታሕሳስ 2013 ዓ.ም)።

[185] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ረድኢት ኲናት ናይ ኢትዮጳያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 204።

[186] ኣሶሼትድ ፕረስ፣ <u>“ኢትዮጵያ ሀ.ወ.ሓ.ትን ኦ.ነ.ግ-ሸኔን ‘ኣሸባሪ’ ጉጅለ ኢላ ክትስይም”</u> (ኣ*ልጀዚራ፣* 23 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)።

[187] ኣሶሼትድ ፕረስ፣ <u>“ኢትዮጵያ ሀ.ወ.ሓ.ትን ኦ.ነ.ግ-ሸኔን ‘ኣሸባሪ’ ጉጅለ ኢላ ክትስይም”</u> (ኣ*ልጀዚራ፣*23 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)።

ቀ. ትግርኛ ሙዚቃ ዘስመዓ ቤት መስተታትን ስፍራታትን ዕላማ ተገይረን እየን፣ ትግርኛ ዝደርፉ እውን ከቋርፁ ተገይሮም እዮም።[188] ካብ 20 ሰነ 2013 ዓ.ም ኣብ ኣዲስ አበባ (ኣብ ሃያ ሁለትን ጥቕኡ ዝርከብ ጣብያ ቦሌን) ከባብያዊ ሰብ መዚ ብዙሓት ንግድታት ተጋሩ ዓፅዮም እዮም።[189] ኣብ ሓደ ክሲ "ከባብያዊ ሰብ መዚ ክልተ ትካላት [ክልተ ሆቴላት] ስምዒታዊ ግብረ-መልስን ዓመፅን ከስዕብ ዝኽእል ሙዚቃ ኣፃዊተን እየን [ክሳዕ] ዝብል ክሲ ኣቕሪቦም"፣ እቲ "መለዓዓሊ ሙዚቃ ሃገራዊ ውድቀት ዝፅምብልን ንሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ዘሕፈርን" እዩ ኢሎም።"[190] ትግራዋይ ወናኒ ሆቴል ብፖሊስን ወኪላት ድሕነትን እንትእሰር ብሄሩ ኣምሓራይ ዝኾነ መሳርሕቱ ግና ተፈቲሑ እዩ።[191] እቲ ወናኒ ሆቴል ናብ ዘይፍለጥ ቦታ ወሲደምዎ ተባሂሉ እዩ፣ ኣብ ነሓሰ 2013 ዓ.ም እውን ኣበይ ከም ዘሎ ኣይፍለጥን ነይሩ።[192]

ቐ. ሓይልታት ትግራይ ኣብ ሕዳር 2013 ዓ.ም ናብ ኣዲስ ኣበባ ንምብፃሕ 200 ማይላት ኣብ ዝረሓቑሉ እዋን ኣብታ ከተማ ዝነበሩ ተጋሩ ትግርኛ ንኸይዛረቡ ይጥንቀቑ ነይሮም፣ እንተዘይኮይኑ ብፖሊስ ሓደጋ ምእሳር የጋጥሞም።[193] ፖሊስ ገዛ ንገዛ እንዳኸደ ንህ.ወ.ሓ.ት ድጋፍ ክህልዎም ይኽእል እዩ ንዝበሎም ተጋሩ ይፍትሽ ነይሩ።[194] ብፖሊስ ካብ ቦትኦም ወይ ከዓ ስርሖም ወይ ከዓ ተንቀሳቓሲ ስርሖም ዝተትሓዙ ሰባት ካብ ዝተኣሰርሉ እዋን ጀሚሩ ክርከቡ ኣይከኣሉን።[195]

በ. ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ትራፊክ ፖሊስ ንሓደ ትግራዋይ ኣብ ፓስፖርቱ ትግራዋይ ሽም ስለ ዘለዎ ብሕሾት ትራፊክ ጥሕሰት ጠጠው ኣቢሉ ኣሲርዎ እዩ።[196] ኣባላት ፌደራል ፖሊስ ተሓዊሶም ኩሎም ገፁ ፀፊዖምዎ፣ ኣካላቱን ርእሱን ብበትሮም ወቒዖምዎ፣ እንኮላይ ነኺሰምዎ እዮም፣ "ጁንታ ህ.ወ.ሓ.ት" ኢሎም ፀዊዖምዎ እዮም።[197] ዘመናዊ ሞባይሉ ምስ ህ.ወ.ሓ.ት ንዝህልዎ ርክብ መረዳእታ ተረጋጊፁ እዩ።[198] ስእልታት ንኣብነት ከም ደብረፅዮን ገብረሚካኤል (ናይ ትግራይ ፕረዚደንት) ከምኡ እውን ብዘዕባ ኲናት ትግራይ ዝምልከት ሓበሬታ ንውልቀን ንህዝብን ኣብ ፌስቡክ፣ ትዊተርን ተመሳሳሊ መራኸብቲ ማሕበራዊ ሚድያን ምክፋል ንኽትክሰስን ናብ ዳይና ንኽትቀርብን እኹል ነይሩ።[199] ዳያኑ ዝለዓለ ቅፅዓት ብምሃብ ይፍለጡ ነይሮም።[200]

---

[188] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ብብሄሮም ተጋሩ ዝኾኑ ብሓይሊ ተሰዊሮም* (12 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።

[189] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ብብሄሮም ተጋሩ ዝኾኑ ብሓይሊ ተሰዊሮም* (12 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።

[190] ሰላም ጉቱ፣ "ሆቴላት ኣብ ኣዲስ ኣበባ 'ብመለዓዓሊ' ሙዚቃ ምኽንያት ንግኢኡ ተዓፅየን" (*ኣዲስ ፎርቹን*፣ 4 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

[191] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ብብሄሮም ተጋሩ ዝኾኑ ብሓይሊ ተሰዊሮም* (12 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።

[192] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ብብሄሮም ተጋሩ ዝኾኑ ብሓይሊ ተሰዊሮም* (12 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።

[193] ማክስ ቢራክ፣ "ዓመፅቲ 200 ማይልስ ናብ ጥቓ ዋና ከተማ ኢትዮጵያ ምግስጋሶም እታ ከተማን ብሰፊሑ እቲ ዘባን ናብ ጠርዚ ኣብፂሕዎ እዩ" (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 27 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)።

[194] ማክስ ቢራክ፣ "ዓመፅቲ 200 ማይልስ ናብ ጥቓ ዋና ከተማ ኢትዮጵያ ምግስጋሶም እታ ከተማን ብሰፊሑ እቲ ዘባን ናብ ጠርዚ ኣብፂሕዎ እዩ" (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 27 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)።

[195] ማክስ ቢራክ፣ "ዓመፅቲ 200 ማይልስ ናብ ጥቓ ዋና ከተማ ኢትዮጵያ ምግስጋሶም እታ ከተማን ብሰፊሑ እቲ ዘባን ናብ ጠርዚ ኣብፂሕዎ እዩ" (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 27 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)።

[196] ጎይትኦም መኮነን ገብረዋህድ፣ *ንምት ዝተሓረየ፡ ፅንተት ትግራይ፣ ዘንታ ውፃኢ መዓት* (2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 79።

[197] ጎይትኦም መኮነን ገብረዋህድ፣ *ንምት ዝተሓረየ፡ ፅንተት ትግራይ፣ ዘንታ ውፃኢ መዓት* (2014 ዓ.ም)፣ ገፃት 79-80።

[198] ጎይትኦም መኮነን ገብረዋህድ፣ *ንምት ዝተሓረየ፡ ፅንተት ትግራይ፣ ዘንታ ውፃኢ መዓት* (2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 79።

[199] ጎይትኦም መኮነን ገብረዋህድ፣ *ንምት ዝተሓረየ፡ ፅንተት ትግራይ፣ ዘንታ ውፃኢ መዓት* (2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 81። ኣብ ካናዳ ዝነብር ስድተኛ "ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንተጋሩ ዝነበረ ሃዋህው ራዕዲ ኣብሪሁ እዩ። ካብ ዘቃለዎ፣ 'ንእስር ነይርና' ትግራዋይ ብምኺነይ ጥራሕ፣ ትግርኛ ንዛረብ ብምንባርና ጥራሕ፣ ናብ ቤት ማእሰርቲ ንዳጎን ኔርና"፤ ናይና ኤግዚብሽን፣ ትግራይ ኣድቮካሲ ካናዳ፣ 25 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም።

[200] ካራ ኣናን ኣንድሪው ድሬክን፣ "'ውሽጥና ነፅረ'፡ ኢትዮጵያ ኣብ ክሊ ኲናት ተጋሩ ኣሲራ" (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 21 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)።

እንተኾነ ግና ሓደ ዳይና እዞም ከምዚ ዝበሉ ‘ትርጉም ዘየብሎም ክስታት’ ነፂጉ ተባሂሉ ይዝረበሉ፣ ብተወሳኺ እውን መርመርቲ “ንተመሳሰልቲ ሰባት ደጋጊሞም ካብ ምኽሳስ ንኽቑጠቡ [...]” ሓቲትዎም እዩ።[201]

ሸ. ደሓር እንኮላይ ምስ ተጋሩ ጥራሕ ብምርኻቦም ንኣብነት ከም ሰላማውያን ኦሮሞ - ድሕሪ ናይ ኦሮሞ ዓማፂ ጉጅለ ምስ ህ.ወ.ሓ.ት ምሕባሩ ኣብ ነሓሰ 2013 ዓ.ም ኣብ ዘፍለጠሉ - ብብሄሮም ይፍለዩን ምስ ብሄር ተጋሩ ሓቢሮም ይእሰሩን ነይሮም እዮም።[202]

ተ. ንተጋሩ ዝግበር ህዝባዊ ምግላል ድሕሪ እቲ *ስምምዕ ተፃብኦ ጠጠው ምባል* እውን ቀፂሉ እዩ። ብመንግስቲ ዝውነን መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ - ኣብ መጀመርታ 2023 ኣ.ኣ - ዕድመኦም ካብ 15-60 ንዝኾኑ ተጋሩ ካብ መቐለ ናብ ኣዲስ ኣበባ ንኽበሩ በረራ ትኬት ብዘይምሻጥ ከምኡ እውን ንህዝቢ ትግራይ ‘ብጃምላ ንምቕፃዕ’ ዋጋ በረራ ትኬት ብምውሳኽን ንብሄር ተጋሩ ብምግላል ክኹነን ፀኒሑ እዩ።[203] ናብ ኣዲስ ኣበባ ክጓዓዙ ድልየት ዘለዎም ከም ሓብሓባይ (መለዓሊ ሕሙም) ይኸዱ ከም ዘለዉ ምኺኖም ወይ ከዓ ናብታ ከተማ ንሕክምና ይኸዱ ምህላዎም ናይ ዶክተር መረዳእታ ደብዳቤ ከቕርቡ ይግደዱ ነይሮም እዮም። ትኬት ረኺቦም ዝኸዱ ውሑዳት እውን ብግልጋሎት ድሕንነት ኣቢሉ ድሕረ-ባይትኦም ይረጋገፅ ነይሩ እዩ። ዋላ እውን ብወግዒ ዝቐረበ ምኽንያት በረራ ትኬት ንኣናእሽተይ ቆልዑ፣ ዝሓመሙ ወይ ከዓ ዓበይቲ ንምቕዳም ተባሂሉ እዩ ዝብል እንተኾነ ሰራሕተኛ ነበር መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ከም ዘረጋገፆ ግና እኹል ወንበራት በረራ ዝነበሩ እንትኾኑ ኩሎም ትኬታት በረራ እውን ኣይሸወጡን ነይሮም። ካብ 15 ክሳብ 65 ዓመት ንዝኾኑ ሰባት ትኬት ዘይምሻጥ ፖሊሲ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ከም ዝነበረ ብነበር ሰራሕተኛ ተረጋጊፁ እዩ።[204]

109. ካልኣይ ኣብ ታሕቲ ብዕምቆት ኣብ ዝቐረበ ትንተና ተቐሚጡ ከም ዘሎ፣ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን መሻርኽቱን ኣብ ትግራይ ኣብ ዝነበረ ጎንፂ ገበን እንትፍፅሙ ኣፈፃፅማ እቶም ገበናት ከም ዝሕብርዎ ጉጅለ ዘርኢ ትግራይ ወይ ከዓ ብኣብዛሓ ወሳናይ ክፋሉ ኮነ ኢልካ ንምጥፋእ ከም ዝኾነ ዝሕብሩ እዮም።[205] እዙይ ብኣካል ይፍፀሙ ዝነበሩ ኣብ ተመሳሰሊ እዋን ይዘረብዎም ዝነበሩ ዘረባታት ወይ ከዓ ካልኦት ሓበርቲ ይሓውስ እዩ። ሓደ ፀብፃብ ከም ዝገለፆ ናይ ኢትዮጵያን ተሓባበርቲ ሓይልታትን ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ ጎንፂ ወለድ ፆዊታ ዓመፅ (ሲ.ኣር.ኤስ.ቪ.) ተጠቒሞም እዮም።[206] ነዙይ ካብ ዘረድኡ ተግባራት ባዕዲ ነገራት ናብ ማህፀነን ብምእታው ተኽእሎ ምውላድ ደቂ ኣንስትዮ ምጥፋእ ዝሓውስ ኮይኑ ኣፈፃፅማ እዚ ተግባር ድማ ህዝቢ ትግራይ ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ከም ዘለዎም ብዘረድእ ዘረባታት ዝተዓጀበ እዩ ነይሩ። ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን ካልኦት ኢትዮጵያውያንን ፀረ-ተጋሩ

---

[201] ኀይትኦም መኮነን ገብረዋህድ፣ *ንምት ዝተሓረየ፡ ፅንተት ትግራይ፣ ዛንታ ውፃኢ መዓት* (2014 ዓ.ም)፣ገፅ 85።

[202] ዳዊት እንደሻውን ካትሪን ሆረልድን፣ “ቀታሊ ማእሰርቲ” (*ሮይተርስ*፣ 10 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[203] ፀብፃቢ ጋርድያን፣ “መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ተጋሩ ንከይጓዓዙ ብምኽልካል ዝብል ናይ ሕጊ ክስ ቀሪብሉ” (*ዘ ጋርድያን*፣ 23 ጉንበት 2015 ዓ.ም)።

[204] ፀብፃቢ ጋርድያን፣ “መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ተጋሩ ንከይጓዓዙ ብምኽልካል ዝብል ናይ ሕጊ ክስ ቀሪብሉ” (*ዘ ጋርድያን*፣ 23 ጉንበት 2015 ዓ.ም)።

[205] *ተወከስ ኣብ ታሕቲ* ክፋላት 5.ረ.1.ሀ.፣ ዓንቀፃት 200፣ 202፣ 209፣ ከምኡ እውን ክፋላት 5.ረ.2.፣ 5.ረ.3፣ 5.ረ.4።

[206] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 29 (“ሓበሬታ ከም ዘርእዮ ሓይልታት ኢትዮጵያን ተሓባበርትን ብሄር ትግራይ ህዝቢ ንምጥፋእ ን/ወይ ከዓ ንምምዝባልን ብሰፊሑን ብስርዓትን ጎንፂ ወለድ ፆዊታ ዓመፅ (ሲ.ኣር.ኤስ.ቪ.) ፈፂሞም እዮም”)።

ገበን ከም ዝፈፀሙ ካብ ዘርእዩ ካልኦት ኣብነታት ዝተፈላለዩ መጠነ-ሰፋሕቲ ኣጋጣሚታት ከም በዘፈቀደ ማእሰርቲ፣ ቅትለትን ብሄር ተጋሩ ንምብትታን ዝግበር ብሓይሊ ምግዓዝ ይሓውስ።[207]

110. ብሳልሳይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ወፃኢ ወታሃደራዊ ድጋፍ ብምትእትታው ኣብ ልዕሊ ዜጋታቱ ፀረ ጉጅለ ተጋሩ ዝተፈለጠ ፍሉይ ፅልኢ ዝሓዙ ሓይልታት ኤርትራ[208] ፀዊዑ እዩ፣ እዙይ እውን ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ግህሰት ከምፅእ ከም ዝኽእል ዝኾነ ምኽንያታዊ ሰብ ክግምቶ ዝኽእል እዩ። ሕሉፍ ኩነታትን ታሪኽ ጎንፅን ኣብ ግምት ብምእታው እዙይ ብፍሉይ ዓብዪ ዛዕባ እዩ። ክፍለጥ ዘለዎ፡-

ሀ. ድሕሪ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ንነዊሕ እዋን ዝፀንሐ ጎንፂ ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ብ1987 ዓ.ም ተነፂላ እያ።[209] ድሕሪ ነፃነት ምርካብ እውን እንተኾነ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ካብ 1990-1992 ዓ.ም ናብ ኲናት ኢትዮጵያን-ኤርትራን[210] ዘምረሐ ኣብ ቁጠባዊ ውድድር ፀኒሓ እያ፤ ፕረዚደንት ኤርትራ ኢሳያስ ኣፈወርቂ “ቀንዲ ፀላኢ’’ ህ.ወ.ሓ.ት ኮይኑ መፂኡ እዩ።[211]

ለ. ክሳዕ ናይቲ እዋን ሓዱሽ ዝተመረፀ ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ 2010 ዓ.ም ስምምዕ ሰላም ዘተኣታትው ኤርትራን ኢትዮጵያን ክተዓረቓ ኣይከኣላን፤ ምስኡ ኮይኑ እውን ፕረዚደንት ኢሳያስ ብቕሉዕ ንህ.ወ.ሓት ንውሽጣዊ ህውከት ኢትዮጵያ ከም ጠንቂ ሽሙ የጥፍኦ ነይሩ እዩ። ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘራኽብ ወሰን ዋላ እውን ንሓፂር እዋን እንተተኸፈተ ምስ ዋና ከተማ ኤርትራ ጥቡቕ ርክብ ዘለዎ ኢትዮያዊ ተቓዋሚ ፍሉጥ ሰብ ብግልፂ ከም ዝበሎ ‘ሓሚሙ ንዝፀንሐ ቁጠባ ትግራይ ንምጭንናቕ’ ንዝግበር ፈተነ ኣብ መጀመርታ 2011 ዓ.ም መሊሱ ተዓፅዩ እዩ።[212]

ሐ. ኣብ መቐለ ዝነብር ሓደ በዓል ስልጣን ከም ዝበሎ፣ “[ኢሳያስ] ምስ መንግስቲ ፌደራል ብምሕባር ንህ.ወ.ሓ.ት ከግልል ይደሊ ነይሩ። ናብ ሓደ ዘምፀኦም [ኣብይን ኢሳያስን] ጉዳይ ህ.ወ.ሓ.ት እምበር ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ኣቐዲሙ (ንኽቕፀለሉ) ወሲንዎ ዝነበረ ጉዳይ ሰላም (ዝርርብ) ኣይኮነን።”[213] ሓደ ናይ ወፃኢ ዲፕሎማሰኛ ከም ዝበሎ፡ “እዙይ ንኤርትራ ክፉት ወቕቲ እዩ። [...] ኢሳያስ ንትግራይ ንሓንሳዕን ንመወዳእታን ከጥፍኣ ይደሊ እዩ።”[214] ስለዝኾነ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝግበር ኲናት ንኤርትራ “ናይ ዓሰርተታት ዓመት ፀላኢኣ ትግራዋይ ንምውጋእ” ዕድል እዩ።[215]

መ. ተሳትፎ ሰራዊት ኤርትራ ብኣጋጣሚ ዝመፀ ኮይኑ ዝርአ እንተይኮነስ መደብ ተታሒዝሉ ዝፀንሐ እዩ - ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ኲናት ዝተወለዐሉ መዓልትታት ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ግዝኣት ውሽጢ ኢትዮጵያ ስለ ዝነበረ።

---

[207] *ብፍላይ ተወከስ ብፍላይ* ክፋላት 5.ረ.1.ሀ.)፣ 5.ረ.2.፣ 5.ረ.3፣ 5.ረ.4፣ 5.ሰ.3፣ 6.ለ.2.፣ 6.ለ.2፣ 6.ለ.4፣ን ዓንቀፃት 100(ቀ)፣ 192::

[208] ዴክላን ዋልሽን ሲሞን ማርክስን፣ “<u>ነባራት ፀላእቲ ብውህደት ኣብ ኢትዮጵያ እንተዋግኡ ስደተኛታት እብ ትሕቲ ቶኹሲ ወዲቖም እዮም</u>” *(ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 19 ታሕሳስ 2013 ዓ.ም)፤ ሸቲል ትሮንቮል፣ “ቅርፂ ኲናት ሕድሕድ ኢትዮጵያ” (2015 ዓ.ም)፣ 121 ከረንት ሂስትሪ፣ ገፅ 167 (ኤርትራ “ደሓር ንእትኸፍሎ” ምኽንያት ዝተንተነ)።

[209] ጀራርድ ፕሩነይርን ኢሎይ ፊካይትን (ኣርታዕቲ)፣ *ምርዳእ ዘመናዊት ኢትዮጵያ*(ሀርሰት፣ 2007 ዓ.ም)፣ ገፃት 10-11።

[210] ጀራርድ ፕሩነይርን ኢሎይ ፊካይትን (ኣርታዕቲ)፣ *ምርዳእ ዘመናዊት ኢትዮጵያ*(ሀርሰት፣ 2007 ዓ.ም)፣ ገፃት 10-11።

[211] ኢንተርናሽል ክራይስስ ግሩፕ፣ <u>ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዘሎ ክፍፍል ምርኻብ</u> (5 ሰነ፣ 2012 ዓ.ም)።

[212] ኢንተርናሽል ክራይስስ ግሩፕ፣ <u>ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዘሎ ክፍፍል ምርኻብ</u> (5 ሰነ፣ 2012 ዓ.ም)።

[213] ኢንተርናሽል ክራይስስ ግሩፕ፣ <u>ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዘሎ ክፍፍል ምርኻብ</u> (5 ሰነ፣ 2012 ዓ.ም) (ርቡዕ ኲርናዕ ቅንፍ ኣብቲ ዋና ፍልፍል)

[214] ኣንድረስ ሺፓኒ፣ <u>“ኢትዮጵያ ‘ንዓሰርተ-ዓመታት ጅምላ መቓብራት ክትኩዕት እያ’፡ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝካየድ ረሳሕ ኲናት</u>” (*ፋይናንሻል ታይምስ*፣ 17 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[215] ኣንድረስ ሺፓኒ፣ <u>“ኢትዮጵያ ‘ንዓሰርተ-ዓመታት ጅምላ መቓብራት ክትኩዕት እያ’፡ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝካየድ ረሳሕ ኲናት</u>” (*ፋይናንሻል ታይምስ*፣ 17 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

ረ. ዋና ፀሓፊ ሕቡራት መንግስታት ኣንቶንዮ ጉተሬዝ ካብ ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ ረኺበዮ ብዝበሎ መረጋገፂ መሰረት 30 ሕዳር 2013 ዓ.ም ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መብርሂ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ኣይነበሩን ኢሉ እዩ።[216] ቀዳማይይ ሚንስትር ኣብይ ሕዳር 2013 ዓ.ም ኣብ ልዕሊ ሰራዊቱ ተፈፂሙ ዝተብሃለ መጥቃዕቲ ስዒቡ ብዘይ ናይ ግዳም ድጋፍ "ቀልጢፉ ኽንቀሳቐስ ከም ዝተገደደ" ጥራሕ ኣጥቢቑ ክዛረብ ፀኒሑ እዩ። እንተኾነ ግና ስራሕተኛታት ድጋፍ ወሃብቲ፣ ስደተኛታት፣ ሰብ መዚ ሕቡራት መንግስታትን ዲፕሎማሰኛታትን ከም ዝፀብፀብዎ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ትግራይ ኣብ ዝነበረ ውግእ ተሳቲፉን ኣተሓባቢሩን[217] ከምኡ እውን ሓይልታት ኤርትራ ኣብ መጀመርታ ሰሙናት እቲ ውግእ ካብ ግዝኣት ኤርትራ ከበድቲ ኣፅዋራት ተኲሶም እዮም።[218]

ሰ. ብዝበለፀ ወታሃደራዊ ሓይልታት ወፃኢ ምስታፎም ህ.ወ.ሓ.ት. ፈፂሙዎ ንዝበሃል መጥቃዕቲ መልሲ ንምሃብ ዝካይድ ዘሎ 'ወፍሪ ሕጊ ምኽባር' እዩ ዝብል ዘረባ ቐዳማይ ሚንስትር ኣብይ ኣሕመድ ብተወሳኺ ተቐባልነት ንኸይህልዎ ገይሩ እዩ። ቁፅሮም ካብ 3,000 ክሳብ 7,000 ዝኾኑ ምልምላት ኣባላት ሰራዊት ሶማልያ ካብ 2011 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብ ጎረቤት ኤርትራ ይስልጥኑ ነይሮም ተባሂሉ ተፀብፂቡ እዩ።[219] ኣብ መፈለምታ ዋላ እውን እንተተኸሓደ ደሓር ብፕረዚደንት ፈርማጆ ተኣሚኑ እዩ።[220] ኣብ ኤርትራ ዝወሃብ ዝነበረ ስልጠና ብምሽጥር ዝተጎልበበ ነይሩ እዩ። ናብ "ስልጠና ዝኸዱ ዘለዉ ሰራዊት [...] ናበይ ይኸዱ ከም ዘለው ኣይተዘረቦምን፣ [ከምኡ እውን] ርክብ ክገብሩ ኣይኽእሉን፣" እቲ ስልጠና ከምቲ ልሙድ ብመከላኸሊ ሚንስትር ሶማልያ እንተይኮነስ ብወኪል ድሕነት ይምራሕ ነይሩ።[221] እዞም ቁፅሮም 10,000 ይኾውን ተባሂሉ ዝተፀብፀበ ሰራዊት ሶማልያ ኣብቲ እዋን ናብ ትግራይ ኣትዮም እዮም።[222] ከምቲ ዝተፀብፀበ ካብ 2011 ዓ.ም ጀሚሩ - ሓደ ዓመት ቅድሚ ምውላዕ እቲ ኲናት - እቶም ሰራዊት ኣብ ኤርትራ ይስልጥኑ እንተነይሮም፣ እዙይ ፍሉይ ትኹረት ዘድልዮ እዩ።[223] ካብቶም ሰራዊት ሶማልያ ብተወሳኺ መንግስቲ ኢትዮጵያ ደሓር ብድሮናት ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፣ ቻይና፣ ቱርክን ኢራንን ይሕገዝ ነይሩ እዩ።[224]

111. ራብዓይ ኢትዮጵያ እንተነኣሰ ከም ዝተቐበልዎ ወይ ከዓ ርድኢት ገበነኝነት ከም ዘሎ ተኽእሎ ብዝፈጥር ወይ ከዓ እንተነኣሰ ናይ ወፃኢ ምፅራይ ንምክልኻል ንምፍታን ብዝሕብር መርትዖ ገበናት ክትሓብእ ፅዒራ እያ። ሓንቲ ነበር ሚንስትር መንግስቲ ከም ዝበለቶ፦

> "ሕድሕድ ወገን ዘስዓቦም ኣዝዮም ዘሕምሙ ታሪኻት ሓቢእናዮም ኢና። [...] እንተኾነ ግና ዝረኸብናዮም ዕላዊ ክገብር ኣብ ዝደልየሉ እዋን መስመር ይሓልፍ ከም ዘለኹ ተዘሪቡኒ። 'ኣብ ናይ

[216] ዴክላን ዋልሽን ሲሞን ማርክስን፣ <u>"ነባራት ፀላእቲ ብውህደት ኣብ ኢትዮጵያ እንተዋግኡ ስደተኛታት ኣብ ትሕቲ ቶኹሲ ወዲቖም እዮም"</u> *(ኒው ዮርክ ታይምስ፣* 19 ታሕሳስ 2013 ዓ.ም)።

[217] ዴክላን ዋልሽን ሲሞን ማርክስን፣ <u>"ነባራት ፀላእቲ ብውህደት ኣብ ኢትዮጵያ እንተዋግኡ ስደተኛታት ኣብ ትሕቲ ቶኹሲ ወዲቖም እዮም"</u> *(ኒው ዮርክ ታይምስ፣* 19 ታሕሳስ 2013 ዓ.ም)።

[218] ዴክላን ዋልሽን ሲሞን ማርክስን፣ <u>"ነባራት ፀላእቲ ብውህደት ኣብ ኢትዮጵያ እንተዋግኡ ስደተኛታት ኣብ ትሕቲ ቶኹሲ ወዲቖም እዮም"</u> *(ኒው ዮርክ ታይምስ፣* 19 ታሕሳስ 2013 ዓ.ም)። ክፍለጥ ዝግበኦ ዋላ እውን ህ.ወ.ሓ.ት መረፃ ጠጠው ኣየብልን ምባሉ ኲናት ናይ ምውላዕ ዕድሉ ዝረአ እንተኾነ - ዋላ እውን ናይ ቀዳማላይ ሚንስትር ኣብይ ኣሕመድ ተቐባልነት ዘይብሉ ክስታታት ማለት መንግስቲ ሓይልታት ፌደራል ናብ ትግራይ መረፃ ዝበሃል "ዕብዳን" ጠጠው ክብል ልኢኹ ነይረ እንተበለ - ነበር ወታሃድራዊ ጀነራል መንግስቲ ኣብ ትግራይ ወታሃድራዊ ምትእትታው ክገብር ፀዊዑ እዩ፡ "መንግስቲ ብደንቢ ክዳሎ ይግባእ፣ ከምኡ እውን ክጥቅዑ ኣለዎም"፣ *ተወከስ* ደስታ ገብረመድህን፣ <u>"ኢትዮጵያ ክትብተን ትኽእል እያ ዝበሉ ፍርሕታት ንምንታይ እንሄዉ"</u> ( *ዋርድሂር ንዋስ፣* 30 ነሓሰ 2012 ዓ.ም)።

[219] ሃሩን ማሩፍ፣ <u>"ሕቡእ ስልጠና ሓልታት ሶማል ኣብ ኤርትራ ንስድራታት ኣሻቒሉ"</u> (*ቮይስ ኦፍ ኣፍሪካ፣* 12 ለካቲት 2011 ዓ.ም)።

[220] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኲናት ናይ ኢትዮጲያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 204።

[221] ሃሩን ማሩፍ፣ <u>"ሕቡእ ስልጠና ሓልታት ሶማል ኣብ ኤርትራ ንስድራታት ኣሻቒሉ"</u> (*ቮይስ ኦፍ ኣፍሪካ፣* 12 ለካቲት 2011 ዓ.ም)።

[222] ሉሲ ካሳ፣ <u>"ሓዱሽ ጥምረት ኣብ ዝተርኣየሉ ወታሃድራት ሶማል ኣብ ትግራይ ህልቂት ፈፂሞም እዮም፣ ብሂወት ዝተረፉ ዝበልዎ"</u> ( *ግሎብ ኤንድ ሜይል፣* 12 ጥሪ 2014 ዓ.ም)።

[223] ሃሩን ማሩፍ፣ <u>"ሕቡእ ስልጠና ሓልታት ሶማል ኣብ ኤርትራ ንስድራታት ኣሻቒሉ"</u> (*ቮይስ ኦፍ ኣፍሪካ፣* 12 ለካቲት 2011 ዓ.ም)።

[224] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኲናት ናይ ኢትዮጲያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 263።

ኣብይ ቢሮ ዝለዓለ ቦታ ዝርከብ በዓል ስልጣን ፀዊዑ ከምኡ ክትገብሪ ኣይትኽእልን ኢሉ ተዛሪቡኒ። ኣነ ዝተዛረብክዎ ድማ፣ ዝሓተትኩምኒ ነቲ ሓቂ ክረክብ እምበር ወፍሪ ፕሮፖጋንዳ ክሰርሕ ኣይኮንኩን። መንግስቲ ከውድቕ ኣይፍትንን ዘለኹ - ብፈጣሪ ስም ሰፊሕ ዓመፅ ደቂ ኣንስትዮ ኣሎ። ህፃናት ወታሃደራት ብኹሎም ወገን ይምልመሉ ኣለዉ። ኣብ ቅድመይ ዝርከብ ኣብ ጠረጴዛ እዚ ኹሉ መረዳእታ ኣለኒ።"’[225]

112. ናይ ተቓዋሚ ውድብ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ሓላፊ ጉዳያት ወፃኢ ዝኾነ ሃይሉ ከበደ ኣብ ሰነ 2014 ዓ.ም ኣብ ዘሐተሞ ፅሑፍ መንግስቲ ፌደራል ንተጋሩ ብሄሮም ጥራሕ መሰረት ብምግባር ይገፍፍ ኣሎ ክብል ከሲሱ እዩ።[226] ኣብ 2014 ዓ.ም ኣብ ውሽጢ ኣዲስ ኣበባ ብሓይልታት ፀፅታ ምእሳሩ ተፀብፂቡ እዩ፣[227] ከምኡ እውን ምእሳሩ ደጊሙ ብምርግጋፅ ኣብ ጥሪ 2015 ዓ.ም ኣብ ትዊተር ንቹሕ ተሳታፊ ነይሩ።[228] መንግስቲ ፌደራል ብተመሳሳሊ ንፀብፃብ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ‘’መባርዒ ዘረባ’’ ክብል ወቒስዎ እዩ።[229]

113. ሓምሻይ፣ አባላት ጉጅለ ተጋሩ ካብ ትግራይ ወፂኦም ንኸየምልጡ ተኸልኪሎም እዮም፣ ከምኡ እውን እንትወፅኡ ተቐቲሎም ወይ ከዓ ንተወሳኺ ግዳይነት ብዘቃልዕ ብሓይሊ ኣብ ትግራይ ክፅንሑ ተገይሮም እዮም።

114. ብመሰረት ሓደ ፀብፃብ ሰራዊት ኢትዮጵያ ታሪኽን መረዳእታን ተግባራቶም ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ንምሕባእ ናብ ሱዳን ዘራኽብ መንገዲ ዓፀዮም እዮም።[230] እዙይ ዘጋጠመ ኣብ መጀመርታ ሕዳር 2013 ዓ.ም ወታሃደራት ሰራዊት መከላኸሊ ሃገር ኢትዮጵያ ምስ ሚልሻ ኣምሓራ ኮይኖም ተጋሩ ናብ ሱዳን ንኸይሰገሩ ብኣካል ንምኽልካል ይፍትኑ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን እዩ።[231] ብተወሳኺ ኣብ ሕዳር 2013 ዓ.ም “ሰራዊት ኢትዮጵያ [...] ሰባት ካብ ናይታ ሃገር ኣብ ውግእ ትርከብ ክልል ትግራይ ናብ ሱዳን ንኸይሳገሩ ስደተኛታት ብብዝሒ ኣብ ዝሳገርሉ ጠረፍ ቦታ ኮይኖም ዓፀዮም እዮም።”[232] እዙይ ድሕሪ ምውላዕ ኲናት ኣብ ሓፂር እዋን ማለት ትግራይ ካብ ወፃኢ ዓለም ተቖሪፃ ኣብ ዝነበረትሉ ብምግጣሙ እዞም ከምዚ ዝበሉ ካብ ብዙሓት ተጋሩ ዝርከቡ መረዳእታታት ብቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ክረጋገፁ ኣይከኣሉን።[233]

115. ኣብ ተመሳሳሊ እዋን “ኣብይ ኣብ መወዳእታ መጋቢት 2013 ዓ.ም ኣብ ትግራይ ዝርከብ ህዝቢ ንኽምለስ ኣብ ዝፀወዐሉ ድሕሪ [መ]ዓልትታት ካብ ሓምዳይት [መዕቖቢ ማእኸል ስደተኛታት ኣብ ሱዳን] ንኽምለሱ ዝፈተኑ እንተነኣሰ ክልተ ሰብኡት ካብ መቋረፂ ጠረፍ ኮይንካ ክረአ ብዝኽእል ብሓደገኛ

[225] ማክስ ቢራክ፣ “ኲናት እንትውላዕ እንተሎ ንሳ ኣብ ናይ ኣብይ ኣሕመድ ካቢነ ነይራ፡ ሕጂ ግን ነቲ ታሪኽ ክትድሕድሖ እያ ትደሊ” (*ዋሺንግቶን ፖስት*፣ 21 ታህሳስ 2014 ዓ.ም) (ትኹረት ይወሰኽ)።

[226] ዳዊት እንደሻውን ካትሪን ሆረልድን፣ “ቀታሊ ማእሰርቲ” (*ሮይተርስ*፣ 10 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[227] ብያበለ ሚድያ ኣብ ትዊተር ዝተለጠፈ፣ 24 ነሓሰ 2014 ዓ.ም።

[228] ብሃይሉ ከበደ ኣብ ትዊተር ዝተለጠፈ፣ 23 ታሕሳስ 2015 ዓ.ም።

[229] ኣ.ፍ.ፒ.፣ “ኢትዮጵያ በውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝምራሕ ምፅራይ ከይዲ ሰላም ‘ከዳኽም’ ይኽእል ክትብል ኣጠንቂቓ” (*ጀስቲስ ኢንፎ*፣ 8 ለካቲት 2015 ዓ.ም)።

[230] ኒዒማ ዒልጋብር ኣብ ጃማል ያስማን፣ “መደንገፅታት እቲ ሕቡእ ኲናት፡ ጎንፂ ኣብ ውሽጢ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ” (*ቻነል 4*፣10 ጉንበት 2013 ዓ.ም)።

[231] መሓመድ ኣሚን፣ “ዝንታ ተጋሩ ስደተኛታት ብዛዕባ መደንግፂታት ሓዱሽ ጎንፂ ኢትዮጵያ” (*ዘ ኒው ሁይማኒታርያን*፣ 10 ሕደር 2013 ዓ.ም)::

[232] ፋይ ኣቡልጋሲምን ናሪማን ኢል-ሞፍቲይን፣ “ሓይልታትት ኢትዮጵያ ስደተኛታት ናብ ሱዳን ንኸይኣትዉ ከልኪሎም ተባሂሉ” (*ኤ.ፒ.*፣ 24 ሕዳር 2013 ዓ.ም)።

[233] ላዕዕዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት ሕቡራት መንግስታት፣ “ቁፅሮም ናብ 50,000 እንትፅጋዕ ስደተኛታት ኢትዮጵያ ብሰላም ናብ ሱዳን ንኸይኣትዉ ክልከላ ኣጋጢምዎም” (1 ታሕሳስ 2013 ዓ.ም)።

ኣቀታትላ ተቐቲሎም እዮም።"[234] ሩባ ተከዘ ኢትዮጵያ ካብ ሱዳን ኣብ ዝፈልየሉ ቦታ ብዙሓት ሬሳታት ብተከዘ ውሕጅ ተወሲዶም ኣብኡ ተደርብዮም ተረኺቦም እዮም።[235]

### 2. ሰብ መዚ ክልል ኣምሓራን ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን

#### *ሀ. ተጋሩ ናይ ምጥፋእ ቀጥታ ሓሳብ ዘረጋግፅ መረዳእታ*

116. ክልተ ፀብፃባት ከም ዝደምደምዎ ስበ ስልጣን ኣምሓራ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ምልሻ ፋኖን ንምልዕዓል ወፍሪ ፅንተት፣[236] ምስቓይ፣[237] ጎንፂ ወለድ ፆዊታ ዓመፅ ሓዊሱ ሓደገኛ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ብምፍፃም ተሓተትቲ እዮም። "ፅንተት" ንባዕሉ ፅንሰ-ሓሳብ ሕጊ እንተይኮነስ ኣብ ልዕሊ ናይ ሓደ ፍሉይ ጉጅለ ሰባት ዝተፈፀመ ወይ ከዓ ተፈፂሙ ዝተብሃለ ዓለም-ለኸ ገበን ኩሉ ግዘ ንምግላፅ (ከም ብሓቂ እውን) ዝውዕል ቃል እዩ ተባሂሉ ደጊምካ ክፅዋዕ ይግባእ። ከከም ኩነታቱ እዚ ተግባር ናብ ገበናት ኲናት፣ ገበን ኣንፃር ሰብኣውነት (ከም ገበን ምስቓይ ወዲሰብ)፣ ወይ ከዓ ፅንተት ክዓቢ ይኽእል እዩ።

117. ካልኦት ፀብፃባት ብተወሳኺ ከይዶም ከም ዝገለፅዎ "ሰበ ስበልጣን ክልል ኣምሓራ ኣብ ዝተቖፃፀርዎም ከባቢታት ብዛዕባ ጎንፂ ወለድ ፆዊታ ዓመፅ ብጨቡጥ ዝምልከት ሓበሬታ ከም ዝሕብሮ [ጎንፂ ወለድ ፆዊታ ዓመፅ] ኣብ ጎኒ ካልኦት ጎንፂ ወለድ ፆዊታ ዓመፅ ዘይኮኑ ተግባራት ከም ጃምላ ቅትለት፣ ማምላ ማእሰርቲ፣ ምግብን ሰብኣዊ ሓገዝን ከይረኽቡ ምግባር፣ ተጋሩ ዕላማ ዝገበሩ መግለልቲ ሕግታትን ቁፅፅራትን ሓቢሩ ዝተርኣየ መሰረታዊ ወፍሪ ስቓይን ዘርኢ ምፅራይን እዩ።"[238]

118. ጭቡጣት መረዳእታታት ከም ዝሕብርዎ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ክልላዊ ሰበ ስልጣንን ከም ጉጅለ ኮነ ኢሎም ንኽጥፍእዎም ዝዛመድ እንተኾይኑ ምስ ሓሳብ ፅንተት ብዝቃዶ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ተጋሩ ምስቓይ ጥራሕ እንተይኮነስ ተጋሩ ብብሄሮም ምኽንያት ጥራሕ ክንፀሉ ገይሮም እዮ።[239] ተጋሩ ዕላማ ዝተገበሩ ብተወለድቲ ብሄር ኣምሓራ ጥራሕ እንተይኮነስ እንኮላይ ብፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ፣ ምልሻ ፋኖን ኣብ ምዕራብ ትግራይ ብዝተጣየሸ ግዝያዊ ምምሕደር ኣምሓራን እዮም።[240]

119. ተወለድቲ ብሄር ኣምሓራ ብዝምልከት ንኣብነት ንሓደ ብሂወት ዝተረፈ ኣዲኡ ኣምሓረይቲ ኣቡኡ ድማ ትግራዋይ ዝኾነ ብናይ ቀደም ወዲ ክፍሊ መማህርቱ ኣምሓራይ ንስኻ 'ሕውስዋስ' [ዲቃላ] ኢኻ

---

[234] ካራ ኣና፣ "'ንተጋሩ ከይትገድፉ'፣ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ብሄር ይስረዝ ኣሎ" *(ኣሶሼትድ ፕረስ፣* 29 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[235] ካራ ኣና፣ "ንትግራዋይ ከይትገድፉ'፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዓሌት ይጠፍእ ኣሎ" *(ኣሶሼይትድ ፕረስ፣* 29 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[236] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 2 (ከም ዝገለፆ እዙይ "ብምትሕብባር ሓይልታት ፌደራል" ከምዝተፈፀመ እዩ)፤ ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)።

[237] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 29፤ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 2 (ከም ዝገለፆ እዙይ "ብዘይተቓውሞን ከምኡ እውን ሓይልታት ፌደራል ኢትዮጵያ ናይ ምስታፍ ተኽእሎ" ከም ዝተፈፀመ እዩ)፣ ገፅ 193፣ ገፅ 227 (ክሳዕ "ኮሎኔል ደመቀ ንገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት [...] ምስቓይ ዝነበሮ ናይ ኣዛዛይ ተሓታታይነት ክምርመርን ብግቡእ ክኽሰስን ይግባእ" ክብል ገሊፁ እዩ)፣ ገፅ 229 (ክሳዕ "ኮሎኔል ደጀኔ ንገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት [...] ምስቓይ ዝነበሮ ናይ ኣዛዛይ ተሓታታይነት ክምርመርን ብግቡእ ክኽሰስን ይግባእ" ክብል ገሊፁ እዩ)፣ ገፅ 230 (ክሳዕ ሙሉእ ሽሙ በላይ ኣያሌው ተባሂሉ ዝእመን ኣብ ሑመራ ዝነብር ኦፊሰር ድሕነት "ንገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት [...] ምስቓይ ዝነበሮ ናይ ኣዛዛይ ተሓታታይነት ክምርመርን ብግቡእ ክኽሰስን ይግባእ" ክብል ገሊፁ እዩ)።

[238] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 59።

[239] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 146 ("ናይቶም ፈፀምቲ ሓደ ሓደ መግለፅታት ከም ዝሕብርዎ ህዝቢ ትግራይ ንኽጥፍእዎ ሓሳብ ነይርዎም ይኸውን ዝብል እዩ")::

[240] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 2።

ኢሉዎ፤ ከምኡ እውን ብምኽንያት ሕውስዋስ ብሄሩ ቀፂሎም ከም ዝመፅዎ ምፍርራሕ ከም ዝበፅሖ ተፀብፂቡ እዩ።[241] እቲ ብሂወት ዝተረፈ ከም ዝተዛረበ "ንሕዚ ድቓላ ምዃን ከም ዘድሓነኒ እየ ተማሂረ። ሐዚ ግና ሓንቲ ንጣብ ደም ትግራዋይነት እውን እንተኾነት መቕፃዕቲ ሞት እያ" ክብል ተዛሪቡ።[242]

120. ሓደ ዘምለጠ ከም ዝፀብፀበ "እንኮላይ ኣዕሩኽትና ዝነበሩ ሰባት ትግራዋይ ምቕታል ናይ ጅግንነት ነገር ኮይኑ ኣሎ - ዝኾነ እትጃሃረሉ ዛዕባ። ካብ ትግራይ ኣብዚ ሐዚ እዋን ንምምላጥ ምሒር ከቢድ ዝኸውን እውን ነዚ እዩ። [...] ዝኾነ ሰብ ክቕትለካ ይኽእል እዩ፣ *ዝኾነ ሰብ ክቕትለካ ይደሊ እዩ* - ሙሉእ ሕጊ-ኣልቦነት እዩ ዘሎ።"[243]

121. ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ብዝምልከት ሓደ ወዲ 23 ዓመት ነጋዳይ ኣብ ጥቓ ራውያን ኣብ ሓለዋ ካብ ዝነበሩ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ከምልጥ ፈቲኑ እዩ። እቶም ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ብኻራ ኣጥቂዖም ሒዞም ናብ ከተማ መሊሶምዎ እዮም። ንሱ ዝተዛረበ፦ "ኣብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሰውነተይ ወጊዖምኒ እዮም። ክተምልጥ ኣይትኽእልን! ... ንስኻ ኣባል ጁንታ ኢኻ! እዚ ናይ መወዳእታኻ እዩ! ካብዚ መሬት ክንድምስሰኩም ኢና። እዚ መሬት እዙይ ናትና እዩ። እዚኣ ትግራዋይ ኣብዚ ኸባቢ ንኽነብር ናይ መወዳእታ ግዘ እያ።"[244] እዙይ ከም ዝሕብሮ ምልሻ ኣምሓራ ብምኽንያት ግዝኣታዊ ጎንፂ ንተጋሩ ካብ ክፋል ከባብታት ትግራይ ምብራር ጥራሕ እንተይኮነስ እንኮላይ ብሄር ተጋሩ ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ከም ዝነበሮም እዩ።[245]

122. ብርግፅ ሓደ ምስክር ከም ዝበሎ ሓይልታት ፀጥታ ኣምሓራ፡ "ኩሎም ተጋሩ ክሞቱ ኣለዎም። *ንኩሉኹም ክነጥፍኣኩም ኢና*"[246] ክብሉ ገሊፆም እዮም።

123. ተኣሲሩ ዝነበረ ሓደ ሰብ ካብ ሓደ ኣመራርሓ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ዝሰምዖ ዘረባ ንዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ከም ዝበሎ፡ "ንስኻትኩም ሰባት ኣይኮንኩምን ... ናይ ኢትዮጵያ ኣትማን ኢኹም ... ኢትዮጵያ ሰላም ትረክብ ንስኻትኩም ክትጠፍኡ ከለኹም ጥራሕ እያ"[247] ዝብል ነይሩ።

124. ምልሻ ፋኖ ብዝምልከት ሓንቲ ብሂወት ዝተረፈት ኣብ ቅድሚ ደቃ ብምልሻ *ፋኖ* ተዓሚፃ እያ። *ፋኖ* ገዛ ንገዛ እንዳፈተሹ ንተጋሩ ዕላማ ይገብሩ ነይሮም። ንሳ ከም ዝተዛረበቶ፦

"ካብኣቶም ክልተ ምስ ዓመፁኒ ውነይ ጠፊኡኒ እዩ፣ ስለ ዝኾነ ካብኡ ንላዕሊ ክንደይ ዝኣኽሉ ከም ዝዓመፁኒ ኣይፈልጥን፣ ኩሎም ሽዱሽቲኦም [ፈፂሞም ዶ] ወይ ከዓ ኣይፈፀሙን ኣይፈልጥን።

---

[241] ማክስ ቢራክ፣ <u>"ኢትዮጵያውያን ስደተኛታት 'መወዳእታ ብርኪ ምፅራይ ዓሌት' ኣብ ምዕራብ ትግራይ ኣምሊጦም ከም ዝመፁ ተዛሪቦም"</u> (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 7 ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)።

[242] ማክስ ቢራክ፣ <u>"ኢትዮጵያውያን ስደተኛታት 'መወዳእታ ብርኪ ምፅራይ ዓሌት' ኣብ ምዕራብ ትግራይ ኣምሊጦም ከም ዝመፁ ተዛሪቦም"</u> (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 7 ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)።

[243] ማክስ ቢራክ፣ <u>"ኢትዮጵያውያን ስደተኛታት 'መወዳእታ ብርኪ ምፅራይ ዓሌት' ኣብ ምዕራብ ትግራይ ኣምሊጦም ከም ዝመፁ ተዛሪቦም"</u> (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 7 ታሕሳስ 2014 ዓ.ም) (ትኹረት ዝተወሰኸ)። ናይና ኤግዚብሽን፣ ትግራይ ኣድቮከሲ ካናዳ፣ 25 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ("ብብሄሩ ኣምሓራይ ዝኾነ ሰብ ይጥምት ነይረ፣ ደሓር ትግራዋይ ደም ዘለዎ ሰብ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኣብ ጥቕኡ ክህሉ ከምዘይደልን፣ ከጥፈኦ ጥራሕ እየ ዝደሊ ክብልን ተዛሪቡኒ")።

[244] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ <u>*"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"*</u> (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 75።

[245] ኣምሓራ ግዝኣት ንምሓዝ ብዘብል ንተጋሩ ኮነ ኢሎም እንተኣጥፊኦም ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ካብ መፈለምትኡ ስለ ዝሓዙ ናብ ፅንተት ክብርኽ ይእል እዩ። ብኻሊእ ገፅ ድማ ቀዳማይ ትኹረቶም መሬት ምርካብ እንተኾይኑ ግን ድማ እዙይ ንምዕዋት ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ከም ዘለዎም ዘየርኢ እንተኾይኑ - ማለት እቶም ፈፀምቲ እቲ ዝደለ መሬት ከመይ ከም ዝረኽብዎ ዘየገድሶም እንተኮይኑ - ናይ ምጥፋእ ሓሳብ የለን። እዘም ክልተ ሓቅታት ነንበይኖም ብተግባር ንምፍላይ ከቢድ እዩ፤ ብፍላይ ናይ ምግላል ሓሳብ ከም ምስቓይ ዝበሉ እንኮላይ እንተሃልዮም።

[246] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 186 (ትኹረት ዝተወሰኸ)።

[247] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 186።

ንሰቶም ዝበልዎ ንስኻትኩም ተጋሩ ካብ ተከዘ ንምዕራብ ካብ ዝርከብ መሬት ክትጠፍኡ ይግባእ! ንስኻትኩም እኩያት ኢኹም ስለዝኾነ *ደምኩም ኢና ነፅርየኩም ዘለና*" ክብሉ ተዛሪቦምዋ።[248]

125. ሓንቲ ብሂወት ዝተረፈት ከም ዝዘከረቶ፡- "ካብኣቶም ሓዲኦም ዝተዛረቡኒ፡- 'ማህፀንኪ ከጥፍኦ እየ፣ ስለዝኾነ ትግራዋይ ክትወልዲ ኣይትኽእልን። ተጋሩ ህፃናት ኣብ ውሽጢ ሰውነት ከም ዘሎ ካንሰር እዮም ዝዓብዩ፣ ሓደ እዋን ድማ ዓበይቲ ይኾኑ'" ክብሉ ተዛሪቦምዋ እዮም።[249]

126. ካብ ትግራይ ናብ ሱዳን ዘምለጠት ስደተኛ ሰበይቲ ዝተዛረበቶ እቶም ዝዓመፅዋ፡- "ንስኻትኩም ተጋሩ ታሪኽ ኣይብልኹምን፣ ንስኻትኩም ባህሊ የብልኹምን። ኣብ ልዕሌኺ ዝደለኽዎ ነገር ክፍፅም ይኽእል እየ፣ ዝምልከቶ የለን" ኢሉዋ እዩ።[250] ግዳያት ፆታዊ ዓመፅ ዝሕክም ዶክተር ከም ዝበሎ፣ "ሓይልታት ኣምሓራ [...] ከም ዝተዛረብወን ብሄር ተጋሩ ንምፅራይ ኮነ ኢሎም ከም ዝተልዓሉ እዩ።"[251]

127. ሓንቲ ሰበይቲ "ኣብ ምዕራብ ትግራይ መዳጎኒ ካምፒ ብኣባላት ፋኖ ዕስለ-ዓመፅቲ ዝተደፈረት ካብ ዝተዛረቡዋ ዘረባ፡- 'ካብዚ ቦታ እዙይ ክነባርረኩም ኢና። ደጊም ትግራይዋይ ክህሉ ኣይንፈቅድን። ክነጥፍኣኩም ኢና። ንስኻትኩም ናይዚ ቦታ ኣይኮንኩምን'" ኢሎምዋ እዮም።[252]

128. ኣብ ሱዳን መዕቖቢ ስደተኛታት ሓምዳይት ዶክተር ዝኾነ ቴድሮስ ተፈራ ዝፀብፀቦ፡-
"እተን ዝተዓመፃ ደቂ-ኣንስትዮ እንትዕምፅወን ንዓታተን [እቶም ኣምሓሩ] ካብ ዝተዛረቡወን ነገራት መንነትክን ክትቕይራ ኣለክን። ኣምሓሩ ክኾና ወይ ከዓ እንተነኣስ ትግራዋይ መንነተን ክገድፋ … ናብቲ ቦታ ዝመፅኡ ከንፅህወን … ዘርኣዊ ደመን ንኸንፅህወን" ምዃኖም ተዛሪቦም።[253]

129. ብተወሳኺ ፍሉጣት ኣመራርሓ ኣምሓራ ተጋሩን ህ.ወ.ሓ.ትን ንኣምሓራ ከም ዝጨቆኑን እንኮላይ እውን ኣብ ልዕሊኦም ፅንተት ከም ዝፈፀሙን ዝገልፅ ተረኽ ኣሰኡሞም እዮም።[254] ድሕሪ ምውላዕ እቲ ኩናት ኣብ ከተማ ማይካድራ ኣብ ልዕሊ ክልቲኦም ወገናት ዝተፈፀመ መቕዘፍቲ ኣብቲ እዋን "ንኢትዮጵያን ኣምሓራን ማእኸል ፕሮፖጋንዳ ኮይኑዎም እዩ።"[255]

130. ሓደ ተወላዲ ብሄር ኣምሓራን ኦሮሞን ዝኾነ ጓሂ ዝተሰመዖ መንግስቲ ሰራሕተኛ *ንኣሶሼይትድ ፕረስ* ዝተዛረቦ ኣብ ክልል ኦሮምያ ዝነብሩ ተጋሩ "ብዘይ ዝኾነ ሕጋዊ ወረቐት፣ ብዘይዝኾነ ምኽንያት" ተፀሪጎም ንኽወፅኡ ተዘሪብዎም እዩ። እታ ሃገር ኣብ ልዕሊ 6 ሚልዮን ተጋሩ ዝፈፀመቶ ሕቶኣዊ ብዝኾነ ዝተዛረቦ፡-

---

[248] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ረድኢት ጎንዒ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 29 (ትኹረት ይወሰኽ)።

[249] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 188 (ትኹረት ይወሰኽ)።

[250] ቤቴልሄም ፈለቀ፣ ኤሊዛ ማኪንቶሽ፣ ጊያንሉቻ ሚዞፍዮር፣ ካትየ ፖልግላስ፣ ኒዒማ ዒልጋብር፣ ባርባራ ኣርቫኒቲዲስን ኣሌክስ ፕሌትን፣ "ብተግባር እዙይ ዘርኢ-ፅንተት እዩ" *(ሲ.ኤን.ኤን፣* 13 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[251] ቤቴልሄም ፈለቀ፣ ኤሊዛ ማኪንቶሽ፣ ጊያንሉቻ ሚዞፍዮር፣ ካትየ ፖልግላስ፣ ኒዒማ ዒልጋብር፣ ባርባራ ኣርቫኒቲዲስን ኣሌክስ ፕሌትን፣ "ብተግባር እዙይ ፅንተት እዩ" *(ሲ.ኤን.ኤን፣* 13 መጋቢት 2013 ዓ.ም)፤ ኒዒማ ዒልጋብር ኣብ ጃማል ያስማን፣ "መደንገፅታት እቲ ሕቡእ ኩናት፡ ጎንፂ ኣብ ውሽጢ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ" (*ቻነል 4፣* 10 ጉንበት 2013 ዓ.ም)።

[252] ዓለም ለኽ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኽ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (9 መስከረም 2015 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./51/46፣ ዓንቀፅ 62።

[253] ቤቴልሄም ፈለቀ፣ ኤሊዛ ማኪንቶሽ፣ ጊያንሉቻ ሚዞፍዮር፣ ካትየ ፖልግላስ፣ ኒዒማ ዒልጋብር፣ ባርባራ ኣርቫኒቲዲስን ኣሌክስ ፕሌትን፣ "ብተግባር እዙይ ፅንተት እዩ" *(ሲ.ኤን.ኤን፣* 13 መጋቢት 2013 ዓ.ም፤ ኣብ ፅሑፍ ዝሰፈረ)።

[254] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ረድኢት ኩናት ናይ ኢትዮጳያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 162 ("ናይዞም ብዙሓት ተቓውሞ ተዋሳእቲ ህላወ ጠቕላላ ውፅኢት ናይ ጠቕላይ ሚንስትር ኣብይ ገዛኢ ውድብ ሃራዊ ብሄርተኝነት ንምስሓል እዩ [….]። እዙይ ብፍላይ ኣብ ክልል ኣምሓራ እዞም ዛዕባታት ብንደቢ ኣብ ፀዋታ ውዒሎም እዮም፣ እቲ ገዛኢ ውድብ እውን ኣምሓራ ተጨቂኑ - እንኮላይ ፅንተት ተፈፂሙሉ - ዝብል ተረኽ ዳያስፖራ ኣምሓራ ክሓቁፍ ጀሚሩ እዩ")።

[255] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ረድኢት ኩናት ናይ ኢትዮጳያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 234።

“እዚኣቶም ኢትዮጵያውያን እዮም። … እዙይ መሰንበዲ እዩ። ፈታዊ ሃገር ዋላ እንተኾንኩ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ተቐባልነት ዘይብሉ ገለ ነገር ክፍፅም ይድግፍ ማለት ኣይኮነን።”[256]

## *ለ. ቀጥታዊ ብዘይኮነ ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ዘረድኡ ብቑዓት ኩነታት*

131. ኣብ መንጎ ተጋሩን ኣምሓራን ጎንፂ ክለዓል ዝኽኣለ መሬት ምሕደራ ዝምልከት ታሪኻዊ ጎንፂ ዋላ እንተኾነ መበገሲ እቲ ጎንፂ ግና ናብ ድሕሪ 1967 ዓ.ም ዝነበረ ወያነ ደርጊ ንሃፀያዊት ኢትዮጵያ ዝበታተነሉ እዋን ዝምለስ እዩ። ኣምሓሩን ተጋሩን ሓባራዊ ሃይማኖት፣ ቋንቋን ባህልን ዝካፈሉ እንተኾኑ እውን ነቲ ናይ ሐዚ ጎንፂ ከባርዕ ዝኽእል ሕድሕድ ወገን ሱር ዝሰደደ ዘርኣዊ ብሄርተኝነት ኣለዎም።[257]

132. ኣምሓራን ትግራይን ኣካል እቲ ጥምረት ገዛኢ ውድብ ኣብ ዝነበሩሉ ብታሪኽ ናይ ክልል ኣምሓራ እዩ ኢሎም ዝኣምንዎ ግና ድማ ኣብ 1983 ዓ.ም ናብ ክልል ትግራይ ብዘይሕጋዊ ተወሲዱ ዝብልዎ ምዕራብ ትግራይ ህ.ወ.ሓ.ት ነዚ ከባቢ ንምሓዝ ዝገብሮ ሕቶ ኣምሓሩ ይቃወምዎ እዮም።[258] ኣምሓራ ኣብዘም መዋጠጥቲ ቦታታት ሓደገኛ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣምሓራ ተፈፂሙ ዝብል ክሲ ኣለዎም።[259] ትግራይ “እዙይን ካልኦትን ንምፍታሕ ብመንግስቲ ፌደራል ኣብ ታሕሳስ 2011 ዓ.ም ዝተጣየሸ ወሰን ኮሚሽን ፌደራል ሕገ-መንግስታዊ መሰረት ነፂጋቶ እያ።”[260] ካብዘም ጎንፅታት እዚኣቶም ዝነቐለ ኣምሓራ ኣብ 2008 ዓ.ም ዘይሕጋዊ ብዝኾነ መሬት ተወሲዱና ብምባል ኣብ ልዕሊ ምሕደራ ተጋሩ ናብ ዓመፅ ዘምርሐ ተቓውሞታት ኣልዓዒሎም እዮም፣ እዙይ ክሳብ ኣብ 2011 ዓ.ም ቅትለት ኣሻሓት “ቅማንት ማለት ኣብቲ ክልል ዝለዓለ ሕቶ ርእሰ-ምሕደራ የሰጕሙ ዝነበሩ ንኡስ ብሄር ዘስዓበ እንትኸውን ክልላዊ ሰበ ስልጣን እውን እዚ ወፍሪ ዓርሰ-ምሕደራ ብናይ ትግራይ ገዛኢ ውድብ ገንዘባዊ ሓገዝ እንዳተገበረሉ እዩ ዝብል ቅሬታ ነይርዎም።”[261]

133. ኣምሓራ ዝተወሰና ወረዳታት ምዕራብ ትግራይ፣ ሰሜን ምዕራብ ትግራይን ደቡብ ትግራይን ናታቶም ምዃነን ይኣምኑ (ወልቃይት፣ ሑመራ፣ ፀገዴ፣ ፀለምትን ራያ-ቆቦን)።[262] ቴድሮስ ተሾመ ዝተብሃለ ሰራሒ ፊልሚ ኢትዮጵያዊ ካረን ባስ ንዝተብሃለት ኣባል ኮንግረስ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝሃባ ገለፃ ተጋሩ ናብ ስልጣን ቅድሚ ምምፅኦም ዝነበረ ካርታ ኢትዮጵያ ብምጥቃስ “ትግራይ ናብ ጠረፍ ሱዳን ዘፀግዕ ወሰን ኣይነበራን። […] ምዕራብ ትግራይ ዝበሃል ነገር የለን”[262] ኢሉ ገሊፁ እዩ።[263] ኣምሓሩ ዝኾኑ ዓበይቲ ሰበ ስልጣን ፌደራል መንግስቲ ታሪኻዊ መሬትና እዩ ብምባል “መሊስና ክንረኽቦ ኢና” ክብሉ ተዛሪቦም እዮም።[264]

---

[256] ካራ ኣና፣ “ሓዱሽ ማዕበል ማእሰርቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ህፃናት ሓዊሱ” *(ኣሶሼይትድ ፕረስ*፣ 12 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።
[257] ኢንተርናሽል ክራይስስ ግሩፕ፣ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዘሎ ክፍፍል ምርኻብ (5 ሰነ፣ 2012 ዓ.ም)።
[258] ኢንተርናሽል ክራይስስ ግሩፕ፣ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዘሎ ክፍፍል ምርኻብ (5 ሰነ፣ 2012 ዓ.ም)።
[259] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *“ሰብ ምዃነይ ዝተረድኡ ኣይመስለንን”፡ መድፈርትን ካልኦት ፆታዊ ዓመፃትን ኣብ ጎንፂ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ*(5 ነሓሰ 2013 ዓ.ም) ኤ.ኤፍ.ኣር.25/4569/2021፣ ገፅ 9።
[260] ኢንተርናሽል ክራይስስ ግሩፕ፣ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዘሎ ክፍፍል ምርኻብ (5 ሰነ፣ 2012 ዓ.ም)።
[261] ኢንተርናሽል ክራይስስ ግሩፕ፣ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዘሎ ክፍፍል ምርኻብ (5 ሰነ፣ 2012 ዓ.ም)።
[262] ኢንተርናሽል ክራይስስ ግሩፕ፣ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዘሎ ክፍፍል ምርኻብ (5 ሰነ፣ 2012 ዓ.ም)።
[263] ቴድሮስ ተሾመ ንኣባል ኮንግረስ ሰበይቲ ገለፃ እንትህብ ዘርኢ ልጣፍ ትዊተር፣ 4 ምስከረም 2014 ዓ.ም ዝተለጠፈ።
[264] ኢንተርናሽል ክራይስስ ግሩፕ፣ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዘሎ ክፍፍል ምርኻብ (5 ሰነ፣ 2012 ዓ.ም)።

134. ካብ ግጭት መሬት ብተወሳኺ፣ ኣምሓራ “ህ.ወ.ሓ.ት” “ንትግርኛ ተዛረብቲ ብዝጥዕምን ከምኡ እውን ህ.ወ.ሓ.ት ኣብ ትሕቲ ስርዓት ብሄራዊ ፌደራል ኢትዮጵያ ነቲ መሬት ንምውሳድ ዘኽእሎ መሰረት [ንምንፃፍ] ምምጥጣን ስነ-ህዝቢ ኣብቲ ከባቢ”[265] ኣምሓራ ብምቕታልን ብምፍንቓልን ከምኡ እውን ናይቲ ከባቢ ኣንሸቲ ብምምርዓው ቀይርዎ እዩ ዝብል ሕቶ ኣለዎም።[266]

135. ብኻሊእ ሸነኽ ተጋሩ ቅድሚ ዓመፅ ህ.ወ.ሓ.ት ምጅማሩ ጀሚሩ እቲ ካባቢ ብበዝሒ ትግርኛ ተዛረብቲ ዝሓዘ እዩ ዝብሉ እንትኾኑ ከምኡ እውን ተጋሩ “ንሳቶም [ኣምሓራ] ብሓይሊ ንምውሳድ ዝፍትኑ እንተኾኖም ከም ዝለዓሉ” ተዛሪቦም እዮም።[267] ኣብ ኣምሓራ ዝነበሩ ተቓወምቲ ካብ 2010 ዓ.ም ጀሚሮም “ናብ ትግራይ ቁልፊ መተሓላለፊ መንገዲ ዝኾነ ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ዋና ከተማ ክልል ትግራይ ዝኾነት መቐለ ዝወስድ ዋና መንገዲ ምዕፃዎም” ስዒቡ ህ.ወ.ሓ.ት “[ኣብ መቐለ ዘሎ መሪሕነት ትግራይ] ኣብ ግዝኣታዊ ጎንፂ ዘለዎ መርገፂ ንኽቕይር ብተሓለቕቲ ኣምሓራ ዝግበር ፈተነ እዩ ክብል ሓሳቡ ዝገለፀሉ እዩ ነይሩ።”[268]

136. ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን ዘረጋገፁዎ፦

“ኣብ ምዕራብ ትግራይ ዝነበሩ ሰበ ስልጣን [ብክልላዊ ምምሕዳር ኣምሓራ ዝተጣየሸ ግዝያዊ ምምሕዳር] ተጋሩ ማሕበረሰብ ንህልውንኦም ቁልፊ ዝበሃሉ ሃፍቲ ከይረኽቡ እንትኽልክል ከምኡ እውን ሰባት ናብ ሰዱን ወይ ከዓ ካሊእ ክፋል ትግራይ ንኽኸዱ ኣገዲዱ እዩ። ኣብ ሓደ ሓደ ቦታታት ከባብያዊ ሰበ ስልጣን ተጋሩ ካብቲ ከባቢ ብሓይሊ ንኽለቁ መንገዲ ኣቕሪቦም እዮም፣ ተጋሩ ካብ ገዝኦም ወይ ከዓ ማእኸላት ማእሰርቲ ናብ ድልድል ተከዘ ማለት ናይቲ ሓዱሽ ብኣምሓራ ዝተጣሸ በዓል ስልጣን ካብብያዊ ወሰን ዝኾነ መሳገሪ ቦታ ዝወስዳ መኻይን ወይ ከዓ ኣውቶቡሳት ወዲቡ እዩ። ሓይሊ ፀፅታ ኣምሓራ ተጋሩ ንኽሻገሩ ቅድሚ ምፍቃዶም ንኸይምለሱ ብምጥንቃቕ መለለዪ መንነት ወረቐቶምን ኣብ ምዕራብ ትግራይ ምስ ዝህልዎም መሬት ዝተኣሳሰር ሰነድ መሰል ንብረትን ዘሕድጉ ሰባት ኣብቲ ድልድል ናይ መወዳእታ ፍተሻ ቦታ ኣቐሚጦም እዮም። ከምኡ እውን ኣብ ካሊእ ከባቢታት ትግራይ ካብ ዝነበረ ዓመፅ ንምምላጥ ናብ ምዕራብ ትግራይ ንኸይኣትዉ ከልኪሎም እዮም።”[269]

137. ተጋሩ ካብ ምዕራብ ትግራይ ክወፁ ምግባር በይኑ ክሳብ ናብ ሓሳብ *ምጥፋእ* ክዓቢ ዝኽእል ከረድእ ግድን ኣይኮነን። እንተኾነ ግና ቀዲሙ ከም ዝተረኸበ “ሙስሊም ማሕበረሰብ ቦስንያ ኣብ ስብረኒካ ብሓይሊ ናብ ካሊእ ክዛወሩ ምግባር ህልውናኦም ንምጥፋእ ዘረጋግፅ ተወሳኺ መንገዲ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ [...] እንኮላይ ኣብቲ ካባቢ ሙስሊም ማሕበረሰብ መሊሱ ባዕሉ ክተኣኻኸበሉ ዘኽእሉ ተረፍመረፍ ምጥፋእ።”[270] ብርግፅ ብኣምሓራ ዝተወሰዱ ካልኦት ሓደ ሓደ ተግባራት ኮነ ኢልካ ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ከም ዝነበረ ንምርዳእ ዝፈቕዱ እዮም።

---

[265] ኢንተርናሽል ክራይስስ ግሩፕ፣ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዘሎ ክፍፍል ምርኻብ (5 ሰነ፣ 2012 ዓ.ም)።

[266] ኢንተርናሽል ክራይስስ ግሩፕ፣ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዘሎ ክፍፍል ምርኻብ (5 ሰነ፣ 2012 ዓ.ም)።

[267] ኢንተርናሽል ክራይስስ ግሩፕ፣ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዘሎ ክፍፍል ምርኻብ (5 ሰነ፣ 2012 ዓ.ም)።

[268] ኢንተርናሽል ክራይስስ ግሩፕ፣ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዘሎ ክፍፍል ምርኻብ (5 ሰነ፣ 2012 ዓ.ም)።

[269] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 5።

[270] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲቻ*፣ ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ.፣ ውሳነ፣ 11 ሚያዝያ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 31።

138. ንኣብነት ህዝቢ ትግራይ ንኽነብር ዘድልይዎ ነገራት ንምኽልካል ዝተወሰዱ ሓደ ሓደ ተግባራት ነይሮም እዮም።ኲናት ኣብ መንጎ ትግራይን መንግስቲ ፌደራል ኢትዮጵያን ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ካብ ዝተወለዐሉ እዋን ጀሚሩ ምልሻ ኣምሓራ (ፋኖ) ኣብ ጎኒ መንግስቲ ፌደራል ኮይኑ ንትግራይ ኣጥቂዑ እዩ፣ እዙይ እውን ሓይልታት ፌደራልን መጣምርቱን ኣብ ምዕራብ ትግራይ ቁፅፅሮም ክምስርቱ ገይሩ እዩ። ኣብቲ እዋን ምዕራብ ትግራይ ዘመሓድር ዝነበረ ግዝያዊ ምምሕዳር "ካብ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ዝነበሩ ማሕበረሰብ ኣምሓራን ከምኡ እውን ካብ ክልል ኣምሓራ ዝመፁን" ኲሎም ኣባላት ዝሓወሰ ነይሩ።"[271]

139. ኣብቲ እዋን ዝነበረ ምሕደራ ዝተፈላለየ ክልክላታት ከም ኣብ ምንቅስቓስ፣ ትግርኛ ምዝራብ፣ ናብ ሕርሻ ቦታ ምኻድ ዘውረደ እንትኸውን ከምኡ እውን ተጋሩ መነባብርኦም ዝመርሕሉ ስኢኖም ብሓይሊ ንኽለቁ ወሰንቲ ሓገዛት ከይረኽቡ ምዕፃው፣ ኣዝርእቱን እንስሳታቱን ምዝራፍ፣ ተጋሩ ንኽለቁ ዝጠልቡ ምልክታት ምሃብ፣ ተጋሩ ግድን ክለቁ ከም ዘለዎም ዘገድዱ በረርቲ ፅሑፋት ምብታን፣ ከምኡ እውን ጭርሕቶታት ንኣብነት "ተጋሩ ምብራቕ ሩባ ተከዘ እዮም" ከምኡ ድማ "እዙይ መሬት ኣምሓራ እዩ" ዝብሉ ኣሰጒሙ እዩ።[272]

140. ሓደ ብሂወት ዝተረፈ ትግራዋይ ፋኖ ረኺቦምዎ እንተኾነ ግና ዝዛረቦ ኣምሓርኛ ዕሩይ ስለ ዝኾነ ክድሕን ክኢሉ እዩ፣ ነገር ግና ኣብ ጅብኡ ዝነበረ 5 ዶላር ኣሜሪካ ዘሪፈምዎ እዮም።[273] ብሓይሊ ምግዓዝ ዋላ እውን ባዕሉ ተግባር ዘርኢ ምፅናት ክኸውን እንተዘይከኣለ፣ ሓሳብ ፈፀምቲ ንምርዳእ ክውዕል ይኽእል እዩ።[274] ዋላ እውን ህ.ወ.ሓ.ት ትግራይ ድሕሪ ምቁፅፃሩ ምሕደራ ዘባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ትሕቲ ሓይልታትን ምልሻን ኣምሓራ ኮይኑ ስለ ዝቐፀለ ኣምሓራ ጎንፂ ወለድ ፆዊታ ዓመፅ እንዳፈፀሙ ቀፂሎም እዮም።[275]

141. ሰበ ስልጣን ክልል ኣምሓራን ግዝያዊ ምምሕዳርን "ገዛን መሬትን ክወሃበኩም እዩ ዝብል መፅበዓ ብምቕራብ ነበርቲ ኣምሓራ ናብ ምዕራብ ትግራይ ክሰፍሩ ፀዊዖም እዮም።"[276] ኣብ ግዝኣት ትግራይ ዝነበረ ህዝቢ ኣምሓራ ክሰፍር ምግባር ተጋሩ ካብ ገዝኦም ንኽባረሩን ንመፃኢ እውን ናይ ምምላስ ዕድሎም ዝኽልክል ውፅኢታዊ መስርሕ እዩ። እዙይ ዋላ እውን ባዕሉ ጥራሕ ከም መረዳእታ ክውሰድ እንተዘይከኣለ ምስ ሓሳብ ፅንተት ከጠዓዓም ዝኽእል እዩ።

142. ገለ ገሊኦም ተግባራት ካብኣቶም ሓሳብ ፅንተት ንምርዳእ ዘኽእል ትሕዝቶ ዘለዎም ተግባራት ሓይሊ እዮም። ኣምሓራ ኣሽሓት ተጋሩ ኣሲሮም እዮም፤ እንኮላይ እውን ደቂ-ተባዕትዮ ተጋሩ ገፊሮምን ብጃምላ

---

[271] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 5።

[272] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 5።

[273] ዓብዱ ላጢፍ ዳሒር፣ ብዘምለጡ እትዮጵያውያን ዝንታ ጭፍጨፋ ኣብ ኲናት ትግራይ፣ (*ኒው ዮርክ ታይምስ፣*30 ሕዳር 2013 ዓ.ም)።

[274] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲቾ*፣ ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ.፣ ውሳነ፣ 11 ሚያዝያ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 33።

[275] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፃት 26-27 (ፍለፍላት ተዘሊሎም)።

[276] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 6።

ቀቲሎምን እዮም፤ እዙይ ኩሎም ነቲ ጅምላ ቕትለት ዝረኣዩ ተጋሩ ብብዝሒ ካብቲ ካባቢ ክፈልሱ ኣገዲዱ እዩ።[277]

143. ሓደ ወዲ 27 ዓመት ሰብኣይ ምሊሻ ፋኖናብ ጥቕኡ ይቐርብዋ እሞ ትግራዋይ ወይ ከዓ ኣምሓራይ ምዃኑ ይሓትዎ። ንሱ ዝተዛረቦ፦ "ኣነ ትግራዋይ እየ ኢለዮም፣ ካብኡ ብጎዘሞ ወቒዖምኒ።"[278] ይብል። ሓደ ናይ ሑመራ ነባራይ "ምልሻ ኣምሓራ ርእሲ ሰባት ቆሪፆም እዮም" ዝብል መረዳእታ ሂቡ እዩ።[279]

144. ብዝበለፀ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ኣብ ምዕራብ ትግራይን መዳጎኒ ማእኸላትን ጎንፂ ወለድ ፆዊታ ዓመፅ ብምፍፃም እንትውቀሱ እዙይ እውን ማሕበረሰብ ተጋሩ ካብ ምዕራብ ትግራይ ናይ ምፅራይ ሓሳብ ከም ዘለዎም እንዳተዛረቡ ዝገበርዎ ኮይኑ "ጎንፂ ወለድ ፆዊታ ዓመፅ ብስትራቴጂ ምጥቃም ክኸውን ይኽእል እዩ።"[280]

145. ሓደ ብሂወት ዝተረፈ ከም ዝተዛረቦ "ዕጡቓት ኣምሓራ ትግራዋይ መለለዪ መንነት ዘለዎም ሰባት ይገፉን ይኣስሩን ስለዝነበሩ"[281] ኣብ ሑመራ ክፀንሕ ኣይከኣልኩን ይብል። እዙይ ብኻልኦት ክልተ ተጋሩ ተረጋጊፁ እዩ፤ ካብ ሩዋሳ ድማ ሓደ ቀሺ ኣብ ዝቕፅሉ ክልተ መዓልታት ክለቁ እንተዘይክኢሎም ክቕተሉ ከም ዝኽእሉ ዝገልፅ መፈራርሒ ወረቐት ተበቲኑ ክብሉ ተዛሪቦም እዮም፤ ካልኦት ሰለስተ ሰባት እውን ኣብ ካሊእ ከባቢ ተመሳሳሊ ወረቐት ከም ዝተበተነ ገሊፆም እዮም።[282] ሮይተርስ እቲ ዝርዝር ከረጋግፆ ኣይከኣለን።

146. ተመሳሳሊ ዝርዝር ኣብ 2013 ዓ.ም ብዘይሕጋዊ መንገዲ ክልተ ግዘ ብብሄሩ ምኽንያት ዝተኣሰረ ግዳይ ተፀብፂቡ እዩ። ንመጀመርታ ግዘ ኣብ ጥሪ 2013 ዓ.ም ብፖሊስ ተጎቲቱ ሓደ መዓልቲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣሕሊፉ እዩ። ኣብ ነሓሰ 2013 ዓ.ም ድማ ዕጡቓት ሓይልታት ፀፅታ ገዝኡ ድሕሪ ምኽባቦም ክእሰር ክኢሉ እዩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ውሽጢ ካብ ዝነበሩ ቤት ማእሰርቲ ናብ ሓዲኦም ዝተወሰደ እንትኸውን ኣብዚ እውን ቅድሚ ብዘይ ክሲ ምስንባቱ ምስ 40 እሱራት ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ን18 መዓልትታት ኣብ "ብጣዕሚ ከቢድ ኩነታት" ተኣሲሩ እዩ። ንሱ ዝበሎ፡ "ሓደ ዘይተፈለጠ ነገር ረኺብና ኢሎም ገዛይ ፈቲሾምዎ። ኣብ ፀልማት ሰዓት ኣብ 11 ሰዓት ናይ ለይቲ መፂኦም። ገዛይ ፈቲሾም እንተኾነ ግና ዝኾነ ነገር ክረኽቡ ኣይከኣሉን። ይኹን እምበር ክሳብ ሐዚ ኣሲሮሙኒ ኣለው።"[283] ክብል ተዛሪቡ እዩ።

### 3. ሃገረ ኤርትራን ሓይሊ ምክልኻል ኤርትራን

### *ሀ. ተጋሩ ናይ ምጥፋእ ቐጥታዊ ሓሳብ ዘረጋግፅ መረዳእታ*

147. ኤርትራውያን ኣብ ትግራይ ምስ ዝነበረ ጎንፂ ዝተኣሳሰሩ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ብዝሃብዎ ድጋፍ እዩ። ቀጥታ ሓሳብ መሪሕነት ኤርትራ ዋላ እውን ውሕድ እንተኾነ "ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ

[277] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 5።

[278] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 74።

[279] ዓብዱ ላጢፍ ዳሒር፣ "ወደኣዮ!' ዝሃደሙ ኢትዮጵውያን ገለፃ ዘርኣዊ ማሕረድቲ" (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 30 ሕዳር 2013 ዓ.ም)።

[280] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 61።

[281] ካትሪን ሆረልድ፣ "'ኣብዙይ ኣይኮንኩምን'፡ ጎንፂ መሬት ኣብ ትግራይ ኢትዮጵያ ሰፊሕ ዋሕዚ ስደት ኣስዒቡ" (*ሮይተርስ*፣ 12 ሓምለ 2013 ዓ.ም)።

[282] ካትሪን ሆረልድ፣ "'ኣብዙይ ኣይኮንኩምን'፡ ጎንፂ መሬት ኣብ ትግራይ ኢትዮጵያ ሰፊሕ ዋሕዚ ስደት ኣስዒቡ" (*ሮይተርስ*፣ 12 ሓምለ 2013 ዓ.ም)።

[283] ናይና ኤግዚብሽን፣ ትግራይ ኣድቮከሲ ካናዳ፣ 25 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም (ሽም ተዘሊሉ)።

ዘመሓላለፎ ዘረባ ን'ወያነ' 'ዝተረበሸ ኣእምሮ' ከምኡ እውን 'ስሱዕ ኣተሓሳስባ' ኣለዎ ክብል ገሊፁ እዩ።"[284]

148. ተረኽ ሚድያ ኤርትራ ብዛዕባ ትግራይን ተጋሩን ዘልዓሎ ወቐሳ ነዚ ዝስዕብ ይሓውስ፡- ትግራይ "ኤርትራ ንዝሓለፉ 15 ዓመታት ንዘሕለፈቶም ሕልኽላኻት" ምኽንያት እያ፣ "ትግራይ ኩሉ ግዘ ምስ 'ምድንጋር፣ ክሕደት፣ ሕሾትን ብድሕሪት ካራ ምውጋእን ዝተዛመደት እያ'"፤ ከምኡ እውን "ተጋሩ ናትና [ኤርትራውያን] ፀላእቲ፣ ከሓድትን ሓሸውትን እዮም" ይብል።[285]

149. ሰራዊት ኤርትራ ዝተፈላለዩ ህልቂት ብፍላይ መብዛሕቲኡ ግዜ ብሄር ተጋሩ ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ከም ዝነበሮም ብቐጥታ ብዘረድኡ ዘረባታት ዝተዓጀበ ዓመፅን ካልኦት ፆታዊ ጥሕሰታትን ፈፂሞም ዝብል ክሲ ይቐርበሎም እዩ።[286]

150. ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ዘረጋገፆ፡-

"ጥንስቲ ሽዱሽተ ወርሒ ሰበይቲ ኣብ ደቡብ ምብራቕ ትግራይ ብሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ተደፊራን ብቓል እውን ተፀሪፋን እያ። 'ንሳቶም ዝበልዋ 'ንሕና ሰውነትክን ደምክን ክነንፀሆ ኢና፣' ከምኡ እውን 'ውላድኪ ክነጥፈኦ ኢና፣ ምእንታን ከይትወልዲ እውን ክነበላሽወኪ ኢና'" ክብሉ ተዘሪበሙዋ እዮም።[287]

151. ካሊእ ብሂወት ዝተረፈት ብክልተ ወታሃደራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ወረዳ ሰሓርቲ ሳምረ (ዞባ ደቡብ) ተደፊራ እያ። ካብቶም መጥቃዕቲ ዝፈፀሙላ ሓደ ሽቶሉ ኣውፂኡ ዘርኣያ እንትኾውን "ከብድኺ ቀዲድና ውላድኪ ክንቀትሎ ኢና"[288] ኢሉኒ ክትብል ትዝክር።

152. ሓደ ካብ ዓዴት ብሂወት ዝተረፈ ብወዝቢ ወታሃደራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ክዛረብዎ ዝሰምዖ፡-

"ንሳኻትኩም [ተጋሩ] ንኤርትራውያን ንዛሓለፉ 20 ዓመታት ብሕማቕ ሒዝኩምና ኢኹም፣ ሐዚ ግን ን50 ዓመታት ክትጠምዩ ኢኹም፣ ስለዝኾነ ደቂ-ተባዕትየኹም ክንቀትሎም ኢና፣ ደቂ ኣንስትየኹም እውን ክንዕምፀን ኢና። ንተጋሩ ክነፅሪ ኢና ናብዚ ተላኢኽና፣ ካብኡ ብሓቀኛታት ኢትዮጵያውያን ክትክኡ ኢኹም፤ ከማኻትኩም ዝበሉ ናይዚ ሃገር ህዝቢ ክነፅሪ ኢና።"[289]

---

[284] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 446።

[285] *ዝተዘርዘረ ኣብ ውሽጢ* ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ናይ ታሕቲ መሐበሪ 164።

[286] *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 146 ("ሓደ ሓደ ቃላታት እቶም ፈፀምቲ ህዝቢ ትግራይ ናይ ምጥፋእ ሓሳብ ከም ዝነበሮም ዝሕብሩ እዮም")።

[287] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" ( 9 መስከረም 2015 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./51/46፣ ዓንቀፅ 62።

[288] *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 143።

[289] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ *ፀብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኹሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን* (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 162።

153. ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ሓደ ምስክር ካብ ቦራ ቃለ-መሕተት ገይሩ እዩ፣ ወታሃደራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝተዛረብዎ እንትገልፅ፦ *"ኩሎም ጾዞም ህዝቢ ትግራይ ክሳዕ ዘይሞቱ ኢትዮጵያ ሰላም ክትከውን ኣይትኽእልን"* ኢሎም ይብል።[290]

154. ካሊእ ትግራወይቲ ካብ ምዕራብ ትግራይ ሑመራ ብሽድሸተ ወታሃደራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ተደፊራ እያ። ወደ 5 ዓመት ወዳ ቀቲሎም ዝተዛረብዋ፦ "ተጋሩ ደቂ ኣንሽትዮ ክወልዳ ክኽእላ የብለንን። እዘን ተጋሩ ክዕመፃ ኣለወን። *ጾዞም ተጋሩ ንወለዶታት ክነጥፈኦም ኣለና*" ኢሎም ተዛሪበሙዋ እዮም።[291]

### *ለ. ቀጥታዊ ዘይኮነ ሓሳብ ምጥፋእ ዘረድኡ ብቑዓት ኩነታት*

155. ሰራዊት ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ንህ.ወ.ሓ.ት ንኽወግእ "ወታሃድራዊ ጣልቃ ምእታው" ብዝብል ሽም ወግዓዊ ዕድመ ተገይሩሉ ከም ዝኣተወ እዩ ዝፅብፀብ። እንተኾነ ግና ብመሰረት ላዕለዋይ በዓልስልጣን መንግስቲ ፌደራል ዝበሎ ኤርትራ ንህ.ወ.ሓ.ት "ንኤርትራን ትግራይን ዝዓበየ ሓደጋ ህልውና" ገይራ ስለእትርእዮ ምትእትታው ኤርትራ ኣብቲ ጎንፂ እውን ነዚ "ንምቕፃዕ" እዩ ተበሂሉ ይውሰድ ይብል።[292]

156. ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቕሰ መንግስቲ ኢትዮጵያን ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን ሰራዊት ኤርትራ ዋላ እውን ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝፀንሐ ፅልኢት እንተነበሮም ንህ.ወ.ሓ.ት ከምኡ እውን ምስ ህ.ወ.ሓ.ት ይራኸቡ እዮም ኢሎም ንዝኣመንሎም ሰላማውያን ተጋሩ ክወግኡ እዮም ናብ ግዝኣት ኢትዮጵያ ዝዓደምዎ።[293]

157. ኣብዚ ክፍለጥ ዝግብኦ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ብፍላይ ብርግፅ ምልሻ ህ.ወ.ሓ.ት ምዃኖም ምንም ዓይነት ኣፈላላይ ከይገበረ ዝተፈላለዩ ገበናት ፈፂሞ እዩ ተባሂሉ ይኽሰስ። ንኣብነት ወታሃደራት ኤርትራ ኣብ ምብራቕ ትግራይ ደንገላት ናብ ናይ ሓደ ኦርቶዶክስ እምነት ቀሺ ናብ ገዝኡ ኣትዮም ዋላ እውን ሓቢሮምዎም ክበልዑ እንተጋበዝዎም ወዶምን ወዲ ወዶምን ቀቲሎምሎም እዮም።[294] ካብ ሰራዊት ኤርትራ ከምልጡ ዝፈተኑ ካልኦት ሰላማውያን ተቐቲሎም እዮም፣ ከምኡ እውን እቶም ሰራዊት ናብ ገዛውቲ ማዕፆ ሰይሮም ብምእታው ኣብኡ ተሓቢኦም ንዝነበሩ ቀቲሎም እዮም።[295]

158. እንኮላይ እውን ክፍለጥ ዝግበኦ ኣብቲ ሙሉእ ክልል ኣብ ዝነበረ ሓበራዊ ወፍሪ ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ/ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝነበረ ገዛ-ንገዛ ተፍትሽ ኤርትራውያን ብፍሉይ ንተጋሩ ሰብኡት ይሓቱ ነይሮም። ኤርትራውያን ብሓፈሻ ትግርኛ ስለ ዝዛረቡ ከምኡ ድማ ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ኣምሓርኛ ስለ ዝዛረቡ ሰራዊት መከላኸሊ ሃገር ኢትዮጵያ ንወታሃደራት ሓይልታት

---

[290] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 436 (ትኹረት ይወሰኽ)።

[291] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 146 (ትኹረት ይወሰኽ)።

[292] ኣንድረስ ሺፓኒ፣ "ኢትዮጵያ 'ንዓሰርተ-ዓመታት ጅምላ መቓብራት ክትኩዕት እያ'፡ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝካየድ ረሳሕ ኩናት" (*ፋይናንሻል ታይምስ*፣ 17 መጋቢት 2013 ዓ.ም)። ሽቲል ትሮንቮል፣ "ቅርፂ ኩናት ሕድሕድ ኢትዮጵያ" (2015 ዓ.ም)፣ 121 ከረንት ሂስትሪ፣ ገፅ 167 (ኤርትራ "ደሓር ንእትኽፍሎ" ምኽንያት ዝተንተነ)

[293] *ተወከስ ኣብ ላዕሊ ዝተውሃበ ትንተናዓንቀፅ* 110ን ቀፂሉን።

[294] ኣንድረስ ሺፓኒ፣ "ኢትዮጵያ 'ንዓሰርተ-ዓመታት ጅምላ መቓብራት ክትኩዕት እያ'፡ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝካየድ ረሳሕ ኩናት" (*ፋይናንሻል ታይምስ*፣ 17 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[295] ኣንድረስ ሺፓኒ፣ "ኢትዮጵያ 'ንዓሰርተ-ዓመታት ጅምላ መቓብራት ክትኩዕት እያ'፡ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝካየድ ረሳሕ ኩናት" (*ፋይናንሻል ታይምስ*፣ 17 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

ምክልኻል ኤርትራ ከም ተርጎምቲ ይጥቀምሎም ነይሮም።[296] እዙይ ኣብ ኣኽሱም፣[297] ዛላንበሳ፣ ዓድዋን[298] ሳዕሲዕን[299] ኣብ ዝነበረ ተፍትሽ ተራእዩ እዩ።

159. ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ መቐለ ኣብ ዝተቖፃፀረሉ እዋን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ወረዳ ሳዕሲዕ ገዛንገዛ እንዳዘሩ ሓዊሱ ኣብ ልዕሊ ሰብኡትን ቆልዑን ብምትኳስ ብዙሓት ተጋሩ ሰላማውያን ቀቲሎም እዮም። ነበርቲ እቲ ከባቢ ሰላማውያን ምኺኖም ዋላ እውን እንተተዘረቡዎም፣ ወታሃደራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ግና እዙይ ከም ዘይግድሶምን "ካብ ኤርትራ ዝመፅኡ ልዕሊ ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ዝኾነ ወደ ተባዕታይ ክቕትሉ ከም ዝመፅኡን" መሊሶምሎም እዮም።[300] ሓንቲ ብሂወት ዝተረፈት ብዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ቃለ-መሕትት ዝተገበረላ ዝተዛረበቶ "ካብቶም ወታሃደራት ሓደ 'ጠያይትኹም ኣብተን ደቂ-ኣንስትዮ ኣይተባኽኑ፣ ጥራሕ ነቶም ሰብኡት ቅተሉ' ክብል ሰሚዓ እያ።"[301]

160. ሓበራዊ ጉጅለ ምፅራይ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላትን ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያን (ሓበራዊ ጉጅለ ምፅራይ) ከም ዘረጋገፆ "ኣብ ዓውዲ እቲ ጎንፂ ኣንሽትን ኣዋልድን ዝተጠቕዓ እንትኾና እቶም ሰብኡት መብዛሕቲኦም ግና ኣብቲ ጎንፂ ናብ ዝነበሩ ክፍልታት ተሓዊሶም እዮም ወይ ከዓ ኮነ ተባሂሉ ዕላማ ተገይሮምን ሓልሓሊፉ እውን ተቐቲሎም እዮም።"[302]

161. ብዝበለፀ ድማ ወታሃደራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ምስ ተጋደልቲ ህ.ወ.ሓ.ት ርክብ ኣለወን ብዝብል ርድኢት[303] ወይ ከዓ "ተባዕትዮ ኣባላት ስድርኣን ምስ ሓይልታት ትግራይ ኣለዉ"[304] ናብ ዝተብሃላ ደቂ-ኣንስትዮ መፂኦም ንመጥቃዕትን ማእሰርትን ከምኡ እውን በዚ ምኽንያት ንዝተፈላለዩ ፆታዊ መጥቃዕቲ ዕላማ ተገይረን እየን።[305] እዙይ ኣብ ዋኒናት ፅንተት ብተደጋጋሚ ዝርአ ኣገባብ ኮይኑ ከምኡ እውን ምስ ርኽበታት ሓሳብ ፅተት ክስማዕማዕ ይኽእል እዩ።[306] ገለ ደቂ-ኣንስትዮ ሓይልታት

---

[296] ሓኻይም ንሰብኣዊ መሰላትን ትካል ንፍትሕን ተሓታታይነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን፣ *ዝተጠልሙ መፅብዓታት፡ ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፃት ቅድምን ድሕርን ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ኣብ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ*(ነሓሰ 2015 ዓ.ም)፣ ናይ እግሪ መሕበሪ 3 (ፍልፍል ተዘሊሉ)።

[297] *ተወካስ ኣብ ታሕቲ* ዓንቀፅ 186።

[298] ጀማል ዑስማን፣ "ጎንፂ ትግራይ፡ ምስክራት ክሲ ገበናት ኲናት" *(ቻነል 4*፣ 14 መጋቢት 2013 ዓ.ም)። ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 103፣ 109።

[299] *ተወከስ ኣብ ታሕቲ* ዓንቀፅ 159።

[300] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 112።

[301] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 113።

[302] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ *ፀብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኽሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኽ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን* (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 162።

[303] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 25 (መሐበሪታት ተዘሊሉ)።

[304] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ *ፀብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኽሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኽ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን* (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 162።

[305] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ *ፀብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኽሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኽ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን* (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 162።

[306] [ክርክር ሕወስ] ብተወሳኺ ተወከስ ኣብ ታሕቲ ክፋላት 5.ረ.2ን 5.ረ.4ን።

ትግራይ ብምሕበአን ወይ ከዓ ንሓይልታት ትግራይ ምግቢ ብምቕራበን ብወታሃደራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ተቐፂዐን እየን።[307]

162. ብዙሓት ብሂወት ዝተረፉ ተዛረበምዎ ከም ዝበሃል "ወታሃድራት ኤርትራ [መን ምዃኑ ከይፈለዩ] ነዚ ትእዛዝ ዝሃቦም ትካል ተጋሩ ደቂ-ኣንስትዮ ንኸጥቅዑ ከም ''ዝተኣዘዙ'' ተዛረበም እዮም።"[308] ብሂወት ዝተረፉ ፆታዊ መጥቃእቲ ዝተፈፀመን ከም ዝበልኦ ወታሃደራት ኤርትራ "ናብ ደቂ ኣንስትዮ ከይዶም" "ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዘለዎም ቂም ሕነ ንኽፈድዩ" ትእዛዝ ከም ዝተውሃቦም ተዛሪቦም እዮም።[309]

163. ብተወሳኺ ወታሃደራት ኤርትራ ኣብታ ታቦተ ፅዮን ዓቂባ ተባሂላ ብሰፊሑ እትፍለጥ ሃይማኖታዊት ከተማ ኣኽሱም ባህላዊ ንብረታት ኣዕኒዎም እዮም።[310]

164. ዋላ እውን ስምምዕ ተፃብኦ ጠጠው ምባል እንተተፈረመ፣ ወታሃደራት ኤርትራ (በቲ ስምምዕ ዘይግደዱ) ኣብ ትግራይ እንተነኣሰ ክሳዕ መወዳእታ ወርሒ ጥሪ 2015 ዓ.ም ኣብ ኣኽሱም፣ ዓዲግራትን ዓድዋን ሓዊሱ ከም ዝፀንሑ ተፀብፂቡ እዩ።[311] ኣብቲ እዋን ቅትለትን ዓመፅን ክልተ ደቂ-ኣንስትዮ ሓዊሱ ተወሰኽቲ ገበናት ከም ዝፈፀሙ ክሲ ይቐርበሎም እዩ።[312] ኣብ ጉንበት 2015 ዓ.ም ኣፈፃፅማ እቲ ስምምዕ ብዝምልከት ተግባራት ክትትል ንዘካይድ ጉጅለ ስርሑ ከየካይድ ከም ዝኸልከሉ ተፀብፂቡ እዩ።[313] ብቐፃልነት ምህላው ሰራዊት ኤርትራ ከምኡ እውን ህላወኦም ግልፂ ስምምዕ መንግስቲ ፌደራል ኢትዮጵያ ተሓዊስዎ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝፍፀሙ ገበናት ንኽቕፅሉ ወግዓዊ ትዕግስቲ ከም ዝተውሃቦ ዝሕብር እዩ።

## ረ. ተጋሩ ከለላ ከም ዝተገበረሎም ጉጅለ ኣብ ልዕሊኦም ዝተፈፀሙ ዝተኸልከሉ ተግባራት

165. ሰምምዕ ፅንተት ኮነ ኢልካ እቲ ዝድለ ፍሉይ ሓሳብ ብዘማልእ ኣግባብ እንተተፈፂሞም ፅንተት ዘማልኡ ሓሙሽተ ዝተኸልከሉ ተግባራት ብግልፂ ቃላት ኣፍልጦ ሂቡ እዩ። እቲ ፈፃሚ ንኣብነት ከም ምዕናው ባህላዊ ንብረታት[314] ዝኣመሰሉ ካልኦት ተግባራት እውን ክፍፅም እንተኽኢሉ፣ እዚኣቶም እንተነኣሰ ከም ናይ ምፅናት ሓሳብ ዝኣመሰሉ ናይ ሕጊ ረቛሕታት ምህላዎም ንምርዳእ (ከም ጉዳይ መረዳእታ) ኣድለይቲ እዮም።[315]

---

[307] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ _ፀብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኹሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን_ (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 162።

[308] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ _ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ_፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 58።

[309] ኢንሴኩሪቲ ኢንሳይት፣ _ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ክልል ትግራይ_ (21 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[310] _ተወከስ ኣብ ታሕቲ_ ዓንቀፅ 165 (ኣብ ልዕሊ ባህላዊ ንብረታት ዝበፅሕ ተግባር መጥቃዕቲ ሓሳብ ፅንተት ዘመላኽት እዩ፣ ዋላ እውን ኣካል መሰረት ተግባራት ፅንተት ኣይኹኑ)።

[311] ካትሪን ሆረልድን ስቲፋን ሊን፣ "ኩናት ኢትዮጵያ ትግራይ ዝወደአ ስምም ሰላም ፍርሒ ተወሰኽቲ ግፍዕታት ከባርር ኣይከኣለን'' (_ዋሽንግቶንፖስት_፣ 17 ጥሪ 2015 ዓ.ም)።

[312] ካትሪን ሆረልድን ጆን ሁደሰንን፣ "ሰምምዕ ሰላም ትግራይ ግስጋስኡ ኣብ ዝደንነየሉ ብሊንከን ንኢትዮጵያ ክጉብንዩ እዮም'' (_ዋሽንግቶንፖስት_፣ 4 መጋቢት 2015 ዓ.ም)።

[313] ሮይተርስ፣ "ህዝባዊ ተቓውሞታት ኣብ ትግራይ ኢትዮጵያ ናይ ደገ ሓይልታት ክወፁ ፀዊዖም'' (_ሮይተርስ_፣ 15 ጉንበት 2015 ዓ.ም)።

[314] _ብተወሳኺ ተወከስ_ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ _ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻል ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ_ (ክሮሽያ _ምስ ሰርብያ_)፣ ፍርዲ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 2007 ዓ.ም፣ ገፅ 3፣ ዓንቀፃት 386-390፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ _ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር_፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 230።

[315] ንኣብነት እቲ ፈፃሚ ናይ ሓደ ጉጅለ እምነት ኣባላት ቀቲሉ እንኮላይ እውን እቶም ሰባት ንሃይማኖታዊ ኣምልኾ ይጥቀምሉ ዝነበረ ህንፃ እንተኣቃፂሊ እዚ ቅትለት እዙይ ስምምዕ ፅንተት ብግፂ ቃላት ውሽጢ ዝሰፈሩ ዝተኸልከሉ ተግባራት ዝሕቆፍ እዩ። እንተኾነ ግና ምቅፃል እቶም ህንፃታት እቶም ቅትለታት ብሓሳብ ፅንተት ዝተፈፀሙ ምዃኖም (እቲ ጉጅለ ንምጥፋእ) ከምኡ እውን 'ተራ' ቅትለት ጥራሕ ዘይምንባሮም ንምርኣይ ናይ ምሕጋዝ ተኽእሎ ክህልዎም ይኽእል እዩ።

166. ሕድሕዶም ዝተኸልከሉ ተግባራት ፅንተት ነናይ ዓርሶም ሕጋዊ ረቛሒ ኣለዎም። ዋላ እውን እቶም ናይ መጀመርታ ሰለስተ ኣብ ውሳነታት ዓለም-ለኻዊ ኣብያተ-ፍርድን ፍሉይ ኣብያተ-ፍርድን ዝተወሰነ መጠን መብራህርሂ ዝረኸቡ እንተኾኑ፣ መዐቀኒታት ራብዓይን ሓምሻይን ተግባራት ፅንተት ግና ገና ናይ ዝኾነ ዓለም-ለኻዊ ክሲ ትኹረት ክኾኑ ኣይከኣሉን።

167. ሕድሕድ እቶም ዝተኸልከሉ ተግባራት ፅንተት ኮነ ተባሂሉ ዝተፈፀሙ ክኾኑ ኣለዎም።[316]

## 1. ኣባላት ከለላ ዝተገበረሉ ጉጅለ ምቕታል

168. ምቕታል ከም ተግባር ፅንተት ንምርግጋፅ ዘድልዩ ሕጋዊ ረቛሒታት ኣብ ልዕሊ ደቂ-ሰባት ምስ ዝፍፀም ገበን ቅትለት ወይ ከዓ ኣብ ገበን ኲናት ምስ ዝህሉ ዘይሕጋዊ ቅትለት ተመሳሳልቲ እዮም። ክፍልጥ ዝግበኦ እቲ ፈፃሚ ሞት እቲ ግዳይ (ያት) ብጭቡጥ ዘብፀሐ ምዃኑ ግድን እንትኸውን፣[317] ከምኡ እውን ኮነ ኢሉ ዝፈፀሞ ክኸውን ይግባእ።[318] ቁፅሪ ግዳያት እቲ ፈፃሚ ሓሳብ ፅንተት ዘለዎ ምዃኑ ንዝግበር ዳህሳስ ኣድላይ እኳ እንተኾነ፣ በቲ ፈፃሚ ዝተቐተሉ ቁፅሪ ግዳያት ዝተቐመጠ ቁፅራዊ ወሰን የለን - ሓደ ግዳይ እኹል ክኸውን ይኽእል እዩ።[319]

169. ዋላ እውን ንእሽተይ ክፋል ጥራሕ ዝተፀብፀበን ዝተረጋገፀን እንተኾነ ኣብቲ ዓውዲ ጎንፂ ብዙሓት ተጋሩ ተቐቲሎም እዮም።

170. ንኣብነት ኣብ 7 ሕዳር 2014 ዓ.ም ፅንዓት መካየድቲ 8% ደቂ ኣንስትዮ ከምኡ ድማ 92% ደቂ-ተባዕትዮ ዝርከበኦም ንመርኣያ ዝኣክል 3,240 ሞት ዘረጋገፁ እንተኾኑ፣[320] ተወሰኽቲ 9,124ን 11,516ን (መንነቶም ዘይተረጋገፀ) ፀብፀባት ኣኪቦም እዮም።[321] እዞም ቁፅርታት እዚኣቶም ቁፅሪ ብሰንኪ ጥምየት ወይ ከዓ ዕንወት ስርዓት ጥዕና ትግራይ ዝሞቱ ኣይሓውሱን።[322] ካብቲ ንመርኣያ ዝተኣከበ ኲሎም

---

[316] *ተወከስ ንኣብነት* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲቾ*፣ ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ፣ ውሳነ፣ 11 ሚያዝያ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 20፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚቾ*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 549።

[317] *ተወከስ ንኣብነት* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራዲዚቾ*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 542፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ብራድኒን*፣ ኣይ.ቲ.-99-36-ቲ.፣ ውሳነ፣ 26 ነሓሰ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 688፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ስታኪቾ*፣ ኣይ.ቲ.-97-24-ቲ.፣ ውሳነ፣ 24 ሓምለ 1995 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 514።

[318] ዝድለ ብርኪ ኮነ ተባሂሉ ምፍፃም ነቲ ክትዕ ንክርኢ ሕጋዊ ስልጣን ብዘለዎ ዘቐመጦም ፍሉይ ረቛሒታት ክፋላለ ይኽእል እዩ። ኣብ ልማዳዊ ሕጊ ዓለም-ለኸ ንኣብነት እቲ ፈፃሚ እንተነኣሰ እቲ ተግባሩ ሞት እቲ ግዳይ/ት ብቐንዱ ዘስዕብ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣፍልጦ እንተሃልይዎ እኹል ምዃኑ፡ ንኣብነት ተወከስ፣ ፍሉይ ቤት ምኽሪ ኮሶቮ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ምስ ሙስጡፋ*፣ ከይ.ኤስ.ሲ-ሲ.ኤ-2023-02፣ ውሳነ፣ 44 ታሕሳስ 2016 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 388። ኣብ ዓለም-ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ተፈፃሚ ዝኸውን ሕጊ ሮማ እቲ ፈፃሚ ተግባሩ 'ኣብ ልሙድ መስርሕ ኲነት' ሞት እቲ ግዳይ/ት ዘስዕብ ምዃኑ እንተነኣሰ ክፍለጥ ከም ዘለዎ ምርግጋፅ የድሊ፡ ሕጊ ዓለም-ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን፣ ዓንቀፅ 30(2)።

[319] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚቾ*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ኤ.ኣር.98ቢስ.1፣ ውሳነ፣ 4 ሓምለ 2005 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 23፤ ዘይስሩዕ ቤት-ምኽሪ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ-ፍርድታት ካምቦድያ፣ *ኑኣን ቻይን ኪኦ ሳምፋን (ክሲ 002/2)*፣ 002/19-09-2007/ኢ.ሲ.ሲ.ሲ/ቲ.ሲ.፣ ውሳነ፣ 7 ሕዳር 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 796፣ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚቾ*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 542። እዙይ ኲሎም ኲነታት ኣብ ግምት ብምእታው ዝድህሰስ ኮይኑ ይኹን እምበር ናይቲ ፈፃማይ/ምቲ ዓቕምን ከምኡ እውን ናይቲ ግዳይ መንነትን ክሓውስ ኣለዎ። *ንተወሳኺ ተወከስ*፣ንኣብነት ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 20007 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 263-269 (ናይቲ ሓለዋ ዝተገበረሉ ጉጅለ መራሕቲ ዒላማ ምግባር ዘለዎ ኣድላይነት ኣብ ግምት ብምእታው)፤ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (ክሮሽያ *ምስ ሰርብያ*)፣ ፍርዲ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 2007 ዓ.ም፣ ገፅ 3፣ ዓንቀፅ 142 (ጥንቃቐ ንኽግበር ብምግላፅ፣ ግልፂ መረዳእታ ኣብ ዘይብሉ፣ ''ዝተፈለየ ተግባር'' መሰረት ብምግባር ሓሳብ ዘርኢ-ፅንተት ምርዳእ)።

[320] ቲም ቫንደን በምት፣ ሶፌ ኣኒስ፣ እምነት ነጋሽ፣ ሮቢን ሂኪረን ጃን ኒይሰንን፣ *ትግራይ፣ ጎንፂ ሓደ ዓመት - ጉድኣት ዕጥቃዊ ጎንፂ፣ 2013-2014 ዓ.ም - ትግራይ (ኢትዮጵያ)* (ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዋ፣ 2014 ዓ.ም )፣ ገፃት 2-3።

[321] ቲም ቫንደን በምት፣ ሶፌ ኣኒስ፣ እምነት ነጋሽ፣ ሮቢን ሂኪረን ጃን ኒይሰንን፣ *ትግራይ፣ ጎንፂ ሓደ ዓመት - ጉድኣት ዕጥቃዊ ጎንፂ፣ 2013-2014 ዓ.ም - ትግራይ (ኢትዮጵያ)* (ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዋ፣ 2014 ዓ.ም )፣ ገፅ 5።

[322] ቲም ቫንደን በምት፣ ሶፌ ኣኒስ፣ እምነት ነጋሽ፣ ሮቢን ሂኪረን ጃን ኒይሰንን፣ *ትግራይ፣ ጎንፂ ሓደ ዓመት - ጉድኣት ዕጥቃዊ ጎንፂ፣ 2013-2014 ዓ.ም - ትግራይ (ኢትዮጵያ)* (ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዋ፣ 2014 ዓ.ም )፣ ገፅ 5።

ፀብፃብ ሞት፣ እቲ ሰላሳ% ብቐጥታ ቅትለት (ከም ጃምላ ጨፍጫፍ፣ ብመደዳ ምቕታል፣ ገዛ ንገዛ ተፍትሽ፣ መግፈፍቲ ሰላማውያን ወይ ከዓ ቅትለት ኣብ ቤት ማእሰርቲ) ዘጋጠመ እዩ።[323]

171. ጠቕላላ ቑፅሪ ኣብ ጎንፂ ትግራይ ዝሞቱ ሰላማውያን ክፍለጥ ኣይከኣለን። እንተኾነ ግና ብ22 ታሕሳስ 2015 ዓ.ም ኣብ ዝተኻየደ ትንተና ካብ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ጀሚሩ ቁፅሪ ሞት ሰላማውያን እንተወሓደ 311,000 እንተበዚሑ ድማ 808,000 ከም ዝኸውን ይግምት።[324] እዞም ቁፅሪታት እዚኦም ቀጥታ ቅትለትን ደብዳብን እንተነኣሰ 12,000 (እንተበዚሑ ድማ 60,000) ቅትለት ኣብፂሑ ተባሂሉ እንትግመት፣[325] ከምኡ እውን ቀጥታ ዘይኮነ ሞት ማለት ስርዓት ጥዕና ብምዕናው ምኽንያት፣[326] ብጥምየት ምኽንያት ዝሞቱን ዝሓወሰ እዩ።[327] ኣብዚ ክንርደኦ ዝግባእ እዞም ግምታት ብሓፈሻ ኣብ ዓውደ ኲናት ዝሞቱን ከምኡ እውን ኣብ ክልላት ዓፋርን ኣምሓራን ዝሞቱን ኣይሓውስን። እዙይ ማለት ካብ ህዝቢ ትግራይ ጠቕላላ ካብ 5 ክሳብ 10 ሚእታዊ ዝኸውን ህይወት ከም ዝጠፍአ ይገልፅ። ድሒሮም ዝተኻየዱ ግምታት እቶም ቁፅርታት ብተወሳኺ ዝኸለስዎም እንትኾኑ፣ እንተነኣሰ 36,000 (እንተበዚሑ ድማ 60,000) ዝኾነ ብቐጥታ ቅትለት ዝሞቱ ሰላማውያን ሓዊሱ ኣብ ትግራይ ዝሞቱ ሲቪላት ካብ 162,000 ክሳብ 378,000 ተባሂሉ ይግመት።[328]

172. ኣብዚ ክንግዘቦ ዝግበእና ደቂ-ተባዕትዮ ብኣውራ ንቕትለት ዕላማ ይግበሩ ነይሮም እዮም።[329] ምስክራት ከም ዝሃብዎ ንኣብነት ኣብ ማሕረስ ዝነበረ ፀገም ሰብኡት ኣብ ዝሓርስሉ እዋን ብወታሃደራት ኢትዮጵያን ኤርትራን ሓደጋ ዕላማ ምግባር የጋጥሞም ስለዝነበረ ለይቲ ንጎሰርሑ ይገደዱ ስለስነበሩ ኣብ ቀትሪ እዋን ደቂ-ኣንስትዮ፣ ቆልዑን ኣረጋውያንን ኣብቲ መሬት ይሰርሑ ነይሮም።[330] ኣብዛሓ ቅትለት ደቂ-ተባዕትዮ "መብዛሕትኡ እዋን ይዝረብ ምስ ዝነበረ 'ተቓለስቲ ተጋሩን ከምኡ እውን ተቓለስቲ መፃኢ ትውልዲ' ንምጥፋእን ምስ ዝብል ሓሳብ ዝስማዕማዕ" እዩ ነይሩ ተባሂሉ ይዝረብ እዩ።[331] ንመብርሂ

---

323 ቲም ቫንደን በምት፣ ሶፊ ኣኒስ፣ እምነት ነጋሽ፣ ሮቢን ሂኪረን ጃን ኒይሰንን፣ *<u>ትግራይ፣ ጎንፂ ሓደ ዓመት - ጉድኣት ዕጥቃዊ ጎንፂ፣ 2013-2014 ዓ.ም - ትግራይ (ኢትዮጵያ)</u>* (ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዋ፣ 2014 ዓ.ም )፣ ገፅ 3።

324 ጃን ኒይሰን፣ "ዋዕላ መርበብ ሓበሬታ (ዌብናር)፡ ስነዳ ሰላማውያን ግዳያት ኣብ ኲናት ትግራይ" *(ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዋ፡* 11 ጥሪ 2015 ዓ.ም) (ትኽክለኛ ቁፅርታት ክሳብ 22 ታሕሳስ 2015 ዓ.ም)። ጀንስ ፐልሞር፣ ኣማኻሪ ጉዳያት ወፃኢ ቻንስለር ጀርመን ኦላፍ ስኮልዝ ብዝገበርዎ ስልሒት መሰረት ጀርመን ቁፅሪ ሞት ካብ 600,000-800,000 ኣፍልጦ ሂባ እያ፣ ኣብ ካይ ክሊመንት፣ "ኣብ ፍጥነት ፖለቲካ ቀውሲ ዲፕሎማሲ፡ ስኮልዝ ኣብ ኢትዮጵያን ኬንያን" (*ደቾስላንደፋንክ፡* 26 ሚዝያ 2015 ዓ.ም) ኣብ መበል 45 ሰከንድታት።

325 ጃን ኒይሰን፣ "ዋዕላ መርበብ ሓበሬታ (ዌብናር)፡ ስነዳ ሰላማውያን ግዳያት ኣብ ኲናት ትግራይ" *(ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዋ፡* 11 ጥሪ 2015 ዓ.ም)፣ ኣብ መበል 29፡10 ደቒቓ።

326 *ንተወሳኺ ተወከስ* ኣብ ክፋል 5.ረ.3.ለ. ዝተውሃበ ትንተና።

327 *ንተወሳኺ ተወከስ* ኣብ ክፋል 5.ረ.3.ለ. ዝተውሃበ ትንተና።

328 እምነት ነጋሽ፣ "<u>እዋናዊ ገምጋም ሞት ሰላማውያን ብጥሜት ኣብ እዋን ኲናት ትግራይ</u>" (*ማርቲን ፐሎውት ብሎግ፡* 16 ግንቦት 2015 ዓ.ም)። ኣብ ትግራይ ዝለዓለ በዓል መዚ ሰብኣዊ ድጋፍ ዝነበረ ምስ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ ንፅፅር እንዳኣቕመጠ ዝተዘረበ "ኢትዮጵያ ንዓሰርተ ዓመታት ጅምላ መቓብራት ክትኩዕት እያ፣" ኣብ ኣንድረስ ሺፓኒ፣ "<u>ኢትዮጵያ 'ንዓሰርተ-ዓመታት ጅምላ መቓብራት ክትኩዕት እያ'፡ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝካየድ ረሳሕ ኲናት</u>" (*ፋይናንሻል ታይምስ፡* 17 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

329 *ተወከስ* ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሞያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 22 ("እቲ ኮሚሽን ከም ዘረጋገፆ [እቲ ...] ብብሄራዊ መከላኸሊ ሃገር ኢትዮጵያን ሓይሊ ምክልኻል ኤርትራን ዝተፈፀሙ ኣጋጣሚታት ዓብይ መጠን ዘለዎም ቅትለታት [... ዝነበሩ ኲሎም] ትሑት ድምፂ ዘለዎም ቅትለት ደቂ-ተባዕትዮን ከምኡ እውን ብዓብይኡ ተዋጋኣይ ዕድም ዝርከቡ ደቂ-ተባዕትዮ ሲቪላት ብሄር ተጋሩ ዕላማ ዝገበረ እዩ ነይሩ")።

330 ጃን ኒይሰን፣ እምነት ነጋሽን ሶፍያ ኣንይስ፣ "<u>ጎንፂ ኢትዮጵያ ማሕረስ ትግራይ ከመይ ገይሩ ከም ዝፀለዎ</u>" (*ዘ ኮንቨርሴሽን፡* 16 ነሓሰ 2013 ዓ.ም) ("መን ከምዝሓርስ እውን ተቐይሩ እዩ። ሓረስቶት ኣብ ማሕረስ እንዳሃለዉ ከይቅተሉ ይፈርሑ ኣለዉ። ከም ዝተዘረበና ኣብ ሓደሓደ ቦታታት ኣብ ቀትሪ እዋን ኣረጋውያን፣ ደቂ-ኣንስትዮን ቆልዑን ኣብቲ መሬት ይሰርሑ። ብፁሓት ደቂ-ተባዕትዮ ብዕጡቓት ኢትዮጵያን ደገፍቱ ሰራዊት ኤርትራን ዕላማ ስለዝገበሩ ለይቲ እንትሰርሑ ቀትሪ ድማ ተሓቢኦም ይውዕሉ")።

331 ቲም ቫንደን በምት፣ ሶፊ ኣኒስ፣ እምነት ነጋሽ፣ ሮቢን ሂኪረን ጃን ኒይሰንን፣ *<u>ትግራይ፣ ጎንፂ ሓደ ዓመት - ጉድኣት ዕጥቃዊ ጎንፂ፣ 2013-2014 ዓ.ም - ትግራይ (ኢትዮጵያ)</u>* (ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዋ፣ 2014 ዓ.ም )፣ ገፅ 3። ክፍለጥ ዝግበኦ ብኣቦኣዊ ወለዶ ዝተመስረተ ማሕበረሰብ ከም ትግራይ ዝበለ - ብሄርተኝነት ብኣቦ ኣቢሉ እዩ ዝመሓላለፍ - ስለዝኾነ ቅትለት ሰብኡት ዕድል ብሄርተኝነት ምትሕልላፍ ይቕንስ።

ዝኣክል እዞም ዝስዕቡ ጨፍጫፋት እቲ ዝነበረ ተግባር ቅትለት ፅንተት ከም ዝነበረ መረዳእታ ክኾኑ ዝኽእሉ እዮም፡፡[332]

## *ሀ) ቅትለት እሱራት ተጋሩ ብኢትዮጵያውያን ሓለውቲ ቤት ማእሰርቲ*

173. ናይ ክፍለ ሰራዊት 17 *(ደጀን ክፍለ ሰራዊት* እንዳተብሃለ ዝፍለጥ) ቁፅሮም 17 ዝኾውን ሰራዊት ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ኣብ ምዕራብ ኣባያ ወታሃደራዊ ካምፕ እንተውሒዱ ቁፅሮም 83 ዝኾውን ተጋሩ ብምቕታል ይኽሰሱ እዮም። እቲ ካምፕ ኣብ ኣርባምንጭ ሓደ እዋን ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ክልል ደቡብ ብሄር፣ ብሄረሰብን ህዝብታትን ደሓር ድማ ኣብ 12 ነሓሰ 2015 ዓ.ም ናብ ክልላዊ መንግስቲ ደቡብ ኢትዮጵያ ዝተጨፍለቐ ይርከብ። እቲ መጥቃዕቲ ኣብ 12 ሕዳር 2014 ዓ.ም እዩ ተኻይዱ፡፡[333] ክልተ ብሂወት ዝተረፉ ንዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ከም ዝተዛረብዎ እቶም ፈፀምቲ ብሄሮም ኣምሓሩ እዮም፡፡[334]

174. እቶም ሲሰ ግዳያት ተጋሩ ናይ ቀደም ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ብፍላይ ኣባላት *ክፍለ ሰራዊት ደጀን* ከም ዝነበሩ ተፀብፂቡ እዩ፡፡[335] እንተኾነ ግና ሓዲኦም እውን እንተኾነ "ንኢትዮጵያ ናይ ዝዋጋእ ሓይሊ ኣባል ዝነበሩ እንተይኮኑስ እሱራት ኩናት እዮም ነይሮም፡፡"[336] መብዛሕቲኦም እዞም ብብሄር ተጋሩ ዝኾኑ እሱራት ኣባላት ሰራዊት መከላኸሊ ሃገር ኢትዮጵያ ተታሒዞም ዝተኣሰርሉ ሓይልታት ትግራይ ናብ ኣዲስ ኣበባ ይግስግሱ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ሕዳር 2014 ዓ.ም እዩ፡፡[337] ብሂወት ካብ ዝተረፉ ዝተረኸበ ሓበሬታ መሰረት ካብቶም 83 ግዳያት ገሊኦም "ብሓለውቶም [ቤት ማእሰርቲ] ብዝተተኮሰ እዮም ተቐቲሎም፡፡"[338]

175. ገሊኦም እሱራት ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ውሽጢ ዝነበረ ቅትለት ንምምላጥ ናብቲ ከባቢ ዝነበረ ጫካ እዮም ሃዲሞም። እቶም ዘምለጡ እሱራት ንደቂ እቲ ከባቢ ንኽረድእዎም ልመና ገይሮምሎም እዮም፡፡[339] ካብ 150-200 ዝኾኑ ደቂ እቲ ካባቢ ነቶም ዘምለጡ ተጋሩ ብትግራዋይ ብሄሮም እንዳባጨው ብጎዞሞ፣ ኣብትርትን እምንን ተጠቒሞም ቀጥቂጦምን ወቒያምን እዮም ቀቲሎምዎም፡፡[340] ገለገለ ደቂ እቲ ኸባቢ ብጎዞሞ ተጠቒሞም ናይቶም ምውታት ኣካል ከፋፊሎም እዮም፣ ናይቶም ገለገሊኦም ዘምለጡ

---

[332] *ተወከስ* ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 22 ("እቲ ኮሚሽን ካልኦት 44 ፍሉያት ኣጋጣሚታት ብኣባላት ብብሄራዊ መከላኸሊ ሃገር ኢትዮጵያን ከምኡ እውን/ወይ ከዓ ሓይሊ ምክልኻል ኤርትራ ካብ ሕዳር 2013 ጀሚሩ ዝተፈፀሙ ዓበይቲ መጠን ቅትለታት ኣብ ሰሜን ምዕራብ፣ ማእኸላይ፣ ምብራቕ፣ ሰሜን ምብራቕ፣ ደቡብ ምብራቕን ደቡብን ትግራይ ኣረጋጊፁ እዩ")፡፡

[333] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 163። ካትሪን ሆረልድ፣ "ፍሉይ፡ ሓለውቲ ቤት ማእሰርቲ ኢትዮጵውያን ብዙሓት እሱራት ተጋሩ ጨፍጪፎም፣ ምስክራት ዝበልዎ" (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 25 ሕዳር 2015 ዓ.ም)፡፡

[334] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 163፡፡

[335] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 163። ካትሪን ሆረልድ፣ "ፍሉይ፡ ሓለውቲ ቤት ማእሰርቲ ኢትዮጵውያን ብዙሓት እሱራት ተጋሩ ጨፍጪፎም፣ ምስክራት ዝበልዎ" (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 25 ሕዳር 2015 ዓ.ም)፡፡

[336] ካትሪን ሆረልድ፣ "ፍሉይ፡ ሓለውቲ ቤት ማእሰርቲ ኢትዮጵውያን ብዙሓት እሱራት ተጋሩ ጨፍጪፎም፣ ምስክራት ዝበልዎ" (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 25 ሕዳር 2015 ዓ.ም)፡፡

[337] ካትሪን ሆረልድ፣ "ፍሉይ፡ ሓለውቲ ቤት ማእሰርቲ ኢትዮጵውያን ብዙሓት እሱራት ተጋሩ ጨፍጪፎም፣ ምስክራት ዝበልዎ" (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 25 ሕዳር 2015 ዓ.ም)፡፡

[338] ካትሪን ሆረልድ፣ "ፍሉይ፡ ሓለውቲ ቤት ማእሰርቲ ኢትዮጵውያን ብዙሓት እሱራት ተጋሩ ጨፍጪፎም፣ ምስክራት ዝበልዎ" (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 25 ሕዳር 2015 ዓ.ም)፡፡

[339] ካትሪን ሆውረልድ፣ "ፍሉይ፡ ሓለውቲ ቤት ማእሰርቲ ኢትዮጵውያን ብዙሓት እሱራት ተጋሩ ጨፍጪፎም፣ ምስክራት ዝበልዎ" (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 25 ሕዳር 2015 ዓ.ም)፡፡

[340] ካትሪን ሆረልድ፣ "ፍሉይ፡ ሓለውቲ ቤት ማእሰርቲ ኢትዮጵውያን ብዙሓት እሱራት ተጋሩ ጨፍጪፎም፣ ምስክራት ዝበልዎ" (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 25 ሕዳር 2015 ዓ.ም)፡፡

እሱራት ርእሲ ቆሪፆም ከምኡ እውን ኣብ በትሪ ሰቒሎም ኣርእዮም እዮም።[341] ብሂወት ዝተረፉ ከም ዝበልዎ እቶም ደቂ እቲ ኸባቢ "ዝግበኣኩም ክነርእየኩም ኢና" ክብሉ ተዛሪቦምዎም እዮም።[342]

176. ደቂ እቲ ከባቢ "ብግልፂ ብኸባብያዊ ሬድዮን ሰበ ስልጣን መንግስትን ተለዓዒሎም እዮም።"[343] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ነዚ ዝስዕብ ኣረጋጊፁ እዩ፦

> "ብሂወት ዝተረፉ ከም ዝተዛረብዎ ቅድሚ እቲ መጥቃዕቲ ብናይቲ ከባቢ ሚድያ ኣብ ዝተመሓላለፈ መልእኽቲ ደቆም ኣባላት ሰራዊት ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ዝነበሩ ናይቲ ከባቢ ማሕበረሰብ ኣብ ትግራይ ኣብ ዝነበረ ጎንፂ ከም ዝተቐተሉን እቶም ዝተኣሰሩ እውን ጁንታምኺኖምን መልእኽቲ ኣመሓላሊፍሎም እዩ። ድሕሪ እቲ ቕትለት ሚድያታት ናይቲ ኸባቢ ነበርቲ ነቶም ዘምለጡ ንኽእልሹ ኣለዓዒሎም እዮም፤ ናይቲ ከባቢ ሰበ ስልጣን እውን ድምፂ መጉልሒ ተጠቒሞም ተመሳሳሊ ፃውዒት ገይሮም እዮም።"[344]

177. ኣብ ምዕራብ ኣባያ ዝነበረ ቅትለት ሓለውቲ ቤት ማእሰርቲ ወታሃደራት ዝኣሰርሉ ብሕታዊ ኩነት ከም ዘይነበረ ተፀብፂቡ እዩ፡ ቅትለታት እንተነኣሰ ኣብ ካልኦት ሸውዓተ ቦታታት ተፈፂሙ እዩ።[345] ወታሃደራዊ መኮነናት ኢትዮጵያ እቶም ቅትለታት እንትፍፀሙ እንተነኣሰ ነይሮም እዮም፣ ሓደ ሓዲኦም ቅትለታት እውን ብናታቶም ትእዛዝ ኮይኮኑ ኣይተርፉን።[346]

## *ለ) ጨፍጫፍ ማይካድራ*

178. ናይ መጀመርታ ዝተሰነደ ጨፍጫፍ ዝተኻየደ ብ30 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ኣብ ምዕራብ ትግራይ ትርከብ ከተማ ማይ ካድራ እዩ።[347] ኣብታ ህዝብታት ብሄር ኣምሓራን ተጋሩን ነንሕድሕዶም ሓቢሮም ጎኒንጎኒ ዝነብሩላ ዝነበረት ከተማ ኩሎም ህ.ወ.ሓ.ትን ደገፍቱ ሓይልታትን ከምኡ እውን ሚልሻ ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን ነበርቲ ብምቕታል ይኸሰሱ እዮም።[348] ሰባት ብጎዞሞ፣ በትርን ኮብልሰቶንን ተቐቲሎም[349] ሬስኦም ኣብታ ከተማ ተበቲኑ ተረኺቡ እዩ።[350] እቲ ጨፍጫፍ ኣብ ዝጀመረሉ

---

[341] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 164።

[342] ካትሪን ሆረልድ፣ "ፍሉይ፡ ሓለውቲ ቤት ማእሰርቲ ኢትዮጵውያን ብዙሓት እሱራት ተጋሩ ጨፍጪፎም፣ ምስክራት ዝበልዎ" (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 25 ሕዳር 2015 ዓ.ም)።

[343] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 164።

[344] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 164።

[345] ካትሪን ሆረልድ፣ "ፍሉይ፡ ሓለውቲ ቤት ማእሰርቲ ኢትዮጵውያን ብዙሓት እሱራት ተጋሩ ጨፍጪፎም፣ ምስክራት ዝበልዎ" (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 25 ሕዳር 2015 ዓ.ም)።

[346] ካትሪን ሆረልድ፣ "ፍሉይ፡ ሓለውቲ ቤት ማእሰርቲ ኢትዮጵውያን ብዙሓት እሱራት ተጋሩ ጨፍጪፎም፣ ምስክራት ዝበልዎ" (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 25 ሕዳር 2015 ዓ.ም)።

[347] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ምርመራ ዘውፀኦ መረዳእታ ከም ዘርእዮ ብሕነ ምፍዳይ ሲቪላት ኣብ ትግራይ ጨፍጨፍ ተቐቲሎም እዮም*(3 ሕዳር፣ 2013 ዓ.ም)

[348] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርኢን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 49፣ 51። ዊል ብራውን፣ "ኩናት ሕድሕድ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ሆስፒታል ኣብ ዓራት ደቂሶም እናሃለዉ ክምቱ ገዲፍናዮም፡ ናብ ፈጣሪ ከመይ ከም ዝቐርብ ኣይፈልጥን" (*ቴሌግራፍ*፣ 12 ሕዳር 2013 ዓ.ም)። ካትሪን ሆረልድ፣ "'ኣብዙይ ኣይኮንኩምን'፡ ጎንፂ መሬት ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ትግራይ ሰፊሕ ዋሕዚ ኣስዒቡ" (*ሮይተርስ*፣ 12 ሓምለ 2013 ዓ.ም)፡፡ (ሓንቲ ብሂወት ዝተረፈት ዝተዛረበቶ ሓይልታት ክልል ኣምሓራን ብሓባር ምስ ሓይልታት ፌደራል ኢትዮጵያ ኮይኖም ኣብ ጥቓኣ ዝርከብ ማይ ካድራ ሲቪላት ምስ ኣጥቅዑ ካብ ሕርሻኣ ሃዲማ፤ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ተጋሩ ዝፍፀም ዝነበረ ጥቕዓት ብካልኦት ዝተፈናቐሉ ነበርቲ እውን ይዝንተው እዩ፣ ኮይኑ ግና ብሰበ ስልጣን ኣምሓራ ይንፀግ እዩ)

[349] ኣንድረስ ሺፓኒ፣ "ስደተኛታት ካብ ጨካን ኩናት ኢትዮጵያ ብኩሎም ወገናት ዝተፈፀመ ጭካነ ብምዝንታው ይስደዱ ኣለው" (*ፋይናንሻል ታይምስ*፣ 15 ሕዳር 2013 ዓ.ም)።

[350] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ምርመራ ዘውፀኦ መረዳእታ ከም ዘርእዮ ብሕነ ምፍዳይ ሲቪላት ኣብ ትግራይ ጨፍጨፍ ተቐቲሎም እዮም*(3 ሕዳር፣ 2013 ዓ.ም)

እዋን ናብ ማይ ካድራ ዝኣተወ ምስክር ከም ዝገለፆ “ዝሞቱ ሬሳታት ኣብ መሬት ተደርብዮም፤… ሰባት ተሓሪዶም፣ ክሳድ ተቖሪፁ፣ ከብዲ ሰብ ብኻራ ተወጊኡ” ከም ዝረኣየ ይዛረብ።[351]

179. ብመሰረት ሓደ ፀብፃብ፣ “እቲ ጨፍጨፍ […] ካብ ዝተሓዋወሱ ፍሉይ ከባብያዊ ኩነታት ዝማዕበለ ኮይኑ እዚ እውን ኣብታ ከተማ ቀዲሙ ካብ ዝነበረ ውጥረት ከምኡ እውን ኣብ ምዕራብ ትግራይ ኲናት እንዳሰፍሐ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ዜናታት ገስጋስ ዓወትን ብሓይልታት ኢትዮጵያን መጣምርቱ ኣምሓራን ዝፍፀሙ ዝነበሩ ግፍዕታትን ሓዊሱ እዩ።”[352] ብዘይተርፍ ገስጋስ ዜና ሓይልታት ኢትዮጵያን መጣምርቱን ኣብታ ከተማ ዙርያ ይፍፀም ብዝነበረ መጥቃእቲ ተደፋፊኦም፣ ሰብኡትን መናእሰይን ተጋሩ ንብሄር ኣምሓራ ብኻራ፣ ጎዘሞን ፋስን ቀቲሎም እዮም።[353] ዝተቐተሉ ቁፅሪ ኣምሓሩ ካብ 200 ክሳብ ልዕሊ 1000 ይኸውን እዩ።[354]

180. ደሓር ዕጡቓት ሓይልታት ኣምሓራ ኣብ ልዕሊ ነበርቲ ተጋሩ ሕነ ንምፍዳይ ተላዒሎም፣[355] ስዒቡ ድማ ነታ ከተማ ዝተቖፃፀሩ ወታሃደራት ኢትዮጵያን ናይ ኣምሓራ ድሕነትን ፀጥታን ምልሻን ተሓዊሰምዎ እዮም። ተጋሩ ነበርቲ ብሕነ ምፍዳይ ተቐቲሎም፣ ብጃምላ ተኣሲሮም፣ ካብቲ ከባቢ ክወፁ ተገይሮም እዮም።[356] እዙይ “ነቲ ቀፂሉ ዘሎ ሓደ ዓመት ኣብ ልዕሊ ዘባ ምዕራብ ትግራይ ንዝነብሩ ተጋሩ ማሕበረሰብ ልሙድ ኣገባብ”[357] ንኽኸውን ዘአንፈተ እዩ።

181. ሓደ ብሂወት ዝተረፈ ትግራዋይ ከም ዝተዛረቦ ምልሻ ፋኖ ን15 ሰባት ብጠበንጃን ጎዘሞን ክቐትሉ ሪኡ እዩ።[358] ኣብ ሱዳን ኣብ ዝርከብ መዕቖቢ ስደተኛታት ዝርከብ ትግራዋይ ተምሃራይ ኣብ ማይ ካድራ ካብ ዝርከብ ገዝኡ ብምልሻ ኣምሓራ ክወፅእ ድሕሪ ምግባሩ ብፋስ ዝተወቕዖ ጉድኣቱ ኣርእዩ እዩ። ጉድኣቱ ብጎዘሞ ዝተወቕዐ ካብ ክሳዱ ክሳዕ ክሳድ ኢዱ ዝሓውስ ኮይኑ ኢዱ ክስእን ገይርዎ እዩ: “ንኽቐትሉኒ ወይ ድማ ምስኦም ንኽወስዱኒ ይዝትዩ ነይሮም፣ ደሓር ብበትርን ጎዘሞን ወቒዖሙኒ። ኣብኡ ሞይቱ እዩ

---

[351] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 67።

[352] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 49-50።

[353] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 50። *ብተወሳኺ ተወከስ* ካትሪን ሆረልድ፣ ሚካኤል ጆርጅይን ሲልቫያ ኣሎይሲይን፣ “ቅትለት ብሄር ከመይ ገይሩ ካብ ናይ ኢትዮጵያ ከተማ ከም ዝፈንደአ” (*ሮይተርስ*፣ 30 ጉንበት 2013 ዓ.ም)።

[354] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 50-51። (“ጉጅለ መርመርቲ ፌደራል ፖሊስን ከሳሲ ዓቃቢ ሕግን ኣብ ሕዳር 2013 ዓ.ም ናብ ማይ ካድራ ዝኣተወ እንትኸውን 229 ሲቪላት ከም ዝተቐተሉ ደምዲሞም እዮም”፣ እቲ ሓበራዊ ጉጅለ ምርመራ “ልዕሊ 200 ሰላማውያን ተቐቲሎም ክብል ደምዲሙ እዩ”፤ኣምንስቲ ኢንተርናሽልን ሁይማን ራይትስ ዎችን “ኣብቲ ምርመራ ምስ ዝተሳተፈ በዓል ሞያ ተዘራሪቡ ንሱ ከም ዝበሎ ኣብ ድሕሪ ኣቡነ ኣረጋዊ ቤተክርስትያን ኣብ ሰለስተ ጅምላ መቓብር ቦታታት ዝነበሩ 229 ሬሳታት ንምርመራ ተፋሒሮም ከም ዝወፁ ገሊፁ እዩ። እቲ በዓል ሞያ 40 ሬሳታት ዝመርመረ እንትኸውን መብዛሕቲኦም ኣብ ቅድሚት ርእሶም መጉዳእቲ ዘለዎም፣ ከምኡ እውን ሰለሰተ ናይ ኣምሓራ ክልል መለለይ መንነት ዘለዎም ረኺቡ እዩ”፤ ፍልፍላት ተዘሎሎም)፤ ጃሰን ብሩክ፣ “ኢትዮጵያ፡ ኣብ ትግራይ ዝነበረ ጨፍጨፍ ዝተቐተሉ 1900 ሰባት ተፈልዮም ኣለው” (*ዘ ጋርድያን*፣ 24 መጋቢት 2013 ዓ.ም) (እቲ ኣብ ማይ ካድራ ዝነበረ ጨፍጨፍ ሞት 600 ሰባት ከም ዘብፀሐ ብምፅብፃብ)፤ ካትሪን ሆረልድ፣ “‘ኣብዙይ ኣይኮንኩምን’፡ ጎንፂ መሬት ኣብ ትግራይ ኢትዮጵያ ሰፊሕ ዋሕዚ ስደት ኣስዒቡ” (*ሮይተርስ*፣ 12 ሓምለ 2013 ዓ.ም) (ብመሰረት ፀብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ 600 ሲቪላት ሞይቶም እዮም)።

[355] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 50-51። *ብተወሳኺ ተወከስ* ካትሪን ሆውረልድ፣ ሚካኤል ጆርጅይን ሲልቭያ ኣሎይሲይን፣ “ቅትለት ብሄር ከመይ ገይሩ ካብ ናይ ኢትዮጵያ ከተማ ከም ዝፈንደአ” (*ሮይተርስ*፣ 30 ጉንበት 2013 ዓ.ም)።

[356] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 51።

[357] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 51።

[358] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 68።

ኢሎም ገዲፎሙኒ።”[359] ንሓደ ብብሄር ኣምሓራ ዓርኩ ትግራዋይ ብሄር ስለዘለኒ ኣበይ ከም ዘለኹ ኣርእይዎም እዩ ክብል ይወቕሶ እዩ።[360] ኣብዚ ጨፍጨፍ ዝሞቱ ሰላማውያን ተጋሩ ትኽክለኛ ቁፅሪ ኣይፍልጥን፤ እንተኾነ ግና ብጠቕላላ ብመሰረት ፍሉይ ፀብፃብ ሮይተርስ “እንተነኣሰ 767 ሰባት ተቐቲሎም እዮም።”[361]

### *ሐ) ጨፍጨፍ ኣኽሱም*

182. ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ኣኽሱም ጨፍጨፍ ፈፂሞም ተባሂሎም ይኽሰሱ እዮም።[362] ንጉሆ 19 ሕዳር ቁፅሮም ካብ 50-80 ዝኾኑ ደገፍቲ ህ.ወ.ሓ.ት ምልሻ ዕጥቂ ጠበንጃ፣ በትሪ፣ ካራን እምንን ሒዞም ምስ ካባብያዊ ድጋፍ ካብ ኣኽሱም ፅዮን ቅድስቲ ማርያም ቤተ-ክርስትያን ብሸነኽ ምብራቕ ዝርከብ ጎቦ ማይ ኮሖ ዝርከቡ ሰራዊት ኤርትራ ኣጥቂዖም እዮም።[363]

183. ሓይልታት ኤርትራ ብማሽን ኣፀዋራትን ዕላማ ፈልዮም ዝወቕዑ ጠበንጃን እዮም ግበረ-መልሲ ሂቦም።[364] ካብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝተቐረፀ ቪድዮ ከም ዘርእዮ ኣብ ጫፍ እቲ ጎቦ ናይ ኣፀዋራት ተኹሲ ኣቃሊዖም እዮም።[365] እቶም ምልሻታት ትግራይ ብኣፀዋራት ሓልታት ምክልኻል ኤርትራ ብቐሊሉ ተዓብሊሎም እዮም።[366]

184. እቶም ናይ መጀመርታ ኣብ ልዕሊ ዕጡቓት ሓይልታት ዝተወሰዱ ተግባራት ብመሰረት ዓለምለኸ ሕጊ ሰብኣውነት ተግባራት ውግእ ክባሃሉ ዝኽእሉ ክሳዕ ዝኾኑ (ብፍላይ ምስ መትከላት ፈሊኻ ምጥቃዕን ምጥቃም ተመጣጣኒ ሓይልን ክሳዕ ዝተስማዕምዑ) ገበን ኲናት ኣይኾኑን። እቲ ሓቂ ግና ሓልታት ምክልኻል ኤርትራ ከም ዝተፀብፀበ ሕነ ንምፍዳይ ብዝብል ፀረ-ሰላማውያን ምልዓሎም ብዝኾነ ተግባር ገበን ኲናት ክኸውን ዝኽእል እዩ። እዞም ቅትለታት ብተመሳሳሊ ንተግባር ፅንተት ኣገደስቲ እዮም።

185. ካብ 19 ሕዳር 10፡00 ድሕሪ ቐትሪ ጀሚሩ ብ20 ሕዳር እውን ዝቐፀለ ሰራዊት ኤርትራ ሰላማውያን ቀቲሎም እዮም።[367] እቶም ሰላማውያን ከም ዝተፀብፀበ ዕጥቂ ዘይነበሮምን ካብ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝሃድሙ ዝነበሩን እዮም። ሓደ ብሂወት ዝተረፈ ከም ዝተዛረቦ ሓደ ጎረቤቱ ኣብ ጥቓ ሆቴል ማና ዝርከብ መንገዲ ሽዱሽተ ሰራዊት ኤርትራ ብዝሓዘት ጉጅለ ካብ ጥቕኡ 10 ሜትሮ ዝኣክል ብምርሓቕ ጠጠው ኢሎም ብማሽን ጠበንጃ ኣብ ርእሱ ወቒዖም ቀቲሎምዎ እዮም። ሓደ ነባሪ ኣብ ውሽጢ ገዛ ኮይኑ

---

[359] ኣንድረስ ሺፓኒ፣ “ስድተኛታት ካብ ጨካን ኲናት ኢትዮጵያ ብኲሎም ወገናት ዝተፈፀመ ጭካነ ብምዝንታው ይስደዱ ኣለው” (*ፋይናንሻል ታይምስ*፣ 25 ሕዳር 2013 ዓ.ም)።

[360] ኣንድረስ ሺፓኒ፣ “ስደተኛታት ካብ ጨካን ኲናት ኢትዮጵያ ብኲሎም ወገናት ዝተፈፀመ ጭካነ ብምዝንታው ይስደዱ ኣለው” (*ፋይናንሻል ታይምስ*፣ 25 ሕዳር 2013 ዓ.ም)።

[361] ካትሪን ሆረልድ፣ ሚካኤል ጆርጅይን ሲልቭያ ኣሎይሲይን፣ “ቅትለት ብሄር ከመይ ገይሩ ካብ ናይ ኢትዮጵያ ከተማ ከም ዝፈንደአ” (*ሮይተርስ*፣ 30 ጉንበት 2013 ዓ.ም)። ብመሰረት ጌንት ዩኒቨርስቲ ክፍሊ ትምህርቲ ጂኦግራፊ ኣብ ዝተፈላለዩ ፀብፃባት መራኸብቲ ሓፋሽ ዝተጠቐሰ ጠቕላላ ቁፅሪ ሞት ካብ 205 ክሳብ 1200 ይኸውን (63 ብሽም ዝተፈለጡ እዮም)፤ *ተወከስ* ኢትዮጵያ፡ ኲናት ትግራይ፣ ዳታቤዝ፣ ኢንሲደንት I00180።

[362] ኣምንስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጨፍጨፍ ኣብ ኣኽሱም (ፀብፃብ)* (19 ለካቲተት፣ 2013 ዓ.ም)፣ ኤ.ኤፍ.ኣር. 25/3730/2021፣ ገፅ 4፣5።

[363] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጨፍጨፍ ኣብ ኣኽሱም (ፀብፃብ)* (19 ለካቲተት፣ 2013 ዓ.ም)፣ ኤ.ኤፍ.ኣር. 25/3730/2021፣ ገፅ 10።

[364] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጨፍጨፍ ኣብ ኣኽሱም (ፀብፃብ)* (19 ለካቲተት፣ 2013 ዓ.ም)፣ ኤ.ኤፍ.ኣር. 25/3730/2021፣ ገፅ 10።

[365] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጨፍጨፍ ሰራዊት ኤርትራ ኣሚኢት ሰላማውያን ከተማ ኣኽሱም ናብ ገበን ኣንፃ ሰብኣውነት ዘምርሕ ክኸውን ይኽእልአ እዩ (19 ለካቲተት፣ 2013 ዓ.ም)*።

[366] ኣምንስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጨፍጨፍ ኣብ ኣኽሱም (ፀብፃብ)* (19 ለካቲተት፣ 2013 ዓ.ም)፣ ኤ.ኤፍ.ኣር. 25/3730/2021፣ ገፅ 10።

[367] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጨፍጨፍ ሰራዊት ኤርትራ ኣሚኢት ሰላማውያን ከተማ ኣኽሱም ናብ ገበን ኣንፃ ሰብኣውነት ዘምርሕ ክኸውን ይኽእልአ እዩ (19 ለካቲተት፣ 2013 ዓ.ም)*።

በመሽኮት ከም ዝርአዮ ካብ ገዝኡ ወፃኢ ሰራዊት ኤርትራ ንሽዱሽተ ሰብኡት ኣሰሊፎም ብድሕሪት ኮይኖም ብቐሊል ማሽን ጠበንጃ ብምትኳስ እንትቐትሉ ርእዩ እዩ።[368]

186. ካሊእ ብሂወት ዝተረፈ ከም ዝበሎ ጎደናታት ብዝሞቱ ሬሳታት መሊኦም ነይሮም። ብ19 ሕዳር ሬሳታት ከልዕሉ ዝፈተኑ እንትቐትሉ ከምኡ እውን ገዛ ንገዛ እንደዞሩ ዓበይቲ ሰብኡት፣ መናእሰያትን ሓልሓሊፉ እውን ኣንሽትን ብሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ተቐቲሎም እዮም።[369] ኣምነስቲ ኢንተርናሽል ናይ ልዕሊ 240 ግዳያት ሽም ሰኒዱ እዩ።[370] ድሕሪ እቲ ጨፍጨፍ ሓይልታት ኤርትራ ነበርቲ ኣሲሮምን ከምኡ እውን እንድሕር ደኣ ዝቃወምዎም ኮይኖም ከም ዝቐትልዎም ኣፈራሪሖምዎምን እዮም።[371]

187. ብመሰረት መካየድቲ መፅናዕቲ ኣብ ጨፍጨፍ ኣኽሱም ከባቢ 800 ሰባት ሞይቶም ተባሂሉ ይሕሰብ፣[372] እንተኾነ ግና እዚ ቁፅሪ ሞት ዝገልፅ ኣብ ውግእ ድዩ ወይ ከዓ ሞት ሰላማውያን ዝሓውስ ድዩ ዝብል ግልፂ ኣይኮነን።

188. ኣብቲ ጨፍጨፍ ኣመልኪቱ ዝተዳለወ ዜና ፀብፃብ ወታሃደራት ኤርትራ ሙሉእ ለይቲ ኣብ ዝነበረ ቅትለት ን1,200 መናእሰያት፣ ዓበይትን ህፃናትን ከም ዝቐተሉ ፀብፂቡ እዩ።[373] ብመሰረት ምስክር ዓይኒ ቅትለት እንኮላይ ኣብ ዙርያ ከተማ ኣኽሱም ዝርከቡ ገፀራት ዝተፈፀመ ኮይኑ ማይ ዓፅሚ (200 ሞት)፣ ሰግላሜን (100 ሞት)፣ ከምኡ እውን ኣብ ዓዴት በዓል ፋሲካ ምስ ቤተሰቦም ንምኽባር ካብ ኣኽሱም ናብ ዓዴት ዝጓዓዙ ዝነበሩ ካብ ሚኒባስ ኣውሪዶም 19 ሰባት ቀቲሎም እዮም።[374]

189. ቀፂሎም ኣብ ዝነበሩ መዓልትታት ወታሃደራት ኢትዮጵያ ሰረቐም ዝበልዎም መናእሰይ ሓዊሱ ክልተ ሰብኡትን በዓልቲ እንዳ መስተ ሰበይትን ቀቲሎም ዝብል ክሲ ይቐርበሎም እዩ።[375]

## *መ) ካልኦት ስምዕታታት*

190. ከምዚኣቶም ዝበሉ ካልኦት ኣጋጣሚታት ብዝተፈላለዩ ትካላትን ጋዜጣታትን ተፀብፂቡ እዩ።

191. ንኣብነት ኣብ መጀመርታ ሕዳር 2013 ዓ.ም ምልሻ ኣምሓራ፣ ፋኖን ሓይልታት ኤርትራን ኣብ ከተማታት ንኣብነት ኣደባይ፣ ሑመራን ራውያንን ሰብኡትን ኣንሽትን ብምፍላይ ሰብኡት ንኣኼባ ክትፀንሑ ኣለኩም ብምባል እተን ደቂ ኣንስትዮ ክኸዳ ገይሮም እዮም።[376]

192. ብ24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም ኣብ ኣደባይ ናይ ኤርትራ ስለላ ሰብ ተዛሪብዎም ተባሂሉ ከም ዝተፀብፀበ፦ "ተጋሩ በዚ ገፅ እንትኸዱ [እንተኾነ ግና] ኣምሓሩ፣ ወልቃይት፣ ኤርትራውያንን ኩናማን በቲ ካሊእ ገፅ

---

[368] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጨፍጨፍ ሰራዊት ኤርትራ ኣሚኢት ሰላማውያን ከተማ ኣኽሱም ናብ ገበን ኣንፃ ሰብኣውነት ዘምርሕ ክኸውን ይኽእልእ እዩ (19 ለካቲተት፣ 2013 ዓ.ም)*።

[369] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጨፍጨፍ ሰራዊት ኤርትራ ኣሚኢት ሰላማውያን ከተማ ኣኽሱም ናብ ገበን ኣንፃ ሰብኣውነት ዘምርሕ ክኸውን ይኽእልእ እዩ (19 ለካቲተት፣ 2013 ዓ.ም)*። (መንነት ፈፀምቲ እቲ ተግባር ክረጋገ ዝኽኣለ፡ ብቋንቋኦም (ዓረብኛ ስለ ዝዛረቡ ወይ ከዓ ኣብ ኢትዮጵያ ዝዝረብ ትግርኛ ላህጃ ስለ ዘይብሎም)፤ ሰራዊት ኤርትራ ብዓርሶም ዝህብዎ ገለፃ፤ ምስልታቶም (ናይ ኤርትራ ብሄር ዝኾነ ቤን ዓሚር ፍሉይ መግለፂ ዝኾነ ኣብ ገፅ ዝርከብ ጥባሕ በሰላ) ምስ ዓርሶም ንምኽዋል ዝጥቀምሉ ፍሉይ ዩኒፎርም፤ ሰራዊት ኤርትራ ብፍሉይ ዝጥቅምሉ ጨማ እግሪ፤ ከምኡ እውን ናይ ኤርትራ መፍለይ ታርጋ ዘለወን ተሽከርከርቲ)።

[370] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጨፍጨፍ ሰራዊት ኤርትራ ኣሚኢት ሰላማውያን ከተማ ኣኽሱም ናብ ገበን ኣንፃ ሰብኣውነት ዘምርሕ ክኸውን ይኽእልእ እዩ (19 ለካቲተት፣ 2013 ዓ.ም)*።

[371] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጨፍጨፍ ኣብ ኣኽሱም (ፀብፃብ)* (19 ለካቲተት፣ 2013 ዓ.ም)፣ ኤ.ኤፍ.ኣር. 25/3730/2021፣ ገፅ 5።

[372] ሶፌ ኣኒስ፣ ቲም ቫንዴን፣ እምነት ተጋሽን ካልኦትን፣ *ትግራይ፡ መሕበሪ ሰብኣዊ ኩነታት* (ዩኒቨርሲቲ ገንት፣ ሰነ 2013 ዓ.ም)፣ ገፅ 71።

[373] ቻርለስ ኢምፓትስ፣ 'ኤ.ኣር.ቲ.ኢ. ዜና ፀብፃብ ኢትዮጵያ፡ ሰብኣዊ ቀውሲ ትግራይ' (*ኤ.ኣር.ቲ.ኢ.*፣30 ሰነ 2014 ዓ.ም) ኣብ መበል 20:50 ደቒቓ።

[374] ሂያብ ገብረፃድቕ፣ "ናይ ዓይኒ መሰኻኽረይ ዝርዝር ብዛዕባ ጨፍጨፍ ኣኽሱምን ከባቢኣን" (*ት.ግ.ሃ.ቶ*፣ 28 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[375] ሂያብ ገብረፃድቕ፣ "ናይ ዓይኒ መሰኻኽረይ ዝርዝር ብዛዕባ ጨፍጨፍ ኣኽሱምን ከባቢኣን" (*ት.ግ.ሃ.ቶ*፣28 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[376] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዘባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፃት 183፣ 226-227።

ከይዶም እዮም።"[377] ደሓር እቶም ተጋሩ ብዕድመ ተፈልዮም እዮም። ኣብ ኣደባይ እቶም መናእሰይ ተጋሩ ናብ ተሸከርከርቲ ንጎድይቡ ተገይሮም እቶም ፈፀምቲ ንልዕሊ ክልተ ወይ ካዓ ሰለስተ ግዘ እንዳተመላለሱ መፂኦም እዮም፣ እቶም ዓበይቲ ሰባት ግና *ብፋኖ* ተዓጃቢም ብእግሮም ክስጉሙ ተገይሮም እዮም።[378]

193. ሓደ ምስክር ከም ዝፀብፀቦ ፋኖ ገዛ ንገዛ እንዳዞረ ኩሎም ተጋሩ ገፊፉ እዩ፦ "ዓበይቲ ሰባት፣ ወለዲ ኣብ ዓበይቲ ናይ ፅዕነት መኻይን ተፃዒኖም [ንምብራቕ] ንኽጓዓዙ ተገይሩ እዩ። ዝኾነ ነገር ከይሓዙ ኪዱ እንትበሃሉ እቶም መናእሰይ ግና ክፀንሑ ተገይሮም እዮም።"[379] ኣብ ኩሎም ኣጋጣሚታት ብዙሓት ተጋሩ ሰብኡት ከምልጡ ሞኪሮም እዮም፤ ዝተወሰኑ ብኣባላት ምሊሻ ኣምሓራ ተቐቲሎምን መጥቃዕቲ ዝበፅሖምን እንትኸውን ካብኣቶም ሓደ ኣብ ኣደባይ ወዲ 70 ዓመት ስብኣይ ይርከብዎም።[380]

194. ሓደ ኣብ ኣደባይ ብሂወት ዝተረፈ ከም ዝተዘረቦ፦

"ዝኾነ ይኹን ክጎዱ ዝፈተነ ቀቲሎም እዮም። [...] ሰባት ከምልጡ እንትፍትኑ፣ ... [እቶም ፋኖ] ብጎዞሞን ፋስን የጥቅዕዎም ስለዝነበሩ ሓደ ሰብ ከምልጥ ኣይከኣለን። ሬሳታት ረጊፅና ንሓልፍ ነይርና፣ ኩላትና እውን ኣብ ምሒር ስንባደ ነይርና። ህድእ ድሕሪ ምባልና ኣብቲ ከባቢ ብዙሓት ሬሳታት ከም ዘለዉ ኣስተውዒልና። ናብ ዝኾነ ቦታ ገፅካ ምልስ ምስ እተብል ሓሙሽተ፣ ዓሰርተ ሬሳታት ኣለዉ።"[381]

195. ካብዘን ከተማታት እዚኣተን ዝተባረሩ ክሳብ ሐዚ ኣይተቐፀሩን። ሓደ ሰብኣይ ካብ ኣደባይ ከም ዝተዘረቦ፦ "ሰበይተይን ወላዲተይን ቅድሚ ኣርባዕተ መዓልቲ ደዊለናለይ ነይረን፣ ኣብ ናይ ፅዕነት ተሸከርከርቲ ከም ዝፀዓንዎም ተዛሪበናኒ፣ እንተኾነ ግና ናበይ ይወስድዎም ከም ዘለዉ ኣይፈልጣን። ካብኡ ንደሓር ካብኣተን ዝኾነ ነገር ሰሚዐ ኣይፈልጥን።"[382]

196. ብ27 ጥቅምቲ ብሓይልታት ኢትዮጵያን ኣምሓራን ዝተትሓዙ እንተነኣሰ 17 ሰባት ኣብ ጥቓ ደደቢት ዲቭዥን ወሽጢ ተቐቲሎም እዮም። ሓደ ሰብኣይ ኢዱ ዝሃበ እኳ እንተኾነ ኣብ ኣፍደገ ገዝኡ ሽዑ ንሽዑ ብጎዞሞ ወቒዖምዎ ቀቲሎምዎ እዮም።[383]

197. ሓደ ወዲ 5 ዓመት ቆልዓ ካብ ማይሎሚን (ምዕራብ ትግራይ) ኣብ ሕቑኡን ከብዱን ዘሎ በሰላ ንጋዜጠኛታት ከም ዘርኣዮም፣ ብ30 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ወታሃደራት ኢትዮጵያ ተኲሶምሉ መውጋእቲ በፂሕዎ እዩ።[384]

198. ብ1 ሕዳር 2013 ዓ.ም ሓይልታት ኢትዮጵያን መፃምዶምን ብዙሓት ተጋሩ ብጎዞሞ ቀቲሎም እዮም። ሓደ ምስክር ከም ዝበሎ፦

[377] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 183።

[378] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 183።

[379] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ ኢትዮጵያ፡ ሓዱሽ ማዕበል ህልቂት ኣብ ምዕራብ ትግራይ (7 ታሕሳስ 2014 ዓ.ም) (ርቡዕ ኩርናዕ ቅንፍ ኣብቲ ዋና ፍልፍል)።

[380] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 183።

[381] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ ኢትዮጵያ፡ ሓዱሽ ማዕበል ህልቂት ኣብ ምዕራብ ትግራይ (7 ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)።

[382] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ ኢትዮጵያ፡ ሓዱሽ ማዕበል ህልቂት ኣብ ምዕራብ ትግራይ (7 ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)።

[383] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 43-44።

[384] ካትሪን ሆረልድ፣ "'ኣብዙይ ኣይኮንኩምን'፡ ጎንፂ መሬት ኣብ ትግራይ ኢትዮጵያ ሰፊሕ ዋሕዚ ስደት ኣስዒቡ" (*ሮይተርስ*፣ 12 ሓምለ 2013 ዓ.ም)።

> “ርእሱ ብጎዞሞ ወቒፆምዎ። ሓንጎሉ ወፂኡ እዩ። [...] ኣብ ጥቕኡ ዝኸበብዎ ብዙሓት እዮም ነይሮም። መርገፂ እግሩ ሒዞም ብእግሩ ጎቲተምዎ እዮም። ዝተወሰነ በታ ምስ ጎተትዎ ኣብኡ ገዲፈምዎ ከይዶም እዮም። ሓንጎሉ ሙሉእ ንሙእ ካብ ርእሱ ወፂኡ እዩ ነይሩ።”[385]

199. ብሓደ ናይቲ ከተማ ነባሪ ክፍለጥ ዝኽኣለ ሰብ “ንኣምሓራ ይፀልእ” እዩ ብምባል ብዙሓት ሚሊሻ ፋኖ ብጎዞሞ ኣብ ርእሱ ወቒፆም ቀቲሎምዎ እዮም።[386]

200. ብ2 ሕዳር 2013 ዓ.ም ሓይልታት ኢትዮጵያን ኣምሓራን ኣብ ኣደባይ ብዘይ ዝኾነ ቅድመ-መጠንቀቕታ ኣብ ልዕሊ ነበርቲ ብምትኳስ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ህፃናትን ሓደ ፀገም ኩነታት ጥዕና ኣእምሮ ዘለዎ ሰብን ሓዊሱ ሰባት ቀቲሎም እዮም።[387]

201. ሓደ ብሂወት ዝተረፈ ከም ዝበሎ፦

> “ናይ ወደይ ዓካሪቱን ሰለፉን ወቒፆምዎ። [...] ነቶም ወታሃደራት ሓገዝ ሕክምና ንኽገብሩለይ ለሚኖዮም ሓገዝ ክፀውዑ ዝኽእሉ እንተኾይኖም። ሓደ ወታሃደር ክፀውዕ ከይዱ፣ እንተኾነ ግና እቲ ካልኣይ ወታሃደር ‘ቅተሎ ክብል’ ተዛሪቡ። ንሱ ዝተዛረቦ [ንወደይ] ‘ውላድ ኩርኩር ሀ.ወ.ሓ.ት እዩ፣ ምስ ዓበየ ሀ.ወ.ሓ.ት ኮይኑ ክወግኣና እዩ።’ ... ወደይ ብዙሕ ደም ስለ ዝፈሰሶ ሞይቱ።”[388]

202. ካብ 4-6 ሕዳር 2013 ዓ.ም ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ኣብ ዛላምበሳ መብዛሕቲኦም ሰብኡት ዝርከብዎም እንተነኣሰ 70 ሰባት ቀቲሎም እዮም።[389] ብሂወት ዝተረፉ ከም ዝበልዎ ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን፦ “ዝኾነ ሰብ እንተረኺብኩም ቅተልዎ ጥራሕ። ገዛ ኳሕኹሕኹም ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ እንተረኺብኩም ቅተልዎም ጥራሕ፣ ከምኡ እውን ‘ቅተልዎም! እቲ ጁንታ ቅተልዎ’” ክብሉ ተዛሪቦም እዮም ይብሉ።[390]

203. ሓንቲ ሰበይቲ ከም ዝተዛረበቶ፦

> “ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ናብ ገዛይ ኣትዮም ስብኣየይ ተኩሶም ቀቲሎምዎ እዮም። ቀሺ እዩ ነይሩ። ካብኡ ቀፂሎም ናብ ጎረቤተይ ዘሎ ገዛ እንዳንዕልተይ (እንዳሓፍቱ ንስብኣየይ) እዮም ከይዶም። ስብኣያን ወዲ 20 ዓመት ወዳን ክቐትሉ ርኤዮም። ዓው ኢሎም ‘ንሕና ሰላማውያን ኢና!’ ኢሎም። እንተኾነ ግና ወታሃደራት ሓይልታት ምክልኻል ሃገር

[385] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 47።

[386] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 46።

[387] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 43።

[388] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 43 (ኣብቲ ዋና ፍልፍል ርቡዕ ኩርናዕ ቅንፍ ኣሎ)።

[389] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 102-106።

[390] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 103።

ኢትዮጵያ፡ ‘እወ፣ ንሕና ሰላማውያን ኢና ንደሊ ዘለና!’ ክብሉ መሊሶም። ኣብ ዝኾነ ቦታ ዝሞተ ሰብ ይርከብ። ዝሞቱ ብዙሓት ስለዝነበሩ ብጎደና እውን ንምኻድ ኣይከኣልን ነይሩ።”[391]

204. ብ10 ሕደር 2013 ዓ.ም ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ሕፃፅ ሰላማውያን ተጋሩ ቀቲሎም እዮም።[392] ከምኡ እውን ወታሃደራት ኤርትራ ኣብ ዓዲግራት ብዙሓት ሰላማውያን ጨፍጪፎም ተባሂሉ ይኸሰሱ እዮም፡-

> “ንእሽተይ ሓወይ ኣቦ ሽውዓተ ቆልዑ እዩ ነይሩ። ኣብ ገዛ ነይሩ። ንኸፍቲ ዝብላዕ ይህብ ነይሩ። እቲ ወታሃደር ብወታሃደራዊ መርኣዪ መነፀር ርእይዎ። ሓወይ ግን ኣይረአዮን። ደሓር ናብ ገዛ መፂኡ ክልተ ግዘ ተኲሱ ክቐትሎ ፈቲኑ። እቶም ደቁ ሰንቢዶም ናብ ኣቦኦም ተፀጊዖም። ይበኽዩ ነይሮም። እቲ ወታሃደር ኤርትራ ነታ ንእሽተይ ጓሉ ደፊኡ ሸው ኣቢሉዋ። ሓወይ ዝኾነ ነገር ክገብር ኣይከኣለን። ‘በጃኻትኩም ኣብ ቅድሚ ደቀይ ዝኾነ ነገር ከይትገብሩኒ’ ኢሉ ለሚንዎም። ብጣዕሚ ብዘሰንብድ ኩነታት ቀጥቂጦምዎ። ጥራሕ እግሩ ንኸኽይድ ኣገዲዶም ናብ በረኻ ወሲዶምዎ። ከምዚ ዝበለ ዘሰንብድ ነገር ርኢና ኣይንፈልጥን። [...] ቀቲሎምዎ። [...] ሰለስተ ደቁ ተቐቲሎም ዝረኸቦም ወዲ ሓወበይ ኣለኒ። ሰራዊት ኤርትራ ከመይ ገይሩ ከም ዝቐተሎም ብቓላት ክገልፀልካ ኣይክእልን።”[393]

205. ኣብ 11 ሕዳር 2013 ዓ.ም ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን መብዛሕቲኦም ሰብኡት ዝርከብዎም ኣብ ዓድዋ 30 ሰላማውያን ቀቲሎም እዮም።[394] ኣብቶም ዝነበሩ ቀፀልቲ ሰሙናት ወታሃደራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ካልኦት ከተማታት ንኣብነት ከም ነበለትን ኣኽሱም ሓዊሱ ብኣማኢት ዝቑፀሩ ሰላማውያን ቀቲሎም እዮም።[395]

206. ሓደ ብሂወት ዝተረፈ ከም ዝገለፆ ብተግተግታ እንዳኸደ ከሎ ብኣባላት ተፃባኢ ብሄር ዝኾነ ምልሻ ፋኖ ጠጠው ኣቢሎምዎ። ደሓር ብሄሩ ትግራዋይ ምዃኑ ምስ ፈለጡ ገንዘቡ መንጢሎም ኣብ ክሳዱ መሸንቀቖ ኣሲሮም ክወቕዕዎ ጀሚሮም፣ ኣብ ልዕሊ ህፃናት ዝርከብዎም ኲምራ ሬሳታት ብእግሩ ክኸይድ ገይሮም ክሳብ ሂወቱ ዝሓልፍ ኣብቲ መንገዲ ኀቲቶምዎ።[396] በቲ መሸንቀቖ ኣብ ክሳዱ ዝተልሓፀ ቆርበት ብዘርኢ ናይ ጉድኣቱ ፎቶ ኣብ ጋዜጣ *ኒው ዮርክ ታይምስ* ቀሪቡ እዩ። ናብ ሱዳን ዝሃድሙ ተጋሩ ስደተኛታት እንትሃድሙ “ንብረቶም ፈቲሾም ብዝወስዱን ዝዘርፉን” ዕጡቓት ፋኖ ተጠቒዖምን ኣካሎም ኀዲሎምን እዮም።[397]

207. ሓደ ብሂወት ዝተረፈ ኣብ መወዳእታ ታሕሳስ 2013 ዓ.ም ኣብ ኣደባይ ኣብ ዝነበረ ሕርሻኦም ንዕኡን ካልኦት 12 ሓረስቶትን ብዙሓት ሚሊሻ ኣምሓራ ከመይ ገይሮም ከም ዝተኮስሎም ገሊፁ እዩ። ብላዕሊ

---

[391] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 103።

[392] የናት መርስኤ፣ ጉሊያ ፓራቪቺኒን ካትሪን ሆሬልድ፣ “ድርብ ዛዕባ፣ ኣብ ኲናት ሕድሕድ ኢትዮጵያ፣ ሰራዊት ኤርትራ ቀታሊ ዝኾነ ሕነ ምፍዳይ ኣብ ናይ ቀደም ፀላእቱ ወሲዱ” (*ሮይተርስ*፣ 22 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)።

[393] ጀማል ያስማን፣ *“ጎንፂ ትግራይ፡ ተፈፂሞም ዝበሃሉ ገበናት ኲናት”* (*ቻነል 4*፣ 14 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[394] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 107-111።

[395] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 111።

[396] ዓብደል ላጢፍ ዳሒር፣ “ስደተኛታት ኢትዮጵያውያን ዛንታ ዘርኣዊ ጨፍጨፍ ኣብ ኲናት ትግራይ” (*ኒው ዮርክ ታይም*ስ፣ 30 ሕዳር 2013 ዓ.ም)።

[397] ዓብደል ላጢፍ ዳሒር፣ “ስደተኛታት ኢትዮጵያውያን ዛንታ ዘርኣዊ ጨፍጨፍ ኣብ ኲናት ትግራይ” (*ኒው ዮርክ ታይም*ስ፣ 30 ሕዳር 2013 ዓ.ም)።

ግዳማዊ ቆርበቱ ስብርባር ጥይት ናብ ቅርቅርቲ ርእሱ ዝኣተዎ ጉድኣት በፂሑዎ ግና ድማ ብሕታዊ ብሂወት ዝተረፈ ኮይኑ፦

> “እቶም ዕጡቓት [እንትፅግዑና] ካብ ጉጅለና ማእኸል ሓደ ስብኣይ ካብ ሩባ ማይ ከምፀአልና ልኢኽና ኔርና። [ንሳቶም] እንታይ ንሰርሕ ከም ዘለና ሓቲቶምና። [ንሕና] ድማ ‘ምሸላ ንቖርፅ ኣለና’ ኢልናዮም። [ሓደ] ‘እዙይ መሬት ኣምሓራ እዩ ስለዝኾነ ኣብዙይ ክትኮኑን ምሸላ ክትቆርፁን መሰል ኣይብልኹምን ክብል’ ተዛሪቡ። ደሓር ብመስመር ጠጠው ክንብል ገይሮምና። ንብዙሕ ግዘ ሓፍኮፍ ሓፍኮፍ ክንብል ኣዚዞምና። ደሓር ጠጠው ምስበልና [ንሳቶም] ሕቜና ናብኣቶም ገፅ ክንገብር ኣዚዞም ኣብ ልዕሌና ተኩሶምልና። ምትኳስ ምስ ጀመሩ ዘይረ ክሪኦም ፈቲነ። ሰንቢደ እየ ነይረ - ንምንታይ ክሪኦም ከም ዝደለኹ ኣይፈልጥን። ኣብ ቅድሚት ርእሰይ ልዕሊ ፀጋማይ ዓይነይ ኣብ ጫፍ ርእሰይ ብጥይት ተወቒዐ። ወዲቐ ሃለዋተይ ስለዝጠፍአ ካብኡ ንደሓር እንታይ ከም ዘጋጠመ ኣይፈልጥን … ኣብቲ ቀፃሊ መዓልቲ ውነይ መሊሰ፣ ንዓርሰይ ኣብ ማእኽል እቶም ዝሞቱ 12 ሰባት ረኺበ።”[398]

208. ሓደ መዓልቲ ኣብ ጥሪ 2013 ዓ.ም ኣብ ደቡባዊ ማሕበረዴጎ ብዙሓት ሰባት ወታድራዊ ክዳን ብዝተኸደኑ ተቐቲሎም እዮም።[399] እቲ ወታሃደራዊ ክዳን ናይ ኢትዮጵያ ባንዴራ ምልክት ዘለዎ ኮይኑ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ኣባልነት ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ዝኽደንዎ ኣብ እጅገኦም ብሄራዊ ባንዴራ ኢትዮጵያ ኣርማ ዘለዎ ዝተኸደኑ እዮም፤ ካብ ሞንጎ እቶም ወታሃደራት ዝቐርፅ ዝነበረ እውን ናይ መን ክፍለ ሰራዊት ኣባላት ምዃኖም ይገልፅ ዝነበረ እንትኸውን፣ እቲ ቪድዮ ዝቐርፅ ዝነበረ ወታሃደር ነቶም ግዳያት “ወያነ” እንዳበለ ዝፅውዖም ዝነበረ እንትኸውን ናይቲ ቃል ቀሊል ትርጉም እውን “ዓመፀኛ” ዝብል ኮይኑ ምስ ህ.ወ.ሓ.ት ርክብ ንዘለዎም ንምድሃል ዝውዕል እዩ።[400] እዚ ፍፃመ ኣብ ሓሙሽተ ቪድዮታት ዝተቐረፀ ኮይኑ ብምትሕብባር *በሊ ንካት* ምስ *ቢ.ቢ.ሲ. ኣፍሪካ ኣይን ኒውሲይን* ተተንቲኑን ኣድራሻ እቲ ቦታ ተፈልዩን እዩ። እቶም ሰላማውያን ኣብ ኣብ ጫፍ ገደል ተረሺኖም ናብቲ ገደል ተደርብዮም እዮም።[401]

209. ኣብ 15 ሰነ 2013 ዓ.ም ሓይልታት መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዕዳጋ ተጎጓ ደብዳብ ብምፍፃም ብውሕዱ ሞት 64 ሰላማውያን፣ 180 መጉዳእትን ዕንወት 25 ገዛውትን ኣብፂሑ እዩ።[402] እቲ ዕዳጋ ኣብ መዓልቲ ሰሉስ ዝግበር ኮይኑ ብዙሓት ሰባት ምህርቶም ንምሻጥን ንምዕዳግን ዝሰባሰብሉ እዩ፣ እቲ ደብዳብ እውን እቲ ዕዳጋ ውዕውዕ ኣብ ዝነበረሉ ጫፍ ዝተፈፀመ እዩ።[403] ሰዓት እቲ ደብዳብ ብዝምልከት ፀብፃባት ዝፈላለዩ ኮይኖም[404] ቪድዮታት ግና ህፃናት፣ ዝሞቱን ዝቖሰሉን፣ ብፍላይ እቶም ዝቖሰሉ ንናይ

---

[398] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ <u>*“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”*</u> (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 109 (ኣብቲ ዋና ፍልፍል ርቡዕ ኩርናዕ ቅንፍ ኣሎ)።

[399] ጊያንካርሎ ፍዮሪላ፣ <u>“ጎንፂ ትግራይ፡ ቪድዮታት ብዛዕባ ጨፍጨፍ ማሕበረ ዴጎ ሓዱሽ ዝርዝር ኣቕሪቦም እዮም”</u> (*በሊ ንግካት*፣ 17 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

[400] ጊያንካርሎ ፍዮሪላ፣ <u>“ጎንፂ ትግራይ፡ ቪድዮታት ብዛዕባ ጨፍጨፍ ማሕበረ ዴጎ ሓዱሽ ዝርዝር ኣቕሪቦም እዮም”</u> (*በሊ ንግካት*፣ 17 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

[401] ጊያንካርሎ ፍዮሪላ፣ <u>“ጎንፂ ትግራይ፡ ቪድዮታት ብዛዕባ ጨፍጨፍ ማሕበረ ዴጎ ሓዱሽ ዝርዝር ኣቕሪቦም እዮም”</u> (*በሊ ንግካት*፣ 17 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

[402] ጃሶን ብሩክ፣ <u>“ብናይ ኢትዮጵያ ደብዳብ ኣየር ኣብ ዕዳጋ ትግራይ ብዙሓት ተቐቲሎም እዮም”</u> (*ዘ ጋርድያን*፣ 17 ሰነ 2013 ዓ.ም)፤ ት.ግ.ሃ.ት፣ <u>“ድሕሪ ደብዳብ ኣየር ፀብፃብ ተጎጓ ብሰራሕተኛታት ጥዕና (ፎቶን ቪድዮን ዝሓውስ)”</u> (*ት. ግ. ሃ. ት*፣ 18 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

[403] ጃሶን ብሩክ፣ <u>“ብናይ ኢትዮጵያ ደብዳብ ኣየር ኣብ ዕዳጋ ትግራይ ብዙሓት ተቐቲሎም እዮም”</u> (*ዘ ጋርድያን*፣ 18 ሰነ 2013 ዓ.ም)፤ ት.ግ.ሃ.ት፣ <u>“ድሕሪ ደብዳብ ኣየር ፀብፃብ ተጎጓ ብሰራሕተኛታት ጥዕና (ፎቶን ቪድዮን ዝሓውስ)”</u> (*ት. ግ. ሃ. ት*፣ 18 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

[404] ጃሶን ብሩክ፣ <u>“ብናይ ኢትዮጵያ ደብዳብ ኣየር ኣብ ዕዳጋ ትግራይ ብዙሓት ተቐቲሎም እዮም”</u> (*ዘ ጋርድያን*፣ 17 ሰነ 2013 ዓ.ም)፤ ት.ግ.ሃ.ት፣ <u>“ድሕሪ ደብዳብ ኣየር ፀብፃብ ተጎጓ ብሰራሕተኛታት ጥዕና (ፎቶን ቪድዮን ዝሓውስ)”</u> (*ት. ግ. ሃ. ት*፣ 18 ሰነ 2013 ዓ.ም)። (ኣብ 5፡00 ሰዓት ቅድሚ ቀትሪ ሰለስተ ደብዳብ ኣየር ከም ዝጀመረ ተፀብፂቡ)።

መጀመርታ ሕክምናዊ ሓገዝ ኣብ መሬት ወዲቖም ዝፅበዩ ሓዊሱ ብዙሓት ቁፅሪ ዘለዎም ሰላማውያን የርእዩ እዮም።[405] ዋላ እውን እዚ ተግባር ብወሃቢ ቃል ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ዝኾነ ኮሎኔል ጌትነት ኣዳነ ዝተኸሓደ እንተኾነ ናብቲ ቦታ ክኸዱ ዝፈተኑ ሰራሕተኛታት ሕክምና ብወታሃደራት ኢትዮጵያ ተኸልኪሎም እዮም።[406]

210. እቶም ጉድኣት ዝበፅሖም ናብ ጥቐኦም ዝርከብ ሆስፒታል ዝተወሰዱ ኮይኖም፣ እንተኾነ ግና ከም ዝተፅብፀበ እቲ ዝተወሰድሉ ሆስፒታል ንተወሳኺ ደብዳብ ዕላማ ተገይሩ ነይሩ እዩ። ነዚ ስዒቡ ድማ እቶም ቁሱላት ኣብ ቀረባ ናብ ዝርከብ ጫካ ተወሲዶም ዝተገጠመሎም ብቱቦ ደም ዝወሃብ ማይ ሓይሊ (ኣይ.ቪ. ኢንፉዥን) ኣብ ኣግራባት ክንጥልጠል ተገይሩ እዩ። እቶም ጉዱኣት ድሕሪ እቲ ደብዳብ ክልተ መዓልቲ ናብቲ ክልል ዝርከቡ ሆስፒታላት በፂሖም እዮም። ብመሰረት ወታሃደራዊ ወሃቢ-ቃል ኢትዮጵያ እቶም ግዳያት ዕጡቓት እዮም ዝበለ ኮይኑ "ዝቖሰሉ ወይ ከዓ ዝሞቱ 'ሲቪል ክዳን ዝተኸደኑ' ዕጡቓት እዮም ክብል ብፅኑዕ ገሊፁ እዩ።"[407] ኮሎኔል ጌትነት ኣዳነ ሻላ ዘለና 'ዘመናዊ ቴክኖሎጂ' እቲ ደብዳብ ብትኽክል ዕላምኡ ዝወቕዐ እዩ ክብል ገሊፁ እዩ። ብመሰረት መሰኻኽር ዓይኒ እቲ ዕዳጋ ብብዙሓት ስድራታት ዝተመልአ ኮይኑ ዕጡቓት ሓይልታት ኣብኡ ኣይነበሩን።[408]

211. ሰራዊት ኤርትራ ኣብ መወዳእታ ጥቅምትን መጀመርታ ሕዳርን 2015 ዓ.ም ውሑዳት መዓልትታት ቅድሚ *ስምምዕ ተፃብኦ ጠጠው ምባል* ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ትግራይ ልዕሊ 300 ሰላማመውያን ብምጭፍጫፍ ይኽሰሱ እዮም። እቶም ጣብያታት ማርያም ሸዊቶ፣ ገረዓ፣ ዓዲ ብጪ፣ ዓዲ ጭዋ፣ ምንድብድብ፣ ክፍድመት፣ ራህያ፣ እንዳባገሪማን ኩምሮን ዝሓውስ እዩ። ኣብ ማርያም ሸዊቶ እቶም ግዳያት ዝተፈላለየ ዕድመ ዘለዎም ሰላማውያን ማለት፣ እግሪ ተኸሊ ህፃን ምስ ወዲ 7 ዓመት ዓብይ ሓውን ኣዲኦምን፣ ሽማግለ ቐሺ፣ ሓኪም ኣዶ ዝሓውስ ኮይኑ ብውሕዱ 140 ሰላማውያን ተቐቲሎም እዮም። ሬሰኦም ብኣባላት ስድርኦም ፍርቁ ብእንስሳት በረኻ ተበሊዑ ተረኺቡ እዩ። ሓደ ሓደ ሰብኡት ምስ ስድርኦም ዝተቐተሉ ኾይኖም፣ ካልኦት ድማ ኣብ ጥቐኦም ኣብ ዝርከብ ጎቦ ተቐቲሎም ተረኺቦም እዮም።[409] እቶም ሰራዊት ኤርትራ እንኮላይ ናይቶም ግዳያት ገዛ ኣዕንኒዎምን ዘሚቶምን እዮም።[410]

## 2. ከቢድ ኣካላዊ ወይ ካዓ ኣእምሮኣዊ ጉድኣት ምብፃሕ

212. ሕጋዊ ረቛሒታት ከቢድ ኣካላዊ ወይ ከዓ ስነ-ልቦናዊ መጉዳእቲ ምብፃሕ ከም ተግባር ፅንተት ንኽቑፀር ዘድልዩ ሕጋዊ ረቛሒታት ብተመሳሳሊ ምስ ረቛሒታት ምስቓይ ወይ ከዓ ካልኦት ገበናት ኢ-ሰብኣዊ ተግባራት ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ወይ ከዓ ምስ ተመጣጠንቲ ተግባራት ገበናት ኲናት ተመሳሰልቲ

[405] ት.ግ.ሃ.ት፣ "ድሕሪ ደብዳብ ኣየር ፀብፃብ ተጎዳ ብሰራሕተኛታት ጥዕና (ፎቶን ቪድዮን ዝሓውስ)" (*ት.ግ.ሃ.ት*፣ 18 ሰነ 2013 ዓ.ም)። ት.ግ.ሃ.ት፣ "ተወሰኽቲ ቪድዮታትን ፎቶታትን ካብ መዓልቲ ደብዳብ ኣየር ዕዳጋ ተጎዳ" (ት.ግ.ሃ.ት፣ 3 ሓምለ 2013 ዓ.ም)

[406] ት.ግ.ሃ.ት፣ "ድሕሪ ደብዳብ ኣየር ፀብፃብ ተጎዳ ብሰራሕተኛታት ጥዕና (ፎቶን ቪድዮን ዝሓውስ)" (*ት.ግ.ሃ.ት*፣ 17 ሰነ 2013 ዓ.ም)፤ ጃሰን ብሩክ፣ "ብናይ ኢትዮጵያ ደብዳብ ኣየር ኣብ ዕዳጋ ትግራይ ብዙሓት ተቐቲሎም እዮም" (*ዘ ጋርድያን*፣ 18 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

[407] ጃሰን ብሩክ፣ "ብናይ ኢትዮጵያ ደብዳብ ኣየር ኣብ ዕዳጋ ትግራይ ብዙሓት ተቐቲሎም እዮም" (*ዘ ጋርድያን*፣ 18 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

[408] ጃሰን ብሩክ፣ "ብናይ ኢትዮጵያ ደብዳብ ኣየር ኣብ ዕዳጋ ትግራይ ብዙሓት ተቐቲሎም እዮም" (*ዘ ጋርድያን*፣ 18 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

[409] ካትሪን ሆረልድ፣ መግ ከልይን ስቲፋኒ ሊን፣ "ዋላ እውን ስምምዕ ሰላም እንተተበፅሐ ብኣማኢት ዝቑፀሩ ኣብ ኢትዮጵያ ተጨፍጪፎም" (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 21 ለካቲት 2015 ዓ.ም)።

[410] ነጋሲ ኣወጣሀይ፣ "ኣብ ውሽጢ ሰሙን ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ብወታሃደራት ኤርትራ ኣብ ዓድዋ ዝዓነዉ ገዛውቲ ናይ ፎቶ ዝርዝር" (ት.ግ.ሃ.ት፣ 28 ለካቲት 2015 ዓ.ም)።

ኮይኖም ክረአዩ ዝኽእሉ እዮም።[411] እንተኾነ ግን፣ እቲ ትኽክለኛ ትርጉም ክፍቲ ኮይኑ ንኽፅንሕ ኣፍልጦ ዝተውሃበ ስለ ዝኾነ፣[412] ብዙሓት ውሳነታት ድማ እቲ ጭብጢ ብናይ ሕድሕድ ክርክር ጭቡጣት ፍረ-ነገራት ክውሰን ሓሳብ ሂቦም እዮም።[413]

213. ዋላ እውን ግድን እቲ ጉድኣት ቀዋሚ እንተዘይኮነ ወይ ከዓ ክድሕን ዝኽእል እንተኾነ[414] ኣብ ልዕሊ እቲ ግዳይ "ካብ ግዝያዊ ሓጎስ ምስኣን፣ ሕፍረትን ውርደትን ዝሓለፈ" ፅልዋ ክህልዎ ይግባእ።[415] ዝተፈለየ ስነ-ሕጊ እንተሃለወ እኳ፣ እቲ ኣብ ልዕሊ እቲ ግዳይ ዝበፅሕ መጉዳእቲ "ነቲ ጉጅለ ሙሉእ ንሙሉእ ወይ ከዓ ብኽፋል ምጥፋእ ከስዕብ ክሳዕ ዝኽእለሉ ብርኪ ከቢድ ክኸውን" ዘገድድ ተወሳኺ ረቛሓ የለን ኢልካ ምክታዕ ይከኣል እዩ።[416]

214. ክርክር ሕጊ ሰፋሕቲ ዝተፈላለዩ ተግባራት ሓደገኛ ኣካላዊ ወይ ከዓ ስነ-ልቦናዊ ጉድኣት ብምብፃሕ ከም ተግባር ፀንተት ንኽቑፀሩ ኣፍልጦ ዝሃበ እንትኸውን እዚኣቶም እውን ምስቓይ (ከም ሕሱም ምርመራ) ወይ ከዓ ካልኦት ጨካን፣ ኢ-ሰብኣዊ ወይ ከዓ ክብሪ ዘስእኑ ኣተሓሕዛታት፣ ዓመፅ ወይ ከዓ ካሊእ ዓይነት ፆታውን ስርዓተ-ፆታ መሰረት ዝገበረን መጥቃዕቲ፣ ከም ዝቕተል ምፍርራሕ ወይ ከዓ ካሊእ ከቢድ ጉድኣት፣ ወይ ከዓ ብሓይሊ ምፍንቓል ዝሓውስ እዩ።[417] ብርግፅ ፆታዊ ወይ ከዓ ስርዓተ-ፆታ መሰረት ዝገበሩ ጥቕዓታት ኣብ ዓውዲ ፅንተት ብፍሉይ ኣድለይቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም[418] - መባጋእያ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ኣካየሱ ከም ዘረጋገፆ ዓመፅን ፆታዊ ጥቕዓትን ረቛሓታት ሓደገኛ ኣካላዊ ወይ ከዓ ኣእምሮኣዊ ጉድኣት የማልኡ ጥራሕ እንተይኮነስ እንኮላይ "ኣብቲ ግዳይ ንሱ ወይ ከዓ ንሳ ኩሎም ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጉድኣት ስቅያት እንትበፅሕ ካብቶም ዝበኣሰ ጉድኣት ዘውርዱ ሓደ መንገዲ ክኸውን ይኽእል

---

[411] ኒማ ሚላኒንያ፣ "ሓደገኛ ኣካላዊ ወይ ከዓ ኣእምሮኣዊ ጉድኣት ከም ተግባር ፅንተት ምርዳእ፣" 51 *ቫንደርቢት ሎው ሪቪው* 1381 (2021)፣ ገፅ 1419 (እንተኾነ ግን ክፍለጥ ዝግበኦ "[ዋ]ላ እውን ናይቲ ተግባር መሰረታት ሸዋዳይ ብዝኾነ ብባህሪ ተመሳሳሊ መሲሉ ዝረአ እንተኾነ፣ ዝተወሰኑ ተግባራት ሙሉእ ንሙሉ ንኣብነት ናብ ምስቓይ ናይ ምምራሕ ተኽእሎ ክህልዎም ይኽእል እዩ፣ ተግባር ፅንተት ንክበሃል ግና ከማልኦም ዝግባእ ጨፍ መዐቀኒታት ኣየማልእን")።

[412] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 202።

[413] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 544፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ፖፖቪችን ካልኦትን*፣ ኣይ.ቲ.-05-88-ቲ.፣ ውሳነ፣ 3 ሰነ 2002 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 811፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ብላጎየቪችን ዮኪችን*፣ ኣይ.ቲ.-02-60-ቲ.፣ ውሳነ፣ 9 ጥሪ 1997 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 646፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲች*፣ ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ፣ ውሳነ፣ 26 ሓምለ 1993 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 513።

[414] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራዲዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 543፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ-05-88/2- ኤ.፣ ውሳነ፣ 3 ታሕሳስ 2005 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 738፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲች*፣ ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ፣ ውሳነ፣ 26 ሓምለ 1993 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 513።

[415] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 543፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲች*፣ ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ፣ ውሳነ፣ 26 ሓምለ 1993 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 513።

[416] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 544። *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ኤ.ኣ.ር.98ቢስ.1፣ ውሳነ፣ 4 ሓምለ 2005 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 33፤ ኒማ ሚላኒንያ፣ "ሓደገኛ ኣካላዊ ወይ ከዓ ኣእምሮኣዊ ጉድኣት ከም ተግባር ፅንተት ምርዳእ፣" 51 *ቫንደርቢት ሎው ሪቪው* 1381 (2013 ዓ.ም)። ብተፃራሪ ንምርኣይ፣ *ተወከስ ንኣብነት* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 202-203፣ 212፣ 217፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ሶሮምቦ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-2001-66-ኤ.፣ ውሳነ፣ 3 መጋቢት 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 46፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ምላዲች*፣ ኣይ.ቲ.-09-92-ኤ.፣ ውሳነ፣ 13 ሕዳር 2010 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 3434፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክራጂስኒክ*፣ ኣይ.ቲ.-00-39-ቲ.፣ ውሳነ፣ 17 መስከረም 1999 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 862፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካጀሊጀሊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-98-44ኤ.-ቲ.፣ ውሳነ፣ 21 ሕዳር 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 814።

[417] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ምላዲች*፣ ኣይ.ቲ.-09-92-ቲ.፣ ውሳነ፣ 13 ሕዳር 2010 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 3434፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራዲዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 545።

[418] *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለምለኽ ቤትፍርዲ ገበን፣ ቤት ፅሕፈት ከሳሲ ዓቃቢ ሕጊ፣ *ወረቐት ፖሊሲ ኣብ ገበናት ስርዓተ-ፆታ*፣ ታሕሳስ 2016 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 51 (ክፍለጥ ዝግበኦ ከምዚ ዓይነት ተግባራት መብዛሕቲኡ ግዜ ምስ "ናይቲ ግዳይ ዘርኢ፣ ዓሌት፣ ሃይማኖዊ ወይ ከዓ ብሄራዊ መንነት ወሲባዊ ትርጉም ምሃብ" ዝገጣጠም እዩ፣ ከምኡ እውን እንኮላይ "ኣባላት ስድራ እዞም ተግባራት ሓደ ኣብ ልዕሊ እቲ ሓደ ንክፍፅሙ ወይ ከዓ ክሪኡ ብምግባር" ዝግደድሉ መግለፂ ክህልዎም ይኽእል እዩ)።

እዩ።”[419] ከም ዝተኸልከለ ተግባር ቅትለት ሓደገኛ ኣካላዊ ወይ ካዓ ኣእምሮኣዊ ጉድኣት ኮነ ተባሂሉ ተሓሲብሉ ክፍፀም ይግባእ።[420]

215. እዚ ፀብፃብ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ኣካላዊ ጉድኣት ዘብፅሑ ዝተፈላለዩ ተግባራት ዝዘርዝር ኮይኑ ዝኸውን እቶም ተግባራት ምስቲ ዝድለ ፍሉይ ሓሳብ ዝተፈፀሙ ምዃኖም ክእመን ዝኽእል ምኽንያታዊ መሰረት እንተሃልዩ እዩ።[421] ኣብ ብዙሓት ጉዳያት እቲ ዝተጠቐሙሉ ዓመፅ ካብቲ ንቡር ዝሓለፈ እዩ። ንኣብነት ሰበስልጣን ግልጋሎት ድሕነት ኢትዮጵያ ንሰራዊት ትግራይ ትድግፍ ኢኻ ተባሂሉ ንዝተኸሰሰ እሱር ብመኾብኮቢ እንስሳ በትሪ እንዳወቕዑ፣ ከም ዘቃፅልዎን ከምኡ እውን ብደው ከም ዝቐብርዎን ብምፍርራሕ ስቅያት ፈፂሞምሉ እዮም።[422] ሓይልታት ድሕንነት እንኮላይ ሓደ ትግራዋይ ብሂወቱ እንዳሃለወ እንተቃፅሉ ብቪድዮ ተታሒዙ እዩ።[423]

216. ብዙሓት ተግባራት ሓደገኛ ኣእምሮኣዊ ጉድኣት ንምብፃሕ ብዝብል ስልሒት ዝተፈፀሙ መሲሎም ዝረአዩ እዮም። እቲ ዝፍለጥ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ወታሃደራት ኢትዮጵያን ምልሻታት ኣምሓራን ተጋሩ ዝተቐተሉ ኣባላት ቤተሰቦም ከይቐብሩን ከምኡ እውን ብውልቀ ቀብሪ ከየካይዱን ብዙሕ ግዘ ይኽልክሉ ነይሮም እዮም።[424] እዚ ተግባር ኣብ ልዕሊ ብብሄሮም ተጋሩ ጥራሕ ዝኾኑ ዝፍፀም ዝነበረ እዩ ተባሂሉ ዝዝረብ እንትኸውን[425] ነቲ ጉዳይ ዝምልከቱ ኩነታት ባህሪ ብምውሳድ ከቢድ ኣእምሮኣዊ ጉድኣት ዘብፅሕ እዩ። ብተመሳሳሊ ኣብ ተጋሩ ዝበፅሐ ዝነበረ ኣእምሮኣዊ ጉድኣት ኣብ ሓደ ሓደ ጉዳያት ንኣብነት ብከም ድሕረ-መጉዳእቲ ምዝባዕ ውጥረት፣ ጭንቀትን ዓርሰ-ቕትለትን ይረአ ነይሩ እዩ።[426] ኣብ ታሕቲ ክፍሊ 3.ሀ ከም ዝተገለፀ ብዝነበረ ክልከላ ኣቕርቦት ምግቢ ምኽንያት ወለዲ “ንደቆም ዝምግብዎም ዝኾነ ነገር ስለዘይነበሮም”[427] ዓርሰ-ቕትልት ምፍፃሞም ተፀብፂሁ እዩ። ካሊእ ፀብፃብ ናይ ቀደም መንግስቲ ሰራሕተኛን ኣቦ ሰለስተ ቆልዑን ድሕሪ ሰበይቱ ኣብ ጎደናታት ምግቢ ንምርካብ ክትልምን

---

[419] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-4-ቲ.፣ ውሳነ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 731።

[420] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ምላዲች*፣ ኣይ.ቲ.-09-92-ኤ.፣ ውሳነ፣ 13 ሕዳር 2010 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 3434፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ብራድኒን*፣ ኣይ.ቲ.- -99-36-ቲ.፣ ውሳነ፣ 26 ነሓሰ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 960፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ብላጎቪችን ጆኪችን*፣ ኣይ.ቲ.-02-60-ቲ.፣ ውሳነ፣ 9 ጥሪ 1997 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 645።

[421] *ብተወሳኺ ተወከስ* ኣብ ላዕሊ ክፋል 5.ረ.1.ሀ.) ዓንቀፃት 199፣ 201፣ 209፣ ከምኡ እውን *ኣብ ታሕቲ* ክፋላት 5.ረ.3፤ 5.ረ.4፣ 6.ለ.2፣ 7.ሐ.2።

[422] ዴክላን ዋልሽ፣ “ከመይ ጌይሮም ካባብያዊ ደባይ ተዋጋእቲ ሓያል ሰራዊት ኢትዮጵያ ክኹኩብዎ ክኢሎም” (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 4 ሓምለ 2013 ዓ.ም)።

[423] ቶም *ጋርድነር*፣ “ኣነ ፀብፃቢ ኲናት ኣብ ኢትዮጵያ እየ ነይረ፤ ደሓር ግን ፀላኢ ኾይነ” (*ዘ ኢኮኖሚስት*፣ 17 ሰነ 2014 ዓ.ም)፤ ኢማኑኤል ኣኪንዎቱ፣ “ኣብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ዕጡቓት ብሂወት ዘሎ ሰብ እንተቃፅሉ ዘርኢ ቪድዮ ውርደት ኣቃሊዑ” (*ዘ ጋርድያን*፣ 6 መጋቢት 2014 ዓ.ም)።

[424] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 115፣ 461፤ ካራ ኣና፣ “ንትግራዋይ ከይትገድፉ’፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዓሌት ይጠፍእ ኣሎ“ (*ኣሶሼይትድ ፕረስ*፣ 29 መጋቢት 2013 ዓ.ም)፣ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዚ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ*” (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፃት 70፣ 73፣ 76፣ 139፣ 145-146።

[425] ካራ ኣና፣ “‘ንትግራዋይ ከይትገድፉ’፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዓሌት ይጠፍእ ኣሎ” (*ኣሶሼይትድ ፕረስ*፣ 29 መጋቢት 2013 ዓ.ም)፣ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዚ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ*” (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፃት 145-146 (ሓንቲ ሰበይቲ ኢላቶ ተባሂሉ ዝተፀብፀበ፡ “ንዝሞቱ ቤተሰብና ከንበኪ ኣይንኽእልን ኔርና። ነንሕድሕድና ጥራሕ ንረአ ኔርና። ሓደ ሰብ ኣብ ባህልና [ከም ልሙድ እንገብሮ] ሰባት ካብ ሰለስተ ክሳብ ሸውዓተ መዓልቲ ዝበኽይዎ ሓዘን ክነካይድ ኣይንኽእልን። ሓደ ሰብ እዚ ክገብር ኣይከኣለን። ንሕና ግዳያት ቤት ሰብ ንኣባላት ስደራና ክንሓዝን ዘይምኽኣልና ከቢድ ነይሩ”፤ ኣብቲ ዋና ፍልፍል ርቡዕ ቅንፍ ኣሎ)።

[426] *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 343 (“ምፍንቓል ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ኩሎም ማሕበረሰባት እዩ ፀልዩ፣ ድሕንነቶም፣ ኣካላውን ስነ-ልቦናውን ህልውናኦም እዩ ሃስዩ” ከብል ደምዲሙ እዩ)።

[427] ናይና ኤግዚብሽን፣ ትግራይ ኣድቮካሲ ካናዳ፣ 25 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም።

ምርኣዩ፣ ንብረቱን ስርሑን ብምስኣኑ ስድርኡ ከናብር ብዘይምኽኣሉ፣ ደቁ ብስእነት ምግቢ ክሳቐዩ ድሕሪ ምርኣዩ ከመይ ገይሩ ዓርሰ-ቕትለት ከም ዝፈፀመ ተገሊፁ እዩ።[428]

217. ኣብ ታሕቲ ተገሊፁ ከም ዘሎ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ደቂ-ኣንስትዮን ኣዋልድን ዝተፈፀመ ፆታዊ ዓመፅ ሰፊሕን ጨፍ ዝኸደን እዩ ነይሩ።[429] "ናብ መራብሒ ኣካላት ግዳያት ባዕዲ ነገራት (ሚስማር፣ በላሕቲ ነገራት፣ እምኒ) ምእታው፣ ከምኡ እውን ካልኦት ዓይነት ምጉዳል ፆታዊ ኣካላት ከም ብልዕቲ ብዝረሰነ ሓፂን ምቅፃልን ምልብላብን ዝሓውስ እዩ።"[430] እዘም ተግባራት መብዛሕቲኡ ግዘ "ናይ ምውላድ ተኽእሎኦን ከም ዘበላሽውዎ ብምፍርራሕ ዝተዓጀቡ እዮም ነይሮም፣"[431] ከምኡ እውን ሓልሓሊፉ ኮነ ተባሂሉ ኣብ ቅድሚ ኣባላት ቤተሰብ ዝፍፀሙ እዮም ነይሮም።[432] እዘም ተግባራት እዚኣቶም ብተደጋጋሚ ብኻልኦት ጨፍ ዝኸዱ ተግባራት ጭካነ ከም ቅድሚ፣ ኣብ ወይ ከዓ ድሕሪ ምድፋረን ቅትለት ኣባላት ስደርኦን ክሪኣ ምግባር፣ ወይ ከዓ ናይታ ዝተዓመፀት ሰበይቲ ገፅ ምብልሻው ዝመሳሰሉ ተግባራት ዝተዓጀቡ እዮም ነይሮም።[433] ሓደ ዝሕክም ዝነበረ ሓኪም ኣብ ፅሑፉ ከም ዝስዕብ ኣስፊሩ እዩ፦

> "ኣብ ቅድሚ ውላዳ እግራን ኢዳን ኣሲሮም ደፊሮም፣ ቀፂሎ ድማ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ውላዳ ቀቲሎም ብተደጋጋሚ ዓሚፆምዋ"[434] ዝብል ነይሩ።

218. ሓንቲ ጓል 21 ዓመት ብሂወት ዝተረፈት ኣብቲ እዋን ኣዶ ጓል 8 ወርሒ ዕድመ ህፃን ዝኾነት ከም ዝበለቶ፦

> "ክልተ ዕጡቓት ናብ ገዛይ መፂኦም ምግቢ ሃብና ኢሎሙኒ፤ ኣነ ድማ ዝኾነ ነገር የብለይን ኢለዮም፤ ካብኡ ከይዶም መሊሶም ድማ ድንሽ ሒዞም መፅዮም ኣብሲለ ክህበም ኣዚዞሙኒ፣ ኣብሲለ ሂበዮም በሊዖም። ካብኡ ማይ ከፍለሐሉም ኣዚዞሙኒ ድሕሪ ማይ ምፍላሐይ ድማ "እንታይ ትመርፂ - እዛ ጓልኪ ናብ ዝፈልሐ ማይ ምእታው ወይስ ንዓኺ ምዕማፅ?" ኢሎም ተዛሪቦሙኒ። ህፃን ጓለይ ክሳድእዋ ይኽእሉ እዮም ኢለ ብጣዕሚ ርዒደ። ክሳብ ሐዚ ብዛዕብኡ ይብህርር እየ።"[435]

219. ጎንፂ ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ስዒቡ ምስ ኣካላዊ ጥዕና ዝተተሓሓዘ መብዛሕቲኡ ግዘ እዘም ዝስዕቡ ምልክታት ይረኣዩ እዮም፦

---

[428] ማርቆስ ሲሳይ፣ "ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተፈፀመ ከበባ ጥምየት፣ ዓርሰ-ቅትለትን ስደትን ኣስዒቡ" (*ኢትዮጵያ ኢንሳይት*፣ 12 ጉንበት 2014 ዓ.ም)፤ *ብተወሳኺ ተወከስ* ካትሪን ሆረልድን ጉልያ ፓራቪቺኒን፣ *"ፍሉይ፡ በዓል መዚ ሕቡራት መንግስታት ሓይልታት ኤርትራ ኮነ ኢሎም ትግራይ ብምጥማይ ከሲሱ"* (*ሮይተርስ*፣ 4 ሰነ 2013 ዓ.ም) ("ቆልኡ ይስዕሉን ከምኡ እውን ተቕማጥ ሒዝዎምን እዩ። ኣብ መዓልቲ ሓደ ግዘ ጥራሕ ንበልዕ፣" ክብሉ ካብ ማእኸላይ ትግራይ ናይ ኢትዮጵያ ኦርተዶክስ ቀሺ ዝኾኑ ምስኦም ዝተፈለናቐሉ 13 ቤተሰብ ዘለውዎም ቀሺ መኮነን ለኣከ ተዛሪቦም። ዝዘርእዎ ፍርቂ ኩናት ብምጅማሩ ከይዓፀድዎ እንትመፁ፣ እቲ ዝሰብሰብዎ ፍርቂ ድማ ተቓፂሉ ክብሉ ኣብ ኣኼባ ተዛሪቦም እዮም። ንሶም ከም ዝበልዎ 'ዋላ እውን ከም ቀሺ ክዛረብ ኩልኩል እንተኾነ ብዛዕባ ዓርሰይ-ምቕታል ይሓስብ እየ" ኢሎም)።

[429] *ብወሳኺ ተወከስ* ክፋል 5.ረ.4 ብፍላይ ዓንቀፃት 312-316፤ ከምኡ እውን ክፋል 6.ለ.2።

[430] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 7፣ 24።

[431] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 8።

[432] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 54።

[433] ቴራ ሚጃላንድን ክብሮም መብራህቶምን፣ *ምዝራብ ንዘይተዘረበሉ፡ ኣብ ክሊ ድሕረ ፆታዊ ዓመፅ ከም መሰርሒ ኩናት ኣብ ትግራይ፣ ሰሜን ኢትዮጵያ* (2015 ዓ.ም)።

[434] ሓኻይም ንሰብኣዊ መሰላትን ትካል ንፍትሕን ተሓታታይነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን፣ *ዝተጠልሙ መፅብዓታት፡ ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፃት ቅድምን ድሕርን ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ኣብ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ* (ነሓሰ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 11።

[435] ኣምነስቲ ኢንተርናሽል፣ *ኢትዮጵያ፣ ብሓይልታት ትግራይ ኣብ ኣምሓራ ጅምላ ቅትለት፣ ዓመፅን ስርቅን* (9 ለካቲት 2014 ዓ.ም) ኤ.ኤፍ.ኣር.25/5218/2022፣ ገፅ 16።

መረዳእታ ሕሙማት ከም ዘርእዮ፣ ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎ ጉድኣትን ዘይልሙድ ተርእዮታትን መራብሒ ኣካላት (11%)፣ እዙይ እውን ሽንቲ ዘይምቁፅፃር (10 መርኣያ)፣ ፍታን ዘይምቁፅፃር (4 መርኣያ)፣ ዘይልሙድ መድመይቲ ማህፀን (8 መርኣያ)፣ ሙልቆ ማሕፀን (4 መርኣያ)፣ ሓደገኛ ስቓይ ጎሎ (4 መርኣያ)፣ን ፊስቱላን (3 መርኣያ) ይሓውስ። ዝተፀብፀቡ ተወሰኽቲ ኣካላዊ ምልክታትን ሕማማትን ድማ 4 ምጥፋእ ውነ ከምኡ እውን ክልተ ምስማዕ ምስኣን/ምፅማም ይሓውስ።"[436]

220. ጎንፂ ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኮነ ተባሂሉ መብዛሕቲኡ ግዘ ኮንደም ብዘይምጥቃም እዩ ተፈፂሙ።[437] በዚ ምኽንያት እውን ብዙሓት ኤች.ኣይ.ቪ ኤድስን ፍንጣጣን ተመሓላሊፉወን እዩ።[438] እዘም ኩሎም ኣካላዊ መግለፂታት "እተን ግዳያት ምስ መፃምዲ ሓዳረን ክህልወን ዝኽእል ርክብ ብምብልሻው በዚ ኣቢሉ እውን ናይ ትውልዲ መስመረን ንምቕፃል ንምጥናስ ዘድልየን ኣድላይ ቅድመ-ኩነት ብኣሉታ ፀልዩ እዩ።"[439]

221. ፅልዋ ጎንፂ ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኣእምሮኣዊ ጥዕና *"ማሕበራዊ ምፅያፍ፣ ተነፅሎን ስግኣት ፍትሕን"* ይሓውስ።[440] ብዙሓት ተጋሩ ደቂ ኣንስትዮ ድሕሪ ምዕማፀን ብመፃምዲ ሓዳረን ከም ዝተፈትሓን ሕብረተሰብ ከም ዝተፀየፈንን ይገልፃ።[441] ሓንቲ ብሂወት ዝተረፈት ዝተዓመፀት ከም ዝበለቶ፦ "እንኮላይ ዝድግፈኒ ዝነበረ በዓል ገዛይ ደርብዩኒ። [...] ኣብ ድኽነት ተሸኺለ ኣለኹ። ንዓይ ብጣዕሚ ዘተሓሳስበኒ ብዛዕባ ደቀይ እዩ። [...] ሂወተይ ብዓርሰይ ንከየጥፍእ ዝኽልክለኒ ኩነታት ቀደይ እዩ።"[442]

222. ብተወሳኺ "እቲ መብዛሕቲኡ ግዘ ኣብ ቅድሚኦም ወይ ከዓ ስድራ ብዝፈልጦ ደቀን ሓዊሱ ከቢድ ፆታዊ ዓመፅ ዝተፈፀመለን ኣዶታት፣ እነሓጎታት፣ ኣሕዋትን ውሉድን *ልዕሊ ብሂወት ምትራፍንነዊሕ* እዋን ዝፀንሕ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ፅልዋ እዩ ፈጢሩለን።"[443] ዘይተደለየ ጥንሲ ብቐጥታ ግዳያት ዓመፅ ንዝኾና ጥራሕ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሳዕቤን ዘስዕብ እንተይኮነስ፣ ንቐፃሊ ትውልዲ እቲ ከለላ ዝተገበረሉ ጉጅለ እውን ይፀልው እዩ። ኣብ ኩናት እዋን ብዘጋጠመ ዓመፅ ዝተወለዱ ህፃናት መሊሰም ማሕበራዊ ፅያፈን ዳግም ግዳይነትን የጋጥሞም እዩ።[444]

---

[436] ሓኻይም ንሰብኣዊ መሰላትን ትካል ንፍትሕን ተሓታታይነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን፣ *ዝተጠልሙ መፅብዓታት፡ ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፃት ቅድምን ድሕርን ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ኣብ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ*(ነሓሰ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 16።

[437] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 147 ("ማህፀንኪ ክንድምስሶ ኢና ስለዝኾነ ተቓላሳይ ትግራዋይ ክትውልዲ ኣይትኽእልን። ኤች.ኣይ.ቪ ኤድስ እውን ከንትሕዘኪ ኢና")::

[438] ሓኻይም ንሰብኣዊ መሰላትን ትካል ንፍትሕን ተሓታታይነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን፣ *ዝተጠልሙ መፅብዓታት፡ ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፃት ቅድምን ድሕርን ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ኣብ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ* (ነሓሰ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 17 (ኣብ ልዕሊ 304 መረዳእታ ሕክምና ዝተገበረ መፅናዕቲ፣ 9 ንኤች.ኣይ.ቪ ኤድስ ተመርሚረን እቲ ሕማም እንትረከበን፣ 2 ንፍንጣጣ ተመርሚረን እቲ ሕማም ተረኺቡወን እዩ)።

[439] ሌጋል ኣክሽን ዎርልድዋይድ፣ 'ሕድሕድ መዓልቲ፣ ሂወተይ ዘበላሽዎ ይዝክራ እየ' (ሕዳር 2016 ዓ.ም)፣ ገፅ 41።

[440] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 54 (ትኹረት ዝወሰኸ)። *ተወከስ* ቴራ ሚጃላንድን ክብሮም መብራህቶምን፣ *ምዝራብ ንዘይተዘረበሉ፡ ኣብ ክሊ ድሕረ ፆታዊ ዓመፅ ከም መሳርሒ ኩናት ኣብ ትግራይ፣ ሰሜን ኢትዮጵያ*(2015 ዓ.ም) (ብዛዕባ ዓመፅ ዘስዕቦ ኣካላውን ፆታውን ፀገም ጥዕና ዝሰነደ)። *ብተወሳኺ ተወከስ* ሌጋል ኣክሽን ዎርልድዋይድ፣ 'ሕድሕድ መዓልቲ፣ ሂወተይ ዘበላሽዎ ይዝክራ እየ' (ሕዳር 2016 ዓ.ም)፣ ገፅ 41 (ኣብ ጉዳይ ሮሂንግያ ምስ ኤስ.ጂ.ቢ.ቪ. ዝተዛመዱ ተጓንፎታት ከመይ ገይሮም ዝምድና ቤተሰብ፣ ምስ መፃምዲ ዝህሉ ቅርርብን፣ ከምኡ እውን ብሰፊሑ ደቂ-ኣንስትዮ ዝህልወን ማሕበራዊ ቦታን ከም ዝፀልው ኣርእዩ እዩ)።

[441] ቴራ ሚጃላንድን ክብሮም መብራህቶምን፣ *ምዝራብ ንዘይተዘረበሉ፡ ኣብ ክሊ ድሕረ ፆታዊ ዓመፅ ከም መሳርሒ ኩናት ኣብ ትግራይ፣ ሰሜን ኢትዮጵያ*(2015 ዓ.ም)።

[442] ቴራ ሚጃላንድን ክብሮም መብራህቶምን፣ *ምዝራብ ንዘይተዘረበሉ፡ ኣብ ክሊ ድሕረ ፆታዊ ዓመፅ ከም መሳርሒ ኩናት ኣብ ትግራይ፣ ሰሜን ኢትዮጵያ*(2015 ዓ.ም)፣ ኣብ መበል 3:27 ደቒቓ።

[443] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 54 (ትኹረት ይወሰኽ)።

[444] ሓኻይም ሰብኣዊ መሰላትን ትካል ንፍትሕን ተሓታታይነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ፣ *ዝተሰበረ ተስፋ፡ ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ቅድመን ድሕረን ስምምዕነት ኩናት ጠጠው ምባል ትግራይ፣ ኢትዮጵያ*(ነሓሰ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 26።

223. ብመሰረት መረዳእታ ሕክምና ኣብ ዝተወሰነ ጎንፂ ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ዘጋጠመን ዝተኻየደ ቁፅራዊ መፅናዕቲ ምስ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ብዝተዛመደ፡ 17% ሕማም ጭንቀት፣ 13% ድሕረ-መጉዳእቲ ምዝባዕ ጭንቀት፣ ሰለስተ ድማ ፈተነ ዓርሰ-ቅትለትን ከም ዘጋጠመን እዩ።[445] ሓንቲ ዓል 42 ዓመት ብሂወት ዝተረፈት ሰበይቲ ከላሽን ኣዐሚሮም ኣብ ቅድሚ ዓላ ዝተደፈረት ከም ዝበለቶ፡- “ተስፋ ኣይብለይን። ንምንታይ ተስፋ ክገብር ይኽእል? ብዘይተስፋ ኣለኹ። [...] ካብዚ ንደሓር ክነብር ይደሊ እየ ኢለ ኣይሓስብን። ኩሉ ሻዕ ለይትን ቀትርን ኣብ ሕማምን ቃንዛን እንተኾይንካ ብሂወት ክትቕፅል ትኽእል?”[446]

224. ካልኦት ሳዕቤናት ከም ምዝባዕ ድቃስ፣ ጭንቀት፣ ምዝባዕ ስምዒት፣[447] “ሽለውታ መንፈስ፣ ምንዳድ፣ ድቃስ ምስኣን፣ ቀፃልነት ዘለዎ ፍርሒ፣ ወይ ከዓ ምርባሽ ኣእምሮ እዮም”።[448] እንኮላይ ዕንወት ስርዓት ሓለዋ ጥዕናን ተገዲደን ‘ፀላኢ’ ንኽርእያ ምቅላዕን ንግዳያት ጎንፂ ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ስቓይ ኣእምሮ ዘስዕብ እዩ፡-

“ሓይልታት ፌደራል ኢትዮጵያ መቐለ ኣብ ዝሓዝሉ ኣብ ውሽጢ ኣዋርሕ ሕዳር 2013 ዓ.ም ክሳዕ ሰነ 2013 ዓ.ም ፕረዚደንት ሳህለወርቅ ዘውደ *ብዕጡቓት ተዓጂበን* ኣብቲ ክልል ዝርከብ ብሕታዊ ውሕስ ገዛ ጎብንየን እየን። እቲ ምሕደራ እተን ብሂወት ዝተረፉ ዝነበራሉ ቦታ ነቶም ፈፀምቲ እቲ ገበን ብምቅላዕን ብወተሃደራት ዝተጎድኣ ኣንስትን ቆልዑን ዳግማይ መጉዳእቲ ክበፅሐን ብምግባርን ቀፃልነት ዘለዎ ስእነት ጥንቃቐ ኣርእዩ እዩ። *ዕጡቓት ኣብ ሆስፒታላት፣* ጥዕና ጣብያታት፣ መፈተሺ በታታት ምህላዎም ግዳያት ሕክምና ንምርካብ ድልየት ከይህልወን ገይሩ እዩ። እንኮላይ እውን *ዕጡቓት ምሊሻታት ኣብ ሆስፒታላት ብሓይሊ ኣትዮም ነተን ብሂወት ዝተረፉ ግዳያት ይፍትሹ ምንባሮም* ተፀብፂቡ እዩ።”[449]

225. ኣብ ካሊእ ጉዳይ ኣብ ናይ ባዕላ ሆቴል ብፋኖ ተደፈረት ሰንበቱ ዝተብሃለት ትግራወይቲ ሰበይቲ ከም “ተረፍ ፋኖ”፣ “እታ ዝተደፈረት”፣ ወይ ከዓ “እታ ሰውነታ ፋኖ ዝተፃወትሉ” ብዝብሉ ኣሽማት ተፀዊዓ እያ። ኣዲኣ ሰንበቱ ጠንካራ ምንባራን “እቲ ዘጋጠመ ብጥፍኣታ ኣይኮነን” ክትብል ምስክርነታ እንትትህብ ከምኡ እውን “ናታ ታሪኽ ንምዝራብ ትብዓት” ነይርዋ። እንተኾነ ግና ዓመፅ ዝፈጠሮ ስንባደን ከምኡ

[445] ሓኸይም ንሰብኣዊ መሰላትን ትካል ንፍትሕን ተሓታታይነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን፣ *ዝተጠልሙ መፅብዓታት፡ ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፃት ቅድምን ድሕርን ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ኣብ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ* (ነሓሰ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 16። ክፍለጥ ዝግበኦ “ምስ ፆታዊ ዓመፅ ብዝተዛመደ ዘጋጥም ማሕበራዊ ምግላልን ናይ ትምህርቲ ተበፃሕነት ዘይምርካብን - ምቁራፅ ቴሌኮሙኒኬሽንን ኢንቴርኔትን ከምኡ እውን ተበፃሕነት ዘይብሉ ስርዓት ጥዕና ተወሲኽዎ ኣብ ክልላት ትግራይ፣ ኣምሓራ፣ ዓፋርን ኦሮምያን - ኣብ ልዕሊ ግዳያት ፆታዊ ዓመፅ ዘይተሓከመ፣ ነዊሕ እዋን ዝፀንሕ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ሳዕቤን ንክበፅሐን እጃም ኣለዎ ብፍላይ ምስ ኣጋጣሚታት ብጣዕሚ ዝደንጎየ ሪፖርት ምግባርን ፍፁም ሪፖርት ዘይምግባርን”)፣ *ተወከስ* ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ“ (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 53፤ *ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 148።

[446] ቴራ ሚጃላንድን ክብሮም መብራህቶምን፣ *ምዝራብ ንዘይተዘረበሉ፡ ኣብ ክሊ ድሕረ ፆታዊ ዓመፅ ከም መሰርሒ ኩናት ኣብ ትግራይ፣ ሰሜን ኢትዮጵያ* (2015 ዓ.ም)፣ ኣብ መበል 2:23 ደቒቓ።

[447] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 303።

[448] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 148።

[449] *ሪታ* ካሕሳይ፣ ረዊና ካሕሳይን ሳሊይ ኪብልን፣ *ብቐሊል ኣረኣእያ፡ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ጎንፂትግራይ* (ኢልኖር ፕረስ፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 13 (ትኹረት ዝወሰኽ)። ክፍለጥ ዝገበኦ ራዕድን ምፍርራሕን ፆታዊ ዓመፅ ምስ ስምምዕነት ምቁራፅ ተፃብኦ ኣይጠፍአን፤ *ተወከስ* ሳራ ጆንሰንን ሉሲ ካሳን፣ “ኣብ ትግራይ ድሕሪ ኣዋርሕ ዝገበረ ስምምዕ ሰላም እውን እንተኾነ ፆታዊ ዓመፅ መሰርሒ ኩናት እዩ” (*ዘ ጋርድያን*፣ 19 ነሓሰ 2015 ዓ.ም) (“ኣብቲ ክልል ዝርከቡ መረዳእታታት ሕክምና የርእይዎ ከም ዘለዉ ፆታዊ ዓመፅ ማሕበረሰብ ንምርዓድን ንምፍርራሕን ንምጥቃም ይቕፅል ምህላዉ እዩ”)።

እውን እቲ ዝቐፀለ ማሕበራዊ ፅያፈ መሊሱ ስንባደ ብምፍጣርን ሰንበቱ ክትሓምም ገይርዋ እዩ። ዋላ እውን ዝተፈላለየ ሕክምናዊ ሓገዝ እንተረኸበት ሓደ እውን ልክዕ ኣይነበረን። ኣብ መወዳእታ ሞይታ።[450]

### 3. ኣብቲ ጉጅለ ሙሉእ ንሙሉእ ወይ ከዓ ብኽፋል ኣካላዊ ህልውንኡ ንምጥፋእ ዝተሰልሐ ኩነታት ሂወት ኮነ ኢልካ ምውራድ

226. እዚ ተግባር ፅንተት- ኩሎም ወይ ከዓ ክፋል እቲ ጉጅለ "ብቐስታ ንምቕታል" ዝዓለመ[451]- "እቲ ፈፃሚ ነቶም ኣባላት እቲ ጉጅለ ሽዑ እንተይኮነ ዝቐትሎምስ ድልየቱ ኣብ መወዳእታ ኣካላዊ ህልውንኦም ምጥፋእ ዝኾነ ብልሓት ኣጠፋፍኣ" ዝሓውስ እዩ።[452] ከም ቅትለት ወይ ከዓ ምስዓብ ሓደገኛ ኣካላዊ ወይ ከዓ ኣእምሮኣዊ ጉድኣት እንተይኮነስ ተግባር እቲ ፈፃሚ ኣብ ልዕሊ ኣባላት እቲ ጉጅለ ጭቡጥ ጥፍኣት ወይ ከዓ ጉድኣት ከብፅሕ ኣለዎ ዝብል ረቛሓ የለን፤[453] እንተኾነ ግና እዚ ተግባር ፅንተት እቲ ፈፃሚ ብዘንበሮም *ዝተኸልከለ ባህሪ ዘለዎም ስጉምትታት* ዝተማለአ ይኸውን። ብርግፅ ብጭቡጥ እቲ ዝበፅሐ መጠን መጉዳእቲ ወይ ከዓ ሞት መሰረት ብምግባር ናይቲ ፈፃሚ ተግባር ረቛሓታት ቅትለት ወይ ከዓ ምስዓብ ሓደገኛ ኣካላዊ ወይ ከዓ ኣእምሮኣዊ ጉድኣት ናይ ምምላእ ዕድል ኣለዎ።[454] ብዝበለፀ ድማ "ገበናትፅንተት እቲ ፈፃሚ ነቲ ዕላማ ዝገበሮ ጉጅለ ንምጥፋእ ዝሓዞ ተልእኾ ንምዕዋት ዝመረፆ ኣገባብ ብጣዕሚ ውፅኢታውነቱ ክረጋገፅ ኣለዎ ኣይብልን። ዋላ እውን እቲ ዝተመረፀ ኣገባብ ናይቲ ፈፃማይ ሓሳብ ሙሉእ ንሙሉእ ክፍፅም እንተዘይከኣለ ማለት እቲ ጥፍኣት ከይተፈፀመ ይግደፎ፣ ውፅኢታዊ ዘይምዃኑ ጥራሕ ርኽበት ሓሳብ ፅንተት ኣይኸልክልን።"[455]

227. እቲ ዘድሊ እቲ ኩነታት ሂወት ብጂኦግራፊ ወይ ከዓ ማሕበራውን ባህላውን ምፍራስ እንተይኮነስ *ኣካላዊ ህልውና*እቲ ጉጅለ ሙሉእ ንሙሉእ ወይ ከዓ ብኽፋል ንምጥፋእ በቲ ፈፃሚ ኮነ ተባሂሉ[456] ዝወረደ ምዃኑ እዩ።[457] ዝድለዩ ዓይነታት ተግባር "ንሂወት መሰረታዊ ነገራት ንንውሕ ዝበለ እዋን ኮነ ኢልካ

---

[450] ረታ ካሕሳይ፣ ረዊና ካሕሳይን ሳሊይ ኪብልን፣ *ብቐሊል ኣረኣእያ፡ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ጎንፂትግራይ* (ኢልኖር ፐረስ፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፃት 62-65።

[451] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 233።

[452] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚች፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 546፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ስታኪች*፣ ኣይ.ቲ.-97-24-ቲ፣ ውሳነ፣ 24 ሓምለ 1995 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 517-518.። *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-4-ቲ.፣ ውሳነ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 505። *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (ክሮኤያ *ምስ ሰርብያ*)፣ ፍርዲ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 2007 ዓ.ም፣ ገፅ 3፣ ዓንቀፅ 161 ("ካብ ምቕታል ወፃኢ ስልትታት ኣካላዊ ምጥፋእ")፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ* ምስ *ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 226፣ 228-229።

[453] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 546፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ፖፖቪችን ካልኦትን*፣ ኣይ.ቲ.-05-88-ቲ.፣ ውሳነ፣ 3 ሰነ 2002 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 814፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ብራድኒን*፣ ኣይ.ቲ.-99-36-ቲ.፣ ውሳነ፣ 26 ነሓሰ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 691፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ስታኪች*፣ ኣይ.ቲ.-97-24-ቲ.፣ ውሳነ፣ 24 ሓምለ 1995 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 517።

[454] *ተወከስ* ንኣብነት ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 227-228፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 24 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 546፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ብራድኒን*፣ ኣይ.ቲ.-99-36-ቲ.፣ ውሳነ፣ 26 ነሓሰ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 906።

[455] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲች*፣ ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ፣ ውሳነ፣ 11 ሚያዝያ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 32።

[456] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፅ 344፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 226፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ምላዲች*፣ ኣይ.ቲ.-09-92-ቲ.፣ ውሳነ፣ 13 ሕዳር 2010 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 3434፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 547፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ቲ.፣ ውሳነ፣ 3 ታሕሳስ 2005 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 741።

[457] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፅ 344 ("ዕንወት ታሪኻዊ፣ ባህላውን ሃይማኖታውን ቅርስታት ኣካላዊ ህልውና እቲ ጉጅለ ብስልሒት ንምጥፋእ ኮነ ተባሂሉ ከም ዝወርዱ ኩነታት ሂወት ኣይቑፀርን")፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 226፣ 230-231፣ 234፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲች*፣ ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ፣ ውሳነ፣ 11 ሚያዝያ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 32፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ምላዲች*፣ ኣይ.ቲ.-09-92-ቲ.፣ ውሳነ፣ 13 ሕዳር 2010 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 3434፤

ሓቢእኻ ምሓዝ (ክቐርብ ዘይምግባር) ወይ ከዓ ሓጢጥካ ምውሳድ ዝዛመዱ ዓይነታት፣”[458] ናይዚ ተኽእሎ እውን ከም “ምኽልካል ምግቢ፣ ሕክምና፣ መፅለሊ ወይ ከዓ ክዳን፣ ምስኣን ንፅህና፣ ብስልሒት ካብ መንበሪ ምብራር፣ ካብ መጠን ንላዕሊ ብምስራሕ ወይ ከዓ ብኣካላዊ ፀቕጢ ዝመፅእ ድኻም”[459] መልክዕ ከጋጥም ይኽእል እዩ።

228. ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብሞያታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ፌደራል መንግስቲ ኢትዮጵያን “መፃምዱ ዝኾኑ ክልላዊ መንግስታትን” “ህዝቢ ትግራይ ንዋታውን ንህልውንኡ ኣድለይቲ ዝበሃሉ ግልጋሎታትን ከም ሓለዋ ጥዕና፣ መፅለሊ፣ ማይ፣ መሐለዊ ንፅህና፣ ትምህርትን ምግብን ብስልሒት ንክስእን ዝዓለሙ ኣዝዮም ሰፋሕቲ ዝተፈላለዩ መጠን ዘለዎም ስጉምትታት ፈፂሞም እዮም” ክብል ከሲሱ እዩ።”[460] እዞም ተግባራት እዚኣቶም ንንውሕ ዝበለ እዋን ክፍፀሙ እንተኽኢሎም ብጭቡጥ ንሓደ ጉጅለ ኣካላዊ ህልውንኡ ናይ ምጥፋእ ተኽእሎኦም ዝለዓለ እዩ። ብርግፅ እቶም ዝወረዱ ስጉምትታት ብጭቡጥ ኣካላዊ ህልውንኡ ከጥፍእዎ ይኽእሉ ዶ ንዝብል ወድዓዊ ተኽእሎ - ባህሪኦም፣ ግዘ ንውሓቶምን ተቓላዓይነት እቲ ዝተጠቕዐ ሰብን ዝመሳሰሉ ረቛሓታት ኣብ ግምት ብምእታው- እቲ ረቛሓ ተማሊኡ ዶ ንዝብል ዳህሳስ ብጣዕሚ ኣገደስቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።[461]

## *ሀ) ሰብ-ሰራሕ ዓፀቦን ብጥምየት ምስቓይን*

229. ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ “ክእመኑ ዝኽእሉ ምኽንያታዊ መሰረታት […] ሰላማዊ ህዝቢ ብጥምየት ብምስቓይ ከም ሜላ ቅዲ-ኲናት ከም ዝተፈፀመን፣”[462] ከምኡ

ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 547፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር፣* ኣይ.ቲ.-05-88/2-ቲ.፣ ውሳነ፣ 3 ታሕሳስ 2005 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 741፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ፖፖቪችን ካልኦትን*፣ ኣይ.ቲ.-05-88-ቲ.፣ ውሳነ፣ 3 ሰነ 2002 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 854።

458 ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 234፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራዲዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ኤ.ኣር.98ቢስ.1፣ ውሳነ፣ 4 ሓምለ 2005 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 34፣ 37፣ 47፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ቲ.፣ ውሳነ፣ 3 ታሕሳስ 2005 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 740። *ብወሳኺ ተወከስ* ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (ክሮኤሽያ *ምስ ሰርብያ*)፣ ፍርዲ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 2007 ዓ.ም፣ ገፅ 3፣ ዓንቀፅ 161።

459 ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (ክሮኤሽያ *ምስ ሰርብያ*)፣ ፍርዲ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 2007 ዓ.ም፣ ገፅ 3፣ ዓንቀፅ 161፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ኤ.፣ ውሳነ፣ 30 መጋቢት 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 226፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ምላዲች*፣ ኣይ.ቲ.-09-92-ቲ.፣ ውሳነ፣ 13 ሕዳር 2010 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 3434፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 547፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ብራድኒን*፣ ኣይ.ቲ.-99-36-ቲ.፣ ውሳነ፣ 26 ነሓሰ 1996 ዓ.ም፣ዓንቀፅ 691፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ስታኪች*፣ ኣይ.ቲ.-97-24-ቲ.፣ ውሳነ፣ 24 ሓምለ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 517፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ሙሰማ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-13-ቲ.፣ ውሳነ፣ 18 ጥሪ 1992 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 157፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካዪሻማን ሩዚንዳናን*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-95-1-ቲ.፣ ውሳነ፣ 13 ጉንበት 1991 ዓ.ም፣ ዓንቀፃ 115-116፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-4-ቲ.፣ ውሳነ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 506።

460 ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ“ ( 9 መስከረም 2015 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./51/46፣ ዓንቀፅ 84 *ሲ.ኤፍ.*፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ክሪስቲች*፣ ኣይ.ቲ.-98-33-ኤ፣ ውሳነ፣ 11 ሚያዝያ 1996 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 32 (“ትኹረት ዓለም-ለኸ ኣብ ስብረኒካ ብምንባሩን ወታሃድራት ሕቡራት መንግስታት ኣብቲ ከባቢ ምንባሮምን ተወሲኽዎ ነቶም ትልሚ ፅንተት ዝሃንደሱ ኣባላት ዋና ሰብመዚ ቪ.ኣር.ኤስ ብጣዕሚ ቀጥታውን ወፅኢታውን ብዝኾነ መንገዲ ናብ ተግባር ከይቕይሩ ከልኪልዎም እዩ። በዞም ኩነታት እዚኣቶም ምስተገደቡ ነቲ ህንደሳ ዘርኢ-ፅንተት ክመፃም ዝኽእል መቕፃዕቲ ብዝቕንስ ኣገባብ ኣብ ተግባር ብምውዓል እዮም ፈፂመምዎ”)።

461 ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ካራድዚች*፣ ኣይ.ቲ.-95-5/18-ቲ.፣ ውሳነ፣ 15 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 548፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ቶልሚር*፣ ኣይ.ቲ.-05-88/2-ቲ.፣ ውሳነ፣ 3 ታሕሳስ 2005 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 742፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ *ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ፖፖቪችን ካልኦትን*፣ ኣይ.ቲ.-05-88-ቲ.፣ ውሳነ፣ 3 ሰነ 2002 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 816፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ ከሳሲ ዓቃቢ-ሕጊ ምስ ብራድኒን፣ ኣይ.ቲ.-99-36-ቲ.፣ ውሳነ፣ 26 ነሓሰ 1996 ዓ.ምዓ.ም፣ ዓንቀፅ 906።

462 ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ” ( 9 መስከረም 2015 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./51/46፣ ዓንቀፅ 96። *ብወሳኺ ተወከስ* ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ” (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 24 (“[ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብሞያታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ] ብመንግስቲ ፌደራልን መፃምዱ ክልላዊ መንግስታትን ሰብኣዊ ሓገዝ ናብ ትግራይ ከይኣቱ ዝተፈፀመ ክልከላን ምትዕንቓፍን ኣብ ልዕሊ ሲቪላት ሰባት ጥምየት ከም መሳርሒ ኲናት ምጥቃም ዝተገበረ ክልከላ ዝጠሓሰ ምኳኑ ኣቕዲሙ ኣረጋጊፁ እዩ”)።

እውን መንግስቲ ኢትዮጵያን “መፃምዱ ዝኾኑ ክልላዊ መንግስታትን” “ህዝቢ ትግራይ ንህልውንኡ ወሰንቲ ዝበሃሉ [ቐረባት] ከም ... ምግቢ ሓዊሱ ብስልሒት ንኽስእን ዝዓለሙ ኣዝዮም ሰፋሕቲ ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም ስጉምትታት ከም ዝፈፀሙን”[463] ኣረጋጊፁ እዩ።

230. ብተወሳኺ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኽልል ትግራይ ኮነ ኢሉ መሰረታዊ ነገራት ሂወት ክትስእን ብምግባር እዚኣቶም እውን ጉጅለ ተጋሩ ንምጥፋእ ዘኽእሉ ዝተሰልሑ ኩነታት ሂወት ከምርሑ ዝኽእሉ ከም ዘውረደ ክእመኑ ዝኽእሉ ምኽንያታዊ መሰረታት ኣለዉ እዮም።

231. ብሓባር ሓቢሮም ክርአዩ ዝግበኦም ምጥማይ ተጋሩ *ክልተ* መልክዕ ኣለዎ፦ ቀጥታዊ ብዘይኮነ ብወታሃደራት ሓዊሱ ብፌደራል መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተፈፀመ ምትዕንቓፍ (ዓለም-ለኻዊ) ሓገዝ ምግቢ እንትኸውን፣[464] ብቐጥታ ድማ ኣብ መሬት ብሓይልታት ኢትዮጵያ፣ ኤርትራን ኣምሓራን ዝተፈፀመ ዕንወት ምህርቲ፣ ዘራእትን ተሓራሳይ መሬትን እዮም።

232. መጀመርታ ብፌደራል መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝፍፀም ዝነበረ ምትዕንቓፍ ሓገዝ ምግብን ሰብኣዊ ድጋፍን ንኸባቢ ክልተ ዓመት ኣብ ዝነበረ ጎንፂ ሓቢሩ ዝዘለቐ እንትኸውን ከምኡ እውን ኣብ ሓደ ሓደ ግዘ ስትራቴጂክ እዩ ነይሩ።

233. ኩናት ዝተወለዐሉ ዓመታዊ ምህርቲ ምስ ዝእከበሉ ወርሒ ሕዳር ምግጥጣሙ- ኣብቲ ግዘ ሓገዝ ምግቢ ብዝለዓለ ዝድለየሉ ነይሩ። ኣብቲ ግዘ ዘራእቲ ዝዕፀድሉን ደሓር ድማ መኼዳ ዝግበረሉን ከምኡ እውን ናብ ሕሩጭ ንኽቕየር ዝጠሓነሉን፣ በዚ ኣቢሉ እውን ናይቲ ከባቢ ማሕበረሰብ ክሳዕ ነቲ ዝቕፅል ዓመት ወቕቲ ንሙሉእ ዓመት ናብርኦም ዝመርሕሉ እዩ።[465] ኣብ ወርሒ ሕደር 2013 ዓ.ም ሰብኣዊ ሓገዝ ምዕፃው ማለት 7 ሚልዮን ተጋሩ ንዝቕፅል ዓመት ምግቢ ንምርካብ ኣብ ፀገም ንኽሓልፉ መንግስቲ ፌደራል ንዝሓዞ ትልሚ ዘረጋግፅ እዩ።[466] እቲ ብጣዕሚ ዝቐፀለ ዕፅዋ ብሓባር ምስቲ ኣብ ታሕቲ ተገሊፁ ዘሎ ዕንወት ምህርቲ ብኸይዲ ኣብ ሕዳር 2015 ዓ.ም ዝደኸደኹ ፍርቂ ሚልዮን ህፃናት ኣስዒቡ እዩ።[467]

234. ቅድሚ እቲ ኩናት እውን እንተኾነ ዳርጋ ፍርቂ ሚልዮን ህዝቢ ትገራይ ኣብ ሓገዝ ምግቢ ዝተደረኸ እዩ ነይሩ።[468] እንተኾነ ግና ብዙሓት ተጠቀምቲ ኣብ ትግራይ ውሕስና ምግቢ ንምምሕያሽ ዝውዕል ዝነበረ መፍረያይ ሴፍቲ ኔት መደብ ክረኽቡ ኣይከኣሉን፤ ምኽንያቱ ድማ መንግስቲ ፌደራል ነዚ መደብ ዝውዕል ካብ ነሓሰ 2012 ዓ.ም ክሳብ ሕዳር 2013 ዓ.ም ንትግራይ ክወሃብ ዝነበረ ጥረ ቅርሺ ቅድሚ እቲ ኩናት ምውልዑ ብምኽልካሉ።[469]

---

[463] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ” (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 84። *ብተወሳኺ ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 203 (“እቲ መፅናዓይ ኮሚሽን ሰላማዊ ህዝቢ ንህልውንኦም ኣድለይቲ ዝበሃሉ ነገራት ንምስኣን ዝተወሳዱ ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም ስጉምትታት [... ዝሓውስ] ካብ ምግቢ ብተወሳኺ ቐረብ ሓለዋ ጥዕና ዘሳልጡ፣ መፅለሊ፣ ማይን መሐለዊ ንፅህናን፣ ከምኡ እውን ትምህርትን ረኺቡ እዩ። እዞም ‘ኣድለይቲ ነገራት’ ኮነ ተባሂሉ ምኽልካል ወይ ከዓ ክስእን ምግባር ገበን ጥምየት ከም መሳርሒ ቅዲ-ኩናት ዘማልእ እዩ”)።

[464] ብተመሳሳሊ ምስ ዘፈር ጥዕና ዝተሓሐዘ *ተወከስ* ኣብ ታሕቲ ክፋል 5.ረ.3.ለ።

[465] ሶፌ ኣኒስ፣ ቲም ቫንዴን፣ እምነት ተጋሽን ካልኦትን፣ *ትግራይ፡ መሕበሪ ሰብኣዊ ኩነታት* (ቅፂ 2.2፣ ዩኒቨርሲቲ ገንት፣ ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 82።

[466] ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ፣ “ኢትዮጵያ፣ መራሒቲ ክልል ትግራይ ንጎረቤት ኣምሓራ ከም ዘጥቅዑ ኣሚኖም” (*ዘ ጋርድያን*፣ 5 ሕዳር 2013 ዓ.ም) (*ካትሪን ሶዚ* ብምፅራሕ፣ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ነባርን መተሓባበሪ ሰብኣውነትን ኣብ ኢትዮጵያ፣ ብምቁራፅ መራኸቢ፣ ምዕፃው መንገዲ፣ ሕፅረት ማይ፣ ነዳድን ጥረ-ቅርሽን ናብ ትግራይ ክበፅሑ ከም ዘይከኣሉ ፀብፂቦም እዮም፤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንመንግስቲ ፌደራል ኢትዮጵያ “ንሙሉእ ሰብኣዊ ቀረብ” እንዳለመነ ከም ዝርከብ ፀብፂቡ እዩ)።

[467] *ታህላ ቡርኪ*፣ “ኣብ ማእኸል ሕድሕድ ኩናት ሰብኣዊ ቀውሲ ኣብ ትግራይ” (2014 ዓ.ም) 22(6) ዘ ላንሰት 774፣ ገፅ 774።

[468] ካትሪን ሆረልድን ጉልያ *ፓራቪቺኒን*፣ *“ፍሉይ፡ በዓል መዚ ሕቡራት መንግስታት ሓይልታት ኤርትራ ኮነ ኢሎም ትግራይ ብምጥማይ ከሲሱ*” (*ሮይተርስ*፣ 4 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

[469] ዓፀቦ ኣቐዲምካ ምጥንቃቕ ስርዓት ኔትዎርክ (ፋሚን ኤርልይ ዋርኒንግ ሲስተም ኔትዎርክ)፣ መጠንቀቕታ ውሕስና ምግቢ ኢትዮጵያ (2 ታሕሳስ 2013 ዓ.ም)።

235. እቲ መንግስቲ ኣብቶም ናይ መጀመርታ ሓሙሽተ ሰሙናት ዝነበረ ውግእ ናብ ትግራይ ዝኾነ ነገር ከይኣቱ ከልኪሉ እዩ ተባሂሉ ይኽሰስ፡፡[470] ኮሪደር ሰብኣዊ ሓገዝ ኣብ 23 ሕዳር 2013 ዓ.ም ከም ዝተኸፈተ ዋላ እውን ዕላዊ እንተተገበረ እቲ ሓገዝ ብሓቂ ናብቶም ዝተፈለዩ ቦታታት ምብፅሑ ምርግጋፅ ኣይተኻኣለን፡፡[471]

236. ወታሃደራት ኢትዮጵያ ምግቢ ናብ ትግራይ ከይኣቱ ከልኪሎም ተባሂሉ ይኽሰሱ እዮም፡፡[472] እንኮላይ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ እውን "መንግስቲ ፌደራልን መፃምዱን ትግራይ ሰብኣዊ ሓገዝ ከይትረክብ ብፅኑዕ ከም ዝኸልከሉን ዘተዓናቕፉን" ኣረጋጊፁ እዩ፡፡[473]

237. ቅድሚ እቲ ኩናት ምውልዑ መንግስቲ ፌደራል ሓዱሽ ቅርሺ ቀይሩ ኣብ ስራሕ ዘውዓለ እንትኾውን ነባር ቅርሺ በቲ ሓዱሽ ቅርሺ ንምቕያር ዝነበረ ዕድል ግና ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ከም ዝኸልከሉ ይኽሰስ እዩ፡ ውሱን ክፋል ህዝቢ ትግራይ ጥራሕ ነባር ቅርሺ ብሓዱሽ ቅርሺ ኣብ ዝቐየሩሉ፣ ዝተረፉ ተጋሩ ግና ሓንሳዕ ዕፅዋ ምስተነበረን ከምኡ እውን ባንክታት ብምዕፃዎም ምኽንያት ባንኪ ሒሳብ ቁፅሮም ምድስካሉን ስዒቡ ቅርሺ ክረኽቡ ኣይከኣሉን፡፡[474] ዋላ እውን ቀዳማይይ ሚኒስትር ኣብይ እዞም ስጉምትታት እዚኣቶም ምስ ምድላው ኲናት ከም ዘይዛመዱ እንተገለፀ፣ ካብ ከምዚ ዓይነት ሃንደበታዊ ለውጢ ፋይናንስ ከብፅሖም ዝኽእል ዘይተርፉ ከበድቲ ሳዕቤናት ንምክልኻል ግና ዝተወሰደ ዝመስል ስጉምቲ የለን፡፡[475]

238. እዞም ሳዕቤናት እዚኣቶም ንተጋሩ ሓደገኛ ምንግልታዕን እንኮላይ እውን ጭካነን ኣውሪዶም እዮም፡፡ ሓዱሽ ቅርሺ ንምርካብ ዘይተመጣጠነ ነባር ቅርሺ ንኽኽፍሉን ዝተኸፈተ ቅርንጫፍ ባንኪ ንኽረኽቡ ኣማኢት ኪሎ ሜትራት ክጓዓዙን ገይሩ እዩ፡፡ ብመዓልቲ ካብ ባንኪ ዘውፅእዎ መጠን ቅርሺ ገደብ ንዝተገበረሎም ተጋሩ ዕቋር ንመብዛሕቲኡ ተበፃሕነት ኣይነበሮን፤ ከምኡ እውን ካብ ባንኪ ገንዘብ ዘውፅኡ ሰባት ናብ ገዝኦም እንትምለሱ ብወታሃደራት ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣብ ዝሕለዋ ፍተሻ ናቔጣታት መብዛሕቲኡ ግዜ ይሕደጉ ነይሮም እዮም፡፡[4764]

239. ኣብ በልጅየም ዩኒቨርስቲ ጌንት መሰረት ብዝገበሩ መካየድቲ መፅናዕቲ ኣብ ጉንበት 2013 ዓ.ም ካብ ዝተኸፋፈለ ረድኤት 25% (ከባቢ 12.4 ሽሕ ቶን) ኣብቲ ዝነበረ ስሩዕ ምክፍፋል ኣይተቖፀረን፣ እዚይ እውን ሰፊሕ ስርቂ ሓገዝ ነይሩ ዝብል ሻቕሎት ፈጢሩ እዩ፡፡[477] እቲ ሓገዝ ናብ ዝግብኦም ተጠቀምቲ በፂሑ ዶ ኣይበሐፅን ዝብል ተመሳሳሊ ሻቕሎት ኣብ ለካቲት 2013 ኣ.ም ብቤት ፅሕፈት ምትሕብባር ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት ተዘሪቡ እዩ፡፡[478] ብርግፅ ዋላ እውን ኣብ ጉንበት 2015 ዓ.ም እንተኾነ ትካል

---

470 ካትሪን ሆረልድን ጉልያ ፓራቪቺኒን፣ *"ፍሉይ፡ በዓል መዚ ሕቡራት መንግስታት ሓይልታት ኤርትራ ኮነ ኢሎም ትግራይ ብምጥማይ ከሲሶ"* (*ሮይተርስ*፣ 4 ሰነ 2013 ዓ.ም)፡፡

471 ዓፀቦ ኣቐዲምካ ምጥንቃቕ ስርዓት ኔትዎርክ (ፋሚን ኤርልይ ዋርኒንግ ሲስተም ኔትዎርክ)፣ መጠንቀቕታ ውሕስና ምግቢ ኢትዮጵያ (2 ታሕሳስ 2013 ዓ.ም)፡፡

472 ቦቢይ ጎሽ፣ "እቲ ናይ ዓለምና ቀታሊ ኲናት ኣብ ዩክሬን እንተይኮነስ፣ ኣብ ኢትዮጵያ እዩ ዘሎ" (*ብሉምበርግ*፣ 13 መጋቢት 2014 ዓ.ም)

473 ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" ( 9 መስከረም 2015 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./51/46፣ ዓንቀፅ 77፡፡

474 ተኽለሃይሞኖትት ጊ. ወልደሚኪኤል፣ *"ገሃነም ምምሃዝ፡ ስርዓት ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣብ ትግራይ ከመይ ገይሮም ዓፀቦ ከም ዘብፅሑ"* (2014 ዓ.ም)፣ 15(3) ሂዩማን ጂኦግራፊ 290፣ ገፅ 292፡፡

475 ተኽለሃይሞኖትት ጊ. ወልደሚኪኤል፣ *"ገሃነም ምምሃዝ፡ ስርዓት ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣብ ትግራይ ከመይ ገይሮም ዓፀቦ ከም ዘብፅሑ"* (2014 ዓ.ም)፣ 15(3) ሂዩማን ጂኦግራፊ 290፣ ገፅ 292፡፡

476 ተኽለሃይሞኖትት ጊ. ወልደሚኪኤል፣ *"ገሃነም ምምሃዝ፡ ስርዓት ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣብ ትግራይ ከመይ ገይሮም ዓፀቦ ከም ዘብፅሑ"* (2014 ዓ.ም)፣ 15(3) ሂዩማን ጂኦግራፊ 290፣ ገፅ 292፡፡

477 ሶፌ ኣኒስ፣ ቲም ቫንዴን፣ እምነት ተጋሽን ካልኦትን፣ *ትግራይ፡ መሕበሪ ሰብኣዊ ኲነታት* (ቅፂ 2.2፣ ዩኒቨርሲቲ ገንት፣ ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 56፡፡

478 ቤት ፅሕፈት ምትሕብባር ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት፣ ሰሜን ኢትዮጵያ ብዛዕባ ሰብኣዊ ድጋፍ ሓዱሽ ሓበሬታ፣ ፀብፃብ ኲነታት (21 ለካቲት፣ 2013 ዓ.ም)፡፡

ዓለም-ለኸ ልምዓት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ (ዩ.ኤስ.ኤ.ኣይ.ዲ.) ንትግራይ ዝግበር ሓገዝ ምግቢ "ኣብ ኩነታት ዓፀቦ-ዓይነት ኮይኑ እንዳተሳቐየ ንዝርከብ ህዝቢ ትግራይ ንኽበፅሕ ዝተተለመ ሓገዝ ምግቢ ተጠውዩ ኣብ ከባብያዊ ዕዳጋ ይሸወጥ ምንባሩ" ስለዝረኸበ ንግዚኡ ጠጠው ክብል ገይሩ እዩ።[479]

240. ኣብ ጉንበት 2013 ዓ.ም ዝለዓለ ወኪል ጆሴፍ በሬልን ኮሚሽነር ክራይሲስ ማኔጅመንት ጃነዝ ሌናርቺችን "ጥምየት ንምክልኻል ቅልጡፍን ሙሉእ ዝርገሐን ዘለዎ ሓገዝ ምግቢ" እንትፅውዑ "ሰብኣዊ ሓገዝ ከም ኣፅዋር ኲናት መሳርሒ ምጥቃም ዓብይ ጥሕሰት ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ ሕግታት እዩ [...]። ብግዚኡ ንኽይበፅሕ ኮነ ኢሎም ዝዕንቅፉ ዘለዉ እውን ክሕተቱ እዮም" ክብሉ ተዛሪቦም እዮም።[480] ኣብ ማእኸል ሰነ 2013 ዓ.ም መብዛሕቲኡ ክፋል ትግራይ ተበፃሕነት ኣይነበሮን።[481]

241. ኣብ ሰነ 2013 ዓ.ም ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ ኣሕመድ "ኣብ ትግራይ ጥምየት ዝበሃል ከም ዘየለ" ተዛሪቦም እዮም።[482] እንኮላይ እውን ኣብ 2013 ዓ.ም ኣብ ትግራይ ሰብ-ሰራሕ ጥምየት ኣሎ ንዝብል ወቐሳ መልሲ ንምሃብ ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ "ኣብ ትግራይ ጥምየት ክህሉ ይኽእል እዩ፣ ከምኡ እውን መንግስቲ ጥምየት ንፖለቲካ መሳርሒ ክጥቀም ይኽእል እዩ ዝብል ፍፁም ፕሮፖጋንዳ ምዃኑ ከምኡ እውን ብዝኾነ መንገዲ ዝተረጋገፀ ከም ዘይኮነ" መልሲ እንትህቡ፣ ኣብ ትግራይ ህዝቢ ብጥምየት ይመውት ኣሎ ንዝብል ከረድእ ዝኽእል ሓበሬታ ከም ዘየለ ሓቢሮም እዮም።[483]

242. ቐዳማይ ሚንስትር ኣብይ ኣብ 1977 ዓ.ም ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ኣጋጢሙ ዝነበረ ድርቂ ብምጥቃስ "ጁንታ" (ሓይልታት ትግራይን ብሓፈሻ ተጋሩን ንምጥቃስ ዝውዕል ቃል) መዝሚዙ ተጠቒሙሉ እዩ ክብሉ ተዛሪቦም እዮም።[484] እንተነኣሰ እዚ ክሕደት ዝሕብሮ ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ ብዛዕባ ወቐሳታት ጥምየትን ህልቂትን ሓበሬታ ከም ዘለዎም - እንተነኣሰ ክምርምሩ ከም ዘለዎም መጠንቀቕታ ዝሃቦም ኮይኑ - ዋላ እውን ቅድሚኡ ሓበሬታ እንተዘይነበሮም ናይ ምርምራ ስጉምቲ ንኽወስዱ እኹል መባራበሪ ሓበሬታ ደወል ዝረኸቡሉ እዩ።

243. ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ እቲ በይናዊ ቶኹሲ ምቁራፅ ነቶም "ናይ ስርዓቱን መፃምዱን ሰራዊት ኣብ ማእኸል ትግራይ ሰነ 2013 ዓ.ም ዝበታተኑዎም ሓይልታት ትግራይ ይድግፍ እዩ ንዝበልዎ ህዝቢ ትግራይ ንምቕፃዕ" ተጠቒሙሉ እዩ ዝብል ወቐሳ ይቐርበሎም እዩ፣

---

[479] ትካል ዓለም-ለኸ ልምዓት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ (ዩ.ኤስ.ኤ.ኣይ.ዲ.)፣ "<u>መግለፂ ብመመሓደሪት ሳማንታ ፓወር</u>" (25 ሚያዝያ 2015 ዓ.ም)::

[480] ሕብረት ኣውሮጳ፣ "<u>ኢትዮጵያ፡ መግለፂ ብላዕለዋይ ወኪል ጆሴፐ በሬል ከምኡ እውን ኮሚሽነር ምሕደራ ቅልውላዋት ጃኒዝ ሌናርሲች ብዛዕባ ክልከላ ተበፃሕነት ሰብኣዊ ናብ ትግራይ</u> (6 ግንቦት 2013 ዓ.ም)።

[481] ካትሪን ሆረልድን ጉልያ ፓራቪቺኒን፣ *"<u>ፍሉይ፡ በዓል መዚ ሕቡራት መንግስታት ሓይልታት ኤርትራ ኮነ ኢሎም ትግራይ ብምጥማይ ከሲሱ</u>"* (*ሮይተርስ*፣ 4 ሰነ 2013 ዓ.ም) ("ኣብ ወርሒ ጉንበት ኦ.ሲ.ኤች.ኤ ወኪላት ረድኤት ኣብ መቆፃፀሪ ጣብያታት ክምለሱ ከም ዝተገበሩን ሰራሕተኛታት መጥቃዕቲ፣ ምርመራ ወይ ከዓ ኣብቲ ክልል ከይሰርሑ ክልከላ ከም ዝበፀሖም ዘርእዩ 130 ኣጋጣሚታት ሰኒዱ እዩ። ሎውኮክ *ንሮይተርስ* ከም ዝገለፅሉ ኤርትራውያን 'ብግልፂ' ንከምዚ ዝበሉ 50 ኣጋጣሚታት ተሓተትቲ እዮም እንትብሉ ናይ ኢትዮጵያ ወታሃድራዊ ክዳን ዝተኸደኑ ድማ ንካልኦት 50 ኣጋጣሚታት ተሓተቲ እዮም ኢሎም እዮም። ካብ ኣምሓራ ወለንታውያን ምልሻ ን27 ኣጋጣሚታት ተሓተትቲ እዮም ኢሎም እዮም። እንኮላይ ሓይልታት ትግራይ እውን እንተነኣሰ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ከምዝዓንቀፉ ገሊፆም እዮም")።

[482] ቢ.ቢ.ሲ፣ "<u>ናይ ኣብይ ኣሕመድ ኢትዮጵያ፡ 'ኣብ ትግራይ ጥምየት የለን'</u>" (*ቢ.ቢ.ሲ*፣ 14 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

[483] ብኦምና ትግራይ ኣብ ትዊተር ዝተለጠፈ፣ 29 ለካቲት 2013 ዓ.ም (ናብ እንግሊዝኛ ትርጉም በቲ ዝፀሓፈ ቀሪቡ እዩ)። *ብታወሰኺ ተወከስ*ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 239 ("16 ሰነ 2013 ዓ.ም ብቴለቭዥን ዝተገበረ ቃለ-መሕትት እቲ ጠቅላይ ሚንስትር ህ.ወ.ሓ.ት ኣብ 1977 ዓ.ም ዝነበረ ድርቂ ሰብኣዊ ሓገዝ ንወታሃድራዊ ረብሓ ተጠቒሙ እዩ፣ ስለዝኾነ ነዚ ስዒቡ ኣብቲ ግዘ መንግስቲ ከውድቕ ክኢሉ እዩ ክብል ዘቕረቦ ወቐሳ" ብምጥቃስ)::

[484] ብኦምና ትግራይ ኣብ ትዊተር ዝተለጠፈ፣ 29 ለካቲት 2013 ዓ.ም (ናብ እንግሊዝኛ ትርጉም በቲ ዝፀሓፈ ቀሪቡ እዩ)። ሰብመዚ መንግስቲ "ብኸይዲ ብሓፈሻ ህዝቢ ትግራይ ብሰፊሑ ንምሕዋስ እንዳተስፋሕፈሐ ዝኸደ ፀረ-ህ.ወ.ሓ.ት ተረኽ [...]" ከም ዘስፋሕፍሑ ተረኺቡ እዩ፤ *ብታወሰኺ ተወከስ* ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 33።

“እቲ ምቁራፅ ተኹሲ ዝሓመመት ደርሆ ንምሕካም ብዕራይ ክንሓርድ የብልናን ብዝብል ምኽንያት እዩ [እዚ ቅኔኣዊ ዘረባ ብዕራይ ዝብል ኢትዮጵያ ዝውክል እንትኸውን ዝሓመመት ደርሆ ድማ ንትግራይ ዝውክል እዩ]። ህዝቢ ትግራይ ዓርሱ ዘድሕን እንተኾይኑ እስኪ ንርኣዮ” ኢሎም እውን ተዛሪቦም እዮም።[485]

244. ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ትሕቲ ዋና ፀሓፊ መተሓባበሪ ሰብኣዊ ጉዳያትን ሓገዝ ህፁፅ ግዘን ካብ 2010-2014 ዓ.ም ዝነበሩ ማርክ ሎኮክ “ሰራዊት ኤርትራን ከባብያዊ ዕጡቓትን ካብ መንግስቲ ቁፅፅር ወፃኢ ኣብ ዘለዉ ቦታታት ንዝርከብ ልዕሊ 1 ሚልዮን ህዝቢ ኮነ ኢሎም ኣቕርቦት ከይበፅሕ ከልኪሎም እዮም፤”[486] ከምኡ እውን መብዛሕቲኡ ናብ ትግራይ ዝኣቱ ሓገዝ ምግብን ካልኦትን “መንግስቲ ናብ ዝተቖፃፀሮም ከባቢታት እዩ ዝኸይድ” ክብሉ ተዛሪቦም እዮም።[487] ሓይልታት ኤርትራ “ንህዝቢ ትግራይ ብምጥማይ ክዋገዩ ይጅምሩ ኣለዉ” ክብሉ ወቒሶም እዮ።[488]

245. ኣብ ሓምለ 2013 ዓ.ም መንግስቲ ኢትዮጵያ ምትዕንቓፍን ምፍርራሕን ብምጥቃም ኣብ ኢትዮጵያ ናብ ትግራይ ሰብኣዊ ሓገዝ ንምብፃሕ ዘኽእል ወሳናይ ዝኾነ መንገዲ ዓፅዩ ተባሂሉ ይውቀስ እዩ።[489] እቲ መንገዲ ናብ ትግራይ ንምብፃሕ ክጠቅም ዝኽእል ብሕታዊ መንገዲ እዩ ነይሩ። ንኣብነት ኣብ 18 ሓምለ 2013 ዓ.ም ሓገዝ ዝፀዓና መኻይን ካብ ሰመራ ንሰሜን ኣንፈት 60 ማይል ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ቦታ ብዘይተፈለጡ ዕጡቓት እንትቃፀላ እንኮላይ እውን ብዙሓት መኻይን ዘሚቶም እዮም፤ በዚ ኣቢሉ እውን በቲ መንገዲ መስመር እቱይ ዝግበር ዝነበረ ኣቕርቦት ሓገዝ ንኽቋረፅ ገይሩ እዩ።[490] ኣብ ሓደ ወርሒ ውሽጢ 50 መኻይን ጥራሕ በቲ መንገዲ እቱይ ክጓዓዛ ክኢለን እየን።[491] ብመሰረት ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ካብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ፍቓድ ክርከብ ብዘይምኽኣሉ 170 መኻይን ኣብ ሰመራ (ክልል ዓፋር) ጠጠው ኢለን ነይረን።[492] ሰራሕተኛታት ሓገዝ ኣብ መዕረፎ ነፍርቲ መጥቃዕቲ ይበፅሖም ነይሩ ዝብል ወቐሳ እውን ኣሎ።[493]

246. ኣብ መጀመርታ ነሓሰ 2013 ዓ.ም መንግስቲ ኢትዮጵያ ፍቓድ ስራሕ ዶብ ኣልቦ ሓኻይምን ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ኖርወይን (ኖርዌጅያን ረፉጂ ካውንስል) ሰሪዙ እዩ።[494]

247. ብተወሳኺ ብኀንፂ ዝበፅሐ ዕንወት እንትበሃል ሓገዝ ምግቢ እንተዘይሃልዩ ዝርከብ ምህርቲ ውስን እዩ። ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2013 ዓ.ም ሰብኣዊ ኣቕርቦት ኣብ ዝተፀንቀቐሉ እዋን ወሰኽ ዋጋ ዋና ምግቢ ካብ ማእኸላይ ሓሊፉ ልዕሊ 70% እዩ ተወንጪፉ ነይሩ።[495]

---

485 ተኽለሃይሞኖትት ጊ. ወልደሚኪኤል፣ “ገሃነም ምምሃዝ፡ ስርዓት ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣብ ትግራይ ከመይ ገይሮም ዓፀቦ ከም ዘብፅሑ” (2014 ዓ.ም)፣ 15(3) ሂዩማን ጂኦግራፊ 290፣ ገፅ 292 (ኣብቲ ዋና ርቡዕ ኩርናዕ ቅንፍ ብተኽለሃይሞኖት ጊ. ወልደሚኪኤል)።

486 ካትሪን ሆረልድን ጉልያ ፓራቪቺኒን፣ *“ፍሉይ፡ በዓል መዚ ሕቡራት መንግስታት ሓይልታት ኤርትራ ኮነ ኢሎም ትግራይ ብምጥማይ ከሲሶ”* (*ሮይተርስ*፣ 4 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

487 ካትሪን ሆረልድን ጉልያ ፓራቪቺኒን፣ *“ፍሉይ፡ በዓል መዚ ሕቡራት መንግስታት ሓይልታት ኤርትራ ኮነ ኢሎም ትግራይ ብምጥማይ ከሲሶ”* (*ሮይተርስ*፣ 4 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

488 ካትሪን ሆረልድን ጉልያ ፓራቪቺኒን፣ *“ፍሉይ፡ በዓል መዚ ሕቡራት መንግስታት ሓይልታት ኤርትራ ኮነ ኢሎም ትግራይ ብምጥማይ ከሲሶ”* (*ሮይተርስ*፣ 4 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

489 ዴክላን ዋልሽ፣ “ንሚልዮናት ኢትዮጵያውያን ትንፋስ ዝኾነ ተዓፅዩ” (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 22 ሓምለ 2013 ዓ.ም)።

490 ዴክላን ዋልሽ፣ “ንሚልዮናት ኢትዮጵያውያን ትንፋስ ዝኾነ ተዓፅዩ” (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 22 ሓምለ 2013 ዓ.ም)።

491 ዴክላን ዋልሽ፣ “ንሚልዮናት ኢትዮጵያውያን ትንፋስ ዝኾነ ተዓፅዩ” (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 22 ሓምለ 2013 ዓ.ም)።

492 ዴክላን ዋልሽ፣ “ንሚልዮናት ኢትዮጵያውያን ትንፋስ ዝኾነ ተዓፅዩ” (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 22 ሓምለ 2013 ዓ.ም)።

493 ዴክላን ዋልሽ፣ “ንሚልዮናት ኢትዮጵያውያን ትንፋስ ዝኾነ ተዓፅዩ” (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 22 ሓምለ 2013 ዓ.ም)።

494 ማክስ ቢራክን ጆን ሁድሰንን፣ “ሳማንታ ፓወር ንነዊሕ እዋን ምትእትታው ሰብኣዊ ሓገዝ ተሓሊቓ እያ። ቀውሲ ኢትዮጵያ ግና ናብ ፈተና ኣእቲውዋ እዩ” (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 29 ሓምለ 2013 ዓ.ም)፤ ሲሞን ማርክስ፣ “ኢትዮጵያ ክልተ ሰብኣዊ ጉጅለታት ካብታ ብኲናት ዝተሃሰየት ትግራይ ጠጠው ክብሉ ገይራ” (*ብሉምበርግ*፣ 27 ሓምለ 2013 ዓ.ም)።

495 ዓፀቦ ኣቐዲምካ ምጥንቃቕ ስርዓት ኔትዎርክ (ፋሚን ኤርልይ ዋርኒንግ ሲስተም ኔትዎርክ)፣ መጠንቀቕታ ውሕስና ምግቢ ኢትዮጵያ (4 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)።

248. ማእኸል ምትሕብባር ሓደጋ ክልል ትግራይ ከም ዝፀብያቦ ኣብቲ ናይ መጀመርታ ዙር ዝነበረ ምክፍፋል ሓገዝ ምግቢ ክበፅሖ ካብ ዝግባእ ህዝቢ ኣብ መወዳእታ መጋቢት 2013 ዓ.ም 90% እንትበፅሖ፣ ኣብ ካልኣይ ዙር ድማ ክሳዕ ማእኸል ጉንበት 2013 ዓ.ም 62% እንትበፅሖ፣ ክሳዕ መስረከም 2014 ዓ.ም ድማ ሳልሳይ ዙር ክጅመር ኣይከኣለን።[496] በቲ ወርሒ እቱይ እንኮላይ ግልፂ ክኸውን ዝግበኦ ነገር ካብ ነሓሰ 2013 ዓ.ም ጀሚሩ ናብ ትግራይ ሓገዝ ምግቢ ከቕርባ ካብ ዝኣተዋ 466 መኻይን 38 ጥራሕ እየን ተመሊሰን (እዙይ ማለት ሓገዝ ወሃብቲ ጉጅለታት ከጓዓዕዘሎም ዝኽእል ስርዓት መጓዓዝያ ስኢኖም እዮም)።[497] እዙይ እውን ብምኽንያት ሕፅረት ነዳዲ ኮይኑ እንኮላይ እውን ኣብ ክልተ ኣጋጣሚታት ዘጋጠመ ቅትለት ሹፈራት ሓገዝ ዘጓዓዕዛ መኻይን ይሓውስ እዩ።[498]

249. ኣብ ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ ምኽፋት ተበፃሕነት ሰብኣዊ ሓገዝ ኣብ ናይ ህ.ወ.ሓ.ት ካብ ክልላት ኣምሓራን ዓፋርን ምውፃእ ቅድመ-ኩነት ክውሰን ገይሮም እዮም[499] - ኣብ ላዕሊ ብዕምቆት ምስ ዝተገለፀ ኩነታት ብዝመሳሰል ደጊሞም ስትራቴጂካዊ ረብሓታት ምቁራፅ ተፃብኦ ሓቢሮም እዮም።[500] ብተመሳሰሊ፣ ተበፃሕነት ሰብኣዊ ሓገዝ ኣብ ቅድመ-ኩነት ክድረኽ ምግባር እቶም ቀዳማይ ሚንስትር መንግስቲ ኢትዮጵያ እንትተሓቲቱ መንገዲ ክኸፍት እዩ፣[501] ትካላት ሰብኣዊ ሓገዝ ሓገዝ ንኸቕርባ ነፃ እየን፣ ከምኡ እውን "ዝኾነ ሰብ-ሰራሕ ዓፀቦ" ዝብል ወቐሳታት "ፍፁም ፕሮፖጋንዳ እዩ" ብምባል (ኣብ ላዕሊ ዓንቀፅ 241 ከም ዝተጠቐሰ) ኣቐዲሞም ም ዝገበርዎ ቃለ-መሕትት ብግልፂ ዝፃረር እዩ።[502]

250. እንተኾነ ግና ኣብ ውሽጢ ኣዋርሕ ካብ ማእኸል ሓምለ 2013 ዓ.ም ክሳዕ መወዳእታ መስከረም ሓገዞ ሒዘን ናብ ትግራይ ካብ ዝኣተዋ መኻይን ካብቲ ዝድለ 11% ጥራሕ እየን ዘማልኣ።[503] ብተመሳሳሊ ብኽልላዊ ሓይልታት ኣምሓራን ምልሻን ኣብ ዝተቖፃፀርዎም ከባቢታት (ምዕራብ ትግራይ፣ ካብ ተከዘ ንደቡብ ኣንፈት ሰሜን ምዕራብ ትግራይን ክፋል ደቡብ ትግራይን) ዝተኸፋፈለ ሓገዝ የለን።[504] ነዚ ዘጋጠመ ሕፅረት ሓበሬታ ክገልፅ ዝኽእል ምኽንያት ክልከላ ሓገዝ፣ ሕፅረት መራኸቢ ከምኡ እውን/ወይ ከዓ ኣብቲ ከባቢ ውግእ ምህላዉን እዮም።[505]

251. ብ26 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም ቤት ምኽሪ ፀጥታ ሕቡራት መንግስታት "ኣብ ኢትዮጵያ እንዳተጋደደን እንዳተስፋሕፈሐን ዝኸይድ ዘሎ ጎንፂ ንኽውዳእን [...] ኣብታ ብኹናት ዝተሃሰየት ትግራይ ኣጋጢሙ ዘሎ

---

[496] ሶፊ ኣኒስ፣ ቲም ቫንዴን፣ እምነት ተጋሸን ካልኦትን፣ *ትግራይ፡ መሕበረ ሰብኣዊ ኩነታት* (ቅፂ 2.2፣ ዩኒቨርሲቲ ገንት፣ ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 55።

[497] ሚሸል ኒኮልስ፣ "ዋና ሓላፊ ረድኤት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ ዘሎ ዓፀቦ፡ 'እተን መኻይን እንዳተንቀሳቐሳ ረኺቡወን'" (*ሮይተርስ*፣ 18 መስከረም 2014 ዓ.ም)

[498] ሚሸል ኒኮልስ፣ "ዋና ሓላፊ ረድኤት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ ዘሎ ዓፀቦ፡ 'እተን መኻይን እንዳተንቀሳቐሳ ረኺቡወን'" (*ሮይተርስ*፣ 18 መስከረም 2014 ዓ.ም) (ክፍለጥ ዝግበኦ ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ካብ ትግራይ ክወፃ ዝኽኣላ 61 መኻይን ብምጥቃስ)።

[499] ሳሙኤል ገብሩን ሲሞን ማርክስን፣ "ኢትዮጵያ ዋና ከተማ ተቓዋሚት ክልል ብኣየር ከትድብድብ ተቓሪባ" (*ብሉምበርግ*፣ 9 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)።

[500] *ብተወሳኺ ተወከስ* ኣብ ላዕሊ ዓንቀፅ 245።

[501] ብኦምና ትግራይ ኣብ ትዊተር ዝተለጠፈ፣ 29 ለካቲት 2014 ዓ.ም (ናብ እንግሊዝኛ ትርጉም በቲ ዝፀሓፈ ቀሪቡ እዩ) ("ሓደ ዘይመንግስዊ ትካል ሓደ ኪሎ ስርናይ እውን እንተኾነ ሒዙ ዝመፀ ንህዝብና 1 ኪሎ ከየከፋፍል ዝተኸልከለ የለን። እቶም ዝመፁ ዘድሊ ድጋፍ ኣቕሪብናሎም ኢና"፤ "ንሳቶም [ትካልት ረድኤት ሰብኣዊ ሓገዝ] ንተበፃሕነት እንትሓቱና ናብ ዝኾነ ቦታ ክኸዱ ከም ዝኽእሉ ንዛረቦም ኢና ከምኡ እውን ፀገማት ከጋጥምዎም ዝኽእሉ ቦታታት እንተሃልዮም እውን ሰራዊት ክዕጅቦም ከም ዝኽእል ንገልፀሎም ኢና እንተኾነ ግና ክዕጀቡ ከም ዘድልዩ እዮም ዝገልፅሉና")።

[502] ብኦምና ትግራይ ኣብ ትዊተር ዝተለጠፈ፣ 29 ለካቲት 2014 ዓ.ም (ናብ እንግሊዝኛ ትርጉም በቲ ዝፀሓፈ ቀሪቡ እዩ)።

[503] ቤት ጽሕፈት ምትሕብባር ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት፣ ሰሜን ኢትዮጵያ ሰብኣዊ ድጋፍ ሓዱሽ ሓበሬታ፣ ፀብፃብ ኩነታት (30 መስከረም፣ 2014 ዓ.ም)።

[504] ሶፊ ኣኒስ፣ ቲም ቫንዴን፣ እምነት ተጋሸን ካልኦትን፣ *ትግራይ፡ መሕበረ ሰብኣዊ ኩነታት* (ቅፂ 2.2፣ ዩኒቨርሲቲ ገንት፣ ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 56።

[505] ሶፊ ኣኒስ፣ ቲም ቫንዴን፣ እምነት ተጋሸን ካልኦትን፣ *ትግራይ፡ መሕበረ ሰብኣዊ ኩነታት* (ቅፂ 2.2፣ ዩኒቨርሲቲ ገንት፣ ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 56።

ኣብዚ ዓሰርተታት ዓመት እቲ ካብ ዓለምና ዝኸፍአ ቀውሲ ዓፀቦ ንምክልኻል ዘይተቛረፀ ተበፃሕነት ሰብኣዊ ሓገዝ ፀዊዑ እዩ።”[506]

252. ኣብ መወዳእታ 2013 ዓ.ም. ን2014 ዓ.ም. ተተንብዩ ዝነበረ ዝድለ ሰብኣዊ ሓገዝ “ኣብ 20213 ዓ.ም ካብ ዝነበረ እንትነፀፀር ብዳርጋ 40% ከም ዝውስኽ እዩ” ትፅቢት ተገይርሉ ነይሩ።[507]

253. ኣብ ታሕሳስ 2014 ዓ.ም ፀብፃባት ከም ዘርኣይዎ ዋላ እውን ሓገዝ ምግቢ ኣብ ሕድሕድ መበል ሻድሻይ ሰሙን ንኽቕርብ እንተትሓዘ፣ ምክፍፋል ብጭቡጥ ኣብ መበል ሕድሕድ 5ይ ወርሒ ጥራሕ ይፍፀም ከም ዝነበረ እዩ።[508] መካየድቲ መፅናዕቲ ዩኒቨርስቲ ጌንት ካብቲ ጠቕላላ ህዝቢ 38% ጥራሕ ኣብ መበል 5.5 ኣዋርሕ ሓንቲ ግዘ ሓገዝ ምግቢ ከም ዝረኸበ ኣረጋጊፆም እዮም።[509]

254. ካብ ጥቅምቲ ክሳብ መጀመርታ ጉንበት 2014 ዓ.ም ኣብ ተመሳሳሊ ኣዋርሕ 2013 ዓ.ም ዝነበረ 2.9 ሚልዮን ህዝቢ እንትወዳደር ብድምር ጠቕላላ 1.5 ሚልዮን ህዝቢ ጥራሕ እዩ ሓገዝ ረኺቡ።[510] ብዝበለፀ ድማ “ነቲ ተጠቃማይ ረድኤት ካብ ማእኸላይ ናብ ዝሓሰመ ዝዓቢ ዘሎ ህዝቢ ዝተውሃበ ግብረ-መልሲ ንኡስ ምኺኑ መርኣያ ኣብ 2014 ዓ.ም ካብ ዝኣተወ ሓገዝ መብዘሕቲኦም ክፋል (ዝተወሰነ) ብፂሒቶም ጥራሕ እዮም ወሲዶም።”[511] ምቁራፅ መሰረታዊ ግልጋሎታት ከም ባንክን መብራህትን ቀፂሉ እዩ።[512] መብራህቲ የለን ማለት ተጋሩ ምግቢ ክዕድጉ ኣይኽእሉን ማለት እንትኸውን ነዳዲ ዘይምህላው ድማ ሰብኣዊ ሓገዝ ናብቲ ከባቢ ህዝቢ ሓገዝ ምግቢ ምብፃሕ ኣይከኣለን ማለት እዩ።[513]

255. ኣብ 15 መጋቢት 2014 ዓ.ም ዕላዊ ዘይኮነ ምቁራፅ ተፃብኦ ተበፂሑ ነይሩ እዩ።[514] ድሕሪ ንልዕሊ ሰለስተ ወርሒ ዘጋጠመ ምቁራፅ ሰብኣዊ ሓገዝ ፕሮግራም ምግቢ ዓለምን ቤት ፅሕፈት ምትሕብባር ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታትን ኣብ መጀመርታ ሚያዝያ 2014 ዓ.ም ረድኤት ምእታው መሊሶም ከም ዝጀመሩ ተፀብፂቡ እዩ።[515] ዋላ እውን ወርሒ ጉንበት ሙሉእ ብመዓልቲ 115 መኻይን እንተድለያ ፅዕነት ዝሓዛ እኩባት መኻይን ናብ ትግራይ ዝኣተዋ ግና ኣብ ሽዱሽተ ኣጋጣሚታት ጥራሕ ኮይኑ ሙሉእ ወርሒ ጉንበት 250 መኻይን ጥራሕ እየን ኣትየን።[516]

256. እቶም ቁፅርታት ባዕልቶም ይዛረቡ እዮም። ኣብ 22 ሰነ 2014 ዓ.ም ወድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ትዊተር ገፁ ካብ 23 መጋቢት 2014 ዓ.ም ጀሚሩ “ፕሮግራም ምግቢ ዓለም እኹል ምግቢ ን5.9 ሚልዮን ህዝቢ [ኣብ ትግራይ] ንሕድሕድ ወርሒ ዝምግብ ከም ዘእተወ” ፅሒፉ እዩ።[517] እንተኾነ ግና ፕሮግራም

---

[506] ኢዲት ኤም ሌደረር፣ *“ቤትምኽሪ ፀጥታ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ጎንፂ ጠጠው ክብል ፀዊዑ”* (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 27 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፤ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ሕቡራት መንግስታት፣ “መግለፂ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ኣብ ኢትዮጵያ” (ዝወፀ መግለፂ)፣ ኤስ.ሲ./14691 (26 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)።

[507] ፋሚን ኤርልይ ዋርኒንግ ሲስተም ኔትዎርክ፣ መጠንቀቕታ ውሕስና ምግቢ ኢትዮጵያ (13 ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)።

[508] ዓፀቦ ኣቐዲምካ ምጥንቃቕ ስርዓት ኔትዎርክ (ፋሚን ኤርልይ ዋርኒንግ ሲስተም ኔትዎርክ)፣ መጠንቀቕታ ውሕስና ምግቢ ኢትዮጵያ (13 ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)።

[509] ሶፌ ኣኒስ፣ ቲም ቫንዴን፣ እምነት ተጋሽን ካልኦትን፣ *ትግራይ፡ መሕበሪ ሰብኣዊ ኩነታት* (ቅፂ 2.2፣ ዩኒቨርሲቲ ገንት፣ ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 55።

[510] ዓፀቦ ኣቐዲምካ ምጥንቃቕ ስርዓት ኔትዎርክ (ፋሚን ኤርልይ ዋርኒንግ ሲስተም ኔትዎርክ)፣ መጠንቀቕታ ውሕስና ምግቢ ኢትዮጵያ (19 ጉንበት 2014 ዓ.ም)።

[511] ዓፀቦ ኣቐዲምካ ምጥንቃቕ ስርዓት ኔትዎርክ (ፋሚን ኤርልይ ዋርኒንግ ሲስተም ኔትዎርክ)፣ መጠንቀቕታ ውሕስና ምግቢ ኢትዮጵያ (19 ጉንበት 2014 ዓ.ም)።

[512] ቤት ፅሕፈት ምትሕብባር ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት፣ ሰሜን ኢትዮጵያ ሰብኣዊ ድጋፍ ሓዱሽ ሓበሬታ፣ ፀብፃብ ኩነታት (4 ጉንበት 2014 ዓ.ም)።

[513] ጉልያ ፓራቪቺኒ፣ “ዳርጋ ፍርቂ ህዝቢ ናይ ኢትዮጵያ ትግራይ ኣብ ‘ከቢድ’ ድልየት ሓገዝ ምግቢ ይርከብ፣ ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ከም ዝበሎ” (*ሮይተርስ*፣ 14 ነሓሰ 2014 ዓ.ም)።

[514] ኣል ጀዚራ፣ “ሓገዝ ናብ ትግራይ ንኽኣቱ ኢትዮጵያ በይናዊ ውግእ ጠጠው ምባል ኣዊጃ” (*ኣል ጀዚራ*፣ 15 መጋቢት 2014 ዓ.ም)፤ ኦቢ ኣንያድኪ፣ “ጎንፂ ትግራይ ጎንፂ ናብ ሰላም ዝወስድ መንገዲ ይህሉ ዶ?” (*ዘ ኒው ሁማኒታርያን*፣ 18 መስከረም 2015 ዓ.ም)።

[515] ቤት ፅሕፈት ምትሕብባር ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት፣ ሰሜን ኢትዮጵያ ሰብኣዊ ድጋፍ ሓዱሽ ሓበሬታ፣ ፀብፃብ ኩነታት (4 ጉንበት 2014 ዓ.ም)፤ ሮይተርስ፣ “ሓገዝ ሓይልታት ትግራይ ናብ ዝተቖፀፀርዎ ግዝኣት ኢትዮጵያ ኣትዩ- ፕሮግራም ምግቢ ዓለም” (*ኣል ጀዚራ*፣ 23 መጋቢት 2014 ዓ.ም)።

[516] ቤት ፅሕፈት ምትሕብባር ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት፣ ሰሜን ኢትዮጵያ ሰብኣዊ ድጋፍ ሓዱሽ ሓበሬታ፣ ፀብፃብ ኩነታት (4 ጉንበት 2014 ዓ.ም)።

[517] ኣብ ትዊተር ብሕቡራት መንግስታት ዝተለጠፈ፣ 22 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

ምግቢ ዓለም ባዕሉ ከም ዝፀብፀቦ ኣብ ወርሒ መጋቢት 2014 ዓ.ም ኣብ ትግራይ ን60,231 ህዝቢ ጥራሕ ህፁፅ ምግቢ ሓገዝ ከም ዘእተወ፤[518] ኣብ ጉንበት 2014 ዓ.ም ድማ ን461,542 ህዝቢ፣[519] ከምኡ እውን ኣብ ወርሒ ሰነ 2014 ዓ.ም ፕሮግራም ምግቢ ዓለም እንተኾነ "ብሰንኪ ሕፅረት ቀረብ ነዳዲ ኣብ ትግራይ ምክፍፋል ሓገዝ ረድኤት ጠጠው ከም ዘበለ እዩ።"[520] ኣብ ነሓሰ 2014 ዓ.ም ውግእ መሊሱ ድሕሪ ምጅማሩ ኣቕርቦት ረድኤት መሊሱ ተቛሪፁ እዩ።[521]

257. ሙሉእ ካብ መስከረም 2014 ዓ.ም ክሳብ ታሕሳስ 2015 ዓ.ም ኣብ ትግራይ ኣብ ዝነበሩ ሆስፒታላት ህፃናት ፀባ ክረኽቡ ስለዘይከኣሉ ቃንዝኦም ንምቕናስ ሕክምናን ኦክሲጅንን ይወሃቦም ነይሩ። ሓደ ዶ/ር ቃንዘኦም ጥራሕ ከም ዝውስኽሎም ዓሂ እንዳተሰመዖ፦

"ኣብዚ ጠጠው ኢልና ክሞቱ ጥራሕ ንሪኦም፣ ንገበሮ ዝኾነ ነገር የለን።"[522]

258. ካልኣይ ብሰራዊት ሰራዊት መከላኸሊ ሃገር ኢትዮጵያ፣ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ከምኡ እውን ምልሻ ፋኖን ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ዕንወትን ብሓይሊ ምፍንቓልን ንብዙሓት ሓረስቶት ብዘይቀጥታ ወግእ ስለዝነበረ ጥራሕ እንተይኮነስ ብቐጥታ ኣብ ልዕሊኦም ብዝተፈፀመ ብሓይሊ ምፍንቓል፣ ዕንወት ናውቲ ሕርሻን ምህርትን ከምኡ እውን ዘራእቲ ምቅፃልን ዝምታን ዘራእቶም ከይዘርኡ ከልኪልዎም እዩ።[523]

259. ልዕሊ 80% ተጋሩ ሓረስቶቶት እንትኾኑ ዘፈር ሕርሻ ናይቲ ክልል ቁጠባ "ዓንዲ ሕቖ" እዩ።[524] ስለ ዝኾነ መብዛሕቲ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሕርሻ ዝተደረኸ ኮይኑ[525] ሕርሻዊ ማእቶት "ብዘይስሩዕ ዝናብ፣ ትሑት ልሙዕነት ሓመድ፣ ትሑት እታወትን ሕፅረት መሰረታዊ መሳርሕን" ዝግለፅ እዩ።[526] ዋላ እውን ኣብ ፅቡቕ ኩነታት እንተኾነ ዝርከብ ምህርቲ ትሑት እንተኾነን ከምኡ እውን ንኹሎም ስድራታት ንኽምግብ እኹል እንተዘይኮነን ን2013 ዓ.ም ዝነበረ ትፅቢት ግና ተስፋ ወሃቢ እዩ ነይሩ።[527] ኣብቲ ከባቢ ኩናት ዝውለዐሉ ግዘ ኣንበጣ (ሓፀርቲ ቀርኒ በላዕቲ እፅዋት) ካብቲ ዝነበረ ምህርቲ ዘራእቲ 25% ኣዕኒው እዩ።[528] እዞም ኩነታት እዚኣቶም ኣብ 2013 ዓ.ም ሓፈሻዊ ኩነታት ተኸእሎ ሕፅረት ምግቢ ዝበኣሰ ክኸውን ገይሮም እዮም። ኣብ 2014 ዓ.ም ዝነበረ ምህርቲ ብዝምልከት ዝተገበረ መፅናዕቲ ከም ዘርእዮ ካብ 20-50%

---

[518] ፕሮግራም ምግቢ ዓለም፣ መግለፂ ሃገር ኢትዮጵያ (መጋቢት 2014 ዓ.ም)።

[519] ፕሮግራም ምግቢ ዓለም፣ መግለፂ ሃገር ኢትዮጵያ (ጉንበት 2014 ዓ.ም)።

[520] ፕሮግራም ምግቢ ዓለም፣ መግለፂ ሃገር ኢትዮጵያ (ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[521] ኦቢ ኣንያድኪ፣ "ጎንፂ ትግራይ ናብ ሰላም ዝወስድ መንገዲ ይህሉ ዶ?" (*ዘ ኒው ሁማኒታርያን*፣ 18 መስከረም 2015 ዓ.ም)።

[522] ቻርለስ ኢምፓትዝ፣ "ኤ.ኣር.ቲ.ኢ. ዘጋቢ እትዮጵያ፡ ሰብኣዊ ቀውሲ ትግራይ" (*ኤ.ኣር.ቲ.ኢ.*፣ 30 ሰነ 2014 ዓ.ም) ኣብ መበል 7:05 ደቒቓ።

[523] ማርቆስ ሲሳይ፣ "ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተፈፀመ ከበባ ጥምየት፣ ዓርሰ-ቅትለትን ስደትን ኣስዒቡ" (*ኢትዮጵያ ኢንሳይት*፣ 12 ጉንበት 2014 ዓ.ም)፤ን ጃን ነይሰን፣ እምነት ነጋሽን ሶፍየ ኣነይስን፣ "ጎንፂ ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ ማሕረስ ከመይ ገይሩ ከም ዝፀለዎ" (*ዘ ኮንቨርሴሽን*፣ 16 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)፤ መግለፂ ኦክስፋም፣ "ጎንፂ ኮቪድ-19ን ለውጢ ኩነታት ኣየርን ተወሲኽዎ ኣብ ትግራይ ሚልዮናት ናብ ጫፍ ደፊእዎም ይርከብ" (14 ጥሪ 2013 ዓ.ም) ("ኣብ ትግራይ ሓረስታይ ዝኾነ ተስፋይ ጌታቸው፡ 'ናሃተይ ሓዊሱ ኣብ ሓደ ሓደ ቦታታት ምህርቲ ተቓፂሉ እዩ። ዝጠፍኣኒ ጠቕላላ ምህርቲ - 1.5 ቶን ዝግመት - ንስድራይ እንተነኣሰ ካብ ሽውዓተ ክሳብ ዓሰርተ ወርሒ ክምግበለይ ይኽእል ነይሩ እዩ'")።

[524] ኣሽናፊ ማናየ፣ ኣክሊሉ ኣፈወርቅ፣ በላይ ማንጁር፣ ካልኦት፣ "ፅዕንቶ ኩናት ኣብ ልዕሊ ንእሽተይ ትሕዝቶ ሕርሻ ኣብ ትግራይ፣ ሰሜን ኢትዮጵያ" (2015 ዓ.ም)፣ 9(1) ኮግነት ፉድ ኤንድ ኣግሪካልቹር፣ ገፅ.2።

[525] ጃን ኒይሰን፣ እምነት ነጋሽ፣ በርት ቫን ስካይብሩክ፣ ካልኦትን፣ "ማሕረስ ዘራእቲ ኣብ እዋን ኩናት፡ ሕማቕ ሃለዋትን ተፃዋራይነትን ብሕርሻ ዝመሓደር ማሕበረሰብ ትግራይ (ሰሜን ኢትዮጵያ)" (2014 ዓ.ም)፣ ዲፈንስ ኤንድ ፒስ ኢኮኖሚክስ፣ ገፅ 1 ("ሰለስተ ካብ ኣርባዕተ ተጋሩ ብሕርሻ ይነብሩ (ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ 2010 ዓ.ም) ከምኡ እውን እቲ ክልል በቐንዱ ኣብ ከባብያዊ ምህርቲ ዝተደረኸ እዩ")::

[526] ማርቆስ ሲሳይ፣ "ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተፈፀመ ከበባ ጥምየት፣ ዓርሰ-ቅትለትን ስደትን ኣስዒቡ" (*ኢትዮጵያ ኢንሳይት*፣ 12 ጉንበት 2014 ዓ.ም)።

[527] ማርቆስ ሲሳይ፣ "ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተፈፀመ ከበባ ጥምየት፣ ዓርሰ-ቅትለትን ስደትን ኣስዒቡ" (*ኢትዮጵያ ኢንሳይት*፣ 12 ጉንበት 2014 ዓ.ም) (ንወቕቲ 2013 ዓ.ም ቤት ጽሕፈት ሕርሻን ገፀር ልምዓትን ትግራይ ልዕሊ 25 ሚልዮን ኩንታል ምህርቲ ንምርካብ ተሊሙ ነይሩ እዩ)።

[528] ጃን ኒይሰን፣ "ዋዕላ መርበብ ሓበሬታ (ዌብናር)፡ ስነዳ ሰላማውያን ግዳያት ኣብ ኩናት ትግራይ" (*ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዎ*፣ 11 ጥሪ 2015 ዓ.ም)።

ዝግመት ተሓራሲ መሬት ምህርቲ ከፍረ ትፅቢት ይግበረሉ ነይሩ - እዙይ ብሕርሻ ኣብ ዝምራሕ ቁጠባ ኣብ ፅቡቕ ኩነታት እውን እንተኾነ ኣዝዩ ካብቲ ዝድለ ዝረሓቐ እዩ።[529]

260. ዋላ እውን ዘጋጥም ዝኾነ ዓፀቦ ፍፁም ተፈጥሮኣዊ ካብ ዝኾኑ ኩነታት ወፃኢ ዝመፅእ እዩ ኢልካ ንዘይምውሳን ኣድላዪ እንተኾነ፣ እዘም ኩነታት እዚኣቶም ሰላማማዊ ህዝቢ ንጥቕዓት ቀረብ ምግቢ *ብፍሉይ* ዝተቓልዐ ምኳኑ እዩ። እቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ መረዳእታ ከም ዘርእዮ ንሲቪል ህዝቢ ዘድልዩ ወሰንቲ ነገራት ከም ዘራእቲ ዝበሉ ብጭቡጥ ዕላማ ተገይሩን ዓንዩን እዩ፣ እዙይ እውን ዝነበረ ኣፀጋሚ ኩነታት ክብእስ ገይሩ እዩ።

261. *ኒው ዮርክ ታይምስ* ቃለ-መሕትት ዝገበረሎም ምስክራት ከም ዝበልዎ ሰራዊት ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣብ 2013 ዓ.ም ኣትክልቲ ምትካልን ምህርቲ ምእካብን ንምትዕንቓፍ ዘራእቲ ኣዕኒዮም እዮም።[530] ሓይልታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ስልትታት “ምልባድ-መሬት” ዝተጠቐሙ ኮይኖም “[ሙ]ሉእ ጣብያታት፣ መኻዚኖታት፣ ሰፋሕቲ መሬታትን ዘራእትን፣ ሕርሻ ማንጎን መኽዝን እኽልን” ኣዕኒዮም እዮም።[531]

262. ብተወሳኺ ወታሃደራት ኤርትራ ሓረስቶት መሬቶም ከይሓርሱ ከልኪሎም እዮም፤ ነቲ መሬት ክሓርሱ ዝኽእሉ ብዙሓት መናእሰይ ደቂ-ተባዕትዮ ሓልሓሊፉ ኣብ ቀረባ ከባቢኦም ጃምላ መቕተልቲ ይርእዩ ስለ ዝነበሩ ንኽይቕተሉ ብዝሓደሮም ፍርሒ ተሰዲዶም ወይ ከዓ ናብ ቃልሲ ተፀንቢሮም እዮም።[532] ሓደ ብሂወት ዝተረፈ ከም ዝተዛረቦ፦ “ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሰባት መሬቶም ንሕርሻ የዳልውሉ ናብ ዝነበሩ ጣብያታት እንዳዞሩ፦ ክትሓርሱ ኣይትኽእሉን፣ ምህርቲ ክትእክቡ ኣይትኽእሉን፣ ዝኾነ ረድኤት ኣይትረኽቡን፣ እንተፈቲንኩም ክንቀፅዐኩም ኢና ዝብል መልእኽቲ ሒዞም ይዞሩ ነይሮም እዮም” ክብል ተዛሪቡ እዩ።[533]

263. እንስሳን ኣብዑርን ብኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን ሓይልታት ኣምሓራን ተሓሪዶምን ተዘሚቶምን እዮም።[534] ሓረስቶት እውን እንተኾነ “ጠበንጃ ተዓሚሩሎም ነቶም ሰራዊት እንስሰኦም ኣብሲሎም ኣብሊዖም እዮም።”[535]

264. ኣብ ሓደ ጭቡጥ ኣብነት ኣብ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ትርከብ ከተማ ዝባን ገደና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ 150 ገዛውቲ ኣቃፂሎምን 90 ኣብዑርን እንስሳን ቀቲሎምን ዘሚቶምን እዮም፤ እንኮላይ እውን “ምህርቲ እንተቃፀሉን እንትዘምቱን ቀለብ እንስሳ ሓሰር እውን ብሓዊ ኣቃፂሎም እዮም።”[536]

---

[529] ተስፋኣለም ገብረዮሃንስ፣ ጃን ኒይሰን፣ እምነት ነጋሽ፣ ካልኦትን፣ “ፈተናታትን ተፃዋራይነትን ስርዓት መበቆላዊ ማሕረስ ኣብ ትግራይ ኣብ እዋን ግዘ-ኩናት (ትግራይ፣ ሰሜን ኢትዮጵያ)” (2015 ዓ.ም)፣ 42 (116)፣ ኣግሮኖሚ ፎር ሳስተይኔብል ዲቮሎፕመንት፣ ገፅ 13፤ ቤት ፅሕፈት ምትሕብባር ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት፣ ሰሜን ኢትዮጵያ ሰብኣዊ ድጋፍ ሓዱሽ ሓበሬታ፣ ፀብፃብ ኩነታት (27 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።

[530] ዴክላን ዋልሽ፣ “ንሚልዮናት ኢትዮጵያውያን ትንፋስ ዝኾነ ተዓፅዩ” (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 22 ሓምለ 2013 ዓ.ም)።

[531] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ረድኢት ኩናት ናይ ኢትዮጰያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 280፤ ኤፍ.ኣይ.ኣር.ኣይ.ኤስ ነፃ መንቅሒ ልጣፍ ትዊተር፣ 7 ጥሪ 2013 ዓ.ም፤ ሮይተርስ፣ “ጉጅለ መፅናዕቲ ከም ዝበልዎ ኣብ ከተማታት ትግራይ ብኣማኢት ዝቑፀሩ ኣባይቲ ተቓፂሎም እዮም” (*ሮይተርስ*፣ 18 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[532] ጃን ኒይሰን፣ እምነት ነጋሽን ሶፍየ ኣነይስን፣ “ጎንፂ ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ ማሕረስ ከመይ ገይሩ ከም ዝፀለዎ” (*ዘ ኮንቨርሴሽን*፣ 16 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።

[533] ጃን ኒይሰን፣ እምነት ነጋሽ፣ በርት ቫን ስካይብሩክ፣ ካልኦትን፣ “ማሕረስ ዘራእቲ ኣብ እዋን ኩናት፡ ሕማቕ ሃለዋትን ተፃዋራይነትን ትግራይ ብሕርሻ ዝመሓደር ማሕበረሰብ ትግራይ (ሰሜን ኢትዮጵያ)” (2014 ዓ.ም)፣ ዲፈንስ ኤንድ ፒስ ኢኮኖሚክስ፣ ገፅ 5።

[534] ማርቆስ ሲሳይ፣ “ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተፈፀመ ከበባ ጥምየት፣ ዓርሰ-ቅትለትን ስደትን ኣስዒቡ” (*ኢትዮጵያ ኢንሳይት*፣ 12 ጉንበት 2014 ዓ.ም)።

[535] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ረድኢት ኩናት ናይ ኢትዮጰያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 280።

[536] ካትሪን ሆረልድን ጉልያ ፓራቪቺኒን፣ “*ፍሉይ፡ በዓል መዚ ሕቡራት መንግስታት ሓይልታት ኤርትራ ኮነ ኢሎም ትግራይ ብምጥማይ ከሲሱ*” (*ሮይተርስ*፣ 4 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

265. ብተወሳኺ ዝተፀብፀበ፦

“ሰራዊት ኤርትራ ኣብ 2013 ዓ.ም መጀመርታ ዙር ዝነበረ ኲናት ናብ ትግራይ እንትግስግሱ መንበሪ ኣባይትን ንግድን ብስርዓት ዘሚቶም ተባሂሉ ይውቀሱ እዮም። ሓደ ናይ ዓይኒ ምስክር ከም ዝረአዮ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ከተማ ዓድዋ መዓፁ ሰይሮም ንግዲ መደብራት እንትዘምቱ ነዚ ዕላማ ንኽበሃል እውን መናእሰይ ደቂ-ኣንስትዮ ካብ ኤርትራ ኣኸቲሎም መፅዮም እዮም። ሸቐጣት ዘሚቶም ኣብ መኪና ኾሚሮምዎ እዮም።”[537]

266. ካሊእ ፀብፃብ ከም ዝገለፆ፦

“ሐዚ ኣብ ጎደናታት ኩሉ እትርእዮ ዝተዘመተ እዩ፤ ሕድሕድ መኻዚኖ፣ ኤሌክትሮኒክስ ሹቓት፣ መደብር ተሰይሩ እዩ። ዋላ እንዳ ፅባቐ ሱቕ፣ እንዳመስተ ወይ ከዓ ኣናእሽቲ መደብራት። [...] ሰይሮም ኣትዮም ዝረኸብዎ ኣብ ሻንጥኦም ኣኪቦም ናብ መኻይን ይፅዕንዎ። ክልተ ዝኾኑ ዝተዓጠቑ ወታሃደራት ኤርትራ ንድሕንነት ክበሃል ኣብተን [መኻይን] ይፀንሑ እዮም። ኩሉ ነገር ወሲዶም እዮም።”[538]

267. ኣብ ወቕቲ ኣዝመራ (ፅድያ) 2013 ዓ.ም ኣብ ምዕራብ ትግራይ መብዛሕቲኡ ትግራዋይ ካብቲ ከባቢ ምሒር ፈሊሱ ስለ ዝወፅአ ካብቲ ልሙድ ዝሕረስ መሬት ንእሽተይ ናይ ኣዝርእቲ ሕርሻ እዩ ተሓሪሱ።[539] ዋላ እውን ሓይልታት ትግራይ ኣብ ኣብ ሰነ 2013 ዓ.ም መሊሶም መቐለ እንተተቖፃፀሩ ሓረስቶት ኬሚካል ድኹዒ፣ ኣዝርእትን ኣብዑርን ሕፀረት ስለ ዝነበሮም ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ዓመታት ካብ ዝነበረ እቲ ዝወሓደ ምህርቲ እዩ ኣፍርዩ። ዝነበረ ንጡፍ ኲናትን ክልከላ ማሕረስን “ብዙሓት ሓረስቶት ናይ ዘርኢ ወቕቲ ክሓልፎም ገይሩ እዩ።”[540] ብዘይ ኬሚካላዊ ድኹዕን ኣዝርእትን ትፅቢት ዘራእቲ ተስፋ ዝግበረሉ ኣይኮነን።[541]

268. ኣብ ሰነ 2013 ዓ.ም ድሕሪ መዓልትታት “እቲ ዝተገበረ በይናዊ ተኹሲ ምቁራፅ” ወታሃደራት ኢትዮጵያ “ንግዳዊ ባንክታት ብዘይጥረ ቅርሺ ባዶ ኣትሪፎም፣ መሰርሕታት ቴሌኮሙኒኬሽን በቲኾም፣ መብራህቲ ዓፅዮምን እግረ-መንገዶም ኣብ ዝረኸብወን ከተማታት ንዝረኸብዎ ሰብ እንዳተኮሱን” እዮም ወፂኦም ዝብል ወቐሳ ይቐርበሎም እዩ።[542]

269. ንሰላማዊ ህዝቢ ብጣዕሚ ኣድለይቲ ዝበሃሉ ነገራት ኮነ ተባሂሉ ዕላማ ከም ዝተገበሩ መረዳእታ ኣሎ እዩ። ንኣብነት ብመንግስቲ ዝውነን ኮርፖሬሽን ሚድያ ኣምሓራ ኣብ 23 ሓምለ 2013 ዓ.ም ኣብ ፌስቡክ ኣብ ዝለጠፎ ፅሑፍ ሀ.ወ.ሓ.ት ጠጠው ክብል ዝኽእል “ብኹሎም ኣርባዕተ ኣንፈታት ኮይንካ፣ ልክዕ ከም ብያፍራ ብኹሎም ሸነኻት መተንፈሲ ብምኽላእ ጥራሕ እዩ” ክብል ሓቢሩ እዩ።[543] ብተመሳሳሊ “ግዛው

---

[537] ማርቲን ፕላውትን ሳራ ቫውጋንን፣ *ርድኢት ኲናት ናይ ኢትዮጰያ ትግራይ* (ሀርስት፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 279፡

[538] ዎርልድ ፒስ ፋውንዴሽን፣ ምጥማይ ትግራይ፡ ዕጥቃዊ ጎንፅን ጅምላ ጨፍጨፋን ከመይ ገይሩ ናይ ኢትዮጵያ ክልል ዝኾነት ቁጠባን ስርዓተ-ምግብን ከም ዘዕነዎን ከምኡ እውን ንዓፀቦ ከም ዘቃለዐን (28 መጋቢት 2013 ዓ.ም)፣ ገፅ 21።

[539] ሶፌ ኣኒስ፣ ቲም ቫንዴን፣ እምነት ተጋሸን ካልኦትን፣ *ትግራይ፡ መሕበሪ ሰብኣዊ ኩነታት* (ቅፂ 2.2፣ ዩኒቨርሲቲ ገንት፣ ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 82።

[540] ዴክላን ዋልሽ፣ “ንሚልዮናት ኢትዮጵያውያን ትንፋስ ዝኾነ ተዓፅዩ” (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 22 ሓምለ 2013 ዓ.ም)።

[541] ታህላ ቡርኪ፣ “ኣብ ማእኸል ሕድሕድ ኲናት ሰብኣዊ ቀውሲ ኣብ ትግራይ” (2014 ዓ.ም) 22(6) ዘ ላንሰት 774፣ ገፅ 775።

[542] ተኽለሃይሞኖትት ጊ. ወልደሚኪኤል፣ “ገሃነም ምምሃዝ፡ ስርዓት ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣብ ትግራይ ከመይ ገይሮም ዓፀቦ ከም ዘብፅሑ” (2014 ዓ.ም)፣ 15(3) ሂዩማን ጂኦግራፊ 290፣ ገፅ 292።

[543] ብኮርፖሬሽን ሚድያ ኣምሓራ ኣብ ፌስቡክ ዝተለጠፈ፣ 30 ሓምለ 2013 ዓ.ም (ዘይስሩዕ ትርጉም)። ኣብ ካብቲ 1967-1970 ኣ.ኣ. ዝነበረ ኲናት ሕድሕድ ናይጀርያ ብያፍራ ሪፓብሊክ ካብ ናይጀርያ ነፃነታ ድሕሪ ምእዋጃ መንግስቲ ናይጀርያ ናብ ብያፍራ ምግቢ ከይኣቱ ከልኪሉ እዩ፤ ስለዝኾነ እውን እቲ ህዝቢ ኮነ ተባሂሉ ክጠሚ ተገይሩ ከም ውፅኢቱ እውን ሓደ ሚልዮን

ለገሰ ዝተብሃለ ጋዜጠኛ ብስሩዕ ኣብ ቴሌቭዥን ኢ.ሳ.ት ዝቐርብ ናይ መንግስቲ ስትራቴጂ ክኸውን ዘለዎ ኣብ ዙርያ ትግራይ ማእኸል ሃኒፁ እቲ ህዝቢ 'ደጊሙ ንኽሓስብ' ግዘ ብምሃብ ካብ ሰለስተ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ምዕፃው እዩ ክብል ሞጊቱ እዩ።"[544]

270. እንኮላይ ቤት ፅሕፈት ምትሕብባር ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት ከም ዘረጋገፆ ትግራይ ንፅትዕፆ ድልየት ዘለዎም ሰብ መዚ ክልላዊ መንግስታት፦

> "ኣብ 23 ሓምላ 2013 ዓ.ም ኣብቲ እዋን ኣማሓዳሪ ክልል ኣምሓራ ዝነበሩ ኣብ ሐዚ እዋን ድማ ኣፈ-ጉባኤ ቤት ምኽሪ ፌደሬሽን ኢ.ፌ.ዲ.ሪ. ዝኾኑ 'ትግራይ ናብ ብያፍራ ንምቕያር ብኹሎም ኣርባዕተ ኣንፈታት ክትዕፆ' ከም ዘለዋ ፀዊዖም እዮም፤ ኣብ ወርሒ መጋቢት 2014 ዓ.ም ፕረዚደንት ክልላዊ መንግስቲ ዓፋር 'እቲ መንገዲ [ካብ ኣዲስ ኣበባ ብኽልል ዓፋር ኣቢሉ ናብ ትግራይ ዝወስድ] ናታቶም ኦክስጅን እዩ። ... ናብ ትግራይ ሓገዝ ንኽኣቱ እንፈቕደሉ መንገዲ የለን፣ ንሳቶም እውን ይፈልጡ እዮም' ክብሉ ተዛሪቦም እዮም።"[545]

271. ውፅኢት ናይቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ክልተ ስጉምትታት ዓፀቦ ሓደገኛ ኮይኑ ፀኒሑ እዩ። ዋላ እውን ድኹም፣ ዘንጊዑን ብዘይ ድኹዕን ይኹን እምበር መብዛሕቲኡ መሬት ተሓሪሱ እዩ። ሓደ መፅናዕቲ ከም ዘረጋገፆ ክርከብ ካብ ዝግበኦ ምህርቲ 60% ኣይተረኸበን።[546] ካልኦት ቁፅርታት ግና ዝለዓሉ እዮም፦ ብመሰረት ነበር ዳይሬክተር ማእኸል ዳህሳስ ጉድኣት ቁጠባ ትግራይ - ብምሕደራ ህ.ወ.ሓ.ት ዝተጣየሸ - ድሕሪ ናይ ክልተ ዓመት ጉድኣት 80% እንስሳ ተቐቲለን ወይ ከዓ ተዘሚተን፣ ከምኡ እውን 90% ዘራእቲ ዓንዩ ክብሉ ገሊፆም እዮም።[547]

272. ኣብ ውሽጢ ክልተ ኣዋርሕ ድሕሪ ምጅማር እቲ ኩናት ሰራሕተኛታት ሓገዝ ብዛዕባ ዓፀቦ ኣተሓሳሲብዎም እዩ።[548] *ፋሚን ኤርልይ ዋርኒንግ ሲስተም ኔትዎርክ* ከም ዝዳህሰሶ ኣብ ትግራይ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ዝነበረ ብርኪ ሓደ ''ንእሽተይ ስግኣት ውሕስና ምግቢ''[549] ኣብ ሰነ 2013 ዓ.ም ናብ ብርኪ ኣርባዕተ ''ብርኪ ህፁፅነት'' ብፅኑዕ ተጋዲዱ እዩ። እዙይ ኣብ ውሽጢ ድሕሪ ፍርቂ ዓመት ኮይኑ ዳርጋ ኣብ መላእ ክልል ትግራይ ዘጋጠመ እዩ።[550] ሐዚ ስግኣት ውሕስና ምግቢ ዓፀቦ ዘለዎም ከባቢታት ዘርኢ ካርታ ንምምልኻት ብፀሊም ቀይሕ ሕብሪ ተማላኺቱ ኣሎ። ኣብ ትሕቲ ብሓይልታት

---

ህፃናት ሓዊሱ ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ሚልዮን ሲቪላት ሞይቶም እዮም፤ *ተወከስ* ጃን ኒይሰን፣ "ሰብመዚ ኢትዮጵያ ትግራይ ንምጥማይ ብያፍራ-ዓይነት ዕፅዋ ንኽጥቀሙ ኣሚኖም" (*ኢትዮጵያ ኢንሳይት*፣ 5 ነሓሰ 2014 ዓ.ም)፤ ሚካኤል ኖርማንን ፒተር ዩኢዳን፣ "ዓፀቦ ብያፍራውያን፣" ኣብ ቪክቶር ፕረዲይን ቪኑድ ቢ. ፓተል (ሕትመት)፣ *መፅሓፍ-ሓበሬታ ዓፀቦ፣ ብጥምየት ምስቓይን ምኽልካል ሃነፅቲ ምግብን* (ስፒሪንገር፣ 2010 ዓ.ም)፣ ገፅ 1።

[544] ጃን ኒይሰን፣ "ሰብመዚ ኢትዮጵያ ትግራይ ንምጥማይ ብያፍራ-ዓይነት ዕፅዋ ንኽጥቀሙ ኣሚኖም" (*ኢትዮጵያ ኢንሳይት*፣ 5 ነሓሰ 2014 ዓ.ም)።

[545] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 241 (ኣብቲ ዋና መጥቀሲ ርቡዕ ኩርናዕ ቅንፍ ኣለዎ)።

[546] ተስፋኣለም ገብረዮሃንስ፣ ሃይለማርያም መዓዛ፣ ዝበሎ ተስፋማርያም፣ ካልኦት፣ "ካብ ህዋ ግልፂ ዝኾነ እኩብ ሓበሬታ ብዛዕባ ኩነታት ዘራእቲ ኣብ 262 ተሓረስቲ ክፋል መሬታት ትግራይ (18-23 ነሓሰ 2014 ዓ.ም)" (2014 ዓ.ም)፣ ዩኒቨርስቲ መቐለ፣ ዩኒቨርስቲ ጌንት፣ ፒ.ኤ.ኤን.ጊ.ኤ.ኢ.ኤ.።

[547] ሽሙ ዘይተገለፀ ፀሓፊ፣ ኣንቶኒ ሞርላንደ፣ን ኦቢ ኣንያዲከ (ኣርታዕቲ)፣ "ነዊሕ መንገዲ ትግራይ ናብ ሕወየት" (*ዘ ኒው ሂዩማኒታርያን*፣ 12 ሚየያዝያ 2015 ዓ.ም)።

[548] ቢ.ቢ.ሲ.፣ "ኢትዮጵያ ቀውሲ ትግራይ፡ ስግኣት ጅምላ ስቓይ ጥምየት" (*ቢ.ቢ.ሲ.*፣ 10 ጥሪ 2013 ዓ.ም) (ካብ ማእኸል ምትሕብባር ህፁፅ ሓደጋ ትግራይ ልሑኹ ዝወፀ ቃለ-ጉባኤ፡ "ብስቓይ ጥምየት ህዝቢ ይመውት ኣሎ። ኣብ ዓድዋ ሰባት ደቂሶም ከለዉ ይሞቱ ኣለዉ")።

[549] ኢኮኖሚስት፣ "ትግራይ ናብ ጫፍ ዓፀቦ ትፅጋዕ ኣላ" (*ዘ ኢኮኖሚስት*፣ 14 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም) ("ትግራይ ቅድሚ እቲ ምውላዕ ኩናት ውሕስና ምግቢ ዘረጋገፀት ተባሂላ ትግመት ነይራ እያ")::

[550] ዓፀቦ ኣቐዲምካ ምጥንቃቕ ስርዓት ኔትዎርክ (ፋሚን ኤርልይ ዋርኒንግ ሲስተም ኔትዎርክ)፣ "ኢትዮጵያ" (ውፅኢት ዳህሳስ ከም ዘርእዮ ሰነ 2013 ዓ.ም መብዛሕቲኡ "ብርኪ 4፡ ህፁፅ ሓደጋ" ኣብ ክልተ ሲሶ ኢድ ትግራይ እንትነብር ኣብ ምዕራብ ትግራይ ድማ "ብርኪ 3፡ ቀውሲ" ነይሩ):: እዚ ዳህሳስ ብመሰረት ኣይ.ፒ.ሲ. 3.0 ምደባ ምሒር ስጋኣት ውሕስና ምግቢ፣ ኣብ ሰነ 2013 ዓ.ም ዝተፀብፀበ።

ክልል ኣምሓራን ምልሻ ፋኖን ስለ ዝተትሓዘ ዳህሳስ ኩነታት ዓፀቦ ከይካየድ ስለ ዝኸልከሉ ብዛዕባ ምዕራብ ትግራይ ዝምልከት ሓበሬታ የለን፡፡[551]

273. ኣብቲ መሬት ዘሎ ኩነታት ንተበፃሕነት ህፁፅ ሓገዝ ምግቢ ዝበኣሰ ከቢድ ገይርዎ እዩ - እንተኾነ ግና ዝኾነ ዝመፅእ ኣይነበረን፡፡ ኣብ ጉንበት 2013 ዓ.ም ሕብረት ኣውሮጳ [ካብ 5.7 ሚልዮን ተጋሩ [እንተነኣሰ] 5.2 ሚልዮን ኣብ ትግራይ ህፁፅ ሓገዝ ምግቢ ይደልዩ እዮም" ክብል ፀብፂቡ እዩ፡፡[552]

274. ንመስከረም 2014 ዓ.ም ዝነበረ ግምት ዋላ እውን ን60% ህዝቢ ሰብኣዊ ሓገዝ እንተቐረበ "ዳርጋ 400,000 ህዝቢ ኣብ ሓደጋ ዓፀቦ [ክኸውን] እዩ ተባሂሉ ይቑፀር፣" 4.4 ሚለየን ህዝቢ እውን ኣብ "ሓደጋ" ክኸውን እዩ ተባሂሉ ተገሚቱ እዩ፡፡[553] እንተኾነ ግና ምስ ተወሰኺ ምብእኣስ እቲ ጎንፂ ወይ ከዓ እንድሕር ደኣ "ብዝኾነ ምኽንያት ሰብኣዊ ሓገዝ እንተተዓናቑፉ *መብዛሕቲኡ ከባቢታት* ትግራይ ኣብ ሓደጋ ዓፀቦ ከም ዝኣቲ ተገሚቱ እዩ፡፡"[554] እዙይ ማለት እውን "ብጥምየት ዝመፅእ ሞት ኣብ መዓልቲ እንተንኢሱ 425፣ ከምኡ እውን 'ዝለዓለ ቁፅሪ' 1201 ብመዓልቲ የጋጥም፣ እዙይ ማለት ብማእኸላይ ኣብ ሕድሕድ ክልተ ደቒቓ ሓደ ሰብ ብዓፀቦ ምኽንያት ይመውት ኣሎ ማለት እዩ፡፡"[555]

275. ኣብ ሰነ 2013 ዓ.ም ልዕሊ 2 ሚልዮን ህዝቢ ኣብ ክፋል ሰሜን-ምዕራብ፣ ማእኸላይ፣ ምብራቕን ደቡብ ምብራቕን ትግራይ ህፁፅ ድልየት ሓገዝ እንተድልዮም፣ ከምኡ እውን "ዳርጋ 353,000 ህዝቢ ኣብ ዓፀቦ ዘጥቀዖ (ኣይ.ፒ.ሲ. 5) እዩ ነይሩ፤ ስለዝኾነ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ጥምየት ነይሩ" - እዙይ "ድሕሪ ኣብ 2003 ዓ.ም ዝነበረ ናይ ሶማልያ ዓፀቦ ዝለዓለ ቁፅሪ ህዝቢ ኣብ ውሽጢ ኣይ.ፒ.ሲ. 5 ዝኣተወሉ እዩ፡፡"[556] እንተኾነ ግና ዓፀቦ ተባሂሉ ብስሩዕ ክእወጅ ኣይከኣለን[557] - ብጀካ ናይ ቀደም ኣብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ትሕቲ ዋና ፀሓፊ ኣተሓባባሪ ሰብኣዊ ጉዳያትን ምድሓን ህፁፅ ኩነታትን ኣብ ቤት ጽሕፈት ምትሕብባር ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት ዝኾኑ ማርክ ሎወኮክ "ሐዚ ዓፀቦ ኣሎ [ሰነ 2013 ዓ.ም]" ብምባል ብትሪ ዝገለፆም እዮም፡፡[558]

276. ኣብ ሓምለ 2013 ዓ.ም ሕቡራት መንግስታት ልዕሊ 400,000 ህዝቢ ኣብ ትግራይ "ኣብ ዓፀቦ-ዝመስል ኩነታት" ይነብር ኣሎ፣ ከምኡ ድማ 4.8 ሚልዮን ህዝቢ ህፁፅ ሓገዝ ይደሊ እዩ ክብል ፀብፂቡ እዩ፡፡[559] ኣብ ሕዳር 2014 ዓ.ም "ክሳዕ 900,000 ህዝቢ ዝኣክል ዓፀቦ-ዝመስል ኩነታት ገጢሙዎ [ነይሩ እዩ]፡፡"[560]

---

[551] ካትሪን ሆረልድን ጉልያ ፓራቪቺኒን፣ *"ፍሉይ፡ በዓል መዚ ሕቡራት መንግስታት ሓይልታት ኤርትራ ኮነ ኢሎም ትግራይ ብምጥማይ ከሲሱ"* (*ሮይተርስ*፣ 4 ሰነ 2013 ዓ.ም)፡፡

[552] ሕብረት ኣውሮጳ፣ "ኢትዮጵያ፡ መግለፂ ብላዕለዋይ ወኪል ጆሴፕ በሬል ከምኡ እውን ኮሚሽነር ምሕደራ ቅልውላዋት ጃኒዝ ሌናርሲች ብዛዕባ ክልከላ ተበፃሕነት ሰብኣዊ ናብ ትግራይ (6 ግንቦት 2013 ዓ.ም)፡፡

[553] ሶፌ ኣኒስ፣ ቲም ቫንዴን፣ እምነት ተጋሽን ካልኦትን፣ *ትግራይ፡ መሕበሪ ሰብኣዊ ኩነታት* (ቅፂ 2.2፣ ዩኒቨርሲቲ ገንት፣ ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 74፤ ዓፀቦ ኣቐዲምካ ምጥንቃቕ ስርዓት ኔትዎርክ (ፋሚን ኤርልይ ዋርኒንግ ሲስተም ኔትዎርክ)፣ "ውፅኢታት መቐዘፍቲ (ኣይ.ፒ.ሲ. ብርኪ 5) ዝለዓለ ተኽእሎ ኣብ ስደራቤታት ትግራይ" (ጉንበት 2013 ዓ.ም)፤ ኣይ.ፒ.ሲ.፣ "ኢትዮጵያ፡ ሓደገኛ ኩነታት ስግኣት ውሕስና ምግቢ ካብ ጉንበት-ሰነ 2013 ዓ.ም ከምኡ እውን ትንበያ ካብ ሓምለ 2013 ዓ.ም ክሳብ መስከረም 2014 ዓ.ም" (15 ሓምለ 2013 ዓ.ም)፡፡

[554] ኣይ.ፒ.ሲ.፣ "ኢትዮጵያ፡ ሓደገኛ ኩነታት ስግኣት ውሕስና ምግቢ ካብ ጉንበት-ሰነ 2013 ዓ.ም ከምኡ እውን ትንበያ ካብ ሓምለ 2013 ዓ.ም ክሳብ መስከረም 2014 ዓ.ም" (15 ሓምለ 2013 ዓ.ም) (ትኹረት ይወሰኽ)፡፡

[555] ሶፌ ኣኒስ፣ ቲም ቫንዴን፣ እምነት ተጋሽን ካልኦትን፣ *ትግራይ፡ መሕበሪ ሰብኣዊ ኩነታት* (ቅፂ 2.2፣ ዩኒቨርሲቲ ገንት፣ ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 74፡፡

[556] ሶፌ ኣኒስ፣ ቲም ቫንዴን፣ እምነት ተጋሽን ካልኦትን፣ *ትግራይ፡ መሕበሪ ሰብኣዊ ኩነታት* (ቅፂ 2.2፣ ዩኒቨርሲቲ ገንት፣ ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 73፡፡

[557] *ተወከስ* ኣሌክስ *ዲ ዋል*፣ "ዝመት፣ ኣቃፅል፣ ዓምፅ፣ ቅተል" (2013 ዓ.ም)፣ 43(12)፣ ሎንደን ሪቪው ኦፍ

ቡክስ ("ትካላት ረድኤት ኣዲስ ኣበባ ብዘሎ መንግስቲ ፍቓድ ምንቅስቓሶም ዝቆፃፀርን ሰራሕተኛታቶም ዘፈራርሕን ሕነ ከይፍፀመሎም ብምፍራሕ ዓፀቦ ኢሎም ከይፅውዑ የዕጠይጥዩ ኣለዉ")፡:

[558] ማርክ ሎውኮክ፣ ብኣንድሪው ሃርዲንግ ዝተጠቐሰ፣ "ቀውሲ ናይ ኢትዮጵያ ትግራይ፡ ዋና ሓላፊ ረድኤት ሕቡራት መንግስታት ዓፀቦ ኣሎ ኢሎም" (*ቢ.ቢ.ሲ.*፣ 3 ሰነ 2013 ዓ.ም)፡፡

[559] ዴክላን ዋልሽ፣ "ንሚልዮናት ኢትዮጵያውያን ትንፋስ ዝኾነ ተዓፅዩ" (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 22 ሓምለ 2013 ዓ.ም)፤ ካትሪን ሆረልድን ጉልያ ፓራቪቺኒን፣ *"ፍሉይ፡ በዓል መዚ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ሓይልታት ኤርትራ ኮነ ኢሎም ትግራይ ብምጥማይ ከሲሱ"* (*ሮይተርስ*፣ 4 ሰነ 2013 ዓ.ም)፡፡

[560] ትካል ዓለም-ለኻዊ ልምዓት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ (ዩ.ኤስ.ኤ.ኣይ.ዲ.)፣ "ሓደ ዓመት ዝገበረ ጎንፂ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ" (ሕመት ዜና፣ 25 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)

277. ኣብ ጥሪ 2014 ዓ.ም 83% ህዝቢ ሓገዝ ምግቢ ይደሊ ነይሩ እዩ። ዋላ እውን ኣብ መጋቢት 2014 ዓ.ም ዝተገበረ ስምምዕ በይናዊ ተኹሲ ጠጠው ምባል ምብፃሕ ሰብኣዊ ሓገዝ መሊሱ ክካየድ እንተኣኽኣለ መጠን ድኽዳኽ "ሰማይ ተወንጪፉ" እዩ።[561] ብርግፅ ቁፅሪ ዝደኸደኹ ተጋሩን ከምኡ እውን/ወይ ከዓ ሓገዝ ምግቢ ዝደልዩን ከም ዝብእስ ትፅቢት ይግበረሉ ነይሩ፥ "ብገምጋም 13 ሚልዮን ህዝቢ ሓገዝ ምግቢ ይደሊ ነይሩ፣ እዙይ ካብ ናይ ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ኣብ ጥሪ 2013 ዓ.ም ዘውፀኦ ሕሉፍ ፀብፃብ 44% ይውስኽ እዩ።"[562]

278. ኣብ ነሓሰ 2014 ዓ.ም ቁፅሪ ሓገዝ ምግቢ ዝደልዩ ሰባት ናብ 89% ሓፍ እንትብል፣ ሚኢታዊ ግምት ናይቶም ኣብ "ምሒር" ድልየት ዝርከቡ ድማ ኣብ ጥሪ 2014 ዓ.ም ካብ ዝነበሮ 37% ኣብ ነሓሰ 2014 ዓ.ም ናብ 47% ወሲኹ እዩ።[563] ኣብ መስከረም 2015 ዓ.ም ወፍሪ ዓለም-ለኸ ፈንድ መድሕን ህፃናት ሕቡራት መንግስታት መጠን "ዓለም-ለኸ ምሒር ድኽዳኽ (ግሎባል ኣክዩት ማልኑይትሪሽን/ጂ.ኤ.ኤም)ን ከቢድ ልዑል ድኽዳኽ (ሲቭየር ኣክዩት ማልኑይትሪሽን/ኤስ.ኤ.ኤም)ን ሕድሕዶም 30.1ን 7.2ን ሚኢታዊ ከም ዝበፅሑ" *ኣብ ብዙሓት ወረዳታት ትግራይ* እንተረጋገፀ፣ ከምኡ እውን እኹል ዘይኮነ ቀረብ ሃነፅቲ ምግብታት ነቲ ኩነታት ከጋድዶን መጠን ድኽዳኽ ክውስኽ ዝገብርን እዩ ክብል ኣጠንቂቑ እዩ።[564] ኣብ ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ኣብ ሙሉእ ትግራይ ብርኪ ህፁፅነት ዝበፅሐ ሕፅረት ውሕስና ምግቢ ነይሩ እዩ።[565]

279. ብርግፅ መግለፂታት ኣይ.ፒ.ሲ. ተጠቒሞም ብመሰረት ገምጋም ጉጅለ መፅናዕቲ ዩኒቨርስቲ ጌንት 400,000 ህዝቢ ኣብ ጉንበትን ሰነን 2013 ዓ.ም ዓፀቦ ኣጋጢምዎ ነይሩ እዩ። እዚ ኣይ.ፒ.ሲ ነዙይ ከም ኣብ መዓልቲ ካብ 10,000 ህዝቢ ካብ 1-2 ብዓፀቦ ዝስዕብ ሞት ይህሉ ክብል እዩ ብቑፅሪ ገሊፅዎ።[566]

280. ህፃናት ብፍሉይ ብዝኸፍአ ተጠቒዖም እዮም። ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ ፃንሒት እቲ ኩናት ኣብ ጉንበት 2013 ዓ.ም ኣብ ኣብያተ-ሕክምናታት ካብ ዝነበሩ 19% ህፃናት ተጋሩ ዝደኸደኹ እዮም።[567] ኣብ መስከረም 2014 ዓ.ም ድማ 22.7% ህፃናት ትሕቲ 5 ዓመት ዝደኸደኹ ነይሮም።[568] ኣብ ሚያዝያ 2014 ዓ.ም ኣብ 18,597 ትሕቲ 5 ዓመት ህፃናት ተጋሩ ዝተገበረ ዳህሳስ መጠን ድኽዳኽ 29% ኣርእዩ እዩ - ስለ ዝኾነ ልዕሊ 10% ህፁፅ ተባሂሉ እዩ ዝሕሰብ።[569] ካብ መጋቢት ክሳብ ሚያዝያ 2015 ዓ.ም፣ ሓሙሽተ ወርሒ ድሕሪ ስሩዕ ምቁራፅ ተፃብኦ፣ ኣብ ትግራይ ዝነበረ መጠን ድኽዳኽ ህፃናት ብ28% ከም *ዝወሰኸ*

---

[561] ጉልያ *ፓራቪቺኒ*፣ "ዳርጋ ፍርቂ ህዝቢ ናይ ኢትዮጵያ ትግራይ ኣብ 'ከቢድ' ድልየት ሓገዝ ምግቢ ይርከብ፣ ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ከም ዝበሎ" (*ሮይተርስ*፣ 14 ነሓሰ 2014 ዓ.ም)።

[562] ጉልያ *ፓራቪቺኒ*፣ "ዳርጋ ፍርቂ ህዝቢ ናይ ኢትዮጵያ ትግራይ ኣብ 'ከቢድ' ድልየት ሓገዝ ምግቢ ይርከብ፣ ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ከም ዝበሎ" (*ሮይተርስ*፣ 14 ነሓሰ 2014 ዓ.ም)።

[563] ጉልያ *ፓራቪቺኒ*፣ "ዳርጋ ፍርቂ ህዝቢ ናይ ኢትዮጵያ ትግራይ ኣብ 'ከቢድ' ድልየት ሓገዝ ምግቢ ይርከብ፣ ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ከም ዝበሎ" (*ሮይተርስ*፣ 14 ነሓሰ 2014 ዓ.ም)።

[564] ዓለም-ለኸ ፈንድ መድሕን ህፃናት ሕቡራት መንግስታት (ዩ.ኤን.ኣይ.ሲ.ኢ.ኤፍ.)፤ ፀብፃብ ሰብኣዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ቁ.9፡ መስረከም 2015 ዓ.ም (19 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም) ገፅ 2።

[565] ዓፀቦ ኣቐዲምካ ምጥንቃቕ ስርዓት ኔትዎርክ (ፋሚን ኤርልይ ዋርኒንግ ሲስተም ኔትዎርክ)፣ "ኢትዮጵያ" (ውፅኢት ዳህሳስ ዘርእዮ ንጥቅምቲ 2014 ዓ.ም "ብርኪ 4፡ ህፁፅ ሓደጋ" እንትኸውን፤ ንጥሪ 2016 ዓ.ም ዝተገመቱ ውፅኢታት ድማ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ "ከቢድ ስግኣት ውሕሰና ምግቢ" እዩ)። እዚ ዳህሳስ ብመሰረት ኣይ.ፒ.ሲ. 3.1 ምድባ ምሒር ስግኣት ውሕስና ምግቢ እዩ፣ ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም ዝፀብፀበ። ምህርቲ ኣብ 2016 ዓ.ም ከም ዝመሓየሽ ትንበያ ዋላ እንተሃለወ፣ ንምንባር ዘድልዩ ነገራት ግና ኣብ ሓፂር እዋን ከም ዝውድኡ ተተንቢዩ እዩ። *ተወከስ* ጃን ኒይሰን፣ "ዋዕላ መርበብ ሓበሬታ (ዌብናር)፡ ስነዳ ሰላማውያን ግዳያት ኣብ ኩናት ትግራይ" (*ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዎ*፣ 11 ጥሪ 2015 ዓ.ም)።

[566] ጃን ኒይሰን፣ "ዋዕላ መርበብ ሓበሬታ (ዌብናር)፡ ስነዳ ሰላማውያን ግዳያት ኣብ ኩናት ትግራይ" (*ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዎ*፣ 11 ጥሪ 2015 ዓ.ም)፣ ኣብ https://www.ipcinfo.org/faminefacts/en/ ዝተጠቐሰ።

[567] ካትሪን ሆረልድን ጉልያ *ፓራቪቺኒን*፣ *"ፍሉይ፡ በዓል መዚ ሕቡራት መንግስታት ሓይልታት ኤርትራ ካብ ኢሎም ትግራይ ብምጥማይ ከሲሱ"* (*ሮይተርስ*፣ 4 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

[568] ሚሸል ኒኮልስ፣ "ዋና ሓላፊ ረድኤት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ኣብ ትግራይ ዘሎ ዓፀቦ፡ 'እተን መኻይን እንዳተንቀሳቐሳ ረኺቡወን'" (*ሮይተርስ*፣ 18 መስከረም 2014 ዓ.ም)።

[569] ታህላ ቡርኪ፣ "ኣብ ማእኸል ሕድሕድ ኩናት ሰብኣዊ ቀውሲ ኣብ ትግራይ" (2014 ዓ.ም) 22(6) ዘ ላንሰት 774፣ ገፅ 775።

እዩ ተፀብፂቡ።[570] ብተመሳሳሊ ካብ 11,000 ዝኾና ነፍሰ-ፁራትን መጥበውትን ኣዶታት ልዕሊ 70% “ምሒር ዝደኸደኻ” እየን።[571]

281. ብምኽንያት ጥምየት ዝሞቱ ጠቕላላ ቁፅሪ ሞት ብኽፋል መንግስቲ ኢትዮጵያ ሓበሬታ ምእካብ ንምኽልካል ይፍትን ስለ ዝነበረ ንምፅራይ ከቢድ እዩ።[572] ኣብ ሆፒታላት ጥራሕ እቲ ኲናት ካብ ዝውላዕ ንደሓር እንተነኣሰ 2,850 ህፃናት ሞይቶም እዮም - ካብዚኣቶም 230 ኣብ ሰነ 2015 ዓ.ም ድሕሪ *ስምምዕ ተፃብኦ* ጠጠው ምባል እዮም ሞይቶም።[573] ቁፅሪ ቀረብ ሆስፒታላት ዘይብሎም መወቲ እውን ዝለዓለ ክኸውን ይኽእል እዩ።

282. ኣብ ታሕሳስ 2015 ዓ.ም ካብ ዝነበሩ ጠቕላላ ቁፅሪ ሞታት ብምውሳድ ኣብ ጥሪ 2015 ዓ.ም ዝነበረ ገምጋም ብመሰረት “መጠን ማእኸላይ ሚዛን ኣይ.ፒ.ሲ. ሞት-ዓፀቦ ኣብ ወረዳታት ትግራይ ብኸይዲ ግዘ ዝተሰልሐ” ውፅኢቱ “ቁፅሪ መወቲ እንተንኢሱ 246,000፣ እንተበዚሑ ድማ 542,000 ኮይኑ ብማእኸላይ 375,000 ሰባት ብዓፀቦ ምኽንያት ከም ዝሞቱ” እዩ።[574] ኣብ ጉንበት 2015 ዓ.ም ድሒሮም ዝተኻየዱ ስልሒታት ኣብ ታሕሳስ 2015 ዓ.ም ምስ ዓፀቦ ዝተዛመዱ ሞታት ካብ 96,000 ክሳብ 218,000 ከም ዝኾኑ ገሚቶም እዮም።[575]

283. ድሕሪ *ስምም ምቁራፅ ተፃብኦ* እውን እንተኾነ ብፕሮግራም ምግቢ ዓለም ሕቡራት መንግስታትን ብትካል ዓለም-ለኸ ልምዓት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ (ዩ.ኤስ.ኤ.ኣይ.ዲ) ዝግበር ዝነበረ ምክፍፋል ሓገዝ ምግሚ ብምኽንያት መሻቐላይ ስርቂ ረድኤትን ከምኡ እውን ረድኤት ተሰሪቑ ኣብ ዕዳጋ ይሸወጥ ስለዝነበረን ኣብ ጉንበት 2015 ዓ.ም ንግዚኡ ጠጠው ክብል ተገይሩ እዩ።[576] ብዙሓት ማዕኸናት መራኸቢ ሓፋሽ “ብግልፂ ብትካላት መንግስቲ ፌደራልን ክልልን ዝተዋደደ ‘ዝተኣሳሰረ ሽርሒ ገበን’” ከምዝተፈፀመ ዝኸስስ ብሓደ ዘይሻራዊ ለጋሲ ጉጅለ ዝተዳለወ ኣቃሊሑን እየን።[577]

284. እዚ ሻቕሎት ብትካል ዓለም-ለኸ ልምዓት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ (ዩ.ኤስ.ኤ.ኣይ.ዲ.) “ምስ ሰብ መዚ መንግስቲ ፌደራል ኢትዮጵያን ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይን ኣልዒልዎ እዩ።”[578] ብግልፂ “እቶም ሰብ መዚ ምስ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ነዚ ጉዳይ ኣብ ምፅራይን ነዚ ሓላፍነት ዝወስዱ

---

[570] ምሕረት ገ.ክርስቶስ፣ “ኣብ ትግራይ ሞት ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ህፃናት ብምኽንያት ምሒር ጉድለት ኣመጋግባ ኣብ ማእኸል ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ሰብኣዊ ቀውሲ ብቕልጡፍ ይውስኽ ኣሎ” (*ኣዲስ ስታንዳርድ*፣ 28 ጉንብት 2015 ዓ.ም)።

[571] ሚሸል ኒኮልስ፣ “ዋና ሓላፊ ረድኤት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ኣብ ትግራይ ዘሎ ዓፀቦ፡ ‘እተን መኻይን እንዳተንቀሳቐሳ ረኺቡወን’” (*ሮይተርስ*፣ 18 መስከረም 2014 ዓ.ም)።

[572] ኣሌክስ *ዲ ዋል*፣ “ዓፀቦ ክነወዳድር ንኽእል ዶ? ጋዛ፣ ሶማልያ፣ ደቡብ ሱዳን፣ ሱዳን፣ ትግራይ፣ የመን” (*ዎርልድ ፒስ ፋዉንዳሽን*፣ 13 መጋቢት 2016 ዓ.ም)።

[573] ምሕረት ገ.ክርስቶስ፣ “ኣብ ትግራይ ሞት ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ህፃናት ብምኽንያት ምሒር ጉድለት ኣመጋግባ ኣብ ማእኸል ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ሰብኣዊ ቀውሲ ብቕልጡፍ ይውስኽ ኣሎ” (*ኣዲስ ስታንዳርድ*፣ 28 ጉንብት 2015 ዓ.ም)።

[574] ጃን ኒይሰን፣ “ዋዕላ መርበብ ሓበሬታ (ዌብናር)፡ ስነዳ ሰላማውያን ግዳያት ኣብ ኲናት ትግራይ” (*ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዎ*፣ 11 ጥሪ 2015 ዓ.ም)። ኣብ መጋቢት 2014 ዓ.ም ዝነበረ ግምት ብጥምየት ምኽንያት ካብ 150,000 ክሳብ 200,000 ሞት እዩ፤ *ተወከስ* ቦቢይ ጎሽ፣ “እቲ ናይ ዓለምና ቀታሊ ኲናት ኣብ ዩክሬን እንተይኮነስ፣ ኣብ ኢትዮጵያ እዩ ዘሎ” (*ብሉምበርግ*፣ 13 መጋቢት 2014 ዓ.ም)።

[575] እምነት ነጋሽ፣ “ሓዱሽ ዳህሳስ ብዛዕባ ኣብ ኲናት ትግራይ ብጥምየት ዝሞቱ ሲቪላት” (*ማርቲን ፕላውት ብሎግ*፣ 16 ጉንበት 2015 ዓ.ም)።

[576] ኣሶሼትድ ፕረስ፣ “ትካላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ናብ ናይ ኢትዮጵያ ትግራይ ዝግበር ሓገዝ ምግቢ ኣብ ማእኸል ሌብነት ጠጠው ኣቢሎምዎ” (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 23 ሚያዝያ 2015 ዓ.ም)፤ ዳዊት እንዳሻው፣ “ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ብምኽንያት ዝተፀብፀቡ ሌብነት ናብ ናይ ኢትዮጵያ ትግራይ ዝገብሮ ሓገዝ ጠጠው ኣቢልዎ” (*ሮይተርስ*፣ 26 ሚያዝያ 2015 ዓ.ም)። ብተወሳኺ *ተወከስ* እንኮላይ ጉያንሉቻ ሚዞፍየር፣ ቤተልሄም ፈለቀ፣ን ኢቭ ብሪናንን፣ “ሰራሕተኛታት ረድኤት ንሲ.ኤን.ኤን. ከም ዝተዛረብዎ ሓይልታት ኤርትራ ተልእኾ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ ትግራይ ዓፀዮም” (*ሲ.ኤን.ኤን.*፣ 18 ጉንበት 2015 ዓ.ም) (ከም ዝተፀብፀበ ሓይልታት ኤርትራ ብውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝምራሕ ተልእኾ ሰብኣዊ ድጋፍ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ክልል ትግራይ ናብ እትርከብ ገምሃሎ ዝተብሃለት ጣብያ ከይኣትው ኣብ 17 ጉንበት 2015 ዓ.ም ከልኪሎም)።

[577] ቢ.ቢ.ሲ፣ “ኢትዮጵያ፡ ትካላት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ድርቂ እታ ሃገር ሓኒቑ ኣብ ዝሓዘሉ እዋን ሓገዝ ምግቢ ኣቋሪፆም” (*ቢ.ቢ.ሲ*፣ 1 ሰነ 2015 ዓ.ም)።

[578] ጃስፐር ዋርድ፣ “ወኪል ዓለም-ለኻዊ ልምዓት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ (ዩ.ኤስ.ኤ.ኣይ.ዲ.) ናብ ናይ ኢትዮጵያ ክልል ዝኾነት ትግራይ ዝግበር ሓገዝ ምግቢ ንግዚኡ ኣቋሪፅዎ” (*ሮይተርስ*፣ 26 ሚዝያ 2015 ዓ.ም)።

ተሓተትቲ ኣብ ምግባርን ሓቢሮም ከም ዝሰርሑ ድልውነቶም ገሊፆም እዮም።"[579] እንተኾነ ግና ከምዚ ዓይነት ድልውነት ድሒሩ እዩ መፂኡ። ኣብ ትግራይ ምቁራፅ ረድኤት ካብ ዝጀመረሉ መጀመርታ ጥሪ 2015 ዓ.ም ክሳብ ነሓሰ 2015 ዓ.ም ጥራሕ ከባቢ 1,400 ምስ ዓፀቦ ዝተተሓሓዙ ሞታት ተመዝጊቦም እዮም።[580] እንተኾነ ግና ናይ ሓደ ሓደ ወረዳታት ትግራይ ምስ ዓፀቦ ዝተተሓሓዙ ቁፅሪ ሞት ስለ ዘይፍለጥ፣ እዚ ቁፅሪ ሙሉእ ፅዕንቶ ኣትሒቱ ናይ ምግማት ዕድሉ ልዑል እዩ።[581]

285. እንተኾ ግና ገና ኣብ መስከረም 2016 ዓ.ም "ልዕሊ 20 ሚልዮን ኢትዮጵውያን ብህፁፅ ሰብኣዊ ሓገዝ ምግቢ ዝደልዩ [ኮይኖም]፣መብዛሕቲኦም ብዓፀቦ-መሰል ኩነታታ እንዳተሳቐዩ ዝርከቡ [እዮም]።"[582]

### ለ. ዕንወት ስርዓት ሓለዋ ጥዕና ትግራይ

286. መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘፈር ጥዕና ተጋሩ ንምዕናው ሓሲቡ ኣብ ኩነታት ሂወት ህዝቢ ትግራይ ዝተሓሰበ ፀቕጢ ብምፍጣር ነቲ ጉጅለ ብምሉእ ወይ ብኽፋል ኣካላዊ ምጥፋእ ኸገብር ከም ዝደለየ ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ።[583] እዚ መወሰኽታ ናይቲ ቀረብ ምግብን ካልኦት ንህዝቢ ትግራይ ኣገደስቲ ዝኾኑ ኣቑሑትን ንምንካይ ወይ ሙሉእ ብሙሉእ ጠጠው ንምባል ኮነ ተባሂሎም ዝውሰዱ ዝነበሩ ስጉምትታት ዝግበር ዝነበረ እዩ።

287. እቲ ጎንፂ ምስ ተወልዐ እቲ "ሙሉእ ዕንወት" ስርዓት-ጥዕና ትግራይ ናይ ብሓቂ ዘይንቡር እዩ።[584] ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ጎንፂ ምንካይ ሕክምናዊ ሸፈነ ከም ሳዕቤን ዝውሰድ እኳ እንተኾነ ዝተዓለሙ ፍፃመታት ኣንፃር መሳለጥታት ጥዕና ከምኡ እውን ክባን ዕፅዋን ተሓዋስዎ ቀስ ብቐስ ናብ ኩነታት ህይወት ምፅናት ህዝቢ ትግራይ ከምርሕ ዝኽኣለ እዩ።

288. ቅድሚ እቲ ውግእ ምልዓሉ ክንክን ስርዓተ-ጥዕና ትግራይ ፅቡቕ ዝንቀሳቐስ ዝነበረን ኣብ ኢትዮጵያ ኣለዉ ካብ ዝበሃሉን እዩ ነይሩ። ኣብ መላእ ትግራይ ዝተዘርግሑ ልዕሊ 700 ጣብያታት ጥዕና፣ ከምኡ እውን ክልተ ስፔሻላይዝድ ረፈራል ሆስፒታላት፣ 16 ሓፈሻዊ ሆስፒታላት፣ 29 መባእታዊ ሆስፒታላትን 233 ማእኸላት ጥዕናን ነይሮም።[585] ብድምር 19,324 ሰራሕተኛታት ጥዕና፣[586] ሆስፒታላት ከም ክታበት፣ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ሕማማት ከምኡ እውን ክትትል ካንሰር ይህባ ነይረን። ቅድሚ እቲ ኹናት መጠን ተፈጥሮኣዊ ሞት ኣብ ትግራይ ብ6/1000[587] ከም ናይ ኢንዱስትራላውያን ሃገራት ይመስል

---

[579] ጃስተር ዋርድ፣ "ወኪል ዓለም-ለኻዊ ልምዓት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ (ዩ.ኤስ.ኤ.ኣይ.ዲ.) ናብ ናይ ኢትዮጵያ ክልል ዝኾነት ትግራይ ዝግበር ሓገዝ ምግቢ ንግዚኡ ኣቋሪፅዎ" (*ሮይተርስ*፣26 ሚዝያ 2015 ዓ.ም)።

[580] ግርማይ ገብሩን መርሲይ ጁማን፣ "ናይ ኢትዮጵያ ትግራይ ቀውሲ፡ ድሕሪ ረድኤት ምቁራፅ ሞት ብጥምየት ምኽንያት - ወግዓዊ" (*ቢ.ቢ.ሲ*፣ 12 ነሓሰ 2015 ዓ.ም) (ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኮሚሽነር ምምሕዳር ሓደጋ ዝኾነ ገብረሂወት ገብረእግዚኣብሄር ብምጥቃስ)።

[581] ብፀሓፊ ዝተኻየደ ቃለ-መሕትት።

[582] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 50።

[583] ሙሉጌታ ገብረእግዚኣብሄር፣ ፋሲካ ዓምደስላሴ፣ ርእየ ኢሳያስ፣ ካልኦትን "ጂኦግራፈያዊ ዝርግሐ ቀውሲ ጥዕና ኹናት ኣብ ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ" (2014)፣ 7 ቢ.ኤም.ጀይ. ግሎባል ሄልዝ 1፣ ገፅ 2 ("ኮነ ተባሂሉ ዕንወት ኣብ መሳለጢ ጥዕናታትትን መጥቃዕቲ ትካላት ጥዕናን ሓገዝቲ ሰራሕተኛታትን")፤ ሃይላይ ገሰሰው፣ ኪሮስ ብርሃነ፣ ኤልያስ ኤስ.ስራጅ፣ ካልኦትን "ፅልዋ ኹናት ኣብ ስርዓተ-ጥዕና ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ: ገምጋም" 2013 (6) ቢ.ኤም.ጀይ. ግሎባል ሄልዝ፤ መእረምታ፣ ገፅ 1 ("ኣብቲ ግዜ ሕሱም ኲናት ገፊሕ ዝርግሐ ዘለዎ ጥሜትን ፆታዊ ዓመፅን ከምኡ እውን ማእኸላት ጥዕና ዒላማ ምግባር ቀንዲ ትሕዝቶ እቲ ኹናት ይመስል")።

[584] ኬት ዋይት፣ ዶብ ኣልቦ ሓኻይም ኣመሓዳሪ ህፁፅነት ኣብ ሻርሚላ ዴቪ፣ "ሕፀረት ክንክን ጥዕና ዝተደረበ ግፍዕታት ትግራይ" (2 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)፣ 397 ዘ ላንስ 1336 (ነዚ ስራሕ እዚ ንነዊሕ ሰሪሐ እየ እሞ ከም ናይ ትግራይ ዝበለ ሙሉእ ዕንወት ስርዓተ-ጥዕና ኣይረኣኹን። መሰንበዲ እዩ)።

[585] ጥዕና ጣብያታት ዝተሓተ ትካል ጥዕና ኾይኑ ጥዕናዊ ክንክን ኣብ ገጠራት ዝህብ እዩ; ሃይላይ ገሰሰው፣ ኪሮስ ብርሃነ፣ ኤልያስ ኤስ ስራጅ፣ ካልኦትን "ፅልዋ ኹናት ኣብ ስርዓተ-ጥዕና ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ: ገምጋም" 2013 (6) ቢ.ኤም.ጀይ. ግሎባል ሄልዝ ገፅ 1

[586] ሃይላይ ገሰሰው፣ ኪሮስ ብርሃነ፣ ኤልያስ ኤስ ስራጅ፣ ካልኦትን "ፅልዋ ኹናት ኣብ ስርዓተ-ጥዕና ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ: ገምጋም" 2013 (6) ቢ.ኤም.ጀይ. ግሎባል ሄልዝ ገፅ 2

[587] ጃን ኒይሰን፣ "ዋዕላ መርበብ ሓበሬታ (ዌብናር)፡ ስነዳ ሰላማውያን ግዳያት ኣብ ኲናት ትግራይ" (*ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዎ*፣ 11 ጥሪ 2015 ዓ.ም)።

ነይሩ። ረበሸቲ ሳዕቤናት ናይቲ ውግእ ብዘየገድስ ኮነ ተባሂሉ ንዕንወት ክንክን ስርዓተ-ጥዕና ምስ ኣብ ሰላማዊ ህዝቢ ሕብረተሰብ ከስዕቦ ዝኽእል ሳዕቤን ፈተነታት ይግበር ከም ዝነበረ ሰለስተ ሓበርቲ ነገራት ኣለዉ።

289. ቀዳማይ ብመንግስቲ መብራህቲ፣ ነዳዲ፣ መራኸቢታት፣ ከምኡ እውን ባንኪ ምዕፃው ማለት ተጋሩ ሕክምናዊ ክንክን ክረኽቡ ኣይኽእሉን ወይ መሰረታዊ ድሌታቶም ከማልኡ ኣይኽእሉን ማለት እዩ፣ ከምኡ እውን ኣብ ሰብኣውነት ዝዋስኡ ኣካላት ሓገዝ ከይገብሩ ተኽእልኦም ይቕንሰሎም።[588] ዶብ ኣልቦ ሓኻይምን ካልኦት ደገፍቲ ትካላትን ስራሕትታቶም ክቕንሱ ወይ ክዓፅዉ ይግድዱ ወይ ስርሖም ክቕፅሉ ከበድቲ ዕንቅፋታት ካብ መንግስቲ ይገጥሞም ወይ ድማ ሓላፍ ዘላፍ ዘለዎ ናይ ፍቓድ ኣወሃህባ የጋጥሞም ነይሩ።[589] ንኣብነት ብዓለም ለኸ ፌደሬሽን ሽኮርያን ብፌደሬሽን ሽኮርያ ኢትዮጵያን ናብ ትግራይ ኢንሱሊን ንምልኣኽ ተኣትዩ ዝነበረ ቓል "ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ተዓጊቱ እዩ"።[590] ብተመሳሳሊ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2014 ዓ.ም ውድብ ጥዕና ዓለም ብመንግስቲ ዝተገብረ ኣብቲ እዋን ንሸድሽተ ወርሒ ቀፂሉ ዝነበረ ተበፃሕነት ሙሉእ ብሙሉእ ምዕፃው ኣመልኪቱ ኣማሪሩ እዩ።[591] ወታደራዊ ሓይልታት ሰብኣዊ ተበፃሕነት ብማዕረ የሰናኽሉ፣[592] ብፍላይ ድማ ዓለም ለኻዊ ሕግታት ሰብኣውነት ብምጥሓስ።[593] ብተወሳኺ እውን መንግስቲ ኢትዮጵያ ምምሕዳራዊ ገደባት ኣብ ልዕሊ ዓለምለኻውያን ዘይመንግስታዊ ትካላት ረድኤት ኣንቢሩ እዩ፣ ኣብ ወርሒ ሓምለ 2013 ዓ.ም "ንዶብ ኣልቦ ሓኻይምን ቤት ምኽሪ ሰደተኛታት ኖርወይን ኣብ ሰሜናዊ ክፋል እታ ዓዲ ምንቅስቓሶም ጠጠው ከብሉ ኣዚዝዎም እዩ"።[594] ዋላ እኳ እቶም እገዳታት እንተተለዓሉ (ፈለማ ነቲ እገዳ ምንዋሕ ስዒቡ ናይ ዶብ ኣልቦ ሓኻይም ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2013፣ ናይ ቤት ምኽሪ ሰደተኛታት ኖርወይ (ኤን ኣር ሲ) ኣብ ወርሒ ጥሪ 2014 ዓ.ም.) እዚ ማለት ኣገደስቲ ረድኤታት ንሓሙሽተ ኣዋርሕ ዝኣክል ኣይተመሓደረን ፀኒሑ ማለት እዩ።[595]

290. ካልኣይ፣ ካልእ ሳዕቤን ዕፀዋን ክባን ብፌደራል መንግስቲ ሓድሽ መድሓኒት ክቐርብ ኣይኽእልን፣ ናይ ጥዕና ሰራሕተኛታት ልዕሊ ዓመት ኣይተኸፈሉን፣ ኣድለይቲ መድሓኒታት ኣይተውሃቡን፣ ግዜ ዝሓለፎም መድሓኒታት ምጥቃም ግድን ኮነ፣ ሆስፒታላት ምግቢ ስለ ዝወድኡ ናይ ባዕሎም ምግቢ ከምፅኡ

---

[588] ኤርትራ ፎከስን ኦስሎ ኣናሊቲካን፣ *ኲናት ትግራይን ዘባዊ ፅልዋታቱን፡ ቅፂ 1* (2013)፣ ገፃት 100-192 (*ተወከስ* ብፍላይ ገፅ 191፣ "ቤት ፅሕፈት ኣይተ ኣብዪ ዋላ እኳ ብተደጋጋሚ "ገደብ ዘይብሉ" ናይ ሰብኣዊ ትካላት ምንቅሳቓስ ኣብ ትግራይ ኣሎ እዩ እንተበለ፣ ኣብ 30 መጋቢት ተደጋጋሚ ምሕፅንታታት ንዝበለፀ ተበፃሕነት እቲ ኽልልን ተኹሲ ጠጠው ምባልን ኣብ ቤት ምኽሪ ፀፅታ ሕቡራት መንግስታት ተላዒሎም እዮም"፤ ምጥቃስ ዝተገደፈ)፤ ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ <u>*"እታ መዓልቲ ንሳ ኩሉ ግዜ ክዝክራ፡ ተበፃሕነት ኣገልግሎታትት ንውፃእ መዓት ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ ክልል ትግራይ"*</u> (ሕዳር 2013)። *ከምኡ እውን ነዚ ዝስዕብ ተወከስ*፣ ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 23፣ ("መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣገደስቲ ኣገልግሎታት ከም ቴሌኮሚኒካሽን፣ ባንኪ፣ መብራህቲ ኣቋሪፁ ሰብኣዊ ተበፃሕነት ድማ ገዲብዎ")።

[589] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ <u>*"እታ መዓልቲ ንሳ ኩሉ ግዜ ክዝክራ፡ ተበፃሕነት ኣገልግሎታትት ንውፃእ መዓት ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ ክልል ትግራይ"*</u> (ሕዳር 2013)፤ ላቲሽያ ባድር፣ "ተወጋእቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ኣብ ኣንስቲ፣ ኣዳላት መጥቃዕቲ ደው ከብሉ ኣለዎም፡ ዕንወት ክንክን ጥዕና፣ ረድኤት ምኽልካል፣ ንውፃእ መዓት ፆታዊ ዓመፅ ዝያዳ ዝጎድእ እዩ" (ሂዩማን ራይትስ ዎች 29 ለካቲት 2014 ዓ.ም)።

[590] ኣዲስ ስታንዳርድ፣ <u>"ትንተና ፡ ዝዓበየ ሆስፒታል ትግራይ 'ኣብ ሓፂር ግዜ ኣብ ኣፍ ምፍራስ' ብምኽንያት ዋሕዲ ሕክምናዊ ቀረባት፣ መጠን ሞት ኣብ ሆስፒታል ልዕሊ ዓሰርተ ሚኢታዊት ከም ዝሓልፍ ዶካትር ኣጠንቂቖም"</u> (*ኣዲስ ስታንዳርድ፣* 20 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)።

[591] *ፖውል ኣዲፖጁ፣* <u>"ውድብ ጥዕና ዓለም ኢትዮጵያ ኣብ ጥዕና ረድኤት ክልል ትግራይ ዕፅዋ ምግባራ ዋላ ኣብ ውግእ ዘለዎም ከባቢታት ክግመት ዘይኽእልን ኣዕናውን ከም ዝኾነ ብትሪ ነቒፉ"</u> (*ሄልዝ ፖሊሲ ዎች፣* 5 ጥሪ 2014 ዓ.ም)

[592] ሕብረት ኣውሮጳ፣ <u>"ኢትዮጵያ፡ መግለፂ ብላዕለዋይ ወኪል ጆሴፕ ቦሬል ከምኡ እውን ኮሚሽነር ምሕደራ ቅልውላዋት ጃኒዝ ሌናርሲች ብዛዕባ ክልከላ ተበፃሕነት ሰብኣዊ ናብ ትግራይ"</u> (6 ግንቦት 2013 ዓ.ም)፤ ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 23 ("ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያን ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራን ኮነ ኢሎም ቀረብ ምግብን ሕክምናዊ ቀረባትን ኣንከላሊኦም")።

[593] <u>ልምዳዊ ዓለም ለኸ ሕጊ ሰብኣውነት ፣ ሕጊ 55፣ ተበፃሕነት ንሰብኣዊ ረድኤት ኣብ ፀገም ንዘለዉ ሰላማውያን (ኤሲኣርሲ.ኦርግ)</u>

[594] ታህላ ቡርኪ፣ <u>"ኣብ ማእኸል ሕድሕድ ኲናት ሰብኣዊ ቀውሲ ኣብ ትግራይ"</u> (2014 ዓ.ም) 22(6) ዘ ላንሰት 774፣ ገፅ 775።

[595] ካሚል ኣሕመድ፣ <u>"ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኖርወጅያዊ ካውስንል ስደተኛታት ስራሕቲ ረድኤት ንሓሙሽተ ኣዋርሕ ዝቐፀለ እገዳ ኣልዒላቶ"</u> (*ዘ ጋርድያን፣* 28 ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)።

ዘይኽእሉ ሕሙማት ክምለሱ ይግበር።[596] ልዕሊ 50% ሰራሕተኛታት ጥዕና ኣብ ስርሖም ክርከቡ ኣይከኣሉን፣ ምኽንያቱ ገሊኦም ኣብ ውሽጢ ተመዛቢሎም ስለ ዝነበሩ።[597]

291. ሳልሳይ፣ እቲ ኹናት ምስ ተጀመረ ዓንዮምን ብዕላማ ተጓሒሎምን፣[598] እዚ ዝተገብረ ብኢትዮጵያ፣ ብሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ ከምኡ እውን ምልሻ ኣምሓራን ፋኖን[599] ዝሓቖፈ እዩ - እዚ ድማ ንባዕሉ ጥሕሰት ሕግታት ኲናት እዩ። ጉጅለ ዶብ ኣልቦ ሓኻይም ኮነ ተባሂሉ ዝተሰበሩ መሳርሕታት ከም ናይ ኣልትራሳውንድ ማሽንን መቖፃፀርን፣ ዝተሰባበሩ ማዕፆታትን መሳኹትን ከምኡ እውን "ናይ መድሓኒትን ናይ ሕክምናን ፋይላት ኣብ ምድርቤታት ተበታቲኖም" ረኺቡ እዩ።[600] እቲ ዕንወት ከም "የዐርዩ እኩይ" ብዝብል እዩ ተገሊፁ፣ ምኽንያቱ እቲ ጉሕለት ዝተገብረ "ኣቑሑት ኣውፂኻ ንምውሳድ ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ብሓቂ ብድሕሪኡ ነቶም ሆስፒታላት ኣብ ጥቕሚ ከይውዕሉ ንምግባር እዩ"።[601]

292. ወታደራት ኣብ ሰሜን ንሓደ ትካል ጥዕና ክልተ ሻዕ ምስ ዘመትዎ ብድሕሪኡ ኮነ ኢሎም ሓዊ ከም ዘእተውሉ እውን ተፀብፂቡ እዩ።[602] ሓደ ምስክር ከም ዝበሎ ኣብ ሳምረን ተንቤንን ኣብ ዝነበሩ ግጭታት ተንቀሳቓስቲ ክሊኒካት ብሰራዊት ኢትዮጵያ ዒላማ ይግበሩ ከም ዝነበሩ፤ ኣብ ለካቲት 2013 ዓ.ም. ሰራሕተኛታት ዶብ ኣልቦ ሓኻይም ተቐቲሎም እዮም።[603] ኣብ ግዜ ጨፍጨፍ ኣኽሱም ሰራዊት ኤርትራ መኻዚኖታት፣ ህዝባዊ ህንፃታት፣ ውልቀ ገዛውትን ሆስፒታላትን ጉሒሉ፣ መድሓኒታት፣ ኣቑሑት ገዛ፣ ናይ ገዛ ሓጨበጪ፣ ከምኡ እውን ምግብን መስተን ወሲዱ እዩ።[604] ኣምቡላንስታት ብዕጡቓት ጉጅለ ተታሒዘን ኣብ ጥቓ ዶብ ኤርትራ ብወታደራት ኣቑሑት ከጎዓዕዛ ተገይረን እየን።[605] ትካላት ጥዕና ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ዕጡቓት ሓይልታት ኢትዮጵያ ወይ ክንድኦም ኮይኖም ኣብ ዝሰርሑ ዕጡቓት እንተኣትዮም ዘለዎም እወታዊ ሓላፍነት መጉዳእቲ ከይበፅሖም ሓለዋ ክገብሩሎም ጥራሕ ዘይኮነስ ንሰላማዊ ህዝቢ ጥዕናዊ ሓገዝ ክህቡ ብዝኽእልሉ መንገዲ ክንዲ ዝተኽኣለ ናብ ንቡር ስርሖም ናይ ምምላስ እውን ሓላፍነት ኣለዎም።

293. ሳዕቤናት ብዙሕ ዝዓይነቶም እዮም። ሓደ መፅናዕቲ "ቅልጡፍ ብበዝሒ ምጉዳል ክንክን ስርዓተ ጥዕና ትግራይ" ከም ዘሎ ኣርእዩ እዩ፣ ከምኡ እውን "ምድግጋም ወራር ኣብ ልዕሊ መሳለጥያታት ጥዕና ትግራይ ሎሚ ድማ ሓይልታት ኤርትራ ወይ ኣምሓራ ብይሓሊ ሒዘሞም ከም ዘለዉ" ድማ ፀብፂቡ

[596] ታህላ ቡርኪ፣ "ኣብ ማእኸል ሕድሕድ ኲናት ሰብኣዊ ቀውሲ ኣብ ትግራይ" (2014 ዓ.ም) 22(6) ዘ ላንሰት 774፣ ገፅ 775፤ ኣልቦ ሓኻይም ጋዜጣዊ መግለፂ፣ "ህዝቢ ኣብ ቁርብራቦ ናይ ሕክምና መማረፂ ወዲቑ ምኽንያቱ ኣብ ትግራይ እቶም መሳለጥያታት ስለ ዝተጉሓሉን ዝዓነዉን" (6 መጋቢት 2013 ዓ.ም)። ሊዚ ዴቪስ፣ "ናይ ማህፀን ሓኪም ክበኪ ርእየዮ፡ ሕሙማት ካንሰር ትግራይ ብሰንኪ ስእነት መድሓኒት ኣብ ገዝኦም ክሞቱ ተሰዲዶም'' (*ዘ ጋርድያን፣ 16 መጋቢት 2014 ዓ.ም*)::

[597] ሃይላይ ገሰሰው፣ ኪሮስ ብርሃነ፣ ኤልያስ ኤስ ስራጅ፣ ካልኦትን "ፅልዋ ኹናት ኣብ ስርዓተ-ጥዕና ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ: ገምጋም" 2013 (6) ቢኤምጀይ ግሎባል ሄልዝ ገፅ 2።

[598] ጋዜጣዊ መግለፂ ዶብ ኣልቦ ሓኻይም፣ "ህዝቢ ኣብ ቁርብራቦ ናይ ሕክምና መማረፂ ወዲቑ ምኽንያቱ ኣብ ትግራይ እቶም መሳለጥያታት ስለ ዝተጉሓሉን ዝዓነዉን" (6 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[599] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 45 (መጣቐሲታት ተገዲፎም)።

[600] ጋዜጣዊ መግለፂ ዶብ ኣልቦ ሓኻይም "ህዝቢ ኣብ ቁርብራቦ ናይ ሕክምና መማረፂ ወዲቑ ምኽንያቱ ኣብ ትግራይ እቶም መሳለጥያታት ስለ ዝተጉሓሉን ዝዓነዉን" (6 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[601] ኦሊቨር ቤን፣ ዶብ ኣልቦ ሓኻይም ጀነራል ዳይሬክተር፣ ኣብ ጆን ስኖው፣ "ተሸላምነት ኖቤል ሽልማት ቀዳማይ ሚኒስቴር ኢትዮጵያ ብሰንኪ ጎንፂ ኽልል ትግራይ ኣብ ሕቶ ኣትዩ" (*ቻነል 4*፣ 09 መጋቢት 2013)፣ ኣብ 1፡09 ደቒቕ።

[602] ጋዜጣዊ መግለፂ ኤም.ኤስ.ኤፍ. "ህዝቢ ኣብ ቁርብራቦ ናይ ሕክምና መማረፂ ወዲቑ ምኽንያቱ ኣብ ትግራይ እቶም መሳለጥያታት ስለ ዝተጉሓሉን ዝዓነዉን" (6 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[603] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 46።

[604] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጨፍጨፍ ሰራዊት ኤርትራ ኣሚኢት ሰላማውያን ከተማ ኣኽሱም ናብ ገበን ኣንፃ ሰብኣውነት ዘምርሕ ክኸውን ይኽእልእ እዩ (19 ለካቲተት፣ 2013 ዓ.ም)።*

[605] ጋዜጣዊ መግለፂ ኤም.ኤስ.ኤፍ. "ህዝቢ ኣብ ቁርብራቦ ናይ ሕክምና መማረፂ ወዲቑ ምኽንያቱ ኣብ ትግራይ እቶም መሳለጥያታት ስለ ዝተጉሓሉን ዝዓነዉን" (6 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

እዩ።[606] ዶብ ኣልቦ ሓኻይም ከም ዝፀብፀቦ ካብ መፋርቕ ታሕሳስ 2013 ዓ.ም ክሳብ መጀመርታታት መጋቢት 2013 ዓ.ም ካብ ዝተርኣዩ 106 ዝኾኑ ትካላት ጥዕና፣ "ሓደ ካብ ሓሙሽተ ብወታደራት ብሓይሊ ተታሒዞም ዝነበሩ እዮም ወይ ዝተትሓዙ እዮም"፣ ከምኡ እውን "እቲ ሓደ ትካል ጥዕና ከም ወታራዊ መአዘዚ እዩ ዘገልግል።"[607]

294. ላንሰት ሄልዝ ቡለቲን ከም ከም ዝበሎ፣ ኣብ ሰነ 2014 ዓ.ም 77% መሳለጥያታት ጥዕና ትግራይ ኣይሰርሑን ዝነበሩ፣ እቶም 13% ድማ ብኽፋል ዓንዮም እዮም።[608] ካብ ኣርባዕተ ሆስፒታላት እቶም ሰለስተ፣ ከምኡ እውን ካብ ሓሙሽተ ትካላት ጥዕና እቶም ኣርባዕተ ኣይሰርሑን ዝነበሩ።[609] ብተመሳሳሊ ዶብ ኣልቦ ሓኻይም ከም ዝፀብፀቦ 13% መሳለጥያታት ጥዕና ጥራሕ እየን ኣብ ስሩዕ ስራሕ ዝነበራ።[610] ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ምትሕብባር ጉዳያት ሰብኣውነት (ኦቻ) ከም ዝፀብፀቦ፣ ተጋሩ "ክታበት፣ ክንክን ንኤች ኣይ ቪ፣ ንቲቢ፣ ንዓሶ፤ ከረጢታት ምክልኻል ሕሱም ስእነት ምግቢ፣ ከምኡ እውን መሳርሕታት ስነ-ተዋልዶ ጥዕና" የድልይዎም ነይሮም።[611]

295. ከም ቀጥታ ሳዕቤን ናይቶም ልዕል ኢሎም ዘለዉ ፍፃመታት[612] ብሰንኪ ኣብ ሆስፒታላት ክንክን ዘይምርካበን፣ ብሰንኪ ናይ ሕላፍ ሰዓት ሕግታት፣ ብሰንኪ ናብ ሕክምና ትካላት ኣብ ዝግበር ጉዕዞ ኣብ መንገዲ ዝነበሩ ሓደጋታት ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሕርሲ ሞይተን እየን፤ ከምኡ እውን ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ "ፅሬቶም ኣብ ዘይሓለዉ ኣብ ዘይስሩዓት ናይ ተመዛበልቲ መዕቖብታት" ወሊደን እየን።[613] ውሑዳት መከናኸንታት ቅድመን ድሕረን ወሊድ እዮም ዝነበሩ።[614] ህፃውንቲ፣ ጥኑሳትን መጥበውቲ ኣዴታትን ናብ መባእታዊ ናይ ጥዕና ትካላት ናይ ምርካብ ዕድሎም ዳርጋ ብ84% እዩ ነኪዩ።[615]

296. ህፃውንቲ ኣገደስቲ ክታበታት ኣይረኸቡን፣ ከምኡ ብምኳኑ ድማ ንተላገብቲ ሕማማት ተቓሊዖም እዮም። ቅድሚ እቲ ኹናት 73% ህፃውንቲ ተኸቲቦም ነይሮም እዮም- እዚ ቑፅሪ ኣብ መጀመርታት 2014 ዓ.ም ብ27% እዩ ኣንቆልቁሉ። ናይ ንፍዮ ኽታበት ካብ 83 ሚኢታዊት ናብ 28 ሚኢታዊት እዩ ቐኒሱ፣ እዚ ድማ ለበዳ ንኽልዓል "ዝለዓለ ተኽእሎ" ዝፈጥር እዩ፤ ከምኡ እውን ልዕሊ 900,000 ህፃውንቲ ዕድሚኦም ትሕቲ 5 ዓመት ዝኾኑ ናይ ፖልዮ ኽታበት ኣይረኸቡን።[616]

---

[606] ሙሉጌታ ገብረእግዚኣብሄር፣ ፋሲካ ዓምደስላሴ፣ ርእየ ኢሳያስ፣ ካልኦትን "ጂኦግራፍያዊ ዝርግሐ ቀውሲ ጥዕና ኹናት ኣብ ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ" (2014)፣ 7 ቢ.ኤም.ጀይ. ግሎባል ሄልዝ 1፣ ገፅ 9

[607] ጋዜጣዊ መግለፂ ዶብ ኣልቦ ሓኻይም "ህዝቢ ኣብ ቁርብራቦ ናይ ሕክምና መማረፂ ወዲቑ ምኽንያቱ ኣብ ትግራይ እቶም መሳለጥያታት ስለ ዝተጉሓሉን ዝዓነዉን" (6 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[608] ታህላ ቡርኪ፣ "ኣብ ማእኸል ሕድሕድ ኩናት ሰብኣዊ ቀውሲ ኣብ ትግራይ" (2014 ዓ.ም) 22(6) ዘ ላንሰት 774፣ ገፅ 774፣ ካልእ መፅናዕቲ ኣብ ሰነ 2013 ዝተሓተመ ዘረጋግፆ ድማ "ልዕሊ 90% ካብቶም 1007 መሳለጥያታት ጥዕና ክልል ትግራይ ናይ ኢትዮጵያ ሙሉእ ብሙሉእ ይሰርሑ ኣለዉ ዝብሉ ደረጃ ረቛሕታት ኣየማልኡን" ምናልባት እውን እዚ መፅናዕቲ ኣብ ዝሕተመሉ ግዜ እቲ ስራሕቶም ኣብ ዝሓመቐ ደረጃ ክህሉ እዩ ተባሂሉ ይግመት፣ ኣብ ሙሉጌታ ገብረእግዚኣብሄር፣ ፋሲካ ዓምደስላሴ፣ ርእየ ኢሳያስ፣ ካልኦትን "ጂኦግራፈያዊ ዝርግሐ ቀውሲ ጥዕና ኹናት ኣብ ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ" (2014)፣ 7 ቢ.ኤም.ጀይ. ግሎባል ሄልዝ 1፣ ገፅ 7።

[609] ሃይላይ ገሰሰው፣ ኪሮስ ብርሃነ፣ ኤልያስ ኤስ ስራጅ፣ ካልኦትን "ፅልዋ ኹናት ኣብ ስርዓተ-ጥዕና ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ: ገምጋም" 2013 (6) ቢ.ኤም.ጀይ. ግሎባል ሄልዝ ገፅ 5።

[610] ጋዜጣዊ መግለፂ ኤም.ኤስ.ኤፍ. "ህዝቢ ኣብ ቁርብራቦ ናይ ሕክምና መማረፂ ወዲቑ ምኽንያቱ ኣብ ትግራይ እቶም መሳለጥያታት ስለ ዝተጉሓሉን ዝዓነዉን" (6 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[611] ታህላ ቡርኪ፣ "ኣብ ማእኸል ሕድሕድ ኩናት ሰብኣዊ ቀውሲ ኣብ ትግራይ" (2014 ዓ.ም) 22(6) ዘ ላንሰት 774፣ ገፅ 774።

[612] ላቲሽያ ባድር፣ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዳይሬክተር ናይ ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ ኣብ ታህላ ቡርኪ፣ "ኣብ ማእኸል ሕድሕድ ኩናት ሰብኣዊ ቀውሲ ኣብ ትግራይ" (2014 ዓ.ም) 22(6) ዘ ላንሰት 774፣ ገፅ 774

[613] ጋዜጣዊ መግለፂ ዶብ ኣልቦ ሓኻይም "ህዝቢ ኣብ ቁርብራቦ ናይ ሕክምና መማረፂ ወዲቑ ምኽንያቱ ኣብ ትግራይ እቶም መሳለጥያታት ስለ ዝተጉሓሉን ዝዓነዉን" (6 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[614] ጋዜጣዊ መግለፂ ዶብ ኣልቦ ሓኻይም "ህዝቢ ኣብ ቁርብራቦ ናይ ሕክምና መማረፂ ወዲቑ ምኽንያቱ ኣብ ትግራይ እቶም መሳለጥያታት ስለ ዝተጉሓሉን ዝዓነዉን" (6 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[615] ዓለም-ለኸ ፈንድ መድሕን ህፃናት ሕቡራት መንግስታት (ዩ.ኤን.ኣይ.ሲ.ኢ.ኤፍ.)፤ ፀብፃብ ሰብኣዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ቁ.9 መስረከም 2015 ዓ.ም (19 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 2።

[616] ታህላ ቡርኪ፣ "ኣብ ማእኸል ሕድሕድ ኩናት ሰብኣዊ ቀውሲ ኣብ ትግራይ" (2014 ዓ.ም) 22(6) ዘ ላንሰት 774፣ ገፅ 774።

297. ካብዚ ብተወሳኺ “ሕዱር ሕማም ዘለዎም ሕሙማት ከም ሽኮርያ፣ ፀቕጢ ደምን ኤችኣይቪን፣ ከምኡ እውን ስነ-ኣእምሮኣዊ ሕማም ዘለዎም ሕሙማት ሂወት ዘድሕን መድሓኒትት ዘይብሎም እዮም ዝነብሩ ዘለዉ። ግዳያት ፆታዊ መጥቃዕቲ ዝኾና መብዛሕትኡ ግዜ ሕክምናውን ስነ-ኣእምሮኣውን ክንክን ክረኽባ ኣይከኣላን።”[617]

298. እቲ ዝዓበየ ሆስፒታል ትግራይ ኣብ መቐለ ዝርከብ ዓይደር ሪፈራል ሆስፒታል ቅድሚ ቁሩብ ግዜ እቲ *ተፃብኦታት ደው ምባል ስምምዕ ምፍራሙ* ኣብ ዝነበረ ግዜ ደጋዊ ሓገዝ እንተዘይተገይሩሉ ኣብ ቀልቀል ውድቀት ከም ዘሎ መጠንቐቕታ ተዋሂቡ እዩ።[618] ናይቲ ሆስፒታል መጠን ሞት ቅድሚ እቲ ኹናት ካብ ዝነበረሉ 2% እቲ ኹናት ምስ ተወለዐ ግን ናብ ልዕሊ 10% ደይቡ እዩ፣ ናይ ፅዑቕ ክንክን ክፍሊ መጠን ሞት ትሕቲ 5% ዝነበረ ናብ ልዕሊ 29% እዩ ደይቡ።[619]

299. ሰራሕተኛታት ሆስፒታል ህፁፅ ዘይኮነ መጥባሕቲ ኣቋሪፆም ንሕሙማት ምስ ካንሰር፣ ሽኮርያን ሕማም ኩሊትን፣ ንኽሞቱ ንገዛኦም እዮም ዝሰድዎም፤ እዚ ድማ ቃንዛ ናይቶም ሕሙማት ከቃልል ዝኽእል ዋሕዲ መሳርሕታት መጥባሕቲ ስለ ዘሎ ሕክምናዊ ክትትል ክገብሩሎም ስለ ዘይከኣሉ እዩ።[620] ሃንደበታዊ መጥባሕትታት ጥራሕ እዮም ዘለዉ፤ ከምኡ እውን እቲ ሆስፒታል ንሓደ ዓመት ዝኣክል ግዚኦም ዝሓለፎም መድሓኒታት ናብ ምጥቃምን ብዘይ መደንዘዚ መጥባሕቲ ናብ ምክያድን እዩ ኣትዩ።[621]

300. ኣብ መፋርቕ ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ቅድሚ ሓፂር እዋን *ተፃብኦታት ደው ናይ ምባል ስምምዕ* ውድብ ጥዕና ዓለም ከም ዝፀብፀቦ ብሰንኪ እቲ ውግእ፣ ብሰንኪ ዋሕዲ ቐረብ ፣ ብሰንኪ ዕፅዋ ሰብኣዊ ሓገዝ 9% ትካላት ጥዕና እየን ኣብ ስራሕ ፀኒሐን።[622] ዋላ ድሕሪ እቲ *ተፃብኦታት ደው ናይ ምባል ስምምዕ*፣ መፅናዕቲ ውድብ ጥዕና ዓለም ናይ ግንቦትን ሰነን 2015 ዓ.ም መረዳእታ ተኣኪቡ ከም ዝደምደሞ 86% ትካላት ከም ዝዓነዉ ከምኡ እውን እቶም 92% ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ካብ ስራሕ ወፃኢ ከም ዝኾኑ እዩ።[623] እኹል ናይ ጥዕና ክንክን ክሳብ ሎሚ ኣይተመልሰን ዘሎ።[624]

---

[617] ጋዜጣዊ መግለፂ ዶብ ኣልቦ ሓኻይም “ህዝቢ ኣብ ቁርብራቦ ናይ ሕክምና መማረፂ ወዲቑ ምኽንያቱ ኣብ ትግራይ እቶም መሳለጥያታት ስለ ዝተጉሓሉን ዝዓነዉን” (6 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[618] ኣዲስ ስታንዳርድ፣ “ትንተና : ዝዓበየ ሆስፒታል ትግራይ ‘ኣብ ሓፂር ግዜ ኣብ ኣፍ ምፍራስ' ብምኽንያት ዋሕዲ ሕክምናዊ ቀረባት፣ መጠን ሞት ኣብ ሆስፒታል ልዕሊ ዓሰርተ ሚኢታዊት ከም ዝሓልፍ ዶካትር ኣጠንቂቖም” *(ኣዲስ ስታንዳርድ*፣ 20 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)።

[619] ጋዜጣዊ መግለፂ ዶብ ኣልቦ ሓኻይም “ህዝቢ ኣብ ቁርብራቦ ናይ ሕክምና መማረፂ ወዲቑ ምኽንያቱ ኣብ ትግራይ እቶም መሳለጥያታት ስለ ዝተጉሓሉን ዝዓነዉን” (6 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[620] ኣዲስ ስታንዳርድ፣ “ትንተና : ዝዓበየ ሆስፒታል ትግራይ ‘ኣብ ሓፂር ግዜ ኣብ ኣፍ ምፍራስ' ብምኽንያት ዋሕዲ ሕክምናዊ ቀረባት፣ መጠን ሞት ኣብ ሆስፒታል ልዕሊ ዓሰርተ ሚኢታዊት ከም ዝሓልፍ ዶካትር ኣጠንቂቖም” *(ኣዲስ ስታንዳርድ*፣ 20 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፤ ሙንያራድዚ ማኮኒ፣ “ግጨት ኣብ ትግራይ ንሕሙማት ካንሰር መሰረታዊ ክንክን ከይረኽቡ ይዓግቶም ምህላዉ” (2014)፣ 23(7) ዘ ላንሰት 842።

[621] ኣዲስ ስታንዳርድ፣ “ትንተና : ዝዓበየ ሆስፒታል ትግራይ ‘ኣብ ሓፂር ግዜ ኣብ ኣፍ ምፍራስ' ብምኽንያት ዋሕዲ ሕክምናዊ ቀረባት፣ መጠን ሞት ኣብ ሆስፒታል ልዕሊ ዓሰርተ ሚኢታዊት ከም ዝሓልፍ ዶካትር ኣጠንቂቖም” *(ኣዲስ ስታንዳርድ*፣ 20 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)።

[622] ሮይተርስ/ኣጃንስ ፍራንስ ፐረስ/ኣሶስየትድ ፐረስ፣ “ናይ ኢትዮጵያ ትግራይ ብዘይ ናይ ሕክምና ቀረባት ትኽይድ ኣላ፣ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣጠንቂቑ” *(ዶቾ ቬለ*፣ 18 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)

[623] ውድብ ጥዕና ዓለም፣ *ሂራምስ ትግራይ ቤዝላይን ሪፖርት 2015፡ ኩነታት ስራሕ እቲ ስርዓተ ጥዕና፣ ሓፈሻዊ ስእሊ ኩነታት እቲ ስራሕ ናይ ሆስፒታል ክፍሊ ምምካንን ፀረ ምብካልን (ኤችኤስዲዩ)* (መስከረም 2016)።

[624] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 208።

301. ፀብፃብ ቁፅርታት ከም ዘርእይዎ “ውድቀት ዘፈር ጥዕና ብማእኸላይ ውፅኢት ኣብ ውሽጢ 26 ኣዋርሕ 107,000 ሞት ኣስዒቡ እዩ።”[625] ድሒሮም ዝመፁ ኣሃዛት ድማ ብሰንኪ ጉድለት ሕክምና እቲ ሞት ካብ 30,000 ክሳብ 100,000 ከም ዝኾነ እዩ ዝግመት።[626]

### 4. ኣብቲ ጉጅለ ወሊድ ንምዕጋት ተሓሲቦም ዝተወሰዱ ስጉምትታት

302. ብተዛማዲ ከምዚ ዓይነት ፍፃመ ዘርኢ ፅንተት ኣብ ሕጊ ውሑዳት ጉዳያት ፍታሕ ዝረኸቡ ኾይኖም፣ ዕላምኡ እውን “ስነ-ህይወታዊ” ተባሂሉ ዝፅዋዕ ብርሰት ንምብፃሕን እቲ ጉጅለ ንወለዶታት ከይቕፅል ዝዓግትን እዩ። እዚ ውጥንን ዕላማን መሰረት ብምግባር፣ እቲ ጉጅለ ከይዋለድ ኮነ ተባሂሎም ዝውሰዱ-ኣካላዊ ይኹኑ ስነ-ኣእምሮኣዊ[627] ናይ ምኽላእ ስጉምትታት እኹላት መርኣያታት ይመስሉ።

303. ዓለምለኻዊ ገበን መጋባእያ ንርዋንዳ (ኣይ ሲ ቲ ኣር) ከም ዝወሰኖ እዚ ዘጠቓልሎ “*ፆታዊ ኣካል ምጉዳል፣ ናይ ምምካን ተግባር፣ ግዱድ ወሊድ ምቁፅፃር፣ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ክፈላለዩ ምግባርን መርዓ ምኽልካልን*”[628] ከምኡ እውን ሓደ ቖልዓ ብዓይኒ እቲ ሕብረተሰብ ዝተወለደሉ መንነት ከይፈልጥ ንምግባር ዝውሰዱ ስጉምትታት ይሓውስ።

304. ብርግፅ “ኣባልነት ሓደ ጉጅለ ብመንነት እቲ ኣቦ ኣብ ዝውሰነሉ ኣብ ኣባታዊ ሕብረተሰብ” ምዕማፅን ኮነ ተባሂሉ ሰበይቲ ክትጠንስ ምግባርን “ሓንቲ ሰበይቲ ኮነ ተባሂሉ ኣባል ካልእ ጉጅለ ብዝኾነ ሰብኣይ ክትወልድን ስዒቡ እውን ብናይ እንዳ ኣዲኡ ጉጅለ ከም ዘይናቶም ክሕሰብን” ምግባር ኣብቲ ጉጅለ ወሊድ ንምኽልካል ከም ከም ዝግበር ሓደ ስጉምቲ ክሕሰብን ተግባር ፅንተትን ክባሃል ዝኽእልን እዩ።[629]

305. ትግራይ ኣብ ኣባታዊ ወለዶ ዝተመስረተ ሕብረተሰብ እዩ።[630] ንኣብነት ኣምሓሩ ብዝኾኑ ሰብኡት ኣገዲድካ ብሓይሊ ምድፋር ኣብቲ ዝውለድ ቆልዓ ናይ ኣምሓራ መንነት ክሽከም ውፅኢት ዘለዎ ኾይኑ እዚ ድማ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ቁፅሪ ህዝቢ ትግራይ እናነከየ ክኸይድ ዝገብር እዩ።

306. ካብዚ ብተወሳኺ ምስ ኣገዲድካ ምድፋር ተተሓሒዞም ዝመፁ ሕፍረትን ተነፅሎን “መብዛሕትኦም ሰብኡት ንዝተደፈራ ኣንስቶም ክጥንጥንወን ዘግብር እዩ (ብፍላይ ድማ ብሰንኪ እቲ ምድፋር ንዝወለዳ”[631])፤ እዙይ ድማ ቀፃላይ ሃለዋት እቲ ብሄራዊ ጉጅለ ወሲኹ ዝዓግት እዩ።

---

[625] ጃን ኒይሰን፣ “ዋዕላ መርበብ ሓበሬታ (ዌብናር)፡ ስነዳ ሰላማውያን ግዳያት ኣብ ኲናት ትግራይ” (*ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዋ*፣ 11 ጥሪ 2015 ዓ.ም)።

[626] እምነት ነጋሽ፣ “እዋናዊ ገምጋም ሞት ሰላማውያን ብጥሜት ኣብ እዋን ኲናት ትግራይ” (*ማርቲን ፕሎውት ብሎግ*፣ 16 ግንቦት 2015 ዓ.ም)።

[627] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ዓቃቢ ሕጊ ምስ ሩታጋንዳ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-3-ቲ.፣ ፍርዲ፣ 26 ሕዳር 1992 ዓ.ም፣ዓንቀፅ 53፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ዓቃቢ ሕጊ ምስ ካዪሸማን ሩዚንዳናን*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-95-1-ቲ.፣ ፍርዲ፣ 13 ግንቦት 1993 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 117፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ዓቃቢ ሕጊ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-4-ቲ.፣ ፍርዲ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 508።

[628] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ዓቃቢ ሕጊ ምስ ሩታጋንዳ፣* ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-3-ቲ፣ ፍርዲ፣ 26 ሕዳር 1992 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 53፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ዓቃቢ ሕጊ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-4-ቲ.፣ ፍርዲ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 507።

[629] *ተወከስ ንኣብነት*፣ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ዓቃብ ሕጊ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-4-ቲ.፣ ፍርዲ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 507። *ተወከስ ከምኡ እውን* ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (ክሮሽያ *ምስ ሰርብያ*)፣ ፍርዲ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 2007 ዓ.ም፣ ገፅ 3 ዓንቀፅ 166 (“ኣገዲድካ ምድፋርን ካልኦት ተግባራት ፆታዊ ዓመፅን፣ ኣብ ንኡስ ዓንቀፃት ለን ሐን ዓንቀፅ 2፣ ከምቲ ኣብ ዓንቀፅ 2 (መ) ናይቲ ስምምዕ ተቐሚጡ ዘሎ ትርጉም ተግባር ፅንተት ከጣይሹ ዝኽእሉ እዮም፤ ከምኡ ኽብሃል እንተኾይኑ ግን ኣብቲ ጉጅለ ወሊድ ዝኽልክሉ ዓይነት ክኾኑ ኣለዎም። እቲ ጉዳይ ከምኡ ክኸውን እንተኾይኑ ኩነታት ኣፈፃፅማ እቶም ተግባራትን ሳዕቤናቶምን ነቶም ኣባላት እቲ ጉጅለ ናይ ምፍራይ ኩነታቶም ግድን ዝተፀልወ ክኸውን ኣለዎ። ከምኡ እውን ስርዓታዊ ባህሪ ናይቶም ፍፃመታት ክሕሰብ ኣለዎ”)።

[630] ተሓለቕቲ ትግራይ ካናዳ (ትግራይ ካናደ ኣድቮካሲ)፣ “መልእኽቲ ንትሩዱው፡ ሓገዝ ካናዳ ኣብ ኲናት ትግራይ ጠጠው ኣብል” (*ስፕሪንግ መፅሄት፣* 4 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)።

[631] ካትሪን ሆረልድ፣ “ኣብ እዋን ኲናት ኢትዮጵያ ተገዲደን ዝተደፍራ፣ ሕጂ ብስድርአን ተነፂገን” (*ዋሺንግተን ፖስት፣ 16 ሕዳር 2016 ዓ.ም*)፣ *ከምኡ እውን* ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ” (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 54 *ተወከስ*። *ብተወሳኺ* ቴራ ሚጃላንድን ክብሮም መብራህቶምን፣ *ምዝራብ ንዘይተዘረበሉ፡ ኣብ ክሊ ድሕረ ፆታዊ ዓመፅ ከም መሳርሒ ኲናት ኣብ ትግራይ፣ ሰሜን ኢትዮጵያ*(2015 ዓ.ም)።

307. መጠነ-ሰፊሕ ደረጃን ክብደትን ፆታውን ፆታ መሰረት ዝገበረን ዓመፅ ኣብ ትግራይ ኣንፃር ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ፣ "እተን ብኣብዝሓ ኣብ ናይ ምውላድ ዕድመ ዘለዋ"[632] ሓዊሱ ብሰፊሑ ተሰኒዱ እዩ።[633]

308. ሓንቲ ናብ ሱዳን ክትሰግር እናፈተነት እናሃለወት ብምልሻ ኣምሓራ ዝተዓመፀት ውፃእ መዓት ከም ዝበለቶ ንሳቶም ንዓኣ ዝበልዋ፦ "ወዲ ተባዕታይ እንተትኾኒ ምቐተልናኪ ኔርና ደቂ ኣስትዮ ግን ኣምሓሩ ቆልዑ ክወልዳ ይኽእላ እየን።"[634] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ብወታደራት ኢትዮጵያን ኤርትራን ክትድፈር እንተላ ዘርእይ መርትዖ ሒዙ እዩ። ንሳቶም ንዓኣ ዝበልዋ፦

"ሰብኣይኪ ጁንታን ከዳዕን እዩ። *ንስኺ ዓጋመ ኢኺ*። ማህፀንኪ ክንፅይቖ ንደሊ ኢና ትግራዋይ ተጋዳላይ ከይትወልዲ ምእንቲ። ብኤች ኣይ ቪ ክንብክለኪ ኢና።[635]

309. ካልኦት ተጋሩ ግዳያት ምስ ጎንፂ ዝዛመድ ፆታዊ ዓመፅ እቶም ፈፀምቲ ዝበልወን ዝዝክርኦ ድማ "ተጋሩ ታሪኽ የብሎምን"፣ "ተጋሩ እንስሳታት እዮም" እሞ "ንሕና ንዕምፀኪ ዘለና ናይ ትግራዋይነት ደምኪ ክፀሪ ምእንቲ ኢና።"[636] ሓንቲ ዝተዓመፀት ጓል ኣንስተይቲ ዝበለቶ እቶም ወታደራት ዝበልዋ፦

"ኣምሓረይቲ እየ በሊ ገዛኺ መሊስና ክንህበኪ ኢና ሰብኣይ እውን ክንረኽበልኪ ኢና። ይኹን እምበር ትግራወይቲ እየ ትብሊ እንተኾይንኪ መዊና ዳግማይ ክንዕምፀኪ ኢና።"[637]

310. ሓንቲ ሰበይቲ ነቶም ዘጥቅዑዋ ዘለዉ ጠጠው ከብሉ ለሚናቶም፣ ኣብ ልዕሊኣ ንምንታይ ከምኡ ይፍፅሙ ከም ዘለዉ እውን ሓቲታቶም። እቲ መልሲ ድማ፦

"ንስኺ ንዓና ሕማቕ ዝገበርክና የብልክን። [...] ናህና ፀገም ምስ ማህፀንኪ እዩ። ማህፀንኪ ንወያነ እዩ ዝወልድ [ህወሓት ንምባል ንምንቁሻሽ ዝጥቀምሉ ቃል]። ማህፀን ትግራወይቲ ፈፂሙ ክወልድ የብሉን።"[638]

---

[632] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 26።

[633] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 99፣ 106፣ 134-150; 151-152 (ብዛዕባ ኹነታት ድሕሪ ስምምዕ ጠጠው ምባል ተፃብኦታት)፤ 154-157 (ኣብ ሞንጎ ጥሜትን ፆታዊ ዓመፅን ዘሎ ምትእስሳር ዝምልከት)፤ 187፣ 192-193፣ 195 (ኣብ ቀይዲ ምውዓል ብዝዛመድ)፤ ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 24 ("ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ) ዝተረጋገፁ ብኣማኢት ዝቑፀሩ ሓደጋታት ኣገዲድካ ምድፋርን ካልኦት ዓይነት ፆታዊ መጥቃዕትታትን")፣ ዓንቀፅ 25 ("ኣሰራርዓ መጠነ-ሰፋሕትን ስርዓታውን ኣገዲድካ ምድፋርን ፆታዊ ዓመፅን ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ህፃውንትን ተፈፂሞም እዮም [...] ብቐንዱ ብኣባላት ሰራዊት ኤርትራ፤ ከምኡ እውን ወይ ድማ ብምትሕብባር ምስ ሰራዊት ኢትዮጵያ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ፣ ፍሉይ ሓይሊ ዓፋርን ፋኖን። በዝሒ ዝፍፀሙ ኣገዲድካ ምድፋር ዝተፈላለዩ ኣባላት ዕጡቓት ጉጅለታት ዝሳተፍሉ እዩ፣ እዚ ድማ ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ዕጡቓት ሓይልታትን ጉጅለታትን ምትሕብባር ከም ዘሎ ዘገንዝብ እዩ")፤ ሓኻይም ንሰብኣዊ መሰላትን ትካል ንፍትሕን ተሓታታይነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን፣ *ዝተጠልሙ መፅብዓታት፡ ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፃት ቅድምን ድሕርን ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ኣብ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ*(ነሓሰ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 1 ("169 ሓደጋታት ጎንፂ ዝመበገሲኦም ፆታዊ ዓመፅ ድሕሪ ምፍራም ስምምዕ ጠጠው ምባል ተፃብኦታት ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ኣጋጢሞም ከምኡ 128 ሓደጋታት ድሕሪ 2015 ዓ.ም ተፈፂሞም")፤ ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፤ ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (9 መስከረም 2015 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./51/46፣ ዓንቀፅ 55 ("ፆታውን ፆታ መሰረት ዝገበረን ዓመፅ (ኤስ.ጂ.ቢ.ቪ.)፣ ብፍላይ ኣገዲድካ ምድፋር ዕጥቃዊ ግጭት ካብ ዝጅምር ብዘሰንድብ ብርኪ እዩ ተፈፂሙ")፤ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *"ሰብ ምኳነይ ዝተረድኡ ኣይመስለንን"፡ መድፈርትን ካልኦት ፆታዊ ዓመፃትን ኣብ ጎንፂ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ*(5 ነሓሰ 2013 ዓ.ም) ኤ.ኤፍ.ኣር.25/4569/2021።

[634] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዘባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 149 (ትኹረት ዝተወሰኸ)

[635] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 147።

[636] ግርማይ ኤም.፣ "እዚ ፀብፃብ ኣብ ትግራይ ፅንተት ከም ዘሎ ዘርእይ እዩ" (*ኢትዮጵያ ኢንሳይት*፣ 12 መጋቢት 2014 ዓ.ም)።

[637] ካራ ኣና፣ "'ንትግራዋይ ከይትገድፉ'፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዓሌት ይጠፍእ ኣሎ" (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 29 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[638] ሉሲ ካሳ፣ "'ማህፀን ትግራወይቲ ፈፂሙ ክወልድ የብሉን' ኣገዲድካ ምድፋር ኣብ ትግራይ" (*ኣል ጀዚራ*፣ 13 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)።

311. ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ትግራወይቲ ጓል መቐለ ተባሂላ እትፅዋዕ ዝበለቶ ሰብኣያ ብፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ምስ ተቐተላ ንሱዳን እናኸደት እናሃለወት ሰለስተ ወታደራት ኢትዮጵያ ኣብ መንገዲ ይረኽብዋ እሞ "ማህፀንኪ ክፅየቕ ኣለዎ ፍፁም ዳግማይ ከይትወልዲ ምእንቲ" ከም ዝበልዋ ትገልፅ።[639]

312. ሓደ ዶክተር ካብ ማህፀን እተን ግዳያት ናይ ባዕዲ ነገራት ዘውፅአ ካብቶም ዘውፅኦም ነገራት ኣብ ወረቐት "'ደቂ ኤረና' እቶም 'ጀጋኑ ኣስመራ' ዝብል ንኤርትራ ዝገልፅ ተፃሒፉ ረኺቡ እዩ። እቲ ፅሑፍ ዝገልፆ ድማ፦ 'እቲ ኣብ 90ታት ዝገበርኩምና ዋላ ክሳዕ ሎሚ ኣይረሳዕናዮን። ድሕሪ ሕጂ ትግራወይቲ ሰበይቲ ካብ ትግራዋይ ሰብኣይ ፈፂማ ኣይክትወልድን እያ።'"[640]

313. ብርግፅ ኣብ ሓደ ፀብፃብ ዝተተንተነ መረዳእታ ከም ዝደምደሞ "ብዙሓት ኣጋጣምታት ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኣንስትን ቆልዓ ክወልዳ ኣብ ዘኽእላ ኣዳላትን ዝጠመተ እዩ"[641]፣ ስለ ዝኾነ ድማ ተጋሩ "ኣንስትን ኣዳላትን ክወልዳ ይኽእላ እየን ተባሂለን ዝሕሰባ ብተደጋጋሚ ግዳይ ፆታዊ ዓመፅ ኮይነን እየን፣ እዚ ድማ ብቓላዊ ምፍርራሓትን ምንሻውን ዝተዓጀበ ኾይኑ ኣገዲዶም ካብኣቶም ካብቶም ፈፀምቲ ብዓመፅን ብዙሓት ብዝፍፅምዎ ዓመፅን ክወልዳ እንተዘይኮይኑ ድማ ናይ ምፍራይ ዓቕመን ሙሉእ ብሙሉእ ከም ዘይኸውን ከም ዝገበርዎ ሓሳብ ከም ዘለዎም ዝሕብር እዩ።"[642] ገሊአን እተን ግዳያት ክሳብ 6 ዓመት ዝዕድሚአን ህፃውንቲ እየን።[643]

314. ብተመሳሳሊ፣ "ሰራዊት መንግስቲ ኢትዮጵያን ምስኣቶም ዝተሓባበሩ ሓይልታትን ኣገዲድካ ምድፋር፣ ብዙሓት ኮይኖም ዝፍፅምዎ ኣገዲድካ ምድፋር ከምኡ እውን መግለፅታት ፆታዊ ዓመፅ ዝፈፀሙ ይመስሉ፣ እዚ ድማ ፆታዊ ኣካላት ኣንስትን ኣዳላትን ንምፅያቕ ዝዓለመ እዩ (ናይ ባዕዲ ነገራት ምእታውን ብዝረሰነ ዘንጊ ሓፂን ምትኳስን፣ ወዘተ ዝሓቁፍ እዩ።) ከምኡ እውን እዚ ፍፃመ መግለፂ መራብሒ ኣካላት ኣንስትን ኣዳላትን ከይሰርሕ ንምግባር ዝዓለመ እዩ። እዚ ድማ ምሰቲ ስትራተጂካዊ ምጥቃም ፆታዊ ዓመፅ፣ እንተወሓደ ብኸፊል፣ ምፍራይ ወይ ሃለዋት ህዝቢ ትግራይ ንምዕጋት ዝተዓለመ ዕላማ ዝሳነ እዩ።"[644]

315. ፆታዊ ዓመፅ ኣብዚ ጎንፂ እዚ "ክትርድኦ ልዕሊ እትኽእል ጭካነ" እዩ ናብ ዝለዓለ ብርኪ በፂሑ።[645] እዚ ድማ ናብ ውሽጢ መራብሒ ኣካላት እተን ግዳያት "ባዕዳዊ ነገራት ምእታው (ምስማር፣ ስባር ናይ ተተኳሲ፣ ኣእማን) ከምኡ እውን ካልኦት መልክዓት ፆታዊ ኣካል ምጉዳል፣ ማህፀን ብዝረሰነ ዘንጊ ሓፂን

[639] ረታ ካሕሳይ፣ ረዊና ካሕሳይን ሳሊይ ኪብልን፣ *ብቖሊል ኣረኣእያ፡ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ጎንፂትግራይ* (ኢልኖር ፐረስ፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፃት 49-50።

[640] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 139።

[641] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 34።

[642] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 34።

[643] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 25።

[644] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 60።

[645] ሕቡራት መንግስታት፣ "ፕራሚላ ፓተርን ኣብ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ክፉት ክትዕ ምስ ጎንፂ ኣብ ዝዛመድ ፆታዊ ዓመፅ" (6 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)።

ምቅፃልን ምልብላብን ዝሓውስ እዩ።"[646] መብዛሕትኡ ብወታደራት ኤርትራ እዩ።[647] መብርሂ ክኸውን ብዝብል ምስልታት ዝተመዝሓቑ ነገራት ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ተዘርጊሖም እዮም።[648] ብኤርትራውያን ወታደራት ዝተገብሩ ኣገዲድካ ምድፋር ብጭካነን ብስቅያትን ዝተሰነዩ እዮም፤ እዚኦም ድማ "ልዑል ቃንዛን ጉድኣትን ንምብፃሕ ጥራሕ ዝተገብሩ እምበር ሓበሬታ ንምውሳድ ኣይኮነን።"[649] ሓንቲ ብሓሙሽተ ወታደራት ኤርትራ ኣብ ቅድሚ ደቃ ዝተዓመፀት ውፃእ መዓት ዝበለቶ፦

"ንዓይ ከቃፅሉ መወልወሊ ጠበንጃ ዝኾነ ዘንጊ ሓፂን እዮም ተጠቒሞም። ነቲ ዘንጊ ሓፂን መርሰኒ ድማ ንመጥበሲ ጤል ኢሎም ዘንደድዎ ሓዊ እዮም ተጠቒሞም። ስባር ሓፃዊን ናብ ማህፀነይ ኣእትዮምለይ፣ እዚ ድማ እዩ ዝጎድኣኒ። ብድሕሪኡ ኣብ ጎደና ገዲፎምኒ ኸይዶም።"[650]

316. ዳይሬክተር ዓይደር ሪፈራል ሆስፒታል ዝፀብፀቦ፦

"ብዕለት 15 ለካቲት ሆስፒታልና ሓንቲ 21 ዝዕድሚኣ ጓል ኣንስተይቲ ብዕስለ ከም ዝተዓመፀትን ኣብ ፅርግያ ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ ከም ዝተደርበየትን ዝገልፅ ህፁፅ ፃውዒት ተቐቢልና [...] እቲ ፀብፃብ ኤርትራውያን ወታደራት ውሽጣውን ደጋውን ፆታዊ ኣካላታ ብኽርቢትን ብዝረሰነ ዘንጊ ሓፂንን ከም ዘቃፀልዋ ዝገልፅ እዩ። ናይ ፀጥታ ስግኣት ስለ ዝነበረ ድማ ሽዑ ንሽዑ ኣምቡላንስ ክንሰድድ ኣይከኣልናን። ብድሕሪኡ መራኸቢ ተቛሪፁ። ምናልባት እታ ጓል ሞይታ ክትከውን ትኽእል እያ።"[651]

317. ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እውን "ብተደጋጋሚ ብዙሓት ኮይንካ ዝፍፀም ኣገዲድካ ምድፋርን ካልኦት መልክዓት ምስ ጎንፂ ዝዛመዱ ፆታዊ ዓመፅን ይፍፅሙ ከም ዝነበረ ተፈሊጡ እዩ፤ እዚ ብፍሉይ ጭካነ[652] ዝተገብረ ኾይኑ ምናዳ ምናዳ ኣብ ሰሜናዊ ወሰናወሰን ክልል ትግራይ እዩ።"[653]

318. ከምቲ "ኮነ ተባሂሉ ኣብ ኲነታት ህይወት ዝበፅሕ ጉድኣት" ልዕል ክብል ዝተገልፀ ንተግባር ዘርኢ ፅንተት ውፅኢት ምርግጋፅ ቅድመ ኹነት ኣይመስልን- ስለዚ ኣብቲ ጉጅለ ወሊድ ዝተኸልከለ ምዃኑ ምርግጋፅ ግድን ኣይኮነን። እኳ ደኣስ ቀንዲ ትሕዝቶ እዚ ፍፃመ ፅንተት ብምኽንያት ኣብቲ ጉጅለ ከብፅሕዎ ዝኽእሉ ጉድኣት *ጸቶም ስጉምትታት ዝተኸልከሉ* ምዃኖም እዩ።

---

[646] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፃት 7፣ 8፣ 24።

[647] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 28፣ *ከምኡ እውን ተወከስ* ሓኸይም ንሰብኣዊ መሰላትን ትካል ንፍትሕን ተሓታታይነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን፣ *ዝተጠልሙ መፅብዓታት፦ ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፃት ቅድምን ድሕርን ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ኣብ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ* (ነሓሰ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 13፣ ("ዓይነታዊ ትንተና መዘከርታታት ኣብዞም ፀብፃባት ዘርእዮ ሓበርቲ ምትእስሳር ምስ ፈፀምቲ ከም ዘሎ እዩ (n=197)፦ 73 ሚኢታዊት እቶም ፈፀምቲ ኣባላት ዕጡቓት ሓይልታት ኤርትራ ምዃኖም እዮም ተፈሊጦም፣ 10 ሚኢታዊት ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ከም ዝኾኑ፣ 9 ሚኢታዊት ኣባላት ፋኖ ምልሻ ከም ዝኾኑ፣ 8 ሚኢታዊት ኣባላት ዕጡቓት ሓይልታት ኢትዮጵያ ከም ዝኾኑ፣ 1 ሚኢታዊት ድማ ብፍሉይ ሓይሊ ዓፋር ከም ዝኾኑ እዩ።")

[648] ሪታ ካሕሳይ፣ ረዊና ካሕሳይን ሳሊይ ኪብልን፣ *ብቐሊል ኣረኣእያ፦ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ጎንፂትግራይ* (ኢልኖር ፐረስ፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 23።

[649] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 28።

[650] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *"ሰብ ምዃነይ ዝተረድኡ ኣይመስለንን"፦ መድፈርትን ካልኦት ፆታዊ ዓመፃትን ኣብ ጎንፂ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ* (5 ነሓሰ 2013 ዓ.ም) ኤ.ኤፍ.ኣር.25/4569/2021፣ ገፅ 16።

[651] ሉሲ ካሳ፣ "'ማህፀን ትግራወይቲ ፈፂሙ ክወልድ የብሉን' ኣገዲድካ ምድፋር ኣብ ትግራይ" (*ኣል ጀዚራ*፣ 13 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)።

[652] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)።

[653] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 28።

319. ሓደ ፀብፃብ ዘረጋገፆ ድማ ዋላ እኳ እቲ ዝተተንተነ መረዳእታ ጥኑሳት ብምኳነን *ምኽንያት* ጥኑሳት ኣንስቲ ብፍሉይ ዒላማ እንተዘይተገብራ[654] እተን ውፃእ መዓት ከም ዝገለፅኦ ግና ዘይተወልዱ ቖልዑ ኣብ ከብዲ ኣዲኦም እናሃለዉ ይንፀሉ እሞ ምእንቲ ክሞቱ ይቕጥቀጡ።[655]

320. ካልእ ምስክር ዓይኒ ዝገለፆ ድማ ምልሻ ኣምሓራ ርእሲ ናይ ኣርባዕተ ቖልዑ ቆሪፆምን ኣብ ከብዲ ኣዲኦም ዘለዉ ቖልዑ ነፂሎምን እዮም።[656] ሓንቲ ሰበይቲ ነብሰፁር እናሃለወት ምስ ተዓመፀት ኣብ ከብዳ ብተኹሲ ተወቒዓ ኣብ ፅርግያ ወዲቓ ተረኺባ ደሓር ሆስፒታል ተወሲዳ ደም እናደመየት ተራእያ እያ።[657]

321. ሓንቲ ውፃእ መዓት ዝበለቶ ድማ ወዲ 12 ዓመት ህፃን ወዳ ኣብ ቅድሚኣ ብ30 ወታደራት ኤርትራ ተቐቲሉ ንሳ ድማ ኣብ ኦም ተኣሲራ፣ ተወጊኣ ከምኡ እውን ን10 መዓልታት ብተደጋጋሚ ተደፊራ።[658] ምስኣ ዝተኣስረት ኣብ ሕርሲ እናሃለወት ዝሞተት እቲ ዝወለደቶ ሓድሽ ህፃን እውን ተቐቲሉ።[659]

322. ዋላ ህፃውንቲ ተጋሩ ቖልዑ ይእሰሩ ነይሮም፣ እዚ ንትሕቲ ደቂ 3 ዓመት እውን ዝሓውስ ኮይኑ ክተምልጡ እንተፈቲንኩም ተኩስና ክንቀትለኩም ኢና ዝብል ምፍርራሕ እውን ዘለዎ እዩ።[660]

323. ብተወሳኺ እውን እቲ ዝተፈፀመ ፆታዊ ዓመፅ ከቢድ ማህሰይቲ ስምዒት ዝፈጥር ኮይኑ እዚ ድማ ንሓዋሩ ዝቕፅሉ ሳዕቤናት ምዕጋት ወሊድ ናይቲ ዓሌት ዘምፅኡ እዮም። ንኣብነት ህፃውንቲ ብተደጋጋሚ ዝግደዱ ዝነበሩ እተን ዝፈትውወን ሰባት ክዕመፃ እንተለዋ፣ ብዕስለ ክዕመፃ እንተለዋ ክርእዩ ምግዳድ እዩ፤ ኣባላት ሓደ ስድራ እውን ነንባዕሎም ወሲብ ክፍፅሙ ይግደዱ ነይሮም፤ ገለ ውፃእ መዓት ዝገለፅኦ እቶም ኣብ ልዕሊኦን ገበን ዝፈፀሙ ኣካላት ኣብ ርእሰን ከም ዝሸነሉን እዩ።[661] ብተወሳኺ እውን ኣብ ሳምረ ብውሕዱ 600 ሰብኡት ክሳዕ ውሽጢ ስሪኦም ከውፅኡ ብምክልኻል ሰራዊት ኤርትራ ተገዲዶም እዮም፣ ብዘይ ውሽጢ ስረ ምትራፍ ማለት ድማ ሙሉእ ብሙሉእ ዕርቃን ምውፃእ ማለት እዩ።[662]

### ሰ. ቀጥታውን ህዝባውን ምልዕዓል ንገበን ፅንተት

324. ፅንተት ብመሰረታውነቱ እኳ እንተዘይተፈፀመ (ብመሰረት እቶም ሓሙሽተ መጣየሽቲ ተግባራት ኣብ ዓንቀፅ 2 እቲ ስምምዕ ዝተቐመጡ) ፅንተት ንኽፍፀም ቀጥታን ህዝባውን ምልዕዓል ምግባር ኣብ ዓለም ለኸ ሕጊ ርእሱ ዝኽኣለ ገበን እዩ።[663] ብኻልእ ኣባህላ ገሊኦም ዓይነት ዘረባታት ዋላ ውፅኢት ፅንተት

---

[654] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 35።

[655] ጎይትኦም መኮነን ገብረዋህድ፣ *ንምት ዝተሓረየ፡ ፅንተት ትግራይ፣ ዛንታ ውፃእ መዓት* (2014 ዓ.ም)፣ ገፃት 44፣ 49።

[656] ዊል ብራውን፣ "ኲናት ሕድሕድ ኢትዮጵያ፡ 'ኣብ ሆስፒታል ኣብ ዓራት ደቂሶም እናሃለዉ ክምቱ ገዲፍናዮም፡ ናብ ፈጣሪ ከመይ ከም ዝቐርብ ኣይፈልጥን'" (*ቴሌግራፍ*፣ 12 ሕዳር 2013 ዓ.ም)።

[657] ጀማል ዑስማን፣ "መደንገፅታት እቲ ሕቡእ ኲናት፡ ጎንፂ ኣብ ውሽጢ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ" (*ቻነል 4*፣ 10 ግንቦት 2013 ዓ.ም)።

[658] ጀማል ዑስማን፣ "መደንገፅታት እቲ ሕቡእ ኲናት፡ ጎንፂ ኣብ ውሽጢ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ" (*ቻነል 4*፣ 10 ግንቦት 2013 ዓ.ም)፤ ቤቴልሄም ፈለቀ፣ ኤሊዛ ማኪንቶሽ፣ ጊያንሉቻ ሚዞፍዮር፣ ካትየ ፖልግላስ፣ ኒዒማ ዒልጋብር፣ ባርባራ ኣርቫኒቲዲስን ኣሌክስ ፕሌትን፣ "ብተግባር እዙይ ፅንተት እዩ" (*ሲ.ኤን.ኤን*፣13 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[659] ጀማል ዑስማን፣ "መደንገፅታት እቲ ሕቡእ ኲናት፡ ጎንፂ ኣብ ውሽጢ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ" (*ቻነል 4*፣ 10 ግንቦት 2013 ዓ.ም)፤ ቤቴልሄም ፈለቀ፣ ኤሊዛ ማኪንቶሽ፣ ጊያንሉቻ ሚዞፍዮር፣ ካትየ ፖልግላስ፣ ኒዒማ ዒልጋብር፣ ባርባራ ኣርቫኒቲዲስን ኣሌክስ ፕሌትን፣ "ብተግባር እዙይ ፅንተት እዩ" (*ሲ.ኤን.ኤን*፣13 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[660] ካራ ኣና፣ "ሓድሽ ማዕበል ኢትዮጵያ ማእሰርቲ ንተጋሩ ቆልዑት ዝሓወሰ እዩ" (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 12 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።

[661] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 146።

[662] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ *ፀብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኹሎም ወገናት ተፈፂሚምም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን* (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 172።

[663] *ተወከስ* ስምምዕ ፅንተት ዓንቀፅ 3፣ ከምኡ እውን *ተወከስ* ዓንቀፅ 4 (ግልፂ ዝገበሮ እውን ኣብ ዓንቀፅ 2 ዝተቐመጡ ተግባራት ንተት ጥራሕ ዘይኮኑስ ብተወሳኺ እውን "ካልኦት ኣብ ዓንቀፅ 3 ዝተዘርዘሩ ተግባራት የቕፅዑ እዮም")። *ብተወሳኺ ተወከስ ንኣብነት*፣ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ናሂማና፣ ባራያግዊዛን ንገዘን ምስ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር-99-52-ኤ.፣ ፍርዲ፣ 18 ሕዳር 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 678 ("ቀጥታን ህዝባዊ ምልዕዓልን ንገበን ፅንተት [...] ንሱ ንባዕሉ ገበን ስለ ዝኾነ ገበን ፅንተት ንኽፍፀም ርኡይ ኣበርክቶ

ምምፅኦም ብዘየገድስ ብፅንተታዊ ሓሳብ[664] እንተተዘረበም ንባዕሎም ዘቕፅዑ እዮም። ንኣብነት ዓለም ለኸ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ኣብ ርዋንዳ ዝደምደሞ ሬድዮ ኣር ቲ ኤል ኤም (ድምፂ ሬድዮ ርዋንዳ) ድሕሪ 28 መጋቢት 1986 ዓ.ም ዘቃልሓቶ፣ ገበን ፅንተት ንኽፍፀም ቀጥታን ህዝባዊን ምልዕዓል ዘማልእ እዩ፤ ምኽንያቱ "ቱትሲ ኽፀንቱ ኣለዎም ዝብል ብግልፂ ፀዊዓ እያ።"[665]

325. ምልዕዓል ማለት ገበን ንኽፍፀም "ብዘረባ፣ ብያዕ ያዕ ወይ ብምጉጣጥ ወይ ብኻልእ መልክዕ ብደምፀ-ምስሊ መራኸብታት" "ንኻልእ ምትብባዕ ወይ ምእማን" ማለት እዩ።"[666] እቶም ተግባራት ዘረባ "ቀጥታዊ" ከምኡ ድማ "ህዝባዊ" ምልዕዓል ንፅንተት ከምዝኾኑ ምርግጋፅ ኣድላዪ እዩ።

### 1. ፅንተት ንኽፍፀም "ቀጥታዊ" ምልዕዓል

326. ቀጥታ ምልዕዓል ንዘርኢ ፅንተት "ቀጥታ ሕቶ ተግባር ፅንተት ንምፍፃም" ዘድልዮ እዩ፣ ከምኡ እውን "ካብ ዘይንፁርን ዘይቀጥታዊ ሓሳብን ንላዕሊ ክኸውን ኣለዎ።"[667]

327. ከምኡ ስለ ዝኾነ መጋባእያ ይግባኣኒ ዓለም ለኸ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ኣብ ርዋንዳ "ኣብ ሞንጎ ናይ ፅልኢ ዘረባ ብሓፈሻን (ወይ ኣድልዎ ወይ ጎነፅ ምልዕዓል) ኣብ ሞንጎ ቀጥታውን ህዝባውን ምልዕዓል ፅንተት ንምፍፃምን ዘሎ ፍልልይ ኣትኲሩሉ እዩ።" ናይ ፅልኢ ዘረባ ብሓፈሻ ኣብ ብዙሓት ሕግታት ሃገራዊ ሕጊ ከቕፅዕ ዝኽእል ኮይኑ እቲ ዳሕረዋይ ገበን ጥራሕ ግን ብስምምዕ ፅንተትን ካልኦት ልምዳዊ ዓለም ለኸ ሕግታትን ዝተኸልከለ እዩ። ኣብቲ ኹነት እቲ ፍሉይ ነገር እዘም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ተግባር ብዙሕ ግዜ ጎና ጎኒ ኽጋጥሙ ይኽእሉ እዮም- ንኣብነት ቀጥታ ምልዕዓል ንዘርኢ ፅንተት "ብዘረባ ፅልኢ ቀዲሞም ወይ ተዓጂቦም" ክመፁ ይኽእሉ፣ ከምኡ እውን ዝኾነ ተግባር ብሃገራዊ ሕጊ ናይ ፅልኢ ዘረባ ተባሂሎም ዝተቐመጡ ቀጥታ ምልዕዓል ንፅንተት ክምስርቱ ይኽእሉ እዮም። ከም ሓደ ጠቓሚ ሓሳብ ክውሰድ ዘለዎ ግን "ኩሎም ናይ ፅልኢ ዘረባታት ቀጥታ ዘርኢ ፅንተት ንምፍፃም መስረትቲ ኣይኮኑን።"[668] ኣብ ሞንጎ ታራ ናይ ፅልኢ ዘረባን ቀጥታ ምልዕዓል ንፅንተትን ዘሎ ኣፈላላይ ንምርኣይ ኣብ ዝግበር ፈተነ፣ ከም ሓጋዚ

---

ምህላዉ ክተረጋግፅ ግድን ኣይኮነን። ብኻልእ ኣባህላ እቲ ገበን [... ] ሙሉእ መልክዕ ዘይሓዘ ገበን እዩ፤ እዚ ድማ ዋላ እኳ ተግባራት ፅንተት ውፅኢት እንተዘይረኸቡ ዘቕፅዕ እዩ። እዚ ድማ ኣብቲ ናይ ስምምዕ ፅንተት *መዳለዊ ሰነድ* ተረጋጊፁ እዩ፤ ካብዚ ክድምደም ዝከኣል ድማ እቶም ኣርቀቕቲ እቲ ስምምዕ ዋላ እኳ ተግባር ፅንተት ኣይፈፀም ፅንተት ንኽፍፀም ቀጥታን ህዝባዊ ምልዕዓልን ምግባር ዘቕፅዕ ምዃኑ ዝሓሰብሉ እዩ፤ ዕላምኡ ድማ ከምዚ ዓይነት ተግባራት ከይጋጥሙ ምኽልካል እዩ")፣ 766. *ከምኡ እውን ተወከስ* ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዘጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፅ 180 (ምስ ኣብ ዓንቀፅ 3 እቲ ስምምዕ ዝተቐመጡ ከም ተንኮልን ምትሕብባርን ዝበሉ ካልኦት ተግባራት ብምንፅፃር ዝተርኣየ); ኣዋጅ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ገበን ዓንቀፅ 25(3) (ረ)፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ዓቃቢ ሕጊ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-4-ቲ.፣ ፍርዲ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 561።

[664] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ናሂማና፣ ባራያግዊዛን ንገዘን ምስ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-99-52-ኤ.፣ ፍርዲ፣ 18 ሕዳር 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 677፣ *ከምኡ እውን ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ዓቃቢ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-4-ቲ.፣ ፍርዲ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 560 ("እቲ ፅንተት ክፍፀም ዘለዓዕል ዘሎ ሰብ ንባዕሉ ፅንተት ንኽፍፀም ንፁር ሓሳብ ክህልዎ ኣለዎ"።)

[665] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ናሂማና፣ ባራያግዊዛን ንገዘን ምስ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-99-52-ኤ.፣ ፍርዲ፣ 18 ሕዳር 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 677፣ *ከምኡ እውን ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ዓቃቢ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-4-ቲ.፣ ፍርዲ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 756፣758። "ንኣብነት ብዕለት 5 ግንቦት 1986 ዓ.ም ዝነበረ ፈነወ ኣር.ቲ.ኤል.ኤም (ድምፂ ሬድዮ ርዋንዳ)፣ ካንታኖ ሃቢማና ዝተዛረቦ *ንኢ ንኮታንጄ* ምጥፋእ 'ካብ ዝኸሪ ወድሰብ ምድምሳስ'፣ ከምኡ እውን ንቱትሲ 'ካብ ገፀ-ምድሪ ምጥፋእ...ንሓዋሩ ከም ዘይምለሱ ገይርካ ምጥፋእ'። 28 ግንቦት 1986 ዓ.ም ናይ ኣር.ቲ.ኤል.ኤም. (ድምፂ ሬድዮ ርዋንዳ) ኣብ ዝነበረ ፈነወ እውን ሃቢማና ደጊሙ ዝተዛረቦ *ንኢ ንኮታንጄ* ምጥፋእ ብምባል ዝወሰኾ 'ክነጥፍኦም እንደልየሉ ምኽንያት ኩሎም ሓደ ዓሌታዊ ጉጅለ ስለ ዝኾኑ እዮም'። ኣብ 28 ግንቦት 1986 ዓ.ም ዝነበረ ናይ ኣር ቲ.ኤል.ኤም (ድምፂ ሬድዮ ርዋንዳ) ፈነወ እውን ኣናኔ ንኩሩንዚዛ እቲ ናይ ምጥፋእ ስጉምቲ ተጀሚሩ ከም ዘሎ ኣፍልጦ ዝሃበሉን 'ንዓኣቶም ንምጥፋእ ብማዕረ ናህሪ ከም እንቕፅል' ተስፋ ኣለኒ ብምባል ገሊፁ እዩ። ብመሰረት እቶም ዝሰምዖም መደባት ድሕሪ 28 መጋቢት 1986 ዓ.ም ጂኦ ዝተብሃለ ምስክር ኣር.ቲ.ኤል.ኤም (ድምፂ ሬድዮ ርዋንዳ) ሰባት ንኻልኦት ሰባት ክቐትሉ ይጠልብ ነይሩ፣ እቲ ጠለብ ኣብ ሞንጎ *ሊ ንየንዚን* ቱትሲን ፍልልይ ዝገብር ኣይነበረን፣ እቶም ሰማዕቲ ድማ ምቕታል ንኽቕፅሉ ተደፋፊሮም እዚ እውን ቀፀልቲ ወለዶታት *ሊ ንየንዚን* ቱትስን ከመይ ዝበሉ እዮም ነይሮም ኢሎም ክሓቱ ዝገብር እዩ ክብል መስኪሩ።"

[666] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ዓቃቢ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-4-ቲ.፣ ፍርዲ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 555፣ 559።

[667] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ናሂማና፣ ባራያግዊዛን ንገዘን ምስ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-99-52-ኤ.፣ ፍርዲ፣ 18 ሕዳር 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 692፣ *ከምኡ እውን ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ዓቃቢ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-4-ቲ.፣ ፍርዲ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 557።

[668] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ናሂማና፣ ባራያግዊዛን ንገዘን ምስ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር-99-52-ኤ.፣ ፍርዲ፣ 18 ሕዳር 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 692-693 (ትኹረት ዝተወሰኸ)።

ክሕሰብ ዘለዎ ኣብ ሞንጎ ምንሻውን ምሽይጣንን ኣብቲ ስምምዕ ፅንተት መሰሉ ዝተሓለወ ሓደ ጉጅለ ኣብ ልዕሊ እቲ ጉጅለ ን*ስጉምቲ* ዝዕድም ከም ዝተኸልከለ ተግባር ምስ ዝቈፀር እኹል ምትእስሳር ክህሉ ኣለዎ፡፡[669]

328. ተግባራት ዘርኢ ፅንተት ክፍፅሙ ዝግበር ፃውዒት ግልፅን ንቁርን ክኸውን ግድን ኣይኮነን፡፡[670] ዘረባ ቀጥታዊ ምልዕዓል ንፅንተት የጣይሽ ዶ ኣየጣይሽን ተንቲንካ ኣብ ዝውሰነሉ ግዜ "እቲ ቐንዲ ክሕሰብ ዘለዎ ትርጉም ናይቶም ቃላት ኣብቲ ፍሉይ ዓውዲ እዩ፡፡"[671] እዚ ትርጉም ንምፍላጥ ባህሊ ናይቶም ሰባት፣ ጭቡጥ ኩነታቶምን ርድኢቶምን ድሕረባይትኦም ወይ ምትእስሳሮም፣ ከምኡ እውን ኣብ ሞንጎ እቶም ዝብሃሉ ዘለዉ ቛንቋታት ዘሎ ፍልልይ ዝኣመሰሉ ደረኽቲ ባእታታት ኣብ ግምት ምእታው ግቡእ እዩ፡፡[672] ብመጋባእያ ይግባኣኒ ዓለም ለኸ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ኣብ ርዋንዳ ከም ዝተመልከተ፣ "ናይ ሓደ ዘረባ ሓቃዊ መልእኽቲ ንምርዳእ እቲ መልእኽቲ ክበፅሖ ዝተደለየ ኣካል ዝተረድኣሉ መንገዲ ምምርማር ሓጋዚ እዩ፡፡"[673] ምስዚ ዝኸይድ ድማ፣ "እቲ መልእኽቲ ንኻልእ ተዓዛቢ ወይ ኣብ ካልእ ዓውዲ ግልፂ ዘይምዃኑ ዘገድስ ኣይኮነን፡፡"[674] ብቐንዱ ግን ቀጥታዊ ምልዕዓል ንፅንተት ልዕሊ ምኽንያታዊ ጥርጣረ ንምርግጋፅ ኣተረጓጉማ ናይቲ ዘረባ *ኣብቲ ግቡእ ዓውዲ ኣብ ዝሕሰበሉ ግዜ* ዘየደናግር ክኸውን ኣለዎ፡፡

329. ካልእ ኣገዳሲ ዘዕባ ድማ ናይቲ ከም ኣርእስቲ ኾይኑ ዘሎ "[ዘረባ] ዕላማ እቲ" ዘረድእ ዝኾነ መርትዖ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡[675] ብኻልኣ ኣባህላ እቲ ናይቲ ዘረባ ትርጉም ዝሕብር ዝገፍሐ ዓውዲ ከምኡ እውን ካልኦት ሰባት ብምኽንያታውነት ከመይ ክትርጉሙዎን ክፅበይዎን ይኽእሉ ዝብል ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ፡፡ ፅንተታዊ ተግባራት ንኽፍፀሙ ዝግበር ፃውዒት ኣብ ካልእ ፍፃመ ዝድረኽ - ንኣብነት ብሳልሳይ ወገን ዝፍፀም መጥቃዕቲ - ክኸውን ምኽኣሉ ንዘርኢ ፅንተት ቀጥታዊ ምልዕዓል ካብ ምዃን ዝዓግቶ ኣይኮነን፡፡[676]

---

[669] *ተወከስ ንኣብነት* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ናሂማና፣ ባራያግዊዛን ንገዘን ምስ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-99-52-ኤ.፣ ፍርዲ፣ 18 ሕዳር 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 696 ኣብ ሞንጎ ናይ ፅልኢ ዘረባን ኣብ ሞንጎ ቀጥታውን ህዝባውን ምልዕዓል ፅንተት ንምፍፃምን ዘሎ ፍልልይ ቤት ምኽሪ መጋባእያ ዝነፀሮም ኣብነታት፡ (1) ሓደ ሓፂር ፅሑፍ እቲ ቤት ምኽሪ መጋባእያ ዝደምደሞ ሓደ ናይ ኣር.ቲ.ኤል.ኤም. (ድምፂ ሬድዮ ርዋንዳ) ፈነወ ናይ ፅልኢ ዘረባ ዘጣይሽ ምዃኑ እዩ፣ ይኹን እምበር ወሲኹ ኣብ ግምት ዘእተዎ ግን "እዚ ፈነወ ንሰማዕቲ ዝኾነ ዓይነት ስጉምቲ ኽወስዱ ዘይዕድም እንተኾይኑ ቀጥታዊ ምልዕዓል ዘጣይሽ ኣይኮነን"፤ (2) ሓፂር ፅሑፍ እቲ ቤት ምኽሪ መጋባእያ ዝደምደሞ ድማ "ኣብ *ኩንግራ* ዝተሓተሙ ብዙሓት ፅሑፋት ምስ ዓሌታዊ ፅልእን ምንዛሕ ፍርሕን ምስ ፃውዒት መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ቱትሲ ተደማሚሮም"፤ (3) ሓፂር ፅሑፍ እቲ ቤት ምኽሪ መጋባእያ ዘስመረሉ ድማ "ኩሎም ኣብ *ኩንግራ* [...]ዝተሓተሙ ፅሑፋት ቀጥታዊ ምልዕዓል ዝምስርቱ ኣይኮኑን፣" ኣብነት ናይ ሓደ ዓንቀፅ እናጠቐሰ "ብዓሌታዊ ፅልኢ ዝመልአ ግን [...] ኣንበብቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ቱትሲ ስጉምቲ ኽወሰዱ ኣይፀውዐን") *ከምኡ እውን ተወከስ* ዓንቀፃት 765፣ 771-773፡፡

[670] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ናሂማና፣ ባራያግዊዛን ንገዘን ምስ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-99-52-ኤ.፣ ፍርዲ፣ 18 ሕዳር 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 703፣ *ከምኡ እውን ተወከስ* ንኣብነት ዓንቀፅ 773፡፡

[671] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ናሂማና፣ ባራያግዊዛን ንገዘን ምስ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-99-52-ኤ.፣ ፍርዲ፣ 18 ሕዳር 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 703፣ *ከምኡ እውን ተወከስ* ንኣብነት ዓንቀፅ 701፡፡ *ከምኡ እውን ተወከስ* ዓንቀፃት 711 ("ትርጉም ናይ ሓደ መልእኽቲ ብባህሪኡ ምሰቲ ዝተመስረተሉ ዓውዲ ክተሓሓዝ ይኽእል እዩ")፣ 715 ("ሓደ ዘረባ ወይ ፅሑፍ ቀጥታ ምልዕዓል ንፅንተት ድዩ ኣይኮነን ንምውሳን ዓውዲ ከም ሓደ ደራኺ ባእታ እዩ ክሕሰብ ዘለዎ")፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ዓቃቢ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ .ቲ.ኣር-96-4-ቲ.፣ ፍርዲ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 557፡፡

[672] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ናሂማና፣ ባራያግዊዛን ንገዘን ምስ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-99-52-ኤ.፣ ፍርዲ፣ 18 ሕዳር 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 700፣ 713 *ከምኡ እውን ተወከስ* ዓንቀፅ 739 (ኣብ ምሕሳብ ሓቅታት ናይቲ ጉዳይ "ዋላ እኳ *ኢ ንየንዚን ኢ ንኮታንዩን* ዝብሉ ቓላት ኣብ ብዙሓት ዓውድታት ዝተፈላለዩ ትርጉማት እንተሃለውዎም (ከምቲ ብዙሓት ቃላት ኣብ ሕድሕድ ቋንቋ ዘለዉ)፣ እዚ ይግባይ ቤት ምኽሪ ዘለዎ ሓሳብ ግን እቲ ቤት ምኽሪ መጋባእያ እዞም ኣገላልፃታት እዚኣቶም ኣብ ገለ ጉዳያት ንህዝቢ ቱትሲ ብሙሉኦም ዝገልፅ እዩ ምባሉ ምኽንያታዊ መደምደምታ እዩ" ከምኡ እውን "ናይ ኣር.ቲ.ኤል.ኤም. (ድምፂ ሬድዮ ርዋንዳ) ፈነወታተ ንቱትሲ ብቐጥታ ምስ ፀላኢ ማዕረ ይገብርዎም ነይሮም ብምባል ዝበፅሖ መደምደምታ ሚዛናዊ እዩ")፡፡

[673] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ናሂማና፣ ባራያግዊዛን ንገዘን ምስ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-99-52-ኤ.፣ ፍርዲ፣ 18 ሕዳር 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 700፡፡ *ከምኡ እውን ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ዓቃቢ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር-96-4-ቲ.፣ ፍርዲ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 557-558 ("ብቐንዱ እቶም እቲ መልእኽቲ ኽበፅሖም ዝተደለዩ ሰባት ነቲ መልእኽቲ ንእለት ተረዲኣሞ ዶ ኣይተረድእዎን ኣብ ዝብል ጭብጢ ዘትኮረ እዩ")፡፡

[674] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ናሂማና፣ ባራያግዊዛን ንገዘን ምስ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-99-52-ኤ.፣ ፍርዲ፣ 18 ሕዳር 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 701፡፡

[675] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ናሂማና፣ ባራያግዊዛን ንገዘን ምስ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-99-52-ኤ.፣ ፍርዲ፣ 18 ሕዳር 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 706፡፡

[676] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ናሂማና፣ ባራያግዊዛን ንገዘን ምስ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-99-52-ኤ.፣ ፍርዲ፣ 18 ሕዳር 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 771፡፡

330. ከምኡ እውን ፅንተት ናይ ብሓቂ ብሰንኪ እቲ ዘረባ እዩ ተፈፂሙ ብዝብል ክተረድእ ግድን ኣይኮነን። ማዕረ ማዕረኡ እውን በቲ ስዒቡ ዝመፅአ ተግባር ምኽንያት ቅድሚ ፅንተት ምፍፃሙ ዝተዘርቡ ኩሎም ናይ ፅልኢ ዘረባታት ንዘርኢ ፅንተት ቀጥታዊ ምልዕዓል እዮም ክበሃሉ ኣይኽእሉን፤ - "ዝኾነ ዘረባ ናብ ተግባራት ፅንተት መሪሑ እዩ ዝብል ንምድምዳም ኣብቲ ፍሉይ ኩነታት ንሱ እቲ ዘረባ ፅንተት ንኽፍፀም ምልዕዓል ከም ዝኾነ ክውሰድ ዝኽእል እዩ ነይሩ ከምኡ ድማ ሓሳብ ናይቲ ተዛራቢ ከምኡ እዩ ነይሩ ዘብል ክኸውን ኣለዎ።"[677]

**2. "ህዝባዊ" ምልዕዓል ንፅንተት**

331. ኣርቀቕቲ ስምምዕ ፅንተት፤ ፅንተት ንምልዕዓል "ብውልቂ" ዝግበሩ ተግባራት ዘርኢ ፅንተት ካብ ዓውዲ "ቀጥታን ህዝባውን ምልዕዓል ንፅንተት" ኮነ ኢሎም ኣውፂኦሞ እዮም።[678] ንፅንተታዊ ተግባር ዝግበር ፃውዒት "ህዝባዊ" እዩ ብዝብል ክግለፅ እንተኾይኑ እቲ ዝተፈፀመሉ ቦታ ወይ እቲ ዝተመሓላለፈሉ መንገዲ፣ ከምኡ እውን ደረጃ ናይቲ ዝተሓሰበ ተኸታታሊ ብፍሉይ ድዩ ብሓፈሻ ዝብል ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ።[679] ስለዚ ድማ ከም ብደብዳቤ፣ ብኢመይል፣ ብስልኪ ፃውዒት ዝግበሩ ርክባት ብባህሪኦም ከም "ውልቂ" ስለ ዝሕሰቡ ኣብ ግምት ክኣትዉ ዝግብኦም ኣይኮኑን። ብኻልእ ገፅ ድማ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ንሓፈሻዊ ተኸታታሊ ዝግበሩ ዘረባታት፣ ንዝቃልሑን ናብ ህዝቢ ዝባፅሑን መራኸቢታት ዝግበሩ ኣበርክቶታት፣ ሓፈሻዊ ዝርግሐ ኣብ ዘለዎም ማሕበራዊ መራኸብታት ዝልጠፉን ዝፀሓፉን (ከም X፣ ቅድም ክብል ትዊተር ብዝብል ዝፍለጥ) እዚኣቶም ኩሎም "ህዝባዊ" ምልዕዓል ንዘርኢ ፅንተት ናይ ምብሃል ተኽእሎ ኣለዎም።

**3. ተፈፃምነት እዞም መትከላት ኣብ ትግራይ**

332. ኣብ ወርሒ ሰነ 2014 ዓ.ም ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ ንቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ ሓደሽቲ ምዕባለታት ቓላዊ መብርሂ ኣብ ዝሃበሉ ግዜ "ብናይ ፅልኢ ዘረባ ዝተነሃሃረ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ከምኡ ድማ ምልዕዓል ዓሌትን ፆታን መሰረት ንዝገበረ መጥቃዕቲ ምልዕዓል ከም ዘሎ ተዛሪቡ ነይሩ፤" እዚኣቶም ድማ "ሓበርቲ ቕድመ መጠንቀቕታን ቐፂሎም ንዝፍፀሙ ግፍዓዊ ገበናት ዘመላኽቱን እዮም ነይሮም።"[680] ቤት ምኽሪ ፀፀታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጋዜጣዊ መግለፂኡ ኩሎም ኣካላት "ካብ መጓሃሃርቲ ናይ ፅልኢ ዘረባታትን ከምኡ እውን ምልዕዓል ንመጥቃዕትን ምክፍፋልን" ክቑጠቡ ፀዊዑ እዩ።"[681]

---

[677] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ናሂማና፣ ባራያግዊዛን ንገዘን ምስ ዓቃቢ ሕጊ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-99-52-ኤ.፣ ፍርዲ፣ 18 ሕዳር 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 709 (ቀፂሉ ዘትኮረሉ ግን "ዕላማ ናይቲ ዘረባን (ተዛራቢኡን) ፅንተት ንምልዕዓል እዩ ተባሂሉ ኽድምደም እንተኾይኑ እቲ ክቐርብ ዘለዎ መርትዖ እዚ ጥራሕ ኣይኮነን")።

[678] ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ዓቃቢ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-4-ቲ.፣ ፍርዲ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 556።

[679] *ስምረት* ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ሩዋንዳ፣ *ዓቃቢ ምስ ኣካየሱ*፣ ኣይ.ሲ.ቲ.ኣር.-96-4-ቲ.፣ ፍርዲ፣ 27 ነሓሰ 1990 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 556::

[680] ሕቡራት መንግስታት ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት፣ ቃላዊ ሓድሽ ሓበሬታ ምቕራብ በዓል ሙያታት ዓለም ለኻዊ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ንውድብ ሕቡራት መንግስታት ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት፣ ጀኔቫ (21 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[681] ቤት ምኽሪ ፀጥታ ሕቡራት ሃገራት፣ ጋዜጣዊ መግለፂ ኤስ ሲ/14691 (26 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)።

333. ልዕል ክብል ከም ዝተገልፀ ንትግራይን ተጋሩን ብግልፂ ዘፈራርሑን ዘናሽዉን ከም ናይ ፅልኢ ዘረባታት ተባሂሎም ክግለፁ ዝኽእሉ እኹል መርትዖታት ዘረባ ኣለዉ። ከምዚ ዓይነት ዘረባታት ብዙሕ ግዜ ኣብ ህዝባዊ መድረኻት እውን ይዝረቡ እዮም።

334. እቲ ሕቶ ኽለዓል ዝኽእል ግን ከምዚኦም ዓይነት ዘረባታት ፅንተት ንኽፍፀም ከም ቀጥታዊ ምልዕዓል ክቑፀሩ ይኽእሉ ዶ ዝብል እዩ። ብኻልእ ኣባህላ በዚ ዓውዲ እዚ እንተተረዲእናዮ እዘም ተግባራት እዚኣቶም ነቶም ብስምምዕ ፅንተት መሰሎም ዝተሓለወሎም ሓደ ወይ ልዕሊኡ ጉጅለታት የናሹ ጥራሕ ዶ ኣይኮነን ዘሎ *ብስሩ ኽ ኣብ* ልዕሊ እዘም ሓደ ወይ ልዕሊኡ ጉጅለታት ከም ፅንተት ክሕሰብ ዝኽእል ኩልኩል ተግባር ወይ ተግባራት ንኽፍፀሙ ፀዊዖም ድዮም?

335. እቶም ዝብሃሉ ዘለዉ ዘረባታት ብዓውዶም ክሕሰቡ ግድን እዩ፤ ምስዚ ሓዊስካ ክረአ ዘለዎ እዘም ዘረባታት ኣብ ውሽጢ ናይ ኢትዮጵያ ፍሉይ ፖለቲካውን ባህላውን ዓውዲ ከመይ ይርድእዎም ዝብል ክሕሰብ ኣለዎ። ልዕል ክብል ዝተቐመጡ ዘረባታት (ፅንተታዊ ሓሳብ ምህላው ዘይምህላዉ መርትዖታት ንምምዛን ዓሊሙ) ወሲኾም ክሕሰቡ ዘለዎም በቲ ዝድለ ሓሳብ መጠን ዝተፈፀሙ እንተኾይኖም ቀጥታውን ህዝባውን ምልዕዓል ንፅንተት ተኽእሎ ኣሎ ዶ የለን ዝብል ክረአ ኣለዎ። ኣብዚኣቶም ዝሕቆፉ ቀዳማይ ሚኒስቴር ኣብይ ዝበሎ "ፃህያይ ብጨኂሮ እዩ ዝፅሀ"፤ ኣማኻሪኡ ዝበሎ "*ወያነ*" (ንተጋሩ እንዳጠቐሰ) ናይ ግድን "ክድምሰሱን ክጠፍኡን ኣለዎም"፤ መግለፅታት ናይ ካልኦት ህዝባዊ ኣካላት፤ ናይ ኢሳት ፈነወታት ኢትዮጵያውያን ብረት ከልዕሉን ዝኾነ ትግራዋይ ክሳብ ዘይተርፈሉ ብርኪ ህልቂት ክውላዕን ፀዊዐን እየን።[682]

336. ህዝባዊ ዝርርባት ኣብ ኢትዮጵያን ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያውያንን ከም ናይ ፅልኢ ዘረባ ክቑፀሩ ዝኽእሉ ከም ቀጥታውን ህዝባውን ምልዕዓል ንፅንተት ሓዊስካ ብማሕበራዊ መራኸብታት እዮም ዝጎልሁን ዝስፋሕፍሑን። ብፍላይ ትዊተር፣ ፌስቡክ፣ ቴለግራም ንምእዋጅ "ፕሮፖጋንዳ ዂናት" ኣንፃር ተጋሩ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ ኣብ ኢትዮጵያ ንዘለዉ ተኸታተልቲ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ወፃእ ንዘለዉ ተኸታተልቲ እውን ዝዓለመ እዩ።[683] እዚ ድማ ኣብ ጨቡጥ ህይወት መጥቃዕቲ ከም ዘብፅሐ መረዳእታ ኣሎ።[684] እዚ ዝተጋደደ ድማ ብሰንኪ ሕመቕ ከም ፌስቡክ ዝበሉ ማሕበራዊ መራኸብታት ኮይኑ እቲ ሕመቕ ድማ ብኽባብያዊ ቋንቋታት ከም ኦሮሞን ኣምሓርኛን ክዝርግሑ ዝኽእሉ ሓደገኛታት ልጣፋት ከለሊ ዝኽእል መስርሕ ዘይምህላዎም ከምኡ እውን ተኸታቲሉ ዘጥፍእ ዘይብሎም ምኺኖም እዩ።[685] ሓሳብ ወድሰብ

---

[682] *ኣብ ላዕሊ ተወከስ* ኣብ ዓንቀፃት 75፣ 78፣ 79፣ 80፣ 86፣ 88፣ 89፣ 90፣ 91፣ 92 93፣ 95፣ 98።

[683] ሓደ ሰራሕተኛ ሕብረት ኣፍሪካ ውልቃዊ ርእይቶታቶም ኣብ ትዊት ዝለጠፎ ሎሚ ግን ካብቲ ናይቲ ሕብረት ፕሮፋይል ዝተደምሰሰ፣ ቅድሚ ምድምሳሱ ካብ ዝተወሰደ ስክሪን ሾት (ኣብዚ ድማ ዝተቐመጠ) ግን ንህ.ወ.ሓ.ት ምስ ኣይ.ኤስ.ኣይ.ኤስ.ን ታሊባንን የወዳድርዋ እሞ ቀፂሎም ዝበልዎ ድማ፡ "#ኢትዮጵያ ምስ #ህ.ወ.ሓ.ት ጉጅለ ራዕዲ ክተዘራረብ የብላን ይብሉ። ዲሞክራስያዊ ምኽንያት ከመይ ኢሉ ናይ ውሑዳት ድሌት ኣብ ልዕሊ እቶም ብዙሓን ይድዕንን?" ሕብረት ኣፍሪካ ድማ ሓደ ሰራሕተኛኡ ኣንፃር ሕግታት ናይ ሰራሕተኛታት እቲ ትካል "ውልቃዊ ርእይቶታት" ዘካፈለ ምኺኑ ኣሚኑ እዩ፤ *ተወከስ* ትዊት ብሕብረት ኣፍሪካ፣ 7 ነሓሰ 2013 ዓ.ም። *ከምኡ እውን ተወከስ* ጃን ፊሊፕ ዊልሄልም፣ "ፅልኢ ዘረባ ኣብ ኢትዮጵያ ዳግም ተቐልቂሉ" *(ዶቸ ቬለ፣* 23 ሕዳር 2013 ዓ.ም) (ዝፀብፆቦ ድማ "ትርጉም ዘለዎ ትኽቶኻ ኣፀገምትን ተኺሳሕትን ልጡፋት" እዚ ዝሓውስ ድማ "ዋላ እኳ መብዛሕትኦም እቶም ርእይቶታት ኣንፃር 'ጁንታ ህ.ወ.ሓ.ት' ወይ 'ማፍያ ህ.ወ.ሓ.ት' ዝጠመቱ እንተኾኑ ተጋሩ እውን "ደቂ እቲ ወታደራዊ ጁንታ" ተባሂሎም ተናሽዮም እዮም፤ ወይ 'ክበርሱን ክጠፍኡን ዘለዎም ህዝብታት ተባሂሎም እዮም።' ሓደ ልጣፍ ድማ 'ፅልኢ 100 ሚልዮን ኢትዮጵያን' ን 'ሓሙሽተሚልዮን ተጋሩ ጠቒሱ እዩ'")።

[684] ጃስፒር ጃክሰን፣ ሉሲ ካሳ፣ ካትሊን ሆልን ዘካርያስ ዘላለምን፣ "ፌስ ቡክ ኣብ ኢትዮጵያ ንኣክቲቪስትታት ብፅልእን ብሓሶት ሓበሬታን ብሄራዊ ህልቂት ንኽለዓዕሉ ስዲ ስለ ዝሰደዶም ካብቲ ሓደጋ ብዝደሓኑ ሰባት ተወቒሱ" (*ቤት ፅሕፈት ምርመራዊ ጋዜጣውነት*፣ 13 ለካቲት 2014 ዓ.ም)። ቶም ጋርድነር፣ "ኣነ ፀብፃቢ ኲናት ኣብ ኢትዮጵያ እየ ነይረ፤ ደሓር ግን ፀላኢ ኾይነ" (*ዘ ኢኮኖሚስት*፣ 17 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[685] ኢንተርናሽናል ክራይስስ ግሩፕ፣ ፌስ ቡክ ዝገበሮን (ዘይገበሮን) ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ዘሎ ብሄራዊ መጥቃዕቲ ርክብ ኣለዎ (17 ሚያዝያ 2015 ዓ.ም) ("ፌስ ቡክ ምሽጢር መውፅኢ ፍራንስስ ሄግን ከም ዝበሎ፣ ናይቲ ኹባንያ ናይ ፅልኢ ዘረባ ናይ ሒሳብ ቀመር- 97 ሚኢታዊት ዘረባታት ፅልኢ መምዩ ካብቲ ዓውዲ ንኽውገዱ ሓላፍነት ይወስድ - ብኦሮሞን ኣምሓርኛን ዝተለጠፉ ሓደገኛታት ፅሑፋት ብዝግባእ ክመሚ ዘይኽእል ምኺኑ እዩ፣ እዘም ቋንቋታት ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ሰፊሕ ተጠቃምነት ዘለዎም እዮም። ዋላ እኳ ክሳዕ ክንደይ ምኺኑን ክብርታቱን እንተዘይተነፀረ ብድሕሪኡ ግን ፌስቡክ ለውጢ ኣካይዱ እዩ")፤ ካረን ሃኦ፣ "ፌስቡክ ዊስልብሎወር ከም ዝበሎ ቀመር ሒሳበቱ ሓደገኛታት እዮም፤ ምኽንያቱ ድማ"፣ (*ኤም.ኣይ.ቲ. ቴክኖሎጂ ሪቪው፣* 25 መስከረም 2014 ዓ.ም) ናይ ፍራንሲስ ሄግን ጠቒሱ፡ ("ከም ኢትዮጵያ ዝበሉ ቦታታት ቀመር ሒሳብ ፌስቡክ ብትኽክል ብሄራዊ መጥቃዕቲ እዩ ዝድግፍ ዘሎ")፤ *ተወከስ* ሰኔት

ተረዲኦም ነዞም ናይ ውሽጢ ዓዲ ቛንቋታት ኽርድኡ ዝኽእሉ እቲ ግጭት ምስ ተልዓለ ድሕሪ ክልተ ዓመት እዮም ተቖፂሮም።[686]

337. ኣብዚ ሕዚ እዋን ማሕበራዊ መራኸቢ ዝኾነ ኩባንያ ሜታ ብፍትሃብሄር ጉዳይ ኣብ ናይሮቢ ኣብ ዝርከብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ተኸሲሱ ይከላኸል እዩ ዘሎ፤ ምኽንያት መኽሰሲኡ ድማ ኣብ ናቱ መራኸቢ መድረኽ ዝኾነ ፌስቡክ ንተጋሩ ካብ ፅልኣዊ፣ መለዓዓሊ ትሕዝቶ ዘለዎ ዘረባ ክከላኸል ስለ ዘይከኣለ ብዝብል እዩ።[687] እቶም ኣመልከትቲ ዝኸሰስዎ ንሳቶም "ንዝዛየደ ስእላዊ ዓመፅ፣ ፅልኢ፣ ምልዕዓል ዘለዎም ልጡፋት" ምቅልያምን ነዚ ኣመልክቶም ንፌስቡክ ዝገበርዎ ሪፖርት ድማ ከም ዝተነፅገ ወይ ሸለል ከም ዝተብሃለ እዩ።[688]

338. እቶም መረረ ዝቐርበሎም ዝነበረ ልጣፋት፡- "ግቡእ ዘይኮነ ምስሊ ናይ ዝሞቱ ሰባት" [...] ዝተውሃቦ ኣርእስቲ ድማ "ካብ ከባቢ ዶብ ዝመፁ ገሊኦም ዕጡቓት ህወሓት ብፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ተሓምሺሾም"[689]፣ ካልእ ዝተለጠፈ ዝብሎ ድማ "ሕብሪ ዓይንኹም እንተዘይተበሪሁና ክነዝግብ ኢና [ማለት መሰርሕታትና]"[690]፣ ከምኡ እውን ብቐዳማይ ሚኒስቴር ኣብይ ኣሕመድ ንኻልእ ዝተለጠፈ ኣካፊሉ ዝለጠፎ ዝገልፆ ድማ፡-

> "እቲ ፃህያይ ክፀሀ ንሰርሕ ኣለና። ነቲ ፃህያይ ክንምሕዎ እንተለና ግን ነቲ ስርናይ ከይንጎድኦ ልዑል ጥንቃቐ ክንገብር ኣለና። ኣብ ሃገርና ፃህያይ ብጭኺሮ እዩ ዝዕየ። ደቂ ኢትዮጵያ እውን ንሱ እዮም ዝገብሩ ዘለዉ።"[691]

339. መብዛሕትኡ ግዜ ከምዚኦም ዓይነት ልጣፋት ናይ ብሓቂ ግንዛበ ዝውሰደሎም ዝነበረ ኩልኩላት ተግባራት ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ኽፍፀሙ ከም ዝኾነ መርትዖ ኣሎ እዩ።

340. ንኣብነት ፕሮፌሰር መኣርግ ኣማረ ኣብርሃ፣ ኣቦ ሓደ ካብቶም ልዕል ክብል ዝተገልፁ ጥርዓን ኣቕረብቲ 24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም እዩ ተቐቲሉ። ንሱ ካብ ስራሕ በትኡ ዝኾነ ዩኒቨርሲቲ ባህርዳር (ኣብ ርእሰ ኸተማ ኣምሓራ ዝርከብ) ንገዝኡ እንዳኸደ እንተሎ እዮም ጉጅለ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ተኸታቲሎም ተኩሶምሉ

---

ኮሚቴ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንንግዲ፣ ሳይንስን ትራንስፖርትን፣ ንኡስ ኮሚቴ፣ ሓለዋ ህፃናት ኣብ ኢንቴርኔት፡ ቴስቲሞኒ ፍሮም ናይ ፌስቡክ ምሽጢር መውፅኢ፣ ሂሪንግ ኦፍ ፍራንሲስ ሄግን (25 መስከረም 2014 ዓ.ም)።

[686] ኢንተርናሽናል ክራይስስ ግሩፕ፣ ፌስ ቡክ ዝገበሮን (ዘይገበሮን) ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ዘሎ ብሄራዊ መጥቃዕቲ ርክብ ኣለዎ (17 ሚያዝያ 2015 ዓ.ም)

[687] *ኣብርሃም መኣርግ፣ ፍስሃ ተኽለን ትካል ካቢታን ኣንፃር ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን* (ቁፅሪ ጥርዓን ኢ.541/2022)፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ኣብ ናይሮቢ። ብተመሳሳሊ ናይ ፌስቡክ መጠናዊ ናይ ፅልኢ ትሕዝቶ ዘለዎ ምውዕውዑ ብሰንኪ መቕተልቲ እንዳ መጋየፂ ዝሰርሕ ትግራዋይ ገብረሚካኤል ተወልደመድህን ብስድርኡ ተወቒሱ እዩ። ገብረሚካኤል ኣብ ጎንደር ኣምሓራ እዩ ኣብ መወዳእታ 2013 ዓ.ም ዝተጨውየን ዝተቐትለን። ቤተ ሰቡ ከም ዝበልዎ፡ "እቲ ዝሓመቐ ነገር ነቲ ቕትለት ኣበርክቶ ዝገበሩ ብመንቃሕቲ ኢና በሃልቲ ኣብ ማሕበራዊ መራኸብታት ዝዝርግሕዎ ዝነበሩ ፅልኢ እዩ"፣ *ተወከስ* ጃስቲር ጃክሰን፣ ሉሲ ካሳን ማርክ ታውንሰንድን፣ "ፌስቡክ ኣብ ኢትዮጵያ ንግዱሳት ኢና በሃልቲ ዓሌታዊ ቕትለት ንኸለዓዕሉ ስዲ ሰዲድዎም" (*ዘ ጋርድያን*፣ 13 ለካቲት 2014 ዓ.ም)። ኣብ 2011 ዓ.ም ኢትዮጵያዊ ጎያዪ ሃይለ ገብረስላሴ ንፌስቡክ ዝወቐሶ ድማ ፌስ ቡክ ናይ ሓሰት ዜና ስለ ዘካፈለ ኣብ ክልል ኦሮሚያ ዓመፅ ንኽለዓል ጠንቂ ብምኳኑ 78 ሰባት ሞይቶም እዮም፡ ቢ.ቢ.ሲ.፣ "ዓመፅ ኢትዮጵያ፡ ሃይለ ጎያዪ ተወቃሲ ፌስቡክ እዩ ኢሉ" (ቢ.ቢ.ሲ.፣ 22 ጥቅምቲ 2012 ዓ.ም)።

[688] *ኣብርሃም መኣርግ፣ ፍስሃ ተኽለን ትካል ካቢታን ኣንፃር ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን* (ቁፅሪ ጥርዓን ኢ.541/2022)፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ኣብ ናይሮቢ (ቃለ መሓላ ኣብርሃም መኣርግ)፣ዓንቀፃት 53-54።

[689] *ኣብርሃም መኣርግ፣ ፍስሃ ተኽለን ትካል ካቢታን ኣንፃር ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን* (ቁፅሪ ጥርዓን ኢ.541/2022)፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ኣብ ናይሮቢ (ቃለ መሓላ ኣብርሃም መኣርግ)፣ ዓንቀፅ 55።

[690] *ኣብርሃም መኣርግ፣ ፍስሃ ተኽለን ትካል ካቢታን ኣንፃር ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን* (ቁፅሪ ጥርዓን ኢ.541/2022)፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ኣብ ናይሮቢ (ቃለ መሓላ ኣብርሃም መኣርግ)፣ ዓንቀፅ 56 (እዞም ርቡዕ ቕንፋት ኣብቲ ፈላማይ ፍልፍል ዘለዉ እዮም)።

[691] *ኣብርሃም መኣርግ፣ ፍስሃ ተኽለን ትካል ካቢታን ኣንፃር ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን* (ቁፅሪ ጥርዓን ኢ.541/2022)፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ኣብ ናይሮቢ (ቃለ መሓላ ኣብርሃም መኣርግ)፣ ዓንቀፅ 56።

በቲ ዝበፅሖ መውጋእቲ ክመውት ምኺኑ ምስ ኣረጋገፁ ድማ ወዲቑ እናደመየ እንተሎ ኣብቲ ኸባቢ ዝነበሩ ሰባት ኣልዒሎም ከይሕግዝዎ ኸልኪሎም እዮም።[692]

341. ቅድሚኡ “ባህርዳር ዩኒቨርሲቲ ስታፍ” ዝብል ገፅ ፌስቡክ ናይቲ መዋቲ ስእሊ ብ29 መስከረም 2014 ዓ.ም ለጢፉ ነይሩ እዩ። እቲ ዝለጠፈሉ ኣርእስቲ ድማ፡-

> “ሽሙ ፕሮፌሰር መኣርግ ኣማረ ኣብርሃ ይብሃል። ትግራዋይ እዩ። ብዘዕባ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ባህርዳር ከመይ ከም ዝተሓብአን ከመይ ኣቢሉ ይብለፅ ከም ዘሎን ንኣሜሪካ ከም ዝኸደን ስድርኡ ድማ ንኣዲስ ኣበባ ከም ዘግዓዘን ክንነግረኩም ኢና። እዚ ዘይምፍላጥና ከም ዝሞትና፣ ብህይወት ከም ዘየለና ሕሰቡና። ኤ ዜድ።“[693]

342. ኣብ ትሕቲ እቲ ልጣፍ ዝተውሃቡ ርእይቶታት ነዞም ዝስዕቡ ዝሓወሱ እዮም፡- “እንታይ ትፅበዩ ኣለኹም? [...] እንታይ ኮይንኩም ደሙ ዘይመጠጥኩሞ?”፤ “ክንደይ ጁንታ እዮም ኣብ ባህርዳር ዩኒቨርሲቲ ዘለዉ”፤ “ክሳዕ ሎሚ ዝኾነ ሰብ ኣይፈልጥን? ኩሎም ሰራሕተኛታት ክንኣስሮም ነይሩና”፤ “ኣንቱም ኣምሓሩ *ነዞም ወያነ* ተጠንቀቑዎም”፤ “እቲ ናይ ጁንታ ተሓባባሪ ኾይኑ ከምልጥ ዝሓገዞ ክንረኽቦ ኣለና። እዞም ከምልጥ ዝሓገዝዎ ኣብ ክፍሊ ኬምስትሪ ዘለዉ ተሓባባርቱ ሕጂ እውን መሃያ ዘይኽፍልዎ ዘለዉ ምኺኖም እንታይ መረጋገፂ ኣለና?”፤ “[...] ናይ ብሓቂ ሰብኡት እንተደኣ ኾይንኩም ተወዲብኩም ፀራርግዎም [...]።”[694]

343. እቲ ጥርዓን መቕረቢ ኣብዚ ልጣፍ ኣመልኪቱ ብዙሕ ግዜ እዩ ፀብፃብ ኣቕሪቡ። ፕሮፌሰር መኣርግ ኣማረ ምስ ተቐትለ ድሕሪ ሰሙን፣ እቲ ልጣፍ ስርዓት ማሕበረሰብ ዝጠሓሰ እዩ ዝብል ግብረ መልሲ ሂቡ እዩ፤ ይኹን እምበር ቃለ መሓላ ክሳብ ዝግበር ክሳብ 29 ሕዳር 2015 ዓ.ም ኣብ ኣየር ፀኒሑ እዩ።[695] ብ30 መስከረም 2014 ዓ.ም ዝተዘርግሐ ካልእ ልጣፍ ድማ ናይቲ ፕሮፌሰር መንበሪ ቦታ ዝሕብር እዩ።[696]

344. ናይ ሰብኣዊ መሰላት በዓል ሙያ ዝኾነ ፍስሃ ተኽለ ዝተብሃለ ኣመልካቲ ድማ ኣብ መስመር ዓፅሚ ዝሰብር ሓሶት ከም ዝገጠሞ፣ ትግራዋይ ኢሎም ከም ዝገለፅዎ፣ “ደም ኣምሓራይ ምስታይ ዝለመድካ ኢኻ”[697] ኢሎም ከም ዝኸስዎ፣ ንዕኡ ናይ ኣምሓራይ ሞት ማለት ምሰ ሰብኣውነት ዘራኽብ የብሉን፣ እኺ ደኣስ ንታሕተዋይነቱ ዝፍውስ መድሓኒት እዩ።[698] ‘ጁንታ'፣ ‘ወያነ' ተባሂሉ እዩ ዝፀዋዕ- እዚ ድማ ከም ትግራዋይ/ኣባል ህወሓት ከም መፍለዪ እዮም ዝጥቀሙሉ- ‘ላዕለዋይ መሪሕነት ናይ ጁንታ'፣ ‘ወዲ

---

[692] *ኣብርሃም መኣርግ፣ ፍስሃ ተኽለን ትካል ካቢታን ኣንፃር ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን* (ቁፅሪ ጥርዓን ኢ.541/2022)፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ኣብ ናይሮቢ (ቃለ መሓላ ኣብርሃም መኣርግ)፣ ዓንቀፃት 98-106።

[693] *ኣብርሃም መኣርግ፣ ፍስሃ ተኽለን ትካል ካቢታን ኣንፃር ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን* (ቁፅሪ ጥርዓን ኢ.541/2022)፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ኣብ ናይሮቢ (ቃለ መሓላ ኣብርሃም መኣርግ)፣ ዓንቀፅ 74።

[694] *ኣብርሃም መኣርግ፣ ፍስሃ ተኽለን ትካል ካቢታን ኣንፃር ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን* (ቁፅሪ ጥርዓን ኢ.541/2022)፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ኣብ ናይሮቢ (ቃለ መሓላ ኣብርሃም መኣርግ)፣ ዓንቀፅ 76።

[695] *ኣብርሃም መኣርግ፣ ፍስሃ ተኽለን ትካል ካቢታን ኣንፃር ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን* (ቁፅሪ ጥርዓን ኢ.541/2022)፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ኣብ ናይሮቢ (ቃለ መሓላ ኣብርሃም መኣርግ)፣ ዓንቀፃት 78-81።

[696] *ኣብርሃም መኣርግ፣ ፍስሃ ተኽለን ትካል ካቢታን ኣንፃር ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን* (ቁፅሪ ጥርዓን ኢ.541/2022)፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ኣብ ናይሮቢ (ቃለ መሓላ ኣብርሃም መኣርግ)፣ ዓንቀፅ 83።

[697] *ኣብርሃም መኣርግ፣ ፍስሃ ተኽለን ትካል ካቢታን ኣንፃር ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን* (ቁፅሪ ጥርዓን ኢ.541/2022)፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ኣብ ናይሮቢ (ቃለ መሓላ ኣብርሃም መኣርግ)፣ ዓንቀፅ 35።

[698] *ኣብርሃም መኣርግ፣ ፍስሃ ተኽለን ትካል ካቢታን ኣንፃር ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን* (ቁፅሪ ጥርዓን ኢ.541/2022)፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ኣብ ናይሮቢ (ቃለ መሓላ ኣብርሃም መኣርግ)፣ ዓንቀፅ 36።

ሻርሙጣ'፣ 'ወድ'ቶም ለመንትን ጠላማትን'፣ 'ፀላእቲ ኢትዮጵያ'፣ ውላድ ኣይሁድ'፣ 'ወዲ ሸጣን'፣ ካብ ዕትሮ ጁንታ 'ዝተቐድሐ'።[699] ዝተውሃቡ ርእይቶታት ዝብልዎ ድማ "ዕድሜኻ የሕፅሮ፣ ብቕልጡፍ ከም ንፋስ የብንንካ!!"[700]

345. ብፌስቡክ ዝተዘርግሑን ዝተወዓውዑን ካልኦት ልጣፋት ድማ ከም ዝስዕብ ይንበቡ፡-

> "ዋጋ ዘይብሎም ሊያቡ! ህወሓት/*ወያነ* ንባዕልኹም መን ተባሂልኩም እትፅውዑ ኣየእትወናን። ግን ሊያቡ ኢኹም። ንባዕልኹም ተቓለስቲ ናፅነት ኢና ኢልኩም ትፅውዑ? ፀረ ኢትዮጵያውያን [ንስኻትኩም] ብጨካን ተግባርኩም ኢኹም ትፍለጡ፣ ፈራሓት፣ ናይ ድኻ ንብረት ሕሩጭን ብሒቖን እንተይተረፈ ኢኹም ዘረፍኩም-ሊያቡ ኢኹም። መወዳእታኹም ክንርኢ ተረቢፅና ኢና ዘለና!"፤ "ዓወት ኣብ ዝመፅእ ግዜ ብምሒር ታሕጓስ ኣይክንፍፃሕን፣ ዓወት እንተስኢንና እውን ኣይክንርዕድን ኢና፣ ን*ወያነ*ክሳዕ እንቐብሮ ኣይክነዕርፍን ኢና!"።[701]

346. ሓደ ተጠቃማይ ፌስቡክ ልዕሊ 86,000 ሰዓብቲ ዘለውዎ ኣብ *ማህደሩ* ኣንፃር ተጋሩ ምልዕዓል ስለ ዝገበረ ብስድራ ግዳይ ተኸሲሱ እዩ። ካብቶም ዝለጠፎም ከም ኣብነት ዝጥቀሱ ሓሳባት፡- "ክልል ኣምሓራ ቅድሚ እቲ ኹናት ምውልዑ ካብ ዝነበሩ ናይ ጁንታ ዓሌት ክነፅርዮ ኣለና!!"[702] -"ጁንታ" ማለት ንሓይልታት ትግራይን ብሓፈሻ ድማ ንተጋሩን ንምምልኻት ዝጥቀሙሉ ቓል እዩ። እቲ ተጠቃሚ ወሲኹ ዝለጠፎ ድማ ምስሊ ናይ ሓንቲ ዓባይ ሰበይቲ ቦምባ ኢድ ሒዛ ዝለጠፈ ኾይኑ ዝሃቦ ኣርእስቲ ድማ "#ክቡር ህዝቢ ኣምሓራ ንኣምሓራን ንኢትዮጵያን ከጥፍኣ ዝቃለሳ ከምዚኣ ዝበላ ኣዴታት ኣለዋ እየን። #ህዝቢ ኣምሓራ ንምድሓንን ኢትዮጵያ ንምክልኻልን እቲ ቐንዲ ፍታሕ ድማ ንሕና ኣምሓሩ ክንለዓል ኣለና። ኣምሓራ ተወደብ።"[703]

347. ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ ከም ዘረጋገፆ "ምስፍሕፋሕ ፅልኢ ዘረባ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ብፍላይ ብኢንተርኔታዊ መራኸቢታት፣ ማሕበረሰባዊ ውጥረት ኣጉዱን ውልቀሰባትን ጉጅለታትን ዒላማ ናይ ምልዕዓልን ፃውዒት ንዓመፅን ዝኾኑሉ ሃዋህው ፈጢሩን" እዩ።[704]

348. ስለ ዝኾነ እንተወሓደ ገሊኦም ሓሳባት ኣብ ማሕበራዊ መራኸብታት ዝተውሃቡ ፅሑፋት ከም ቀጥታውን ህዝባውን ምልዕዓል ንፅንተት ክቑፀሩ ይኽእሉ እዮም ኢልካ ዘእምን ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ፤ ምኽንያቱ ነቶም ዝተኸልከሉ ተግባራት ፅንተት ክውሰዱ ፀዊዖም እዮም፤ እዚኣቶም ድማ በቲ ዝድለ ሓሰብ መጠን ዝተገብሩ እዮም። ምናልባት እውን ዘይሻራዊ ዝብሃል ኣካል ኣብ ፈነወ መራኸቢ ወይ ካልእ

---

[699] *ኣብርሃም መኣርግ፣ ፍስሃ ተኽለን ትካል ካቢታን ኣንፃር ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን* (ቁፅሪ ጥርዓን ኢ.541/2022)፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ኣብ ናይሮቢ (ቓለ መሓላ ኣብርሃም መኣርግ)፣ ዓንቀፅ 37(ii)።

[700] *ኣብርሃም መኣርግ፣ ፍስሃ ተኽለን ትካል ካቢታን ኣንፃር ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን* (ቁፅሪ ጥርዓን ኢ.541/2022)፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ኣብ ናይሮቢ (ቓለ መሓላ ኣብርሃም መኣርግ)፣ ዓንቀፅ 37(iv)።

[701] *ኣብርሃም መኣርግ፣ ፍስሃ ተኽለን ትካል ካቢታን ኣንፃር ሜታ ፕላትፎርምስ ኮርፖሬሽን* (ቁፅሪ ጥርዓን ኢ.541/2022)፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኬንያ ኣብ ናይሮቢ (ቓለ መሓላ ኣብርሃም መኣርግ)፣ ዓንቀፃት 62-63።

[702] ጃስፒር ጃክሰን፣ ሉሲ ካሳ፣ ካትሊን ሆልን ዘካርያስ ዘላለምን፣ "ፌስ ቡክ ኣብ ኢትዮጵያ ንኣክቲቪስትታት ብፅልእን ብሓሶት ሓበሬታን ብሄራዊ ህልቂት ንኽለዓዕሉ ስዲ ስለ ዝሰደዶም ካብቲ ሓደጋ ብዝደሓኑ ሰባት ተወቒሱ" (*ቤት ፅሕፈት ምርመራዊ ጋዜጣውነት*፣ 13ለካቲት 2014 ዓ.ም)።

[703] ጃስፒር ጃክሰን፣ ሉሲ ካሳ፣ ካትሊን ሆልን ዘካርያስ ዘላለምን፣ "ፌስ ቡክ ኣብ ኢትዮጵያ ንኣክቲቪስትታት ብፅልእን ብሓሶት ሓበሬታን ብሄራዊ ህልቂት ንኽለዓዕሉ ስዲ ስለ ዝሰደዶም ካብቲ ሓደጋ ብዝደሓኑ ሰባት ተወቒሱ" (*ቤት ፅሕፈት ምርመራዊ ጋዜጣውነት*፣ 13ለካቲት 2014 ዓ.ም)።

[704] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 455።

ህዝባዊ መድረኽ ዝግለፁ ሓሳባት ብተመሳሳሊ ነቲ ኣድላዪ ረቛሒ ዘማልኡ ምኺኖምን ዘይምኺኖምን ምርመራ ኽገብረሎም ይግባእ እዩ።

## VI. ርኽበታት ኣብ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት

### ሀ. ፅማቝ ሓሳብ ሕጊ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት

349. ትርጉም ገበን ኣንፃር ሰብኣውነት ጉዳይ ልምዳዊ ዓለም ለኸ ሕጊ ከም ዝኾነ ቅድም ኢሉ ዕልባት ረኺቡ ሓዲሩ እዩ[705]፣ ስለ ዝኾነ እውን ብግዝያውነት ዝተጣየሹ መጋባእያታት ኣብ ካምቦድያ፣ ርዋንዳ፣ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ፣ ከምኡ እውን ሴራልዮን ንዘጋጠሙ ፍፃመታት ተጠቒሞምሉ እዮም። ኣብዚ መዳይ ዘሎ ሕጊ ስኑይን ፅኑዕን እዩ።

350. ብተመሳሳሊ ዓንቀፅ 7 ዓለም ለኸ ገበናዊ ቤት ፍርዲ ዘጣየሸ ሕጊ ሮም ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ብመንፅር እቲ ቤት ፍርዲ ኣብ ክሊ ስልጣኑ ከመይ ይጥቀመሎም ዝብል ትርጉም ሂቡሉ እዩ። ይኹን እምበር እቲ ኣብ ኣዋጅ ሮም ዝተውሃበ ትርጉም ካብ ሕጊ ሮም ወፃእ ንዘለዉ ካልኦት ዕላማታት ብዝምልከት ትሕዝቶ ልምዳዊ ዓለም ለኻዊ ሕጊ ንጎኒ ክገድፍ ኣይኽእልን።[706]

351. በዚ መሰረት ብዓለም ለኸ ገበናዊ ቤት ፍርዲ ንገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ዝተውሃበ ትርጉም ዋላ እኳ ካብቲ ልምዳዊ ዓለም ለኻዊ ሕጊ እንተተፈለየ ነዚ ፅሑፍ እዚ ኽብሃል ከም ተፃራሪ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኢትዮጵያ ኣባል ሕጊ ሮም ኣይኮነትን፣ ስለዚ ሕግታት ዓለም ለኸ ገበናዊ ቤት ፍርዲ ኣይገዝእዋን፣ ምናልባት ብመሰረት ዓንቀፅ 12(3) ስልጣን እቲ ቤት ፍርዲ ክትቕበሎ እንተዘይመሪፃ ወይ እውን ቤት ምኽሪ ፀጥታ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብመሰረት ምዕራፍ 7 ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝተውሃቦ ስልጣን በቲ ቤት ፍርዲ ክረአ ኣለዎ ኢሉ ብጥብቂ እንተመሪሕዎ እምበር ንኢትዮጵያ ዝገዝእ ኣይኮነን። ነዚ ኣብዚ ፅሑፍ እዚ ዝግበር ዘሎ ትንተናታት ከምዚኦም ዓይነት ተኽእሎታት ብዛዕባ ምህላዎም ኣብ ሓሳብ ኣይኣተወን። ስለ ዝኾነ ድማ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀሙ ተግባራት ክሕሰቡ ዘለዎም ብመትከል ተፈፃምነት ልምዳዊ ዓለም ለኻዊ ሕግታት ንገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ዝተውሃበ ትርጉም እዩ።[707]

352. ገበን ኣንፃር ሰብኣውነት ባህሪኡ ብመሰረቱ ዝተኸልከሉ ዝብሃሉ ተግባራት ብምፍፃም ዝግለፅ እዩ። ከም ኣብነት ቅትለት- እዚ ድማ መጠነ-ሰፊሕን ስርዓታውን ጉድኣት ኣንፃር ሰላማውያን ህዝብታት ክኸውን ኣለዎ። ዋላ እኳ ኣብ ባይታ ዘለዉ ሓቅታት ብዙሕ ግዜ ከምኡ እንተመሰሉ፣ እዚ ተግባር ዝፈፀመሉ ግን ግድን ኣብ ዕጥቃዊ ጎንፂ ክኸውን የብሉን። ዋላ እውን እቲ ጉድኣት ክልቲኡ *መጠነ-ሰፊሕን ስርዓታውን* ክኸውን ግድን ኣይኮነን። እኳደኣስ እቲ ሓደ ቕድመ ኹነት ምህላዉ ብመርትዖ እንተተረጋጊፁ

---

[705] ዘይከም ጉዳይ ፅንተት ኣብዚ እዋን እዚ ንገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ዝጥርንፍ ዓለምለኻዊ ቃልኪዳን የለን፣ ወይ ድማ ብቐጥታ ንኣባላት ሃገራት ከምኡ ተግባር ከይፍፀም ክከላኸላን ክቐፅዓን ሓላፍነት ዘሸክም ስምምዕ ሕጊ የለን። እንተኾነ ግን ምስዚ ጉዳይ ዝተሓሓዝ ረቂቕ ስምምዕ ብኮሚሽን ዓለም ለኸ ሕጊ ዝተወጠነ ብሻድሻይ ኮሚቴ ሕቡራት መንግስታት ሓፈሻዊ ጉባኤ ዝሕሰበሉ ዘሎ እዩ።

[706] *ተወከስ* ኣዋጅ ዓለም-ለኸ ቤት ፍርዲ ገበን፣ ዓንቀፅ 10።

[707] ይኹን እምበር ሃገራት ኣብ ናተን ዘቤታዊ ሕግታት ተመርኩሰን ኣድማሳዊ ስልጣነን ኣብ ዝጥቀማሉ ምርመራታትን ክስታትን ኣብ ዘካይዳሉ ግዜ ኣብ ሕጊ ሮም ዝተውሃበ ትርጉም ወይ ልምዳዊ ዓለም ለኻዊ ሕጊ ዝሃቦ ትርጉም ክጥቀማ ይኽእላ እየን።

እኹል እዩ። ሕጊ ሮም ብተወሳኺ ዝጠልቦ እቲ ጉድኣት ብመንግስቲ ወይ ብውድባዊ ፖሊሲ[708] ክፍፀም ኣለዎ፣ ልምዳዊ ዓለምለኻዊ ሕጊ ዝጥቀሙ መጋበእያታት ግን ነዚ ጠለብ ኣይቕበልዎን።

353. መጠነ-ሰፊሕ ጉድኣት ብመጠን ከባቢ ወይ ብመጠን ዒላማ ዝተገብሩ ቁፅሪ ሰባት ክግለፅ ይኽእል እዩ። እቲ ገምጋም ዝሓቶ እቲ ጉድኣት "የዐርዩ ኸቢድ ድዩ፣ ተደጋጋሚ ድዩ፣ ተጠርኒፎም ስራሕና ኢሎም ዝገበርዎ ድዩ፣ ኣንፃር ብዙሓት ግዳያት ከ ዘቕንዐ ድዩ" ወይስ ኣይኮነን እዩ ዝሓትት። እዚ ማለት "ቑፅራዊ ወይ ኸባብያዊ ጥራሕ ኣይኮነን፣ ክፍፀም ዘለዎ ግን ብመሰረት ኣገደስቲ ባእታታት እቲ ጉዳይ እዩ።"[709]

354. ስርዓታዊ ጉድኣት ምስ መጠነ-ሰፊሕ ጉድኣት ግድን ተመሳሳሊ ክኸውን የብሉን፤ እኳ ደኣስ ብፍሉይ ጠባያት "መስርዕ ገበናት" ክግለፅ ኣለዎ። እዚ ድማ "ብኣጋጣሚ እንተይኮነ ተዘውቲሩ ብዝፍፀም ድግግም ተመሳሰልቲ ገበናዊ ተግባራት" ወይ "ኩሉሻዕ ኣብ ሰላማውያን ሰባት ማዕረ ውፅኢት ከምፅኡ ብዝተሓሰቡ ተኸታተልቲ ተደጋገምቲ ተግባራት" ክረጋገፅ ይኽእል እዩ።[710]

355. ሰላማውያን ሰባት ማለት ሰላማውያን ንዝኾኑ ንኹሎም ሰባት ዝሓቁፍ ኮይኑ ይኹን እምበር ኣብ ውሽጢ እዞም ሰላማውያን ዘይኮኑ ውልቀ ሰባት ምህላው ነቲ ህዝቢ ሰላማዊ ካብ ምብሃል ዝዓግቶ ኣይኮነን። ሰላማዊ ህዝቢ ተጎዲኡ ዶ ኣይተጎድአን ንምውሳን ቁፅርን መጠን ሰላማውያንን ኣብ ውሽጢ እቲ ህዝቢ ኣብ ግምት ምእታው ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ጉድኣት ምብፅሑ እንተተረጋጊፁ ከምኡ እውን ኣብ ሞንጎ እቲ ጉድኣትን ኣብ ሞንጎ እቲ ዘገድስ ፍሉይ ገበንን ምትእስሳር ምህላዉ እንተተረጋገፁ፣ ግዳያት እቲ ሕድሕድ ገበን ሰላማውያን ክኾኑ ግድን ኣይኮነን። ስለዚ ውልቀ ግዳያት ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ሰላማውያን ጥራሕ ዝሓቖፈ ዘይኮነስ ዝተሰንከሉ ተዋጋእቲ እውን ክሓውስ ይኽእል እዩ።[711]

356. ከምኡ እውን "ሰላማውያን ሰባት ተጠቂዖም ዶ ኣይተጠቕዑን ንምውሳን እቲ ሰላማዊ ህዝቢ ቀዳማይ ዒላማ እቲ መጥቃዕቲ ድዩ ኣይኮነን" ወይ ድማ እቲ መጥቃዕቲ "ንኻልኡት ዕላማታትን ሓሳባትን" ድዩ ውዒሉ ዝብል ኣገዳሲ ኣይኮነን።[712] እቲ ቐንዲ ዘገድስ ሰላማዊ ህዝቢ ብጨቡጥ ዝተጎድአ ምዃኑ እዩ፣ እቲ "ዋና ኣድላዪ ጨብጢ" እውን ንሱ እዩ።[713] "እቲ ቐንዲ ዕላማ" ዝብል ረቛሒ ትርጉሙ ሰላማዊ ህዝቢ

---

[708] ንዕላማ ዓለምለኸ ቤትፍርዲ ገበን እቲ ቅድመ ኩነት ከረጋግፆ ዝደሊ ኣቶም ነቲ ጉድኣት ዘቑሙ ተደራረብቲ ብዙሓት ተግባራት ብዝኾነ ምኽንያት ጥራሕ ክራኸብ ኣለዎ፤ ከም ኣብነት ዘይስሩዕ፣ ሓልሓሊፉ ዝግበር ወይ ዘይራኸቡ ፍፃመታት ከም ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ኣይሕሰቡን። ይኹን እምበር እቲ ፖሊሲ ግድን ግልፂ ክኸውን የብሉን፣ ካብ ብዙሓት ደረኽቲ ነገራት መረዳእታ ክውሰድ ይከኣል እዩ፤ ንኣብነት ካብ ህዝባዊ መግለፅታት፣ ካብ ናይ ሃገር ወይ ትካላት ሃፍቲ ምጥቃም፣ ካብ ሓበራዊ ዕላማ፣ ወ.ዘ.ተ.ን ዝኣመሰሉ። "ስርዓታዊ" ዝኾነ ጉድኣት ነቲ ፖሊሲያዊ ቅድመ ኹነት ዘማልእ ኮይኑ እቲ ፖሊሲ ቅድመ ኹነት ግን ክሳዕ ኽንድኡ ኣድካሚ ኣይኮነን ምኽንያቱ ኩሎም ጉድኣታት ብተግባር ስርዓታዊ ክኾኑ እዩ ዝፅበ። እኳ ደኣስ ምስ ዕላምኡ ዝቃዶ ትሕት ዝበለ ቅድመ ኹነት እዩ ዘለዎ። *ንኣብነት ተወከስ፣* ዓለምለኸ ቤትፍርዲ ገበን፣ *ዓቃቢ ሕጊ ምስ ኦንግዌን*፣ ፍርዲ፣ ኣይ.ሲ.ሲ -02/04-01/15-1762-ሬድ፣ 27 ጥሪ 2013 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 2678-2679።

[709] ዓለም ለኸ ቤትፍርዲ ገበን፣ *ዓቃቢ ሕጊ ምስ ንታጋንዳ*፣ ፍርዲ፣ ኣይ.ሲ.ሲ-01/04-02/06-2359፣ 01 ሓምለ 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 691፤ ዓለምለኸ ቤትፍርዲ ገበን፣ *ዓቃብ ሕጊ ምስ በምባ*፣ ፍርዲ ብመሰረት ዓንቀፅ 74 እቲ ሕጊ፣ ኣይ.ሲ.ሲ.-01-05-01/08-3343፣ 12 መጋቢት 2008 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 163።

[710] ዓለምለኸ ቤትፍርዲ ገበን፣ *ዓቃቢ ሕጊ ምስ ንታጋንዳ*፣ ፍርዲ፣ ኣይ.ሲ.ሲ-01/04-02/06-2359፣ 01 ሓምለ 2011 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 692-693፤ ዓለምለኸ ቤትፍርዲ ገበን፣ *ዓቃቢ ሕጊ ምስ ካታንጋ፣* ፍርዲ ብመሰረት ዓንቀፅ 74 እቲ ኣዋጅ፣ ኣይ.ሲ.ሲ.-01/04-01/07-3436-ቲ.ኢ.ኤን.ጂ.፣ 28 ለካቲት 2006 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 1113፣ 1123።

[711] ተወከስ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭ፣ *ዓቃቢ ሕጊ ምስ ምርክሲችን ስሊቫንቻኒንን*፣ ፍርዲ፣ ኣይ.ቲ.-95 -13/1-ኤ.፣ 27 ሚያዝያ 2001 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 28-33።

[712] ዓለምለኸ ቤትፍርዲ ገበን፣ *ዓቃቢ ሕጊ ምስ ንታጋንዳ*፣ ብህዝቢ ዝተፃሕፈ ክፍሊ እቲ ፍርዲ ይግባይ ኣብ ናይ ኣቶ በስኮ ንታጋንዳን ዓቃቢ ሕግን ምስ ውሳነ ቤት ምኽሪ መጋበእያ 6 ናይ 01 ሓምለ 2011 ዓ.ም 'ፍርዲ' ዝብል ኣርእስቲ ዝተውሃቦ፣ ኣይ.ሲ.ሲ.-01/04-02/06-2666-ሬድ፣ 21 መጋቢት 2013 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 424፤ *ከምኡ እውን ተወከስ* ኤስ.ሲ.ኤስ.ኤል.፣ *ዓቃቢ ሕጊ ምስ ፎፋናን ከንዲባን*፣ ፍርዲ፣ ኤስ.ሲ.ኤስ.ኤል-04-14-ኤ.፣ 20 ግንቦት 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 299-300።

[713] ዓለምለኸ ቤትፍርዲ ገበን፣ *ዓቃቢ ሕጊ ምስ ንታጋንዳ*፣ ብህዝቢ ዝተፃሕፈ ክፍሊ እቲ ፍርዲ ይግባይ ኣብ ናይ ኣቶ በስኮ ንታጋንዳን ዓቃብ ሕግን ኣንፃር ውሳነ ቤት ምኽሪ መጋበእያ 6 ናይ 01 ሓምለ 2011 ዓ.ም 'ፍርዲ' ዝብል ኣርእስቲ ዝተውሃቦ፣ ኣይ.ሲ.ሲ.-01/04-02/06-2666-ሬድ፣ 21 መጋቢት 2013 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 424፤ *ከምኡ እውን ተወከስ* ኤስ.ሲ.ኤስ.ኤል.፣ *ዓቃቢ ሕጊ ምስ ፎፋናን ከንዲባን*፣ ፍርዲ፣ ኤስ.ሲ.ኤስ.ኤል.-04-14-ኤ.፣ 20 ግንቦት 2000 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 299-300።

ዕላማ ዝተገብረ ክኸውን ኣለዎ ንምባል ጥራሕ ዘመልክት እምበር እቲ ሓሳብ እንታይ ከም ዝነበረ ኣየገድስን።[714]

357. እቶም ቀንዲ ተግባራት ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ዘጣይሹ እንተንኣሰ ዘጠቓልልዎም፡ ቅትለት፣ ህልቂት፣ ብባርነት ምሓዝ፣ ካብ ሃገር ምብራር፣ ግዱድ ምምዝባል፣ ማእሰርቲ፣ ስቅያት፣ ንጓል ኣንስተይቲ ምዕማፅ፣ ፆታዎ ባርነት፣ ግዱድ ምንዝርና፣ ግዱድ ጥንሲ፣ ከምኡ እውን ዝኾነ ካልእ ዓይነት ፆታዊ መጥቃዕቲ፣ ብፖለቲካዊ፣ ዓሌታዊ፣ ብሄራዊ፣ ወይ ሃይማኖታዊ ምኽንያት ምስቓይ፣ ንሰባት ኣገዲድካ ምስዋር፣ ከምኡ እውን ካልኦት ዘይሰብኣዊ ተግባራት እዮም።[715]

### ለ. ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ኣብ ልዕሊ ተጋሩ

358. እንተወሓደ ብናይ መጀመርታ ኣረኣእያ መሰረት ብዙሓት ትካላት ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝተፈፀሙ ገበናት ከም ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ከም ዝቑፀሩ ወሲኖም እዮም። ንኣብነት ፀሓፊ ወፃኢ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣንቶኒ ጀይ ብሊንከን "ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ፣ ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ፣ ከምኡ እውን ሓይልታት ኣምሓራ ከም ቅትለት፣ ንጓል ኣንስተይቲ ምዕማፅን ካልኦት ዓይነታት ፆታዊ መጥቃዕትን ከምኡ እውን ምስቓይ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ፈፂሞም እዮም"፣ ከምኡ ድማ "ኣባላት ሓይልታት ኣምሓራ ከም ምብራርን ኣገዲድካ ምስግጋርን ዝኣመለሱ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ፈፂሞም እዮም፣ ኣብ ምዕራብ ትግራይ እውን ምፅራይ ዘርኢ ከም ዝፈፀሙ"ክብል ኣፍሊጡ።[716]

359. ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን ዝተገንዘብዎ ድማ፡-

> "ካብ ወርሒ ሕዳር 2013 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብ ምዕራብ ትግራይ፣ ሲቪል ሰበ ስልጣን፣ ሓይልታት ፀጥታ ክልል ኣምሓራ፣ ብስምምዕን ምናልባት እውን ብተሳትፎ ፌደራል ሓይልታት ኢትዮጵያ፣ ብዙሓት ከበድቲ ግፍዕታት ከም ኣካል እቲ መጠነ-ሰፊሕን ስርዓታውን ጉድኣት ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ትግራይ ፈፂሞም እዮም፤ እዚ ድማ ከም ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ከምኡ እውን ከም ገበን ኲናትን ዝቑፀር እዩ። እዞም ገበናት ቅትለት፣ ኣገዲድካ ምስዋር፣ ስቅያት፣ ምብራር ወይ ብሓይሊ ምስግጋር፣ ፆታዊ ዓመፅ፣ ፆታዊ ባርነትን ካልእ ፆታዊ መጥቃዕትን፣ ምስቓይ፣ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ፣ ህልቂት ከስዕብ ዝኽእል፣ ከምኡ እውን ካልኦት ዘይሰብኣዊ ተግባራት ዝሓወሱ እዮም።[717]

360. ኣብዚ ፅሑፍ ምስቲ ኣብ ላዕሊ ዝተተንተነ ብዝቃዶ መልክዑ፣ ቀንዲ ተግባራት ፅንተት ናይ ምጥያሽ ተኽእሎ ዘለዎም ተግባራት ከም ቅትለት፣ ስቅያት፣ ፆታዊ ዓመፅ፣ ህልቂት፣ ከምኡ እውን ካልኦት ዘይሰብኣዊ ተግባራት ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት እውን ከጣይሹ ይኽእሉ እዮም።[718]

---

[714] ቺለ ኢቦ-ኦሱጂ፣ "ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት፡ ኣንፃር ሰላማውያን ህዝብታት ዝቐንዐ መጥቃዕቲ" (2008)፣ 2(2) *ኣፍሪካን ጆርናል ኦቭ ሊጋል ስተዲስ* 118፣ ገፅ 122።

[715] ሕጊ ኣብ ፍሉይ ቤት ምኽርን ኣብ ፍሉይ ቤት ፅሕፈት ዓቃብ ሕግን (ኮሶቮ)፣ 05/ኤል-053 (27 ሓምለ 2007 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 13(1) (ስልጣን ምውሳን ፍሉይ ቤት ምኽሪ ኣብ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ኣብ ልምዳዊ ዓለም ለኸ ሕጊ፣ ኣብ ሮም ኣዋጅ ዝተዘርዘሩ ገበናት እውን ሓዊሱ)።

[716] ወፃኢ ጉዳይ ሚኒስቴር ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፣ ገበናት ኲናት፣ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት፣ ከምኡ እውን ምፅራይ ዘርኢ ኣብ ኢትዮጵያ ጋዜጣዊ መግለፂ፣ 11 መጋቢት 2015 ዓ.ም

[717] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 2።

[718] *ተወከስ*፡ ንኣብነት ኣብ ክፍሊ 5.ረ.3. ሀ) ብዛዕባ ጥሜት፣ እንድሕር ተረጋጊፁ "ህልቂት" ከምኡ ድማ ካልእ "ዘይሰብኣዊ ተግባር" ከጣይሽ ይኽእል እዩ፤ እዚ ከም ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት እዩ።

361. ብተወሳኺ ሓሙሽተ ተወሰኽቲ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ፍሉይ ኣገዳስነት ዘለዎም ይመስሉ እዮም፣ ፍሉይ ትኹረት እውን የድልዮም እዩ። ንሳቶም እውን ምስቓይ፤ ፆታዊ ዓመፅ፣ ምስ ጎንፂ ዝተትሓሓዘ ፆታዊ መጥቃዕቲ፣ ከምኡ እውን ካልኦት ወሲባዊ ገበናት፣ ኣገዲድካ ምምዝባል፤ ሰራሕተኛታት ሰብኣዊ ሓገዝ  ዝቕተሉሉ ኣጋጣምታት፤ ዘይሕጋዊ ማእሰርትን ኣጊዲድካ ምስዋርን እዮም። ምስዚ ልዕል ክብል ዝተገልፀ ትንታነ ብዘሰኒ መልክዑ፣ ብውሕዱ መጠነ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ (ትግራዋይ) ህዝቢ ተፈፂሙ እዩ ዘብል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ።

## 1. ምስቓይ

362. ምስቓይ እቲ ቐንዲ ተግባር ምስ ፍሉይ ሓሳብ ዝተጣመረ ምዃኑ ብመርትዖ ክረጋገፅ ዝግብኦ ገበን እዩ። ምስ ፅንተት ክወዳደር እንተሎ ግን ምስቓይ ሰፊሕ ገበን እዩ። ስፍሓቱ ብመንፅር ክልቲኦም ነቲ ዝድለ ቐንዲ ተግባር ምምልኡን ኣብቲ ዝተኸልከለ ሓሳብ ክዓልቡ ዝኽእሉ ኩነታትን ክግለፅ ዝኽእል እዩ።[719]

363. ወድዓዊ ባእታታት ምስቓይ ንምጥያሽ እቲ ፈፃሚ ኣካል ከምቶም ልዕል ኢሎም ዝተዘርዘሩ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ቀንዲ ተግባራት ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ዝተገብሩ ምዃኖም ምርኣይ ኣድላዪ እዩ። እዚኣቶም ዝተገብሩ ኣንፃር ዝተፈልጠ ጉጅለ ወይ ጥርናፈ ብመሰረት ፖለቲካዊ፣ ዘርኣዊ፣ ብሄራዊ፣ ዓሌታዊ፣ ባህላዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ፆታዊ ወይ ኣብ ዓለም ለኸ ሕጊ ዘይተፈቕዱ ምዃኖም ዝተፈልጡ ካልኦት ምኽንያታት ክኾኑ ኣለዎም። ከም መማረፂ፣ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝተፈልጠ ጉጅለ ወይ ጥርናፈ ኮነ ተባሂሉ ዝተፈፀመን ተሪርን ክለካለ መሰረታዊ መሰላት ካብቶም ዝተገለፁ ምኽንያታት ሓደ ወይ ልዕሊኡ መሰረት ብምግባር ወይ ድማ ንዓለም ለኻዊ ሕጊ ብምጥሓስ እንተተፈፂሙ ወድዓዊ ባእታታት ምስቓይ ዘጣይሽ እዩ። እዞም ትርጉማት ካብ ዓንቀፃት 7(1)(በ)ን 7(2)(ሸ)ን ሕጊ ሮም ዓለም ለኸ ገበናዊ ቤት ፍርዲ ዝተወስዱ እዮም፤ እዚኣቶም ድማ ሎሚ ልምዳዊ ዓለም ለኻዊ ሕጊ ኣብ ትሕዝቶኣዊ መዳዩ ንምብራህ ብሰፊሑ ተቐባልነት ዘለዎም እዮም።

364. ፍሉይ ሓሳብ እቲ ምስቓይ ንምርግጋፅ እቲ ፈፃሚ ነቶም ወድዓውያን ባእታታት ዝፈፀሞም "ብምኽንያት መንነት ናይቲ ጉጅለ ወይ ጥርናፈ" ክኸውን ኣለዎ።[720] እዚ ብዙሕ ግዜ "ኣድሎዎኣዊ ሓሳብ" ተባሂሉ ዝፍለጥ እዩ። ብኻል ኣባህላ እቲ ፈፃሚ ኣካል ነዞም ወድዓዊ ባእታታት ናይ ምስቓይ ኣንፃር እቲ ግዳይ(ያት) ዝፍፀሞም፣ ወይ ኣባላት ናይ ሓደ ፍሉይ ጉጅለ ኢሎም ስለ ዝሓስብዎም እዮም ወይ ኣባላት ናይ ሓደ ፍሉይ ጉጅለ ኣይኮነን ኢሎም ስለ ዝሓስብዎም እዮም። በዚ መንገዲ እዚ ፍሉይ ሓሳብ ንምስቓይ ብትፍንያቱ "እወታዊ" ወይ "ኣሉታዊ" ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ፈፃሚ ኣብ ኣረዳድኣ ባህሪ ወይ ምትእስሳር እቶም ግዳያት ልክዕ ድዩ ኣይኮነን ዝብል እውን ኣገዳሲ ኣይኮነን።

365. እቲ ልዕል ክብል ዝቐረበ መርትዖ ወሲድካ ከምኡ እውን እቶም ተፈፂሞም ዝብሃሉ ኣብ ላዕልን ኣብ ታሕትን ዝተገልፁ[721] ገበናዊ ፍፃመታት ወሲድካ፣ ትግራዋይ ብሄርነት ዘለዎም ሰባት ብሰንኪ ብሄሮም፣

---

[719] ፅንተት ብግልፂ ካብ ዝተቐመጡ ጉድኣታት ብሕጊ ተነፂሮም ንዝተቐመጡ ጉጅለታት ዝከላኸል ኮይኑ፣ ምስቓይ ዝኽልክል ድማ ኣድልዎኣዊ ዝኾነ ዒላማ ደቅ ሰባት ንገበናዊ ወይ ካልኦት ብሕጊ ዝተቐመጡ ዘይሕጋዊ ባህርታትን እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ፅንተት ኣብ ዝተፈፀመሎም ኩነታት ምስቓይ ናይ ምህላው ዕድሉ ዝለዓለ ኾይኑ፣ ግምጣል ናይዚ ሓሳብ ግን ኩሉሻዕ ሓቂ ኣይኮነን፤ ምኽንያቱ ድማ ምስቓይ ስለ ዘሎ ናይ ግድን ዘርኢ ፅንተት ኣሎ ዘብል ኣይኮነን።

[720] *ተወከስ* ኣዋጅ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ገበን፣ ዓንቀፅ 7(2) (ሸ)።

[721] ኣብዚ ዓንቀፅ ንዝተጠቕሱ ገበናዊ ፍፃመታት *ላዕለዎት ክፍልታት ተወከስ* 5.ረ.1 (ቅትለት ከም ቀንዲ ተግባር ምስቓይ)፣ 5.ረ.2 (ፍፃመታት ስቅያት ዝተገልፀሉ፣ ምናልባት እውን ቀንዲ ተግባራት ምስቓይ ዘጣይሹ እዮም)፣ 5.ረ.3.ሀ (ምስዋር ቀንዲ ተግባር ምስቓይ ከጣይሽ ይኽእል እዩ)፣ 5.ረ.4 (ፆታዊ ዓመፅ ከም ቀንዲ ተግባር ምስቓይ፣ ከምኡ እውን ፍፃመታት ስቅያትን

ፖለቲካዊ ኣረኣእይኦም፣ ከምኡ እውን/ወይ ብፆትኦም፣ ወይ ካልኦት ብዓለም ለኸ ሕጊ ኣካቲቶም ብዘይተፈቕዱ ምኽንያታት ተጋሩ ብሰንኪ ብሄሮም ዕላማ ተገይሮም እዮም ዘብል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ። እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ብውሕዱ ብመንፅር መጠነ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ትግራይ ተፈፂሙ እዩ። እዚ መደምደምታ ብመንፅር ኣብ ህዝባዊ ዝርርባት ብዝተገለፁን[722] ከምኡ እውን እቶም ፈፀምቲ ኣብ ከይዲ ምፍፃም ብዝተዘረብዎምን[723] ብዙሓት መግለፅታት ዝተደገፈ እዩ።

366. ብፍላይ ብመግለፂ እቶም ፈፀምቲ ከም ዝተረጋገፀ ኣብ ብዙሓት ኣጋጣምታት ኣገዳድካ ምድፋር እቲ ናይ ምስቓይ ሓሳብ ግልፂ እዩ።[724] ንኣብነት ሓንቲ ውፃእ መዓት፣ ወታደራዊ ኽዳን ብዝተኸድኑ ብውሕዱ ብ30 ወታደራት፣ ኣብ ገዝኣ፣ ኣብ ቅድሚ ደቃ፣ ቐትሪ ምድሪ ን11 ሰዓታት ዝኣክል ከመይ ኣቢሎም ብዙሕ ግዜ ከም ዝዓመፅዋ ገሊፃ እያ። ዓል 6 ወርሒ ህፃን ዓላ ብኽያት ምስ ጀመረት ክተቀባጥረላ ደልያ እኳ እንተነበረት፣ ሓደ ወታደር ግን፡ "ግደፍያ ትብከ ትግራወይቲ ኣይኮነትን ድያ?" ኢልዋ።[725]

367. ካልእ ኹነት ምስ ምህላው ናይ ምስቓይ ሓሳብ ተቓዳውነት ዘለዎ ድማ ኣቀራርባ ፀብፃቦም ንተጋሩ ዝድግፍ ወይ ንሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ድማ ዘይድግፍ ተባሂሎም ዝሕሰቡ ጋዜጠኛታት ዕላማ ዝግበሩ ዝነበሩ ምኺኖም እዩ። ኣብ ልዕሊ ጋዜጠኛታት ተጋሩ ይኹኑ ካልኦት ዋላ እውን ወፃእተኛታት፣ ብፍላይ ድማ ኣብ እዋን እቲ ጎንፂ ገበን ከም ዝተፈፀሞም ዘርእይ መርትዖ ኣሎ።[726]

368. መድረኽ መራኽቢ ሓፋሽ ኢትዮጵያ ብምኽንያት ፖለቲካ ብዝተጋደደ ኣፈላላይ ዓሌት የዐርዩ ዝተረሓሓቐ እዩ። ጋዜጠኛታት "ጭብጢ እንትምስርቱ ምስ ዓሌታዊ ድሕረ ባይትኦም ብዝኸደሎም መንገዲ" ዝገብርዎ እዩ ዝመስል፣[727] ከምኡ እውን "ብመስመር ከባብያውነትን ዓሌትነትን ሕብረት ዝፈጥሩ" እዮም ዝመስሉ፣[728] እዚ ምግባሮም ድማ ናይ ባዕሎም ስነ-ሓሳባዊ ድሌት ጥራሕ ዝድግፉሎም ፍልፍላት ኣብ ምጥቃም የዐርዮም ዝዛዘዉ እዮም፣ ከምኡ እውን "ካብ ካልኦት ብሄራት ዝመፅኡ ነቲ ዛንታ ሚዛን ዘትሕዙ ፍልፍላት ብዘይ ምጥቃስ ይነፅጉ።"[729] መብዛሕትኦም ዓንቀፃት ዜና ብሰንኪ "ውፅኢት ኣልቦ ምግባር" ዝብሃሉ ኣቀራርባታት ሚዛኖም ዝሓለዉ ኣይኮኑን። እዙይ እንትባሃል "ጠቕምቲ መዳያት ናይ ሓደ ከም ፀላኢ ዝሕሰብ ዓሌታዊ ወይ ፖለቲካዊ ጉጅለ ክትፈልጥ ዘይምድላይ፣ ተኺሳሕቲ ኽፍልታት ናይ ሓደ ጭብጢ ደንገርገር ክፈጥሩ ምእንቲ ዘይክንፀሩ ምግባር፣ ካብቲ ዋና ጭብጢ ምውፃእ፣ ነቲ ኻልእ ወገን ምፅብባቕ፣ ነቲ ጉዳይ ዓሌታዊ ብዘይኮነ ወይ ዘካትዕ ከም ዘይኮነ ኣምሲልካ ምቕራብ"፣ ከምኡ

---

ኣብ ትሕቲ ባርነት ምእታውን ከም ቀንዲ ተግባራት ምስቓይ ዝተገለፅሉ)፣ ከምኡ እውን *ተወከስ ታሕተዎት* ክፍልታት 6.ለ.2 (ኣገዳድካ ምድፋርን ፆታዊ ዓመፅን ከም ቀንዲ ተግባር ምስቓይ)፣ 6.ለ.3 (ግዱድ ምምዝባል ከም ቀንዲ ተግባር ምስቓይ)፣ ዓንቀፅ 397 (ቅትለት ከም ቀንዲ ተግባር ምስቓይ)፣ 6.ለ.4 (ዘይሕጋዊ ማእሰርትን ኣገዳድካ ምስዋርን ከም ቀንዲ ተግባራት ምስቓይ)።

[722] *ኣብ ላዕሊ ተወከስ* ኣብ ክፍሊ 5.መ.1.U) (ህዝባዊ ዝርርብ ብኢትዮጵያውያን ብዓበይቲ ዓዲ)፣ ከምኡ እውን ቪ.ኤፍ.3 (ኣብ ማሕበራዊ መራኸብታት ሓዊሱ፣ ፅልኢ ዘረባ ኣብ ህዝባዊ ዝርርብ ኣንፃር ተጋሩ)።

[723] *ተወከስ*፣ ብመንፅር ኣገዳድካ ምድፋርን ፆታዊ መጥቃዕትን፣ ዓንቀፅ 103 (መግለፅታት ብፈፀምቲ ዝምልከት) ከምኡ እውን ክፍልታት 5.መ.2.U) (ህዝባዊ ዝርርብ ብሓይልታት ኣምሓራ)፣ 5.መ.3.U) (ኤርትራውያን ፈፀምቲ ዝተብሃሉ)፣ቪ.ኢ.4 (ናይ ብዙሓት ፈፀምቲ መግለፅታት ምዝርዛር)።

[724] *ኣብ ላዕሊ ተወከስ* ክፍሊ 5.ረ.4. ከምኡ እውን ኣብ ታሕቲ ክፍሊ6.ለ.2።

[725] ቴራ ሚጃላንድን ክብሮም መብራህቶምን፣ *ምዝራብ ንዘይተዘረበሉ፡ ኣብ ክሊ ድሕረ ፆታዊ ዓመፅ ከም መሳርሒ ኲናት ኣብ ትግራይ፣ ሰሜን ኢትዮጵያ*(2015 ዓ.ም)፣ ኣብ 4፡16 ደቓይቕ።

[726] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 172።

[727] ቢኖን ሀርበርት ኦሉካ፣ "ሚድያታት ዜና ኢትዮጵያ ሓደገኛ ብዝኾነ ዓሌታዊ መስመር ከመይ ኢሎም ተመቓቒሎም ኣለዉ" (ኦክስፎርድ ዩኒቨርሲቲ ሮይተርስ ኢንስቲትዩት 14 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[728] ተርጀ ስክጀርዳልን ሙላቱ ኣለማየሁ ሞገስን፣ *ሚድያታት ኢትዮጵያ ዓሌታውያን ምግባር*(ኢንተርናሽናል ሚዲያ ሳፖርት ኤንድ ፎጆ ሚድያ ኢንስቲትዩት፣ 2020)፣ ገፅ 5።

[729] ተርጀ ስክጀርዳልን ሙላቱ ኣለማየሁ ሞገስን፣ *ሚድያታት ኢትዮጵያ ዓሌታውያን ምግባር*(ኢንተርናሽናል ሚዲያ ሳፖርት ኤንድ ፎጆ ሚድያ ኢንስቲትዩት፣ 2020)፣ ገፅ 5።

እውን “ንኻልእ ምዓላ ምጥቃም” እዚ ማለት ድማ ካብ ካልእ ፍልፍል ሓበሬታ ወሲድካ ካልእ ብሄራዊ ጉጅለ ዝገብሮ ዘሎ ጌጋ ምቕላዕ፣ ሓድነት ንምፍጣር ንዛንታታት ብትኹረት ምልክታዊ ምትእስሳር ምግባር፣ ግዳይነት፣ ነቲ ኻልእ ወገን ምውቃስን ንኻልኦት ምንእኣስን”[730] ማለት እዩ።

369. ኣብ እዋን ኲናት ትግራይ ሓሳብ ናይ ምግላፅ ናፅነት ኣብ ኢትዮጵያ የዐርዩ ተሃስዩ እዩ። ኣብ 2014 ዓ.ም ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት ዘውፅኦ ተርታ ኢትዮጵያ 50.53 ነጥቢ ረኺባ፣ እዚ ድማ ካብ 180 ሃገራት መበል 114 ይሰርዓ። ኣብ 2013 ዓ.ም ኢትዮጵያ መበል 99 እያ ተሰሪዓ።[731]

370. ኣብ ብዙሓት ዓመታት ንመጀመርታ ግዜ፣ ንኒዮርክ ታይምስ ዝፅሕፍ ዓለም ለኻዊ ኣቐባሊ ዜና ዝኾነ ሳይሞን ማርክስ ኣብ ወርሒ ግንቦት 2013 ዓ.ም ካብ ኢትዮጵያ ተባሪሩ እዩ፤ ተዋሂቡዎ ዝነበረ ኣፍልጦ እውን ተኣጊዱ እዩ።[732] በዓል መዚ ብሮድካስቲን ኢትዮጵያ ንማርክስ ዝኸሰሶ ኣብ ኲናት ትግራይ ኣመልኪቱ” ናይ ምህዞ ዜናታት” ብምዝርጋሕ ዝብልን ከምኡ እውን “ዘይሚዛናዊ ኣቀራርባ” ብዝብልን ወቒስዎ እዩ።[733] ብዛዕባ ቖጠባ ዜና ዘቐብል ቶም ጋርድነር ኣብ ወርሒ ሓምለ 2013 ዓ.ም ንኽልል ኣምሓራ ኣብ ዝበፅሓሉ ግዜ ብፌደራል ፖሊስ ኢትዮጵያ ከም “ፀላኢ” ተራእዩን ብርእሲ/ሰደፍ ጠበንጃ ተወቒዑን እዩ፤ ስዒቡ ኣብ ወርሒ ግንቦት 2014 ዓ.ም ድማ ካብ ኢትዮጵያ ተባሪሩ እዩ።[734]

371. ይኹን እምበር ኢትዮጵያውያን ጋዜጠኛታት ድማ ብዝኸፍአ እዮም ተታሒዞም።[735] ዘይሻራውያን ጋዜጠኛታት ኣብ ኢትዮጵያ ብዛዕባ እቲ ኹናት ኣመልኪቱ መንግስቲ ካብ ዝህቦ ዕላዊ መግለፂ ዝተፈለየ ዘቕረቡ ተኣሲሮምን[736] ኣካላዊ መጥቃዕቲ በፂሑዎምን[737] እዩ። እቲ ጎንፂ ምስ ተልዓለ ኣብ ውሽጢ ውሑዳት መዓልታት ንመራኸብቲ ሓፋሽ ትግራይ ዝሰርሑ ኢትዮጵያውያን ፀብፀብቲ ተኣሲሮም እዮም።[738] ኣብ ወርሒ ጥሪ 2013 ዓ.ም ሓይልታት ፀጥታ ዳዊት ከበደን በረኸት በርሀን ንዝተብሃሉ ጋዜጠኛታት ኣብ መቐለ ቀቲሎሞም እዮም።[739] ኣብ ወርሒ ለካቲት 2013 ዓ.ም ኢትዮጵያዊት ጋዜጠኛ ሉሲ ካሳ ኣብ ጥቓ ገዝኣ ተወቒዓ እያ፤ ከምኡ እውን “ዜና ሓሶት ኣጋፊሕኺ” ከምኡ ድማ “ንናይ ትግራይ ጁንታ ደጊፍኪ” ተባሂላ ተኸሲሳ እያ።[740] ንሳ ዝፀሓፈቶ፦

> “ብሓይልታት መንግስቲ ዝተፈፀሙ ገበናት ኣብ ዘቃልዓሉ ግዜ ወይ ድማ ምስ ናይ መንግስቲ ዛንታ ዘይኸዱ ዜናታት ኣብ ዘቕርበሉ ግዜ፣ ንዝተዋደደ መጥቃዕቲ ግዳይ እኸውን፣ ከምኡ እውን ምፍርራሕን ኣብ መራኸብታት ናይ ፅልኢ ወፍሪ ዝተሓወሰን እዩ። እዞም ከምዚ ዓይነት ተግባራት

---

[730] ቢኖን ሀርበርት ኦሉካ፣ “ሚድያታት ዜና ኢትዮጵያ ሓደገኛ ብዝኾነ ዓሌታዊ መስመር ከመይ ኢሎም ተመቓቒሎም ኣለዉ” (ኦክስፎርድ ዩኒቨርሲቲ ሮይተርስ ኢንስቲትዩት፣ 14 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[731] ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት፣ “ጋዜጠኛ ተጠቒዓ፣ ኣብ ውሽጢ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዘሎ ገዝኣ ተፈራሪሓ” (*ጋዜጠኛታት ብዘይ ዶብ*፣ 03 ለካቲት 2013 ዓ.ም)። ኣብዚ ክስትውዓል ዘለዎ ኣብ 2015 ዓ.ም ደረጃ ኢትዮጵያ ኣንቆልቊሉ ናብ መበል 130 በፂሑ እዩ። ናፅነት ፕረስ ዘየተኣማምን ኮይኑ፡ ሰበ ስልጣን ተጋሩ እውን “ምስ ፀላኢ ተሓባቢርኩም ኢኹም” ብዝብል ንሓሙሽተ ጋዜጠኛታት ብምኽሳሶም ተወቒሶም እዮም (ዕለቱ ዘይፍለጥ)፤ *ተወከስ*ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ምብራቕን ደቡባውን ኣፍሪካ፡ ናፅነት ፕረስ ንምዕጋት ኣብ ጋዜጠኛታት ዝግበር መጥቃዕቲ ይውስኽ ኣሎ* (25 ሚያዝያ 2015 ዓ.ም)።

[732] ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት፣ “ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት ሃንደበታዊ ምብራር ጋዜጠኛ ኒዮርክ ታይምስ ካብ ኢትዮጵያ ኣወጊዙ” (*ጋዜጠኛታት ብዘይ ዶብ*፣ 13 ግንቦት 2013 ዓ.ም)

[733] ኣብዲ ለጢፍ ዳሂርን ዲክላን ዎልሽን፣ “ኢትዮጵያ ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ትዋግኣሉ ግዜ፣ ተሪር ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ጋዜጠኛታት ተወሲዱ” (ኒዮርክ ታይምስ፣ 05 ግንቦት 2013 ዓ.ም)።

[734] ቶም ጋርድነር፣ “ኣነ ፀብፃቢ ኲናት ኣብ ኢትዮጵያ እየ ነይረ፤ ደሓር ግን ፀላኢ ኾይነ” (*ዘ ኢኮኖሚስት*፣ 17 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[735] *ከምኡ እውን ተወከስ*ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 172-173።

[736] ዘላለም ሽፈራው ወልደሚካኤል፣ “ዋላ እኳ ሕግታት እንተተመሓየሹ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ ጋዜጠኛታት ኣብ ኢትዮፕያ ቐፂሉ” (*ኢትዮጵያ ኢ ንሳይት*፣ 02 ታህሳስ 2015 ዓ.ም)

[737] ቶም ጋርድነር፣ “ኣነ ፀብፃቢ ኲናት ኣብ ኢትዮጵያ እየ ነይረ፤ ደሓር ግን ፀላኢ ኾይነ” (*ዘ ኢኮኖሚስት*፣ 17 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[738] ኣብዲ ለጢፍ ዳሂርን ዲክላን ዎልሽን፣ “ኢትዮጵያ ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ትዋግኣሉ ግዜ፣ ተሪር ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ጋዜጠኛታት ተወሲዱ” (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣05 ግንቦት 2013 ዓ.ም)።

[739] ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ፣ ጋዜጣዊ መግለፂ ኣብ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ትግራይ፣ 14 ጥሪ 2013 ዓ.ም።

[740] ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት፣ “ጋዜጠኛ ተጠቒዓ፣ ኣብ ውሽጢ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዘሎ ገዝኣ ተፈራሪሓ” (*ጋዜጠኛታት ብዘይ ዶብ*፣ 03 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

ቀንዲ ዕላምኦም እቶም ዝፍፀሙ ዝነበሩ ግፍዕታት ጠጠው ከይብሉን ከይፍለጡን ንምግባር እዩ። [...] ኣነ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝርከብ ገዛይ ኣብ ወርሒ ለካቲት 2013 ዓ.ም መጥቃዕቲ በፂሑኒ እዩ። ሰለስተ ናይ ፀጥታ ልኡኻት ሃንደበታዊ ገዛይ ወሪሮም ምስ መፅኡኒ ብዛዕባ እቲ ኹናት ሓበሬታ ምውፃእ ዝቕፅል እንድሕር ደኣ ኾይነ ከም ዝቐትሉኒ ኣፈራሪሖምኒ እዮም። ብኤርትራውያን ወታደራት ዝተፈፀመ ብመሳርሒ ዝተሓገዘ ፆታዊ መጥቃዕቲ ሓንቲ ሰበይቲ ኣብ ሓደ ወታደራዊ መዓስከር ብ15 ወታደራት ኤርትራ ብጉጅለ ዝተዓመፀትሉን ስቅያት ዘብፅሑላን ብዝምልከት ንምፅራይ ብዝብል ኣኪበዮ ዝነበርኩ መርትዖ ወሰዲደሞ እዮም። [...] እቲ ገዛይ ካብ ዝውረር ድሒሪ ውሑዳት መዓልታት እቲ ዝገበርኩዎ ምፅራይ ኣብ ሎስ ኣንጀለስ ታይምስ ተሓቲሙ እዩ። ኣብ ውሽጢ ሰዓታት ድማ ሰበ-ስልጣን ኣነ ሕጋዊት ጋዜጠኛ ከም ዘይኮንኩ ዝገልፅ መግለፂ ሂቦም። መራኸብቲ ሓፋሽ መንግስቲ ኢትዮጵያን ደገፍቶምን ንዓይ ከም ሓንቲ ገበነኛ እዮም ከቕርቡኒ ፈቲኖም። ነታ ዓዲ ገዲፈ ኽወፅእ ድማ ተገዲደ።”[741]

372. ኣብ ሰነ 2013 ዓ.ም ጋዜጠኛ ኣበበ ባዩ ብዛዕባ ኲናት ትግራይ ስለ ዝፀብፀበ ተኣሲሩ እዩ።[742] ኣብ ሕዳር 2013 ዓ.ም ናፃ በዓል ሙያ ኾይኑ ቪድዮ ዝፅብፅብ ንኣሶስየትድ ፕረስ ዝሰርሕ ኣሚር ኣማን ኪያሮ ምስ ጋዜጠኛታት በዓል ቶማስ እንግዳን ኣዲሱ ሙሉነህን ኮይኑ ተኣሲሩ እዩ፤ መእሰሪኦም ምኽንያት እውን ናይ ጉጅለ ራዕዲ ዕላማ ኣገልጊልኩም ዝብል 'ዩ።[743] ካልኦት ኣርባዕተ ጋዜጠኛታት እውን ካብ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ጀሚሮም ኣብ ቀይዲ ውዒሎም እዮም።[744]

373. ኣብ ግንቦት 2014 ዓ.ም ብውሕዱ ትሽዓተ ጋዜጠኛታት ተኣሲሮም እዮም፤ እቶም ክልተ ምስ ሰብ ከይራኸቡ ዝተገብሩ እዮም፣ እቶም ክልተ ድማ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ባህርዳር ዝተኣሰሩ እዮም።[745] ኣብ ሰነ 2014 ዓ.ም ክልተ ጋዜጠኛታት “ኣብ ክልላት ትግራይን ኦሮሚያን ዝተፈፀሙ ገበናት ብምስናዶም ዝተተሓሓዘ” ብሞት መቕፃዕቲ ዘቕፅዕ ኣንፃር ሕገ-መንግስቲ ምብርዓድ ተኸሲሶም እዮም።[746] ሂዩማን ራይትስ ዎች ከም ዝበሎ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝተፈፀሙ ግፍዕታት ዝፀብፀቡ ዓሰርተ ጋዜጠኛታት ክሳብ ሓደ ወርሒ ዝኣክል ምስ ሰብ ከይራኸቡ ተኸልኪሎም ተኣሲሮም እዮም።[747] ኣብ መስከረም 2014 ዓ.ም ሲሳይ ጎበዜን መኣዛ መሓመድን ዝተብሃሉ ጋዜጠኛታት እውን ኣብ ግጭት ትግራይ ሸፊነ ስለ ዝሃቡ ተኣሲሮም እዮም።[748]

374. ብዙሓት ጋዜጣታት እውን ተኣጊዶም እዮም ወይ ተዓፅዮም እዮም፤ ካብኣቶም ሓደ ኣዲስ ስታንዳርድ ዝተብሃለ ኮይኑ እዚ ድማ “ኣብ ኢትዮጵያ ካብቶም ኣለዉ ዝብሃሉ ብትሪ ዝነቕፍ መራኸቢ እዩ።”[749]

---

[741] ሉሲ ካሳ፣ “ኣብ ኲናት ዘለዉ ሓቅታት ስለ ዘቃልዑ ጋዜጠኛታት ዝበፅሖዎም ሓደጋታት” (*ዘ ኢኮኖሚስት ፣*ግንቦት 2014 ዓ.ም)።

[742] ዓለምለኻዊ ፌደሬሽን ጋዜጠኛታት፣ *ኢትዮጵያ፡ ዘየናሕሲ ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ወታደራዊ ግጭት ሸፈነ ዝሀቡ ጋዜጠኛታት* (01 ሓምለ 2013 ዓ.ም)

[743] ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት፣ “ከም ብሓድሽ ኣብ ዝተልዓለ ስጉምቲ ብዙሓት ጋዜጠኛታት ኣብ ኣብ ኢትዮጵያ ተኣሲሮም” (*ጋዜጠኛታት ብዘይ ዶብ*፣ 03 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[744] ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት፣ “ከም ብሓድሽ ኣብ ዝተልዓለ ስጉምቲ ብዙሓት ጋዜጠኛታት ኣብ ኣብ ኢትዮጵያ ተኣሲሮም” (*ጋዜጠኛታት ብዘይ ዶብ*፣ 03 ለካቲት 2013 ዓ.ም)

[745] ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት፣ “ማዕበላዊ ማእሰርቲ ሰራሕተኛታት ሚድያ ኣብ ኢትዮጵያ” (*ጋዜጠኛታት ብዘይ ዶብ፣* 16 ግንቦት 2014 ዓ.ም)።

[746] ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት፣ “ዓሰርተ ሸሞንተ ጋዜጠኛታት ኣብ ኢትዮጵያ ተኣሲሮም፣ እቶም ክልተ ናይ ሞት መቕፃዕቲ ከጋጥሞም ይኽእል እዩ” (*ጋዜጠኛታት ብዘይ ዶብ*፣ 26 ግንቦት 2014 ዓ.ም)

[747] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ብብሄሮም ተጋሩ ዝኾኑ ብሓይሊ ተሰዊሮም* (12 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።

[748] ኢንተርናሽናል ፕረስ ኢንስቲትዩት፣ *ኢትዮጵያ፣ ኢንተርናሽናል ፕረስ ኢንስቲትዩት* *ዝተኣሰሩ ጋዜጠኛታት ሲሳይ ጎበዜን መኣዛ መሓመድን ክፍትሑ ፀዊዑ* (09 መስከረም 2015 ዓ.ም)።

[749] ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት፣ “ተፈታዊ ማዕኸን ዜና ኣብ ኢትዮጵያ ብኢደ ወነን ተኣጊዱ” (*ጋዜጠኛታት ብዘይ ዶብ*፣ 10 ሓምለ 2013 ዓ.ም)።

## 2. ኣገዲድካ ምድፋር፣ ምስ ጎንፂ ዝተትሓሓዘለ ፆታዊ መጥቃዕቲ፣ ከምኡ እውን ካልኦት ወሲባዊ መጥቃዕትታት

375. ተጋሩ ግዳይ ኣገዲድካ ምድፋርን ካልኦት ፆታዊ መጥቃዕትን ከም ዝኾና ዘእምን ምኽንያታዊ መበገስታት ኣሎ እዩ፤ እዚ ድማ እንተወሓደ ብመዳይ መጠነ-ሰፊሕ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ተጋሩ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈፀመ እዩ። እቲ መጠነ-ሰፊሕ ኣገዲድካ ምድፋርን ፆታዊ መጥቃዕትን ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ኣንስትን ኣዳላትን ብዝግባእ ተሰኒዱ እዩ።[750] ቀፃሊ ዘሎ ትንታነ ብዛዕባ ኣገዲድካ ምድፋር፣ ፆታዊ መጥቃዕቲ (ኣብ ልዕሊ ሰብኡት ሓዊሱ) ከምኡ እውን ካልኦት ወሲባዊ ገበናት ከም ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ዝምልከት እዩ። ክንበብ ዘለዎ እውን ምስቶም ልዕል ኢሎም ኣብ ክፍሊ 5.ረ.2ን ኣብ ክፍሊ 5.ረ.4ን ዝተገልፁ ተግባራት ተወሲኹ ክኸውን ኣለዎ፣ ክዛመድ ዘለዎ እውን ምስ ክልቲኦም ዝተኸልከሉ ከቢድ ኣካላዊ መጉዳእትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ስቅያትን ከምኡ እውን ወሊድ ናይ ምኽልካል ተግባራት ፅንተት እዩ።

376. ኣብ ሆስፒታል ዓድግራት ጥራሕ እቲ ግጭት ካብ ዝጅምረሉ ግዜ ኣትሒዙ ክሳብ መወዳእታ ግንቦት 2013 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ 376 ጉዳያት ኣገዲድካ ምድፋር ተፀብፂቦም እዮም።[751] ኣብ ሞንጎ ሕዳርን ሰነን 2013 ዓ.ም ኣብ ሙሉእ ትግራይ ን2,204 ግዳያት ንዘጋጠመን ፆታዊ መጥቃዕቲ ስዒቡ ሕክምናዊ ሓገዝ የድልየን ነይሩ።[752] ኣብ ክልል ኣምሓራ ግዳይት ፆታዊ ዓመፅ ዝኾና ተጋሩ ኣብ ሞንጎ ኣዋርሕ ሕዳርን ታህሳስን 2013 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ሓደ ወርሒ ጥራሕ 306 ንቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሪፖርት ገይረን እየን።[753] "ውሑድ ግምት ዘቐመጡ" ካልኦት ፀብፃባት ኣስታት 10,000 ኣንስቲ ኣብ ትግራይ ግዳይ ኣገዲድካ ምድፋር ኮይነን እየን፣ ካልኦት ዘይተፀብፀቡ ሓደጋታት ድማ ብዙሓት እዮም።[754]

377. እቲ ፆታዊ መጥቃዕቲ "ብብዙሓት ፈፀምቲ ኣገዲድካ ምድፋር፣ ባዕዲ ነገራት ምእታው፣ ኣገዲድካ ምድፋር ምስ ኣብ ስሩዕን ዘይስሩዕን ኩነት ብኢደ ወነንካ ዝግበር ማእሰርቲ፣ ከምኡ እውን ብዕሊ/ኣብ ቅድሚ ኣባላት ስድራ ዝግበር ፆታዊ መጥቃዕቲ"[755] ዝሓቖፈ እዩ፤ እዚ ድማ ሰራዊት ኤርትራ ካብ ሚዛን

---

[750] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፤ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *"ሰብ ምኳነይ ዝተረድኡ ኣይመስለንን"፡ መድፈርትን ካልኦት ፆታዊ ዓመፃትን ኣብ ጎንፂ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ* (5 ነሓሰ 2013 ዓ.ም) ኤ.ኤፍ.ኣር.25/4569/2021፣ ገፅ 5 ("መጠነ-ሰፊሕ ኣገዲድካ ምድፋር ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ኣንስትን ኣዳላትን) ብሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ብሃገራዊ ሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያ፣ ብኣምሓራ ክልላዊ ፖሊስ ፍሉይ ሓይሊ፣ ከምኡ እውን ፋኖ፣ ከምኡ እውን ዘይስሩዕ ኣምሓራ ጉጅለ ምልሻ [...] ከም ገበናት ኲናት ዝቖፀሩ እዮም፣ ምናልባት እውን ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ክሕሰቡ ዝኽእሉ እዮም")፤ ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" ( 9 መስከረም 2015 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./51/46፣ (*ተወከስ* ዓንቀፅ 55፡ "ፆታውን ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቃዕትን (ኤስ.ጂ.ቪ.ቢ.)፣ ብፍላይ ኣገዲድካ ምድፋር ዕጥቃዊ ጎንፂ ካብ ዝተለዓለሉ ጀሚሩ ብዘሰንብድ ደረጃ እዩ ተፈፂሙ")።

[751] ሃይላይ ገሰሰው፣ ኪሮስ ብርሃነ፣ ኤልያስ ኤስ.ስራጅ፣ ካልኦትን "ፅልዋ ኹናት ኣብ ስርዓተ-ጥዕና ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ: ገምጋም" 2013 (6) ቢ.ኤም.ጀይ. ግሎባል ሄልዝ፣ ገፅ 4።

[752] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ (22 ጥቅምቲ 2015)፣ ገፅ 22።

[753] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 22።

[754] ወፃኢ መደበት ኣውሮፓ ምስ ኣፍሪካ (ኢ.ኢ.ፒ.ኤ)፣ *ኩነታዊ ፀብፃብ፣ ፍሉይ መብርሂ ቁፅሪ 3 "ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ኣብ ትግራይ"* (29 ለካቲት 2013 ዓ.ም)። *ከምኡ እውን ተወከስ* ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 52 ("እቲ ኮሚሽን ብወሃብቲ ክንክን ጥዕና ኣብ ሽውዓተ ኣብ ሓደ ቦታ ብዙሕ ኣገልግሎት ዝህቡ ናቑጣታት ኣብ ትግራይ ቁፅሪ ክንክን ዝደልያ ግዳያት ፆታዊ መጥቃዕቲ ኣብ ሞንጎ ሕዳር 2013 ዓ.ምን ሓምለ 2015 ዓ.ምን ዝነበረ ግምታት ጠሚሩ እዩ። እዚ ቑፅሪ እዚ ጥራሕ ካብ 10,000 ግዳያት ዝዛይድ ኮይኑ፣ ብቐንዱ ድማ ኣንስትን ኣዳላትን እየን")።

[755] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 57።

ንላዕሊ ብበዝሒ ንዝፍፀሙ ፆታዊ መጥቃዕትታት ሓላፍነት ዝወስድ ይመስል፤ “እዚ ድማ በቶም ዝኸፍኡ መልክዓት ጭካነ ዝተዓጀበ እዩ።”[756]

378. ተጋሩ ኣጓላትን ኣንስትን ብብዙሓት ጉጅለ ፈፀምቲ እየን ተደፊረን፣ 44% ግዳያት ብወታደራት ኢትዮጵያ፣ 33% ብወታደራት ኤርትራ፣ 6% ብምልሻ ኣምሓራ (ፋኖ)፣ 6% ብሕብረት ኢትዮጵያን ኤርትራን ወታደራት ከም ዝኾኑ እዩ ተፀብፂቡ፣ (ን11% ዝኾና ግዳያት ኣገዲድካ ምድፋር ኣየናይ ጉጅለ ከም ዝፈፀሞ ሓበሬታ የለን)።[757]

379. ብዙሓት ውፃእ መዓት ከም ዝበልኦ “ወታደራት ኤርትራ ንደቂ ኣንስትዮ ተጋሩ ኸጥቅዑ ከም ዝተኣዘዙ ምዝራቦም” ይኹን ደኣ እምበር “ኣየናይ ኣካል ከምዚ ዓይነት ትእዛዝ ከም ዝሃቦም ግን ሓባሪ የለን።”[758] ሰራሕተኛታት ጥዕና ከም ዝገለፅዎ ድማ እቶም ፈፀምቲ መጥቃዕቲ ኣብ ዝፍፅምሉ እዋን ጭንጫ፣ ምስማር፣ ካልኦት ነገራት ናብ ኣካላት እተን ደቂ ኣንስትዮን ሰብኡትን ብሓይሊ የእትዉ ነይሮም፤ ሰብኡት ድማ ንኣባላት ስድርኦም ክዕምፁ ተገዲዶም እዮም፤ ከምኡ እውን ብዙሓት ግዳይት ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ተለኺፈን እየን።[759] እዚ ኹነታት ዝተጋደደ ድማ ብሰንኪ እቲ ውግእን ዝምታን ብዙሓት ክሊኒካት ጥዕና ኣብ ከተማታት ትግራይ ብምዕፃወን እዩ።[760] ሓንቲ ስደተኛ ከም ዝበለቶ ኣብ ሓደ መዓልቲ ብዙሓት ወታደራት ኤርትራ ንሓንቲ ዓርካ ክልተ ሻዕ ከም ዝዓመፅዋ ገሊፃ እያ፤ ካልኦት ዝበልኦ ድማ ኣንስቲ ብኤርትራውያን ወታደራት ከም ዝተወሰዳን ደሓር ድማ ተዓሚፀን ከም ዝተመልሳን መስኪረን እየን።[761]

380. ኒዮርክ ታይምስ ከም ዝፀብፀበ ብዕለት 25 ሕዳር 2013 ዓ.ም ኣብ ገዝኣ ኣብ ዓብዪ ዓዲ ኣብ ማእኸለይ ትግራይ ጓል 18 ዓመት ትግራወይቲ ተምሃሪት ካብ ናይ ሓደ ወታደር ኢትዮጵያ ፈተነ ኣገዲድካ ምድፋር ድሒና እያ። ምስቲ ምስኣ ኣብ ሓደ ገዛ ዝነበረ ኣቦሓጉኣ ፆታዊ ርክብ ክትገብር እያ ተኣዚዛ። እቲ ኣቦሓጉኣ ምስ ኣበየ ኣብ እግሩ ተኹሲም ወቒፆም ኣብ ክሽነ ድማ ዓፅውዎ።[762] ብድሕሪኡ እቲ ወታደር ናብታ ጓል ተመሊሱ እንዳተቓለሱ እንዳሃለዉ እንተዘይተማእዚዛቶ ክትኩሰላ ምኺኑ ኣፈራርሓ። ናብ የማናይ ኢዳን እግራን ድማ ተኮሰላ። እቲ ኢዳ ተቖሪፁ፣ እቲ ናይ እግራ ዓፅሚ ግን ተሰባቢሩ ተረፉ።[763]

381. ሓደ ዶክተር ኣብ መቐለ ከም ዝገለፆ ድማ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ 19 ሕዳር 2013 ዓ.ም ንመቐለ ድሕሪ ምቁፅፃሩ ኣብ ሓደ መዓልቲ ብውሕዱ ሰለስተ ሕሙማት ከም ዝቕበሉ ገሊፁ[764]። ኣብ ሞንጎ ታህሳስን

---

[756] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 58።

[757] ኢንሰክዩሪቱ ኢንሳይት፣ *ፆታዊ መጥቃዕቲ ኣብ ኢትዮጵያ ኽልል ትግራይ* (19 መጋቢት 2013 ዓ.ም)። *ከምኡ እውን ተወከስ* ሓኻይም ንሰብኣዊ መሰላትን ትካል ንፍትሕን ተሓታታይነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን፣ *ዝተጠልሙ መፅብዓታት፡ ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፃት ቅድምን ድሕርን ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ኣብ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ* (ነሓሰ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 13 (ኣብዚ ዓይነታዊ መፅናዕቲ 304 ናይ ሕክምና መዛግብቲ ምስ ጎንፂ ዝዛመድ ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ ዘርእዩ እዮም፣ “ኣብ ሞንጎ ፈፀምቲ ምትእስሳር ከም ዘሎ ሓባሪ ኣሎ (ቁፅሪ=197)፡ 73 ሚኢታዊት ናይቶም ፈፀምቲ ኣባላት ዕጡቓት ሓይልታት ኤርትራ ምዃኖም እዮም ተፈሊጦም፣ 10 ሚኢታዊት ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ከም ዝኾኑ፣ 9 ሚኢታዊት ኣባላት ፋኖ ምልሻ ከም ዝኾኑ፣ 8 ሚኢታዊት ኣባላት ዕጡቓት ሓይልታት ኢትዮጵያ ከም ዝኾኑ፣ 1 ሚኢታዊት ድማ ፍሉይ ሓይሊ ዓፋር ከም ዝኾኑ እዩ ተፈሊጡ“)።

[758] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 58።

[759] ሳይሞን ማርክስን ዲክላን ዎልሽን፣ “ከይንከላኸል ነኒሮምና፣ ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ ፆታዊ መጥቃዕቲ ተስፋሕፊሑ” (*ኒው ዮርክ ታይም፣* 23 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[760] ሳይሞን ማርክስን ዲክላን ዎልሽን፣ “ከይንከላኸል ነኒሮምና፣ ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ ፆታዊ መጥቃዕቲ ተስፋሕፊሑ” (*ኒው ዮርክ ታይም፣* 23 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[761] የናት መርስኤ፣ ጁሊያ ፓራቪቸኒን ካትሪን ሆሬልድ፣ “ድርብ ዛዕባ፣ ኣብ ኲናት ሕድሕድ ኢትዮጵያ፣ ሰራዊት ኤርትራ ቀታሊ ዝኾነ ሕነ ምፍዳይ ኣብ ናይ ቀደም ፀላእቱ ወሲዱ” (*ሮይተርስ*፣ 22 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም) (ሮይተርስ ነዞም ፀብፃባት ከረጋግፆም ኣይከኣለን)።

[762] ሳይሞን ማርክስን ዲክላን ዎልሽን፣ “ከይንከላኸል ነኒሮምና፣ ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ ፆታዊ መጥቃዕቲ ተስፋሕፊሑ” (*ኒው ዮርክ ታይም፣* 23 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[763] ሳይሞን ማርክስን ዲክላን ዎልሽን፣ “ከይንከላኸል ነኒሮምና፣ ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ ፆታዊ መጥቃዕቲ ተስፋሕፊሑ” (*ኒው ዮርክ ታይም፣* 23 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[764] ሳይሞን ማርክስን ዲክላን ዎልሽን፣ “ከይንከላኸል ነኒሮምና፣ ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ ፆታዊ መጥቃዕቲ ተስፋሕፊሑ” (*ኒው ዮርክ ታይም፣* 23 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

ጥርን 2013 ዓ.ም ልዕሊ 136 ጉዳያት ኣገዲድካ ምድፋር ኣብ መቐለ፣ ዓይደር፣ ዓድግራትን ውቕሮን ሆስፒታላት ሪፖርት ተገይሮም እዮም፣ ክሳብ 22 ዝኾና ግዳያት ደቅኣንስትዮ ሕድሕድ መዓልቲ ሕክምናዊ ሓገዝ ዝደልያ እየን- መስደመም ዝኾነ ወሰኽ እዞም ጉዳያት በብዝተወሰነ መዓልታት ወይ ኣብ ሰሙን ሓደ ግዜ ዝስምዓሉ እዩ።[765] ካልእ ዶክተር ከም ዝበሎ ድማ ኣብዚ "ቐረባ ኣዋርሕ" ክሳብ ወርሒ መጋቢት 2013 ዓ.ም ኣብ ዝነበረ ግዜ ልዕሊ 200 ደቅኣንስትዮ ብሰንኪ ምስ ጎንፂ ዝዛመድ ፆታዊ ዓመፅ ናብቲ ዝሰርሓሉ ሆስፒታል ከም ዝመፃ፣ "ካልኦት ብዙሓት ጉዳያት ድማ ሕክምናዊ ኣቕርቦት ኣብ ዘይርከበሉ ቦታ ኣብ ገጠራትን ናይ ውሽጢ ተመዛበልቲ ኣብ ዘለውዎን ሪፖርት ዝተገብሩ ከም ዘለዉ።"[766] ይኹን ደኣ እምበር ብሰንኪ ፍርሒ ሕነ ምፍዳይ መብዛሕትኦም ገበናት ፆታዊ መጥቃዕቲ ኣይተፀብፀቡን ወይ ድማ ኣይተሰነዱን።[767] ብዕለት 04 ጥቅምቲ ማእኸል መተሓባበሪ ህፁፅ እዋን ክልል ትግራይ ዘውፅኦ መንግስታዊ ሰነድ ናብ ከባቢ 40 ዝግመታ ኣዳላትን ኣንስትን ኣብ ክሊ ዕድመ 13 ክሳብ 80 ዝርከባ ኣብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ኣብ እትርከብ ከተማ ሽራሮ ከም ዝተዓመፃ [...]፣ ኣብ ፀለምቲ እውን ብጉጅለ ምዕማፅ ከም ዝነበረ" ገሊፁ እዩ።[768] እቲ ፀብፃብ ተሓታትነት ናብ ዝኾነ ፈፃሚ ጉጅለ ኣየላገበን ወይ እውን እቶም ተግባራት ዝተፈፀሙሉ ግዜ ኣይነፀረን።

382. ኣብ መፋርቕ ሕዳር ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ሓንቲ ግዳይ ብተደጋጋሚ ተጠቂዓ እያ፣ እቶም ዘጥቅዕዋ ድማ ስኢሎማ፣ ኣልኮል ኣፍሲሶምላ፣ ስሒቖማ፣ ከምኡ እውን ወዲ 12 ዓመት ህፃን ወዳ ቐቲሎምላ እዮም።[769] እዚ ፀብፃብ ኣብ ዓይደር ሪፈራል ሆስፒታል መቐለ ብዝሰርሕ መርማሪ ፖሊስ ተረጋጊፁ እዩ።[770] ኣብ ወርሒ ታህሳስ እውን ሓንቲ ኣብ መቐለ ኣብ ካፌ እተተኣናግድ ሰብ ምስ ካልኦት ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ተዓሚፃ እያ።[771]

383. ሓደ ኢትዮጵያዊ ወታደር ኣብ ብሄራዊ ቴሌቭዥን ቀሪቡ፣ ዋላ እኳ ናይቲ ኸባቢ ፖሊስን ፌደራል ፖሊስን ኣብ መቐለ እንተሃለዉ ጠጠው ከብልዎ ብዘይ ምኽኣሎም ደቂ ኣንስትዮ ይዕመፃ እየን ዘለዋ ክብል ተዛሪቡ።[772]

384. ደቂ ተባዕትዮ ተጋሩ እውን ግዳይ ፆታዊ ዓመፅ ኮይኖም እዮም። ሓበራዊ መርማሪ ጉጅለ (ጀይ ኣይ ቲ) ዘረጋገፆ "ሓደ ውፃእ መዓት ወዲ ተባዕታይ ብወታደር ኤርትራ ካልእ ድማ ብዘይዕጡቕ ከም ዝተደፍረ ኣረጋጊፁ፤" ከምኡ እውን "ወዲ 16 ዓመት ቆልዓ ኣብ ሑመራ ብትሽዓተ ወታደራት ኤርትራ ተደፊሩ እዩ

---

[765] ቤቴልሄም ፈለቀ፣ ኤሊዛ ማኪንቶሽ፣ ጊያንሉቻ ሚዞፍዮር፣ ካትየ ፖልግላስ፣ ኒዒማ ዔልጋብር፣ ባርባራ ኣርቫኒቲዲስን ኣሌክስ ፕሌትን፣ "ብተግባር እዙይ ፅንተት እዩ" (ሲ.ኤን.ኤን፣ 13 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[766] ቤቴልሄም ፈለቀ፣ ኤሊዛ ማኪንቶሽ፣ ጊያንሉቻ ሚዞፍዮር፣ ካትየ ፖልግላስ፣ ኒዒማ ዔልጋብር፣ ባርባራ ኣርቫኒቲዲስን ኣሌክስ ፕሌትን፣ "ብተግባር እዙይ ፅንተት እዩ" (ሲ.ኤን.ኤን፣ 13 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[767] ሳይሞን ማርክስን ዲክላን ዎልሽን፣ "ከይንከላኸል ነጊሮምና፣ ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ ፆታዊ መጥቃዕቲ ተስፋሕፊሑ" (ኒው ዮርክ ታይምሶ፣ 23 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[768] ኣሶስየትድ ፕረስ፣ "መንግስታዊ ሰነድ ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ ዘለዉ ደረጃ ግፍዕታት ገሊፁ" (ኣሶስየትድ ፕረስ፣ 12 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)።

[769] ሳይሞን ማርክስን ዲክላን ዎልሽን፣ "ከይንከላኸል ነጊሮምና፣ ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ ፆታዊ መጥቃዕቲ ተስፋሕፊሑ" (ኒዮርክ ታይምሶ፣ 23 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[770] ሳይሞን ማርክስን ዲክላን ዎልሽን፣ "ከይንከላኸል ነጊሮምና፣ ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ ፆታዊ መጥቃዕቲ ተስፋሕፊሑ" (ኒው ዮርክ ታይምሶ፣ 23 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[771] ሳይሞን ማርክስን ዲክላን ዎልሽን፣ "ከይንከላኸል ነጊሮምና፣ ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ ፆታዊ መጥቃዕቲ ተስፋሕፊሑ" (ኒው ዮርክ ታይምሶ፣ 23 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[772] ሳይሞን ማርክስን ዲክላን ዎልሽን፣ "ከይንከላኸል ነጊሮምና፣ ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ ፆታዊ መጥቃዕቲ ተስፋሕፊሑ" (ኒው ዮርክ ታይምሶ፣ 23 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

ይኹን እምበር ሓገዝ ኣይረኸበን፣” ብድሕሪኡ እውን ነብሰ-ቅትለት ፈፂሙ እዩ።[773] ደቂ ተባዕትዮ እሱራት ኣብ ፆታዊ ኣካሎም ይውቅዑ ነይሮም፣[774] ሓደ ውፃእ መዓት ከም ዝተዘረቦ፦

“ኩላህና ብመንገዲ ስቅያት ሓሊፍና ኢና፣ ግን ድማ እቶም ብዕድመ ዝዓበዩ እዮም የዐርዮም ተጠቒዖም።.... ሓደ ዓብዪ ሰብኣይ ኣብ ፍረ-ነብሱ ወቒዖሞ ፍረ-ነብሱ ድማ ሓቢጡ፣ ክሽይን ዘይኽእል ድማ ኾነ። ምሒር ድማ ተቐንዘወ። ብኡን ንብኡን ድማ ሞተ።”[775]

385. ብዕድመ ዝሸምገላ ሰባት ማዕረ ማዕረ እየን ግዳያት ፆታዊ ዓመፅ ኮይነን። ሓንቲ “ትግራወይቲ ኣረጊት ሰበይቲ ኣብ ማእሰርቲ እናሃለወት ብሰለስተ ሓለውቲ ፖላዊስ ንልዕሊ ኽልተ ኣዋርሕ ሕድሕድ ምሸት ደፊሮማ እዮም። ካብቲ ምድፋር ብተወሳኺ ይገርፍዋ ከም ዝነበሩ፣ ጥራሕ ነብሳ ኽትከውን የገድድዋ ከም ዝነበሩ፣ ሕክምና ኸይትረክብ ይኽልክልዋ ኸም ዝነበሩ ገሊፃ እያ፣ እዚ ኹነታት ድማ ከም ስቅያት ክሕሰብ ዝከኣል እዩ”፡

“ክዳውንትና ክነውፅእ ይገብሩ እሞ ጥራሕ ነብስና ንኽልተ ሰዓት ኣብ ፀሓይ ክንፀንሕ ይገብሩ ነይሮም። ኣብ ጣብያ ፖሊስ እናሃለና ብኣፍናን ብኻልእ ነገርን ክገብሩ ይደልዩ ነይሮም። ኣነ ምሒር ሓሚመ ነይረ። ምስ ረኣዩኒ ንስኺ ኣሲርናኪ እንተለና ኣብዚ ካብ ትሞቲ ኣብ ደገ እንተትሞቲ ይሓይሽ ኢሎምኒ። ብፀልማት ድማ ኣውፂኦም ደርበዩኒ። ብጣዕሚ ሓሚመ ነይረ...ይኹን እምበር ሕክምናዊ ክንክን ኣይነበረን።”[776]

386. ግዳያት ኣገዲድካ ምድፋርን ፆታዊ ዓመፅን ደቂ 10 ዓመት ኣዓላት ከምኡ እውን እኖሓጎታት ዝሓውሰ እዩ።[777]

387. እቲ ግጭት ብስርዓት ኣብ ዝተወድኣሉ ግዜ እውን እንተኾነ እቲ ኣገዲድካ ምድፋርን ፆታዊ ዓመፅን ደው ኣይበለን። ምድፋር ተጋሩ ደቂ ኣንስትዮ ብወታደራት ኤርትራ ቐፂሉ እዩ፣ ከምኡ እውን ብምልሻ ኣምሓራን “ሓይልታት ፌደራል መንግስትን”።[778] ብመሰረት መንግስታዊ ቢሮ ጥዕና ትግራይ እቲ ስምምዕ ሰላም ምስ ተፈረመ “ኣብ ኣዋርሕ ሕዳርን ታህሳስን 2015 ዓ.ም 852 ጉዳያት ምድፋርን ፆታዊ ዓመፅን ሪፖርት ተገይሮም እዮም።”[779] ብመሰረት ሓኻይም ሰብኣዊ መሰላት ኣብ መላእ ትግራይ ካብ

---

[773] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ *ፀብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኹሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን* (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 172።

[774] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፃት 176፣ 179።

[775] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 179።

[776] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *“ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ”* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 130።

[777] ወፃኢ ጉዳያት ኣውሮፓ ምስ ኣፍሪካ (ኢ.ኢ.ፒ.ኤ)፣ *ኩነታዊ ፀብፃብ፣ ፍሉይ መብርሂ ቁፅሪ 3 “ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ኣብ ትግራይ“* (29 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[778] ካትሪን ብያሩሃንጋ፣ “ኩናት ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ፡ ስምምዕ ሰላም ዋላ እኳ እንተተገብረ ወታሃደራት ኤርትራ ግን ብኣገዲድካ ምድፋር ተኸሲሶም” (*ቢ.ቢ.ሲ.*፣ 08 ለካቲት 2015 ዓ.ም)። *ከምኡ እውን ተወከስ* ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ” (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 51 (“እቲ ኮሚሽን ድሕሪ እቲ ስምምዕ ሰላም ምድፋርን ፆታዊ ዓመፅን ብሰራዊት ኤርትራን ሓይልታት ኣምሓራን ከም ዝተፈፀመ ሰኒዱ እዩ፤ ከምኡ እውን እቲ ኮሚሽን ልዕሊ 100 ዝኾና ዕድሚኦን ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾነ ኣዋልድ ከም ዝተዓመፃን ካልኦት ጭካነ ዝተመልኦም ተግባራት ፆታዎ መጥቃዕቲ ኣብዚ ተመሳሳሊ ግዜ ኣብ ትግራይ ብፍላይ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ዘለዎም ከባቢታት ከም ዝተፈፀመ ዘርእይ እሙን ሓበሬታ ተቐቢሉ እዩ”።

[779] ካትሪን ብያሩሃንጋ፣ “ኩናት ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ፡ ስምምዕ ሰላም ዋላ እኳ እንተተገብረ ወታደራት ኤርትራ ግን ብኣገዲድካ ምድፋር ተኸሲሶም” (*ቢ.ቢ.ሲ.*፣ 08 ለካቲት 2015 ዓ.ም)። ከምኡ እውን ተወከስ ሳራ ጆንሰንን ሉሲ ካሳን፣ “ድሕሪ ኣዋርሕ ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ኣገዲድካ ምድፋር ክሳዕ ሎሚ ከም መሳርሒ ኩናት ኣብ ትግራይ” (*ዘ ጋርድያን*፣ 19 ነሓሰ 2015 ዓ.ም) (“ሕክምናዊ ፀብፃባት ካብ ሙሉእ እቲ ኽልል ከም ዘርእይዎ ፆታዊ ዓመፅ “ከም መፈራርሕን መርዓድን ነቲ ማሕረሰብ” ኮይኑ ቐፂሉ እዩ።

ዝርከቡ ብዙሓት ኣገልግሎታት ጥዕና ብሃንደበት ካብ ዝወሰድዎ 305 ናይ ሕክምና ኽትትል (ካብዚኣቶም እቶም 304 ኣገዲድካ ምድፋርን ፆታዊ ዓመፅን ዝሓወሱ ኾይኖም)፣ እቶም 128 ኣጋጣምታት ድሕሪ ኣብ ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ዝተገብረ ስምምዕ ጠጠው ምባል ተፃብኦታት ዘጋጠሙ እዮም፡፡[780] ሓኻይም ንሰብኣዊ መሰላት (ፒ.ኤች.ኣር) ከም ዘትኮረሉ ድማ "እቲ ደረጃን ተፈጥሮን ናይቶም ዓመፃት ድሕሪ እቲ ስምምዕ ሰላም ምፍራሙ ብመሰረቱ ዝተለወጠ ነገር የለን፤ ዝተለወጠ ነገር እንተሃወለ *95 ሚኢታዊት ምስ ጎንፂ ዝተትሓሓዙ ፆታዊ መጥቃዕትታት* ኣብ ቆልዑትን ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾና ሰገናትን ድሕሪ እቲ ምፍራም ስምምዕ ሳለምን ጠጠው ምባል ተፃብኦታትን ዝተፈፀመ ምዃኑ ጎሊሁ ምርኣዩ እዩ፡፡"[781]

388. ብተወሳኺ ወታደራት ሃገራዊ ምክልኻል ሰራዊት ኢትዮጵያን ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራን ንደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ኣብ ፆታዊ ባርነት ከም ዘእተውወንን ብሓይሊ ከም ዘጥነስወንን እዮም ዝኸሰሱ[782] - ዋላ ድሕሪ *ስምምዕ ጠጠው ምባል ተፃብኦታት* እውን ቀፂሉ እዩ፡፡[783]

389. ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ ንሓንቲ ሰበይቲ ብዙሕ ሻዕ ዓሚፆማ ከምኡ እውን ብዛዕባ ሃለዋት ደቃ ሓተትዋ። ንሱ ዝበለ፡-

> "ልዕሊ ሽውዓተ ዓመት እንተ ደኣ ኾይኖም ቅበፅዮም። በዚ ሕጂ ቖልዑ የብልክን። ኩሎም ልዕሊ ሽውዓተ ዓመት ዝገበሩ ኽንቀትሎም ተነጊሩና እዩ። በዚ ሕጂ ቖልዑ የብልክን። ግን ኣይትሻቐሊ ብዙሓት ወታደራት ኤርትራ ክንህበኪ ኢና። እንታይ ሓሳብ ኣለኪ?"[784]

390. እዞም ብዘይ መከላኸሊ ብተደጋጋሚ ዝግበሩ ፆታዊ ዓመፃት ናብ ዘይተሓሰቡ ጥንስታት ኣምሪሖም እዮም፣[785] ንገሊኦን ተጋሩ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ንሕክምናዊ ሓገዝ ዕድል ዘይምርካብ ማለት ነቲ ጥንሲ ክንፅልኦ ዋላ እንተደለያ ከምኡ ኽገብራ ኣይኽእላን ማለት እዩ፡፡[786]

391. ኣብ ዓፋር ምስ ዝነበረ ኩነታት ማእሰርቲ ብዝምልከት ሓንቲ ውፃእ መዓት ከም ዝበለቶ ኣብቲ መዓስከር ተታሒዘን ዝነበራ ኹለን ኣንስቲ ተደፊረን እየን፣ እዚ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ብብዙሓት ፈፀምቲ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣምታት (ሕድሕድ መዓልቲ እውን ሓዊሱ) ዝተገብረ ኾይኑ እዚ እውን ቅድሚ ኣብ ነሃሰ 2014 ዓ.ም ምስዳደን ኣብ ዝነበሩ ትሽዓተ ኣዋርሕ እዩ፡፡[787] ዋላ እኳ እዞም ዝተፈፀሙ ኩሎም

---

[780] ሓኻይም ንሰብኣዊ መሰላትን ትካል ንፍትሕን ተሓታታይነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን፣ *ዝተጠልሙ መፅብዓታት፡ ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፃት ቅድምን ድሕርን ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ኣብ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ* (ነሓሰ 2015 ዓ.ም)፣ ገፃት 1፣ 17 (ትኹረት ዝተወሰኸ) (ከምኡ እውን ኣስተውዕሉ ኣብ ገፅ 1 "169 ኣጋጣምታት ምስ ጎንፅታት ዝዛመዱ ፆታዊ መጥቃዕትታ ቅድሚ ተፃብኦታት ደው ናይ ምባል ስምምዕ ቅድሚ ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ዘጋጠሙ ኾይኖም 128 ኣጋጣምታት ድማ ድሕሪ ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ዘጋጠሙ እዮም")፣ ገፅ 18 ("ቅድምን ድሕርን እቲ ተፃብኦታት ጠጠው ናይ ምባል ፌርማ ኣብ ዝነበረ ሓፂር ግዜ ምስ ጎንፂ ዝተትሓሓዙ ፆታዊ መጥቃዕትታት ርኡይ ዝኾነ ወሰኽ እዩ ነይሩ")፡፡

[781] ሓኻይም ንሰብኣዊ መሰላትን ትካል ንፍትሕን ተሓታታይነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን፣ *ዝተጠልሙ መፅብዓታት፡ ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፃት ቅድምን ድሕርን ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ኣብ ትግራይ፣ ኢትዮጵያ* (ነሓሰ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 1 (ትኹረት ዝተወሰኸ)፡፡

[782] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 136፣ 141፣ 142 (ብዛዕባ ደቂ ኣንስትዮ ኢሮብ ዝምልከት)፣ 154-159 ኣብ ሞንጎ ጥሜትን ፆታዊ ዓመፅን ዘሎ ምትእስሳር ትኹረት ምሃብ ብፍላይ ፆታዊ ባርነት)፣ 187 (ጓል 15 ዓመት ቆልዓ ብ7 ፋኖ ምልሻ ኣብ ፆታዊ ባርነት ምእታዋን ግዳይ ብብዙሓት ዝፍፀም ፆታዊ ዓመፅ ምዃናን ዝተገለፀሉ)፣ 192 (ፆታዊ ባርነት ኣብ ማእሰርቲ ኣብ ዓፋር ብፍሉይ ሓይልታት ዓፋር መዓልታዊ ንኣስታት ትሽዓተ ኣዋርሕ እንተውሓደ ሓደ ኣጋጣሚ ዘጋጥመሉ)፡፡

[783] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 151-153፡፡

[784] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 147፡፡

[785] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 138፡፡

[786] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 148-149፡፡

[787] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት192-193፡፡ ፡

ዓመፃት ናብ ዘይተደለየ ጥንሲ ኣምሪሖም ንምኺኖም መርትዖ እንተዘይሃለወ፣ እንተወሓደ ኣብ ገለ ኣጋጣምታት ግን ናይ ምኺን ዕድሉ ዝለዓለ እዩ። ከምዚ ዓይነት ደቂ ኣንስትዮ ከይንቀሳቐሳ ተደሪተን ክሳዕ ዝቐፀላ ገበን ግዱድ ጥንሲ ከጣይሽ ይኽእል እዩ ተባሂሉ ከእምን ዝኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ።[788]

### 3. ግዱድ ምፍንቓል (ምብራርን ብሓይሊ ምስግጋርን)

392. ብዓለም ለኸ ሕጊ ዝተፈቐደ እንተዘይኮይኑ ብምብራር ይኹን ብኻልኦት ናይ ሓይሊ ተግባራት ሰባት ብሕጋዊ መንገዲ ካብ ዝነብሩሉ ቦታ ወፅዮም ክኸዱ ምግዳድ ገበን ኣንፃር ሰብኣውነት እዩ (ከምኡ እውን ኣብ ክልቲኦም ዓለም ለኻዊ ይኹን ዓለም ለኻዊ ዘይኮነ ዕጥቃዊ ጎንፂ ገበን ኲናት እዩ)። ከምዚ ዓይነት ተግባር እቶም ግዳያት እንድሕር ደኣ ብሕጊ ወይ ድማ ብግብሪ ዓለም ለኻዊ ዶብ ክሰግሩ ተገዲዶም ግዱድ ምስግጋር ካብ ዝብሃል ምብራር ብዝብል እዩ ዝግለፅ። ብዓለም ለኸ ሕጊ ግዱድ ምፍንቓል ዝፍቀደሎም ምኽንያታት ብጣዕሚ ብፀቢቡ ዝተቐመጡ እዮም። ግዝያዊ ምልቃቕ ንረብሓ ሰብኣዊ ሓገዝ ሰላማውያን ህዝብታት (ከም ብጣዕሚ ህፁፅ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ) ወይ ኣብ ኲነታት ዕጥቃዊ ውግእ፣ ግዝያዊ ምልቃቕ ንኣገደድቲ ወታደራዊ ምኽንያታት፣ ወይ ድማ ንድሕነት ሰላማውያን ህዝብታት ክብሃል ዝተደረቱ እዮም። ብዝኾነ ኹነታት ምልቃቕ ኣብ ዝፍቀደሉ ግዜ ነቶም ዝተተንከፉ ህዝብታት ድሕነት ክብሃል እኹል ቀረባት ክግበረሎም ኣለዎ፤ ከምኡ እውን ግዜ ንውሓት ናይቲ ምፍንቓል ክንዲ እቲ ዝድለ ዝተሓተ ግዜ ጥራሕ ዝተወሰነ ክኸውን ኣለዎ። ብድሕሪኡ እቲ ዝተተንከፈ ህዝቢ ንኽምለስ ክሕገዝ ኣለዎ።

393. ኣቐዲሙ ዝነበረ ካብ ናይ ገጠር ከተማታት ናብ ገጠር ከባብታት ምግዓዝ ምንባሩ ብዘየገድስ፣ ምውላዕ ናይቲ ጎንፂ ካብ 75% ክሳብ 90% ተጋሩ ካብ ምዕራብ ትግራይ ብሓይሊ ዝተፈናቐሉ ምኺኖም ተራእዩ እዩ፤[789] ኣብ ማእኸላይን ሰሜን ምዕራብን ትግራይ ድማ ካብ ከባቢታት ገጠር ናብ ከተማ ከም ዝተንቀሳቐሱ ተራእዩ እዩ።[790] ኣብ ሰነ 2013 ዓ.ም ኣባላት ውሽጣዊ ተመዛበልቲ ኣስታት 723,000 ተገሚቶም እዮም፣ ናብ ሱዳን ዝተሰደዱ ድማ 51,207 ተመዝጊቦም እዮም።[791] ካልኦት መንግስታዊ ግምታት ካብ ግንቦት 2013 ዓ.ም ጀሚሮም ዝፀብፀብዎ ድማ ኣብ ትግራይ ጥራሕ ልዕሊ 1 ሚልዮን ውሽጣዊ ተመዛበልቲ ከም ዘለዉ፣ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ድማ ናብ 3 ሚልዮን ዝፅግዑ ከም ዘለዉ ይፅብፅቡ።[792] ኣብ ታህሳስ 2014 ዓ.ም ቤት ፅሕፈት መተሓባበሪ ጉዳያት ሰብኣውነት (ኦቻ) ከም ዝፀብፀቦ እቲ ጎንፂ ኻብ ዝጅመር 1.2 ሚልዮን ህዝቢ ካብ ምዕራብ ትግራይ ጥራሕ ተፈናቒሉ እዩ፤[793] ከምኡ እውን ካብ 16 ሕዳር ክሳብ 22 ሕዳር ኣብ ዘሎ ግዜ ካልኦት 10,000 ተጋሩ ካብቲ ዞባ ከም ብሓድሽ ተፈናቒሎም እዮም።[794] እዞም ምንቅስቓሳት እዚኣቶም ናይ ምብራር ወይ ድማ ካልኦት ኣገደድቲ ተግባራት ውፅኢት

---

[788] *ብሓፈሻ ተወከስ*፣ ዓለምለኸ ፍርዲ ገበን፣ *ዓቃቢ ሕጊ ምስ ኦንግዌን*፣ ፍርዲ፣ ኣይ.ሲ.ሲ-02/04-01/15-1762-ሬድ፣ 27 ጥሪ 2013 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 2717-2729 (መብርሂ ብዛዕባ ባእታታት ገበን ግዱድ ጥንሲ)።

[789] ጃን ኒይሰን፣ <u>"ዋዕላ መርበብ ሓበሬታ (ዌብናር)፡ ስነዳ ሰላማውያን ግዳያት ኣብ ኲናት ትግራይ"</u> *(ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዎ፣* 11 ጥሪ 2015 ዓ.ም)።

[790] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ <u>*"ካብዚ መሬት እዚ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"*</u> (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 6።

[791] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ <u>*"ካብዚ መሬት እዚ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"*</u> (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 6።

[792] ዓፀቦ ኣቐዲምካ ምጥንቃቕ ስርዓት ኔትዎርክ (ፋሚን ኤርልይ ዋርኒንግ ሲስተም ኔትዎርክ)፣ <u>መጠንቀቕታ ውሕስና ምግቢ ኢትዮጵያ (09 ግንቦት 2013 ዓ.ም)</u>።

[793] ቤት ጽሕፈት ምትሕብባር ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት፣ ሰሜን ኢትዮጵያ ሰብኣዊ ድጋፍ ሓዱሽ ሓበሬታ፣ <u>ፀብፃብ ኩነታት (23 ሕዳር 2014 ዓ.ም)</u>።

[794] ቤት ጽሕፈት ምትሕብባር ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት፣ ሰሜን ኢትዮጵያ ሰብኣዊ ድጋፍ ሓዱሽ ሓበሬታ፣ <u>ፀብፃብ ኩነታት (23 ሕዳር 2014 ዓ.ም)</u>።

እዮም ኢልካ ከእምኑ ዝኽእሉ ምኽንያታዊ መበገሲታት ኣለዉ። ከምኡ እውን እዞም ተግባራት እንተወሓደ ኣብ ኩነታት መጠነ-ሰፊሕ መጥቃዕቲ ኣንፃር ሰላማዊ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈፀሙ እዮም።

394. ብመሰረት ሓደ ፀብፃብ ኢትዮጵያውያንን ተሓባበርቲ ሓይልታትን ተጋሩ ንምፍንቓል ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ ተጠቒሞም እዮም፣[795] ከምኡ እውን ዋላ እኳ እቲ ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ ውፅኡ ብዝብል ግልፂ መግለፅታት እንተዘይተዓጀበ እቲ መጠነ-ሰፊሕ ፍፃመታትን ንምዕማፅ ምፍርራሕን ንብዙሓት ተጋሩ ካብ ምዕራብ ትግራይ ክሃድሙ ገይርዎም እዩ።"[796]

395. ሓንቲ ትግራወይቲ ሰበይቲ ንሳ እትፈልጣ ሰበይቲ ብሓይልታት ፀጥታ ምስ ደቃ ተዓሚፃ ምስ ሰምዐት ካብ ሑመራ ሃዲመ ኢላ ገሊፃ እያ፦

"እቲ ዝለቐቕኩሉ ቀንዲ ምኽንያት ብሰንኪ እዚ ሓደ ፍፃመ እዩ....ሽድሽተ ሰባት ዓሚፆመን፣ ነታ ኣዶ ምስ ክልተ ኣንስትዮ ደቃ። ቀፂሉ ናባይ ክመፅእ እዩ ኢለ እየ ሓሲበ። ብዙሓት ኣንስቲ ኣብቲ ኸባቢ ተዓሚፀን እየን። ዋላ ሓንቲ ነገር እንተይሓዝኩ እየ ለቒቐ።"[797]

396. ኣብ 09 ጥሪ 2013 ዓ.ም ኣብ ከተማ ዓዲ ጎሹ ፋኖ ምልሻ፣ ደቂ ኸባቢ ወልቃይትን ነበርቲ ኣምሓራን ንደቂ ተባዕትዮ ተጋሩ ኸቢቦሞም እዮም።[798] ኣስታት 60 ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ ተጋሩ ድማ ብፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ኣብ ድልድል ሩባ ተከዘ ተቐተሉ፣ እዚ ድማ ብዙሕ ሰብ ቐልጢፉ ተጋሒጡ ኽወፅእ ገበሮ።[799]

397. ካብዚ ብተወሰኺ እቶም ሰበ ስልጣን ኣምሓራ ንተጋሩ ቀንዲ ሃፍትታቶም ጥራሕ ዘይኮኑ ከልኪሎምምስ ተጋሩ ካብቲ ቦታ ኽወፅኡ ምእንቲ ኣውቶብሳትን ካልኦት መኻይንን ቀሪበምሎም እዮም፣ ከምኡ እውን ናብቲ ቦታ ኸይምለሱ ምእንቲ መለለዪ መንነቶም የሕዲጎሞም እዮም።[800] ካብ ካልኦት ኸባቢታት ምዕራብ ትግራይ ዝኾኑ ተጋሩ ኣብ ትሕቲ ቑፅፅር ኣምሓራ ናብ ዘለዉ ቦታታት ኽኣትዉ ኣብ ዝደለዩሉ ተኸልኪሎም እዮም።[801]

398. ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎቸን ከም ዘረጋገፅዎ "ደረጃ እቲ ግዱድ ምፍንቓልን ህድማን፣ እቶም ግፍዕታት ዝፍፀሙሉ ዝነበሩ መንገዲ፣ ኣብቲ ውሽጢ እቲ ዞባ ኣብ ዘለዉ ኸባብታት ዝተፈፀሙሉ መጠን፣ እዚኣቶም ብሙሉኦም ደረጃ ምቁፅፃር፣ ምትሕብባርን ዕላማን ኣብ ሞንጎ እቶም

---

[795] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 29።

[796] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 30።

[797] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 150።

[798] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 139።

[799] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 140።

[800] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፃት 5-6። ካልእ ትግራዋይ ዝበሎ ድማ ናይ ትግራዋይነቶም መለለዪ መንነት ምስ ተወስደን ምስ ተቓፀለን፣ ብቛንቋ ኣምሓርኛ ዝተዳለወ፣ ብናይ ኣምሓራ ማህተም ዝተሃተመ፣ ትግራዋይነቶም ዝገልፅ ነገር ዘይብሉ ሓድሽ መለለዪ መንነት ይቕበሉ፤ *ተወከስ* ካራ ኣና፣ "'ንትግራዋይ ከይትገድፉ'፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዓሌት ይጠፍእ ኣሎ" *(ኣሶሼይትድ ፕረስ፣* 29 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

[801] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ *"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"* (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፅ 6።

ኣብ ምብርዓድን ምፍንቓልን ተጋሩ ካብ ምዕራብ ትግራይ ዝተዋፈሩ ኽልላዊ ሓይልታት ኣምሓራን ምልሻን ከምኡ እውን ተቖፃፀርቲ ሰበ ስልጣንን ዘሎ ውህደት ዘርእዩ እዮም።"[802]

### 4. ዘይሕጋዊ ማእሰርትን ኣገዲድካ ምስዋርን

399. ንሰብ ምእሳር ወይ ብኻልእ መንገዲ መሰረታውያን ዓለም ለኸ ሕግታት ብምጥሓስ ኣካላዊ ናፅነቱ ብፅኑዕ ምኽልካል ገበን ኣንፃር ሰብኣውነት እዩ።[803] እዚ ድማ ዝኾነ ይኹን ንውሓት ግዜ ናይቲ ማእሰርቲ ኣየመልክትን። ንፀጥታ ኽብሃል ኣብ ውሱን ኣጋጣምታት ኣብ ዓለም ለኻውያን ዘይኮኑ ዕጥቃዊ ግጭታት ማእሰርቲ ክፍቀድ ዝኽእል እኳ እንተኾነ እዚ እውን ግን ውሱናት ኣናእሽተይ ዝብሃሉ ቅድመ ኹነታት ከማልእ ኣለዎ፤ ንኣብነት ምምሕዳራዊ ኽለሳ ክህልወሉ ዝኽእል ዕድል ክህሉ ኣለዎ።

400. ብተመሳሳሊ ንሰብ ምዕጋት ወይ ምጭዋይ ገበን ኣንፃር ሰብኣውነት እዩ፤ እዚ ዝኸውን እቲ ዕግታን ጭውያን እቲ ግዳይ ናፅነቱ ከም ዝተኸልከለ ኣፍልጦ ኽይህሉ እምቢ ብምባል፣ ብዛዕባ እቲ ግዳይ እንታይ ከጋጥሞ ከም ዝኽእልን ኣበይ ከም ዘሎን ሓበሬታ ብምኽልካል ዝሰዓበን ዝተዓጀበን ምኺኑ እንተተፈሊጡ፣ ከምኡ እውን እቲ ፈፃሚ ነቲ ግዳይ ካብ ከለላ ሕጊ ከርሕቖ እንተሓሲቡ እዩ። እቲ ናፅነትን ሓበሬታን ምኽልካል ብፍቓድ፣ ብደገፍ፣ ወይ ብስምምዕ መንግስቲ ወይ ፖለቲካዊ ውዳበ ዝተገብረ ክኸውን ኣለዎ።[804]

401. ተጋሩ ካብ ሕጊ ወፃኢ ተኣሲሮምን ኣደዳ ኣገዲድካ ምስዋርን ኮይኖም እዮም ክብል ዝኽእል ምኽንያታዊ መበገስታት ኣሎ። እዞም ተግባራት ዝተገበሩ ድማ እንተወሓደ ኣብ ኩነታት መጠነ-ሰፊሕ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ህዝቢ ትግራይ ኢትዮጵያ ዝተፈፀመ እዩ።

402. ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ከም ዘረጋገፆ ተጋሩ፣ ደቂ ኣንስትዮን ቆልዑትን ሓዊሱ "ኣብ እዋን እቲ ጎንፂ ብጣዕሚ ብዙሕ ብዝኾነ ደረጃ እዮም ዝእሰሩ ዝነበሩ፤" እዚ ድማ ምስ ምዕባለታት እቲ ጎንፂ፣ ማለት ከም እቲ ጎንፂ ምውልዑ፣ ህወሓት ኣብ ሰነ 2013 ዓ.ም ንመቐለ ዳግማይ ምቁፅፃሩ፣ ከምኡ እውን ድሕሪ ሕዳር 2014 ዓ.ም እዋን ህፁፅ ኣዋጅ ምእዋጁ ዝተሓሓዝ እዩ።[805]

403. መብዛሕትኦም እቶም ተኣሲሮም ዝነበሩ "ናብ ዘይተፈልጡ ኸባብታት ብምሽጢር ተሰጋጊሮም" እዮም።[806] ንኣባላት ስድራ ስሩዕ ብዘይኮነ መንገዲ ዝንገሮም ዝነበረ ድማ እቶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኣሰሩ ልዕሊ 200 ኪ.ሜ ርሕቐት ኣብ ዘለዎ ኣብ ዓፋር ተታሒዞም ከም ዘለዉ እዩ።[807]

---

[802] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሂዩማን ራይትስ ዎችን፣ _"ካብዚ መሬት እዙይ ክንድምስሰኩም ኢና፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ምፅራይ ዘርእን ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ"_ (ሚዝያ 2014 ዓ.ም.)፣ ገፃት 6-7።

[803] *ተወከስ ንኣብነት* ሕጊ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን፣ ዓንቀፅ 7(1) (ረ)። እዚ ተመሳሳሊ ሕጊ ልምዳዊ ዓለም ለኸ ሕጊ ዘንፀባርቕ እዩ።

[804] *ተወከስ ንኣብነት* ሕጊ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ዓንቀፅ፣ ዓንቀፅ 7(1) (ረ)፣ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ባእታታት ገበናት፣ ዓንቀፅ 7(1) (ቀ)። እዚ ተመሳሳሊ ሕጊ ልምዳዊ ዓለም ለኸ ሕጊ ዘንፀባርቕ እዩ።

[805] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 160።

[806] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ _ኢትዮጵያ፡ ብብሄሮም ተጋሩ ዝኾኑ ብሓይሊ ተሰዊሮም_ (12 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።

[807] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ _ኢትዮጵያ፡ ብብሄሮም ተጋሩ ዝኾኑ ብሓይሊ ተሰዊሮም_ (12 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።
*ከምኡ እውን ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 160።

404. ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ብውሕዱ 16 ቦታታት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ጥራሕ፣[808] 13 ኣብ ምዕራብ ትግራይ፣[809] ክልተ ድማ ኣብ ክልል ዓፋር[810] ከም ዝኾኑ ኣረጋጊፁ እዩ። እቲ እንዳ እሱር ኣብ ወታደራዊ ማእኸላትን ኣብ ሓደ ሕርሻ ኮሌጅን ዝሓውስ እዩ።[811]

405. ቁፅሪ እቶም ዝተኣስሩ ተጋሩ ይፈላለ እዩ፤ ገሊኦም ብኣማኢት ከም ዝኾነ ይፅብፅቡ፣ ወይ ድማ ልዕሊ 1,000 ተጋሩ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ዝተፈላለየ ሕድሕድ ከባብታት፣[812] ካልኦት እሱራት ድማ ኣብቲ ንሳቶም ዝተኣሰርሉ ቦታ ጥራሕ ልዕሊ 1,500 እሱራት ከም ዘለዉ ሪፖርት ገይሮም እዮም።[813]

406. ብብሄሮም ተፈልዮም ዝተኣሰሩ ተጋሩ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፣ ኣቕሽትን ዲያቆናትን፣ መምህራንን ነርስታትን፣ ከምኡ እውን ሰላማውያን ሰራሕተኛታት ብመንግስቲ ዝውነኑ ኩባንያታት ዝሓወሰ እዩ።[814] ኣባላት ፖሊስ ዝኾኑ ተጋሩ እውን ተኣሲሮም እዮም።[815] ትሕቲ ሰለስተ ዓመት ዝኾኑ 5 ህፃውንቲ እውን ተኣሲሮም እዮም።[816]

407. ማእሰርቲ ንሰላማውያን ጥራሕ ዘጋጠመ ዘይኮነስ ንወታደራት ሃገር ምክልኻል ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ተጋሩ እውን ኣጋጢሙ እዩ።[817] ኣብቲ ሰራዊት ልዕሊ 17,000 ተጋሩ ዝነበሩ ኾይኖም በቲ ዘገልግልዎ ዝነበሩ መንግስቲ ድማ ተኣሲሮም እዮም።[818] እዚ ማእሰርቲ ዘጋጠመ ኣብ ሕዳር 2013 ዓ.ም ከምኡ እውን ኣብ ሕዳር 2014 ዓ.ም ኮይኑ ዕላምኡ ድማ ናብ ሓይልታት ትግራይ ከይፅመሩ ንምኽልካል ዝተፈተነ እዩ።[819] ዋላ እኳ እቲ *ተፃብኦ ደው ናይ ምባል ስምምዕ* እንተሃለወ ክሳብ ሎሚ እውን ብዙሓት ኣብ ማእሰርቲ እዮም ዘለዉ።[820]

408. ኣብ ምጅማር እቲ ኹናት ብርጋዴር ጀነራል ተስፋዬ ኣያሌው ዝተብሃለ ሓላፊ ክፍሊ ወፍሪ ሃገራዊ ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ ኾይኑ ሰሊኹ ኣብ ዘወፅአ ቪድዮ ብኣሶስየትድ ፕረስ እውን ዝተረጋገፀ ከም ዝበሎ ሓይልታት ፀጥታ ሕጂ "ሙሉእ ብሙሉእ ኢትዮጵያውያን" እዮም (ብኡን ንብኡን ድማ ተጋሩ

---

808 ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 173።

809 ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 178።

810 ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 189።

811 ካራ ኣናን ኣንድሪው ድሬክን፣ "'ውሽጥና ነፅሪ'፡ ኢትዮጵያ ኣብ ክሊ ኲናት ተጋሩ ኣሲራ" (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 21 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)።

812 ካራ ኣናን ኣንድሪው ድሬክን፣ "'ውሽጥና ነፅሪ'፡ ኢትዮጵያ ኣብ ክሊ ኲናት ተጋሩ ኣሲራ" (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 21 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)። ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 160 ሰዓብቱን።

813 ካራ ኣናን ኣንድሪው ድሬክን፣ "'ውሽጥና ነፅሪ'፡ ኢትዮጵያ ኣብ ክሊ ኲናት ተጋሩ ኣሲራ" (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 21 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)። ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 160 ሰዓብቱን።

814 ካራ ኣናን ኣንድሪው ድሬክን፣ "'ውሽጥና ነፅሪ'፡ ኢትዮጵያ ኣብ ክሊ ኲናት ተጋሩ ኣሲራ" (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 21 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)።

815 ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 161።

816 ካራ ኣና፣ "ሓድሽ ማዕበል ኢትዮጵያ ማእሰርቲ ንተጋሩ ቆልዑት ዝሓወሰ እዩ" (*ኣሶስየትድ ፕረስ*፣ 12 ነሃሰ 2013 ዓ.ም)።

817 ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 161።

818 ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ኢትዮጵያ ዝነበረን ትግራዋይ ዝኾነን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ትካል መፅናዕቲ ንሰላምን ድሕነትን ዝመሰረተ ሙሉጌታ ገብረሂወት በርሀ ብመሰረት ንሓደ ተመራማሪ ዝሃቦ ግምት፣ ኣብ ካራ ኣናን ኣንድሪው ድሬክን፣ "'ውሽጥና ነፅሪ'፡ ኢትዮጵያ ኣብ ክሊ ኲናት ተጋሩ ኣሲራ" (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 21 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)።

819 ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 161።

820 ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 161።

ኢትዮጵያውያን ምኳኖም ይኽሕድ እዩ ዘሎ)፣ ከምኡ እውን ተጋሩ ካብ ሰራዊት ኢትዮጵያ ምግላፎም ግቡእ ምኳኑ እዩ ገሊፁ፦

> “ውሽጥና ኽነፅሪ ኣለና።….ኣብ ውሽጦም ጥዑያት ሰባት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም ግን እቲ ጥዑይ ካብቲ ሕማቕ ክንፈልዮ ኣይንኽእልን። ነዛ ሃገር ክነድሕን ክንብል ስራሕ ከይሰርሑ ገሊፍናዮም ኣለና።”[821]

409. ወታደራት ተጋሩ ሃገራዊ ምክልኻል ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ካብ ኢትዮጵያ ወፃኢ ዓቀብቲ ሰላም ኮይኖም ዘገልግሉ ዝነበሩ እውን ድሕሪ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ኣብቲ ናይ ውድብ ሕቡራት መንግስታት መዓስከራት እናሃለዉ ኣዳጣጥ ክበፅሖም ጀሚሩ እዩ። እቲ ግጭት ምስ ተወልዐ ገሊኦም ኣብ ውሽጢ ዓመፅ ኮይኖም ተገዲዶም ንኢትዮጵያ ተመለሱ፣ ሽዑ ንሽዑ ድማ ተኣሰሩ - ገሊኦም ከምኡ ኣይንገብርን ኢሎም ዝኣበዩ ድማ ኣብ ካልኦት ዓድታት ዕቑባ ሓቲቱ።[822] ካብቶም ዝተመልሱ ገሊኦም ኣብ ምዕራብ ኣባያ (ኣብ ክፍሊ 5.ረ1.ሀ ዝተሓበረ) ዝተኣሰሩ ኾይኖም ይኹን እምበር ካብቶም ኣብ ሕዳር 2014 ዓ.ም ዝተቐተሉ ድዮም ኣይኮነን ዝብል ኣይፍለጥን።[823]

410. ማእሰርቲ ተጋሩ ኣብ ምዕራብ ትግራይን ዓፋርን ከምኡ እውን ኣብ ርእሰ ኸተማ ኣዲስ ኣበባ ተኻይዱ እዩ።

411. ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ፋኖን ኣብ ምዕራብ ትግራይ ማእሰርትታት ኣካይዶም እዮም፣ እዚ ድማ ኣገዲድካ ንምብራር ከም መንፀፍ ኮይኑ ጠቒሙ እዩ።[824] ኣብ ግዜ ግፋ፣ ኣብ መንገድታት፣ ወይ ንገዝኦም ኣብ ዝሃድሙሉ ማእሰርቲ ኣጋጢሙ እዩ። ተጋሩ መለለዪ መንነቶም ከርእዩ ይግደዱ ነይሮም - እዚ ድማ ትግራዋይነቶም ዘቃልዕ እዩ- እቶም ሕንፋፅ ብሄር ዘለዎም ካብ ዝፀንሕዎ ማእሰርቲ “ቅድም ኢሎም ዝተፈትሑ ይመስሉ”።[825]

412. መጥቃዕቲ ኣብ ማእሰርትን ከምኡ እውን ምፍርራሓትን ልሙዳት ዝነበሩ ኾይኖም መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ናብ ሞት እቶም እሱራት የምርሕ ነይሩ።[826] ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ፋኖ ምልሻን ንእሱራት ብምውቅዖም፣ ብምርግሖም፣ ብምጉሳጦም፣ ብበትሪ ብምዝባጦም ይኽሰሱ እዮም። ሓንቲ ውፃእ መዓት ዝበለቶ ዋርድያ ኾይኖም ዝሕልውዋ ፋኖ ዝበልዋ፦ “ኩሎም ተጋሩ ክሞቱ ኣለዎም። ንኹሉኹም ክንድምስሰኩም ኢና።”[827]

---

[821] ካራ ኣናን ኣንድሪው ድሬክን፣ “‘ውሽጥና ነፅሪ’፡ ኢትዮጵያ ኣብ ክሊ ኩናት ተጋሩ ኣሲራ” (ኣሶሼይትድ ፕረስ፣ 21 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)። ቪድዮ ኣብዚ ኣሎ፡ https://martinplaut.com/2021/01/13/ethiopian-brigadier-general-justifies-ethnic-profiling-in-the-military-to-exclude-tigrayans/

[822] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 169-170።

[823] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 168።

[824] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 178።

[825] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 179-180።

[826] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 183-185።

[827] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 186።

413. ከባብያዊ ዕጡቓት ኣምሓራ እውን ካብ ሕጊ ወፃኢ ማእሰርቲ ከም ዘውረዱን ስቅያት ከም ዝፈፀሙን ዝምታ ከም ዝፈፀሙን ተፀብፂቡ እዩ።[828] ሓደ ወታደር ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ናይቶም እሱራት ሰብኣውነት ከም ዝኸልከለ ዝውረየሉ ዝበሎ ድማ፦ "ንስኻትኩም ናይ ኢትዮጵያ ኣትማን ኢኹም። ኢትዮጵያ ሰላም እትረክብ ንስኻትኩም እንተጠፊእኹም ጥራሕ እያ።"[829]

414. ኣብ ካልእ ኣብነት ናይ ሰነ 2013 ዓ.ም ድማ ሃገራዊ ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያን ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራን ኣብ መዕቖቢ ውሽጣዊ ተመዛበልቲ ኣብ ሽረ ኣብ ዓዲ ወንፈቶን ፀሃየን ብኣማኢት ንዝቑፀሩ መናእሰይ ደቂ ተባዕትዮ ተጋሩ ገፊፎም እዮም።[830] ብድሕሪኡ ኣገዲዶም ናብ ኣውቶቡሳት ኣስቀልዎም፣ ብምቕፃል ድማ ካብ ከተማ ሽረ ውፅእ ኢልካ ናብ ዝርከቡ ቦታታት ወሲድዎም። እቶም እሱራት ኣብ ቀይዲ ኣብ ዝነበሩሉ ግዜ ይውቅዑ ኸም ዝነበሩን ኣካላዊ ዓመፅ ይበፅሖም ከም ዝነበረን ገሊፆም እዮም። ዋላ እኳ እቲ ብመንግስቲ ዝወሃብ ዝነበረ መግለፂ እቲ ማእሰርቲ ንኣባላት ህወሓት እዩ ዝብል እንተነበረ፣ ሰራሕተኛታት ረድኤት ግን እቲ ወታደራዊ ሃንደበታዊ ኽባ ብዘይ ኣፈላላይ ዝተገብረ ስለ ዝኾነ ወታደራት ከመይ ኣቢሎም እዮም ኣባልን ዘይኣባልን ህ.ወ.ሓ.ት ክፈልጡ ዝኽእሉ ዝብል ሕቶ ኣልዒሎም እዮም፦ "ህወሓት ዝኾነን ዘይኮነን ከመይ ኣቢልኩም ፈሊጥኩም?"[831]

415. ዝተሻቐሉ ወለዲ ደቆም ናበይ ከም ዝተወሰድዎም ክፈልጡ ደልዮም ኣብ ሽረ ኣብ ዝርከብ ከባብያዊ ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ንስደተኛታት (ዩ.ኤን.ኤች.ሲ.ኣር) ተኣኪቦም እናሃለዉ ብወታደራት ኢትዮጵያ ዝተነገሮም፦ "ኣብዚኣ ኽንቀትለኩም ኢና፣ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ግን ስእልኹም ካብ ምስኣል ሓሊፉ ክሕግዘኩም ዝኽእል ነገር የብሉን።"[832]

416. ገሊኦም ናይ ረድኤት ሰራሕተኛታት ኢና ስለ ዝበሉ ተፈቲሖም እዮም፣ ብኣማኢት ግን ኣብ ጉና ማእኸል መከፋፈሊ ናብ ወታደራዊ መዓስከር ዝተቐየረ ኣብ እሱር ፀንሑ።[833] ድሕሪ ፀብፃብ ሲ ኤን ኤን ጥራሕ እዮም እቶም እሱራት ዝተፈትሑ።[834]

417. ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ከተማ ወይ ናይ ፌደራል ናይ ፖሊስ ኽዳን ዝተኸድኑ ከምኡ እውን ሓይልታት ፀጥታ ብተወሳኺ እውን "ናይ ሲቪል ክዳን ዝተኸድኑ ናይ ስለያ ሰራሕተኛታት ምዃኖም ዝጥርጠሩ" ሓዊሱ፣ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት፣ ኣብ ገዝኦም፣ ኣብ ስራሕ ቦትኦም ንተጋሩ ጠጠው የብልዎም ነበሩ።[835] እቲ ማእሰርቲ መብዝሕትኡ ግዜ ዘጋጥም እቶም እሱራት መትሓዚኦም ምኽንያት ኣብ ዘይፈልጥሉን ወይ ናይ

---

[828] ማክስ ቢራክ፣ "ኢትዮጵያውያን ስደተኛታት 'መወዳእታ ብርኪ ምፅራይ ዓሌት' ኣብ ምዕራብ ትግራይ ኣምሊጦም ከም ዝመፁ ተዛሪቦም" (*ዋሽንግቶን ፖስት*፣ 7 ታሕሳስ 2014 ዓ.ም)።

[829] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 186።

[830] ንዒማ ኢልባጊር፣ ባራባራ ኣርቫኒቲዲስ፣ ግያንሉካ መዘፍዮርን ካቲ ፖልግሌስን፣ "*ተጋሩ ነጊሮም፣ 'ኣሜሪካ ተድሕነኩም እንተኾይና ሕጂ ክንርኢ ኢና፣' ኣማኢት ብወታደራት ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣብ ዝተገፈፍሉ*" (*ሲ.ኤን.ኤን*፣ 19 ግንቦት 2013 ዓ.ም)። ዶ/ር ካትሪን ሶዚ "ዘይሕጋውን ጭካነን ዝተመልኦ ማእሰርቲ ብውሕዱ 200 ዝኾኑ ናይ ውሽጢ ተመዛበልቲ ብወታደራዊ ኽባ ኣብ ከተማ ሽረ (ክልል ትግራይ) ዝተገብሩ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣወጊዙ" (*ጋዜጣዊ መግለፂ*፣ 19 ግንቦት 2013 ዓ.ም)።

[831] ንዒማ ኢልባጊር፣ ባራባራ ኣርቫኒቲዲስ፣ ካቲ ፖልግሌስን ግያንሉካ መዘፍዮርን "ፀብፃብ ሲ.ኤን.ኤን. ስዒቡ ብኣማኢት ዝተኣሰሩ ተጋሩ ተፈቲሖም" (*ሲ.ኤን.ኤን*፣ 21 ግንቦት 2013 ዓ.ም)።

[832] ንዒማ ኢልባጊር፣ ባራባራ ኣርቫኒቲዲስ፣ ግያንሉካ መዘፍዮርን ካቲ ፖልግሌስን፣ "*ተጋሩ ነጊሮም፣ 'ኣሜሪካ ተድሕነኩም እንተኾይና ሕጂ ክንርኢ ኢና፣' ኣማኢት ብወታደራት ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣብ ዝተገፈፍሉ*" (*ሲ.ኤን.ኤን*፣ 19 ግንቦት 2013 ዓ.ም)።

[833] ንዒማ ኢልባጊር፣ ባራባራ ኣርቫኒቲዲስ፣ ግያንሉካ መዘፍዮርን ካቲ ፖልግሌስን፣ "*ተጋሩ ነጊሮም፣ 'ኣሜሪካ ተድሕነኩም እንተኾይና ሕጂ ክንርኢ ኢና፣' ኣማኢት ብወታደራት ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣብ ዝተገፈፍሉ*" (*ሲ.ኤን.ኤን*፣ 19 ግንቦት 2013 ዓ.ም)።

[834] ንዒማ ኢልባጊር፣ ባራባራ ኣርቫኒቲዲስ፣ ካቲ ፖልግሌስን ግያንሉካ መዘፍዮርን "ፀብፃብ ሲ.ኤን.ኤን ስዒቡ ብኣማኢት ዝተኣሰሩ ተጋሩ ተፈቲሖም" (*ሲ.ኤን.ኤን*፣ 21 ግንቦት 2013 ዓ.ም)።

[835] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ብብሄሮም ተጋሩ ዝኾኑ ብሓይሊ ተሰዊሮም* (12 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።

መትሓዚ ወረቐት እንተይረኣዩን እዩ።[836] መንነት እቶም ተጋሩ መብዛሕትኡ ግዜ ዝረጋገፅ ድማ ብመለለዪ መንነቶም እዩ።[837]

418. ሓደ ውፃእ መዓት ከም ዝገለፆ ሓዉን የዕርኽቱ ንሓዉን ንብዙሓት ዓመታት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነብሩ ዝነበሩ ኣብ ሾላ ፖሊስ ጣብያ ተኣሲሮም እዮም፤ ኣብ ከባቢ 27 ሰነ 2013 ዓ.ም ድማ ብተጋሩ ደቂ ተባዕትዮ ዝመልኣ ኣብ 26 ኣውቶብሳት ተፃዒኖም ክውሰዱ ተራእዮም እዮም። ክሳብ 10 ነሃሰ 2013 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ እውን እቲ ሓዉ ኣበይ ከም ዘሎ ክፈልጥ ኣይከኣለን፤[838] ክሳብ ሎሚ ተራኺቦም ዶ ኣይተራኸቡን እውን ኣይተፈልጠን ዘሎ።

419. ሂዩማን ራይትስ ዎች ኣብ ሞንጎ 21 ሰነን 12 ሓምለን 2013 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ ብውሕዱ 23 ተጋሩ ከም ዝተኣሰሩ ኣረጋጊፁ እዩ፤ ይኹን ደኣ እምበር ናይዞም ዝተሰነዱ 23 ጉዳያት ኣበይ ከም ዘለዉ ደሃዮም ኣይፍለጥን።[839] ካልኦት 110 ሰባት እውን "ደሃዮም ኣብ ዘይፍለጥ" ዝብል ተዘርዚሮም እዮም።[840]

420. ሓደ ውፃእ መዓት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ሓደ ገባሪ ሰናይ ዝሰርሕ ከም ዝገለፆ ድማ ምስ ደርዘን ዝኾኑ ካልኦት ሰራሕኛታት ኣብ ቀይዲ ከም ዝወዓሉ፣ ስዒቡ ድማ ካብ 60-80 ኣብ ዝኾና ኣውቶብሳት ተፃዒኖም ኣብ ሚዛን ተፈሪ ናብ ዝርከብ ዘይተመልአ ቤት ማእሰርቲ ምስ ካልኦት እሱራት ሓዊሶም ወሲደሞም።[841] ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ኣብ ሚዛን ተፈሪ ኣብ ደቡብ ኢትዮጵያ፣ 3,000 እሱራት ተጋሩ ናብ 18 ክፍልታት ክኣትዉ እዮም ተገዲዶም፣ እዚ ማለት ልዕሊ 20 ሰባት ኣብ ኣርባዕተ ሜትር ካሬ ይኾኑ ኣለዉ ማለት እዩ።[842] ብመሰረት ላዕለወይቲ ኮሚሽነር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንሰብኣዊ መሰላት ዝኾነት ሚሸል ባሽሌት እቶም እሱራት ታራ ሰባት ተጋሩ እዮም፣ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኢ.ኤች.ኣር.ሲ) ከም ዝበሎ ድማ ብትግራዋይ ብሄርነቶም ጥራሕ እዮም ተፈልዮም (እዚ ክፍለጥ ዝኽኣለ ድማ ኣብ ምፅራይ መለለዪ መንነት ወይ ድማ መበቆላዊ ቋንቋኦም ኣብ ዝዛረብሉ ግዜ እዩ)።[843]

421. ኣብ ዓፋር እውን ኣሽሓት ተጋሩ ተኣሲሮም እዮም።[844] ንኣብነት ብዕለት 09 ታህሳስ 2014 ዓ.ም ኣብ ኣብዓላ ፍሉይ ሓይሊ ዓፋር ንነበርቲ ተጋሩ ብጃምላ ናብ መኻይን ፅዒነሞም፣ ናብ ርእሰ ኸተማ ዓፋር ዝኾነት ሰመራ ድማ ወሰድዎም።[845] እቲ ቑፅሪ 12,000 እዩ ዝብል ንሮይተረስ ዝተነገሮ ክረጋገፅ ኣይከኣለን፣ ግን ፍልፍላት ሮይተርስ ዝሓበርዎ ሰሎዳ ኮለጅ ኣብ ዝብሃል ኣብ ጥቓ ሰመራ ኣሽሓት ኣብ ግዝያዊ ቤት ማእሰርቲ ከም ዝተኣሰሩ እዩ።[846] ተጋሩ ካብ ማሕበረሰብ ዓፋር ክበፅሖም ዝኽእል መጥቃዕቲ

---

[836] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 174።

[837] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ _ኢትዮጵያ፡ ብብሄሮም ተጋሩ ዝኾኑ ብሓይሊ ተሰዊሮም_ (12 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።

[838] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ _ኢትዮጵያ፡ ብብሄሮም ተጋሩ ዝኾኑ ብሓይሊ ተሰዊሮም_ (12 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።

[839] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ _ኢትዮጵያ፡ ብብሄሮም ተጋሩ ዝኾኑ ብሓይሊ ተሰዊሮም_ (12 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።

[840] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ _ኢትዮጵያ፡ ብብሄሮም ተጋሩ ዝኾኑ ብሓይሊ ተሰዊሮም_ (12 ነሓሰ 2013 ዓ.ም)።

[841] ዳዊት እንደሻውን ካትሪን ሆረልድን፣ "ቀታሊ ማእሰርቲ" (_ሮይተርስ_፣ 10 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[842] ዳዊት እንደሻውን ካትሪን ሆረልድን፣ "ቀታሊ ማእሰርቲ" (_ሮይተርስ_፣ 10 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[843] ዳዊት እንደሻውን ካትሪን ሆረልድን፣ "ቀታሊ ማእሰርቲ" (_ሮይተርስ_፣ 10 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[844] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 189።

[845] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 189-190።

[846] ዳዊት እንደሻውን ካትሪን ሆረልድን፣ "ቀታሊ ማእሰርቲ" (_ሮይተርስ_፣ 10 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

ንድሕነቶም ክብሃል እዮም ኽግዕዙ ዝተገብረ እኳ ዝብሃል እንተኾነ፣ ኩነታት ማእሰርቶም ግን ዘይሰብኣዊ እዩ ዝነበረ።[847] ካብቶም እሱራት 11 ህፃውንቲ ዝርከብዎም 63 ዝኾኑ ሞይቶም እዮም።[848]

422. ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ኣብ ኩሎም ቦታታት ተጋሩ እሱራት መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ሕጊ ምኽሪ ከይረኽቡ ይኽልከሉ እዮም ዝነበሩ፣ ስድርኦም ድማ እቶም ኣባላት ስድርኦም ኣበይ ከም ዘለዉ ኣይተነገሮምን ወይ ድማ ኽርእይዎም ኣይፍቀደሎምን ዝነበረ።[849] ክልተ እሱራት ከም ዝበልዎ ድማ ንዓኣቶም ወፍሪ “ደጊምካ ምስትምሃር” ከም ዝነበረ፣ “እዚ ምስትምሃር ድማ ናይ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብዪ ኣሕመድ ፖለቲካዊ ውድብ ምጉስጓስ” ዝሓቁፍ እዩ።[850]

423. መብዛሕትኡ ግዜ እቶም እሱራት ኣብ መዓልቲ ሓደ ግዜ ጥራሕ እዮም ምግቢ ዝወሃቡ፣ ንሱ እውን እንተተረኺቡ እዩ፤ ብዙሓት እሱራት ኣብ ብጣዕሚ ዝተጨናነቑ፣ ልዕሊ መጠን ሃሩር ኣብ ዘለዎም ክፍልታት እዮም ብሓንሳብ ዝነብሩ።[851] ሓደ ዘምለጠ እሱር ከም ዝበሎ ኣብ ሓደ ማእኸል ኣብ ምዕራብ ኣባያ ልዕሊ 1,500 ዝኾኑ ሰባት ኣብ እሱር ምህላዎም እዩ።[852] ሓደ እሱር ወታደር ዝተዛረቦ ድማ ንሱ ኣብ ዝተኣሰረሉ ቦታ ልዕሊ 400 ካልኦት ተጋሩ ኣለዉ ዝብል እዩ።[853] ንሕክምናዊ ኽንክን ዕድላት ኣይነበረን፣ ወይ ድማ ይኽልከል እዩ ዝነበረ፤ ማይን ናይ ፅሬት ኣቕርቦትን ዳርጋ ኣይነበረን።[854]

424. ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ኣብ ሚዛን ተፈሪ ኩነታት ማእሰርቲ ምሒር ሕማቕ እዩ ዝነበረ፤ ንዋርድያታት ብላዕ ሂብካ እንተዘይኮይኑ ሕክምናዊ ኽንክን ናይ ምርካብ ዕድል ኣይነበረን፤ መውቃዕትታት ተደጋጋምቲ እዮም፤ መደቀሲ ኽፍልታት ረሳሓትን ዝተጨናነቑን እዮም።[855] ማይ ቡንባ ኣይነበረን፣ ማይ ውሑድ እዩ። እሱራት ናይ 15 ደቓይቕ ናይ ሽቓቕ ዕርፍቲ ጥራሕ እዩ ዝፍቀደሎም፣ ይኹን እምበር ነዊሕ መስርዕ ብምህላዉ ክሳብ ዝፅበዩ ይረስሑ ማለት እዩ። ቁማላት፣ በላዒቶታትን ዓሶን ጉርጉራት እዮም ዝነበሩ። ብዙሓት እሱራት ተጋሩ ኣብ እሱር እንዳሃለዉ ሞይቶም እዮም፣ ናይ ገሊኦም እንካ ሰኣን ኽንክን እዩ። ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ናብ ቤት ማእሰርቲ ቐሪቡ ክዕዘብ ዕድል ኣይረኸበን።[856]

425. ኣብ ኩሎም ናይ ማእሰርቲ ቦታታት ኣገዲድካ ምድፋርን ካልኦት መልክዓት ፆታዊ ዓመፅን ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ልሙድ እዩ ዝነበረ፣ ፈፀምቱ ድማ ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ፣ ሃገራዊ ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ፋኖን፣ ከምኡ እውን ፍሉይ ሓይሊ ዓፋርን እዮም።[857]

---

[847] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 191-196።

[848] ዳዊት እንደሻውን ካትሪን ሆረልድን፣ “ቀታሊ ማእሰርቲ” (*ሮይተርስ*፣ 10 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[849] ካራ ኣናን ኣንድሪው ድሬክን፣ “‘ውሽጥና ነፅሪ’፡ ኢትዮጵያ ኣብ ክሊ ኩናት ተጋሩ ኣሲራ” (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 21 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)።

[850] ካራ ኣናን ኣንድሪው ድሬክን፣ “‘ውሽጥና ነፅሪ’፡ ኢትዮጵያ ኣብ ክሊ ኩናት ተጋሩ ኣሲራ” (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 21 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)።

[851] ካራ ኣናን ኣንድሪው ድሬክን፣ “‘ውሽጥና ነፅሪ’፡ ኢትዮጵያ ኣብ ክሊ ኩናት ተጋሩ ኣሲራ” (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 21 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)፤ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 175፣ 181-182፣ 191።

[852] ካራ ኣናን ኣንድሪው ድሬክን፣ “‘ውሽጥና ነፅሪ’፡ ኢትዮጵያ ኣብ ክሊ ኩናት ተጋሩ ኣሲራ” (*ኣሶሼይትድ ፕረስ*፣ 21 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)። *ከምኡ እውን ተወከስ* ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 162።

[853] ካራ ኣናን ኣንድሪው ድሬክን፣ “‘ውሽጥና ነፅሪ’፡ ኢትዮጵያ ኣብ ክሊ ኩናት ተጋሩ ኣሲራ” (*ኣሶሼይትድ ፕረስ*፣ 21 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)።

[854] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 175፣ 181-182፣ 191።

[855] ዳዊት እንደሻውን ካትሪን ሆረልድን፣ “ቀታሊ ማእሰርቲ” (*ሮይተርስ*፣ 10 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[856] ዳዊት እንደሻውን ካትሪን ሆረልድን፣ “ቀታሊ ማእሰርቲ” (*ሮይተርስ*፣ 10 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[857] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 174፣ 177፣ 187-188፣ 192-193፣ 195።

426. ብድምር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝገመቶ ኣብ ሞንጎ ሕዳርን ለካቲትን 2014 ዓ.ም 15,000 ተጋሩ ተኣሲሮም እዮም፤ ሮይተርስ ዝገበሮ ምፅራይ ግን እቲ ቑፅሪ ብ3,000 ይውስኽ እዩ ይብል፣ ሓደ ተቓዋሚ ጉጅለ ኣብ ትግራይ ድማ ነቲ ቑፅሪ “ብዓሰርተታት ኣሽሓት” እዩ ዝግምቶ።[858] መንግስቲ ዋላ እኳ ተጋሩ ካብ ቤት ማእሰርቲ ተፈቲሖም እዮም ዝብል መረጋገፂ እንተሃበ ኣብ ወርሒ ሰነ 2014 ዓ.ም 9,000 ዝኾኑ ተጋሩ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ነይሮም እዮም።[859] ሕጂ ተፈቲሖም ዶ ኣይተፈትሑን ዝብል ግን ግልፂ ኣይኮነን።

## 5. ቅትለታት

427. እቶም ኣብ ላዕሊ ከም ዝተኸልከሉ ተግባራት ፅንተት ዝተገለፁ (ኣብ ክፍሊ 5.ረ.1) ተመሳሰልቲ ተግባራት ቕትለት ኣንፃር ኢትዮጵያዊ ሰላማዊ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ክሊ ዝተፈፀመ መጠነ-ሰፊሕ መጥቃዕቲ ዝተፈፀሙ ስለዝኾኑ ቅትለት ከም ገበን ኣንፃር ሰብኣውነት እውን ዘጣይሹ እዮም ኢልካ ከእምን ዝኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ።

428. ኣብ ላዕሊ ኣብ ክፍሊ 5.ረ.1 ከም ዝተገለፀ፣ ዝተቐትሉ ተጋሩ ቁፅሮም ብልክዕ ኣይፍለጥን። ብዙሓት ዘይመንግስታውያን ትካላት፣ ጋዜጠኛታት፣ ተመራመርቲ ከምኡ እውን ጉጅለታት ዳያስፖራ ነቶም ቕትለታት ክስንዱ ደልዮም ነይሮም እዮም።[860] ንኣብነት ኣብ መጋቢት 2016 ዓ.ም ዳታቤዝ ‘*ኢትዮጰያ፡ ኩናት ትግራይ*’ ዝዘርዘሮም ሪፖርት ዝተገብሩ ሓደጋታት ብጠቕላላ ቑፅሮም 3,789 ኮይኑ ጉጅለ ፈፀምቲ መን ‘ዮም ዝብል እንትፃረ ድማ “ብፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ ወይ ፋኖ ምልሻ” (152 ግዳያት)፣ “ብሃገራዊ ምክልኻል ሰራዊት ኢትዮጵያ” (1,369 ግዳያት)፣ ከምኡ እውን “ብሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ” (2,268 ግዳያት) እዮም።[861] ዌብሳይት ትግሃት “ዝርዝር ግዳይ” ብዝብል ዘሐተሞ ድማ 3,615 ሽም ዝሓዘ ኾይኑ ዝተኣከበሉ መንገዲ ድማ ካብ ቃል መሰኻኽር፣ ብናይ ቤተ-ሰብ ሓበሬታ፣ ብናይ ፌስቡክ ልጣፉትን ዜናታትን እዩ።[862] ክልቲኦም ዝርዝራት ዝተማልኡ ኣይኮኑን። ካልኦት ብውልቆም ዘፅንዑ ኣካላትን ናይ ውሽጢ ዓዲ ጋዜጠኛታትን ኣብ ባይታ ወሪዶም ምስ ስድራ እቶም ዝተቐትሉ ከምኡ እውን ምስቶም ፈፂሞሞ እዮም ተባሂሎም ዝዝረበሎም ኣካላት ቃለ መሕተት ኣካይዶም ቁፅርን ሽምን እቶም ዝሞቱ ኣኪቦም እዮም።[863]

429. ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ፅንተት ተፈፂሙ እዩ ንዝብል ስምዕታ ንምትንታን ካብ ዝተገለፁ ተግባራት ቅትለት ብተወሰኺ ምስ መጥቃዕቲ ሰላማዊ ህዝቢ ትግራይ ብግልፂ ዝተሓሓዙ ሪፖርት ዝተገብሩ ካልኦት ኣጋጣሚታት መቕተልቲ ኣለዉ እዮም፤ እቶም ብፍሉይ በኦም ቕትለታት ግዳያት ዝኾኑ ግን ተጋሩ ዘይክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

---

[858] ዳዊት እንደሻውን ካትሪን ሆረልድን፣ “ቀታሊ ማእሰርቲ” (*ሮይተርስ*፣ 10 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[859] ዳዊት እንደሻውን ካትሪን ሆረልድን፣ “ቀታሊ ማእሰርቲ” (*ሮይተርስ*፣ 10 ሰነ 2014 ዓ.ም)።

[860] *ከምኡ እውን ተወከስ* ጃሰን ብሩክ፣ “ኢትዮጵያ፡ ኣብ ጨፍጨፍ ትግራይ 1,900 ህዝቢ ዝተቐትለ ህዝቢ ተፈሊጡ” (*ዘ ጋርድያን*፣ 24 መጋቢት 2013 ዓ.ም)፤ ኤ.ፒ. “ብርኪ ግፍዕታት ኣብ ኩናት ኢትዮጵያ ዕላዊ ሰነድ ገሊፁ” (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 12 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)።

[861] ኢትዮጵያ፡ ኩናት ትግራይ፣ ዳታቤዝ፣ ግዳያት (ዝቐረበ ግዜ ዝተርኣየሉ 14 መጋቢት 2016 ዓ.ም)።

[862] ትግሃት፣ ዝርዝር ግዳይ (ዝቐረበ ግዜ ዝተርኣየሉ 14 መጋቢት 2016 ዓ.ም)።

[863] ነዚ ፀሓፊ ዝተውሃበ ምሽጥራዊ ፍልፍል።

430. ንኣብነት ብዕለት 13 መጋቢት 2013 ዓ.ም ሰራሕተኛታት ዶብ ኣልቦ ሓኻይም/መዲስንስ ሳንስ ፍሮንቲርስ (ኤም.ኤስ.ኤፍ) ካብ መቐለ ንዓዲግራት ኣብ ዝወስድ መንገዲ ብውሕዱ 4 ሰብኡት ካብ ፍርዲ ወፃኢ ክቕተሉ ርእዮም እዮም።[864] እዚኣቶም ካብቶም ብዙሓት ካብ ኣውቶብስ ብወታደራት ኢትዮጵያ ክወርዱ ተገይሮም፣ እተን ኣንስቲ ድማ ተፈልየን ክኸዳ ይንገረን እሞ እቶም ሰብኡት ድማ ብተኹሲ ዝቕተሉ እዮም። ዋላ እኳ እታ ጉጅለ ዶብ ኣልቦ ሓኻይም (ኤም.ኤስ.ኤፍ) ክትከይድ እንተተፈቕደላ፣ ቁሩብ ፈንተት ምስ በለት ግን ጠጠው ኣቢሎማ እዮም፣ ገናሒ መኪና ዶብ ኣልቦ ሓኻይም ድማ ወታደራት ኢትዮጵያ ካብ መኪና ኣውሪዶም ወቕዕዎ። ናይ ጉጅለ ዶብ ኣልቦ ሓኻይም ተሽከርካሪት ምኳና ግልፂ ምልክት ብዝተገብረላ እዮም ዝጎዓዙ ዝነበሩ።[865] ኣብ ሓገዝ ሰብኣውነት ንዝተዋፈሩ ሰራሕተኛታት መጥቃዕቲ ምፍፃም ኹልኩል ኮይኑ እዚ ድማ ምስ መጥቃዕቲ ኲናት ገበን ክቑፀር ዝኽእል መጥቃዕቲ ዘጣይሽ እዩ።

431. ዕለት 20 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም ሓደ ሰራሕተኛ ማሕበር ረድኤት ትግራይ ምስ ትካል ዓለምለኸ ልምዓት ሕቡራት መንግስታ ኤሜሪካ ተሓባቢሩ ዝሰርሕ፣ ኣብ ወረዳ ቆላ ተምቤን ብተኹሲ ተቐቲሉ እዩ።[866]

432. ብዕለት 18 ሰነ 2013 ዓ.ም ሰለስተ ናይ ዶብ ኣልቦ ሓኻይም ናይ ረድኤት ሰራሕተኛታት ተቐቲሎም ካብ መኪኖኦም ወፃእ ድማ ካብ ባይታ ወዲቖም ተረኺቡ።[867] ሰለስቲኦም ሰራሕተኛታት ሰብኣውነት ምኳኖም ብግልፂ ዝፍለጡ እዮም፤ ከምኡ ስለ ዝኾነ እውን ወትሩ ናይ ዓለም ለኻዊ ሕጊ ሰብኣውነት ከለላ ዝግበረሎም ዝነበሩ እዮም፤ ዝተቐተሉሉ እውን ብቕርበት ብዝተተኮሰ ጥይት ምኳኑ እቲ መውጋእቶም የርእይ እዩ፣ እዚ ዝሕብሮ ድማ ኮነ ተባሂሉ ዝተቐትሉ ምኳኖም እምበር ኣብ ልውውጥ ተኹሲ ዘጋጠመ ኣይኮነን።[868] እታ መኪኖኦም እውን ተተኲስዋን ዳርጋ ሙሉእ ብሙሉእ ተቓፂላን እያ።[869]

433. ብሓፈሻ “ብውሕዱ 23 ሰራሕተኛታት ረድኤት ሰብኣውነት ኣብ ትግራይ ተቐቲሎም እዮም።”[870]

## VII. ርኽበታት ኣብ ገበን ኲናት

### ሀ. ፅማቕ ሓሳብ ሕጊ ኣብ ገበን ኲናት

434. ዓለም ለኸ ሕጊ ሰብኣውነት (ኣይ ኤች ኤል) ስምምዕ ሕግን (ከም ስምምዓት ጀኔቫን ናታቶም ተወሰኽቲ ስምምዓትን) ልምዳዊ ዓለም ለኸ ሕግን ዝሓቖፈ እዩ። ኣብ ተግባር ዝውዕል ድማ ኣብ ሞንጎ ኽልተ ወይ ልዕሊኡ ሃገራት ዕጥቃዊ ጎንፂ ክህሉ እንተሎን (ዓለም ለኻዊ ዕጥቃዊ ጎንፂ) ወይ ድማ ኣብ ሞንጎ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ሃገራትን መንግስታዊ ዘይኮነ ዝተወደበ ዕጥቃዊ ጉጅለን ወይ ኣብ ሞንጎ ኽምዚኦም ዝበሉ ጉጅለታት (ዓለም ለኻዊ ዘይኮነ ዕጥቓዊ ጎንፂ) እንተ ኣጋጢሙ እዩ። ትሕዝቶ እቲ ኣብ

---

864 ሓኻይም ብዘይ ዶብ፣ “ኢትዮጵያ፡ ኣብ ትግራይ ሰብኡት ካብ መኪና ክወርዱ ተገይሮም ክቕተሉ ሰራሕተኛታት ዶብ ኣልቦ ሓኻይም ርእዮም” (ኤም.ኤስ.ኤፍ፣ 16 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

865 ሓኻይም ብዘይ ዶብ፣ “ኢትዮጵያ፡ ኣብ ትግራይ ሰብኡት ካብ መኪና ክወርዱ ተገይሮም ክቕተሉ ሰራሕተኛታት ዶብ ኣልቦ ሓኻይም ርእዮም” (ኤም.ኤስ.ኤፍ፣ 16 መጋቢት 2013 ዓ.ም)።

866 ካትሪን ሆረልድን ጉልያ ፓራቪቺኒን፣ *“ፍሉይ፡ በዓል መዚ ሕቡራት መንግስታት ሓይልታት ኤርትራ ኮነ ኢሎም ትግራይ ብምጥማይ ከሲሱ”* (*ሮይተርስ*፣ 4 ሰነ 2013 ዓ.ም)፤ ግን *ተወከስ* ቲም ቫንደን በምት፣ ሶፌ ኣኒስ፣ እምነት ነጋሽ፣ ሮቢን ሂኪረን ጃን ኒይሰንን፣ *ትግራይ፣ ጎንፂ ሓደ ዓመት - ጉድኣት ዕጥቃዊ ጎንፂ፣ 2013-2014 ዓ.ም - ትግራይ (ኢትዮጵያ)* (ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዋ፣ 2014 ዓ.ም )፣ ገፅ 4 (11 ሰራሕተኛታት ማሕበር ረድኤት ትግራይ ኣብቲ ፍፃመ ምቕታሎም ኣመልኪቱ ፀብፃብ ኣብ ዝቐርበሉ ግዜ)።

867 ዲክላን ዎልሽ፡ “3 ሰራሕተኛታት ረድኤት ሓኻይም ብዘይ ዶብ ኣብ ትግራይ ተቐቲሎም” *(ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 18 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

868 ሓኻይም ብዘይ ዶብ፣ “ኢትዮጵያ፡ ክሳዕ ሎሚ ንቕትለት ሓኻይም ብዘይ ዶብ ማርያ፣ ቴድሮስን ዮሃንስን ኣብ ትግራይ ተሓታትነት ኣይተረጋገፀን” (ኤም.ኤስ.ኤፍ.፣ 11 ጥሪ 2014 ዓ.ም)።

869 ሓኻይም ብዘይ ዶብ፣ “ኢትዮጵያ፡ ክሳዕ ሎሚ ንቕትለት ሓኻይም ብዘይ ዶብ ማርያ፣ ቴድሮስን ዮሃንስን ኣብ ትግራይ ተሓታትነት ኣይተረጋገፀን” (ኤም.ኤስ.ኤፍ.፣ 11 ጥሪ 2014 ዓ.ም)።

870 ቲም ቫንደን በምት፣ ሶፌ ኣኒስ፣ እምነት ነጋሽ፣ ሮቢን ሂኪረን ጃን ኒይሰንን፣ *ትግራይ፣ ጎንፂ ሓደ ዓመት - ጉድኣት ዕጥቃዊ ጎንፂ፣ 2013-2014 ዓ.ም - ትግራይ (ኢትዮጵያ)* (ሕድሕድ ጉድኣት ዋጋ ኣለዋ፣ 2014 ዓ.ም )፣ ገፅ 4።

ዓለም ለኻውን ዓለም ለኻዊ ዘይኮነን ዕጥቃዊ ጎንፂ ተግባራውነት ዝህልዎ ሕጊ ብመጠኑ ክፋላለ ዝኽእል እኳ እንተኾነ፣ ነቲ ተግባራውነት ዘለዎ ሕጊ ምጥሓስ ግን ነታ በዚ ተግባር ተሓታትነት ዝለግባ ሃገር ማዕረ ዓለም ለኻዊ ተሓታትነት ዘስዕብ እዩ። ኣብ ሕድሕድ ኩነታት ተግባራውነት ዘለዎ ንኡሽተይ ዛዕባ ዓለም ለኸ ሕጊ ሰብኣውነት ብዝምልከት፣ ሓደ ተግባር ጥሕሰት ከም ገበን ኲናት እውን ውልቃዊ ተሓታትነት ከምፅእ ይኽእል እዩ። ብኻልእ ኣገላልፃ ኩሎም ገበናት ኲናት ጥሕሰት ዓለም ለኸ ሕጊ ሰብኣውነት ክኾኑ እንተለዉ፣ ኩሎም ጥሕሰታት ዓለም ለኸ ሕጊ ሰብኣውነት ግን ገበናት ኲናት ኣይኮኑን።

435. ገበን ኲናት ንምጥያሽ ግድን ክረጋገፅ ዘለዎ፡ (ሀ) ዓለም ለኻዊ ወይ ዓለም ለኻዊ ዘይኮነ ዕጥቃዊ ጎንፂ ምህላዉ፤ (ለ) ኣብ ሞንጎ እቲ ጎንፅን ተግባር እቲ ፈፃምን ምትእስሳር ምህላዉ፣ ከምኡ እውን፣ (ሐ) ተግባር እቲ ፈፃሚ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ፍሉይ(ያት) ሕጊ (ታት) ዓለም ለኸ ሕጊ ሰብኣውነት ዝጠሓሰን ውልቃዊ ተሓታትነት ገበን ዘስዕብን ክኸውን ኣለዎ። ዋላ እኳ ሙሉእ ዝርዝር ገበናት ኲናት ኣብ ልምዳዊ ዓለም ለኻዊ ሕጊ ዘለዉ እንተዘይኮኑ ከምኡ እውን እቶም ድንጋገታት ብኹሎም መዳያት ልምዳዊ ሕጊ ዘንፀባርቑ እንተዘይኮኑ፣ ዓንቀፅ 8 ይ ዓለም ለኻዊ ገበናዊ ቤት ፍርዲ ዘጠየሽ ሕጊ ሮም ን ናይ ብዙሓት ቀንዲ ኣገደስቲ ገበናት ጠቓሚ ፅማቑ ኣቕሚጡ እዩ።

436. ኣብ ሞንጎ 25 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ምን 23 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ምን ኣብ ዝነበረ ግዜ ብሙሉኡ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን መንግስቲ ዘይኮነ ዝተወደበ ዕጡቕ ጉጅለን (ህወሓት) ዓለም ለኻዊ ዘይኮነ ዕጥቃዊ ጎንፂ ከም ዝነበረ (ነዚ ፀብፃብ ዘገድስ እውን እዚ እዩ) ብጣዕሚ ብዙሕ ዘጠራጥር ኣይኮነን።[871] እዚ መደምደምታ ኤርትራ ብምእታዋ ዝቕየር ኣይኮነን፤ ምኽንያቱ ሓይልታት ኤርትራ ብድሌት ኢትዮጵያ እዮም ተንቀሳቒሶም፤ ከምኡ እውን ናይ ኢትዮጵያ ግደ ኣብቲ ኹናት ክድግፉ እዮም ኣትዮም።[872] እቲ ጎንፂ ሕጋዊ ኹነታት እኹል ምውዳድ እቶም ኣካላት ኣማሊኡ እዩ፣ ከምኡ ድማ ናይቶም ተፃብኦታት ዕምቆት ካብ ከም ዕግርግርን ዝተነፃፀሉን ሓለሓሊፎም ዘጋጥሙን ተግባራት ዓመፅን ዝኣመሰሉ ውሽጣዊ ሕንፍሽፍሻትን ውጥረታትን ንላዕሊ እዩ።

437. ገበናት ኲናት ክፍፀሙ ዘለዎም ምስ ኩነታት ዕጥቃዊ ጎንፂ ተዛሚዶም (ቅድመ ኹነት "ምትእስሳር" ዝብሃል) እዮም። እዚ ቅድመ ኹነት ብመንፅር ኣገደስቲ ኸባብያዊ ኹነታት እዩ ኽግምገም ዘለዎ። እንተወሓደ፣ እቲ ጎንፂ "ናይቲ ፈፃሚ [ነቲ ገበን] ንምፍፃም ኣብ ዘለዎ ተኽእሎ፣ ንምፍፃም ዝገበሮ ውሳነ፣ ዝተፈፀመሉ ኣገባብ ወይ ዝተፈፀመሉ ዕላማ" ዓብዪ እጃም ክህሉዎ ኣለዎ።[873] ነቲ ምትእስሳር ከረጋግፅ ዝኽእሉ ኣገደስቲ ባእታታት ካብ ዝኾኑ ገሊኦም "እቲ ፈፃሚ ተዋጋኣይ ምዃኑ ዘርእይ ኩነት፣ እቲ ግዳይ ዘይተዋጋኣይ ምዃኑ ዘርእይ ኩነት፤ እቲ ግዳይ ኣባል ናይቲ ዝቃወም ዘሎ ኣካል ምዃኑ ዘርእይ ኩነት፤ እቲ ተግባር ንወታደራዊ ወፍሪ ኽገልግል ዝዓለመ እዩ ዝብሃል ንምዃኑ ዘርእይ ኩነት፤ ከምኡ እውን እቲ ገበን

[871] *ከምኡ እውን ተወከስ ኣብ ላዕሊ* ኣብ ዓንቀፅ 12። *ከምኡ እውን ተወከስ* ጀኔቫ ኣካዳሚ ዓለም ለኸ ሕጊ ሰብኣውነትን ሰብኣዊ መሰላትን። 'ዓለም ለኻዊ ዘይኮነ ዕጥቃዊ ጎንፂ ኣብ ኢትዮጵያ ክልል ትግራይ' (13 ጥሪ 2013 ዓ.ም)።

[872] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 90፣ 91።

[873] *ተወከስ* ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን፣ *ኩነታት ኣብ ኣፍጋኒስታን*፣ ፍርዲ ኣብ ይግባይ ኣንፃር ውሳነ ኣብ ኩነታት ኢስላማዊ ሪፓብሊክ ኣፍጋኒስታን ንምምርማር ዝተውሃበ ስልጣን ኣመልኪቱ፣ ኣይ.ሲ.ሲ.-02/17-138 ኦ.ኤ.4፣ 26 ለካቲት 2012 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 69-70፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭ፣ *ዓቃብ ሕጊ ምስ ኩናራክን* ካልኦትን፣ ኣይ.ቲ.-96-23 ከምኡ እውን ኣይ.ቲ.-96-23/1-ኤ.፣ ፍርዲ፣ 05 ሰነ 2014 ዓ.ም ዓንቀፃት 58-60 ("ወሲኹ ዝረኣዮ ድማ እቲ ቐንዲ ንገበን ኲናት ካብ ፅሩይ ዘቤታዊ ገበን ዝፈልዮ ገበን ኲናት በቲ ዕጥቃዊ ጎንፂ ዝተፈፀመሉ ከባቢ መልክዕ ይሕዥ እዩ ወይ ድማ ኣብኡ ፅግዕተኛ እዩ። ግድን ብትልሚ ዝተሰርሐ ወይ ድማ ብዝኾነ ዓይነት ፖሊሲ ዝተደገፈ ክኸውን የብሉን። እቲ ዕጥቃዊ ጎንፂ ናይ ግድን ጠንቂ ነቲ ምፍፃም ገበን ክኸውን የብሉን"።)

ዝተፈፀመ ከም ኣካል ዕላማ ናይቲ ፈፃሚ መንግስታዊ ግዴታ ምዃኑ ዘርእይ ኩነት" ይሓቁፍ።[874] ኣብዚ ፀብፃብ ዝተገልፁ መብዝሕትኦም ኣጋጣምታት ነቲ ናይ ምትእስሳር ቅድመ ኹነት ናይ ምምላእ ተኽእልኦም ዝለዓለ እዩ፤ እዚ ዝኾውን ድማ ብተደጋጋሚ ምስቲ ኣብ ትግራይ ዘሎ ዕጥቃዊ ጎንፂ ምስ ሓደ ኣካል ብዝዛመዱ ሰባት ኣንፃር እቲ ፀላኢ ኣካል ምስ ዝዛመዱ ሰባት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ፤ እቲ ፈፃሚ ወትሩ ተዋጋኣይ እቲ ግዳይ ድማ ዘይተዋኣጋይ እንተኾይኑ፤ ከምኡ እውን እቲ ጎንፂ ምህላዉ እቶም ሓደጋታት ንኽፍፀሙ ዝኽእል መሳርሕን ዕድልን እንድሕር ኣመቻችዩ እዩ።

### ለ. ፀረ ተጋሩ ዝተፈፀሙ ገበናት ኲናት

438. ኣብ ጎንፂ ትግራይ ዓለም ለኸ ሕግታት ሰብኣውነት ተጣሒሶም እዮም ዘብል እኹል ሓሬታ ዘሎ እዩ ዝመስል፤ እዚ ድማ ውልቃዊ ተሓታትነት ከስዕቡ ዝኽእሉ ሕግታት ዝሓቖፈ ኾይኑ ከምኡ እውን ነዚ ስዒቡ ገበናት ኲናት ተፈፂሞም እዮም። ብርግፅ ብዕለት 11 መጋቢት 2015 ዓ.ም ፀሓፊ ወፃኢ ጉዳያት ሚኒስቴር ሕቡራት መንግስታት ኤሜሪካ ኣንቶኒ ጀይ ብሊንክን ዝዘርግሖ ጋዜጣዊ መግለፂ "ኣባላት ሃገራዊ ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ፣ ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ፣ [...] ከምኡ እውን ሓይልታት ኣምሓራ ኣብ እዋን እቲ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዝነበረ ጎንፂ ገበናት ኲናት ከም ዝፈፀሙ ገሊፁ እዩ።"[875]

439. ከም ኣብነት ፍሉይ ምስትውዓል ዘድልዮ ድማ እቲ ሪፖርት ዝተገብረ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ተግባር - እንድሕር ተረጋጊፁ - ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚ ዓለም ለኻውያንን ኣብ ዘይኮኑ ዕጥቃዊ ጎንፅታት ተፈፃምነት ንዘለዎ ሓበራዊ ዓንቀፅ 3 ስምምዓት ጀኔቫ ዝጥሕስ፣ ከምኡ ድማ ከም ኣገዲድካ ምድፋር ዝኣመሰሉ ካልኦት ገበናት ኲናት ዘማልእ ምዃን ዕድሉ ዝለዓለ እዩ ኢልካ ከእምኑ ዝኽእሉ ምኽንያታዊ መበገስታት ኣለዉ እዮም።[876] እዚ ዓንቀፅ እዚ እቲ "ዝተሓተ መዐቀኒ" ተባሂሉ ዝግለፅ ኮይኑ፣ ኣብ ኩሎም ጎንፅታት ተፈፃምነት ዘለዎ "መባእታዊ ኣተሓሳስባ ሰብኣውነት" ዘንፀባርቕ እዩ።[877] እዚ ኩሎም ኣብ ተፃብኦታት ንጡፍ ተሳትፎ ዘይብሎም ሰባት፣ ብሰንኪ ስንክልንኡ ክዋጋእ ዘይከኣለ እውን ሓዊሱ፣ "ኣብ ኩሉ ኹነታት ብዓሌት፣ ቀለም፣ ሃይማኖት ወይ እምነት፣ ፆታ፣ ተወላድነት ወይ ሃፍቲ፣ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ረቛሒ ዝተጋነነ ፍልልይ እንተይገበርካ ብሰብኣውነት ክተሓዙ ከም ዘለዎም" ዝጠልብ እዩ። ብፍላይ፣ ኣብዚ ፀብፃብ እዙይ ንዘለዉ ስምዕታታት ኣገዳሲ ዝኾነ ድማ፤ ብፍሉይ ንኹሎም ዓይነታት ቅትለት ሓዊሱ ክልከላ ግህሰት ህይወትን ሰብነትን፣ ኣካል ምጉዳል፣ ናይ ጨካነ ኣተሓሕዛ፣ ስቅያት፣ ምግሃስ ውልቃዊ ኽብርን ብፍላይ ድማ መዋረድን መሕሰርን ኣተሓሕዛ ከይፍፀሙ ዝተገበሩ ክልከላታት ዝሓቖፈ እዩ።[878] ጥሕሰታት ሓበራዊ ዓንቀፅ 3 ውልቃዊ ተሓታትነት ከም ዘስዕብ ካብ ጥርጣረ ወፃኢ ኾይኑ ብስሩ እውን ገበናት ኲናት እዮም።[879]

---

[874] *ተወከስ* ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን፣ *ኩነታት ኣብ ኣፍጋኒስታን*፣ ፍርዲ ኣብ ይግባይ ኣንፃር ውሳነ ኣብ ኩነታት ኢስላማዊ ሪፓብሊክ ኣፍጋኒስታን ንምምርማር ዝተውሃበ ስልጣን ኣመልኪቱ፣ ኣይ.ሲ.ሲ-02/17-138 ኦ.ኤ.4፣ 26 ለካቲት 2012 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 69፡ ኣይ.ሲ.ሲ.፣ ዓቃቢ ሕጊ ምስ ንታጋንዳ፣ ፍርዲ ኣብ ናይ ኣቶ ንታጋንዳ ይግባይ ኣንፃር "ካልኣይ ውሳነ ኣብ ናይ መከላኸሊ ፈተና ኣብ ስልጣን እቲ ቤት ፍርዲ ኣብ 6ይን 9ይን ክስታት፣"፣ ኣይ.ሲ.ሲ.-01/04-02/06-1962፣ 08 ሰነ 2009 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 68፤ ዓለም-ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭ፣ *ዓቃብ ሕጊ ምስ ኩናራክን ካልኦትን*፣ ኣይ.ቲ.-96-23 ከምኡ እውን ኣይ.ቲ.-96-23/1-ኤ.፣ ፍርዲ፣ 05 ሰነ 2014 ዓ.ም ዓንቀፅ 59።

[875] ወፃኢ ጉዳይ ሚኒስቴር ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፣ <u>ገበናት ኲናት፣ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት፣ ከምኡ እውን ምፅራይ ዘርኢ ዓሌት ኣብ ኢትዮጵያ ጋዜጣዊ መግለፂ</u>፣ 11 መጋቢት 2015 ዓ.ም።

[876] *ተወከስ* ኣብ ክፍልታት 5.ረ.1.U), 5.ረ.2, 5.ረ.3, 5.ረ. 4, 6.ለ.2,6.ለ.4.።

[877] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ወታደራውን ሓውሲ ወታደራውን ንጥፈታት ኣብ ውሽጥን ኣንፃርን ኒካራጓ*፣ ፍርዲ (መሪትስ)፣ 1986፣ ዓንቀፅ 218።

[878] *ተወከስ* ስምምዓት ጀኔቫ 1-4፣ ዓንቀፅ 3።

[879] *ተወከስ ንኣብነት* ሕጊ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ገበን፣ ዓንቀፅ 8(2) (ሐ)።

440. ተፈፂሞም ዝተባህሉ ኣብዚ ፅብፃብ እዚ ልዕል ኢሎም ዘይተገልፁ ካልኦት ተግባራት እውን ገበናት ኲናት ናይ ምጥያሽ ተኽእሎ ኣለዎም። እዚኣቶም ድማ ብፍላይ ብዛዕባ ኣካይዳ ተፃብኦታት ዝምልከቱ፣ ከምኡ እውን ሰላማዊ ህዝቢ ንህልውንኡ ብጣዕሚ ኣገደስቲ ዝኾኑ ናውትታት ዝረኽበሉ መንገዲ ክህሉዎም ከም ዝግባእ ዝድንግጉ ድንጋገታት ዓለም ለኸ ሕጊ ሰብኣውነት ዝጥሕሱ ተግባራት ዝሓቖፉ እዮም። እዚኣቶም ሕድሕዶም ሕፅር ብዝበለ ትሕት ኢሎም ተዳህሲሶም ኣለዉ።

**1. ኣካይዳ ተፃብኦታት**

441. ኣብ ዓለም ለኻዊ ይኹን ዓለም ለኻዊ ዘይኮኑ ዕጥቃዊ ጎንፅታት ዝሳተፉ ኣካላት ተፃብኦታት ኣብ ዝገብሩሉ ግዜ ክጥቀሙሎም ዝኽእሉ መሳርሕታትን ሜላታትን ዘይተገደቡ ከም ዘይኮኑ ብሕጊ ዕልባት ዝረኸበ ጉዳይ እዩ። ብፍላይ ድማ እቶም ኣውራ መትከላት ዓለም ለኸ ሕጊ ሰብኣውነት ዝብሃሉ ፈሊኻ ምጥቃዕን ምጥቃም ተመጣጣኒ ሓይልን ናይ ምኽባር ግዴታ ኣለዎም። እዞም መትከላት እዚኣቶም ዝተቐመጡ እቲ ሰላማዊ ህዝቢ ብሓፈሻ፣ ኣብቲ ተፃብኦ ቐጥታዊ ተሳትፎ ዘይብሎም ሰላማውያን፣ ከምኡ እውን ናይ ሰላማውያን ንብረታት ኣካል እቲ መጥቃዕቲ ከይኾኑ፣ ከምኡ እውን ነቲ ፀላኢ ኣካል ንምስዓር ኣብ ዝድለየሉ ግዜ ኽጋጥም ዝኽእል ሃንደበታዊ ጉድኣት ደረጅኦም ንምቕናስ ዕላማ ዝገበሩ እዮም። ነዞም ቀንዲ መትካላት እዚኣቶም ምጥሓስ ውልቃዊ ተሓታትነት ዘስዕብን ኢሉ እውን ገበናት ኲናት ዘጣይሽን እዩ።

442. ብፍሉይ ክረአ ዘለዎ ባህሪ ናይቲ ዕጥቃዊ ጎንፂ ብዘየገድስ፣[880] ኮነ ተባሂሉ ኣብ ተፃብኦታት ቀጥታ ተሳትፎ ንዘይብሎም ሰላማውያን ዝቐንዐ መጥቃዕቲ፤ ወይ ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝግበር፣[881] ወይ ኣንፃር ወታደራዊ ዕላማ ዘይኮኑ ንብረታት ሰላማውያን ዝግበር መጥቃዕቲ ("ዘይሕጋዊ መጥቃዕትታት" ዝብሃል) ገበን ኲናት እዩ።[882] ከምኡ እውን፣ ብተመሳሳሊ ኣንፃር ወታደራዊ ዒላማ ዝተፈፀመ መጥቃዕቲ እንተኾነ እውን ካብቲ መጥቃዕቲ ኽርከብ ተሓሲቡ ካብ ዝነበረ ጭቡጥን ቀጥታውን ሓፈሻዊ ወታደራዊ ረብሓ ዝዛየደ ኣብ ሰላማውያን ሰባት ወይ ናይ ሰላማውያን ንብረታት ተወሳኺ ሓደጋ ከብፅሕ ዝኽእል ምዃኑ እናተፈልጠ ኮነ ተባሂሉ እንተተፈፂሙ (እዚ "ዘይመጣጣን መጥቃዕቲ" ዝብሃል) ገበን ኲናት እዩ።[883]

443. ከም ዘይሕጋዊ መጥቃዕትታት ወይ ዘይመጣጠን መጥቃዕትታት ክቑፀሩ ተኽእሎ ዘለዎም ተግባራት ዝምልከቱ መጠነ ሰፋሕቲ ፅብፃባት ኣለዉ። ከምዚኦም ዓይነት ተግባራት ግን ብልዑል ጥንቃቐ እዮም

[880] ሕጊ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ንበይኑ ዝዓይነቱ እዩ፣ ምኽንያቱ ኣብ ሞንጎ ዓለም ለኻውን ዓለም ለኻዊ ዘይኮኑን ዕጥቃዊ ጎንፅታት ኣብ ኣካይዳ ተፃብኦታት ኣመልኪቱ ማዕረ ክረኣዩ ከም ዘይብሎም ዝገልፁ ድንጋገታት ኣተኣታትዩ እዩ፡ *ኣነፃፅሩ ንኣብነት*፣ ዓንቀፃት 8(2) (ለ)፣ 8(2) (ረ)። እዚ ግን ንልምዳዊ ዓለምለኻዊ ሕጊ ዝንሲ ኣይኮነን፡ *ተወከስ* ዓንቀፅ 10። ዓለም ለኻዊ ልምዳዊ ሕጊ ነቶም "ዘይሕጋዊ" መጥቃዕትን "ዘይተመጣጣኒ" መጥቃዕትን ዝብሃሉ ኣብ ክልቲኦም ዓለም ለኻውን ዓለም ለኻዊ ዘይኮኑን ዕጥቃዊ ጎንፅታት ማዕረ ማዕረ እዩ ዝኽልክሎም፡ *ተወከስ ንኣብነት* [ንፍሉይ ጉዳይ ዝቖመ ዋኒን ሕጊ]።

[881] *ተወከስ ንኣብነት፡* ሕጊ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ገበን፣ ዓንቀፃት 8(2) (ለ) (1)፣ 8 (2) (ረ) (1)።

[882] *ተወከስ* ንኣብነት ሕጊ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ገበን፣ ዓንቀፅ 8 (2) (ለ) (2)። ሓደ ንብረት ወታደራዊ ዒላማ ክኸውን ይኽእል እዩ፤ እዚ ድማ እንድሕር ካብ ባህሪኡ፣ ካብ ዝርከበሉ ቦታ፣ ካብ ዕላምኡ ወይ ካብ ኣጠቓቕምኡ ተራእዩ ንወታደራዊ ስጉምቲ ውፅኢታዊ ኣበርክቶ ዘለዎ እንተኾይኑ እሞ ድማ ናይዚ ንብረት ብኸፊል ወይ ሙሉእ ብሙሉእ ምዕናው ኣብቲ ግዜ ብዝነበሩ ገዛእቲ ኲነታት ፍሉጥ ወታደራዊ ረብሓ ዝህብ እንተኾይኑ እዩ፡ ተወሳኺ ስምምዕ I ንስምምዕ ጀኔቫ 1977 ዓንቀፅ 52(2)፤ ዓለም ለኸ ማሕበር ቀይሕ መስቀል (ኣይ.ሲ.ኣር.ሲ) *ዓለም ለኻዊ ልምዳዊ ሕጊ ሰብኣውነት* ደንቢ 8። ውሱናት ናይ ሰላማውያን ንብረታት ዝብሃሉ -ከም ሆስፒታላት ዝበሉ- ካብ ዝተመሓየሸ ሓልዋ ተጠቀምቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፣ እዚ ዝኸውን ድማ እቶም ኣብ ጎንፂ ዘለዉ ኣካላት ኣቲ ኹነታት ንተወሰኽቲ ጥብቂ ዝኾኑ ቁጡብነታት እንተተገዚኦም እዩ፤ እዚ እንተሃልዩ ከም ወታደራዊ ዒላማ ክሕሰቡ ይኽእሉ እዮም። *ተወከስ ንኣብነት* ስምምዕ ጀኔቫ 4 ዓንቀፅ 19 (ኣብ ዓለም ለኻዊ ዕጥቃዊ ጎንፂ ናይ ሰላማውያን ሆስፒታላት ንፀላኢ ሓደገኛ ዝኾነ ተግባር ንምፍፃም ኣብ ጥቕሚ ዘይውዕሉ እንተኾይኖም ካብ መጥቃዕቲ ሙሉእ ብሙሉእ ናፃ እዮም፤ ኣብ ጥቕሚ ውዒሎም እንተኾይኖም ግን ንፁር ዝኾነ መጠንቀቕታ ነቲ ተፃራሪ ኣካል ክወሃበ ኣለዎ፣ ዕላማ ናይቲ መጠንቀቕታ ድማ ዝኾነ ዓይነት ወታደራዊ መጥቃዕቲ እንተይተኸፍተ ከምዚኦም ዓይነት ተግባራት ምእንቲ ኽቋረፁ እዩ፤ *ከምኡ እውን ተወከስ* ተወሳኺ ስምምዕ 2 ንስምምዓት ጀኔቫ 1977 ዓንቀፅ 11።

[883] *ተወከስ ንኣብነት፡* ሕጊ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ገበን፣ ዓንቀፃፅ 8(2) (ለ) (i)፣ 8 (2) (ለ) (iv)።

ክረኣዩ ዘሎዎም፣ ምኽንያቱ ናይቲ ፈፃሚ ሓሳብን ፍልጠትን ክፍለጥ ዝከኣል ካብቲ ብጭቡጥ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባትን ናይ ሰላማውያን ንብረትን ዝበፅሐ ጉድኣት እንተይኮነ ካብ ባህሪ ናይቶም ከምዚኦም ዓይነት ገበናት ተበጊስካ እዩ። ብፍሉይ ድማ፣ ቤት ፍርዲ ኣብ ሰላማውያን ሰባትን ኣብ ንብረት ሰላማውያንን ንዝበፅሐ ዝኾነ ዓይነት መጥቃዕቲ ካብ ምኽንያታዊ ጥርጣረ ንላዕሊ ከረጋግፅ እንድሕር ደልዩ ካልኦት ነቲ ጉድኣት ከስዕቡ ዝኽእሉ ተዛመድቲ ተደረብቲ ምኽንያታት ክግልፍ ኣለዎ። ንኣብነት እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ሕጋዊ ወታደራዊ ዒላማ ዝተገብረ ክኸውን ይኽእል፣ ወይ እቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዝወረደ መጥቃዕቲ ሃንደበታዊ፣ ወይ ኣብቲ ኸባቢ ኣብ ዝነበረ ካልእ ወታደራዊ ዕላማ ብዝተወሰደ መጥቃዕቲ ዘሰዓበ ተመጣጣኒ ተወሳኺ ጉድኣት ክኸውን ይኽእል ዝብሉ። እቲ ፈፃምን እቲ ግዳይን ኣብ ምሒር ቅርበት እንተደኣ ሃልዮም እቶም ናይ ምድራብ ተኽእሎታት ናይ ምህላው ዕድሎም ዝተሓተ ኾይኑ፣ እቲ ርሕቐት እንትውስኽ እቶም ኣገደስቲ መርኣያታት እውን ከበድቲ እናኾኑ እዮም ዝኸዱ።

444. እዚ ማለት ግን ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ዝበፅሑ ጉድኣታት ዝምልከቱ ፀብፃባት- ብፍላይ ብጣዕሚ ብዙሓትን መጠነ-ሰፋሕትን እንተኾይኖም- ሸለል ክበሃሉ ኣለዎም ማለት ኣይኮነን። ብኣንፃሩ እኳ ደኣ ከምዚኦም ዓይነት ፀብፃባት ስሉጥን ውፅኢታውን ምፅራይ ክግበር ዝዕድሙ እዮም። ብተወሳኺ ዓለም ለኸ ሕጊ ሰብኣውነት ኣብ ዕጥቃዊ ጎንፂ ንዘለዉ ኣካላት መጥቃዕቲ ኣብ ዝፍፅሙሉ ግዜ ጥንቃቐታት ኽገብሩ ፍሉይ ሓላፍነታት ኣቐሚጥሎም እዩ፤ ናይዚ ዕላማ ድማ ኣብ ሰላማውያን ህዝብታት ክበፅሕ ዝኽእል ጉድኣት ንምውጋድ እዩ[884] - ነዞም ሓላፍነታት እዚኣቶም ምጥሓስ ንባዕሉ ገበን ኩናት እኳ እንተዘይኮነ ናይ መንግስቲ ተሓታትነት ግን ከስዕብ ይኽእል እዩ።

445. ንኣካይዳ ተፃብኦታት ዝምልከቱ ዓለም ለኸ ሕግታት ሰብኣውነት ከም ዝተጣሕሱ ዘመላኽቱ፣ እንተውሓደ ድማ ስሉጥን ውፅኢታውን ምፅራይ ዝጠልቡ ፍሉያት ፀብፃባት ነዞም ቀፂሎም ዘለዉ ዝሓቖፉ እዮም፦

ሀ. ብዕለት 30 ጥቅምትን 01 ሕዳርን 2013 ዓ.ም ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ሑመራ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ሰላማውያን ተጋሩን ኣብ ናይ ሰላማውያን ንብረታትን ኣብ መንበሪ ቦታታት ብዘይ ፍልልይ ዝገበሮ ደብዳብ ከቢድ ብረት፣ ቆልዑ እውን ሓዊሱ ኣስታት 200 ዝኾኑ ዘቑሰለ፣ ብውሕዱ 46 ሰላማውያን ዝቐተለ፤ ከምኡ እውን ገዛውትን ትካላት ንግድን ዘዕነወ እዩ።[885] ብመሰረት ናይቲ ኸባቢ (ተጋሩ) ምልሻ ብዕለት 30 ጥቅምቲ ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ኣብ ሑመራ ኣይነበሩን፣ እቶም ዝነበሩ ምልሻ ጥራሕ ኾይኖም ንሳቶም እውን ዝሓዝዎ ቦታ ኸይለቁ ምእንቲ ናብ ኤርትራ ናይ ተኹሲ ግብረ መልሲ ካብ ምሃብ ዝተቖጠቡ እዮም።[886] ናይ ሰላማውያን ንብረታት ዝተወቕዑ፦- ቤት ትምህርቲ፣ ኣፍሪካ/ዓይጋ ሆቴል (ኣብ ቀበሌ 02)፣ መካበብያ መስጊድ (ቀበሌ 01)፣ ኣብ ጥቓ እንዳ ማርያም ቤተ ክርስትያን ዝርከቡ ህንፃታት (ቀበሌ 02)፣ መኻዚኖታት፣ ከምኡ እውን ሓፈሻዊ ሆስፒታል ሑመራ ዝሓቖፉ እዮም። ይኹን እምበር ወታደራዊ ንብረታት ነይሮም እዮም ተወቒዖም እውን እዮም፣ እዚ ድማ ሕጋዊ ወታደራዊ ዒላማ ዘማልእ እዩ። እቲ ሆስፒታል ወታደራዊ ዒላማ ዝተገብረ ምኳኑ ዝተረኽበ መርትዖ የለን፣ ምኽንያቱ ሰራሕተኛታት እቲ

[884] *ተወከስ* ንኣብነት ተወሳኺ ስምምዕ 1 ንስምምዓት ጀኔቫ 1977፣ ዓንቀፅ 57።
[885] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ደብዳብ ከተማታት ትግራይ* (04 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።
[886] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ደብዳብ ከተማታት ትግራይ* (04 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

ሆስፒታል ንድሕነቶም ክብሉ ወፂኦም ከይዶም እዮም፣ እዚ ድማ ኣብቲ ሆስፒታል ከም ሰላማውያን ኮይኖም ይሰርሑ ከም ዝነበሩ ዘርእይ እዩ።[887]

ለ. ብዕለት 08 ሕዳር ሽረ ብሃገራዊ ምክልኻል ሰራዊት ኢትዮጵያ ኽትድደብ እንተላ ብውሕዱ 10 ሰላማውያን ተቐቲሎም ከምኡ እውን ናይ ሰላማውያን ኢንዱስትራልያዊ መሰረተ ልምዓት ጉድኣት በፂሕዎም እዩ። ናይቲ ኸባቢ ነበርቲ ከም ዝበልዎ ፍሉይ ሓይሊ ትግራይን ምልሻን ቅድሚ እቲ ደብዳብ እዮም ነታ ኸተማ ገዲፎማ ዝወፅኡ።[888] ፀሊም ትኪ ኣብ ሽረ ካብ ዝርከብ ሓደ መኻዚኖ እንዳበኾኸ ንሰማይ ይዓርግ ከም ዝነበረ ካብ ሳተላይት ምስሊ ተራእዩ እዩ።[889] ካብቶም ናይ ሰላማውያን ንብረታት ኮይኖም ዝተወቕዑ ገሊኦም እቲ ዝኾነ ዓይነት ፍሉይ ሓይሊ ወይ ዕጥቂ ከም ዘየዕቖበ ዝዝረበሉ እንዳ ኣቡነ ኣረጋዊ ቤተ ክርስትያን (ኣብ ቀበሌ 03)፤ “ሆቴል ደጀና፣ ሆቴል ገባር ሽረ፣ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ሽረ፣ ህንፃ ቤት ማዘጋጃ፣ ብዙሓት ደብርታት (ፉቓት) ዘለውዎ ኣፓርትመንት ህንፃ፣ ኣብ ጥቓ ሆስፒታል ዝርከቡ መንበሪ ኸባቢታት ከምኡ እውን ካብ ሑመራን ካልኦት ከባቢታት ምዕራብ ትግራይን ዝተመዘበሉ ነበርቲ ዝፀንሕሉ ዝነበሩ ዩኒቨርሲቲ ሽረ ቀፀሪ ሕርሻ ዝሓወሰ እዩ”።[890]

ሐ. ብዕለት 19 ሕዳር 2013 ዓ.ም መቐለ ንምጥቃዕ ሃገራዊ ምክልኻል ሰራዊት ኢትዮጵያ ገፊሕ ኸባብታት እታ ኸተማ ብርእዮ ደብዲቡ እዩ፣ እዚ ድማ ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ኣንሳሒቦም ምኺኖም ኣብ ዝተፈልጠሉ ግዜ ዝተገብረ እዩ።[891] እዘም መጥቃዕትታት ፍሉይ ዝኾነ ወታደራዊ ዕላማ ንምርካብ ዝተገብሩ እዮም ኢሎም መሰኻኽር ኣይኣምኑን።[892] ኣርባዕተ ህፃውንቲ ዝርከብዎም ብውሕዱ 27 ሰላማውያን ተቐቲሎም እዮም፤ ልዕሊ 100 ሰላማውያን ድማ ቖሲሎም እዮም።[893] ሓደ በዓል ሙያ ፓቶሎጂ ፎረንሲክ ከም ዘረጋገፆ እቶም ንሂዩማን ራይትስ ዎች ዝተውሃብዎ ምስልታት ዘርእይዎ ካብ ደብዳብ ከቢድ ብረት ዝነጠሩ ስባራት ከጋጥሙ ምስ ዝኽእሉ መቑሰልትታት ዝመሳሰል እዩ። ዓለም ለኸ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ነቶም ግዳያት ርእዩ ከም ዘረጋገፆ እቶም 80 ሚኢታዊት ዝኾኑ ሕሙማት ምስ ስምባደ ዝተሓሓዝ ጉድኣታት ኣለዎም።[894] ዝተደብደቡ ኸባብታት ዓይደርን ቀበሌ 15ን እዮም። ንብረት ሰላማውያን ኮይኖም ዝተወቕዑ ድማ ኣብ ጥቓ ሓምዛ መስጊድ ዝርከብ ቀፀሪ መንበሪ፣ ዕዳጋ በጊዕ፣ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ 23 ለካቲት (ኣብዚ ኣርባዕተ ኣባላት ስድራ ተቐቲሎም እዮም፣ ካብዚኣቶም ክልተ ኣጓላት ዕድሚኦን ጓል 4ን 13ን ዓመት ኣለዋ)፤ ሪፈራል ሆስፒታል ዓይደርን ኣብ ጥቕኡ ዝርከቡ መንበሪ ናይ ዶካትራትን ዝሓወሰ እዩ።[895] ድሕሪ ኽልተ መዓልቲ ቀዳማይ

---

[887] ጎይትኦም መኮነን ገብረዋህድ፣ *ንምት ዝተሓረየ፡ ፅንተት ትግራይ፣ ዘንታ ውፃኢ መዓት* (2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 33።

[888] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ደብዳብ ከተማታት ትግራይ* (04 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[889] ብክርስትያን ትሪበርት ዝተለጠፈ ትዊተር (15 ሕዳር 2013 ዓ.ም)።

[890] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ደብዳብ ከተማታት ትግራይ* (04 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[891] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ደብዳብ ከተማታት ትግራይ* (04 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[892] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ደብዳብ ከተማታት ትግራይ* (04 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[893] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ደብዳብ ከተማታት ትግራይ* (04 ለካቲት 2013 ዓ.ም)። *ተወከስ ከምኡ እውን* ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ *ፅብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኹሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን* (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ገፅ 2 (29 ሰላማውያን ብደብዳብ ሃገራዊ ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ ዝተቐትሉ ምኺኖም ዘመልክት)።

[894] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ደብዳብ ከተማታት ትግራይ* (04 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[895] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ደብዳብ ከተማታት ትግራይ* (04 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

ሚኒስቴር ናብ ቤት ምኽሪ ቐሪቡ ኣብ ዘስምዖ ዘረባ ኣብቲ ወርሒ ንሱ ኣብ ትግራይ ኣበ ዝተብረ ወታደራዊ ስርሒት ሰላማዊ ዝብሃል ሰብ ከም ዘይተቕትለ ገሊፁ እዩ።[896]

መ. ብዕለት 29 ታህሳስ 2014 ዓ.ም ኣብ ደደቢት ኣብ ዝርከብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ከም መዕቖቢ ውሽጣዊ ተመዛበልቲ[897] ኾይኑ ዘገልግል ዝነበረ ብሃገራዊ ምክልኻል ሰራዊት ኢትዮጵያ ብዝበፅሖ መጥቃዕቲ ድሮን፣ ዝኾነ ወታደራዊ ዕላማ ኣብ ዘይነበረሉ፣ ብውሑዱ 57 ሰላማውያን እንትቕተሉ ካልኦት ልዕሊ 42 ድማ ጉድኣት በፂሕዎም እዩ።[898]

ረ. ብዕለት 15 ሰነ 2013 ዓ.ም ካብ መቐለ ንምዕራብ ገፅ ኣብ 15 ማይል ርሒቐት ዝርከብ ቶጎጋ ኣብ ዝተብሃለ ቦታ ብዙሕ ሰብ ኣብ ዘለዎ ዕዳጋ ብደብዳብ ኣየር ብውሑዱ 80 ሰላማውያን ሰባት ከም ዝተቐትሉ ተፀብፂቡ እዩ።[899] ህፃውንቲ ዝርከቡዎም ካልኦት ኣርብዓን ሰለስተን ድማ ቖሲሎም እዮም። እቲ ነታጉ ኣብ ከባቢ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ ሞንጎ እንዳ ምግብታትን ሹቓትን ክዓልብ እንተሎ ሓንቲ ውፃእ መዓት ኣብ ንእሽተይ ድንኳና ኾይና ኣቑሒት ትሸይጥ ነይራ።[900] እቲ መጥቃዕቲ ምስ ተፈፀመ ንእለት ወታደራት መንግስቲ ኣምቡላንሳት ናብቲ ዕዳጋ ከይኸዳ ኸልከሉ፤ እዚ ማለት ብዕለት 15 ሸሞንተ ሰባት ጥራሕ እዮም ናብ ሕክምና ኽበፅሑ ዝኸኣሉ፤ ብጠቕላላ 33 ሰባት እዮም ኣብ ዓይደር ሆስፒታል ሕክምና ረኺቦም።[901] ነዚ ስዒቡ ድማ "ተቓለስቲ ተጋሩ" ብዕለት 16 ሰነ ኣንፃር መንግስቲ መጥቃዕቲ ፈፂሞም ናይ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ናይ መጓዓዓዚት ነፋሪት ንመቐለ ምስ ተፀግዐት ተኲሶም ኣውዲቖማ እዮም።[902]

ሰ. ኣብ ወርሒ ሰነ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብን ማእኸላይን ትግራይ ምንቅስቓሳት ሰራዊት ከም ዝነበረ ውድብ ሕቡራት መንግስታት እውን ፀብፂቡ እዩ።[903] ኣሶስየትድ ፕረስ ዝጠቐሳ ሓንቲ ነባሪት ከም ዝበለቶ ካብ መቐለ ንኣንፈት ሰሜን ኣብ እትርከብ ኣብ ማእኸል ከተማ ዓዲ ግራት ፌደራል ፖሊስ ሰባት ክወቅዕ ተራእዩ እዩ፤ እዚ ዝተገብረ ድሕሪ ሓይልታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ካብ "ዓመፅቲ ትግራይ" ኣሕዲጎም ንኸተማ ዓዲ ግራት ዳግማይ ምስ ተቖፃፀርዋ እዩ።[904]

---

[896] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ደብዳብ ከተማታት ትግራይ* (04 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[897] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (9 መስከረም 2015 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./51/46፣ ገፅ 8።

[898] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ደብዳብ ኣየር ኣብ መዕቖቢ ተመዛበልቲ ገበን ኲናት ይመስል* (15 መጋቢት 2014 ዓ.ም)።

[899] ሳይሞን ማርክስን ኣብዲ ለጢፍ ዳሂርን፣ "ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዕዳጋ ኣብ ዝተገብረ ደብዳብ ኣየር ብዙሓት ከም ዝተቐትሉ ሰበ ስልጣናት ገሊፆም" (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 16 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

[900] ሳይሞን ማርክስን ኣብዲ ለጢፍ ዳሂርን፣ "ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዕዳጋ ኣብ ዝተገብረ ደብዳብ ኣየር ብዙሓት ከም ዝተቐትሉ ሰበ ስልጣናት ገሊፆም" (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 16 ሰነ 2013 ዓ.ም)። *ተወከስ ከምኡ እውን* ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 219።

[901] ሳይሞን ማርክስን ኣብዲ ለጢፍ ዳሂርን፣ "ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዕዳጋ ኣብ ዝተገብረ ደብዳብ ኣየር ብዙሓት ከም ዝተቐትሉ ሰበ ስልጣናት ገሊፆም" (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 16 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

[902] ሳይሞን ማርክስን ኣብዲ ለጢፍ ዳሂርን፣ "ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዕዳጋ ኣብ ዝተገብረ ደብዳብ ኣየር ብዙሓት ከም ዝተቐትሉ ሰበ ስልጣናት ገሊፆም" (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 16 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

[903] ሳይሞን ማርክስን ኣብዲ ለጢፍ ዳሂርን፣ "ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዕዳጋ ኣብ ዝተገብረ ደብዳብ ኣየር ብዙሓት ከም ዝተቐትሉ ሰበ ስልጣናት ገሊፆም" (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 16 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

[904] ሳይሞን ማርክስን ኣብዲ ለጢፍ ዳሂርን፣ "ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዕዳጋ ኣብ ዝተገብረ ደብዳብ ኣየር ብዙሓት ከም ዝተቐትሉ ሰበ ስልጣናት ገሊፆም" (*ኒው ዮርክ ታይምስ*፣ 16 ሰነ 2013 ዓ.ም)።

ሸ. ብዕለት 20 ነሃሰ 2014 ዓ.ም መንግስቲ ኢትዮጵያ ፈፂምዎ እዩ ዝብሃል መጥቃዕቲ ኣየር ኣብ መቐለ ረስ ኪድስ ፓራዳይዝ መዋእለ ህፃናት ወቒዑ እዩ።[905] ካብቶም ናብ ዓይደር ሪፈራል ሆስፒታል እትው ክብሉ ዝሞቱ ኣርባዕተ ሰባት እቶም ክልተ ህፃውንቲ እዮም።[906] ብጠቕላላ ሸውዓተ ሰላማውያን ዝተቐትሉ ኾይኖም ካብዚኣቶም እቶም ሓሙሽተ ሽሞም ክፍለጡ ዝኽእሉ እዮም።[907] መንግስቲ ኢትዮጵያ ኸም ዝብሎ ግን ህወሓት ብምምስሳል ዝተሰርሑ ናይ ሓሶት ሬሳታት ናብ ሰላማውያን ዝነብሩሉ ኸባብታት ይድርቢ እዩ እምበር፣ ሓይሊ ኣየራ ወታደራዊ ናቑጣታት ጥራሕ እዩ ዒላማ ዝገብር።[908] ይኹን ደኣ እምበር ናብ ትግራይ ናይ ምእታው ዕድል ዝረኸቡ ጋዜጠኛታት ተዋጋእቲ ሚግ ጀታት ኣብ መዋእለ ህፃናትን ኣብ ጥቕኡ ኣብ ዝርከብ መንበሪ ገዛን ሰለስተ ነታጒታት ከም ዝደርበያ መርትዖ ረኺቦም እዮም።[909] ብ“ኦንላይን ቪድዮ” ዝተርኣየ ድማ ሬሳታት ሰባት ኣብቲ ቦታ ተሰጢሖምን ከምኡ እዋን ስባራት ናይቶም ነታጒታት ክሳብ ወርሒ ጥሪ 2015 ዓ.ም ይረኣዩ ከም ዝነበሩን እዩ።[910] ቤት ምኽሪ ፀጥታ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ከም ዝገመቶ እቲ ነታጒ ኦፋብ-100 ኮይኑ፣ ፍሉይ ሳዕቤን ዘርእዮ ድማ ከምቲ ኣብቲ መዋእለ ህፃናት ዝተረኽበ እዩ። ኣብቶም ስባራት ናይቲ ነታጒ “ቶናት” ከምኡ ድማ “ነስት” ዝብሉ ፊደላት ተራእዮም እዮም፤ ምናልባት እውን “ሰፈር መንተጒ” ማለት ክኸውን ይኽእል እዩ። ብሳተለይት ምስሊ ከም ዝተርኣየ ድማ ቅድምን ድሕርን እቲ ኣብ መዋእለ ህፃናት ዝተገብረ መጥቃዕቲ ኣረኣኢኻ ወታደራዊ ተዋጋእቲ ጀታት ኢትዮጵያ ኣብ ባህርዳር መዕርፎ ነፈርቲ ኣቀማምጥአን ክቕይራ ተራእየን እየን፤ ካብዚ ግንዛበ ክወሰድ ዝከኣል ድማ እቲ መጥቃዕቲ ብሓይልታት ፌደራል ከም ዝተፈፀመ እዩ፣ ምኽንያቱ ድማ ህወሓት ተዋጋእቲ ጀታት ስለ ዘይብሉ እዩ።[911]

446. ሂዩማን ራይትስ ዎች ከም ዘፅንዖ ኣብ መቐለ፣ ሑመራን ሽረን ኣብ ዝተገብሩ መጥቃዕትታት ከቢድ ብረት ብጠቕላላ 83 ሰላማውያን ተቐቲሎም እዮም። ሂዩማን ራይትስ ዎች 37 መሰኻኽር እቲ መጥቃዕቲ፣ ምስዚ ወሲኹ እውን ብዙሓት ሰብ ሙያ ፎረንሲክ፣ ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰራሕተኛታት ረድኤትን ጋዜጠኛታትን ቃለ መሕትት ገይሩ እዩ፤ ከምኡ እውን ሳተላይት ምስልን ካልኦት ዝረኣዩ መርትዖታትን መርሚሩ እዩ።912 ብመሰረት ሂዩማን ራይትስ ዎች እቶም መጥቃዕትታት ድሕሪ ፍሉይ ሓይልታት ትግራይ ካብቶም ከተማታት ምልቃቖም ብዝተዋደደ መንገዲ ዝግበሩ እዮም፤ ኣብ ሑመራ ዝነበሩ ናይቲ ኸባቢ ምልሻታት ከተምኦም ከድሕኑ ብዝኽእሉ ኣብ “ዘድምዕ ብርኪ ኣይነበሩን”[913] ዕላማታት ናይቶም መጥቃዕትታት ኣብ ክንዲ ንፁር ወታደራዊ ሸቶ ዒላማ ዝገብሩ ብሓፈሽኡ ኣብ በዝሒ ህዝቢ ዝርከበሎም

---

[905] በርንድ ዶሪስን ቤን ህዩቤልን፣ “ዳስ ስተርበን ደር ኣንደረን፡ ክሪግ ኢን ትግራይ” [ሞት ካልኦት፡ ኲናት ኣብ ትግራይ] (ሱዲሽ ዚተንግ፣ 02 ጥሪ 2015 ዓ.ም)።

[906] ራኢል ኦምቡርን ራሼል ቻሰንን፣ “መጥቃዕቲ ኣየር ኣብ መዋእለ ህፃናትን ምውዳእ እቲ ተኣናፊ ሰለም ኣብ ኢትዮጵያን” (*ዋሺንግተን ፖስት*፣ 28 ነሓሰ 2014 ዓ.ም)፣ ፍራንስ 24፣ “ውግእ ከም ብሓድሽ ኣብ ዝተቐስቀሰሉ መጥቃዕቲ ኣየር ንርእሰ ኸተማ ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ ወቒዕዋ” (*ፍራንስ 24*፣ 20 ነሓሰ 2014 ዓ.ም)፤ ዩትዩብ ቪድዮ ንብረት ሰላማውያን ብመጥቃዕቲ ኣየር ኣብ መቐለ ዓንዩ፤ ሄንሪ ዊልኪንስ፣ “መንግስቲ ኢትዮጵያ መጥቃዕቲ ኣየር ኣብ ርእሰ ኸተማ ትግራይ መቐለ ኸፊቱ” (*ሬድዮ ድምፂ ኣሜሪካ*፣ 20 ነሓሰ 2014 ዓ.ም)፣ ኣልጀዚራ፣ “ኣብ ትግራይ ኣብ መዋእለ ህፃናት ዝተገብረ ምሕረት ዘይብሉ ደብዳብ ኣየር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣወጊዝዎ” (*ኣልጀዚራ*፣ 21 ነሓሰ 2014 ዓ.ም)

[907] በርንድ ዶሪስን ቤን ህዩቤልን፣ “ዳስ ስተርበን ደር ኣንደረን፡ ክሪግ ኢን ትግራይ” [ሞት ካልኦት፡ ኲናት ኣብ ትግራይ] (ሱዲሽ ዚተንግ፣ 02 ጥሪ 2015 ዓ.ም)፤ ኢትዮጵያ፡ ኹናት ትግራይ፣ ዳታቤዝ፣ ፍፃመ I01037።

[908] ሮይተርስ፣ “መጥቃዕቲ ኣየር ኣብ መፃወቲ ሜዳ ኣብ ኢትዮጵያ ክልል ትግራይ 7 ቐቲሉ - ሆስፒታል” (*ሮይተርስ*፣ 21 ነሃሰ 2014 ዓ.ም)።

[909] ትዊት ብቴክጆርናሊስቶ፣ 03 ጥሪ 2015 ዓ.ም።

[910] በርንድ ዶሪስን ቤን ህዩቤልን፣ “ዳስ ስተርበን ደር ኣንደረን፡ ክሪግ ኢን ትግራይ” [ሞት ካልኦት፡ ኲናት ኣብ ትግራይ] (ሱዲሽ ዚተንግ፣ 02 ጥሪ 2015 ዓ.ም)።

[911] በርንድ ዶሪስን ቤን ህዩቤልን፣ “ዳስ ስተርበን ደር ኣንደረን፡ ክሪግ ኢን ትግራይ” [ሞት ካልኦት፡ ኲናት ኣብ ትግራይ] (ሱዲሽ ዚተንግ፣ 02 ጥሪ 2015 ዓ.ም)።

[912] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ደብዳብ ከተማታት ትግራይ* (04 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[913] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ደብዳብ ከተማታት ትግራይ* (04 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

ቦታታት ዝግበሩ ዝነበሩ እዮም።[914] እዚ ምውዳድ እዚ ሂዩማን ራይትስ ዎች ካብ ራውያንን ኣኽሱምን ምስ 13 ውፃእ መዓት ዝኾኑ ቃለ መሕትት ኣካይዱ ዘረጋገፆ እዩ።[915]

### 2. ጥሜት ከም ገበን ኲናት

447. ብመሰረት ዓለም ለኻዊ ገበናዊ ቤት ፍርዲ ዘጠየሸ ሕጊ ሮም - ኣብዚ መዳይ እዚ ከም ነፀብራቕ ልምዳዊ ዓለም ለኻዊ ሕጊ እውን ክረአ ዝኽእል[916] - "ኣብ ዓለም ለኻውያን ኮነ ዓለም ለኻውያን ዘይኮኑን ዕጥቃዊ ጎንፅታት ሰላማውያን ሰባት ብሂወት ንኽነብሩ ወሰንቲ ዝኾኑ ናውቲ ብምኽልካል ንዓፀቦ ናይ ምቅላዕ ተግባር ኮነ ኢልካ ከም መሳርሒ ኹናት ምጥቃም ገበን ኲናት እዩ።"[917] እዚ ድማ "ኣብ ስምምዓት ጀኔቫ ከም ዝተደንገገ ቀረባት ረድኤት ኮነ ኢልካ ምትዕንቓፍ" ዝሓውስ እዩ።

448. እዚ ገበን ኲናት እዚ ብዝኾነ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ወይ መጋበእያ ናይ ክሲ ዘዕባ ኾይኑ ኣይፈልጥን፣ ዋላ እውን ኣብ ዘቤታዊ ሕጊ ሓንቲ ሃገር ተመሰሳሊ ኽሲ ዝተመስረተ ንምኺኑ ዝፍለጥ ነገር የለን። ሓደ ሓድሽ ምዕባለ ኣብ ወርሒ ግንቦት 2016 ዓ.ም ዓቃብ ሕጊ ዓለም ለኻዊ ገበናዊ ቤት ፍርዲ ነዚ ገበን እዚ ናይ መእሰሪ ትእዛዝ ክወሃቦ ኣመልኪቱ እዩ።[918] ይኹን እምበር እቶም ባእታታት ገበናት ዓለም ለኻዊ ገበናዊ ቤት ፍርዲ ነዚ ገበን እዚ ፍሉይ ዝብሃሉ ባእታታት ምችው ዝኾነ መግለፂ እዮም ኣቐሚጡምሉ፡- (1) እቲ ፈፃሚ ነቶም ሰላማውያን ንመነባብርኦም የዐርዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ ናውትታት ምኽልካል፤ ከምኡ እውን (2) እቲ ፈፃሚ ሰላማውያን ምጥማይ ከም መሳርሒ ኲናት እንተሓሲብዎ።[919]

#### i. ንምንባር ኣዐርዮም ኣድለይቲ ዝኾነ ናውትታት ንሰላማውያን ምኽልካል

449. ንዕላማ ዓለም ለኻዊ ዕጥቃዊ ጎንፂ ኽብሃል ሰላማውያን ሰባት ማለት ናይ ተዋጋእነት ደረጃ ካብ ዝምስርቱ ኣብ ዝተፈላለየ ምድባት ካብ ዘለዉ እቶም ነዚ ዘየማልኡ ሰባት ተባሂሎም እዮም ብኣሉታ ተገሊፆም ዘለዉ።[920] ዓለም ለኻዊ ዘይኮነ ዕጥቃዊ ጎንፂ ብኸምዚ ዓይነት መንገዲ ኣብ ደረጃ ዝተመስረተ ፍልልይ ዘይገብር ኮይኑ ነዚ ናይ ሕጂ ዕላማ ክበሃል ግን ሰላማውያን ዝብሃሉ ብውሕዱ ኣብ ተፃብኦታት ቀጥታዊ ተሳትፎ ዘይብሎም ኩሎም ሰባት ዝሓውሰ ክብሃል ይከኣል እዩ።

---

[914] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ደብዳብ ከተማታት ትግራይ* (04 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[915] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ደብዳብ ከተማታት ትግራይ* (04 ለካቲት 2013 ዓ.ም)።

[916] ንኣብነት ዓለም ለኸ ሕጊ ሰብኣውነት ኣብ ዓለም ለኻዊ ይኹን ዓለም ለኻዊ ኣብ ዘይኮኑ ዕጥቃዊ ጎንፅታት ከምዚኣቶም ዓይነት ተግባራት ይኽልክል እዩ፡ *ተወከስ* ተወሳኺ ስምምዕ 1 ንስምምዓት ጀኔቫ 1977 ዓንቀፅ 54፤ ተወሳኺ ስምምዕ 2 ንስምምዓት ጀኔቫ 1977 ዓንቀፅ 14፤ ዓለም ለኸ ማሕበር ቀይሕ መስቀል (ኣይ.ሲ.ኣር.ሲ)፣ *ልምዳዊ ዓለም ለኻዊ ሕጊ ሰብኣውነት*፣ ደንብታት 53-54። ናይዚ ገበን እዚ ልምዳዊ ባህሪ ካብ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዩ.ኤን.ኤስ.ሲ.ኣር 2417 (2018) ካብ ዝሃቦ "ንሰላማውያን ምጥማይ ከም መሳርሒ ኲናት ምጥቃም ገበን ኲናት ከጣይሽ ይኽእል እዩ" ዝብል ዘይዕላዊ መግለፂ ግንዛበ ክውሰድ ይከኣል እዩ። ብተመሳሳሊ ዓንቀፅ 14 (1) (ለ) (25) ሕጊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ኮሶቮ ኣብ ኩነታት ዓለም ለኻዊ ዕጥቃዊ ጎንፂ ንጥሜት ከም "ገበን ኣብ ልምዳዊ ዓለም ለኻዊ ሕጊ ኣብ እዋን ግዝያዊ ስልጣን ፍሉያት ቤት ምኽርታት" ይዝርዝሮ እዩ። ዓንቀፅ 8 ሕጊ ሮም - ዓንቀፅ 14 ናይ ከይ.ኤስ.ሲ. ሕጊ ዝተመስረተሉ - ኣብ 2019 ግሪጎርያዊ ኣቆፃፅራ ተመሓይሹ እዩ፤ ዋላ እኳ እቲ ምምሕያሽ ክሳብ ሎሚ ኣብ ከይዲ ምፅዳቕ እንተሃለወ፤ ዝተመሓየሸሉ ዕላማ ድማ ገበን ጥሜት ብመሰረት ዓንቀፅ 8(2)(ለ)(25) ተፈፃምነቱ ንዓለም ለኻዊ ዕጥቃዊ ጎንፂ ጥራሕ ዘይኮነስ ብመሰረት ዓንቀፅ 8(2)(ረ)(14) ንዓለም ለኻዊ ዘይኮነ ዕጥቃዊ እውን የገልግል እዩ። ኣብ ዓንቀፃት 28መ(ለ)(26) ከምኡ እውን (ረ)(16)፣ ማላቦ ፕሮቶኮል እውን ኣብ ክልቲኦም ዓለም ለኻውን ዓለም ለኻዊ ዘይኮነን ዕጥቃዊ ጎንፅታት ጥሜት ከም ገበን ኲናት እዩ ዘርዚርዎ ዘሎ፤ ዋላ እኳ ክሳብ ሎሚ ብ15 ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኣፍሪካ ጥራሕ ዝተፈረመን ክሳብ ሎሚ እውን ዘይተፈረመን እንተኾነ።

[917] ሕጊ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ገበን፣ ዓንቀፅ 8(2)(b)(25) (ኣብ ዓለም ለኻዊ ዕጥቃዊ ጎንፂ ተፈፃምነት ዘለዎ)።

[918] ቤት ፅሕፈት ዓቃቢ ሕጊ፤ መግለፂ ዓቃቢ ሕጊ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ካሪም ኤ.ኤ፣ ካን ከይ.ሲ.፡ ኣብ ኩነታት ሃገረ ፍልስጥኤም መመልከትታት ንመትሓዚ ትእዛዛት (ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን፣ 12 ግንቦት 2016 ዓ.ም)።

[919] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ገበን ባእታታት ገበን ዓንቀፅ 8(2)(ለ)(25)። እዞም ባእታታት ምስቲ ምትእስሳርዕጥቃዊ ጎንፂ ዘማልኡ ልሙዳት ረቛሒታት ብተወሳኺ ዘርዚረሞ እዮም፡ ንሱ እውን (3) እቲ ተግባር ዝተፈፀመ ምስ ኩነታት ከምኡ እውን ምስ ዓለም ለኻዊ ዕጥቃዊ ጎንፂ ዝዛመድ ክኸውን ኣለዎ፣ ከምኡ እውን (4) እቲ ፈፃሚ ዕጥቃዊ ጎንፂ ዘረጋግፁ ጭቡጥ ኩነታት ምህላዎም ክፈልጥ ኣለዎ። ብተመሳሳሊ እውን እቲ ኣብ ሞንግኦም ዘሎ ፍልልይ ከም ኣብ ግምት ኣትዩ እዞም ረቛሒታት ምስዚ ገበን ኣብ ዝመሳሰል ዓለም ለኻዊ ዘይኮነ ዕጥቃዊ ጎንፂ ተፈፃምነት ኣለዎም።

[920] *ተወከስ* ስምምዕ ጀኔቫ 4 ዓንቀፅ 4 ተወሳኺ ስምምዕ 1 ንስምምዓት ጀኔቫ 1977 ዓንቀፅ 50።

450. እቲ ዝተኸልከለ ተግባር (“ምኽልካል”) በዚ ነዚ ጉዳይ ዝምልከት ዓለም ለኸ ሕጊ ሰብኣውነት ዝተኸልከሉ ሙሉእ መጠን ተግባራት ብገፊሑ ከም ዝሓቑፍ ተገይሩ እዩ ክትርጎም ዘለዎ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ንመነባብሮ ሰላማውያን ብጣዕሚ ኣድለይቲ ዝኾኑ ናውትታት “ምጥቃዕ፣ ምዕናው፣ ምውጋድ ወይ ረብሓ ከም ዘይህብ ምግባር” ክልኩል እዩ። ብተመሳሳሊ ሓደ ኣካል እቲ ጎንፂ ናይ ረድኤት ቖረባት[921] ክሓልፉ ናይ ምፍቃድ ዓለም ለኻዊ ግዴታ ከም ዘለዎ መጠን፣ ከይሓልፉ ንምትሕንኳል ዝግበር ስጉምቲ ድማ ኣብቲ “ምኽልካል” ዝብል ትርጉም ዝዓልብ እዩ።

451. እዚ ገበን ኩናት ምግብን ማይን ጥራሕ ዘይኮነስ ንመነባብሮ ሰላማውያን ብጣዕሚ ኣገደስቲ ዝኾኑ ብዙሕ መጠን ዘለዎም ናውትታት ከይኽልከሉ እዩ ዝኽልክል። ተወሰኽቲ ስምምዓት (ፕሮቶኮላት) ስምምዓት ጀኔቫ ናይዞም ከምዚኦም ዓይነት ናውትታት ዝርዝር ኣቐሚጥዎ ዘሎ ሙሉእ ብሙሉእ ኣይኮነን፤ እቶም ዝተዘርዘሩ “ናይ ምግቢ ነገራት፣ ናይ ምግቢ ነገራት ዘፍርዩ ሕርሻዊ ኸባብታት፣ ኣእኻል፣ እንስሳ ዘቤት፣ ቀረብን ዝርግሐን ዝስተ ማይን ስራሕቲ መስኖን”[922] ዝሓቑፉ እዮም። ካልኦት ወሃብቲ ርእይቶ እውን ብተመሳሳሊ “‘ቀረባት ሕክምናን ኣልባሳትን'፣ ከምኡ ኣውን ‘ኣንሰላታትን ከቦርታታትን መፅለልን'፣ ነዳድን መብራህትን” ኣብቲ ዝርዝር ክጥርነፉ ኣለዎም ኢሎም ሓሳብ ይህቡ እዮም።[923]

452. እቲ ዝድለ ተግባር ኮነ ተባሂሉ ክፍፀም ኣለዎ (ብሃንደበት ወይ ብሸለልትነት ክኸውን የብሉን)፣[924] ከምኡ እውን በቲ ተደላዪ ፍሉይ ሓሳብ ክኸውን ኣለዎ።

### ii. ሰላማውያን ኽጠምዩ ምሕሳብ ከም ሜላ ኹናት

453. ፍሉይ ሓሳብ “ከም ሜላ ኹናት ሰላማውያን ምጥማይ” ናይዚ ገበን ገለፅቲ ጠባያት እዮም ዝመስሉ። ንዕላማ እዚ ፀብፃብ ክበሃል፣[925] እቲ ፈፃሚ ንሰላማውያን ንመነባብርኦም ብጣዕሚ ጠቓምቲ ዝኾኑ ናውትታት ንምኽልካል ንምትግባር ክሓስብ ጥራሕ ዘይኮነ ዘለዎስ፤ ብተወሳኺ እውን (ሀ) እዚ ዝተፈልጠ ውፅኢት ዘለዎ ምዃኑ (እዚ ማለት እቶም ሰላማውያን ከምዚኣቶም ዓይነት ናውትታት ክኽልከሉ ምዃኖም)፤[926] ከምኡ እውን (ለ) እዚ ፀላኢ ንምስዓር ከም መሳርሒ ዝግበር ክኸውን ኣለዎ ኣብ ዝብሉ ሓሳብ ዘለዎም ምዃኑ ከም ርዱእ ክተሓዝ ኣለዎ።[927]

---

921 *ተወከስ ፣ ሓፈሻዊ፡* ዓለም ለኸ ማሕበር ቀይሕ መስቀል (ኣይ.ሲ.ኣር.ሲ)፣ *ልምዳዊ ዓለም ለኻዊ ሕጊ ሰብኣውነት* ፣ ደንቢ 55። ንኣብነት ኣብ ኩነታት ዓለም ለኻዊ ዕጥቃዊ ጎንፂ ኣካላት እቲ ውግእ ንኹሎም ዝተላእኹ ሕክምናውን ናይ ሆስፒታልን መደብራት፣ ንኣምልኾ ሃይማኖት ዘድልዩ ናውትታት፣ ብናፃ ክሓልፉ ናይ ምፍቃድ ሓላፍነት ኣለዎም፤ ከምኡ እውን “ኣገደስቲ ዝብልዑ ነገራት፣ ንትሕቲ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዝዕድሚኦም፣ ንነብሰ ፁር ኣዴታትን ሓራሳትን ዝተሓስቡ ኣልባሳትን ሓይሊ ወሃብቲ ምግብታትን፣” ብናፃ ክሓልፉ ናይ ምፍቃድ ሓላፍነት ኣለዎም፤ ግን ድማ ንሰላማውያን ጥራሕ ዝተሓሰቡ ክኾኑ ኣለዎም፡ ስምምዕ ጀኔቫ 4 ዓንቀፅ 23። ብተመሳሳሊ ሓደ ዝተትሓዘ ግዝኣት እኹል ቀረብ ዘይብሉ እንተኾይኑ እቲ ዝሓዘ ኣካል ከክንዲ እቲ ሰላማዊ ህዝቢ ኾይኑ ንናይ ረድኤት መደባት ክሰማማዕ ኣለዎ - ዝተላእኹ ዝብልዑ ነገራት፣ ሕክምናዊ ቐረባትን ኣልባሳትን ዝኣመሰሉ ክህብ ኣለዎ - ከምኡ እውን ምኽንያታዊ ተፍቲሽን ካልኦት ኣገደስቲ ኩነታትን ምግባር ከም ዘለዎ ኾይኑ ብናፃ ኽሓልፉ ኽገብር ይግደድ እዩ፡ ስምምዕ ጀኔቫ 4 ዓንቀፅ 59። *ተወከስ ብተወሳኺ*፣ ተወሳኺ ስምምዕ 1 ንስምምዓት ጀኔቫ 1977 ዓንቀፃት 69(2)፣ 70፣ ተወሳኺ ስምምዕ 2 ንስምምዓት ጀኔቫ 1977 ዓንቀፅ 18።

922 *ተወከስ ተወሳኺ* ስምምዕ ንስምምዓት ጀኔቫ 1 1977 ዓንቀፅ 54(2)፤ ተወሳኺ ስምምዕ 2 ንስምምዓት ጀኔቫ 1977 ዓንቀፅ 14።

923 ግሎባል ራይትስ ኮምፕልያንስ፣ *ገበን ጥሜትን ሜላታት ኣካስስኡን ተሓታትነትን፣ ፀብፃብ በዓል ሙያታት* ዓንቀፅ 30።

924 *ከምኡ እውን ተወከስ* ግሎባል ራይትስ ኮምፕልያንስ፣ *ገበን ጥሜትን ሜላታት ኣካስስኡን ተሓታትነትን፣ ፀብፃብ በዓል ሙያታት፣* ዓንቀፃት 40-41። ከምኡ እውን ተወከስ ዓንቀፅ 37።

925 ሲ.ኤፍ. ግሎባል ራይትስ ኮምፕልያንስ፣ *ገበን ጥሜትን ሜላታት ኣካስስኡን ተሓታትነትን፣ ፀብፃብ በዓል ሙያታት፣* ዓንቀፃት 42-84።

926 ኣብዚ ብትኹረት ክረአ ዘለዎ ባህሪ ናይዚ ፍሉይ ሓሳብ እቶም ሰላማውያን ናይ ብሓቂ ጠምዮም ድዮም ዝብል ረቛሒ ክረጋገፅ ኣለዎ ዘብል ኣይኮነን - ዋላ እኳ መርትዖ ምህላው ከምዚኦም ዓይነት ሳዕቤናት ብውሕዱ ኣቐዲምካ ክፍለጡ ይኽእሉ ነይሮም እዮም ንዝብል ልዑል ኣገዳስነት እንተሃለዎም።

927 እዚ ዘመልክቶ ድማ እዚ ገበን እዚ ካብ ተግባራት ተፃብኦታት ወፃኢ ንዘለዉ ኹነታት ተግባራውነት የብሉን፤ እዚ ኣባህላ ግን እዚ ሓደ ዓይነት ተግባር ካልኦት ባእታታት ገበናት ኲናት ወይ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ከማልኡ ዝኽእልሉ ተኽእሎ ንጎኒ ዝገድፍ ኣይኮነን።

454. ኣብ ላዕሊ ኣብ ክፍሊ 5.ረ.3.ሀ ከም ዝተገልፀ ናይ ትግራይ ዓፀቦ ክፍጠር ዝኽኣለ ነቲ ሰላማዊ ህዝቢ ብጣዕሚ ኣድለይቲ ዝኾኑ ምግብን ካልኦት ናውትታትን ኮነ ተባሂሉ ስለ ዝተኸልከሉ እዮም፤ እዚ ድማ ናይ ረድኤት ቀረባት ከይሓልፉ ኮነ ተባሂሉ ምንክልላእ ምግባሩ እውን ዝሓውስ እዩ።

## ሐ. ብህ.ወ.ሓ.ትን መሻርኽቲ ሓይልታትን ዝተፈፀሙ ገበናት

455. ብዕለት 11 መጋቢት 2015 ዓ.ም ፀሓፊ ወፃኢ ጉዳይ ኣሜሪካ ዝኾነ ኣንቶኒ ጀይ ብሊንከን ኣብ ዝዘርግሖ ጋዜጣዊ መግለፂ “ሓይልታት ኣባላት [...]ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት) []...ኣብ እዋን ጎንፂ ኣብ ሰሜናዊ ኢትዮጵያ ገበናት ኲናት ፈፂሞም ክብል ገሊፁ።”[928] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ እውን “ሓይልታት ትግራይን ተሓባበርቶም ምልሻን ኣብ ክልል ኣምሓራ መጠነ-ሰፊሕ ግህሰታት ፈፂሞም እዮም፤” እዚ ድማ ቕትለታት፣ ኣገዲድካ ምድፋርን ፆታዊ ዓመፅን፣ ከምኡ እውን ዝምታ ዝሓወሰ እዩ።[929] እቲ ናይ ውልቀ ተግባር ምስ ዓለም ለኻዊ ዘይኮነ ዕጥቃዊ ጎንፂ ምትእስሳር እንተሃልይዎ ከም ገበን ኲናት ክቑፀር ይኽእል እዩ።[930]

### 1. ጥሕሰታት ሕግታት ኣካይዳ ተፃብኦታትን፣ ጥሕሰታት ሓበራዊ ዓንቀፅ 3ን

456. ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ኣብ ብዙሓት ኣጋጣምታት ሰላማውያን ከም ዝቐተለ እዩ ዝኽሰስ፣ ካብኣቶም፡-

- ብዕለት 25 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ኣብ ዓዲ ሃገራይ ኣብ ዝርከብ ቤተ ክርስትያን ዝተዓቖቡ ሰላማውያን ቀቲሉ፤[931]
- ኣብ ሞንጎ 27 ን 30ን ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ “ብዓሌትነት ዝተደረኸ መጥቃዕቲ” ኣብ ወሰን ማይ ካድራ ኣብ ክልተ ናይ ሕርሻ በታታት 17 ሰላማውያን ቀቲሎም ሰለስተ ድማ ኣቑሲሎም።[932]

457. እቲ ሓበራዊ መርማሪ ጉጅለ ብተወሳኺ ዝኸስስ እውን እቲ ጎንፂ ካብ ዝውላዕ ጀሚሩ ክሳብ ተኹሲ ደው ዝብል ክሳብ ዕለት 21 ሰነ 2013 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ መቐለ ዝነብሩ ኣምሓሩ ብወታደራት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይን ብናይ ሰላማውያን ክዳን ዝተኸድኑን ብብሄሮም ተፈልዮምን ዕላማ ኾይኖምን

[928] ወፃኢ ጉዳይ ሚኒስቴርሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፣ <u>ገበናት ኲናት፣ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት፣ ከምኡ እውን ምፅራይ ዘርኢ ኣብ ኢትዮጵያ ጋዜጣዊ መግለፂ</u>፣ 11 መጋቢት 2015 ዓ.ም።

[929] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 274-275።

[930] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 494 (ሓይልታት ትግራይ ፈፂመሞ ምስ ዝብሃል ገበን ተተሓሒዙ ክስትውዓል ዘለዎ ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ “ምህላው መጠነ-ሰፊሕ ወይ ስርዓታዊ መጥቃዕቲ ኣንፃር ሰላማውያን ሰባት ከረጋግፅ ኣይከኣለን፤ እንተዝረጋገፅ ግን ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ክኸውን ዝኽእል እዩ“)::

[931] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ <u>*ፀብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኹሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኽ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን*</u> (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ዓንቀፅ 121።

[932] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ <u>*ፀብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኹሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኽ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን*</u> (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 98።

እዮም፡፡[933] ብተወሳኺ እቲ ሓበራዊ መርማሪ ጉጅለ ዝተገንዘቦ ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ "ኣብ እንዳ እሱርን ኣብ ገዛውቲ እቶም ግዳያትን ኣብ መቐለ፣ ሑመራ፣ ሽረ፣ ኣደባይን ኣኽሱምን ተግባራት ስቅያትን ካልኦት ሕማቕ ኣተሓሕዛን ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን" ፈፂሙ እዩ፤ ንገሊኦም ነቶም እሱራ ድማ ቐቲልዎም እዩ፡፡[934]

458. ብዕለት 30 ጥቅምትን 01 ሕዳርን 2013 ዓ.ም ተጋሩ ምልሻታት እውን ተጋሩ ንዘይኮኑ ነበርቲ ብፍላይ ንተወለድቲ ኣምሓራ ፈልዮም ከም ዝኣሰርዎምን ከም ዝወቕዕዎምን ይኽሰሱ እዮም፡፡[935] ሓደ ውፃእ መዓት ቅድሚ ናብቲ ብዘይ ርክብ ተኣሲርሉ ዝነበረ ናብ ፖሊስ ጣብያ ሑመራ ምውሳዱ፣ ኣብ ሑመራ ኣብ ውሽጢ ገዝኡ ኣብ ቅድሚ ሰበይቱን ደቁን በዝሒ ብዘለዎም ሰላማውያንን ምልሻን ተጋሩ ከም ዝተወቕዐን "ኣድጊ ኣምሓራይ" ተባሂሉ ከም ዝተፀርፈን ገሊፁ እዩ፡፡[936] ንሱ ዝበሎ፡-

> "ኣብ ኣደባይ ኣእዳወይ ኣሲሮም ክሳብ ዝደሚ ወቒዖምኒ፡፡ እቶም ዝሓዙኒ ኣብ ዝባነይ ይድጉድጉኒ ነበሩ፣ እዚ ድማ ኣብ ዝባነይ ጉድኣት ከስዕብለይ ጠንቂ ኾነ፡፡ ሓደ ለይቲ ኣብ ኣደባይ ሓደርና፤ ሽዑ ድማ ምልሻን ሰላማውያንን ተጋሩ ፀረፉናን ክንቀትለኩም ኢና ኢሎም ኣፈራርሑናን፡፡ እቶም ኣካላት ፀጥታ ህወሓት ግን ከይንቕተል እዮም ዝመኸሩ፤ ምኽንያቱ ድማ ናይ ስለያ ሓበሬታ ክንህቦም ስለ ዝደለዩና፡፡ ንፀባሒትኡ ንጉሆ ብሙሉእና ሽውዓቴና ኣእዳውና ብፀኑዕ ተኣሲርናን ኣፃፍር ኣፃብዕትና እናደመናን ንሽረ ተወሰድና፡፡ ኣብ ሽረ ብሽንሽል ኣሰሩናን ንኣርባዕተ መዓልታት ብዘይ ምግቢ ኣብ ፀልማት ክፍሊ ዓፀዉናን፡፡ መበል ሓምሻይ መዓልቲ ንሕድሕድና ነንእሽተይ እሻግ ብሽኩትታት ሃቡና፡፡"[937]

459. ብዕለት 14 ሕዳር 2013 ዓ.ም ናይቲ ኸባቢ ምልሻ ትግራይ ንመዓስከር ሕፃፅ ኣጥቂዖም ኣብ ደገ እንዳ ማርያም ቤተ-ክርስትያን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ሸሞንተ ስደተኛታት ኤርትራ ከም ዝቐተሉ እዮም ዝኽሰሱ፡፡[938]

460. ኣብ ከተማ ቼና ኣብ ሞንጎ 24 ን 29 ን ነሃሰ 2013 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ 15 ኣጋጣምታት 26 ሰላማውያን ብጃምላ ከም ዝጨፍጨፉ እውን ሓይልታት ትግራይ ይኽሰሱ እዮም፡፡[939] ናይዞም ኣጋጣምታት ውንጀላ ሓይልታት ትግራይ ንሰላማውያን ሰባት ከም መከላኸሊ ይጥቀሙ እዮም ዝብል ዝሓወሰ ኾይኑ ነዚ ዝጥቀሙሉ ብፌደራል ሓይልታት ኢትዮጵያ ብኸቢድ ብረት፣ ሞርታራትን ጠበናጁን

---

[933] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ _ፅብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኹሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን_ (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 99፡፡

[934] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ _ፅብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኹሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን_ (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 131፡፡

[935] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ _ፅብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኹሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን_ (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 132፡፡

[936] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ _ፅብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኹሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን_ (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 132፡፡

[937] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ _ፅብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኹሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን_ (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 132፡፡

[938] የናት መርስኤ፣ ጁሊያ ፓራቪቺኒን ካትሪን ሆሬልድ፣ "ድርብ ዛዕባ፣ ኣብ ኲናት ሕድሕድ ኢትዮጵያ፣ ሰራዊት ኤርትራ ቀታሊ ዝኾነ ሕነ ምፍዳይ ኣብ ናይ ቀደም ፀላእቱ ወሲዱ" (_ሮይተርስ_፣ 22 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፡፡

[939] ሂዩማን ራይትስ ዎች፤ _ኢትዮጵያ፡ ሓይልታት ትግራይ ሰላማውያን ሰባት ብጃምላ ጨፍጪፎም_ (30 ሕዳር 2014 ዓ.ም)፡፡

ክበፅሖም ካብ ዝኽእል መጥቃዕቲ ንምክልኻል እዩ።[940] ብመሰረት ዜና ኣሶስየትድ ፕረስ ብውሕዱ 59 ሰባት ብሓይልታት ትግራይ ተቐቲሎም እዮም። ካብቲ መከራ ዝደሓኑ ከም ዝበልዎ "ሓይልታት ትግራይ ምግቢ ደልዮም ይመፅኡ እሞ እንስሳታት ክቐትሉን ንብረት ክዘምቱን እንተለዉ እቶም ሰብ ዋና ዝኾኑ ሰባት ነዚ ተግባር ክቃወሙ እንተፈቲኖም ድማ ይቐትልዎም።"[941]

461. ምስ ህወሓት ዝዛመዱ ተጋደልቲ ብዕለት 04 ጳጉሜን 2013 ዓ.ም ኣብ ቆቦ ንኣምሓሩ ሰላማውያን ብጃምላ ከም ዝጨፍጨፉን ቀፂሎም እውን ዝምታ ከም ዘካየዱን እውን ተወሰኽቲ ውንጀላታት ኣለዉ እዮም።[942] ኣብዚ ኣጋጣሚ ብሙሉኦም ሰላማውያን ዝኾኑ ብድምሩ 23 ሰባት ኣብ ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ኣጋጣምታት ከም ዝተቐትሉ እዩ ዝዝረብ።[943]

462. ብመሰረት ንሂዩማን ራይትስ ዎች ዝተውሃቡ ዝርዝራት ኣብ ሞንጎ 22 ነሃሰን 04 ጳጉሜንን 2013 ዓ.ም ኣብዘን ክልተ ኸተማታት ብውሕዱ 74 ሰላማውያን ተቐቲሎም እዮም፣ እንተኾነ ግን ገሊኦም ኣብ ተፃብኦታት ቀጥታ ተሳትፎ ዘለዎም እዮም (እዚ እንተኾይኑ ድማ ሕጋዊ ዒላማታት ዝገብሮም እዩ)።[944] ብድምር ናይቲ ኸባቢ ሰበ ስልጣን ኣብ እዋን እቲ ውግእ 120ን 200ን ሞት ሰላማውያን ፀብፂቦም እዮም፤ እዚ ግን ብሂዩማን ራይትስ ዎች ክረጋገፅ ኣይከኣለን።[945]

463. ሰላማውያንን ብሰንኪ ስንክልና ካብ ውግእ ወፃኢ ዝኾኑ ሰባትን ኣብ ከተማታት ቆቦን ቼናን[946] ምቕታል ካብ ዝብል ብተወሳኺ ኣብ ከተማታት የለንን ሸዋ ሮቢትን ሰላማውያንን ሰባትን ብምቕታል ከምኡ እውን ናይ ሰላማውያን ንብረት ብምዝማትን ብምዕናውን እዞም ሓይልታት ትግራይ ይኽሰሱ እዮም።[947]

464. ሓይልታት ትግራይ ብተወሳኺ ዝኽሰስዎ እውን "ኣብ ዓፋር ከተማታትን ገጠራትን ምጥቅያም ወይ እውን ምስ ሃገራውን ክልላውን ሓይልታት ኣብ ናይ ሰላማውያን ከባብታት ብጣዕሚ ተፀጊዖም ኣብ ከቢድ ውግእ ምፅማዶም" ከምኡ እውን "ሞትን መቑሰልትን ዝሓወሰን ብሰንኪ ከበድቲ ውግኣት ምምዝባልን ዘስዓበ ጥሕሰታት ኣንፃር ሰላማውያን ካብ ሕዳር 2014 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብ ኣርባዕተ ቦታታት፡- ካሳጊታ፣ በራሕለ፣ ኣብዓላን ኮነባን ከም ዝነበረ ተፈሊጡ እዩ።"[948] ብተመሳሳሊ ዝምታን ዕንወትን ንብረታት ኣብ ክልል ዓፋር ኣብ ኣብዓላ፣ ኢረብቲ፣ ኮነባ፣ ካሳጊታ ኣጋጢሙ እዩ።[949]

---

[940] ሂዩማን ራይትስ ዎች፤ *ኢትዮጵያ፡ ሓይልታት ትግራይ ሰላማውያን ሰባት ብጃምላ ጨፍጪፎም* (30 ሕዳር 2014 ዓ.ም)።

[941] ኣሶሼትድ ፕረስ፣ "ኣብ ኢትዮጵያ ፍፃመ ሓደሽቲ ቕትለታት፣ ገለ ተዋጊኡ፣ ገለ ሃዲሙ" (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 05 ጳጉሜን 2013 ዓ.ም)።

[942] ሂዩማን ራይተስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ሓይልታት ትግራይ ሰላማውያን ሰባት ብጃምላ ጨፍጪፎም* (30 ሕዳር 2014 ዓ.ም)፤ *ተወከስ ከምኡ እውን* ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጃምላዊ ቕትለታት፣ ኣገዲድካ ምድፋርን ዝምታን ብሓይልታት ትግራይ ኣብ ኣምሓራ* (09 ለካቲት 2014 ዓ.ም) ኤ ኤፍ ኣር 25/5218/2022።

[943] ሂዩማን ራይተስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ሓይልታት ትግራይ ሰላማውያን ሰባት ብጃምላ ጨፍጪፎም* (30 ሕዳር 2014 ዓ.ም)፤ *ተወከስ ከምኡ እውን* ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጃምላዊ ቕትለታት፣ ኣገዲድካ ምድፋርን ዝምታን ብሓይልታት ትግራይ ኣብ ኣምሓራ* (09 ለካቲት 2014 ዓ.ም) ኤ.ኤፍ.ኣር.25/5218/2022።

[944] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *ኢትዮጵያ፡ ሓይልታት ትግራይ ሰላማውያን ሰባት ብጃምላ ጨፍጪፎም* (30 ሕዳር 2014 ዓ.ም)።

[945] ሂዩማን ራይትስ ዎች፤ *ኢትዮጵያ፡ ሓይልታት ትግራይ ሰላማውያን ሰባት ብጃምላ ጨፍጪፎም* (30 ሕዳር 2014 ዓ.ም)

[946] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (9 መስከረም 2015 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./51/46፣ ዓንቀፅ 44። *ተወከስ ከምኡ እውን* ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 275 ሰዓብቱን።

[947] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፃት 281-282።

[948] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 317።

[949] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 338።

465. ሰራዊት ምክልኻል ትግራይ ሰላማውያን ኣምሓሩ ኣብ ጎደናታት ቆቦ ከም ዝቐተለ፣[950] ኣብ እዋን ፍተሻ ገዛውቲ ድማ ኣብ ኣራዶም ከም ዝቐተለ[951] ገለ ፀብፃባት ኣለዉ፤ ከምኡ እውን ኣብ ወርሒ ነሃሰ 2014 ዓ.ም ኣብ ሰለስተ ዝተፈላለዩ መዓልትታት ንዲበና ኣብ ዝድብድቡሉ ግዜ 11 ሰላማውያን ቀቲሎም ዝብሉ ፀብፃባት ኣለዉ።[952] ሓይልታት ትግራይ ኣብ ሞንጎ ነሃሰ 2014 ዓ.ምን ጥቅምቲ 2015 ዓ.ምን እውን ኣብ ራያ ቆቦ (ኣምሓራ) ብውሕዱ 193 ሰላማውያን ከም ዝቐተሉ ይዝረብ እዩ።[953]

466. ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ዘረጋገፆ እውን "መጥቃዕቲ ሓይሊ ትግራይ ኣብ ክልል ኣምሓራ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑፀሩ ሰላማውያን ካብ ገዝኦም ኽሃድሙ ኣገዲድዎም እዩ፤ እዚ ድማ ካብን ኣብ ውሽጥን ዞባታት ሰሜን ጎንደር፣ ማእኸላይ ጎንደር፣ ሰሜን ወሎ፣ ደቡብ ወሎ፣ ደቡብ ጎንደርን ዋግ ኽምራን ብጣዕሚ ብርቱዕ ምምዝባል ኣስዒቡ እዩ።"[954]

## 2. ኣገዲድካ ምድፋርን ምስ ጎንፂ ዝዛመድ ፆታዊ መጥቃዕትን

467. ዋላ ብተዛማዲ ብዝተሓተ ደረጃ እንተኾነ ሓይልታት ትግራይ ተግባራት ኣገዲድካ ምድፋርን ፆታዊ መጥቃዕትን ከም ዝፈፀሙ ይኽሰሱ እዮም።[955] እቶም ተጋደልቲ ናይ ህወሓት ከም ዝኾኑ እዮም ተፈሊጦም፤ ምኽንያቱ ብኣዘራርብኦምን "ኣንፃር ግዳያት ዝጥቀምሉም ብሄር ተኮር ፀርፍን ከምኡ እውን ህወሓት ምኗኖም ብግልፂ ስለ ዘፍለጡን እዩ" (ንኣብነት "ኣምሓራይ ኣድጊ እዩ፣" "ኣምሓራይ ኣይጠቅምን፣" ከምኡ እውን "ስሱዕ ኣምሓራይ") ዝብል ምጥቃሞም።[956]

468. ሓይልታት ትግራይ ንሓይልታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ደፊኦም ኣውፂኦም ንትግራይ ዳግማይ ምስ ተቖፃፀርዋ፤ ወታደራት ትግራይ (ከም ኣካል ህወሓት፣ ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ወይ እሙናት ምልሻ)፣ መጠነ-ሰፊሕ ዕስላዊ ኣጊዲድካ ምድፋር ኣብ ኣንስትን ኣጓላትን ኣምሓሩ ገሊኦን ዕድሚኦን ክሳብ 14 ዓመት፣[957] 12 ዓመት፣[958] 11 ዓመት[959] ዝንእሳ ከም ዝፈፀሙ እውን ይኽሰሱ እዮም። ሓንቲ ጓል ካብ ዓዲ ሃገራይ (ኣብ ትግራይ እትርከብ ከተማ) እውን ብሰራዊት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ከም እተጠቕዐትን እተዓመፀትን ገሊፃ እያ።[960]

---

950 ኢትዮጵያ፡ ኲናት ትግራይ፣ ዳታ ቤዝ ኣጋጣሚ I01038።

951 ኢትዮጵያ፡ ኲናት ትግራይ፣ ዳታ ቤዝ ኣጋጣሚ I01043።

952 ኢትዮጵያ፡ ኲናት ትግራይ፣ ዳታ ቤዝ ኣጋጣሚ I01039።

953 ኣሶሼትድ ፕረስ፣ "መንግስታዊ ሰነድ ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ ዘለዉ ደረጃ ግፍዕታት ገሊፁ" (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 12 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)።

954 ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 304።

955 ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" ( 9 መስከረም 2015 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./51/46፣ ዓንቀፅ 70።

956 ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ኣምሓራ ካብ መጥቃዕቲ ህ.ወ.ሓ.ት. ዝደሓኑ ብዕስለ ምድፋር፣ ዝምታን ኣካላዊ መጥቃዕትን ገሊፆም (30 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)። *ተወከስ ከምኡ እውን* ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 299።

957 ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *ርድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፃት 26-2፣ 32።

958 *ሪታ ካሕሳይ፣ ረዊና ካሕሳይን ሳሊይ ኪብልን፣ ብቐሊል ኣረኣእያ፡ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ጎንፂትግራይ* (ኢልኖር ፕረስ፣ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 39 (እዚ ሰራዊት ትግራይ ካብ ላሊበላ 100 ኪ.ሜ ርሒቓ እትርከብ ገረገራ ንዝተብሃለ ኸባቢ ኣብ መፋርቕ ነሓሰ 2013 ዓ.ም ምስ ተቖፃፀሩ፣ ብዕስለ ካብ ዝተዓመፀት ፀብፃብ ዛንታ ናይ ሓንቲ ጓል 12 ዓመት ዝተጠቕሰ እዩ" )።

959 ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 35።

960 ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ *ፀብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ው.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኹሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን* (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 294።

469. እዞም ተግባራት ኣገዲድካ ምድፋርን ፆታዊ መጥቃዕትን መጠነ-ሰፋሕቲ ኾይኖም "ኣንፃር ኣንስትን ኣዳላትን ኣምሓራን ኣገውን ከምኡ እውን ሓደ ኣምሓራይ ሰብኣይን ዘቕንዑ እዮም፤ ኣብ 11 ቦታታት [...] ኣብ ቦዛ፣ ቼ ና፣ ደባርቕ፣ ደሴ፣ ሃይቅ፣ ቆቦ፣ ላሊበላ፣ ሸዋ ሮቢት፣ ሰቖጣ፣ ታብላ፣ ከምኡ እውን የለን" ዝተገብሩ እዮም።[961]

470. ካልኦት ሪፖርት ዝተገብሩ ሓደጋታት እውን ንኣብነት ኣብ ኣምሓራ ኣብ ከባቢ ራያ ቆቦ 143 ኣንስትን ኣዳላትን "ብሓይልታት ትግራይ" ከም ዝተዓመፃ ይንገር እዩ፣[962] ኣብ መጀመርታት ነሃሰ 2013 ዓ.ም ኣብ ኣምሓራ ኣብ ከተማ ንፋስ መውጫ 16 ኣንስቲ ብህወሓት ብዕስለ ተዓሚፀን እየን፣[963] ከምኡ እውን ኣብ ሞንጎ ከባቢ መወዳእታ ነሃሰ 2013 ዓ.ምን መጀመርታ መስከረም 2014 ዓ.ም ኣብ ቆቦን ቼናን (ሰሜናዊ ኣምሓራ) "ብሓይልታት ትግራይ" ሰላማውያን ተዓሚፀን እየን።[964]

471. ሓይልታት ትግራይ ካልእ ዝኸሰስዎ ድማ "ተግባራት ኣገዲድካ ምድፋርን ካልኦት ዓይነታት ፆታዊ ዓመፅን ኣንፃር ደቂ ኣንስትዮ ኣብ እዋን መጥቃዕቲ ኣብ ክልል ዓፋር ከም ዝፈፀሙ"፤ እዚ ድማ "ኣንፃር ደቂ ኣንስትዮ ዓፋር ኣብ ከተማታትን ገጠራትን ኣብ ክልተ ዞባታት ዓፋር ኣብ ኣርባዕተ ቦታታት ዘካትት ኮይኑ ኣብ በራሕለ፣ ኢረብቲ፣ ኮነባን ካሳጊታን ዝሓወሰ እዩ።"[965] እቶም ምውዳዳት ናይቶም መጥቃዕትታት ነቶም ብተጋደልቲ ትግራይ ኣብ ክልል ኣምሓራ ዝተፈፀሙ እዮም ዝመስሉ፣[966] ከምኡ እውን እዚኣቶም "ብጣዕሚ ብትሑት ደረጃ ዝተፀብፀቡ እዮም።"[967]

472. እቲ ብሰራዊት ህወሓት ኣብ ልዕሊ ኣንስትን ኣዳላትን ኣምሓራ ዝተገብረ ፆታዊ ዓመፅ ነቲ ደቂ ኣንስትዮ ተጋሩ ብሓይልታት መንግስቲ ፌደራል ኣብ እዋን ምጅማር እቲ ጎንፂ ዝተፈፀመ ፆታዊ ዓመፅ "ናይ ሕነ ምፍዳይ ፆታዊ መጥቃዕቲ" ተባሂሉ ክግለፅ ዝከኣል እዩ።[968] ብተመሳሳሊ ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝፈፀሞ ግፍዕታት ሕነ ንምፍዳይ ሓይልታት ትግራይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ከም ዝዓመፁ ይንገር እዩ።[969]

---

[961] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 294።

[962] ኣሶሼትድ ፕረስ፣ "<u>መንግስታዊ ሰነድ ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ ዘለዉ ደረጃ ግፍዕታት ገሊፁ</u>" (*ኣሶሼትድ ፕረስ*፣ 12 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)።

[963] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *<u>ኢትዮጵያ፡ ውፃእ መዓት መጥቃዕቲ ህ.ወ.ሓ.ት. ኣብ ዓዲ ኣምሓራ፣ ብዕስለ ምዕማፅ፣ ዝምታን ኣካላዊ መጥቃዕትን ገሊፆም</u>* (30 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም) (ክስትውዓል ዘለዎ ብኽልላዊ ሰበ ስልጣናት ንኣምነስቲ ልዕሊ 70 ደቂ ኣንስትዮ ተዓሚፀን ዝብል እዩ፡ ብመሰረት ክልላዊ መንግስቲ ዴስክ በዓል መዚ ጉዳያት ደቂ ኣንስትዮ፣ ህፃውንትን መናእሰይን ቁፅሪ እተን ዝተዓመፃ ደቂ ኣንስትዮ 71 ከም ዝኾነ እዩ ተፀብዩ፣ ፌደራል ሚኒስትሪ ፍትሒ ድማ 73 እዩ ፀብዩ)።

[964] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" ( 9 መስከረም 2015 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./51/46፣ ዓንቀፅ 44።

[965] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 332።

[966] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 333።

[967] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 335።

[968] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *<u>ረድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ</u>*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 60 ("ፀብፃባት ብቐፃልነት ዝጠቕስዎ ተጋደልቲ ትግራይ ዝገልፅዎ ነቲ ብሓይልታት ኢትዮጵያ ኣብ ምጅማር እቲ ውግእ ኣብ ልዕሊ ኣዴታቶም፣ ኣንስቶም፣ ከምኡ እውን ኣባላት ማሕበረሰብ ዝበፅሐ ፆታዊ ዓመፅ ሕነ ይፈድዩ ከም ዘለዉ እዩ")፤ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ ኢትዮጵያ፡ <u>ኣብ ኣምሓራ ካብ መጥቃዕቲ ህ.ወ.ሓ.ት. ዝደሓኑ ብዕስለ ምድፋር፣ ዝምታን ኣካላዊ መጥቃዕትን ገሊፆም</u> (30 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፤ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ" (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 299።

[969] ዶ/ር ዴኒስ ሙኬግ ፋውንዴሽን፣ ዘ ሄግ፣ ኔዘርላንድስ ምስ ማእኸል ሰብኣዊ መሰላት፣ ስነ-ፆታን ፍልሰትን ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግተን፣ ቅዱስ ሉዊስ፣ ኤሜሪካ፣ *<u>ረድኢት ጎንፂ-ወለድ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ጉዳይ ጎንፂ ትግራይ</u>*፣ (22 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 33 (መጣቐስታት ተገዲፎም)።

473. ሓንቲ ውፃእ መዓት ከም ዝበለቶ እቲ ዓማፂኣ ዝበላ፡ “ስድራና ተዓሚፀን እየን ሕጂ ድማ ክንዕምፀክን ግዴና እዩ።“[970] ሓንቲ ውፃእ መዓት ካብ ቼና ከም ዝበለቶ ድማ እቲ ዓማፂኣ ኣማራፂ ከም ዝሃበ፡ ክትዕመፂ ወይ ክትቅተሊ። ሽዑ ኢልዎ ዝተብሃለ፦ “ክልቴና ጥራሕ ክንዕምፀኪ ስለ ዝኾንና ንስኺ ዕድለኛ ኢኺ። ሃገራዊ ምክልኻል ሰራዊት ኢትዮጵያ ንደቂ ኣንስትዮና ኣብ ዝዕምፅሉ ግዜ ወትሩ 10 ወታደራት ንሓንቲ ሰበይቲ ብምዃን እዩ።”[971]

474. እቶም ፆታዊ ዓመፃት “ብዘሰንብዱ ደረጃታት ጭካነ፣ ከም መውቃዕቲ፣ ናይ ምቕታል ምፍርራሓት ዝኣመሰሉ ዝተሰነዩ እዮም፤” እዚ እውን ምእታው ባዕዲ ነገራት ዝሓወሰ እዩ።[972] እቶም ተጋደልቲ ህወሓት ነቲ ፆታዊ ዓመፅ ፈፂመሞ ዝብሃል መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ቅድሚ ደቀን ኮይኑ ጠበንጃ ኣወጣዊጡም፣ ከቲሮም፣ ከምኡ እውን ኣካላውን ቃላውን መጥቃዕቲ ፈፂሞም ብዝብል እዩ።[973] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ቃለ መሕትት ካብ ዝገበረለን ዓሰርተ ሽድሽተ ደቂ ኣንስትዮ እተን ዓሰርተ ኣርባዕተ ብዕስለ ከም ዝተዓመፃ እየን ዝዛረባ።[974] ኣብ ብዙሓት ኣጋጣምታት ኣብ መቐለን ዓዲ ሃገራይን ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ንኣንስቲ ወታደራት ሃገራዊ ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ ከም ዝዓመፁን፣ ኣብ ብልዕተን ሞባይል ንዝሓብኣ ገሊኣን ኣንስቲ ድማ ብጎዞሞ ከም ዝቐተልወንን እዮም ዝኽሰሱ።[975]

475. እቲ ጎንፂ መሰረት ዝገበረ ፆታዊ ዓመፅ ብሄር መሰረት ብዝገበረ ፀርፊ ዝተሰነየ ኾይኑ “ኣምሓራይ ኣድጊ እዩ”[976] ዝብል ድማ ይርከቦ፤ ከምኡ እውን ሰራዊታት ኢሎም ዝተብሃለ “ኣምሓራይ ንህዝብና ጨፍጪፍዎ እዩ (ንትግራዋይ)፤ እቶም ፌደራል ምክልኻል ሓይልታት ንሰበይተይ ዓሚፆማ እዮም፣ ሎሚ ከም ደስ ዝበለና ክንዕምፀክን ኢና።”[977]

476. ብሰንኪ እቶም ፆታዊ ዓመፃት ግዳያት ዝበልኦ “ዝተፈላለዩ ምልክታት ከም ቃንዛ ሕቘ፣ ደም ምሻን፣ ንምንቅስቓስ ምሽጋር፣ ሻቕሎትን ጓህን ዝኣመሰሉ”፤ ግን ድማ “ብመጥቃዕቲ ህ.ወ.ሓ.ት. ዕንወትን ዝምታን እቲ ሆስፒታልን ጣብያ ጥዕናን ናይቲ ኸተማን ስዒቡ፣ ካብተን ቃለ-መሕትት ዝተገበረለን ዋላ ሓንቲ እኳ ዝተማልአ ክንክን ድሕሪ ዓመፅ፣ ከም ህፁፅ መከላኸሊ ጥንሲ፣ ናይ ድሕሪ ህፁፅ ኮንዶም ከም ኤች.ኣይ.ቪን ካልኦት ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽስታትን ንመከላኸሊ ዝኸውን ምርመራን ክንክንን መጉዳእትታት ወይ ድማ ግዱድ ሕክምና ንስነ-ኣእምሮኣዊ ጥዕናዊ ኸንክን ክረኽባ ኣይከኣላን።”[978]

---

[970] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጃምላዊ ቕትለታት፣ ኣገዳድካ ምድፋርን ዝምታን ብሓይልታት ትግራይ ኣብ ኣምሓራ* (09 ለካቲት 2014 ዓ.ም) ገፅ 14። *ተወከስ ከምኡ እውን* ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ” (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 35።

[971] ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ሓፈሻዊ ምርመራዊ ርኽበታትን ሕጋዊ ውሳነታትን፡ ዓለም-ለኻዊ ኮሚሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኢትዮጵያ” (2 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/ሲ.ኣር.ፒ.3፣ ዓንቀፅ 299።

[972] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጃምላዊ ቕትለታት፣ ኣገዳድካ ምድፋርን ዝምታን ብሓይልታት ትግራይ ኣብ ኣምሓራ* (09 ለካቲት 2014 ዓ.ም) ገፃት 14፣ 15።

[973] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጃምላዊ ቕትለታት፣ ኣገዳድካ ምድፋርን ዝምታን ብሓይልታት ትግራይ ኣብ ኣምሓራ* (09 ለካቲት 2014 ዓ.ም)።

[974] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጃምላዊ ቕትለታት፣ ኣገዳድካ ምድፋርን ዝምታን ብሓይልታት ትግራይ ኣብ ኣምሓራ* (09 ለካቲት 2014 ዓ.ም)።

[975] ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት፣ *ፀብፃብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ (ኮሰመኢ)/ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት (ቤ.ላ.ኮ.ሰ.መ.ወ.ሕ.መ.) ሓበራዊ ምርመራ ብኹሎም ወገናት ተፈፂሚሞም ዝተብሃሉ ጥሕሰት ሕጊ ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰብኣውነትን ስደተኛታትን* (24 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም)፣ ዓንቀፅ 43።

[976] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጃምላዊ ቕትለታት፣ ኣገዳድካ ምድፋርን ዝምታን ብሓይልታት ትግራይ ኣብ ኣምሓራ* (09 ለካቲት 2014 ዓ.ም)። *ተወከስ ከምኡ እውን*ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ “ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ” (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 35 (“እቶም ውፃእ መዓት መብዛሕትኡ ግዜ ‘ኣድጊ ኣምሓራይ’ ብዝብል ይፅውዑ ነይሮም ወይ ‘ባንቡላ ኣብይ’ ብዝብል እዮም ዝኽሰሱ“)።

[977] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጃምላዊ ቕትለታት፣ ኣገዳድካ ምድፋርን ዝምታን ብሓይልታት ትግራይ ኣብ ኣምሓራ* (09 ለካቲት 2014 ዓ.ም)።

[978] ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ *ኢትዮጵያ፡ ጃምላዊ ቕትለታት፣ ኣገዳድካ ምድፋርን ዝምታን ብሓይልታት ትግራይ ኣብ ኣምሓራ* (09 ለካቲት 2014 ዓ.ም)።

## VIII. ኣንፈታት ተሓታትነት

477. እቲ ኣብ ሞንጎ ህ.ወ.ሓ.ትን ፌደራል መንግስቲ ኢትዮጵያን ዝነበረ ዓለም ለኻዊ ዘይኮነ ጎንፂ ሕብረት ኣፍሪካ ብዝመረሖ ዘተ ሰላም ስዒቡ ብዕለት 23 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ኣብ ፕሪቶርያ ደቡብ ኣፍሪካ ብዝተፈረመ ተፃብኦታት ደው ናይ ምባል ስምምዕ እዩ ተወዲኡ።

478. ከም ኣካል እዚ ስምምዕ ኢትዮጵያ ኣብ ምርግጋፅ "ተሓታትነት፣ ሓቂ፣ ዕርቂ፣ ሕውየት ድሕሪ ጎንፂ ንዘላ ኢትዮጵያ" ዓሊሙ ሓፈሻዊ ሃገራዊ መሰጋገሪ ፍትሒ ፖሊሲ ክተተግብር ቃል ኣትያ እያ፤ እዚ ድማ ምስ ስርዓት ፖሊሲ መሰጋገሪ ፍትሒ ናይ ሕብረት ኣፍሪካ 2019 ዝሳነ እዩ።[979] "ንፖሊሲ መሰጋገሪ ፍትሒ ሕብረት ኣፍሪካ ዝመስል ሃገራዊ ፖሊሲ መሰጋገሪ ፍትሒ" ሓንሳብ እንተተተግቢሩ፣[980] እዚ ኸይዲ እዚ "ሙሉእን ዘይሻራውን ምርመራ ግፍዕታትን ዓለም ለኻዊ ገበናት ፈፂሞም ዝብሃሉ ኩሎም ኣካላት ንምኽሳስን ውሕስና ዝህብ እዩ።"[981] ዓበይቲ ሰባት ኣብ ኢትዮጵያ እቲ ዝሓለፈ ካብ ተሓታትነት ናፃ ምስዳድ፣ ንቑፃሊ ጥሕሰት ኣበርክቶ ኽገብር ይኽእል እዩ ዝብል ተረዲኦሞ ስለ ዝኾኑ፣ እዚ መፅብዓ እዚ ኣገዳስን ጠቓምን እዩ።[982] ነዚ መፅብዓ እዚ ንምትግባር እቲ ፌደራል መንግስቲ ድሮ እኳ ኮሚሽን ሃገራዊ ዘተን ኮሚሽን ሃገራዊ ተሃድሶን ኣጣይሹ እዩ።[983]

479. ይኹን እምበር ኢትዮጵያ ነቶም ዝኣተወቶም መፅብዓታት ተግባራዊ ብዝኾነ መንገዲ ከመይ ኣቢላ እያ ክተተግብሮም እትደሊ ወይ እውን እምበር ከ ክተተግብሮም ድያ ዝብል ዝረአ እዩ ዝኸውን።[984] ፖለቲካዊ ድሌት፣ እኹል ገንዘብ፣ ከምኡ እውን ዘይሻራውያን ደያኑ ኣገደስቲ እዮም፣ ብፍላይ ድማ እቶም ነቲ "ተፃብኦታት ጠጠው ናይ ምባል ስምምዕ" ዝፈረሙ "በቶም ገበናት ክኽሰሱ ስለ ዝኽእሉ።"[985] ብቐንዱ ግን ኢትዮጵያ ኣብ ሕሉፍ ግዜ መስርሓት መሰጋገሪ ፍትሒ ኣብ ምትግባር እንተይተዓወተት እያ ተረፉ።[986] እቲ ገበናዊ ሕጊ (1996 ዓ.ም) ምስ ፅንተትን ገበን ኲናትን ዝዛመዱ ገለ ዓንቀፃት ዝሓቖፈ እኳ እንተኾነ፣ ወሃብቲ ርእይቶ ዘዘኻኽርዎ ግን ንገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ንምኽሳስ ዘኽእል ተወሳኺ ሕጊ

---

[979] *ታደሰ ስሜ መተኪያ*፣ "<u>ስምምዕ ሰላም መሰጋገሪ ፍትሒ ንኢትዮጵያ ተመፃቢዑ</u>" (*ኢንስትትዩት ፎር ሰክዩሪቲ ስታዲስ*፣ 29 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)፤ ውብሸት ጥሩነህ፣ "<u>ተሓታትነት ንግፍዓውያን ገበናት፡ ኢትዮጵያ ኣብቲ ስምምዕ ዝኣተወቶ ቓል ኣተግቢራ ኸመይ ኣቢላ ተፃብኦታት ንሓዋሩ ጠጠው ተብል?</u>" (*ኦፒንዮ ጁሪስ*፣ 15 ግንቦት 2015 ዓ.ም)።

[980] *ታደሰ ስሜ መተኪያ*፣ "<u>ስምምዕ ሰላም መሰጋገሪ ፍትሒ ንኢትዮጵያ ተመፃቢዑ</u>" (*ኢ ንስትትዩት ፎር ሰክዩሪቲ ስታዲስ*፣ 29 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም።

[981] *ታደሰ ስሜ መተኪያ*፣ "<u>ስምምዕ ሰላም መሰጋገሪ ፍትሒ ንኢትዮጵያ ተመፃቢዑ</u>" (*ኢ ንስትትዩት ፎር ሰክዩሪቲ ስታዲስ*፣ 29 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም።

[982] ማክስ ቢራክ፣ "<u>ኲናት እንትውላዕ እንተሎ ንሳ ኣብ ናይ ኣብይ ኣሕመድ ካቢነ ነይራ፡ ሕጂ ግን ነቲ ታሪኽ ክትድሕድሖ እያ ትደሊ</u>" (*ዋሺንግቶን ፖስት*፣ 21 ታህሳስ 2014 ዓ.ም) (ቅድም ኢላ ናይ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ ካቢነ ሚኒስተር ዝነበረት ፊልሰን ኣብዲ ብምጥቃስ፡ "ነቶም ኣብ ትግራይ ዝተፈፀሙ ኣገዲድካ ምድፋራት ተሓታትነት እንተዝነብር፣ ብዙሓት ኣገዲድካ ምድፋራት ኣብ ኣምሓራን ዓፋርን መጋጠሙ ኢልኩም ትሓስቡ ዶ? ኣይፋሉን። [...] ፍትሒ እቲ ዑደት ጠጠው ንኽብል ይሕግዝ እዩ። እንተኾነ ግን ክልቲኦም ኣካላት ካብኡ ዝሃድሙ መሲሉ እዩ ተሰሚዕዎም")።

[983] ውብሸት ጥሩነህ፣ "<u>ተሓታትነት ንግፍዓውያን ገበናት፡ ኢትዮጵያ ኣብቲ ስምምዕ ዝኣተወቶ ቓል ኣተግቢራ ኸመይ ኣቢላ ተፃብኦታት ንሓዋሩ ጠጠው ተብል?</u>" (*ኦፒንዮ ጁሪስ*፣ 15 ግንቦት 2015 ዓ.ም)።

[984] *ተወከስ ብተወሳኺ* ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፅብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፃት 82-87 (እዚ ዝሕብር ድኽመታት ናይቲ ፌደራል መንግስቲ 'መማረፅታት ንመሰጋገሪ ፍትሒ' ፖሊሲ ሰነድ፤ እቲ መንግስቲ ብዓለም ለኻዊ መዐቀንታት ዘይተማእዘዘ ምዃኑን፣ ናይቶም ፖሊሲ ድኽመታት ዘይምእራሙን ዘጋጠመ ውድቀት፣ ንዓለም ለኻውን ክፍለ ዓለማውን መዐቀንታት ዝፃብኡ ይቕሬታን ምሕረትን ንዓለም ለኻዊ ገበናት ምህላው፣ እቶም ቀንዲ ዝብሃሉ ትካላት ኢትዮጵያ ውፅኢታውነት ዝጎድሎም ምዃኑ፣ ኣብ ሕጊ ሮም ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ዓለም ለኻዊ ገበናት ተባሂሎም ዝተገልፁ ገበን ዘይምግባር፣ ወታደራት ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ ተሓተትቲ ዝኾኑሉ መስርሕ ዘይምህላው)፤ ዓንቀፃት 88-90 (ዓበይቲ ፀገማት ዘፈር ፍትሒ ኣጉሊህኻ ምርኣይ)፤ ዓንቀፃት 91-93 (ፌደራል መንግስቲ ኢትዮጵያ "ሓውሲ ምእዙዝነት" ዝዓይነቱ ቕዲ ከም ዝኽተል ደምዲሙ)።

[985] ጁልያ ክረውፎርድ፣ "<u>ኢትዮጵያ መሰጋገሪ ፍትሒ ደጊማ ተመፃቢዓ</u>" (*ጀስቲስ ኢንፎ*፣ 23 ለካቲት 2015 ዓ.ም)።

[986] ጁልያ ክረውፎርድ፣ "<u>ኢትዮጵያ መሰጋገሪ ፍትሒ ደጊማ ተመፃቢዓ</u>" (ጀስቲስ ኢንፎ፣ 23 ለካቲት 2015 ዓ.ም)። *ብተወሳኺ ተወከስ* መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝሰርሖ ጉጅለ መዚዛ፣ <u>ፖሊሲ መማረፅታት ንመሰጋገሪ ፍትሒ፡ ንድፌ ንምምኽኻር ምስ ቀንዲ ኣካላት</u> (ጥሪ 2015 ዓ.ም)፣ ገፅ 3 (እዚ ዝሕብሮ ሕሉፍ ፈተነታት ኢትዮጵያ ንመሰጋገሪ ፍትሒ ሙሉእ ዝኾነ ስርዓት መሰጋገሪ ፍትሒ ጎዲልዎ እዩ፤ እዚ ማለት እቶም ፃዕርታታ "ዘይውፅኢታውያን፣ ዘይተውሃሃዱን ብዓብይኡ ዝተሸራረፉን እዮም ነይሮም")።

ከድሊ ይኽእል እዩ።[987] ናይ ውሽጢ ሃገር መንገድታት ተሓታትነት እምበር ከ ውፅኢታዊ ተሓታትነት ከረጋግፁ ድዮም ዝብል መጠርጠሪ ምኽንያት ኣሎ እዩ።[988]

480. ብርግፅ ኢትዮጵያ ኣገዲዶም ዝደፈሩ ሰለስተ ወታሃደራት ከሲሳ ናብ ቤት ፍርዲ ኣቕሪባ እያ ዝብል፣ ካልኦት 25 ድማ ኣብቲ እዋን ንሱ ብኣገዲድካ ምድፋርን ፆታዊ መጥቃዕትን ተኸሲሶም እዮም ዝብል፣[989] ከምኡ እውን ካልኦት 28 ጥርጡራት ኣብ ሰሜን ትግራይ ኣብ ግንቦት 2013 ዓ.ም ሰላማውያን ቀቲሎም ዝብል ክሲ ከም ዝገጠሞም ዝብል ተፀብዒቡ እዩ።[990] ነዚ ስዒቡ ተሓታታይ ንምግባር ኣብ ዝተገበሩ በዝሒ ፃዕርታት መሰረታዊ ወሰኽ ብዛዕባ ምህላዉ መርትዖ የለን።[991] ደረጃ ናይቶም ተፈፂሞም ዝተባህሉ ገበናት ኣብ ግምት ኣእቲኻ "ኣብ ኩነታት እቲ ውግእ ንዝተፈፀሙ ግፍዓዊ ገበናት ትርጉም ዘለዎ ስጉምቲ ምርመራን ክስን ኣይተወሰደን" ኢልካ ምድምዳም ሚዛናዊ እዩ።[992]

481. ብኣንፃሩ እኳ ደኣ ኢትዮጵያ ነቶም ኣብ እዋን እቲ ጎንፂ ተፈፂሞም ዝብሃሉ ገበናት ሓቃዊ መሰረት ከም ዘይብሎም እያ ጥርጣሬኣ ገሊፃ። ንኣብነት እቲ ጎሊሁ ዝረአ ኣብቲ ጎንፂ ዘለዉ ኹሎም ኣካላት ገበናት ኩናት ፈፂሞም እዮም ንዝብል ስምዕታ ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ "ልዕሊ መጠን ፖለቲካዊ ዝተገብረ" ክትብል ምንፃጋ፣[993] ምስ ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ኣይተሓባበርን ምባላ፣ ሓቂ ንምድላይ ኣብ ዝግበሩ ምፅራያት በሪ ምኽልካላ፣ ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ከመይ ክሰርሕ ኣለዎ ዝብል እውን (ብሰብ ሞያ እቲ ኮሚሽን "ዘይቅቡል" ዝተባህለ) ቅድመ ኹነት ክትቐመጥ ምፍታና ነዚ ዘረጋግፅ እዩ።[994] ደሓር ድማ ኢትዮጵያ "ነቲ ናይቲ ኮሚሽን ፀብፃብ 'ዘቕጥዕን' 'ናብ ሓደ ወገን ዝዘዘወን' ኢላ ኣናሽያቶ እያ።"[995]

482. እቲ ኽሳብ ሎሚ ብጣዕሚ ዘሻቕል፣ ኢትዮጵያ ብቐፃልነት እያ ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ጅምር ከብል እንተሎ ኣትሒዛ ገንዘባዊ ሓገዝ ከይረክብ ዝፀዓረት፤ ኣብ መወዳእትኡ ድማ በዚ ዕላማ ተዓዊታ እያ።[996]

483. ሓንቲ ኣብ ምርመራ ዘላ ዓዲ ዕላዊ፣ ዓለም ለኻዊ ንዝኾነ መርማሪ ኮሚሽን ንኽብተን ምዕዋታ ሕማቕ መርኣያ እዩ። ስለዚ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2015 ዓ.ም ቶም ኣብ ጎንፂ ትግራይ ዝተፈፀሙ ግፍዕታት ተሓታትነት ክህሉ ካብተን ዓበይቲ ሃገራት ኣውሮፓ (ፈረንሳይን ጀርመንን) ርኡይ መፀዋእታ እንተነበረ

---

[987] ታደሰ ስሜ መተኪያ፣ "ስምምዕ ሰላም መሰጋገሪ ፍትሒ ንኢትዮጵያ ተመፃቢዑ" (*ኢንስትትዩት ፎር ሰክዩሪቲ ስታዲስ*፣ 29 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም) (ኢትዮጵያ "ንስቅያትን ኣገዲድካ ምስዋርን ነንበይኖም ገበናት ምኺኖም ከምኡ እውን ኣዘዝቲ ተሓተትቲ ዝኾኑሉ ሕግታት ክተውፅእ ኣለዋ")።

[988] ውብሸት ጥሩነህ፣ "ተሓታትነት ንግፍዓውያን ገበናት፡ ኢትዮጵያ ኣብቲ ስምምዕ ዝኣተወቶ ቓል ኣተግቢራ ኸመይ ኣቢላ ተፃብኦታት ንሓዋሩ ጠጠው ተብል?" (*ኦፒንዮ ጁሪስ*፣ 15 ግንቦት 2015 ዓ.ም)።

[989] ኣልጀዚራ፣ "ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ገበን ንዝፈፀሙ ፈሪዳ" (*ኣልጀዚራ*፣ 13 ግንቦት 2013 ዓ.ም)። ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 52 (ብቑፅሪ 10,000 ውፃእ መዓት ፆታዊ መጥቃዕቲ ምህላወንን ኣብቲ እዋን ጎንፂ ዝተፈፀሙ ፆታዊ መጥቃዕትታት "ናብ ወታሃደራዊ ቤት ፍርዲ ኢትዮጵያ ዝቐረቡ ድማ 13 ጥራሕ ዝተወድኡ 16 ድማ ኣብ ከይዲ ዘለዉ ምኺኖም" ዝተነፃፀረሉ እዩ፤ "እዚ ድማ ነተን ውፃእ መዓት ትርጉም ዘለዎ ፍትሒ ዘይህብ፣ ብፍላይ ንኽምዚኦም ተግባራት ምስቲ ታሪኻውን ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ኢትዮጵያ ኣጋጢሙ ዝነበረ ካብ ተሓታትነት ናፃ ምስዳድ ኣረኣኢኻ ክሕሰብ እንተሎ")።

[990] ኣልጀዚራ፣ "ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ገበን ንዝፈፀሙ ፈሪዳ" (*ኣልጀዚራ*፣ 13 ግንቦት 2013 ዓ.ም)::

[991] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ "ሕቶን መልስን፡ ፍትሒ ኣብ ኢትዮጵያ ንዝተፈፀሙ ኸበድቲ ገበናት" (*ሂዩማን ራይትስ ዎች*፣ 29 ነሓሰ 2015 ዓ.ም) ("እቲ መንግስቲ ነቶም ግፍዓውያን ገበናት ብተኣማንነት ኣብ ምምርማርን ኣብ ምኽሳስን ብዓብይኡ ወዲቑ እዩ") ኣብ ዝብል እንትገልፅ።

[992] ውብሸት ጥሩነህ፣ "ተሓታትነት ንግፍዓውያን ገበናት፡ ኢትዮጵያ ኣብቲ ስምምዕ ዝኣተወቶ ቓል ኣተግቢራ ኸመይ ኣቢላ ተፃብኦታት ንሓዋሩ ጠጠው ተብል?" (*ኦፒንዮ ጁሪስ*፣ 15 ግንቦት 2015 ዓ.ም)።

[993] ካትሪን ሆሬልድ፣ ሜግ ኬሊ፣ ከምኡ እውን ስቲፋኒ ሊ፣ "ዋላ እኳ ዘተ ስምምዕ እንተተበፅሐ ኣብ ኢትዮጵያ ብኣማኢት ይጭፍጨፉ ኣለዉ" (*ዋሺንግተን ፖስት*፣ 21 ለካቲት 2015 ዓ.ም)።

[994] ጁልያ ክረውፎርድ፣ "ኣበር ዘለዎ መሰጋገሪ ፍትሒ ኣብ ኢትዮጵያ" (*ጀስቲስ ኢንፎ*፣ 08 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)።

[995] ጁልያ ክረውፎርድ፣ "ኣበር ዘለዎ መሰጋገሪ ፍትሒ ኣብ ኢትዮጵያ" (*ጀስቲስ ኢንፎ*፣ 08 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም)።

[996] ኤ.ኤስ.፣ "ሰብ ሙያታት መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ገንዘባዊ ሓገዝ ከይረኽቡ ኢትዮጵያ ንኻልኣይ ግዜ ዝፈተነቶ ተሳዒራ" (*ኣዲስ ስታንዳርድ*፣ 19 ታህሳስ 2015 ዓ.ም)።

እኳ፤[997] ኣብ ወርሒ መጋቢት 2015 ዓ.ም “ኣሜሪካን ኣባል ሃገራት ሕብረት ኣውሮፓን ሓላፍነት ናይ ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ግዚኡ እንተይኣኸለ ክቋረፅ ብኢትዮጵያ ይግበር ንዝነበረ ምፍርራሓት ኢደን ሂበን እየን፤ በዚ እውን ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ መፃኢ መስከረም ዝገብሮ ፀብፃብ ከም 'ናይ መወዳእታ' ተባሂሉ ክጥቀስ ተሰማሚዐን እየን።”[998] እዚ ድሕሪ እቲ ውግእ ብስሩዕ ጠጠው ምባሉ ትሕቲ መንፍቕ ኣብ ዘሎ ግዜን ከምኡ እውን መጥቃዕትን ገበንን ይቕፅሉ ኣለዉ ኣብ ዝብሃልሉ ግዜን እዩ።[999]

484. ኣብ ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም ካልኣይ ፀብፃብ ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ተዘርግሐ ቁሩብ ፅንሕ ኢሉ፣ ሕብረት ኣውሮፓን ካልኦት ኣገደስቲ ሃገራትን “ሓላፍነት ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ዘሐድስ ወይ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትጵያ ዘቐፅል ዓለም ለኻዊ ክትትል፣ ኣብ ኣኼባ ቤት ምኽሪ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ሰብኣዊ መሰላት፣ ረቂቕ ውሳነ ከተኣታትዋ ኣይከኣላን።”[1000] ዋላ እኳ ረቂቕ ውሳነ ብሕብረት ኣወሮፓ ተዘርጊሑ እንተነበረ እቲ ውጥን ግን ኣይቀፀለን፤ ኣባል ሃገራት ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ከም ፈረንሳይ ወይ ጀርመን ዝበላ ንዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ንምሕዳስ ዲፕሎማስያዊ ፃዕሪ ኣብ ምግባር ፈሺለን እየን፤ እዚ ድማ ከምቲ ጉጅለ ሃገራት ኣፍሪካን ኣሜሪካን ዝገበርኦ እዩ።[1001]

485. ኣብ መወዳእታ እቲ ተፃብኦታት ጠጠው ናይ ምባል ስምምዕ “መንግስቲ ኢትዮጵያ ክምርምር ኣለዎ” ዝብል እኳ እንተኾነ፣ እቲ ተመራፂ ግን ዘይሻራዊ ምርመራ እዩ፤ ምኽንያቱ እቲ መንግስቲ ንባዕሉ እውን ኣካል እቲ ውግእ ስለ ዝኾነን ኣብ ሙሉእ እቲ ውግእ ብዙሓት ገበናት ፈፂሙ እዩ ተባሂሉ ስለ ዝኸሰስን እዩ።

486. ብመንፅር እዚ ከምኡ እውን ኣብቲ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦታት “መንግስቲ ኢትዮጵያ ክምርምር ኣለዎ” ዝብል ዓንቀፅ ዋላ ይሃሉ፣ ዘይሻራዊ ዓለም ለኻዊ ምፅራይ ኣድላዪ ጥራሕ ዘይኮነስ ተመራፂ እዩ ዝኸውን። ብርግፅ ኣብ 6,689 ብሃንደበት ዝተመርፁ ኢትዮጵያውያን ዝተገብረ መፅናዕቲ ዘረጋግፆ 2% ተጋሩ ጥራሕ እዮም ካብ ዝተዘነቑ ወይ ዓለም ለኻዊ መማረፅታት ንላዕሊ ናይ ውሽጢ ዓዲ ፍርዳዊ መስርሕ ዝመረፁ፣ 60% ተጋሩ ድማ ብሕቡራት መንግስታት ዝጣየሽ ፍሉይ መጋባእያ ከምኡ እውን ባህላዊ ዘቤታዊ ኣገባባት (ከም ልምዳዊ ኣብያተ ፍርዲ) ኣብ ንብረት ንዝተፈፀሙ ገበናት ጥራሕ ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ከም ዘለዎም እምበር ምስ ፆታዊ መጥቃዕትን ጃምላዊ ቕትለትን ዝተሓሓዙ ገበናት ግን ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ከም ዘይግባእ ዝመርፁ እዮም።[1002] ይኹን እምበር ኢትዮጵያውያን ብሓፈሻ እንተተወሲዶም 29% ጥራሕ ናይ ማሕበረሰብ ዓለም ኢድ ኣታውነት ክርእዩ ዝደልዩ እዮም።[1003]

487. ካልኦት ንፍሉይ ኣገባባት ጠሊቦም እዮም “ንዘይሻራውነት እኹል ውሕስና ክወሃብን ከምኡ እውን ንኸበድቲ ገበናት ብመሰረት ዓለም ለኻዊ መዐቀንታት ስልጣን ምምርማርን ምኽሳስን ክህሉ” ዝብል

---

[997] ኤ.ፒ.፣ “<u>ፈረንሳይ፣ ጀርመን ድሕሪ ኹናት ተሓታትነት ክህሉ ተማሕፂነን</u>” *(ኤ. ፒ. ኒውስ*፣ 04 ጥሪ 2015 ዓ.ም)።

[998] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *<u>ፀብፃብ ዓለም 2024 (ግሪጎርያዊ ኣቆፃፅራ)፡ ኢትዮጵያ፣ ናይ 2023 (ግሪጎርያዊ ኣቆፃፅራ) ፍፃመታት</u>*።

[999] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *<u>ኢትዮጵያ፡ ግዝያዊ ስምምዕ ምቁራፅ ውግእ ኣብ ትግራይ ኣብ ዘለሉ ግዜ ምፅራይ ዘርኢ ቀፂሉ</u>* (24 ግንቦት 2015 ዓ.ም)

[1000] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ *<u>ፀብፃብ ዓለም 2024 (ግሪጎርያዊ ኣቆፃፅራ)፡ ኢትዮጵያ፣ ናይ 2023 (ግሪጎርያዊ ኣቆፃፅራ) ፍፃመታት</u>*።

[1001] ሂዩማን ራይትስ ዎች፣ “<u>ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ሕብረት ኣውሮፓ ኣብ ግዳያት ኢትዮጵያ ፈሺሉ</u>” (23 መስከረም 2016 ዓ.ም)።

[1002] ፓትሪክ ቪንክ፣ ታደስ ስሜ መተኪያ፣ ጂኦፍ ዳንሲ፣ ካትሪን ሲኪንክ፣ ከምኡ እውን ፎንግ ኤን.ፋም፣ “<u>ፍትሒ ንኢትዮጵያ ሰላም የምፅኣላ ዶ</u>?“ (*ፎረይን ኣፈይርስ*፣ 05 ሕዳር 2016 ዓ.ም)።

[1003] ፓትሪክ ቪንክ፣ ታደስ ስሜ መተኪያ፣ ጂኦፍ ዳንሲ፣ ካትሪን ሲኪንክ፣ ከምኡ እውን ፎንግ ኤን.ፋም፣ “<u>ፍትሒ ንኢትዮጵያ ሰላም የምፅኣላ ዶ</u>?” (*ፎረይን ኣፈይርስ*፣ 05 ሕዳር 2016 ዓ.ም)።

እዩ።[1004] ከምዚ ዓይነት ኣገባብ ኣብ ዝኾነ ዓይነት ከይድን ከምኡ እውን ፆታ መሰረት ንዝገበረ ገበንን እኹል ኣቓልቦ ብምሃብ ንኣንስትን ኣዋልድን፣ ከምኡ እውን ካልኦት ንሓደጋ ዝተቓልዑ ጉጅለታት ክሓውስ ኣለዎ።[1005] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሙያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ብተመሳሳሊ ከም ዝመዝገቦ፦

> "ብዛዕባ ተሓታትነትን ሕውየትን በቲ ኮሚሽን ዝተሓተቱ መብዛሕትኦም ኢትዮጵያውያን፣ ትካላት መንግስቲ ኢትዮጵያ ተኣማኒ ኸይዲ መሰጋገሪ ፍትሒ ከካይዱ እዮም ዝብል ፍፁም እምነት ከም ዘይብሎም ገሊፆም እዮም። እቲ ኮሚሽን ባዕሉ ዝገምገሞ እውን ክሳብ ሎሚ ዘለዉ ናይቲ መንግስቲ ስጉምትታት ነዚ ዘይምትእምማን ዘረጋግፁ እዮም። ናይቲ መንግስቲ ከይዲ ምምኽኻር መዐቀንታት ሕብረት ኣፍሪካን ዓለም ለኸን ዘየማልኡ እዮም። ድምፂ ግዳያት ክንዲ ዘቃልሕ፣ እሱር ናይቲ ብዓይነ-ዕሙተይ ዝተቐመጠ ስራሕ መዛዘሚ ዝተባህለ ግዜ እዩ። ብዛዕባ ዝሓለፉ ጥሕሰታት ዘሎ መርኣያ፣ ኣብ ክንዲ ተሓታትነት ካብ ተሓታትነት ናፃ ምስዳድ እዩ።"[1006]

488. ኩሉም እዘም ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ንኽልቲኦም ናይ ሃገር ተሓታትነትን ናይ ውልቀ ገበናዊ ተሓታትነትን ዘሎ ተኽእሎ ዕላማ ጌርካ ንምውሳን፣ እዚ ቐፂሉ ዘሎ ዓንቀፅ ብመሰረት ዓለም ለኻዊ ሕግታት ክህልዉ ዝኽእሉ መንገድታት ዘነፀር እዩ። ብመሰረት ቻርተር ኣፍሪካ ሰብኣውን ህዝባውን መሰላት ከም ተበግሶ ግዝያዊ ስጉምትታ ዝኣመሰሉ ምድላይ ካልኦት ሓደሽቲ ብልሓታት እውን ይከኣሉ እዮም።[1007]

### ሀ. ተሓታትነት ሃገርን ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሕን

489. ፅንተት ንምክልኻልን ንምቕፃዕን ስምምዕ ፅንተት ክልተ ቐንዲ መንገድታት እዩ ኣቐዲሙ ኣቕሚጡ፦ ንሳቶም እውን ብመንገድታት ስርዓት ገበናዊ ፍትሕን ኣብ ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብዝተቐመጡ መንገድታትን ብውሳነ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ብዘጋጥሙ ጎንፅታትን እዮም።

490. ስለዚ ኣብቲ ናይ መጀመርታ ዝምልከት ከምኡ እውን ምስቲ ዓንቀፅ 1 - ዓንቀፅ 5 ዘሎ ሓፈሻዊ ግዴታ ብዝሰነ መልክዑ፣ እቶም ተወዓዓልቲ ኣካላት ኣብ ግዝኣቶም ንዘለዉ ኣንፃር እቲ ስምምዕ ተግባር ንዝፈፀሙ ውልቀሰባት ዝቕፅዑ ኣድላዪ ዘበለ ሕጊ ኸውፅኡ ዝጠልብ እዩ። ብፍላይ ድማ ዓንቀፅ 3 ዘቐምጦ እቶም ተወዓዓልቲ ኣካላት ንፅንተት ጥራሕ ዘይኮኑ ክቐፅዑስ ብተወሳኺ እውን "ፅንተት ንምፍፃም ዝግበር ውዲት፤" "ፅንተት ንኽፍፀም ቀጥታውን ህዝባውን ምልዕዓል ምግባር፤" "ፅንተት ንምፍፃም ዝግበር ፈተነ፣" ከምኡ እውን "ኣብ ፅንተት ምትሕብባር" እዮም። ብሰመረት ዓንቀፅ 6 ብኸምዚኦም ተግባራት ዝተኸሰሱ ኩሉም ሰባት "ጉዳዮም ኣብቲ ተግባር ዝተፈፀመሉ ሃገር ብብቑዕ ፈራዲ ኣካል ክረአ ኣለዎ ወይ ድማ እቶም ተወዓዓልቲ ኣካላት ስልጣኑ ዝተቐበልዎ እንተኾይኑ ስልጣን

---

[1004] ውብሸት ጥሩነህ፣ "ተሓታትነት ንግፍዓውያን ገበናት፡ ኢትዮጵያ ኣብቲ ስምምዕ ዝኣተወቶ ቓል ኣተግቢራ ኸመይ ኣቢላ ተፃብኦታት ንሓዋሩ ጠጠው ተብል?" (*ኦፒንዮ ጁሪስ*፣ 15 ግንቦት 2015 ዓ.ም)።

[1005] ታደሰ ስሜ መተኪያ፣ "ስምምዕ ሰላም መሰጋገሪ ፍትሒ ንኢትዮጵያ ተመፃቢሁ" (*ኢ ንስትትዩት ፎር ሰክዩሪቲ ስታዲስ*፣ 29 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም።

[1006] ዓለም ለኸ ኮሚሽን ሰብ ሞያ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ "ፀብፃብ ሰብ ሙያ ዓለም-ለኸ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ" (3 መስከረም 2016 ዓ.ም)፣ ኤ./ኤች.ኣር.ሲ./54/55፣ ዓንቀፅ 3።

[1007] ንኣብነት *ተወከስ*፣ ሌጋል ኣክሽን ወርልድ ዋይድ፣ "ግዳያት ተጋሩ ኣንፃር ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበረ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰል ብዝተወሰዱ ግዝያዊ ስጉምትታት እፎይታ ረኺቦም" (08 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም)።

ብዘለዎ ዓለም ለኻዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ገበን ክረአ ኣለዎ"። ኣብ ዓንቀፅ 4 ብዝተገልፀ መሰረት እቲ ሰብ ብመንግስታዊ ስልጣኑ ድዩ ዝገብሮ ዘሎስ ወይስ ኣይኮነን ዝብል ኣገዳሲ ኣይኮነን።[1008]

491. ነዚ ስዒቡ ዝመፅእ ድማ፣ ፅንተት ኣብ ግዝኣታ ተፈፂሙ እንተ ደኣ ኾይኑ ወይ ድማ ብመሰረት ዓንቀፅ 3 ምስ ፅንተት ዝዛመዱ ተግባራት ተፈፂሞም እንተ ደኣ ኾይኖም፣ ኢትዮጵያ ነዚ ኸምዚ ዓይነት ተግባር ክትምርምርን ክትቀፅዕን ብመሰረት ዓለም ለኸ ሕጊ ቀንዲ ሓላፍነት እያ ትሽከም።

492. ብተወሳኺ ኣብቲ ኻልኣይ ኣመልኪቱ፣ ዓንቀፅ 3 ዝብሎ ዝኾነ ተወዓዓሊ ኣካል "ተግባራት ፅንተት ወይ ኣብ ዓንቀፅ 3 ዝተዘርዘሩ ካልኦት ተግባራት ንምክልኻልን ንምዕጋትን ይግባእ እዩ ኢሎም ብዝሓሰብዎ መጠን ብመሰረት ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንብቑዓት ኣካላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ስጉምቲ ኽወስዱ ክፅውዑ ይኽእሉ እዮም።" ዓንቀፅ 11 ዘቐምጦ እውን ኣብ ሞንጎ ተወዓዓልቲ ወገናት ክህሉ ዝኽእል ዘይምስምማዕ "ምስ ኣተረጓጉማ፣ ተፈፃምነት፣ ምልኣት ናይቲ ስምምዕ ዝዛመዱ፣ ምስ ሓንቲ ሃገር ንፅንተት ወይ ኣብ ዓንቀፅ 3 ካብ ዝተዘርዘሩ ዝኾኑ ዓይነት ተግባራት ዘለዋ ሓላፍነት ዝዛመዱ ዝሓቖፈ ብሓታትነት ገሊኦም ተኸራኸርቲ ኣካላት ናብ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ክቐርብ ኣለዎ።"[1009] ኣብ ካልእ ኹነታት ከምዚኣቶም ዓይነት ክርክራት ናብ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ እዮም ይቐርቡ ነይሮም፤ ንኣብነት ከም ክትዓት ቦሲንያ ኣንፃር ሰርብያ፣ ክሮሽያ ኣንፃር ሰርብያ፣ ጋምብያ ኣንፃር ምያንማር (ክሳዕ ሎሚ ኣብ ከይዲ ፍርዲ ዘሎ)፣ ከምኡ እውን ደቡብ ኣፍሪካ ኣንፃር እስራኤል (ኣብዚ ሎሚ እዋን ኣብ መባእታዊ ደረጃ ስጉምትታት ዘሎ) ዝበሉ እዮም።

493. ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ኣብ ዓንቀፅ 11 ኣመልኪቶም ኣብ ዝለዓሉ ክርክራት ኣብ ዝሃቦ ብይን ዘትኮረሉ እቲ ቤት ፍርዲ "ምስ ፅንተት ዘይቑፀሩ ብፍላይ ድማ ምስ ምክልኻል ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ዕጥቃዊ ጎንፂ ዝተሓሓዙ ካልኦት ጥሕሰት ግዴታታት ዓለም ለኸ ሕጊ ዝብሃሉ ናይ ምውሳን ስልጣን የብሉን፤" እዚ ዋላ እውን እቶም ዝብሃሉ ዘለዉ ጥሕሰታት ብመሰረት ኣገደድቲ ልምድታት ግቡኣት እንተኾኑ ወይ ንኣገደስቲ ሰብኣውነታዊ ኽብርታት ዝከላኸሉን ከምኡ እውን ንኹሎም ወገናት ተፈፃምነት ዘለዎም ዋላ እንተኾኑን እዩ::[1010] ከምኡ እውን ብመሰረት ዓንቀፅ 11 ስልጣን ናይዚ ቤት ፍርዲ ኣብ ፅንተት ኣመልኪቱ ዘለዉ ልምዳዊ ዓም ለኻዊ ሕግታት ተገይሮም ንዝብሃሉ ጥሕሰታት ዝሽፍን ኣይኮነን፤ እዚ ድማ ክንዲ ዝኾነ ይኹን ምስቲ ስምምዕ ሓቢሩ ዘይኸይድ ዋላ እንተኾነ እውን እዩ።[1011] ይኹን እምበር ኣብቲ ስምምዕ ዘሎ ግዴታ ተጣሒሱ ዶ ኣይተጣሕሰን፣ እንተተጣሒሱ ኸ ክህልዉ ዝኽእሉ ሕጋዊ

---

[1008] *ተወከስ ከምኡ ´እውን* ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፅ 144። *ተወከስ ተወሰኽቲ* ዓንቀፃት 419-420 ("'ምትሕብባር' ብመንፅር ዓንቀፅ 3፣ *ፓራግራፍ* (ረ) ናይቲ ስምምዕ ነቲ ገበን ንምፍፃም ዘኽእሉ መሳርሕታት ምቕባል ወይ ምስላጥ ዝሓቁፍ ምኺኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን፤ [...] ዋላ እኳ ምትሕብባር ዓርሱ ኽኢሉ ኣብዚ እዋናዊ ኣፀዋውዓ ሕጊ ዓለም ለኻዊ ተሓታትነት ከም ክልስ ሓሳብ ኣይሃሉ፣ ምስቶም ተሓታትነት ሃገር ዘጣይሹ እንዳባኣዊ ሕግታት ኣብ ዝርከብሉ ጉጅለ ተመሳሳሊ እዩ፣ ንሱ እውን ሓደ በደላዊ ተግባር ብኻልእ ሃገር ክፍፀም ብሓንቲ ሃገር ብምቕራብ 'ምሕጋዝ ወይ ምድጋፍ' እዩ")፣ 421 (ንዕላማ ስምምዕ ፅንተት ክብሃል፣ ምትሕብባር ክብሃል እንተሎ እቲ ዝምልከቶ ሰብ (እቶም ዝምልከቶም ሰባት) ንዘርኢ ፅንተት ዘድሊ ሓበራዊ ፍሉይ ሓሳብ ምህላው ይጠልብ ድዩ ኣይጠልብን ዝብል ሕቶ ክፉት እዩ ገዲፍዎ)።

[1009] *ተወከስ ከምኡ ´እውን* ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፃት 43፣ 145-146።

[1010] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43 ዓንቀፅ 147፤ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (ክሮሽያ *ምስ ሰርብያ*)፣ ፍርዲ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 85።

[1011] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (ክሮሽያ *ምስ ሰርብያ*)፣ ፍርዲ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 87-89።

ሰዕቤናት ንምውሳን፣ ነቲ ስምምዕ ጥራሕ ዘይኮነስ ንኣተረጓጉማ ውዕላትን ሓላፍነት ሃገርን፣[1012] ከምኡ እውን ዓለም ለኸ ሕጊ ሰብኣውነት ወይ ዓለም ለኻዊ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት[1013] እውን ሓዊሱ ካልኦት ኣገደስቲ ሕግታት ሓፈሻዊ ዓለም ለኻዊ ሕጊ እውን ክምርኮስ ይኽእል እዩ።

## 1. ፅንተት ዓርሱ ኽኢሉ ዘስዕቦ ተሓታትነት

494. ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ዘረጋገፆ ዓንቀፅ 1 ኣብተን ንስምምዕ ፅንተት ተወዓዓልቲ ዝኾና ኣካላት "ፅንተት ንምክልኻል ቀጥታዊ ግዴታ"[1014] ከም ኣብነት ኣድላዪ ዝኾነ "ብቐጥታ ኣብ ትሕቲ ምቁፅፃሮም ንዘይኮኑ ሰባት ወይ ጉጅለታት" ፅንተት ከይፍፀሙ ጥራሕ ዘይኮነ ዘሸክመንስ "ነተን ሃገራት ንባዕለን እውን ፅንተት ከይፍፅማ ይኽልክለን እዩ።"[1015]

495. እቲ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ሓንቲ ሃገር ብፅንተት ተሓታቲት እያ ዝብል ክግንዘብ እንተኾይኑ ወይ ኣብ ዓንቀፅ 3(ለ) ወይ (ረ) እቲ ስምምዕ ዝተቐመጡ ካልኦት ኣገደስቲ ተግባራት ክግንዘብ እንተኾይኑ "ፅንተት በቲ ኣብቲ ስምምዕ ብዝተውሃቦ ትርጉም መሰረት ከም ዝተፈፀመ ክረጋገፅ ኣለዎ።"[1016]

496. ብዝለዓለ ደረጃ ምርግጋፅ ብዝብል ብዝተቐበሎ መሰረት፣ *ብተግባር* ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ተግባራት ፅንተት ምፍፃሞም ንምርግጋፅ ዝኽተሎ መንገዲ ምስቶም ዓለም ለኸ ኣብያተ ፍርዲ ገበን ወይ ፍሉያት ኣብያተ ፍርዲ ገበናዊ ኽስታት ንምውሳን ዝኽተልዎም መንገድታት ትሕት ኢሎም ከም ዝተገልፁ ብገፊሑ ተመሳሰልቲ እዮም።[1017] ብርግፅ ክፍለጥ ዝግብኦ ክሳብ ሎሚ (ብትኹረት እውን ክርእ ዘለዎ) ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ፍሉይ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ገበን ተግባር ፅንተት ተፈፂሙ እዩ ኢሉ ኣብ ዘይወሰነሉ ኹነታት ተግባር ፅንተት ተፈፂሙ እዩ ኢሉ ዝወሰነሉ ኩነታት ፍፁም የለን።[1018] እቶም ኣገደስቲ ተግባራት ምስቲ ዝድለ ፍሉይ ሓሳብ ርክብ ኣለዎም ዶ የብሎምን ዝብል ሕቶ መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ቐንዲ ምኺኑ እዩ ዘርእይ። በዚ መሰረት ድማ ሓንቲ ሃገር ባዕላዊ ዝኾነ ኣእምሮኣዊ ኹነት ክተርእይ ዘይትኽእል ምኺና ሓቂ ኾይኑ፤[1019] ኩነተ-ኣእምሮ ናይቶም ቀንዲ ፈፀምቲ ግን መብዛሕትኡ ግዜ ብጣዕሚ ኣድላዪ እዩ፤ እዚ ድማ ብወድዓዊ መርኣይታት ከም ኣካይዳ ጠባይ፣ መግለፅታት፣ መንግስታዊ ፖሊሲታትን ካልኦት ዝኣመሰሉ ሓዊሱ ዝግምገም እዩ።

---

[1012] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዘጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43 ዓንቀፅ 149።

[1013] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (ክሮሽያ *ምስ ሰርብያ*)፣ ፍርዲ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 85፣ 183።

[1014] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዘጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43 ዓንቀፅ 165።

[1015] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዘጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43 ዓንቀፃት 166-167።

[1016] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዘጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43 ዓንቀፅ 180፤ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (ክሮሽያ *ምስ ሰርብያ*)፣ ፍርዲ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፅ 128።

[1017] ብፍሉይ ንኣብነት እቲ ቤት ፍርዲ "ሚዛናዊ መደምደምታ ጥራሕ" ዝብል ምስ ፍሉይ ሓሳብ ንፅንተት ተተሓሒዙ ንምውሳን ከም መዐቀኒ ተቐቢልዎ እዩ፤ *ተወከስ* ንኣብነት ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (ክሮሽያ *ምስ ሰርብያ*)፣ ፍርዲ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 148፣ 417፣ 440። እዚ ምስቲ ገበናዊ ጉዳያት ንምውሳን ከም መርኣያ መዐቀኒ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ገበናውነት "ልዕሊ ምኽንያታዊ ጥርጣረ" ክረጋገፅ ኣለዎ ዝብል ማዕረ እዩ።

[1018] እዚ ሕቶ ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ኣብ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ *ኣብ ተፈፃምነት እቲ ስምምዕ ኣብ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ኣመልኪቱ ዝተለዓለ ጉዳይ* (*ጋምብያ* ምስ ምያንማር) ዝርአ ዘሎ ኾይኑ፣ እዚ ዝኸውን ግን እቲ ኣብ ግዝኣት ምያንማር ተፈፂሙ ዝብሃል ዘሎ ገበን ፅንተት ኣመልኪቱ ኣብዚ ሎሚ እዋን ስልጣን ዘለዎ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ወይ መጋባእያ እንተዘይሃልዩ እዩ።

[1019] ኒው ላይንስ ኢንስትትዩት፣ ፅንተት ኡይግሁር፡ ምርመራ ጥሕሰት ቻይና ስምምዕ ፅንተት 1948፣ መጋቢት 2013 ዓ.ም ገፅ 35።

497. እዚ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ተግባራት ፅንተት ምህላዎም ሓንሳብ እንተወሲኑ፣ እዚ ቤት ፍርዲ ቀፂሉ ዝውስኖ ድማ እዘም ተግባራት ማለት፦ ፅንተት ምፍፃም፤ ናብታ ተኸሳሲት ሃገር ይላገቡ ዶ ኣይላገቡን ዝብል እዩ።[1020] ግን ዋላ እንተዘይኮነ እውን ናይቲ ጉዳይ መወዳእታ ግን ኣይኮነን። ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ እታ ተኸሳሲት ሃገር ንገሊኦም ወይ ንኹሎም ኣብ ዓንቀፅ 3 (ለ) ክሳብ (ረ) ናይቲ ስምምዕ ዝተቐመጡ ተግባራት (ውዲት፣ ምልዕዓል፣ ፈተነ፣ ወይ ምትሕብባር) ዘርኢ ፅንተት ናብኣ ዝላገብ ዋላ እውን ሓላፍነት ዘይምህላዋ፤ ወይ ዘርኢ ፅንተት ብዘይምክልኻላ ንዘርኣየቶ ውድቀት ተሓታትነት ብዛዕባ ምህላዋ ብተወሳኺ ኣብ ግምት ከእትዎ ኣለዎ።[1021] ብዝበለፀ፣ ኣብ ዝኾነ ፍፃመ እቲ ቤት ፍርዲ ቅድም ኢሎም ኣብ ዝተልዓሉ ጉዳያት ዝሃቦም ውሳነታት ብዘየገድስ፣ እታ ተኸሳሲት ሃገር ፅንተት ብዘይ ምቕፅዓ ንዘርኣየቶ ውድቀት ተሓታትነት ብዛዕባ ምህላዋ እቲ ቤት ፍርዲ ኣብ ግምት ከእቱ ኣለዎ።[1022] ዝተተሓሓዙ እንተኾኑ እኳ፣ ፅንተት ንምክልኻል ዘሎ ግዴታን ነቶም ፈፀምቲ ንምቕፃዕ ዘሎ ግዴታን ነንበይንቶም እዮም።[1023]

498. ካብቲ ልዕል ኢሉ ዝተገልፀ ዝስዕብ መደምደምታ ድማ፣ ብመንፅር ብመሰረት ስምምዕ ፅንተት ዘለወን ግዴታ፣ ኣድላይን ግቡእን እንተኾይኑ ኣባል ስምምዕ ፅንተት ዝኾነት ሃገር ኣብ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ቀሪባ ኣንፃር ኢትዮጵያ ክሲ ክትምስርት ትኽእል እያ።

**2. ግዴታ ምክልኻል ፅንተት**

499. ብተወሳኺ ወይ ብኣማራፂ ዋላ እኳ ሓንቲ ሃገር ፅንተት እንተዘይፈፀመት፣ ብጭቡጥ ግን ፅንተት ተፈፂሙ እንተኾይኑ፣ እታ ሃገር ፅንተት ከይፍፀም ብዘይምክልኻላ ተሓታቲት እያ።

500. ዓለም ለኻዊ ቤትፍርዲ ፍትሒ ሓንቲ ሃገር ፅንተት ንምክልኻል ዘለዋ ግዴታ ጥሒሳ እያ ብዝብል ክውስን እንተኾይኑ “ፅንተት ከምቲ ኣብቲ ስምምዕ ዝተውሃቦ ትርጉም ዝተፈፀመ ንምዃኑ ክረጋገፅ ኣለዎ።”[1024] ምስቲ ላዕለዋይ ብዝሳነ መልክዑ እቲ ዓለም ለኻዊ ቤትፍርዲ ፍትሒ ከምዚ ዓይነት መደምደምታ “ብፍሉይ ከበድቲ ንዝኾኑ ኽስታት ግቡእ ዝኾነ መዐቀኒ መርትዖ” ኣብ ተግባር ኣውዒሉ ክቕበል ይኽእል እዩ።[1025] እዚ ማለት ገበን ፅንተት ዝተፈፀመ ንምዃኑ ከምኡ እውን ናብታ ተኸሳሲት ሃገር ዝላገብ እንተኾይኑ ነቲ ቤት ፍርዲ እውን “ሙሉእ ብሙሉእ ዘእምን” ማለት “ሙሉእ ብሙሉእ ዛዛሚ ዝኾነ መርትዖ” እንተኾይኑ እዩ።[1026] ብተመሳሳሊ ሓንቲ ሃገር ፅንተት ክትከላኸል ወይ ፅንተት ኣብ

---

[1020] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዘጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፅብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43 ዓንቀፃት 378፣ 384። ከምኡ እውን ተወሳኺ ዓንቀፃት 385፣ 391-393፣ 396-407 ተወከስ ።

[1021] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዘጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፅብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43 ዓንቀፃት 379-382።

[1022] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዘጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፅብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43 ዓንቀፅ 383።

[1023] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዘጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፅብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43 ዓንቀፃት 425-427።

[1024] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዘጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፅብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43 ዓንቀፅ 431።

[1025] ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዘጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን*)፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፅብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43 ዓንቀፅ 181፤ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ* (*ክሮሽያ ምስ ሰርብያ*)፣ ፍርዲ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም፣ ፅብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 2007 ዓ.ም፣ ዓንቀፃት 177-178። ከምኡ እውን ዓንቀፃት 211-230 (መርትዖኣዊ መትከላት ዝምልከቱ)፣ ዓንቀፃት 172-173 (ሸኽሚ ምርዳእ)።

[1026] ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ኣብ ተፈፃምነት እቲ ስምምዕ ኣብ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ዘርኢ ፅንተት ኣመልኪቱ ዝተልዓለ ጉዳይ* (*ቦስንያን ሄርዘጎቪንያን ኣንፃር ሰርብያን ሞንተኔግሮን*)፤ ናይ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም ፍርዲ፣ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ፅብፃባት 1997፣ ገፅ 43 ዓንቀፅ 209፤ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ኣብ ተፈፃምነት እቲ ስምምዕ*

ምፍፃም ሓላፍነት ኣለዎም ንዝብሃሉ ሰባት ክትቀፅዕ ኣይከኣለትን እንተተባሂሉ ወይ ኣሕሊፋ ክትህብ ኣይከኣለትን እንተተባሂሉ፣ "እቲ ቤት ፍርዲ ዘድልዮ መረጋገፂ ምስቲ ናይቲ ክሲ ኽብደት ዝኸይድ ልዑል ብርኪ ንፁርነት ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ።"[1027] ካልእ ቤት ፍርዲ ወይ መጋባእያ ኣገደስቲ ዝኾኑ ሓቅታት ኣብ ዝረኸበሉ ኩነታት እዚ ኸምዚ ዓይነት ቤት ፍርዲ ዝተኸተሎ ስነ-ስርዓት፣ እቲ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ኣብ ግምት ከእትዎ ይኽእል እዩ፣ ኣድላዪ ኾይኑ እንተረኺብዎ ድማ "ኣብ ከይዲ ፍርዳዊ መስርሕ ዝተረኽበ ከም ብልዑል መጠን ዘእምን ርኽበት ኢሉ ክቕበሎ ይኽእል እዩ።"[1028]

501. ብፍላይ ድማ ፅንተት ናይ ምክልኻል ግቡእ ናይ ኣካይዳ ግቡእ እምበር ውፅኢት ናይ ምምፃእ ግቡእ ኣይኮነን፤ ኣብ ስምምዕ ፅንተት ተወዓዓልቲ ዝኾና ሃገራት "እቲ ኹነታት ክንዲ ዝኾነ ይኹን ፅንተት ከይፍፀም ናይ ምክልኻል ሓልፍነተን ዓወት ከመዝግባ" ዘገድደን ኣይኮነን፤ እኳ ደኣስ "ብዝተኽኣለን መጠን ፅንተት ንምክልኻል ኩሎም ኣብ ኢደን ዘለዉ ሜላታት ብሚዛናዊ መንገዲ ምጥቃም እዩ።" ሓንቲ ሃገር እንድሕር ደኣ "ፅንተት ንምክልኻል ኣብ ክሊ ስልጣና ዘለዉን ፅንተት ንምክልኻል ኣበርክቶ ዘለዎም ኩሎም ስጉምትታትን ንምውሳድ ግልፂ ዝኾነ ውድቀት ኣርእያ ተሓታትነት ከጋጥማ ይኽእል እዩ።"[1029] እታ ተኸሳሲት ሃገር ፃዕርታታ እኹላት እንተዘይነበሩ እውን "ሕድሕደን ናይ ምክልኻል ግቡኣን ዝፍፅማ ሃገራት ብጥሙር ፃዕርታተን ነቲ ውፅኢት ከዐውትኦ ዝኽእላሉ ዕድል እንድሕር ነይሩ" እታ ግቡእኺ ኣይፈፀምክን ዝተብሃለት ሃገር ዝኽኣልኩዎም ፃዕርታት ኩሎም እንተዝግበር እውን ፅንተት ከይፍፀም ክከላኸሎ ኣይምኽኣልኩን ነይረ ዝብል መካትዕን መረጋገፅን ምቕራባ ኣገዳሲ ኣይኮነን።[1030]

502. ኣብዚ ፀብፃብ እዚ ዝተኣከቡ ሓቅታት ብግልፂ ከም ዘርእይዎ፣ ዋላ እኳ መንግስቲ ኢትዮጵያን ናቱ ልኡኻትን ዝኾነ ተግባር ፅንተት እንተዘይፈፀሙ፣ እንተዘይሓገዙ፣ ወይ እንተዘይኣለዓዓሉ፤ ዝነበሮም ጠባይ ግን ብመሰረት ዓንቀፅ 1 (ተግባራዊ ካብ ዝኸውን) ኢትዮጵያ ፅንተት ንምክልኻል ዘለዋ ግቡእ ንምፍፃማ እኹል ኣይመስልን። ብርግፅ ምስዚ ተተሓሒዙ ኣድላይን እኹልን ስጉምቲ ዝተወሰደ ንምዃኑ ንምርካብ ሙሉእ ብሙሉእ የሸግር እዩ፣ እዚ ዝኸውን ዘሎ ዋላ እኳ ሓፈሻዊ ዓቃብ ሕጊ ኢትዮጵያ ብሄር መሰረት ዝገበረ ምፍላይ[1031] ሪፖርት ዝግበረሉ ናይ ስልኪ መስመር ንምድላው ዝወሰዶ ተወፋይነት እንተሃለወ፣ ወይ ኣብ እዋን እቲ ኹናት ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ንዝተፈፀሙ ገበናት ብቑፅሪ ውሑዳት ኣብ ዝኾኑ ወታደራት ንምቕፃዕ ገለ ውሱናት ስጉምትታት ንምውሳድ ተኽእሎ እንተሃለወ እዩ።[1032]

---

*ኣብ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ዘርኢ ፅንተት ኣመልኪቱ ዝተልዓለ ጉዳይ* (ክሮሽያ ኣንፃር ሰርብያ)፣ ናይ 26 ጥሪ 2007 ዓ.ም ፍርዲ፣ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ፀብፃባት 2007፣ ዓንቀፃት 177-178። ከምኡ እውን ዓንቀፃት 211-230 (መርትዖኣዊ መትከላት ዝምልከቱ)፣ ዓንቀፃት 177-178።

[1027] ዓለም ለኽ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ (ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን)*፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43 ዓንቀፅ 210።

[1028] ዓለም ለኽ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ (ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን)*፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43 ዓንቀፅ 223 (ብኣይ ሲ ቲ ዋይ ዝተገብሩ ርኽበታት ዝምልከት)።

[1029] ዓለም ለኽ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ (ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን)*፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፅ 430 (ይቕፅል፡- "ኣብዚ ኸባቢ እቲ 'ግቡእ ትግሃት' ዝብሃል ሓሳብ ጭቡጥ ገምጋም ዝጠልብ ኮይኑ እዚ ድማ ኣዐርዩ ጠቓሚ እዩ። ሓንቲ ሃገር እቲ ዝምልከታ ሓላፍነት ብግቡእ ብዛዕባ ምፍፃማ ንምግምጋም ብዙሓት መዐቀንታት እዮም ኣብ ተግባር ዝውዕሉ።እቲ ቐዳማይ ግን ድማ ካብ ሓንቲ ናብ ካልእ ሃገር ኣዐርዩ ዝፈላለ፣ ነቶም ዘርኢ ፅንተት ናይ ምፍፃም ዝንባለ ዘለዎም ሰባት ወይ ኣብ ምፍፃም ዘለዉ ሰባት ብግልፂ ውፅኢታዊ ብዝኾነ መንገዲ ፅልዋ ናይ ምሕዳር ዓቕሚ እዩ። እዚ ዓቕሚ ንባዕሉ እታ ሃገር ካብቶም ፍፃመታት ዘለዋ ጂኦግራፊያዊ ርሕቐት፣ ከምኡ እውን ኣብ ፖለቲካዊ ምትእስሳር ዘሎ ጥንካረ፣ ከምኡ እውን ካልኦት ዓይነት ኩሎም ምትእስሳራት፣ ኣብ ሞንጎ ሰበ ስልጣን እታ ሃገርን ቀንዲ ተዋሰእቲ እቲ ፍፃመን፣ ኣብ ዝኣመሰሉ ዝተመርኮሰ እዩ። ናይታ ሃገር ፀቕጢ ናይ ምፍጣር ዓቕሚ ብሕጋዊ ረቛሒታት እውን ክዕቀን ኣለዎ፣ ምኽንያቱ ሕድሕድ ሃገር ብዓለም ለኸ ሕጊ ብዝተፈቐደላ መንገዲ ጥራሕ ክትሰርሕ ከም ዘለዋ ግልፂ ስለ ዝኾነ")።

[1030] ዓለም ለኽ ቤት ፍርዲ ፍትሒ፣ *ብዛዕባ ተፈፃምነት ስምምዕ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ፅንተት ዝምልከት ጉዳይ (ቦስንያን ሄርዞጎቪንያን ምስ ሰርብያን ሞንቶኔግሮን)*፣ ፍርዲ 19 ለካቲት 1999 ዓ.ም፣ ፀብፃብ ኣይ.ሲ.ጀይ. 1999 ዓ.ም፣ ገፅ 43፣ ዓንቀፅ 430።

[1031] ካራ ኣናን ኣንድሪው ድሬክን፣ "'ውሽጥና ነፅሪ'፡ ኢትዮጵያ ኣብ ክሊ ኩናት ተጋሩ ኣሲራ" (*ኣሶሼይትድ ፕረስ*፣ 21 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም)።

[1032] ኣልጀዚራ፣ "ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ገበን ንዝፈፀሙ ፈረዳ" (*ኣልጀዚራ*፣ 13 ግንቦት 2013 ዓ.ም)።

503. እዚ ውድቀት እዙይ ተግባራት ፅንተት ከጋጥሙ ከም ዝኽእሉ ዘመላኽት ንፁርን ከቢድን ሓደጋ ዘቖፅል እዩ። ካልኦት ንስምምዕ ፅንተት ኣባላት ዝኾና ሃገራት ግዴትኦን ክሓስባሉ ዝግባእ እዩ፤ እዚ ድማ ናብ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ክሲ ክሳብ ምቕራብ ክሓውስ ይኽእል እዩ።

### ለ. ውልቃዊ ገበናዊ ሓላፍነት

504. ኣብ ላዕሊ ከም ዝተገልፀ ተወዓዓልቲ ስምምዕ ፅንተት ዝኾና ሃገራት በቲ መስርሕ ንሱ ብመሰረት ዓንቀፅ 9 (ሓላፍነት ሓንቲ ሃገር ብዝምልከት ናብ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ክርክራት ምቕራብ) ሓዊሱ ከም ስልጣነንን ግቡኦንን ገይረን ምውሳድ ናይ ሃገረን ሓላፍነት ከም ዝኾነ ክወስድኦ ይኽእላ እየን።

505. ይኹን እምበር እዞም ናይ ምርመራታት ኣጋጣሚ፣ ውልቀ ሰባት ኣብ ዓለም ለኸ ሕጊ ንቐንዲ ገበናት ተሓተትቲ ንምግባር ዓሊሙ ዘለዎ ተኽእሎ፣ ኢትዮጵያ ስልጣና ንምጥቃም ኣብ ዘለዋ ድሌት ዝምርኮስ ይመስል (በቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገልፁ ምኽንያታት ድማ ዘይክኸውን ዝኽእል እዩ)፤ ወይ ብማሕበረሰብ ዓለም ከም ቤት ምኽሪ ፀጥታ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ናብ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ብዝመርሖ ከከም ኩነታቱ ተራእዩ ብዝውሰድ ስጉምቲ ወይ ንውልቀሰብ ተባሂሎም ብዝስርሑ መንገድታት ገሊኦም (እዚ ብስልታውነቱ ይከኣል እዩ ብፖለቲካዊ መንገዱ ንምዕዋቱ ግን ኸቢድ እዩ)፤ ወይ ብሓንቲ ወይ ብብዙሓት ሃገራት ኣድማሳዊ ስልጣን ብምጥቃም (እዚ ኣብ ተግባር ክውዕል ዝኽእል እዩ ግን ንውሑዳት ጉዳያት ዝተደረተ እዩ ዝመስል፣ እዚ ድማ ብዓብይኡ ብኸይዲ ፍፃመታት ዝውሰን እዩ)።

506. ውፅኢታዊ ዝኾነ ገበናዊ ምፅራይ ንምክያድ ብቐጥታ ዓለም ለኻዊ ስርዓት ንምጥያሽ ዘለዉ ውሱናት ኣማራፅታት፣ ብተወሳኺ ዘጉልሆ ኣብ ላዕሊ ከም ዝተገልፀ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዝውሰዱ ስጉምትታት ዘለዎ ጠቓምነት ዘሎ ተኽእሎ እዩ።

### 1. ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን

507. ኣብዚ እዋን እዚ ኢትዮጵያ ኣብ ገበን ፅንተት ኣመልኪቱ ብምኽንያት ርእሰ ጉዳይ እቲ ዋኒን ንስልጣን ዝኾነ ይኹን ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ወይ መጋባእያ ኣይትግደድን- ብርግፅ ንገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ወይ ገበናት ኲናት እውን ኣይትግደድን። ነቲ ንኸምዚኦም ዓይነት ገበናት ብቐዋምነት ዝዳኒ ቤት ፍርዲ ዝኾነ ንዓለም ለኻዊ ገበናዊ ቤት ፍርዲ ዝምልከት ሕጊ ሮም ኣባል ኣይኮነትን።

508. ኢትዮጵያ ኣባል ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን እኳ እንተዘይኮነት ኣብ ውሽጢ ግዝኣታ ንዘሎ ኹነታት ኣመልኪቱ ብግዝያውነትን (ከምኡ እውን ንድሕሪት ተመሊሳን) ስልጣን ናይቲ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ብምርጫኣ ክትቅበል ትኽእል እያ።[1033] እዚ ኸምዚ ዓይነት ውሳነ ነቲ ዓቃቢ ሕጊ ምርመራ ክኸፍት ዘገድዶ እኳ እንተዘይኮነ፣ ብመሰረት ዓንቀፅ 15 ሕጊ ሮም ግን ከምኡ ንምግባር ፍቓድ ንኽረክብ ናይ ምውሳን ስልጣን ኣለዎ። ኢትዮጵያ ንዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ሓንሳብ ስልጣን እንተሂባ፣ ኣባል ሃገራት እውን ነቲ ጉዳይ ናብ ዓቃቢ ሕጊ ክመርሕኦ ይኽእላ እየን፤ በዚ መሰረት እውን ብመሰረት ኣብ

[1033] ሕጊ ሮም ዓንቀፅ 12(3)፡ "ሓንቲ ኣባል ዘይኮነት ሃገር ብመሰረት ዓንቀፅ 12(3) ውሳነ ክትህብ ትኽእል እያ፣ እቲ እትህቦ ውሳነ እውን ብሰመረት ዓንቀፅ 15 እቲ ዓቃብ ሕጊ ብናይ ባዕሉ ተበግሶ ኣብ ግምት ከእትዎ ዝጠልብ እዩ፤ እዚ ዝግበር ድማ ምእንቲ ብዓንቀፅ 15(3) በቲ ቅድሚ ፍርዲ ዘሎ ቤት ምኽሪ ብዓንቀፅ 15(4) ፍቓድ ንምሕታት እዩ። ብኣማራፂ ድማ ኣባል ዘይኮነት ሃገር ንዓንቀፅ 13(2) ሓንሳብ እንድሕር ወሲና፣ ንኣዋጅ ሮም ኣባል ዝኾነት ሃገር እቲ ኣብ ዓንቀፅ 14 ዘሎ ኹነታት ክትጠቕሶ ትኽእል እያ፤ እዚ ድማ ነቲ ቅድሚ ፍርዲ ዘሎ ቤት ምኽሪ ፍቓድ ናይ ምሕታት ቅድመ ኹነት ዘወግድ እዩ።"

ዓንቀፅ 53 ሕጊ ሮም ዝተቐመጠ ትርጉም ከምኡ ንምግባር ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ እንተሃልዩ ነቲ ዓቃቢ ሕጊ ምርመራ ንኽኸፍት ኸገድድኦ ይኽእላ እየን።

509. ኢትዮጵያ ንስልጣን ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን *ከም ኩነታቱ* ኢላ ዝተቐበለቶ ምኺና ከም እወንታዊ ስጉምቲ ዝርአ ኾይኑ፣ ይኹን እምበር በቲ ሕጂ ዘሎ ፖለቲካዊ ሃዋህው ኣዝዩ ዘይመስል እዩ ተባሂሉ ዝሕሰብ እዩ።

510. ብኣማራፂ ግን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ቤት ምኽሪ ፀጥታ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኹነታት ናብ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ክመርሖ ይኽእል እዩ፤ እዚ ድማ ኢትዮጵያ ነቲ ስልጣን *ከም ኩነታቱ* ብዝብል ዋላ እንተዘይተቐበለቶ ክግበር ዝኽእል እዩ። ይኹን እምበር ብሰንኪ ጂኦፖለቲካዊ ምኽንያታት፣ ኣባላት ቤት ምኽሪ ፀጥታ ከምዚ ዓይነት ውሳነ ከመሓላልፉ ዝኽእላሉ ዕድል ሕዚ እውን የዐርዩ ዘይመስል እዩ።[1034] ቤት ምኽሪ ፀጥታ ሕቡራት መንግስታት ክሳዕ ሎሚ ንኽልተ ኹነታት (ዳርፉርን ሊብያን) ጥራሕ እዩ ናብ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን መሪሑ። ኣብ ሶርያ ዘሎ ኹነታት ከይምራሕ ግን ብኽልተ ቐወምቲ ኣባላት (ሩስያን ቻይናን) ተዓጊቱ እዩ። ብድሕሪኡ ብመንፅር እዚ ሃገራት ንኸምዚ ዓይነት ምምራሕ ድሌት የብለንን። ይኹን እምበር ብዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ዝውሰድ ስጉምቲ ወታሃደራት ኤርትራ ኣብ ግዝኣት ኢትዮጵያ ፈፂሞምዎ ንዝብሃሉ ገበናት ክቕፅዑ ውሕስና ዝህብ እዩ።[1035]

## 2. ካልኦት ዓለም ለኻውያን ፍሉያት ኣብያተ ፍርዲ ገበን

511. እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኹነታት ኣብ ስልጣን ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ዝወድቀሉ ዕድል ኣብ ዘየለሉ፣ ወይ ባዕላ ኢትዮጵያ ተሓታትነት ንምርግጋፅ ዓሊማ ዓለም ለኻዊ ደገፍ እንተዘይደልያ፣ ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ኣብ ግዜ ውግእ ትግራይ ተፈፂሞም ንዝብሃሉ ገበናት ኣመልኪቱ ፍታሕ ዝህብ ግዝያዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ከቑውም ወይ ካልእ ሜላ ክፈጥር ይኽእል እዩ።

512. ይኹን እምበር ካብቶም ሰለስተ ቀንዲ መንገድታት እቲ ሓደ ናይ ምኺን ዕድሉ ብጣዕሚ ዝተሓተ እዩ፣ ምኽንያቱ እውን ኣብ ሓበራዊ ስምምዕ ቀወምቲ ኣባላት ቤት ምኽሪ ፀጥታ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝተመርኮሰ ስለ ዝኾነ እዩ፤ እቲ ኻልኣዋይ ድማ ከምዚ ዓይነት ሓበራዊ ስምምዕ ኣይደልን፣ እንተኾነ ግን ብውሕዱ ኣብ ሞንጎ መብዛሕትአን ኣባል ሃገራት ሕቡራት መንግስታት ልዑል ቁፅሪ ዘለዎ ሓበራዊ ስምምዕ ይደልይ እዩ፣ እዚ ንምክዋን ድማ ዓብዪ ዲፕሎማስያ ፃዕርታት ዝሓትት እዩ፤ እቲ ሳልሳይ ንመብዛሕትአን ኣባል ሃገራት ሕቡራት መንግስታት ዝሓትት ኣይኮነን፣ ይኹን እምበር እኹል ኣብዝሓ ድምፂ ኣባላት ሕቡራት መንግስታት ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ዝሓትት እዩ።

513. ስለዚ እቲ ቐዳማይ ኣማራፂ፣ ማሕበረሰብ ዓለም ልክዕ ከምቶም ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያን ርዋንዳን ጉዳይ ንምርኣይ ተጣይሾም ዝነበሩ ግዝያዊ ፍሉያት ኣብያተ ፍርዲ፣ ልምዳዊ ዓለም ለኻዊ ሕጊ ተጠቒሙ ሓዱሽ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ከጣይሽ ይኽእል እዩ። እዚኣቶም ሕቡራት መንግስታት ቤት ምኽሪ ፀጥታ ብመሰረት ዓንቀፅ 7 ቻርተር ሕቡራት መንግስታት ዝሃቦ ቀያዲ ትርጉም መሰረት ዝገበሩ እዮም። እንተኾነ ግን ኣብ ውሽጢ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ሕቡራት መንግስታት ዘሎ ዘይምስምማዕ ነቲ ጉዳይ ናብ ዓለም ለኻዊ

---

[1034] *ታወከስ* ሸቲል ትሮንቮል፣ "ቅርፂ ኲናት ሕድሕድ ኢትዮጵያ" (2015 ዓ.ም)፣ 121 ከረንት ሂስትሪ፣ ገፅ 169 ("ሩስያን ቻይናን ጣልቃ ኣብ ዘይምእታው ዝብል ነኺሰን ስለ ዝሓዛ ነቲ ጎንፂ ፍታሕ ከውሀብ ዝኽእል ውሳነ ከይውሰን ዓጊትዎ") ብዝብል ኣብ ዝገለፆ")።

[1035] ሕጊ ሮም ዓንቀፅ 13 (ለ)።

ቤት ፍርዲ ገበን ከይምራሕ ዝዓግት እንተመሲሉ፣ ማዕረ ማዕረኡ ነዚ ጉዳይ ዝርእይ ሓድሽ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ከይጣየሽ ናይ ምዕጋት ተኽእሎ ኣለዎ። ብርግፅ ኣብ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ሕቡራት መንግስታት ስጉምቲ ንምውሳድ እኹል ዝኾነ ሓበራዊ ስምምዕ እንተሃልዩ፣ ናብ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ምምራሕ ከም ተደላዪ መማረፂ ዘይውሰደሉ ምኽንያት ንምንታይ ምዃኑ ግልፂ ኣይኮነን፣ እዚ ግን ብምኽንያት ወፃእታት ጥራሕ እንተኾይኑ ማለት እዩ።

514. እቲ ኻልኣይ ኣማረፂ ብመሰረት መብዛሕትአን ኣባል ሃገራት ሕቡራት መንግስታት ዝተመሓላለፈ ውሳነ፣ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት መንግስታት ሓደ ሜላ ክፈጥር እንተሎ እዩ። እቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ ክሳዕ ሎሚ ዘጣየሾ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ዘየለ ምዃኑ ሓቂ ኮይኑ፣ ኣብ ሶርያ ግን ዘይሻራዊ ዝኾነ ኣገባብ ምርመራ ፈጢሩ እዩ። እዚ ኣገባብ እዚ ብመሰረት ዓለም ለኸ ሕጊ ንዋኒናት ገበን ናይ ምኽሳስ ስልጣን የብሉን፤ እኳ ደኣስ ነዞም ከምዚኦም ዓይነት ገበናት ክምርምርን ሃገራት ብመሰረት ኣድማሳዊ ስልጣን (ኣብ ታሕቲ ከም ዝተገልፀ) ክኽሳ ዘኽእለን መርትዖ እዩ ከካፍለን ዝኽእል። ብመትከል ደረጃ፣ ኣድማሳዊ ስልጣን እቲ ብሕታዊ ሜላ መዋፅኦ እንተኾይኑ እሞ ብኸምዚ ዓይነት ኣገባብ እንተተደጊፉ ብጣዕሚ ውፅኢታዊ ናይ ምዃን ዕድሉ ዝለዓለ እዩ። ብኻልእ ገፅ፣ ብቤት ምኽሪ ፀጥታ ሕቡራት መንግስታት ካብ ዝጣየሽ ግዝያዊ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ብዝተፈለየ መልክዑ፣ እዞም ከምዚ ዓይነት ብሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት መንግስታት ዝጣየሹ ናይ ምርመራ ኣገባባት እታ ዝምልከታ ሃገር ምትሕብባር ክትገብረሎም ናይ ምሕታት ስልጣን የብሎምን፤ ብምዃኑ እውን ኣብ ከዐውትዎ ዝኽእሉ ዝተደረተ እዩ።

515. እቲ ሳልሳይ ኣማራፂ ድማ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት፣ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት መንግስታት ክጣየሽ ምስ ዝኽእል ተመሳሳሊ ኣገባብ ምጥያሽ እዩ። ግን ድማ ክሳብ ሎሚ ዝመስረቶ ዝኾነ መጋባእያ የለን፣ ይኹን እምበር ዘይሻራዊ ኣገባብ ምርመራ (ንምያንማር) ኣጣይሹ እዩ። ከምዚ ዓይነት ኣገባብ ብመሰረታውነቱ ኣብ ስራሕቱን ስልጣኑን ተመሳሳሊ ናይ ምዃን ተኽእሎ ኣለዎ።

### 3. ኣድማሳዊ (ዓለምለኻዊ) ስልጣን ደንነት

516. ኣብ መወዳእታ፣ ምስ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት፣ ገበን ኲናት፣ ከምኡ እውን ፅንተት ዝዛመድ ኣግባብነት ዘለዎ ሕጊ ዘለወን ኣብ መላእ ዓለም ዝርከባ ሃገራት፣ “ኣድማሳዊ ስልጣን ብዝብል መትከል” ክኸሳ ይኽእላ እየን። እቲ ትኽክለኛ ዘድሊ ነገር ኣብታ ዝምልከታ ሃገር ዝምርኮስ እዩ። ኣብ ገለ ሃገራት፣ ኣብ ሞንጎ እታ ኸሳሲት ሃገርን እቲ ዝብሃል ዘሎ ገበንን ዝኾነ ምትእስሳር ከድሊ ይኽእል እዩ፤ ኮይኑ ግን ከም ኣብነት እቲ ግዳይ (ግዳያት) ወይ ፈፃሚ (ፈፀምቲ) ኣብ ግዝኣት እታ እትብሃል ዘላ ሃገር ምህላዉ ክኣክል ይኽእል እዩ።[1036]

517. ናብ ዓለምለኻዊ ስልጣን ዝቐርቡ ጉዳያት ቀንዲ ረብሕኦም፣ ብቐንዱ ናይታ ስልጣን ኣለኒ እትብል ዘላ ሃገር ሃፍትታት እዮም ዝጥቀሙ፤ ከም ኣድላይነቱ ድማ ከም ሲቪል ማሕበረሰብ ወይ ዓለም ለኻዊ ትካላት (ከም ብዘይሻራዊ ኣገባብ ምርመራ ዝበሉ ልዕል ክብል ዝተገልፁ) ብዝኣመሰሉ ብኻልኦት ኣካላት ዝድገፉ እዮም። ሓበራዊ ዓለም ለኻዊ ስምምዕ ወይ ዲፕሎማስያዊ ጥምረት ዘድልዮ ኣይኮነን፤ ብገለ ሸነኻቱ ድማ ብጣዕሚ ተግባራውን ቅልጡፍን ቀፃሊ ኣንፈት ዝሕብሩ ይመስሉ። ከም ጀርመን ዝበላ ሃገራት ኣብ

---

[1036] *ተወከስ* ንኣብነት፣ ፍትሒ ካብ ዶባት ይሓልፍ እዩ፣ _ግሎባል ማፒንግ ቱል_። *ከምኡ እውን ተወከስ* ትርያል ኢንተርናሽናል፣ _ኣድማሳዊ ስልጣን ዓመታዊ ክለሳ_።

ኩነታት ተደሪኸን “ቅርፃዊ ምርመራታት” ተባሂሎም ንዝፅውዑ ኣብ ተግባር ንምውዓል ብጣዕሚ ስርዓታዊ ብዝኾነ መንገዲ ስልጣነን ከተግብራ ምእንቲ ኣብ ስርዓተ ሕገን ዝተቐመጠ ክኸውን ይኽእል እዩ።

518. ብኻልእ ገፅ ድማ ድኹም ጎኒ ኣድማሳዊ ስልጣን ዝብሃል ብልክዕ ሳዕቤን ናይቲ ምዕቡል ጎኑ እዩ። እዚ ኣድማሳዊ ስልጣን ተሓታትነት ንምርግጋፅ “ሓበራዊ” ፃዕሪ ዝሓትት ኣይኮነን ወይ ኣንፈት ዝህብ ኣይኮነን፤ ብርግፅ እውን ኣብ ተግባር ዝውዕል ኣብ ዕድል ተመርኩሱ እዩ፤ እዚ ማለት እቲ ዝድለ ግዳይ ወይ ዝድለ ፈፃሚ ኣብ ግዝኣት እታ “ትኽክለኛ ሃገር” ኣብ “ትኽክለኛ ሰዓት” እንተተረኺቦም እዩ ዝኸውን። በዚ መሰረት ኣድማሳዊ ስልጣን ንመንገዲ ተሓታትነት ደራኺ ኣገዳሲ ኣካል ኮይኑ፣ በዚ መሰረት ዝንቀሳቐሳ ሃገራት ናይቲ ጎንፂ “ሙሉእ ዛንታ ዝነግር” ምርመራ ከካይዳ ወይ ኣብ ሓደ ጉዳይ ክሲ ኽምስርታ ዝኽእላሉ ኹነታት ዘይመስል እዩ።

519. ይኹን እምበር ኣብ ብዙሓት ጉዳያት፣ ኣድማሳዊ ስልጣን ተጠቒምካ ኣብ ግቡኣት ጉዳያት ዝግበር ምርመራን ክስን ካብ ሓፂር ናብ ማእኸላይ ግዜ ንዘሎ ንሃገራት ኣፀቢቑ ዘዋፅኣን ስጉምቲ ክኸውን ይኽእል እዩ፤ እዚ ድማ ከም ኣብ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ክሲ ንምጅማር ዘኽእሉ ናብ ካልኦት ብርክታት ዝወስዱ ደረኽቲ ናህርታት ሓጋዚ ናይ ምዃን ተኽእሎ ኣለዎ። እዚ ኽምዚ እናሃለወ፣ ኣድማሳዊ ስልጣን እንተወሓደ ብገሊኦም ገበናት ግዳያት ንዝኾኑ ሰባት ተኻሒስና ዝብል ናይ ምሕጓስ ዕድል ክፈጥረሎም ይኽእል እዩ፤ ብዝበለፀ ድማ እቶም ግዳያት ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ምስክርነቶም ክስማዕ ዕድል ዝህብ እዩ።

## መዛዘሚ ሓሳባት

እዚ ናይ ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ዕማም እዙይ ንስምምዓት ጄኔቫ 1941 ዓ.ም፣ ናታቶም ተወሰኽቲ ስምምዓት 1968 ዓ.ም፣ ከምኡ ድማ ንስምምዕ ፅንተት ሓዊሱ ንዓለም ለኸ ሕጊ ንፈለማ ግዜ ዓለምለኸ ገበናት ከምዝተፈፀሙ ንዝቐረቡ መጠነ-ሰፋሕቲ ስምዕታታት ኣብ ተግባር ዘውዓለ ኣብ ትግራይ ብዛዕባ ዝተፈፀሙ ከበድቲ ገበናት ዝቐረበ መእመናይ ፀብፃብ እዩ። ኢትዮጵያ ናይ ዝፈረመቶ ስምምዕ ፅንተት ዓንቀፅን 2ን 3ን ብምጥሓስ ተሓታቲት ከምዝኾነት ብዘእምን ኣቀራርባ ደምዲሙ እዩ። ኢትዮጵያ ብመሰረት ኣንቀፅ 1 ብዘለዋ ናይ ምክልኻል ግቡእ መሰረት ፅንተት ከይፍፀም እኹላት ናይ ምክልኻል ስጉምትታት ከምዘይወሰደት ብምኽንያተዊ ኣቀራርባ ኣረዲኡ እዩ።

ብፍላይ፣ እዚ ፀብፃብ ኮነ ኢልካ ሰላማውያን ሰባት ኣብ ዓፀቦ ንኽወድቁ ምግቢ ናይ ምኽልካል ተግባር ከም መሳርሒ ኩናት ከምዝተፈፀመ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ከምዘሎ ኣረጋጊፁ እዩ። ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ቐንዲ መትከላት ዕላማ ኣነፂርካ ምጥቃዕን ተመጣጣኒ ሓይሊ ምጥቃምን ብምጥሓስ ንሰላማውያን ከምዝደብደቡን ከምዝቐተሉን እዙይ ገበናት ኩናት ከምዝተፈፀሙ ከረጋግፅ ከምዝኽእልን ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ መበገሲ ኣሎ እዩ። ኣገዲድካ ምስዋር፣ ኣገዲድካ ምድፋር፣ ምስ ጎንፂ ዝተዛመደ ፆታዊ መጥቃዕቲ፣ ከምኡ ድማ ምግፋዕ ሓዊሱ ዝተፈፀሙ ተግባራት ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት እንተነኣሰ ኣርባዕተ ተግባራት ፅንተት ከምዚ ዝስዕብ ብመርትዖ መሰረት ተመዝጊቦም ኣለዉ፤

- ንተጋሩ ምቕታል

- ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ከቢድ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን መጉዳእቲ ምብፃሕ
- ንተጋሩ ምሉእ ብምሉእ ወይ ብኽፋል ንምጥፋእ ኣብ ዝተሓሰበ ኩነታት ናብራ ምውዳቕ
- ኣብ ሞንጎ ተጋሩ ወሊድ ከይህሉ ንምኽልካል ዝተሓሰቡ ስጉምትታት ምውሳድ።

እዞም ብዙሓት ወሰንቲ መርትዖታት መሰረት ብምግባር ዝተበፅሑ መደምደምታታት ከም ፈረምቲ ዓድታት ስምምዓት ጄኔቫን ስምምዕ ዘርኢ ፅንተትን ኣብቲ ክልል ተመሳሰልቲ ከበድቲ ገበናት ከይፍፀሙ ንምክልኻል ዘለና ሕጋዊ ሓላፍነት ግልፂ ዝገበሩን ፍትሒ ንምርካብ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ዝህልዉ ፈተናታት ዘመላኽቱ እዮም። ንስራሕቲ ፀብፃብ ዓለምለኸ ኮሚሽን ሰብሞያ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ንምዕፋን ብኢትዮጵያ ዝተወሰዱ ተግባራት ከምኡ ድማ ብመሰረት ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ክግበሩ ዝነበሮም ምፅራያት ዘይምግባሮም ዓለምለኻዊ ምፅራይ ምሉእ ብምሉእ ኣድላዪ ከምዝኾነ ዘረጋግፁ እዮም።

እዚ ፀብፃብ እዙይ ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘበን ኣብ ዝተኻየደ ደማው ጎንፂ ዝተፈፀሙ መጨነቕቲ ጥሕሰታት ፍትሒ እንተይተፈለጡን ተሓታትነት እንተይተረጋገፀን ክሕለፉ ከምዘይግባእ ዘረጋግፅ ፈላማይ ስጉምቲ ወሲዱ ኣሎ። ሕዚ ዓለምለኸ ማሕበረሰብ ናብ ተግባር ንምእታው ዘድልዮ መበገስን መርትዖን እኒሀሉ።

**ኣምባሳደር ዴቪድ ጀይ. ሸፈር**

ነበር ላዕለዋይ ኣምባሳደር ሕቡራት ምንግስታት ኤሜሪካ ኣብ ዋኒናት ገበን ኲናት (1989-1993)

NEW LINES INSTITUTE
FOR STRATEGY AND POLICY

ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት
ንስትራቴጂን ፖሊሲን


**መዳሃዪ**

ንመራኸቢ ሓፋሽ ዝምልከቱ ሓበሬታታት፣
ኢ-መይል:
media@newlinesinstitute.org

ናብ ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት ፅሑፍ
ንምስዳድ፣ ኢ-መይል፡
submissions@newlinesinstitute.org

ንኻልኦት ሓበሬታታት ናብ
info@newlinesinstitute.org

**መርክቦ፡** ቑፅሪ ህንፃ 1660፣ ጎደና ኤል፣ ሰሜን
ምዕራብ፣ ቑፅሪ ቢሮ 450
ዋሺንግተን ዲሲ፣ ቑፅሪ ፖስታ 20036

**ስልኪ:** 1-(202) 800-7302



ጉንበት 2018 ዓ.ም.